# ካልእ ወንጌል

ካብ ካልእ
ናይ ስሕተት
ወንጌል
ተጠንቀቑ!

ብ ዶ/ር ተክለኣብ መንግስተኣብ

- ንድሕነት ናይቶም በዚ ስሕተት'ዚ ዝጠፍኡ
- ንውሕስነት ናይቶም ገና ዘይሰሓቱ
- ንክብርን ኣገልግሎትን ናይቶም ንጥብቅና ሓቀ ወንጌል ዝቖሙ እሙናት ኣገልገልቲ እውፍያ ኣለኩ።

መሰል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ

ቀዳማይ ሕታም

ሕዳር 2002 ተሓትመ

**ሓደ እኳ ንሕና ዘይሰበክናዮ ካልእ ኢየሱስ እንተ ሰበከልኩም፣ ወይ ካባና ዘይተቐበልኩምዎ ካልእ መንፈስ እንተ ተቐበልኩም፣ ወይ ቅድሚ ሕጂ ዘይተቐበልኩምዎ ካልእ ወንጌል እንተ ሰበከልኩም፣ ስኽ ኢልኩም ትዕገስዎ ኣለኩም።**

**ካብቲ ብጸጋ ክርስቶስ ዝጸውዓኩም ከምዚ ቀልጢፍኩም ናብ ካልእ ወንጌል ምግልባጥኩም ይገርመኒ ኣሎ። ... ግናከ ንሕና እኳ እንተኾንና ወይስ መልኣክ ካብ ሰማይ፣ ብዘይ እዚ ንሕና ዝሰበክናልኩም ወንጌል ካልእ ወንጌል እንተ ሰበከልኩም፣ ንሱ ውጉዝ ይኩን። ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ፣ ሕጂውን ከም ብሓድሽ፣ ብዘይ እቲ እተቐበልኩምዎስ ካልእ ወንጌል ዚሰብክ እንተሎ፣ ንሱ ውጉዝ ይኩን፣ እብል ኣለኹ።** (ገላ፥1፥6,8,9)

## መዘካከሪ

1. “❖” እዚ ምልክት እዚ ዘለዎን ድሕረ ባይትኡን ጽልም ዝበለ ጽሑፍ በቶም ናይ ስሕተት መምህራን ዝተባህለ ብሂል እዩ።

2. ነቲ መስሓቲ ብሂላት ስዒቡ ልዕል ኢሉ ዝተጻሕፈ ቁጽሪ፥ እዚ ብሂል እዚ ኣበይ ከም ዝተረከበ ዝገልጽ ቁጽሪ እዩ። ነቲ ቑጽሪ እቲ ኣብ መወዳእታ ገጻት ናይዚ መጽሓፍ ኬድካ ብምርኣይ፥ ምንጪ ናይቲ ብሂል ምርኣይ ይከኣል (ገጽ 413-418)። ኣብነት፦ “... እግዚኣብሄር ነዚ ኪዳን እዚ እንተ ሰይርዎ፥ ንርእሱ ከጥፍእ/ክድምስስ ማለት እዩ።[50]” ዝብል ምስ እትረክቡ ኣብ ገጽ 414 ገንጺልኩም ቁ.50 ብምርኣይ ምንጪ ናይዛ ብሂል እዚኣ ኣበይ ከም ዝርከብ ምፍላጥ ይከኣል።

3. ኣብ “መውጽኢ ጥቕሲ” (ገጽ 407-412) ተዘርዚሩ ዘሎ ገጻት፥ እቲ ጥቕስ ታት ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ተጠቒስዎ ዘሎ ገጽ እዩ ዝሕብር። ንኣብነት፦ እብ፥2፥10 ⇨ 147,157 ዝብል ምስ እንረክብ፥ እታ ጥቕሲ ኣብዛ መጽሓፍ “ካልእ ወንጌል” ኣብ ገጽ 147 ን 157 ን ተጻሒፋ ከም ዘላ ይሕብረና።
   ናይዚ ዝርዝር መውጽኢ ጥቕሲ ጥቕሚ ድማ ዝኾነ ሰብ ነታ ዝደለያ ጥቕሲ ብከመይ ከም ዝተገልጸት ክርኢ ምስ ዝደሊ ናብ መውጽኢ ጥቕሲ ከይዱ ነታ ጥቕሲ ድሕሪ ምርካብ፥ ነቲ ንሳ ተገሊጻትሉ ዘላ ገጽ ክረክብ ይክእል እዩ።

4. ኣሕጽሮተ ቃል

   ሃይ.ኣ. = ሃይማኖተ ኣበው
   ሓ.ት. = ሓድሽ ትርጉም

# ትሕዝቶ

ገጽ


መእተዊ ........................................................................ 11
ርእይቶ ........................................................................ 15
ምስጋና ........................................................................ 19
1. ስሕተትን ኣሰራርሕኡን ...................................... 21
1. ምምርማር፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስጉምቲ .......................... 23
2. ትሕትና ድዩ ትሑትነት? ............................................. 23
3. ብዝሒ ሰብ መለከዒ ኣይኮነን ........................................ 30
4. ዘደንቕ ኣርኣያ ጕስነት!! .................................................. 31
5. ኣሰር ጕስነቱ ግን ኣይሰዓብናን! .................................... 33
6. ተጠንቀቑ! ናይ ጐይታ ቀንዲ መልእኽቲ ....................... 34
7. ሓለውቲ መጓሰ መምህራን እዮም .................................... 40
8. ታሪኽ ምሕላውን ታሪኽ ስሕተትን መሳቱ እዩም............... 43
9. ምዕያይን ምሕላውን ናይ ኩሉ ሓላፍነት እዩ .................. 45
10. ንምንታይ እዩ ስሕተት ቀልጢፉ ዝላባዕ ....................... 50
11. ምምስሳል ብፍሪኡ እዩ ዝቃላዕ ...................................... 51
12. መስሓትቲ ብቐጽሪ ኮነ ብዓይነት ብዙሓት እዮም.......... 53
13. ሃዋርያት ብዛዕባ ስሕተት ንጹር መርገጺ ነይርዎም......... 54
14. መስሓትቲ ንከብዶም እምበር ንኣምላኽ ኣየገልግሉን እዮም 55
15. ንስሕተትን ንመስሓትትን ከነውግዝ ግቡእ መንፈሳዊ ስጉምቲ እዩ ................................................................... 57
16. “ንቕቡኣተይ ኣይትተንከይዎም” ..................................... 59
17. “ኣይትፍረዱ” ............................................................... 61

18. ንዝተጋገዩ ናይ ምምላስ ሓላፍነት ................................ 64

## 2. መወዳእታ ዘመንን መንፈሳዊ መልክዑን 67

- ብከመይ ኢና እነለልዮ? ............................................... 70
- መንፈሳዊ ዝርግርግ ...................................................... 72
- ብርቱዕ ሙዚቃ ከም መሳለጥያ ስሕተት......................... 75
- ነቶም ብቕድስና ዘይመላለሱን፡ ብዓመጻ ባህ ዝብሎምን ብዝያዳ የስሕት ............................................................ 77
- ናይ ስሕተት ትምህርቲ ወግዓዊ ኣሰራርሓ ..................... 81

## 3. መልክዕ ሓቀ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ 88

1. ናይ መስቀልን ናይ ክርስቶስን ማእከልነት ሽለል ዘይብል .... 91
2. ናይ ቃሉ ስልጣን ሽለል ዘይብል ......................................... 97
3. ካብ ሚዛን ንከምልጥ ብምፍርራህን ብምድንጋርን ዘይምራሕ ምንቅስቓስ ......................................................................... 102
4. ንኣእምሮ/ንልቦና ዘየስሕት ..................................................... 106
5. ናይ ርእስካ ክብርን ዕቤትን ተፈላጥነትን ዘይበሃገሉ/ዘይጋንኑ . 109
6. ኣብ ፍረ መንፈስን ኣብ ቅድስናን ዘተኩር ........................... 117
   - ቅድስና........................................................................... 120
   - ፍረ ቅድስና.................................................................. 121
7. ካብ ግብዝናን ኣምስሉነትን ነጻ ዝኾነ ኣምልኮን ምስክርነትን ዝግለጸሉ ...................................................................... 123

## 4. ንእምነትካ ምእማን ......................................... 127

- ኣገዳስነት እምነት ..................................................................... 129
- ሓቀ መግለጺ እምነት .......................................................... 131
- ስሑት መግለጺ እምነት ...................................................... 132
- እምነት ከም ሓይሊ ............................................................... 135

- ❖ እምነት ብቓላት እዩ ዝነዓዝ ........ 137
- ❖ ቅጽዒ (ፎርሙላ) ናይ እምነት ........ 141
- ❖ ኣብነታት ሳዕቤን ኣሉታዊ ቃላት........ 146
  1. ክርስቶስ ........ 146
  2. እስቲፋኖስ........ 148
  3. እዮብ ........ 150
  4. ያእቆብ ........ 152
- ❖ ምቅድዳሕ ናይ መናፍቓን ........ 153
- ❖ "እምነትካ ኣሕወየትካ"........ 155
- ❖ እምነት ህያብ ኣምላክ እያ........ 156
- ❖ ንኣምላክ ጥራሕ ክንኣምን ዝሕብሩና ጥቕስታት ........ 159

## 5. "ንሕና ኣማልክቲ ኢና" ........ 167

- ❖ በኹሪ ኹሉ ሓጢኣት ........ 169
- ❖ ንምስሓት ዝጥቀሙሎም ጥቕስታት........ 170
- ❖ ዝውረሱን ዘይውረሱን ባህርያት እግዚኣብሄር........ 172
- ❖ ትርጉም ናይቲ ዘጣምምዎ ጥቕስ........ 174

### 1. ንሰብ ኣምላክ ምግባር፥ ........ 179

- ❖ ብዘይካ እግዚኣብሄር ካልእ ኣምላክ ፈጺሙ የለን ... 185
- ❖ ንእግዚኣብሄር መወዳድርቲ የብሉን ........ 188
  - ሀ. ዘልኣለማውነት ናይ እግዚኣብሄርን ጊዝያዊነት ናይ ሰባትን 190
  - ለ. ዋንነት ናይ ህይወት ........ 193
  - ሐ. ሓይልን ክእለትን ........ 196
  - መ. ደረጃ ፍልጠት ........ 199
  - ረ. ዝርከቡሉ ስፍራ ........ 203
  - ሰ. እግዚኣብሄር መንፈስ፥ ሰብ ግን ስጋ እዩ ........ 204
    - ❖ ሰብ መሬት (ሓመድ) እዩ ........ 207
    - ❖ ሰብ ስጋ እዩ ........ 208
    - ❖ ሰብ ከም ሳዕሪ (ዕምባባ) እዩ ........ 210
    - ❖ ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉሉ ምክንያት ........ 211

### 2. ንኣምላክ ምውራድ ........ 215

- ❖ እግዚኣብሄር ኣይፈሽልን እዩ ........ 219

### 3. ንሰይጣን ኣምላክ ምግባር ........

220
- ❖ እግዚኣብሄር ሰብ ኣይኮነን ............................................ 223
- ❖ ሰይጣን ዝወደቐ መልኣክ እዩ ........................................ 224
- ❖ ሰይጣን ኣብ ትሕቲ ስልጣን እግዚኣብሄር እዩ.................. 227
- ❖ ምድርን ምልኣታን ናይ እግዚኣብሄር እያ......................... 230
- ❖ ሳዕቤን ሓጢኣት ሞት እምበር ናብ ጋኔን ምልዋጥ ኣይኮነን 232
- ❖ እግዚኣብሄር ይፈርድ እምበር ኣይፍረድን እዩ.................. 234

4. **ንክርስቶስ ምውራድ** ........................................................ 239
- ❖ ክርስቶስ፡ ፍጹም ኣምላክን ፍጹም ሰብን............................ 241
- ❖ ክርስቶስ መለኮታውያን ባህርያት ይውንን......................... 245
  1. ኣብ ኩሉ ይርከብ ...................................................... 245
  2. ኩሉ ይፈልጥ ............................................................ 246
  3. ኩሉ ይክእል ............................................................. 246
  4. ዘለኣለማዊ እዩ .......................................................... 247
  5. ብገዛእ ርእሱ ህይወት ኣለዎ ....................................... 248
- ❖ ክርስቶስ ፈጣሪ እምበር ፍጡር ኣይኮነን........................... 248
- ❖ ውልድነትናን ውልድነት ክርስቶስን ሓደ ዓይነት ኣይኮነን... 249

## 6. ስሑት ትምህርቲ መስቀል ........................................ 255
- ❖ መስቀል፡ መሰረት ክርስትና.................................................. 255

### 1. ክርስቶስ ኣብ መስቀል እንደገና ተፈጢሩ(ሰይጢኑ) 256
- ❖ እግዚኣብሄር ፍቕሩ ኣገዲድዎ እዩ ንወዱ ዝወፈዮ........ 258
- ❖ ክርስቶስ ብገዛእ ፍታዉ እዩ ተሰዊኡ........................... 259
- ❖ ሞት ክርስቶስ ምዱብ ፍጻሜ እምበር ዘይተሓሰበ ፍሽለት ኣይኮነን ........................................................... 260
- ❖ ክርስቶስ ብሓቂዶ ሰይጢኑ እዩ? .................................. 260
- ❖ ምስጢር መስዋእቲ ብሉይ ኪዳን..................................... 262
- ❖ ክርስቶስ ፈጺሙ ሓጢኣት ዘይብሉ ንጹህ እዩ................. 264
- ❖ ትርጉም ተመን ኣስራዚ.................................................... 267
- ❖ “ኣምላከይ ንምንታይ ሓደግካኒ”........................................ 269

### 2. ክርስቶስ ኣብ ገሃነም እዩ ድሒኑ ................................ 272
- ❖ ክርስቶስ ብስጋ እምበር ብመንፈስ ኣይሞተን.................. 274
- ❖ ብደሙ ኢና ድሒንና........................................................ 277
- ❖ ተፈጸመ........................................................................... 280
- ❖ ክርስቶስ ናብ ሲኦል ብዓወት እዩ ዝወረደ..................... 281

### 3. ክርስቶስ ኣብ ገሃነም እንደገና ተወሊዱ .................... 284
- ❖ ክርስቶስ እንደገና ኣይተወልደን..................................... 287

❖ ክርስቶስ ህይወት ዝህብ ህያው ኣምላኽ እዩ 287
❖ ክርስቶስ ከም በኲሪ ምውታት....................................... 288
4. ክርስቶስ ንኣምላክነቱ እንደገና ለቢስዎ ...................... 290
❖ ክርስቶስ፡ ፍጹም ኣምላኽ.............................................. 291
❖ ብዳግማይ ልደት ኣምላክነት ኣይርከብን እዩ................. 293

7. ወንጌል ስሰዐ ............................................................ 295
1. ዘርኢ እምነት ........................................................... 302
2. ሚእቲ ካዕበት .......................................................... 304
3. መራኸቢ ነጥቢ ...................................................... 305
ሀ. ክልተ ልቢ ምኳን (Double mindedness) .................... 306
ለ. ዘይቅኑዕ ኣተሐሳስባ ........................................................ 307
ሐ. ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዘይምእማን .............................. 307
4. ኪዳናዊ ኮንትራት ..................................................... 308

❖ መልሲ ናይተን ንጉልባብ ዝጥቀሙለን ሓሳባት ........................... 311
1. ዘርኢ - እምነት ............................................................. 311
2. ሚእቲ ካዕበት ............................................................. 314
3. መራኸቢ ነጥቢ ............................................................. 315
4. ኪዳናዊ ኮንትራት ......................................................... 317
❖ ጉልባብ ስሕተት ዝኾና ሰለስተ ምኽንያታት ................................ 322
ሀ. ክልተ ልቢ ምኳን ..................................................... 322
ለ. ዘይቅኑዕ ኣተሓሳስባ .................................................... 323
ሐ. ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዘይምእማን ........................... 323

❖ ንሃብትን ድኽነትን ዝምልከት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ 325

1. ብመሰረቱ ኢየሱስ ካብ ስስዐ ክንሕሎ እዩ ዘጠንቀቐና....... 325
2. ኣብ መወዳእታ ዘመን ግን ሰባት ፈተውቲ ገንዘብን ፈተውቲ ርእሶምን ክኾኑ እዮም ....................................................... 326
3. ኢየሱስ ብስጋ ሃብታም ኣይነበረን..................................... 327
4. ኢየሱስ ንርእሱ ምዕራፍ (ሽቶ) እዩ እምበር ናብ ምዕራፍ ዘብጽሕ መንገዲ ጥራሕ ኣይነበረን .................................. 337
5. ድኽነት ወይ ሃብቲ ናይ መንፈሳውነት ነጸብራቕ ወይ መለክዒ ኣይኮነን ................................................................ 339
6. እግዚኣብሄር ብዛዕባ ድኻታት'ውን ይግደስ እዩ .................. 340

7. ሃብቲ ምእካብ ዕላማ ወይ ከኣ ጻውዒት ናይ ደቂ ኣምላኽ ኮይኑ ኣይፈልጥን እዩ ...... 342
8. ብመሰረቱ ሃብታም ንክትከዉን ኣብ ኢድካ ብዙሕ ዘለካ ክትከዉን ኣየድልየካን እዩ ...... 344
9. ንትሕዝቶና ንካልኦት ከነካፍለሉ ድማ እምበር ከነጋይጸሉ ጥራይ ኣይተዋህበናን ...... 346
10. ንወንጌል ጉልባብ ናይ ስስዐካ ምግባር ነዉሪ እዩ ...... 350

## 8. ሕማምን መከራን ...... 355

### 1. ሕማምን ምልክታቱን ...... 358

❖ ቅዱሳን ሰባት ይሓምሙ ነይሮም እዮም ...... 368

### 2. ሰይጣንን ሕማምን...... 370

❖ ናይ ሕማም ደራሲ ሰይጣን ኣይኮነን፣ እግዚኣብሄር እዩ ከሕዊ ኮነ ከሕምም ምሉእ ስልጣን ዘለዎ ...... 373

### 3. ሓጢኣትን ሕማምን ...... 375

❖ ሕማም ንክብሪ ኣምላኽ ክከውን ይከኣል'ዩ ...... 378
❖ ሕማም ከም ሳዕቤን ናይ ሓጢኣት'ዉን ይወርድ እዩ 380
❖ ምሕማምና ዘይኮነስ ምስ ሓመምና እንወስዶ ስጉምቲ እዩ ወሳኒ ...... 382
❖ ንሕማምና ረድኤት ካበይ ኢና ክንደሊ? ...... 383
❖ ሕክምናን መድሃኒታቱን ...... 385

### 4. ሕማምን ሉኣላዉነት እግዚኣብሄርን ...... 387

❖ ፍቓድ እግዚኣብሄር ...... 388
❖ መከራ፣ መምዘኒ ብቕዓት ...... 396
➢ ረብሓታት መከራ ...... 402

መውጽኢ ጥቕስታት ...... 407
ዝርዝር መወከሲ ...... 413

# መእተዊ

ታሪክ ወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ካብ ዝጀመረሉ ዘመን ጀሚሩ፡ ነቲ ሓቂ መሲሉ ከታልል ዝክእል ብዙሕ ኣማራጺ መንገድታት ተራእዩ እዩ። እቲ ናይ ስሕተትን እቲ ናይ ሓቅን መንገዲ ኣብ ምድሪ ካብ ዝተራእየሉ ዘመን ብህልውናኦም መሳቱ እዮም ክንብል ይከኣል እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ እዚ ሓቂ እዚ ኣቦና ኣዳም ካብ ዝተፈጥረሉ ዘመን ጀሚሩ ብእግዚኣብሄር ክግለጸልና ዘድለየ።

ኩሎም እቶም ብመንፈስ ቅዱስ ተደሪኮም ዝተነበዩ ነብያትዉውን፡ ብዛዕባ ናይ ስሕተት ትምህርትን ናይ ሓሶት ነብያትን ተደጋጋሚ ስምዕታ ብምሃብ ኣጠንቂቖምና እዮም። ነዚ ሓቂ እዚ ዘድሃቡሉ ሰባት ምስቲ ሓቀ ኣምላክን ሓቅታቱን ተጣቢቖም ክነብሩ ሓጊዝዎም እኳ እንተ ኮነ፡ ነቶም ድምጺ ኣምላኮም ዘየለለዩን ዝተሓሰሙን ሰባት ንምድሓኖም ዝተዋህበ ቃላት ተገልቢጡ ን ፍርዶም ኮይንዎም እዩ።

እቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ድሕነት ስራሕ እናረቐቐን እናዓበየን ኣብ ዝከደ እዋን፡ እቲ ናይ ስሕተት ሜላ ብማዕሪኡ እኳ እንተ ዘይበልና እግረ እግሩ ምዕባለታት ምርኣዩ ዘይተርፍ እዩ። እቲ ብደም እንስሳታት ዝፍጸም ዝነበረ ምትዕራቕ፡ ብደም ናይቲ ህያውን ዘለኣለማውን ዝኮነ ኣበር ዘይብሉ ን ጹህ ገንሸል ኢየሱስ ክርስቶስ ተተኪኡ እዩ። ስለዚ ነዚ ዕቤት እዚ ንምስንካል ሰይጣን ዝከኣሎ ዘበለ ከም ዝገብር፡ ነዚ ብርሃን እዚ ከጸልምት ነዚ መንገዲ እዚ ከህስስ ከም ዝጽዕር ኣይከሓድን እዩ። ከጥፍእ ኣብ ዘይከኣለሉ ኣጋጣሚታት ድማ ንእኡ ዝመስል ኣማራጺ መንገድታት እናኣዳለወ፡ ነቲ ናይ ሰባት ሓጥእ ዝምባለታት እናበዝበዘ ብዙሕ ክዓዱ ምኳኑ ክዝንጋዕ የብሉን።

እምበኣር ብመጠን እቲ ርቀትን ዕቤትን ናይ ስራሕ ኣምላክ፡ ከምኡ'ውን ብመጠን እቲ ሰይጣን ዘለዎ ተዓጻጻፍን ዘይበልን ናይ ምስሓት ሜላ፡ ናይ ኣ ብያተ ክርስትያናትን ናይ ኣገልገልተንን ከምኡውን ናይ ምእመናንን ፍልጠትን ጥንቃቐን ስጉምትታትን እናዓበየ ክከይድ ከም ዝግባእ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። እቲ መግቢ ክብከል፡ እቲ መንገዲ ክትምየን፡ እቲ ጐይታ ክጽረፍ፡ እቲ መጓ ሰ ክዝረፍ፡ እቶም ጓሶት ክዕነዱን ክዕዘሙን እናረኣካ ስቕ ምባል፡ ብቓላት ኮ ነ ብሓሳብ ክትገልጾ ዘጸግም ሓደገ ክስተት እዩ። ሎሚ ኣብ ሃገርና ተከሲቱ ዘሎ ክሕደት ኣብ ታሪክ ቤተ ክርስትያን መዳርግቲ ዘይብሉ ኮይኑ ክነሱ ኣ

ብያተ ክርስትያን ነዚ ትምህርቲ እዚ ንዘይምቅዋም ተዓዚመን ምርኣይ ኣዝዩ ከ ቢድ እዩ። ብውልቀ ሰባት ደረጃ ካብ ዝርአ ነዊሕ ዓመታት ጌሩ እኳ እንተ ኮ ነ፡ ካብ 1994-1995 ዓ.ም. ጀሚሩ ካብ ኣዲስ ኣበባ ነዚ መርዛም ትምህርቲ እዚ ሒዞም ብዝመጹ ሰባት እናተዘርግሐ ድሕሪ ምካዱ ሓድሽ ስም ሒዙ ኣዳራሽ ተዳልዩሉ ክስበክ ጀሚሩ እዩ።

ካብዚ ሓደገ  ተርእዮ እዚ ብምብጋስ፡ ነቲ ብ2001 ብኣካል ዝሃብክዎ ብካሴት ከኣ ዝተዘርግሐ ትምህርቲ፡ ሰባት ምእንቲ ክመሃርሉን ክምህርሉን ብመጽሓፍ መልክዕ ከቕርቦ ፈቲነ ኣለኹ። ምዕባለታት ናይዚ ስሕተት እዚ፡ ብእኡ ካብ ዝተጠልፉ ሰባት፡ ብእኡ ተሰኪፎም ክሓቱ ካብ ዝመጹ ሰባት፡ ናይቶም መስሓትቲ መልእኽትታት ዝሓዘ ቪድዮ ካሴት፡ ኦድዮ ካሴት፡ መጻሕፍትን መጽሄታትን ብምንባብ፡ ካብ ኢንተርነት ዝርከቡ ሰፋሕቲ ሓበሬታታት ንነዊሕ ግዜ ድሕሪ ምክትታል፡ ነቲ ናታቶም ብሂላትን፡ ምስቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሓቅታትን ምስቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተሰረተ መሰረተ እምነት ቅድስቲ ቤተ ክርስትያንን ብምንጽጻር መጠንን ሓደገ ነትን ናይቲ ክሕደት ከርኢ ፈቲነ ኣለኹ። ናይ ብዙሓት ብሱላት መምህራንን ሊቃውንትን ትሕዝቶ እንተ ተሓዊስዎ ብዝበለጸ ክዓብን መሃሪ ክኸውንን ከም ዝክእል እኣ ምን።

ኣብዚ መጽሓፍ እዚ እቲ ናይ ስሕተት ብሂላት ከም ዘለዎ ብምትርጓም ኣብ ብዙሕ ገጻት ኣቕሪበዮ ኣለኹ። ንሓደ ሕልንኡን መንፈሱን ዝሓለወ ሰብ እቲ ብሂላት፡ ንልቢ ዘናውጽ እይ ኢልካ ከተልቅስ ዝድርኽ መዳርግቲ ዘይብሉ ጸርፊ እዩ። ንሓንሳእውን ምጽዋሩ ካብ ምስኣንካ ዝተላዕለ ከተቋርጾ እትድረክሉ ግዜ ኣሎ። “ኣማጽኣ ሰይጣን ዘይፈልጥ ኣይመንኵስ” ከም ዝተባህለ ቅድም ን ድምጺ ጓሳና፡ ኣስዒብና ድማ ድምጺ ናይቶም ንምውሓጥና ዝጓዝሙ ክዳን ኣ ባጊዕ ዝተከድኑ ተኹሉ ከነለሊ ናይ ግድን ስለ ዝኮነ፡ ተጸሚምና ክነንብቦ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብዚ መጽሓፍ እዚ፡ ነዚ መስሓቲ ብሂላት እዚ ዝኸውን መልሲውን ተጻሒፉ ኣሎ። ዋላ እኳ ብዙሕ መግለጺ ተዋሂቡ እንተሎ፡ ካብቲ ህያው ጥቕስታት ንላዕሊ ገላጺ ክኸውን ኣይከኣልን እዩ። ስለዚ ዳርጋ ርብዒ ናይዚ መጽሓፍ፡ ብኣካል ዝተጻሕፈ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ዝሓዘዉ ክበሃል ይከኣ ል። ክንድዚ ዝኣክል ጥቕስታት ብምሉኡ ምጽሓፍ ዘድለየሉ ምኽንያት፡ ነዛ

መጽሓፍ ዓባይ ንምግባራ ዘይኮነስ፡ ነዚ ዝስዕብ ብቑዕ ምኽንያታት እዩ።

1. ካብቲ ጥቕስታት ንላዕሊ ክገልጽ ዝኽእል ሰብ ይኩን ሓሳብ ከም ዘየለ ን ምርግጋጽ።

2. ዝበዝሕ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘንብብ ሰብ፡ ብቑጽሪ ጥራይ ንዝተዋህቦ መወከሲ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣውጺኡ ናይ ምንባብ ልምዲ ስለ ዘይብሉ (እዚ ድማ ወይ ብትህኪት ምኽንያት ወይ'ውን ነቲ መጽሓፍ ኣብ ዘንብበሉ እዋን ኣብ ጥቕኡ መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ዘይብሉ ክኸውን ይኽእል)።

3. ንዝሰሓተ ሰብ ንምምላስ ይኩን ንዘይስሓተ ሰብ ንምስትምሃር ኣብ እን ጥቀመሉ እዋን ኣብ ዝኾነ ይኩን ቦታ ወይ ኣጋጣሚ ኳንና ክንምህረሉ ምእንቲ ክጥዕም ተባሂሉ እዩ።

ኣብዚ ኩተሓሳስቦ ዝደሊ እንተሎ፡ ነቲ መሰረታዊ ሓቂ ከም ዝግባእ ዘይፈለጠ ሰብ፡ ናይዚ ስሕተት እዚ ሓደገ ነት ክተረድኦ'ውን ኣጸጋሚ እዩ። ስ ለዚ በቲ ድኩም ዓቕመይ፡ ነቲ መሰረታዊ ሓቅን፡ ነዚ መዳርግቲ ኣልቦ ክሕደትን ክነጻጽሮ ፈቲነ ኣለኹ። ደድሕሪ ዝበልዎ ሓሶት ክንንከራተት ካብ እን ነብር ነቲ መሰረታዊ ሓቂ እናዕሞቕና ነፍስናን መንሰናን ክንሕሉ እላቦ። ዘጕደልክዎ ኩሉ እናመላእኩም ነቲ ሓቂ ከተጽንዕዎን ነቲ ሓሶት ክትወቕዕ ዎን ንጥብቅና ሓቀ ወንጌል ሓቢርና ደው ክንብልን ብስም እግዚኣብሄር እጽውዕ። ኣብ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን ዝቖመ ሓቂ ሒዝና፡ ክብሪ ርእስና ክሒድና ንክብሪ ኣምላክናን ንድሕነት ህዝብናን መንሰናን ደው ምባል፡ መከራን ዓስብን ዘለዎ፡ ምርጫ ዘይብሉ ዘሕትት ሓላፍነት እዩ።

እግዚኣብሄር ይደግፈና።
ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ

# ርእይቶ

ሓላፍነትካን ግቡእካን ፈሊጥካ ብኩሉ መገዲ እሙን ምኳን ንእግዚኣ ብሄር ፍቓዱ እናመርመርካ፡ ምጉዓዝ እቲ ዝዓበየ ጸጋ እዩ። ሓላፍነትካን ግቡእካን ሽለል ኢልካ ንፍቓድ፡ እግዚኣብሄር ዘይምእዛዝ ከኣ ውድቀት እዩ።

ሓውና ዶ/ር ተክለኣብ መንግስተኣብ ሓላፍነቱን ግቡኡን ብምርዳእ ን ፍቓድ እግዚኣብሄር እናተኣዘዘ ነቶም ግቡኦም ሽለል ዝበሉ ግቡኦምን ሓላፍ ነቶምን ዝረስዑ፡ ብንስሓ ናብ ቦታኦም ክምለሱ ዝድርኽን፡ እቶም ንርእሶም ስ ሒቶም ንካልኦት ዘስሕቱ ሓሰውቲ መማህራን ዝዘርእዎ ክርዳድ ንምምሓው ዝረድእ እቶም በዚ ስሑት ትምህርቲ ዝተጋገዩ ሃዲኦም ነፍሶም ዝምርምሩሉ መጽሓፍ ምድላዉ ዘሐብን እዩ። ምክንያቱ በዚ ዘሎናዮ ዘመን እቲ ዝተወገዘ መናፍቕነት ኣርዮሳውያንን መቕድንዮሳውያንን ንስጥሮሳውያንን ብዝረቐቐ መን ገዲ ሎሚውን ይቕጽል ኣሎ። ስሑት ትምህርቲ፡ ቤተ ክርስትያን ካብ ትምስ ረት ኣትሒዙ ዝነበረ ክሳብ ክርስቶስ ዝምለስ ድማ ዝህሉ እዩ። እግዚኣብሄር ግና ነቲ ናይ ስሕተት ትምህርቲ እናኣለዩ ጥዑይን ሕዋስ ብዘይብሉን ቃል እግዚኣብሄር ንምእመናኖም ዝምግቡ እሙናት ጓሶት በብዝመኑ የተንስእ ከም ዝነበረ ታሪክ ቤተ ክርስትያን ይነግረና እዩ።

ካብኣቶም ሓደ ኣትናቴዎስ ሃዋርያ እዩ። ኣትናቴዎስ ምስ መናፍቓን እናተከራኸረ ንቤተ ክርስትያን ካብ ስሑት ትምህርቲ ዝሓለወ ኣቦ እዩ። ን ሃዋርያ ኣትናቴዎስ፡ “ዓለም ብምሉኡ ተጻሪሩካ” ምስ በልዎ፡ “ኣነ ከኣ ንዓለም ብሙሉኣ እጻረራ ኣሎኹ” ኢሉ መልሲ ሂቦም። ሳላ ጸኒዑ ዝመከተ እምነትና ካብ መናፍቓን ተሓልዩ እዩ። ንርእሱ በቲ ንሳቶም ዘምጽእዎ ፈተና ካብ 5 ጊዜ ንላዕሊ ተሰዲዱን ተሓይሩን እዩ። ስለዚ ሓውና ዶ/ር ተክለኣብ ኩሎም ሰባት ነቲ ስሑት ትምህርቲ ካብ ምቁዋም ገዲፎም ምስኡ ኣብ ዝሰማምዑሉ ጊዜ ብትብዓት ክምክት ምክኣል ኣሰር ኣትናቴዎስ ሃዋርያ ብምስዓቡ እናተሓጐ ሰኩ ከምቲ “ኢይኃድጋ ለሃገር እንበለ ኣሐዱ ሄር” ዝብለና እግዚኣብሄር ብጸግኡ ደጊፉ ናብዚ ስለ ዘብቅዖ ንኣምላክ ኣመስግኖ። ንኩሎም እቶም በዚ ስሑት ትምህርቲ ዝተለኽፉ ብንስሓ ክምለሱ እናተማሕጸንኩ፡ እቶም ገና ዘይተለኽፉ ከኣ በዛ መጽሓፍ እዚኣ ህይወቶም ክሕልው ዘለኒ እምነት ጽኑዕ እዩ።

ቀሺ ገብረመድህን ገብረጊዮርጊስ

እዚ ብዶ/ር ተክለኣብ መንግስተኣብ ዝቐረበ "ካልእ ወንጌል (ካብ ስሕተት ተጠንቀቑ)" ዝብል መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣዝዩ ኣገዳስን እዋናውን ጽሑፍ እዩ እብል። ምኽንያቱ ኣብዚ ሕጂ ዘሎናዮ እዋን ምንቅስቓስ ስሑት እምነትን ጽሑፋቶምን፡ መሰረተ እምነቶም ምስ መወከሲታቱን፡ ምስ ናይ መጽሓፍ ቅዱስን መሰረተ እምነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያንን ከምዚ ተወሃሂዱ ክቐርብ ዳርጋ ናይ መጀመርያ ጊዜ እዩ ክብሃል ይከኣል።

እዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ እዚ መጀመርታ ነቶም ሰኣን ሓቀ መንፈሳዊ ፍልጠት ኣብ ስሕተት ዝወድቁ ዘለው መንእሰያት ደቂ ቤተ ክርስትያን ሓቀ መንፈሳዊ እምነት ፈሊጦም ካብ ስሕተት ንክጥንቀቑ፡ ነቶም ብጉልባብ መጽሓፍ ቅዱስ ንደቂ ቤተ ክርስትያን ዘስሕቱ ዘለው ውልቀ ሰባትን ማሕበራትን ከኣ ጉዶም ኣቃሊዑ ኣፎም ዝዓብስ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ስለ ዝኾነ ደጊመ ኣዝዩ ኣገዳስን እዋናውን ጽሑፍ እዩ እብል።

ነዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ እዚ ብልዑል ጥንቃቑን ብብርቱዕ ጻዕርን ንክዳሉ ንልቢ ኣዳላዊ ዶ/ር ተክለኣብ መንግስተኣብ ዘነቓቕሐ ልኡለ-ባህርይ እግዚኣብሄር ክብርን ምስጋናን ይብጽሓዮ። ኣሜን።

መሪ. ሰመረኣብ ወልደገብርኤል

ከምቲ ብዛዕባኦም <u>ብዙሕ ሳዕ</u> ዝበልኩኹም፡

ሕጂውን <u>እናበኼኹ</u> እብል ኣለኹ፡

ብዙሓትሲ <u>ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ</u> ኰይኖም

ይመላለሱ እዮም።

- መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ፡
- ኣምላኮም ከብዶም እዩ፡
- ክብረቶም'ውን ኣብ ነውሮም እዩ፡
- ሓሳቦም ከኣ ናይ ምድሪ እዩ።

ፊሊ፡3፡18-19

ን

ሳቶም ርኹስ ረብሓ ምእንቲ ክረክቡ ኢሎም፡

ዘይግባእ እናመሃሩ፡ ንብዘሎ ኣባይቲ ዝገለባብጡ፡

<u>ምዕባስ ኣፎም ግቡእ እዩ።</u>

ቲቶ፡1፡11

# ምስጋና

እዚ ምስ ሰይጣንን መዓይይቱን ዝግበር መንፈሳዊ ቃልሲ ንበይንኻ ዘይስገር ሓያል ቃልሲ እዩ። እግዚኣብሄር ንባሮቱ ዝረድኣሉ ቀንድን ህያውን መንገዲ ድማ ንምትጋህ ብዘይህከዩ፡ ድሕነት ነፍሳትን ቤተ ክርስትያንን ዝጾሮም፡ ንጥብቅና ወንጌል ዝቖሙ ተባዓት ኣሕዋት ብምሃብ እዩ። ኣነ ድማ ናይዚ ደገፍ'ዚ ተካፋሊ ብምኳነይ ንሓጕሰይ ደረት የብሉን። ኣቦና ዳዊት፡ “እንሆ፡ ኣምላኽ ረዳእየይ እዩ፡ ጐይታይሲ ኣብ ማእከል እቶም ንነፍሰይ ዝድግፍዋ እዩ።” ከም ዝበለ ኣብ ማእከል እቶም ብምኽሮምን ብጊዚኦምን ብጉልበቶምን ዝረድኡኒ ሰባት ዘየባትክ ደገፍን ረድኤትን ናይ ኣምላኽ ርእየ እየ። ብዘይ ደገፍ እዞም ኣሕዋት እቲ መንገዲ ኣዝዩ ከም ዝሕርፍፍ ይርድኣኒ እዩ። ስለዚ ድማ ነቲ ኣብ ማእከል ደገፍ ኣሕዋተይ ኮይኑ ንረድኤተይ ዝነቕሐ ኣምላኽ እናመስገንኩ፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣሕዋት ዘለኒ ሞሳ ድማ እገልጽ።

ቀሺ ገብረመድህን ገብረጊዮርጊስ
ኢንጂነር ዮሃንስ ሃብተማርያም
ኣቶ እስክንድር ተስፋይ
መም ሙሴ ሰዩም
ወ/ሮ ጸሃይነሽ ታደሰ
ወ/ት ሜሪ ግርማይ
ዮሴፍ ዮሃንስ
መ/ም ሳምሶን ሃብተማርያም
ኣቶ ዳዊት ጺጋይ
ዲያቆን በየነ ሰመረ
መሪ. ሰመረኣብ ወልደገብርኤል
መሪ. ይትባረክ በርሀ
ኣባላት ጉባኤ ሊቃውንቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ

ኣገልግሎት ስነ ጽሑፍ ኣዝዩ ብዙሕ ጊዜ ዝወስድ ኣገልግሎት ከም ምኳኑ መጠን ምስ ስድራ ቤተይ ክህልወኒ ንዝግባእ ጊዜ ዳርጋ ንፍርቁ ተሻምይዎ እዩ ክብል እክእል። ነዚ ኩሉ ካብ ምዕጋስ ሓሊፋ፡ ህድእ ኢሉ ንክሰርሕ ኩነታት ከም ዝጥዕም ብምግባር፡ ኣብ ብዙሕ ክፋል ናይቲ ኣርእስታት ካብ ነዊሕ ተመክሮኣን ርድኢታን ብሓጐስ ብምክፋል ንዝረድኣትኒ ፍቕርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ውቤ ሰለሙን ዘለኒ ደረት ዘይብሉ ፍቕርን ሞሳን እገልጽ።

ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ

ምዕራፍ 1

# ስሕተትን ኣሰራርሓኡን

# ምምርማር፣
# መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስጉምቲ

ኣብ መብዛሕትኡ ክፉል ናይ ስጋዊ መነባብሮና ንዝኾነ ይኹን ነገር ከይመርመርና እንቕበሎ እዋን ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ጠቕምቲ ዝበሃሉ ነገራት ብብዙሕ መንገዲ እንተ ተገልጹልና እኳ ግርህ ኢልና ንምቕባል እንድንጕ። እቲ ዘሕዝን፣ ንሰብ ናብ ሓጢኣትን ናብ ጥፍኣትን ዘውድቑ ነገራት ክቐርቡልና ከለው ግን ብዘይንቡር ገርህነት ሃንደፍ ኢልና ንቕበሎ። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስና ኣብ ምሳ፣22፣3 (ምሳ፣27፣12) “ኣስተውዓሊ ሰብሲ እከይ ይርኢ እሞ ይሕባእ፣ ገርህታት ግና ንቕድሚት ይኸዱ እሞ ብእኡ ይጉድኡ።” ብምባል ጠቒስዎ ዘሎ፣ ሓዲግ ገርህነት ንጉድኣትና ደኣ እምበር ንድሕነትና ከም ዘይጠቅም ክነስተውዕል የድልየና።

ገርህነትና ከም ናይ ናትናኤል ንጐይታን ንሓቅታቱን ጥራይ ክሕዛእ ከም ዘለዎ ኣይንዘንግዕ። ገርህነት ዝኣክል ክቡር መንፈሳዊ ንብረት፣ ነቲ ሰራቒ ዝኾነ ሰይጣንን መዓይይቱን እንተ መጢናዮ፣ ጉድኣት ነፍስና መዳርግቲ ኣይክርከቦን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ሮሜ ክምዕዶም ከሎ፣ “ንሰናይ ብልህታት፣ ንእኩይ ግና ገርህታት ክትኮኑ፣ እደሊ ኣለኹ።” ዝበለ ንሳቶም እኩይ ንምግባር ገርህታት ንክኾኑ ደኣ እምበር እከይ ክመጾም ከሎ ገርህታት ኮይኖም ክቕበልዎ ኣይኮነን ዝምዕድ ዘሎ። ከምኡ እንተ ዝኸውን እሞ ቅድሚ ሓደ ጥቕሲ እዚ ዝስዕብ ስምዕታ ኣይምጸሓፈን። “ግናከ ኣሕዋተየ፣ ነቶም ካብቲ እተመሃርኩ ምዎ ምህሮ ምፍልላይን መዓንቀፍን ዝገብሩ ክትዕዘብዎም፣ እምዕደኩም ኣለኹ። እቶም ከምዚኣቶም ዝበሉ ንከብዶም እምበር፣ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣየገልግልዎን፣ ብጥዑም ዘረባን ምርቓን ልቢ እቶም ገርህታት የስሕቱ እዮም እሞ፣ ካባታቶም ኣግልሱ።” ብምባል ነቶም ዘስሕቱ ክግርሁ ከም ዘይግባእ ኣጠንቂቑዎም እዩ (ሮሜ፣16፣17-19)።

እቲ ንክርስቶስን ንሓቅታቱን ጥራይ ክከውን ዝግብኦ ገርህነትና፣ ሰይጣን ብጉርሒ ክምንዝዓናን ንእኡ ክገብሮን እዩ ዝደሊ። ሄዋን ከምቲ ንትእዛዝ ኣምላክ ብገርህነት ዝተቐበለቶ፣ ብማዕሪኡ ድማ ነቲ ሰይጣን ዝፈሓሰላ ተንኮል ብገርህነት ተቐቢላቶ እያ። እቲ ዳሕረዋይን ዘይተደላይን ገርህነት ነቲ ቀዳማይን ንቡርን ገርህነት ስፍራ ኣልቂቑ ድማ ናብ ዘሰቕቕ መደምደምታ ክመርሓ ተራእዩ (ዘፍ፣3፣1-16)። ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ንሕልና ሰብ ቈረንቶስ

ብንጽህናን ብገርህነትን ንክርስቶስ ተዓሊሙ ከም ዝዓቢ ድሕሪ ምግባሩ፣ ካባታቶም ተፈልየ። ንክርስቶስ በዘን ክልተ ባህርያት እዚኣተን ኣሕጽይዎም ከ ብቕዕ ብድሕሪኡ ግን ሓደ ኣዝዩ ዘሰክፎን ዘፍርሆን ነገራት ክሰምዕ ጀሚሩ። ከ ምዚ ብምባል ድማ ጸሓፈሎም። "ብቕንኢ ኣምላኽ እቐንኣልኩም እየ እሞ፣ ን ጽህቲ ድንግል ንክርስቶስ ምእንቲ ከቕርበኩም፣ ንሓደ ሰብኣይ ኣሕጺየኩም እየ። ግናኸ ከምቲ ተመን ብጉርሑ ንሄዋን ዘስሓታ፣ ከምኡ'ውን ሓሳብኩም ካብቲ ናብ ክርስቶስ ዝከውን ገርህነትን ንጽህናን ምናልባሽ ከይጠፍእ እፈርህ ኣለኹ።" (2ቈረ፥11፥2-3)

ከምቲ ኣስዒቡ ኣብ ጥቕሲ 4 ገሊጽዎ ዘሎ፣ ካልእ ኢየሱስ፣ ካልእ መን ፈስ፣ ካልእ ወንጌል እናተሰብከሎም ከሎ ሰቕ ኢሎም ምዕጋሶም ኣዝዩ ከም ዘፍርሆ ገሊጹሎም። "ስለዚ ሓደ እኳ፣ ንሕና ዘይሰበኽናዮ፣ ካልእ ኢየሱስ እንተ ሰበኸ፣ ወይስ ንስኻትኩም ዘይተቐበልኩምዎ ካልእ መንፈስ እንተ ተቐበልኩም፣ ወይስ ዘይረኸብኩምዎ ካልእ ወንጌል እንተ መጸኩም፣ ጽቡቕ (ሰቕ ኢልኩም) ትዕገስዎ ኣለኹም።" (2ቈረ፥11፥4)። ኣብቲ ቀዳማይ ትርጉም "ጽቡቕ" ዝብል ቃል፣ ኣብ ናይ እንግሊዝ ትርጉማት ይኹን ኣብቲ ሓድሽ ትርጉም ናይ ትግር ግን "ሰቕ ኢልኩም" እዩ ዝብል። ስለዚ ካልእ ኢየሱስ ዝኣክል እናተሰብከልካ፣ ይትረፍ ምቕባሉ እሞ ምስባኩ፣ ሰቕ ኢልካ ምዕጋሱ ጥራይ እኳ ዘይጽወር ስግኣ ትን ፍርሃትን ዘስዕብ ተርእዮ እዩ። እቶም ኣብ ዓይኒ ጐይታኦም ብሉጻት ሃዋርያት ግን፣ ካልእ ኢየሱስን ካልእ ወንጌልን፣ ይትረፍ ብኣፍ ስጋ-ለበስ ሰብ ሲ ብኣፍ ረቀቕቲ መላእኽቲ ክስበኽ እንተ ዝሰምዕዎ እኳ የውግዝዎ እምበር ኣ ይዕገስዎን እዮም።

እቲ ዝስበኽ ዘሎ ኢየሱስ፣ ካልእ ኢየሱስ ድዩ ወይስ እቲ ሓቀ ኢየ ሱስ ንምልላይ ግን እታ እንኮ መንገዲ ምምርማር ጥራይ እያ። ይትረፍ ሓደጋ ከንጸላሉ እናረኤካ፣ ካብ ኣፍ እቶም ብሉጻትን ምርኡያትን ሃዋርያት፣ ካብ ኣፍ እቶም ንወንጌል ካብቲ ምንጬ ዝኾነ ኢየሱስ ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ዝዳህሰስዎን እናሰማዕካ እኳ፣ ነቲ ዝሰማዕካዮ ቃል እናመርመርካ ክትቅበሎ፣ ናይ ደግነትካን ምስትውዓልካን መለከዒ ደኣ እምበር፣ ዘይምእማንካ ዘስምዕ ኣይኮነን።

ሰብ ቤርያ ካብ ሰብ ተሰሎንቄ ዝበለጹ ደግታት ንክኾኑ ዝሓገዞም ረቛሒ ድማ እዚ እዩ። ወንጌላዊ ሉቃስ፣ ብዛዕባ ደግነት ሰብ ቤርያ ከምዚ ብምባል እዩ ንቲዎፍሎስ ዘዘንተወሉ። "ንሳቶም ድማ (ሰብ ቤርያ) ካብቶም ኣብ

ተሰሎንቄ ዝነብሩ ዝበለጸ ደግታት ነበሩ። ንሳቶም፡ 'እዚ ነገር እዚ እስኪ ከምኡ እንተ ኮይኑ፡' ኢሎም ኣብ ጸጽባሕ ነቲ ጽሑፋት እናመርመሩ፡ ነቲ ቓል ብኩሉ ፍቓዶም ተቐበልዎ።" (ግብ፡17፡10,11)። ሰብ ቤርያ "እስከ ከምኡ እንተ ኮይኑ" ኢሎም ዝምርምርዎ ዘለው ንትምህርቲ ናይቶም ሕሩያት ኣገልገልቲ ዝኮኑ ጳውሎስን ሲላስን እዩ። ዋላ ሓንቲ ዝሰምዑሎም ሕማቕ ትምህርቲ ከም ዘይነበረ፡ ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ዝተመስከረሎም ኣገልገልቲ ምንባሮም ይፈልጡ እዮም። እንተ ኮነ ዝኮነ ዓይነት ኣገልጋሊ ይምጻእ ብዘየገድስ፡ ልዕሊ ቅዱሳት ጽሑፋትን ልዕሊ ምርመራን ክከውን ከም ዘይክእል ዘስተውዓሉ ብሱላት ኣመንቲ እዮም ዝነበሩ። እቶም ዝተመርመሩ ሕሩያት ኣገልገልቲ ድማ ነቶም "እስከ ከምኡ እንተ ኮይኑ" ኢሎም ንዝሓተቱ ደቀ መዛሙርቲ ከም ዘይኣመንቲ፡ ተጠራጠርቲ፡ ኣብ ልዕሊ ቅቡኣት ኣምላክ ኢዶም ከም ዝዘርግሑ ደፋራት ጌሮም ዘይኮነስ፡ ከም ዝበለጹ ደግታት ጌሮም እዮም ገሊጾምዎም። ኣብዚ ዘመንና ግን ምምርማር ማለት ምጥርጣር ማለት ከም ዝኮነ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ምድፋር፡ ኣብ ልዕሊ ቅቡኣት ኣምላክ ኢድካ ከም ምዝርጋሕ ጌሩ ዝገልጽ ቅዲ ወንጌል ይረአ ምህላዉ ኣዝዩ ዘሰግእ እዩ።

ኩሉ ዝተገብረን ዝተባህለን ዘበለ ካብ ኣምላክ ጥራይ እዩ ዝብል የዋህ ኣተሓሳስባ ናብቲ እንናፍቖ ዘለና ዓዲ ዘየእቱ ምኳኑ ቃል እግዚኣብሄር ደጋጊሙ ገሊጹልና እዩ። ሰይጣን ንገዛእ ርእሱ መልኣክ ብርሃን ከምስል ዝክእል፡ ተኾ ላ'ውን ንበጊዕ ክመስል ዝክእል፡ እቲ ጮማ ብቐሊ ናይ ክርዳድን ስርናይን ድማ ክመሳሰል ዝክእል እንተ ኮይኑ፡ ንከይንምርምር እንዝን ገዓሉ ዝኮነ ይኩን ምክንያት ምኽኑይ ኣይኮነን ማለት እዩ። ኣቦታት ክምስሉ "ኣማጽኣ ሰይጣን ዘይፈልጥሲ ኣይመንኵስ" ካብ በሉ፡ እቶም ደቂ ወንጌል ኢና እንብል ማዕረ ክንደይ ጥንቁቓትን መርመርትን ክንከውን ከም ዝግብኣና ኣይን ዘንግዕ!!

ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ተሰሎንቄ፡ "መንፈስ ኣይተጥፍኡ። ትንቢት ኣይትንዓቑ። ንኩሉ ተዓዘብዎ (መርምርዎ)፡ ነቲ ሰናይ ሓዝዎ። ካብ ክፉእ ዘበለ ኩሉ ርሓቑ።" ኢሉ ከም ዝመዓዶም፡ ንኩሉ ናይ ምምርማር መሰልን ዕድልን ተጠቒምና ነቲ ሰናይ ክንሕዝ፡ ብኣንጻሩ ከኣ ነቲ ክፉእ ክነርሕቖ ከም ዝግባእ ኣይንዘንግዕ (1ተሰ፡5፡19-22)። ብከምዚ ኢና ነቲ "መንፈስ ኣይተጥፍኡ፡ ትንቢት ኣይትንዓቑ።" ዝብል ክቡር ቃል ከነክብሮን ክንሕልዎን እንክእል። መርሚርካ ሓቅነቱ ናይ ዘየረጋገጽካዮ ትንቢት ክብሪ ክትሕሉ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ ድማ "

ነብያት ድማ ክልተ ወይስ ሰለስተ ኮይኖም ይዛረቡ፣ እቶም ካልኦት'ውን ይመርምሩ።" ዝብል ቃል ተጻሒፉልና ኣሎ (1ቈረ፣14፣29)። ነብያት ክንበዩ ከለው እቶም ካልኦት ኩላቶም ኣፎም ከፈቶም ከም ዘለዎ ክውሕጥዎ ዘይኮነስ ኣኮማሲያም ክምርምርዎ፣ ነቲ ዘይወሓጥ ድማ ካብ ኣፎም ክተፍእዎ ከም ዝግባእ እዩ ዝነግረና ዘሎ።

ሃዋርያ ዮሃንስ'ውን እንተ ኮነ ነዚ ሓቂ እዚ እዩ ደጊሙ ዘረጋገጸ። "ኣቱም ፍቁራተይ ብዙሓት ነብያት ሓሶት ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለው እሞ፣ እቶም መናፍስቲ ካብ ኣምላክ እንተ ኰይኖም መርምሩ እምበር፣ ንመንፈስ ዘበለ ኩሉ ኣይትእመንዎ።" ብምባል ዝሃበና መጠንቀቕታ ክንግልገለሉ ዝግባእ ሓቂ እዩ (1ዮሃ፣4፣1)።

ክንምርምር እንክሎና ብመንጽር ቃል እግዚኣብሄር ዝብሎ ደኣ እምበር ብመንጽር እቲ ነብዩ ዝበሎን ዝገበሮን ክከውን ከም ዘይብሉ ድማ ኣይንዘንግዕ። ዋላ'ኳ እዚ ኣርእስቱ ሒዙ ብዙሕ ክዝረበሉ እንተ ኮነ፣ ሓደ ሰብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ተኣምራትን ምግላጻትን ይሃልዎ ብዘየገድስ ትምህርቱን ፍረ ህይወቱን ካብ ሚዛን ቃል እግዚኣብሄር ከምልጥ ከም ዘይክእል ክንዝክር ይግባእ። ነብዩ ሙሴ እኳ "ኣብ ማእከልካ ነብዩ ወይ ሓላም ሕልምታት እንተ ተንስኤ እሞ ምልክት ወይስ ተኣምራት እንተ ሃበካ.... እሞ ከምቲ ዝበለካ እንተ ኰነ፣ ደድሕሪ ዘይትፈልጦ ካልኦት ኣማልኽቲ ንኪድ እንተ በለካ... ነቲ ነብዩ እቲ ወይ ነቲ ሓላም ሕልምታት እቲ ቓሉ ኣይትስማዕ።" ኢሉ ንህዝቢ እስራኤል ኣጠንቂቑ እዩ (ዘዳ፣13፣1-3)። እቲ ዝበለካ ተኣምራት ክፍጸም ምክኣሉ ነቲ ነብዩ እቲ ናይ ምእማን ውሕስነት ኣየውህበካን እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገድስ ነጥቢ፣ በዚ ብሓይሉ ዘይኮነስ ብሓይሊ ናይ ካልእ ረቂቕ መንፈሳዊ ኣካል ተደሪኩ ዝገበሮ ነገር ናበይ ገጹ ይመርሓካ ምህላው ምፍላጥ ጥራይ እዩ።

ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ምምርማር ዘጋጥም ጸገም ድማ ፍልጠት ሓቂ ዘይብልካ ምጽናሕ እዩ። ምእንቲ ዕለታዊ መንፈሳዊ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ክትብል ዘይበሃግካዮ ፍልጠት ሓቂ፣ ኣብ ናይ ዜሮ ሰዓት ሓደጋ ምስ ኣንጸላለወ እትገብሮ ፈንጠርጠር ብዙሕ ዕውት ከይከውን ይክእል እዩ። ምኽንያቱ ሽዑ ብመንጽር እቲ ዝሰማዕካዮ ሓሶት ጌርካ ነቲ ሓቂ ክትደልዮ ከለካ ከተለልዮ ዘለካ ዕድል ጸቢብ እዩ። ኣቐዲምካ ነቲ ፍልጠት ሓቂ ሒዝካዮ እንተ ትጸንሕ ግን ነቲ ሓሶት ብመንጽር እቲ ኣዕሚቕካ እትፈልጦ ሓቂ ክትፍትሾ ከለካ ብቐሊሉ

ክተለልዮ ምተካእለ ነይሩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ "...ብዛዕባ እታ ኣባካትኩም ዘላ ተስ ፋ ምኽንያታ ንዝሓተኩም ዘበለስ ምላሽ ንምሃብ ኩሉ ሳዕ እተዳለኹም ኩኑ፣ ግናኸ ብዓቕልን ብፍርሃትን ደኣ ይኹን።" ብምባል ዘተሓሳሰበና ድማ ከነስተውዕ ለሉ ይግባእ (1ጴጥ፣3፣15)። ስለዚ ከምቲ ዘማራይ ዳዊት ኢልዎ ዘሎ፣ ለይትን መዓልትን ንቓሉ ንምምርማር ክንተግህ የድሊ። "ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፣ ኣ ብ መገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፣ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቕመጥ፣ ብሕጊ እግዚኣብሄር ድኣ ዚፍሳህ፣ ነቲ ሕጉ'ውን ለይትን መዓልትን ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ።" ንሱ ከምታ ፍሬኣ በብጊዜኣ እትህብ፣ ቈጽላ ከ ኣ ዘይረግፍ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን። ዝገብሮ ኩ ሉ'ውን ይሰልጦ።" (መዝ፣1፣1-3)። "ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ" ከም ዝተባህለ ብዘይ ፍልጠት ሓቂ ብቕንኣት ጥራይ ካብቲ እንፈርሆ ጥፍኣት ክንድሕን ኣ ይንክእልን ኢና። ንእስራኤላውን ብጕይታ ከይኣምኑ ዝዓንቀፎም እዚ ነገር እዚ ከም ዝኾነ ጳውሎስ፣ "ኣሕዋተየ፣ ብፍልጠት ደኣ ኣይኮነን እምበር፣ ንኣምላኽ ቅን ኣት ከም ዘለዎምሲ፣ ኣነ እምስክረሎም ኣሎኹ እሞ፣ ንሳቶም ክድሕኑ፣ ስሊኦም ሃረርታ ልበይን ናብ ኣምላኽ ጸሎተይን እዩ፣" ብምባል ገሊጽዎ እዩ (ሮሜ፣10፣1-2)።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ንምስትውዓሎም ዝኸብዱ ሓያሎ ሓቅታት ኣ ለው። ነዞም ዕጹማት ምግብታት እዚኣቶም ጸባ ጥራይ ምስታይ ዝለመደ ሰብ ብቐሊሉ ክምገቦም ይኸብዱ እዮም። ኣብ መልእኽቲ ናብ እብራውያን ተጻሒፉ ዘሎ እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ነዚ ክንብሎ ዝጸናሕና ሓቂ ዘብርህ እዩ። "ብዛዕ ብኡ ብዙሕ ነገር እንብሎ ነይሩናስ፣ ንምስማዕ ድንዙዛት ስለ ዝኾንኩም፣ ትርጉሙ ጭንቂ እዩ። ከም ምንዋሕ ዘመኑስ መምህራን ክትኮኑ እኳ ምተገብኣኩም ነይሩ፣ ነቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቈልዑ ናይ ቃል ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ክምህሩኹም የድልየኩም ኣሎ እሞ ጸባ ድኣ እምበር፣ ዕጹም ብልዒ ኣየድልየኩምን እዩ። ጸባ ዝቕለብ ዘበለ ኩሉ ቈልዓ እዩ እሞ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኮነን። ዕጹም ብልዒ ግና ነቶም ጽቡቕን ክፉእን ን ምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዘላምዱ ብጹሓት እዩ።" (እብ፣5፣11-14)። ስለዚ ዕጹም ብልዒ ዘይለመደ ሰብ ጽቡቕን ክፉእን ምፍላይ ክለምድ ኣይክእልን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ በቲ ዝተዋህቦ ጥበብ ንምስትውዓሉ ዝኸብድ ብዙሕ ዓበይቲ ምስ ጢራት ጽሒፉ እዩ። ስለዚ እቶም ጸባ እምበር ዕጹም ብልዒ ዘይለመዱ ሰባት ነዚ ጽሑፋት እዚ ብዘይ ምስትውዓል ንጥፍኣት ርእሶም ጠውዮም ይስሕቱን የስ ሕቱን ነበሩ። ጴጥሮስ ብዛዕባ እዚ ከምዚ ብምባል ብንጹር ጽሒፉ ኣሎ።

"... ንሱ (ጳውሎስ) ኣብ ኩላተን ደብዳቤታቱ ድማ ነዚ ነገር እዚ ክዛረበሉ ከሎ፣ ኣብኡ ንምስትውዓሉ ዘሸግር ሓያሎ ነገር ኣሎ። እቶም ደናቘርትን ዘይጽኑዓትን፣ ከምቲ ነቲ ካልእ ጽሑፋት ንጥፍኣት ርእሰም ዘጠዋወይዎ ገይሮም ይጠዋውይዎ ኣለው። ደጊም ኣቱም ፍቁራተይ፣ ነዚ ቕድም እናፈለጥኩምሲ፣ ብስሕተት እቶም ስዲ ዝከዱ ዘለዉ ተሳሒብኩም ካብ ጽንዓት ርእስኩም ከይትወድቁ ተሓለዉ። ብጸጋን ብፍልጠት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ድኣ ዕበዩ።..." (2ጴጥ፡3፡15-18)። ስለዚ ብፍልጠት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝግባእ ዓቢና ካብቲ ዝፈሓሰልና ፍሕሶታት ስሕተት ንርእስና ክንሕሉ ከም ዝግባእ ኣይንዘንግዕ።

## ትሕትና ድዩ ትሑትነት?

ሓድሓደ ጊዜ ድማ ኣመንቲ "ኣነ መን እየ?" ብዝብል ናይ ትሕትና ዘይኮነስ ናይ ትሑትነት ስምዒት (Inferiority) እቲ ኩነታት እናተረድኦም ከሎ ከጽቅጡ ይረኣዩ። ናይ እግዚኣብሄር ክብርን ሓቅን ክድፈር እናረኣካ ከም ዘይረኣካ ኴንካ ምጽቃጥ ከም ናይ ኤሊ ዝበለ ሓደገ ኣካይዳ እዩ። ኤሊ ከቢድ በደል እናረኣየ ካብ ንኣምላክ ንላዕሊ ንደቁ ስለ ዘክበረ፣ ናቱን ናይ ዘርኡን ኣጣፋፍኣ ዘሰክሕ ኮይኑ እዩ። ኣብ ናትና ጉዳይ ክንትሕት ጽቡቕ እዩ፣ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ጉዳይ ግን ቀራጻትን ጽኑዓትን ክንከውን ናይ ግድን እዩ። "ንቅቡኣተይ ኣይትተንክይዎም" ዝብል ቃል ኣብ ዘይመዓልኡ እናወዓለ ነቲ ስዲ ዝከ ይድ ዘሎ ሰብ ዓገብ ካብ ምባል ኣፍ ብዙሓት ይከድን ኣሎ። ነቲ ዝቐብእ ኣምላክ ዝደፍር ቅብኣት ዘለዎ ሰብ፣ "ናይ እግዚኣብሄር ቅቡእ እዩ" ኢልካ ዘሕስብ የዋህነት ካብቲ ዝጸውዓና ዝመንጨወ ክከውን ኣይክእልን እዩ። ካብዚ ከምዚ ዝዓይነቱን ትሕትና ዝመስል ግብዝና ርእስና ክንሕሉ እንተ ዘይክኢልና መወዳእታና ኣይከሐጉሰናን እዩ። እቶም ካብ ሚዛን ከምልጡ ዝደልዩ መስሓትቲ፣ ኩሉ ጊዜ ልዕሊ እቲ ብጐይታ ዝተዋህበ ቃል ከም ዝኾኑ ክመስሉ እዮም ዝመጣጠሩ። ካብ ቃሉ ዘይኮነስ ብምግላጽ ዝረከብዎ ብምምሳል ይዛረቡ እሞ፣ ነቲ ጽውጽዋያቶም ንምፍታሽ ሕቶ ኣብ እተልዕለሉ እዋን፣ "ንቕቡኣተይ ኣይትተንኪ" ዝዓይነቱ ምፍርራህ እናፈጸሙ ንኩሉ ነገር ዓይንካ ዓሚትካ ክትውሕጦ ኣብ ልዕሌካ ተጽዕኖ ይገብሩ። ስለዚ ነዚ ከምዚ ዝበለ ባዶ ቃላት በቲ ምልኣት ዘለዎ ቃል ጐይታ ክትወቅዕ ሓላፍነትካ እዩ።

በዓል ጳውሎስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ዝነበሮም ትሕትና መዘና ኣይ ነበሮን። ክብሪ ኣምላክን ክብሪ ወንጌልን ክትንከፍ ከሎ ዘርኣይዎ መትከል ግን ኣዝዩ ንጹር እዩ ነይሩ። ነቲ ዝሰበኽ ዘሎ ናይ ሓሶት ካልእ ወንጌል ብግልጺ ኣውጊዞምዎ እዮም። ብዛዕባ እቶም ነዚ ወንጌል እዚ ዝሰብኩ ዘለው፡ ንርእሶም ኣገልገልቲ ጽድቂ ዘምስሉ ዓየይቲ ዝሃብዎ ቃል ድማ ዘየማትእን ንጹርን እዩ ነይሩ።

**<u>ገላ፡1፡6-9</u>** ፡- "ካብቲ ብጸጋ ክርስቶስ ገይሩ ዝጸውዓኩም ኣምላኽ፡ እን ታይ እዋን ናብ ካልእ ወንጌል ከም ዝሓለፍኩም (ምግልባጥኩም) ገሪሙኒ ኣሎ። እዚ ግና፡ ገሊኦም ሰባት ንወንጌል ክርስቶስ ክልውጡ ደልዮም እዮም ዘዕገርግሩኹም እምበር፡ ካልእ ወንጌል ፈጺሙ የልቦን። ግናኸ ንሕና ኮነ ካብ ሰማይ ዝወረደ መልኣኽ ነቲ ንሕና ዝሰበኽናልኩ ም ዝጻረር <u>ካልእ ወንጌል እንተ ደኣ ሰቢኩልኩም ውጉዝ ይኹን</u>። ከ ምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፡ ሕጂ'ውን ሓደ ነቲ ዝተቐበልኩምዎ ዝጻረር <u>ካልእ ወንጌል እንተ ድኣ ሰቢክልኩም ደጊመ "ውጉዝ ይኹን</u>" እብል ኣሎኹ።" (ሓድሽ ትርጉም)።

**<u>2ጴጥ፡2፡17</u>** ፡- "ንሳቶም ማይ ዘይብሉ ዒላታትን ህቦብላ ዝክብክቦ ግመን እዮም፡ <u>ንኣታቶም (ነቶም መዘስሓትቲ) ግብ ዝበለ ጸልማት ን ዘልኣለም ተኣኪብሎም ኣሎ</u>።"

**<u>ይሁ፡12-13፡-</u>** "እዚኣቶም ብዘይ ፍርሃት ምሳኻትኩም እናበልዑ ን ርእሶም ዝጓስዩ፡ ኣብቲ ናይ ፍቕሪ መኣድኩም ጸያቒቶ እዮም፡ ን ፋስ ንየው ነጀው ዝደፍኦ፡ ማይ ዘይብሉ ደበና፡ ዘይፈርያ ክልተ ሳዕ ዝሞታ፡ ካብ ሱረን እተመንቈሳ ኣእዋም ሓጋይ፡ ነቲ ነውሪ ርእሶም ዘዕ ፍርዎ ብርቱዓት ማዕበል ባሕሪ፡ ብርግርግ ዝብሉ ከዋኽብቲ እዮም፡ <u>ነዚኣቶም ግብ ዝበለ ጸልማት ንዘልኣለም ተዓቚሩሎም ኣሎ።</u>"

# ብዝሒ ሰብ መለክዒ ኣይኮነን

እቲ ካልእ ንኣባጊዕና ናብ ዘይተደላዪ ገርህነት ዝመርሐን ዘሎ ድማ፡ ናብቲ ናይ ስሕተት ኣዳራሻት ዝውሕዝ መጠን ሰብ ምርኣይ እዩ። መንፈሳዊ ሓቂ ከም ፖለቲካዊ ሓቂ ብብዝሒ ሰብ ኣይልካዕን እዩ። ናብ ሓደ ኣደራሽ ሰባት ብብዝሒ እናተጸቓቐጡ ክኣትው ምርኣይ፡ ምልእቲ ዓለም ሓደ ዓይነት ዜማ ከተዝይም ምስማዕ፡ ነቲ እምነት እቲ ሓቅነትን ክብደትን ኣየውህቦን እዩ። ምክንያቱ ኣህዛብ እንተ ተኣከቡ ኣብ ቅድሚ ኣምላክን ሓቅታቱን ከም ሓንቲ ነጥቢ ኣብ ዕትሮ፡ ከም ሓንቲ በሰር ኣብ ሚዛን እዮም ዝቑጸሩ (ኢሳ፡40፡15,17)። ብፍላይ ኣብ ወንጌል ነታ ሓቂ ውሑዳት እምበር ብዙሓት ከም ዘይስዕብዋ ተረጋጊጹ እዩ። “ጽውዓት ብዙሓት ሕሩያት ግና ሒደት እዮም።” ዝብል መለኮታዊ ሓቂ፡ ሓሶት ተኣኪቡ ብብዝሒ ቲፎዞ ተሰንዩ ናብ ሓቂ ክልወጥ ከም ዘይክእል ዘረጋግጸልና ሓቂ እዩ። በታ ርሕብቲ ኣፍ ደገ ንምእታው፡ በታ ገፋሕ መንገዲ ዝከዱ እዮም ዝበዝሑ እምበር በታ ቀጣን መንገዲ ክይዶም በታ ጸባብ ኣፍ ደገ ክኣትው ዝደልዩ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ጐይታ ድማ በታ ጸባብ ደገ ክንኣቱ እዩ ምዒዱና (ማቴ፡7፡13-14)። እዚ ኣብ ዙርያና ዝንዝም ዘሎ ጋሻ ወንጌል ድማ ነተን ብጐይታ ዝተዳለዋ ቀጣን መንገድን ጸባብ ኣፍ ደገን ክግፍሕ ዝመጣጠር ትምዩን ወንጌል እዩ።

ጐይታ ግን ብዙሕ ህዝቢ ክስዕቦ ስለ ዝረኣየ ዝተሓጐሰሉ ኣጋጣሚ ኣይንርእን ኢና። ብኣንጻሩ ክስዕብ ዝደሊ እንተሎ ሳሕቲ ዘይኮነስ ኣብ ጸጽባሕ መስቀሉ ከልዕል በዲህዎ እዩ (ሉቃ፡9፡23)። ንክህብትም ኢሉ፡ ኣብቲ ናይ ኢየሱስ “ቪላ” ክጽልል ኢሉ ንዝስዕብ ኩሉ ርእሱ ዘጸግዓላ ስፍራ ከም ዘይብሉ ኣቕቢጽዎ እዩ (ሉቃ፡9፡57-58)። እቶም ንስግኡ ክበልዑን ንደሙ ክሰትዩን ዝጨነቐም ደቀ መዛሙርቱ ንድሕሪት ንግፍ ኢሎም ክከዱ እንክለው ኣብ ወንጌሉ ምትዕርራይ ክገብር ኣይፈቐደን። ብኣንጻሩ ነቶም ዝተረፉ 12 ሃዋርያት እኳ “ንስካትኩምከ ክትከዱ ትደልዩዶ?” ብምባል ነጻ ምርጫ ድኣ ሂብዎም እምበር ብግዲ ንክስዕብዎ ተጽዕኖ ኣይገበረሎምን (ዮሃ፡6፡60-71)። ኣዳራሹ ጥራዩ ስለ ዝተረፈ ናይ ኣባልነት መዝገቡ ዝድምሰስ ስማት ስለ ዝበዝሖ ኣይተሰናበደን። ጓሳ ስለ ዝተወቕዐ ኣባጊዕ ፋሕ እንተ በላ እኳ፡ እተን ምርኡያት ኣባጊዑ ኣፈን መሊኣን “ኣይንፈልጦን ኢና” እንተ በላ እኳ፡ ነቲ ናይ መስቀል ጉዕዙኡ ክኮልፎን ካልእ መለሳ መንገዲ ክደልን ኣይተራእየን። ስለዚ ብዝሕን ዕቤትን ናይቲ ሓቂ እምበር ብዝሒ ሰብ መምዘኒ ክከውን ኣይክእልን እዩ።

## ዘደንቕ ኣርኣያ ጕስነት!!

ክርስቶስ ንህዝቡ ንከገልግል ካብ ሰማያት ወሪዱ ካብ ቅድስቲ ድንግል ተወሊዱ፣ ካብ ልደቱ ክሳብ ናይ መስቀል ሞቱ ተዋሪዱ ክሓልፍ ዝፈቐደ፣ ነቲ ብኣባጊዕ ተመሲሉ ዘሎ ህዝቡ ንከድሕን እዩ። ጐይታ ኢየሱስ፣ ኣእምሮ ሰብ ክበጽሖ ብዘይክእል፣ ብሕያውነትን ብበጃነቱን ዝልለ ጕስነት ኣርእዩና እዩ ዓ ሪጉ። ነተን ኣባጊዑ፣ ንድምጹ እምበር ንድምጺ ካልእ ከም ዘይሰምዓ ጌሩ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ድምጺ ካልኦት ጓሶት ክሰምዓ ከለዋ ነቲ ድምጺ ኣለልየን <u>ካብኡ ዝገልባሉ</u> ፍሉይ ጸጋ'ውን ኣለማሚድወን እዩ። ንጓስኣን ቀዲመን ዝመርሓ ዘይኮነስ፣ ኣሰር ኣእጋሩ እናረኣያ ድምጺ ልሳኑ እናሰምዓ ዝስዕባ ፍሉያት ኣባጊዕ ጌሩ እዩ ኣሰልጢኑወን። እቲ ካልእ ዝተማህርኦ ፍሉይ ትምህርቲ ከኣ እቲ ናብ ደምበ ኣባጊዕ ብኣፍ ደገ ዘይኣቱ፣ ብካልእ ወገን ዝሓኩር ንሱ ሰራቕን ጕሒላን ከም ዝኮነ ኣነጺረን ዝፈልጣ ንምድሓን ዝለበማ ኣባጊዕ ምኳነን እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ካልእ ምስትውዓለን ድማ፣ ነቲ ጓሳ ብድምጹን ብኣሰሩን ብኣተኣ ታትውኡን ብኣዋፍርኡን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ተኸኣላ ምስ ረኣየ ብዝወስዶ ንጹር ስ ጉምቲ'ውን ይፈልጥኦ እየን። እቲ ጓሳ፣ ነቲ ተኸኣላ ክመጽእ ከሎ ምስ ረኣዮ ካብቲ ኣብ ቅድሚ ኣባጊዑ ዝነበሮ ቦታ ሃዲሙ ናብ ድሕሪኦን ኣይከይድን፣ ነተን ኣባጊዕ በጅኡ ኣይገብረንን እዩ። ብኣንጻሩ ንድሕነተን ክብል ህይወቱ በጅኣን እዩ ዘሕልፍ (ዮሃ፣10፣1-15)።

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ከምዚ ዝበለ ዘይሃስስ ኣርኣያ ጕስነት ገዲፉልና እዩ ከይዱ። ነዚ ከምዚ ዝበለ ጕስነት ናይ እግዚኣብሄር፣ ኣቦና ዳዊት ክገልጾ ከሎ ኣብ መዝሙር ዳዊት ከምዚ ዝብል ቃል ጽሒፉ እዩ። “እግዚኣ ብሄር ጓሳይየይ እዩ፣ ዝጐድለኒ የብለይን፣ ኣብ ልሙዕ ሸካ የውዕለኒ፣ ናብ ዝዓ ርፈሉ ማይ ይመርሓኒ፣ ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ፣ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ ይመርሓኒ። በትርካን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ፣ <u>ንስካ ምሳይ ኢካ እሞ ብሩባ ሩባ ድነ ሞት እኳ እንተ ከድኩ፣ ክፉእ ኣይፈርህን እየ። ንስካ ኣብ ቅድሚ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ፣</u> ንርእሰይ ብዘይቲ ትለክዮ፣ ጽውኣይ ይጅ ርብብ ኣሎ። ብሓቂ ሳህልካን ምሕረትካን ብኹሉ ዕድመይ ክስዕባኒ እየን፣ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ንዘልኣለም ክነብር እየ።” (መዝ፣23፣1-6)። ኣብ ካልእ ክፋላት ናይ መጽሓፍ ቅዱስና እንተ ረኣና'ውን ጉስነት እግዚኣብሄር ኣዝዩ ብዝምስጥ ቃላት ተጻሒፉ ንረክቦ ኢና።

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዝገበረልና ዝዓበዩ ረድኤታት ሓደ፡ ኣሰሩ ዝስዕቡ ካልኦት ጓሶት ብምስልጣን፡ ንድሕነትና ምስፍሑ እዩ። ካብ ጥንቲ ካብ ብሉይ ጀሚሩ ክሳዕ እዚ ዘለናዮ ናይ ሓድሽ ኪዳን ዘመን ፍሉይ ዝኾነ ናይ ጒስነት መድረኽ እናኸፈተ፡ እተን ኣባጊዕ ብጓሶተን ክሕለዋ፡ እቶም ጓሶትውን ነተን ኣባጊዑ ብምጒሳይ ክሕለዉን ክረብሑን፡ ክልተ ዝኣንፈቱ ረብሓታት ሂቡና። ብፍላይ ጐይታና ኢየሱስ፡ ካብዛ ምድሪ ናብ ሰማያት ናብ ኣቡኡ ንምዕራግ ይዳለወሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ንሃዋርያቱ ዝሃቦ ሕድሪ ነዚ ዝበልናዮ ቃል ዘርግኣልና ፍሉይ ሃይለ - ቃል እዩ። እቲ ናይ ምጒሳይ ሓላፍ ነት ናይ ጅምላ ዕዮ ዘይኮነስ ብውልቀ ሰብ ደረጃ ክለዓል ዘለዎ ሓላፍነት ምዃ ኑ ንምግላጽ፡ ነቲ ምርኡይ ሃዋርያ ንስምኦን ወዲ ዮና (ንጴጥሮስ) እዩ ፈልዩ ነጊርዎ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሃዋርያ ጴጥሮስ ፈልዩ ዝተዛረበሉ ምኽን ያት ነቲ በሰላ ክሕደቱ ገና ዘይሃሰሰሉ ሃዋርያ ጴጥሮስን መጽሓፍ ቅዱስ ንዘን በቡ ብዙሓት የዋሃትን የሰክፎም እዩ። ጐይታና ክርስቶስ በቲ ሕድገት ዝረኸ ብናሉ በሰላ ናይ ሕሉፍ ሓጢኣትና ተጠቒሙ፡ ንናይ መጻኢ ኣገልግሎትናን ሓላፍነትናን ከም እንቕበል ኣይገብርን እዩ። ንመጻኢ ዝኸውን እኩል ጸጋ ስለ ዘለዎ ንድሕሪት ተመሊሱ ብውድቀትና ዝዓይየሉ ምኽንያት የብሉን። ንሱ ከምዚ ዝገበረ፡ ነቲ መተካእታ ዘይብሉ ዕዮ ኣምላክ፡ ጒስነት፡ ብጅምላ ዘይኮነስ ብውልቀ ደረጃ ክንጸሮ ዝግብኣና ሓላፍነት ምዃኑ ንከርእየና እዩ። ናብዚ ኣ ገልግሎት እዚ ዝድርኾና ቀንዲ ድርኺት፡ ካብቶም ኣብ ማእከልናን ኣብ መኣ ድናን ዘለው ኣሕዋትን ኣሓትን ኣብሊጽና ንጐይታና እነፍቅረሉ ፍቕሪ ዘለና ምዃኑ ጥራይ እዩ። ነዛ ጸብለል ዝበለት ፍቕሪ ኣምላክ እንተ ዘይለቢስናያ፡ ነቲ ሓለቓ ጓሶት መዘና ዘይብሉን ብሉጽን ፍቕሪ እንተ ዘየፍቂርናዮ፡ ነተን ንሱ ዘፍቅረን ህይወቱውን በጃ ዘሕለፈለን ኣባጊዕ ከነፍቅረን ማለት ዘበት እዩ። ስለዚ ድማ ነተን ኣባጊዕ ዘይነፍቅረን እሞ ኣብ ቅድሚ ተኩ ላ በጅኣን ደው ዘይን ብል እንተ ኴንና፡ ፍቕሪ ናይቲ ሓለቓ ጓሶት ዝኾነ ጐይታ ከም ዘይብልና ዘቃልዕ ጒሉሕ መርትዖ እዩ።

## *ኣሰር ጒስነቱ ግን ኣይሰዓብናን!*

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ እዚ ፍቕሪ እዚ ከም ዘለዎ ዘረጋገጸሉ ቅዱስ ሃዋርያ ጴጥሮስ፣ ነቲ ዝዓበየን ዘይትካእን ኣገልግሎት ክህቦ ኣይተሰከፈን። ኣብቲ መጓሰ ዕያውትን ኣባጊዕን እየን ዘለዋ። ክልተ ዓይነት ኣገልግሎት ከኣ የ ድልየን። እቲ ሓደ ምብላዕ (ምቕላብ) ክከውን ከሎ እቲ ካልኣይ ከኣ ምሕላው እዩ። በጊዕ ዘድልያ ኩሉ ሂብካ እንተ ኣስባሕካያ'ሞ ኣብ ደገ እንተ ሓደረት ድራር ተኾላ'ውን እንተ ኮነት እንታይ ዋጋ ኣለዎ? ነታ ብሕድሪ ዝተዋህበትካ በጊዕ ናብ ዋንኣን ናብ ደምቢኣን ዘይኰነስ ናብቲ ጨካን ተኾላ ስለ ዝመጠካያ ብዘይጽምሉ ኣክሊል ክስልመካ ዘይኰነስ፣ ንርእስካ ብዘሰክሕ መንገዲ ናብ እትጽምልወሉ፣ ናብቲ ሓለቓ ተኳሉ ዘለዎ ቦታ ከም ዝድርብየካ ኣይትዘንግዕ። እግዚኣብሄር ነቶም ልቦም ኣብ መጓሲኦም ዘንብሩ፣ ሃለዋት ኣባጊዖም ዝፈልጡ፣ ኣባጊዖም ዘይፍንዉ፣ ንጥዑያትን ንሕሙማት ዘቕልቡን ዝቕልቡን ጓሶት ዝኣ ተወሎም ተስፋ ኣብ ቃል እግዚኣብሄር ብሰፊሑ ንረክቦ ኢና። ብመንጽሩ'ውን እተን ኣባጊዕ ብተኳሉ እናተዘርፋን ፋሕ እናበላን ርእዩ ስቕ ንዝብል፣ ነተን ዝተሰብራ፣ ዝጠፍኣ፣ ዝደከማ ኣባጊዕ ንዝርስዕ፣ ነተን ጥዑያት ድማ ንዘይቕልበን ሕሱም ጓሳ ከመይ ጌሩ ፍድኡ ከም ዝህቦ ኣስፊሑ ይገልጸልና እዩ (ምሳ፥27፥23-24 ህዝ፥34፥1-10 ኤር፥23፥1-4 ዘካ፥11፥1-17)።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ናይ ጕስነት ነገር ኣብ ዓብይ ሓደጋ ወዲቑ፣ ተኳሉ ይትረፍ ብካልእ ወገን ምሕኳር በቲ ቀንዲ ኣፍ ደገ ምእታው እኳ ዘየ ጸግም ኮይኑዎም ክትርኢ ከሎካ ትፈርህ። ኣባጊዕ ዘመንና፣ ሰኣን ዝምህረን፣ ን ድምጺ ናይ ተኾላ ካብ ድምጺ ናይቲ ሕያዋይ ጓሳ ምልላይ ስኢነን፣ እቲ ተከ ኣላ ብስመን ምስ ጸውዐን ደድሕሪኡ ክስዕባ፣ ንሱ ናብ ደምቢኣን ጥራይ ዘይኮ ነስ ንሳተን ናብ ደምቢኡ ብጕያ ክኣትዋ ምርኣይ ህርመት ልብካ ጠጠው ክሳዕ ዝብል ዘሰንብድ ሓደገ ተርእዮ እዩ። እቲ ልዕሊ ኩሉ ዘሕዝን ድማ፣ "እዝስ እምበር ቆርበት በጊዕ ዝተከድነ ተኾላ እዩ" ተባሂሉ ምስ ተነግረን "ክሳዕ ሕጂ ክነክስ ኣይረኣናዮን፣ ኩሉ ዘረብኡ ከም ናይ ኣባጊዕ እዩ፣ ዋላ እኳ ኣብቲ ኣ እጋሩ (ጽፍሩ) ኣብቲ ጭርኡ ናይ ተኾላ ዝመስል እንተ ኮነ ክሳዕ ሕጂ ግን ዝበዝሕ ኣካሉ ንዓና ንኣባጊዕ ስለ ዝመስልሲ ምስኡን ናብኡን ምካድ ኣይን ገድፍን ኢና፣ ናባና እንተ መጺኡ'ውን ክንቕበሎ ኢና።" ዝብል መልሲ ክት ሰምዕ ከሎካ፣ እቲ ሓለቓ ጓሶት እንታይ ኮን ይብል ይህሉ ኢልካ ትፈርህ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ እቶም ንኣባጊዕ ብሕድሪ ዝተቐበሉ ጓሶት፣ ኣባጊዕ ካብ ኢዶም ክምንጠላ እናረኣዩ፣ ዝበዝሓ ካብተን ኣባጊዕ ምስ ተኾላ ዕርክነት ከ

ም ዝለመዳ እናሰምዑ፡ ከጽቅጡ ተራእዮም። ዕዳ ደም ናይተን ኣባጊዕ ዝሕተተሉ፡ ንሳቶም እቶም ጓሶት ደኣ እምበር እቲ ተኾላ ከም ዘይኮነ ዝዘንግዑ ይመስሉ። ነቲ ኣንጻር እቲ ስሕተት ዝህብዎ ትምህርቲ ሰሚዑ፡ እቲ ተኾላን እተን ዝተዘንግዓ ኣባጊዕን ዝህብኦ ድምጺ ኣሰቂቕዎም ክከውን ይክእል እዩ። ተኳሉ ዝታለለሎም በጊዕን ጓሳን እንተ ስኢኖም፡ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዝተጻረረ፡ ዘይርዱእ ዘይብሱል ስጋዊ ጓሳ ወይ በጊዕ ጌሮም ስለ ዝገልጽዎ፡ ኩሉ ዘረብኦም ከኣ ብጸርፍን ብመርገምን ስለ ዝስነ ብዙሓት ስኩፋት ጓሶት፡ ስሞም ዋላ ጸላኢ'ውን እንተ ኮነ ብጽቡቕ እምበር ብሕማቕ ከልዕሎ ስለ ዘይፈትዉ “ምእንቲ መጐጐ ትሕለፍ ኣንጭዋ” ብዝዓይነቱ መትከል ከጽቅጡ ይረኣዩ። እቲ ተኾላ ነየናይ ኣርእስቲ ናይቲ ማና እግዚኣብሄር ከም ዝበልዕ፡ ነየናይ ክፋል ናይተን ኣባጊዕ ከም ዝብህግ፡ ነተን ኣባጊዕ ድማ ብከመይ መንገዲ ከም ዘዐሸወን ንምፍላጥ ኣይህንጠዩን እዮም። ምኽንያቱ ድማ እቲ ምፍላጥ ብዙሕ ጾር ስለ ዘሰክሞም እዩ። እቲ ሓለቓ ጓሶት ግን “<u>እቲ ኣባጊዑ ዝፍኑ ዘይጠቕም ጓሳ ወይልኡ።</u>” ከም ዝበለ ክዝንጋዕ የብሉን (ዘካ፡11፡17)።

## *ተጠንቀቑ!*
## *ናይ ጐይታ ቀንዲ መልእኽቲ*

ጐይታ ድሕሪ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝፈጸሞ ጥምቀትን ድሕሪ ብድያብሎስ ዝተፈተኖ ሓያል ፈተናን፡ እታ ቀዳመይትን ዝሓየለትን ብናይ ከረን ስብከት እትፍለጥ መልእኽቱ ሃበ። ብናይ ብጽእና ኣርእስቲ ዝጀመረ መልእኽቱ “ተጠን ቀቑ” ብምባል እዩ ዛዚምዎ። ገና ካብ መጀመርትኡ ከጠንቅቐና ምጅማሩ፡ ክብደት ናይቲ ስምዕታ እዩ ዘርእየና። “<u>ካብ ነብያት ሓሶት ተጠንቀቑ፡ ብውሽጦም ዝምንጥሉ ተኳሉ ክነሶምሲ፡ ክዳን ኣባጊዕ ተኸዲኖም እዮም ዝመጹኹ ም። ብፍሪኦም ክተለልይዎም ኢኹም።...</u>” እዩ ዝበል (ማቴ፡7፡15,16)። ካብዚ ኣበሃህላ ናይ ጐይታና ተበጊስና፡ እተን ኣባጊዕ ነቶም ተኳሉ ብትርኢቶም ወይ ብደጋዊ ነገሮም ክለልይኦም ከም ዘይክእላ ኢና እንርዳእ። ክሳዕ ክንድዚ ክ ታልልወን ስለ ዝክእሉ ድማ ንምልላዮም ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ናብ ፍሪኦም ደኣ እምበር ናብ ትርኢቶም ጥራይ ምርኣይ ከም ዘይኣክል ኣጠንቂቑና እዩ።

“ብፍሪኦም ክተለልይዎም ኢኹም” ክብለና ከሎ በቲ ዝገብርዎ ትእምርትን ተኣምራትን ዝበለ ኮይኑ ዝስመዓና ውሑዳት ኣይኮንናን።

ትእምርትን ተኣምራትን ናይ ሰብ ፍረ ኣይኮነን። ልዕለ-ተፈጥሮ ብዝኾነ ሓይሊ ደኣ እምበር ብሰብ ዝግበር ፍጻሜ ኣይኮነን። ስለዚ ብፍሪኦም ክንብል ከሎና እቲ ከም ውልቀ ሰባት ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም ዘርእይዎ ፍረ ማለት እዩ። ትእምርትን ተኣምራትን እሞ ሰይጣን'ውን ክገብሮ ከም ዝክእል ቃል እግዚኣ ብሄር ኣነጺሩ እዩ ዝገልጸልና። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ብምንባብ ነስተውዕል። (ዘጸ፡7፡11,22፣ ዘጸ፡8፡7፣ ማቴ፡7፡22፣ ራእ፡16፡14፣ ራእ፡19፡20)

***<u>ማር፡13፡1-6,22,23፡-</u>*** ኣብ ቤተ መቕደስ ምስ ወጸ ድማ፡ ሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቱ፡ መምህር፡ "ከመይ ዝበለ ኣእማንን ከመይ ዝበለ ህን ጻንማ ርአ" በሎ። ኢየሱስ ድማ፡ "ነዚ ዓብዪ ህንጻዶ ትርእዮ ኣሎኻ? ዘይፈርስ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ኣይኪተርፍን እዩ፡" ኢሉ መለሰሉ። ኣብ ደብረ ዘይቲ ኣብ ማዕዶ ቤተ መቕደስ ተቐሚጡ ከሎ ጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን እንድርያስን ብሕት ኢሎም፡ "እስኪ ንገረና፡ እዚ መኣስ ኪኸውን እዩ? እዚ ኩሉ መኣስ ከም ዝፍጸምሲ፡ ትእምርቱ እን ታይ እዩ?" ኢሎም ሓተትዎ። ኢየሱስ ከኣ ኪብሎም ጀመረ፡ "<u>ሓደ እኳ ከየስሕተኩም ተጠንቀቑ</u>። ብዙሓት 'ኣነ እየ' እናበሉ ብስመይ ኪ መጹ እዮም እሞ፡ ንብዙሓት ከኣ ኬስሕቱ እዮም። .... ናይ ሓሶት ክርስቶሳትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪትንስኡ እዮም እሞ፡ <u>እንተ ተኻእሎምሲ ነቶም ሕሩያትውን ኬስሕቱ፡ ትእምርትን ተኣምራትን ኪ ገብሩ እዮም። ንስኻትኩም ግና ተጠንቀቑ። እንሆ ኣቐዲመ ኵሉ ነገር ኩኹም።"</u>

***<u>ራእ፡13፡13-15፡-</u>*** "<u>ኣብ ቅድሚ ሰብሲ ሓዊ እኳ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ክሳዕ ዜውርድ፡ ዓበይቲ ትእምርቲ ይገብር።</u> ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩውን፡ ነቲ ብሰይፊ ተወቒዑ ዝቐሰለ እሞ ዝሓወየ ኣራዊት፡ ምስ ሊ ኪገብሩሉ እናበለ፡ <u>በቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣራዊት ኪገብሮ እተዋህቦ ትእምርትታት፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ የስሕቶም ኣሎ።</u> ምስሊ እቲ ኣራዊት ምእንቲ ኪዛረብን፡ ነቶም ንምስሊ እቲ ኣራዊት ዘይሰገዱ ዘበሉ ኵላቶም ምእንቲ ክቐትሎምን ከኣ <u>ንምስሊ እቲ ኣራዊት ትንፋስ ኪህብ ተዋህቦ</u>።"

<u>2ተሰ፡2፡3-10፡-</u> "ቅድም ክሕደት ከይኮነ፡ እቲ ርእሱ ኣምላክ ምኳኑ እናኣርኣየ፡ ኣብ መቕደስ ኣምላክ ክሳዕ ዚቕመጥ፡ ኣምላክን ቅዱስን ኣ

ብ ዚብሃል ዘበለ ዚትንስእን ዚዕበን ሰብኣይ ዓመጻ፡ እቲ ወዲ ጥፍኣት፡ ከይተገልጸ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣይትመጽእን እያ እሞ፡ ብዝኾነ እንተ ኾነ ሓደ እኳ ኣየስሕትኩም። ኣነ ገና ምሳካትኩም ከሎኹ፡ እዚ ከም ዝነገርኩኩም፡ ኣይትዝክርዎን ዲኹም? ንሱ በቲ ግዝያቱ ምእንቲ ኪግለጽሲ፡ እቲ ሕጂ ዚክልክሎ ዘሎ ትፈልጥዎ ኣሎኹም። ምስጢር ምፍራስ ሕግስ እቲ ሕጂ ዚክልክሎ ዘሎ ጥራይ ካብ ማእከል ክሳዕ ዚጽረግ እዩ ድሮ እኳ ይዓዪ ኣሎ፡ እቲ መፍረስ ሕጊ ድማ ሽዑ ኪግለጽ እዩ። ንእኡ ጐይታና ኢየሱስ ብመንፈስ ኣፉ ገይሩ ከጥፍኦ፡ ብምግላጽ ምጽኣቱውን ከንቱ ኪገብሮ እዩ። እቶም ዚጠፍኡስ ንምድሓኖም ዚከውን ፍቕሪ ሓቂ ስለ ዘይተቐበሉ፡ ንኣታቶም ናይ እዚ ኣመጻጽኣ ብኹሉ ጥበራ ዓመጻ፡ ብኹሉ ሓይልን ትእምርትን ተኣምራት ሓሶትን ብሓይሊ ሰይጣን እዩ ዚከውን።”

ነዚ ሓቂ እዚ ንምግላጽ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝተጠቐመሉ ቃል ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ። “ከምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ከኣ ሃዋርያት ሓሶት፡ ዝጥብሩ ዓየይቲ፡ ርእሶም ንሃዋርያት ክርስቶስ ዘምስሉ እዮም። ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል እዩ'ሞ፡ እዚ ኣየገርምን እዩ። ስለዚ ከኣ እቶም ኣገልገልቱ ንርእሶም ነገልገልቲ ጽድቂ እንተ ኣምሰሉ፡ ዓብዪ ነገር ኣይኮነን፡ መወዳእትኦም ግና ከም ግብሮም ክከውን እዩ።” ዝበሎ ቃል ማዕረ ክንደይ ንክንጥንቀቕ ዝገብር ሓያል ድርኺት ዘለዎ ቃል ምኳኑ ብሩህ እዩ (2ቈረ፡11፡13-15)። ስለዚ ሰይጣን ምእንቲ ከይብለጸልና፡ ንውዲቱ ክንስሕት ከም ዘይብልና ቃሉ ምዒዱና እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና፡ ኣብ ብሉይ ኮነ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ካብ ሓሰውቲ ነብያትን ካብ እኩያት ዓየይትን ክንጥንቀቕ ዝሕብረና ጥቕስታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ብፍላይ ድማ ጐይታ ኢየሱስን ቅዱሳት ሃዋርያትን ኣብ መልእኽቶም ደጋጊሞም ጽሒፎሙልና እዮም። እቲ ኣብ ዘመንና ኣዝዩ ዘሕዝን ጉዳይ ግን፡ “ካብ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ካብ ሓሰውቲ ነብያት፡ ካብ ዝምንጥሉ ተኲሉ ተጠንቀቑን ተሓለውን” ዝብል መልእኽቲ ንነዊሕ ዓመታት ዝኣክል ኣብ መድረኽ ኣብያተ ክርስትያን ፈጺሙ ተሰቢኩ ዘይፈልጥ ምኳኑ እዩ። እዚ ድማ ነቲ ተኸላ ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ተኮርምዩ ዘይኮነስ ኣሳፊሑ ክሰርሕ ኣክኢልዎ እዩ። ንምንታይ እዩ ሎሚ ኣብያተ ክርስትያንን ኣገልገልተንን ነዚ መልእኽቲ እዚ ዝፈርህዎ ዘለዉ? ንምንታይከ ነቲ ዝስዕቦም ህዝቢ ዘይተመጣጠነ ምግቢ

ብምምጋብ ናብ ዘይተደላዪ ሕማም ዘቃልዕዎ ዘለዉ? እዚ ኣዝዩ ዘተሓሳስበን ዘሻቕልን ጉዳይ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብዙሕ ምክንያት ክህሉ ዝኽእል እዩ።

ሓደ ካብቲ ምክንያት ብዛዕባ እቶም ኣገደስቲ ኣርእስትታት፣ ናይ ቤተ ክርስትያን መሰረተ-እምነት (ዶክትሪን) ዘይምፍላጥን ዘይምስትምሃርን እዩ። መሰረተ-እምነት ደረቕ ሓቂ ከም ዝኾነ ከም ዘይባርኽካ ጌርካ ምርኣይ፣ ኣብ ኣገልገልቲ ሓሊፍዎስ ኣብ ተገልገልቲ ከይተረፈ ዝንጸባረቕ ርድኢት ኮይኑ ኣሎ። መሰረተ-እምነታ እንታይ ከም ዝኾነ ዘይትፈልጥ ነፍስን መሰረተ-እምነታ ዘይትምህር ቤተ ክርስትያንን፣ ከም መልሕቕ ዘይብላ መርከብ እዮም ዝቑጸሩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ኣመልኪቱ ኣብ ኤፌ፥4፥11-15 ከምዚ ብምባል ጽሒፉ ኣሎ፣ "<u>ኩላትና ናብ ሕብረት እምነት፣ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፣ ናብ እኩል ሰብኣይ፣ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ፣</u> እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ክኾኑ ኢሉ ንሱ ገሊኦም ሃዋርያት ገሊኦም ድማ ነብያት፣ ገሊኦም ከኣ ወንጌላውያን፣ ገሊኦምውን ጓሶትን መምህራንን ክኾኑ ሃበ። <u>ድሕሪ ሕጂ ንሕና በቲ ካብቲ ብምጥባር ሰብን ንምፍሓስ ስሕተት ዝኸውን ተንኮልን ዝመጽእ ናይ ትምህርቲ ኩ ሉ ንፋስ ንየው ነጀው እንድፋእን እንክብከብን ቈልዑ ምእንቲ ከይንኸውንሲ፣ ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰዓብና፣ ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ።"</u> ካብዚ ጥቕሲ እዚ ከም እንግንዘቦ፣ እቲ ናብ ጥፍኣት ከም እንክብከብን እንድፋእን ዝገብር ናይ ትምህርቲ ንፋስ ብኽልተ መንገዲ ከም ዝመጽእ ይሕብረና። እቲ ቀዳማይ ብምጥባር ሰብ ክኸውን ከሎ፣ እቲ ካልኣይ ድማ ንምፍሓስ ስሕተት ብዝኸውን ተንኮል እዩ። በዚ ዝዓይነቱ ጥበራን ተንኮልን ዝስሕቱ እቶም ብእምነቶምን ብፍልጠቶምን ቈልዑ ዝኾኑ ሰዓብቲ ጥራይ እዮም። ጐይታ ግን ብኸምዚ ዝዓይነቱ ቈልዕነት እናተሸገርና ምእንቲ ከይንነብር፣ ኣቐዲሙ ሓልዩልናን ተጠንቂቑልናን እዩ። ናብ ምሉእ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፣ ናብ እኩል ሰብኣይ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ምእንቲ ክብጽሓና፣ ንቅዱሳን ኣገልገልቲ ንስጋ ክርስቶስ (ንቤተ ክርስቲያን) ንምህናጽ ዘክእሎም ብቕዓት ኣልቢስዎም እዩ። ስለዚ ድማ ንገሊኦም ሃዋርያት ንገሊኦም ነብያት ንገሊኦም ወንጌላውያን ንገሊኦም ጓሶትን መምህራንን ገበሮም። ስለዚ ናይ ዘመንና ቤተ ክርስትያን፣ ከምታ ጥንታዊት ቤተ ክርስትያን በዚ ዝዓይነቱ ኣገልግሎት ንምእመናና ክትሃንጽ እንተ ዘይክኢላ ብቈልዑ ዝመልኣትን ብንፋስ እትላካዕን ኮይና እያ እትነብር። ስለዚ

ኣብ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን ዝሰረተ መሰረታዊ ትምህርትን ጉስነትን ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ የድልዮ ከም ዘሎ ኣይንዘንግዕ።

መሰረተ-እምነት (ዶክትሪን) ከምኡ ውን ኣብ መንጎ እምነትካን ካልእ እምነታትን ዘሎ ፍልልይ ምምሃር፡ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ብርቱዕ ምፍልላይ ንምፍጣር ኢልካ ዝግበር ዝመስሎም ሰባት ብዙሓት እዮም። እቲ ፍልልይ ዋላ ብውሽጦም እናፈለጥዎ፡ ብኣፍ ስለ ዘይተዘርበ ጥራሕ ዘየለ ኮይኑ እናተሰምየም ነፍሶም ዝጥብሩ ብዙሓት እዮም። ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዘሎና ግን ብዛዕባ እምነትካን እምነት ካልኣትን ምፍላጥ፡ ክትጋገዮ ካብ እትክእል ዘይተደላዪ ጌጋ ዝዕቅበካ ጠቓሚ ስጉምቲ እዩ።

ሓደ ካልእ ከነስተውዕሎ ዘለና ሓቂ ድማ ስሕተት ንመጀመርታ ጊዜኡ ክመጽእ ከሎ፡ በቲ ቀዳማይ ኣጀንድኡ ከም ዘይመጽእ እዩ። እታ ክትተኣታቶ ዝተደልየት ስሕተት ቅድሚ ምትእትታዋ ኣቕዲሙ፡ ካልእ ምምስሳላት እዩ ዘብዝሕ። ተኸላነቲ ዝክውለሉ ቆርበት በጊዕ ተከዲኖ፡ እተን ኣባጊዕ ዝበዝሕ ስክፍትኣን ዘርሕቕሉ ኣገባብ ኣካይዳ እዩ ዝከይድ። እቲ ህዝቢ ፈውስን ተኣምራትን ከም ዝናፍቕ፡ ውዕዉዕ፡ ስምዒትካ ዘፋስስ፡ ኣእምሮካ ዝሓጽብ (Brain wash ዝገብር) ኣምልኮታት እናኣዳለወ፡ ሰባት ኣብ መንጎ ስምዒታውነትን መንፈሳውነትን ዘሎ ፍልልይ ምልላይ ስኢኖም ናብ ዘይክውንነታዊ ህሞት ከም ዝኣትው ይገብር። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣእምሮካን መንፈስካን ከም ዝግባእ ክመዝነሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ፡ እቲ ስውር መርዚ ብጥበብ ክዝራእ ይጅምር። ነዚ መርዚ እዚ ብምድግጋም ሰባት ክሳዕ ዝለማመድዎ እሞ ከም ምቁር መግቢ ክሳዕ ዝቕበልዎ እዚ ንምፍሓስ ስሕተት ዝከውን ተንኰል ይቕጽል። ስለዚ ነቶም ነቲ ስሕተት ከም ሳንድዊች (እምበቲቶ) ኣብ ማእከሎም ሓቝፎም (ሓቢኦም) ዘለው መንፈሳውነት ዘለዎም ዝመስሉ ንጥፈታት ኣቕዲምና ከነስተውዕለሎም ይግባእ ማለት እዩ።

ተኣምራት ጥራይ ከም ናይ ሓቅነት መለለዪ ጌርካ ምውሳድ ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣረኣእያ እዩ። እቶም ኣብ ማቴዎስ 7 ተጠቒሶም ዘለው ገበርቲ ተኣምራት፡ ጐይታ "ገበርቲ ዓመጻ" ምኺኖም እዩ ኣቃሊዕዎም። ስለዚ እቲ ግብሪ ዓመጻ፡ በቲ ዘርእይዎ ዝነበሩ ግብሪ ሓይሊ ተከዊሉ (ተሓቝፉ) ን ሰባት ገበርቲ ጽድቂ ይመስልዎም ነይሮም። ነቲ ሕቡእ ዘይሕብኦ ኩሉ ዝፈልጥ ጐይታ ግን ክጥብርዎ ኣይክእሉን እዮም።

"ናይ ምግላጽ ፍልጠት" (Revelation knowledge) ዝብል ካብ መጽሓፍ

ቅዱስ ወጻኢ ዝኮነ ኣበሃህላታት እናተጠቐሙውን የታልሉ እዮም። ፍሉይ ጸጋ ናይ ምግላጽ ከም ዘለዎም ብፍሉይ ዝምስከረሎም፡ ካብ ኢየሱስ ንላዕሊ ዝስበከ ሎም ሰባት ኣብቲ ምንቅስቓስ ብርክት ዝበሉ እዮም። ንሰዓብቶም፡ ኢየሱስ ዝበሎ ቃል ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣውጺእካ ካብ ከተእምኖም፡ እቲ ምርኡይ ሰቦም "ብምግላጽ ረኺበዮ" ዝበሎም ዋላ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ዝጻረር ቃል ምእማን ይቐልሎም። ብፍላይ እቶም ኣብ ስግር ባሕሪ ዘለው ምንጪ ናይዚ ስሕተት እዚ ምኳኖም ዝንገረሎም ሰባት፡ ምስ ኢየሱስ ወይ ምስ እግዚኣብሄር ኣብ ሓደ ኩርሲ ኮፍ ኢሎም መዓልታዊ ከም ዘዕልሉ፡ በቲ ኣብኡ ሰሚዕናዮ ዝብልዎ ቃል ድማ ዓይኖም ከይሓሰዩ ንህዝቢ ከታልሉ ይረኣዩ። ነቲ "ናይ ኣምላኽ ሰብ" ወይውን "ቅቡእ እግዚኣብሄር" ኢሎም ብድፍረት ርእሶም ዝሰምዩሉ ቃል፡ ሰባት ንመልእኽቶም ብዘይ ዝኮነ ሕቶ ኣሜን ኢ ሎም ንክቕበልዎም ዘፈራርሁሉ ስያሜ እዩ። "ንቅቡኣተይ ኣይትተንክይዎም" ዝብል ቃል ካብቲ ዓውደ-ንባብ (Context) ዘንጢሎም እናውጽኡ ኣብ ዘይመዓልኡ የውዕልዎ። ኣብ ዘረብኦም ኮነ ኣብ ተግባሮም ዝኮነ ይኩን ቅኑዕ ሕቶ ንዘልዓለ ኩሉ ኢዱ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄር ከም ዘልዓለ ጌርካ ብምድሃል የምበርክኽዎ።

እዚ እምነት እዚ ኣብ ቅድሚ ቃል እግዚኣብሄር፡ ከም ሓሰር ኣብ ቅድሚ ሓዊ እዩ። ብቓል እግዚኣብሄር ተፈቲኑ ምስ ዝምመ እቲ መላእኽቲ ኣብ ሰማያት፡ ሰባት ድማ ኣብ ገነት ኤድን ዝሰሓቱሉ ዝከፍአ ክሕደት ምኳኑ ምግንዛብ ኣየጸግምን እዩ። እንተ ኮነ ኣብያተ ክርስትያን ነዚ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ኣብ ምምካት ዘርእይኦ ዘለዋ ዝሕታለ፡ ብዘሰምብድ ቅልጣፈ ካብ ኣስመራ ክሳብ ኩሉ ወሰን ኤርትራ ክሰፍሕ ረዲእዎ ኣሎ። ቤተ ክርስትያን ብዛዕባ እቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ሓቅታት ክርስትና ንነፍሲ ወከፍ ምእመን ብዕምቈት እንተ ምሂራ፡ ሰባት ኣንጻር እዚ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ማዕበላት ጸኒዖም ደው ዝብሉሉ ውሑስ መድረኽ ክትፈጥር ምኧና ክትዝንግዕ ኣይግባእን።

## ሓለውቲ መጓሰ መምህራን እዮም

***<u>ኤር፥6፥16-21</u>*** ፥- "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ጐደናታት

> ደው ኢልኩም ተመልከቱ፡ እቲ ጥንታዊ መገድታት፡ እቲ ጽቡ'ቕ ጐደና ኣየናይ ምኳኑ ሕተቱ እሞ ብእኡ ተመላለሱ፡ ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም። ንሳቶም ግና፡ ኣይንመላለሰሉ ኢና፡ ኢሎም መለሱ። ኣብ ደሃይ መለከት ኣድህቡ፡ ዝብልኩም ሓለውቲ ሸይመልኩም ነይረ። ንሳቶም ግና፡ ኣይነድህብን ኢና፡ በሉ። ስለዚ ኣቱም ኣህዛብ፡ ስምዑ፡ ኣቱም ማሕበር፡ እቲ ዝመጾም ዘሎ ፍለጡ። ኣቲ ምድሪ፡ ስምዒ፡ ኣብ ቃላተይ ኣየድህቡን፡ ንሕገይ ከኣ ደርብዮምዎ እዮም እሞ፡ ኣብዚ ህዝቢ እዚ መዓት ከምጽእ እየ፡ ንሱ ከኣ ፍረ ሓሳቦም እዩ። እቲ ዕጣን ካብ ሳባ፡ ምኡዝ ቃንጫ ከኣ ካብ ርሑ'ቕ ሃገር ዝመጽእ እንታይ ግዱ ኣሎኒ? እቲ ዝሓርር መስዋእትኩም ባህ ኣየብለንን፡ መስዋእቲ ሕሩድኩምውን ኣየብህገንን እዩ። ስለዚ፡ እንሆ፡ ኣብ ቅድሚ እዚ ህዝቢ እዚ እምኒ መዓንቀፊ ኣንብር ኣሎኹ፡ ኣብኡ ከኣ ኣቦታትን ውሉድን ኪዕንቀፉ፡ ጐረቤትን ዓርኩን ሓቢሮም ክጠፍኡ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር።”

ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ከም ዘንበብናዮ፡ ነቲ ጥንታውን ጽቡ'ቕን መንገድታት ኣይንመላለሰሉን ኢና ኢሎም ዝኣብዩ ዘለው፡ እቶም ንእግዚኣብሄር ዘይፈልጡ ኣረማውያን ሰባት ኣይኮኑን። ብኣንጻሩ እቶም ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ከቕርቡ ደልዮም ዝመጹ ሰባት፡ ዕጣን ናይ ዓዶም ብዓይነቱ ዘየዕግብ ኮይኑዎምሲ ካብ ርሑ'ቕ ሃገር ዕጣንን ምኡዝ ቃንጫን ኣምጺኦም ክስውኡ ዝሃቀኑ ኣመንቲ እዮም ዝነበሩ። ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ንክስውኡ ዝሃቀኑ ሰባት፡ በቲ ጽቡ'ቕን ጥንታውን ጐደና ክመላለሱ እንተ ተነግሮም እምቢ ኣይንመላለሰሉን ኢሎም ኣበዩ። “ንደሃይ መለከት ኣድህቡ” ዝብሉ ሓለውቲ ተሸይሞምሎም ከለው እምቢ ኣይነድህብን ኢሎም ኣበዩ። ደሃይ መለከት ዝንፋሕ ናይ ጸላኢ ሓደጋ ኣብ ዘንጸላለወሉ ጊዜ እዩ። ከምዚ እቲ ጽሑፍ ዝገልጸልና ዘሎ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ንክትርድኦ ዘጸግም ዘደናግር ህይወት እዩ ዘለዎም። “ኣምልኮ” ይፈትዉ፡ ነቲ ናብቲ ሰማያዊ ዓዲ ዘእቱ መንገዲ ግን ክመላለሱሉ ኣይፈትዉን እዮም። እቲ መንገዲ'ቲ ሓቲትካ ደኣ ኣየናይ ምኳኑ ይፍለጥ እምበር ሱ'ቕ ኢልካ ብከምኡ ከም ዘይልለ እዩ እቲ ጽሑፍ ዝሕብረና ዘሎ። ሓቲትካ ምፍላጥ ዘድለየሉ ምኽንያት ከኣ ካልእ ምስቲ ጽቡ'ቕ ጐደና ተመሳሳሊ ዝኾነ ከደናግር ዝኽእል ኣማራጺ መንገድታት ስለ ዘሎ እዩ። ጐይታ'ውን ክልተ መንገድታት ከም ዘሎ፡ እቶም ዝበዝሑ ሰባት ካብ ነታ ቕንዕቲ ቀጣን መንገዲ፡ ነታ ዘይቕንዕቲ ገፋሕ መንገዲ ምምራጽ ከም ዝቐልሎም ተዛሪቡ እዩ (ማቴ፡7፡13-14)።

ከምቲ ኣብ ኢሳ፥30፥19-22 “እቲ ህዝቢ ኣብ ጽዮን ኣብ የሩሳሌም ክነብር እዩ እሞ፥ ድሕርዚ ኣይክትበክን ኢካ፥ ምስ እተእዊ ብርግጽ ጸጋ ክህበካ እዩ፥ ክሰምዕ ከሎ ከኣ ክመልሰልካ እዩ። እግዚኣብሄር እንጌራ ጸበባን ማይ ጭንቀትን ክህበኩም እዩ፥ ኣዒንትካ ግና መምህራንካ ክርእያ እየን እምበር፥ ደጊምሲ መማህራንካ ኣይክሰወሩን እዮም። ንየማን ወይስ ንጸጋም እንተ ኣግለስኩም ኣእዛንካ፥ እዚኣ እያ እታ መንገዲ፥ ብኣኣ ተመላለሱ፥ ዝብል ቃል ኣብ ድሕሬካ ክሰምዓ እየን። ነቲ ናይ ቅርጺ ምስልታትካ ተለቢጥዎ ዘሎ ብሩርን፥ ነቲ ናይ ፍሲ ምስልታትካ ተለቢጥዎ ዘሎ ወርቅን ከተርክሶን ከም ርኩስ ነገር ክትጉሕፎን፥ ወጊድ ካብዚ ውጻእ፥ ክትብሎን ኢካ።” ዝብል ጥዑም ቃል ተጻሒፉ ዘሎ፥ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ዝህቦ ዝዓበየ ጸጋ፥ ጽቡቕን ጥንታውን መንገዲ ዝሕብሩ መማህራን ብምሃቡ እዩ። እግዚኣብሄር ንህዝቡ ከም ዝሓደጎ እንፈልጥ ድማ መንገዲ ኣምላኽ ዝምህሩ መምህራን ክስወሩ ከለው እዩ። ንእስራኤላውያን ካብ ዝበጽሖም ከበድቲ ሽግራት ሓደ እዚ ምንባሩ፥ ኣብ 2ዜና፥15፥3 “እስራኤል ነዊሕ ዘመን ብዘይ ኣምላኽ ሓቅን ብዘይ መሃሪ ካህንን ብዘይ ሕግን ነበሩ።” ብምባል ይገልጸልና።

ስለዚ ናይዞም ኤርምያስ ዝዛረበሎም ዘሎ ህዝቢ ጸገም ድማ ደሃይ መለከት (ትምህርቲ) ሂቦም ክሕልውዎም ንዝተሾሙ መማህራን እምቢ ኣይንሰምዕን ኢ ሎም ምዕማጾም እዩ። ነዞም ሓለውቲ (መማህራን) እዚኣቶም እግዚኣብሄር ምስ ዝስውሮም እንታይ ከም ዝስዕብ ገሊጹሎም እዩ። እቲ ዝስዕቦም ድማ ፍረ ሓሳቦም ዝኮነ መዓት እግዚኣብሄር እዩ። ካብ ስሕተት እንተ ተሓሎና እቲ ረብሓ ንዓና እምበር ንኣምላኽ ኣይኮነን። ነቲ ቀንዲ መልእኽቲ እንተ ዘይተኣዚዝና ዝወርደና መዓት፥ እቲ እምኒ መዓንቀፊ እንተ ወዲቕናዮ ክሰብረና፥ እንተ ወዲቑና ድማ ክጭፍልቐና ምኳኑ እዩ። እቲ ነቲ “ተመላለሱሉ” ዝብል ቃል ዝተኣዘዘ ህዝቢ እንታይ ከም ዝረክብ ግን ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ናይ ኢሳይያስ ትንቢት (ኢሳ፥30፥23-26) ከምዚ ብምባል ኣነጺሩ ገሊጽዎ እዩ። “ንሱ ከ ኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዝዘራእካዮ ዘርኢ ዝናብ ክህብ፥ ካብቲ ምድሪ ዝርከብ እንጌራ ድማ ጥዑምን ኣክል-ታርፍን ክኸውን እዩ፥ በታ መዓልቲ እቲኣ ማልካ ኣብ ርሒብ ሽካታት ክጓሰያ እየን። እቶም ንምድሪ ዝሓርሱ ኣብዑርን ጻዕባትን ከኣ ብመስኤን ብሰፍእን ዝጸረየ ጨው ዝጥዕም ድርቋ ክበልዑ እዮም። በታ ግምብታት ዝወድቁላ ዓባይ መዓልቲ ቅትለት ከኣ ኣብ ኩሉ ነዋሕቲ ኣኽራንን ኣብ ኩሉ በረኽቲ ኵድኵዱታትን ርባታትን ወሓይዛትን ክኸውን እዩ። በታ እግዚኣብሄር ንመስበርቲ ህዝቡ ዝዝንኑላ፥ ንቁስሊ

መውቃዕቲ ዘሕውየላ መዓልቲ ከኣ እቲ ብርሃን ወርሒ ከም ብርሃን ጸሓይ ክከውን፡ ብርሃን ጸሓይ ድማ ሾብዓተ ዕጽፊ ከም ብርሃን ሾብዓተ መዓልቲ ክከውን እዩ።"

ካብዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብያ እንሕለወሉ ብቑዕ ምክንያት ድማ ንሕና ኢ ና። ምእንቲ እግዚኣብሄር ኢልና ዘይኮነስ ምእንቲ ርእስና ኢና ክንጥንቀቕ። ናይዚ ዘለናዮ ዘመን መንፈሳዊ ወለዶ'ውን ነቲ ኣብ ዘመን ኤርምያስ ዝነበረ ወለዶ እዩ ዝመስል። "እግዚኣብሄር ይምለከሉ እዩ" ናብ ዝበሃል ኣደራሻት ከም ውሒዝ ይውሕዝ፡ ቦታ ንምሓዝ ይቀዳደም፡ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢዱ ኣን ጠልጢሉ ይጉዩ። ዘምር ወይ ጸልይ ክበሃል ከሎ ቀልቡ ክሳዕ ዝስሕት ይጭድር። ኣብ ጉባኤታት የማን ጸጋም ይላካዕ፡ እንተ ኮነ ነቲ ጥንታዊ ነብያትን ሃዋርያትን ዝነደቕዎ፡ ክርስቶስ ዝሰረቶ መንገዲ ግን ክመላለሰሉ ኣ ይፈቱን እዩ። ዘመናውያን ብዝኾኑ፡ ንርእሶም ሃዋርያት ብዘምስሉ ሰባት ዝተ ሰነዐ፡ ነቲ ጥንታዊ ጽቡቕ ጐደና ዝመስል፡ ብዓይኒ ሓቂ ግን ናይቲ ዝተደርበየ ጥንታዊ ተመን መንገዲ ተሓንጺጹሉ ብዘይ ምምርማር፡ "እቲ ጽቡቕን ጥን ታውን ጐደናታት ኣየናይ እዩ?" ኢሉ ሰኣን ምሕታቱ ኣብቲ እምኒ መዓንቀፊ እናወደቐ ይሰበር ኣሎ፡ ኣብ መወዳእታ እቲ እምኒ እቲ ምስ ወደቖ ከኣ ክጭፍለቕ እዩ። ሎሚ "ንዓ እዚ እትከዶ ዘለካ መንገዲ ቅኑዕ ኣይኮነን።" ዝብል ድምጺ ወይ ጽሑፍ እንተ ሰሚዑ ካብ ኣድሂቡ ሓቲቱ ዝመሃር ብቐንዱ "እምቢ ኣየድህብን ኣይመላለሰሉን" ምባል ኣብ ዝቐልሎ ትውልዲ ማእከል ን ነብር ኣሎና።

ቅድሚ ሕጂ ንስም ክርስቶስ ዘቃልል ቃላት ክሰማዕ ከሎ ኣማኒ ህዝቢ ብዙሕ ክሰምብድን ክንቀጥቀጥን ይርእ ነይሩ። እዚ ድማ መለክዒ መንፈሳውነት ናይቲ ህዝቢ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ እግዚኣብሄር ዝነበሮ ፍርሃት ዘረጋግጽ መርትዖ እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን "ሰብ መሰታ ኣምላክ ክከውን ይመጣጠር ኣሎ፡ ንክርስ ቶስ ድማ ኣብ መስቀል ተሳዒሩ ይብሉ ኣለው።" ዝብል ድምጺ ሰሚዑ፡ ካብ ን ጥብቅና ናይ ስም ኢየሱስ ደው ክብል፡ ብዛዕባ እቶም በሃልቲ ገለ ቃላት ንክ የውስእ ነግ ፈረግ ክብል፡ ብኣንጻሩ "ገለ ዝተገልጸሎም ዝበጽሕዎ ነገር ይህሉ ይከውን" ወይ'ውን "ከምዚ ማለቶም ይከውን" እናበለ ስጋእ መጋእ ክብል፡ መን ፈሳዊ ኣምዑቱ ፈሲሱ ከም ዝፈሰሰ ትብዓት ስኢኑ ክትርኢ ከለካ፡ ኣብዚ ወለዶ እዚ ካብ ኢድ ኣምላክ ንላዕሊ ኢድ ሰይጣን ዝለዓለ እኛም ከም ዘለዋ ብንጹር ይረኣየካ። ወንጌልስ ያኢ ፋሽን ኮይኑ፡ በብዓይነቱ ቅዲ "ወንጌል" ዓመት መጸ

ኣብ መድረካት እናተራእየ፡ "ይኣክለኒ ምባል ብስሰዐ፡ ከም ፍቓድካ ምባል ከም ፍቓደይ፡ ኣነ ሓመድን ሓመኩሽትን እየ ምባል ኣነ ኣምላክየ፡ ክርስቶስ ስዒሩ ምባል ብተሳዒሩ፡ ንኣምላክ እመን ድማ ንእምነትካ እመን፡ ኣነ ስጋን ደምን እየ ተሪፉ ኣነ መንፈስ እየ፡" ብዝብል መልእክትታት ተተኪኡ እናረኣካ እናሰማዕካ ምጽቃጥ፡ ብኣንጻሩ ናቱ ማይ ብሑቕ ለኪፉካ ካብኡ ዘይረሓቕ መልእክትታት ኣብ ምሃብ ተሓጺርካ ምግልጋል ክዝውተር ምርኣይ ዘይጽወር በደል እዩ።

ብዛዕባ እዚ በደል እዚ "ዓገብ" ዝብል ሰብ ምስ ዝትንስእ፡ ኣብ ክንዲ ሓቲትካ ምርዳእ፡ ተገልቢጥካ ንዕኡ "ዓገብ" ምባል ይበዝሕ ኣሎ። እቲ ርኹስ ነገር ኣብ ቅዱስ ስፍራ ክጭፍር እናረኣናዮ ዝተዛነና ደኣ፡ ከመይ ጌርና ነቲ ርኹስ ነገር ካብቲ ርኹስ ስፍራ ንምርሓቕ ፈውሲ ንምዝራእ ክንትንስእ ኢና? ርክሰት ናይቲ ንስምን ክብርን እግዚኣብሄር ዝገሃሰ ናይ ጥንቲ ተመን ዝኮነ ድያብሎስ፡ ኣብቲ ስም ክርስቶስ ዝስመየሉ ቅዱስ መድረካት ይቀላቐል ምህላው ኣዝዩ ከሰክፈናን ክፍርሃናን ብቕንኣት ኣምላክ ከለዓዕለናን እዩ ዝግብኦ።

## ታሪክ ምሕላውን ታሪክ ስሕተትን መሳቱ እዩም

ቃል እግዚኣብሄር ክነግረና ከሎ፡ እቲ ሓለቓ ጓሶት ዝኮነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንጓሶት ቤተ ክርስትያን ዓብይ ሓላፍነት ሂቡ እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ድማ ገና ኣብቲ ታሪክ ናይ ኩሉ ነገር ዝጀመረሉ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ኢና እንረክቦ። እቲ ንሰይጣን ካብ ሰማያት፡ ንኣዳምን ሄዋንን ከኣ ካብ ገነት ኤደን ዘደርበየ ሓጢኣት'ውን መበቆሉ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ኢና እንረክቦ። ስለዚ ታሪክ ምሕላውን ታሪክ ስሕተትን ዳርጋ መሳቱ እዩም ክብለና ዘክእል ሓቂ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ።

እግዚኣብሄር ንኣዳም ክፈጥሮ እንከሎ ከምቲ ኣብ ዘፍ፡2፡15 ጽሒፍዎ ዘሎ ንምድሪ ክዓይያን ክሕልዋን እዩ ኣብ ገነት ኤደን ዘቐመጦ። እንታይ ዝዕየ ዕዮ ስለ ዝነበረ ደኣ እዩ ክዓዪ፡ መን ሰራቒ መን ሽፍታ ስለ ዝነበረከ እዩ ክሕልዋ ኢሉ ኣብ ገነት ኤደን ዘቐመጦ? እዚ ሕቶ እዚ ኣዝዩ ኣገዳስን ቅኑዕን ሕቶ እዩ'ሞ ኩሉ ልቢ ክሓትቶ ዝግባእ እዩ። ቅድሚ ኣዳምን ሄዋንን ዝተፈጥሩ ረቀቕቲ ፍጥረታት (መላእኽቲ) ከም ዝነበሩ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና እዩ። ገለ ካብቶም መላእኽቲ ዝተዋህቦም ማዕርግ ኣብ ክንዲ ዝሕልው፡ ናብ ዓውዲ ኣ ምላክነት ክመጣጠሩ ክብሉ ናብ መዓሙቕ ተደርበዩ። ሳጥናኤል (ሰይጣን) ናብ

*መልኣክ ጸልማት ቅድሚ ምልዋጡ፡ ኣብ ሰማያት ከም ዘጽልል ኪሩብ እዩ ነይሩ (ህዝ፡28፡14-16)። ድሕሪ ምድርባዩ ድማ ንምክርን ግብርን ናይ እግዚኣ ብሄር ንምጽራር ወርትግ ይጽዕር። ስለዚ ድማ ነቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ኣዳምን ዘርኡን ዝነበሮ ምክሪ ንምዕንቃፍ ከም ዝጽዕት ርዱእ እዩ። እምበኣር ኣዳም ካብዚ ቀናእን ሕሱምን ጸላኢ እዩ ንገነት ኤድን ክሕልዋ። ብበትሪ ወይ ብዕጥቂ ዘይኮነስ በቲ እግዚኣብሄር "ግበሮን ኣይትግበሮን" ኢሉ ዝሃቦ ሕጊ ከም ዝሕልዋ ድማ ተነጊርዎ እዩ። ዝኾነ ክሰርቕን ከታልልን ዝክእል ተኸላ ኣብ ዘይነበረሉ ናይ ምዕያይን ምሕላውን ሓላፍነት ብማዕረ እንተ ተዋሂቡ፡ ኣብዚ ተኺሉን ኣ ራዊት መሮርን ዝበዝሑሉን ዘመንከ ደኣ ናይ ምዕያይን ምሕላውን ሓላፍነት ማዕረ ክንደይ ክከውን እዩ? ሰይጣን ነዛ ሓለዋ ናይ ኣዳም ክጥሕሳ ምስ ደለየ፡ ነታ "ካብዚኣ ምስ እትበልዕ ክትመውት ኢካ" እትብል ቃል "ካብዚኣ ምስ እትበልዕ ከም ኣምላኽ ክትከውን ኢካ።" ናብ ዝብል ቃል ብምልዋጥ እቲ ሰብ ዝኾነ ኣዳም ኣብ ኣእምሮኡ ዘይነበረ ኣምላኽነት ከም ዝብህግ እዩ ገርዎ። እታ ንዕኡ ካብ ሰማያት ናብ መዓሙቕ ዘድርበየት መርዛም ሓጢኣት ድማ ኣውሒጦ።*

*ሎሚ'ውን ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ከምዚ ናይ ኣዳም ዝበለ መርዚ እዩ ኣ ብ ኣፍና ዝቕረበልና ዘሎ። ቀንጢብና እንበልዖ ፍረ ኦም እኳ እንተ ዘየለ፡ ገለ ገለ ጥቕስታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ እናቐንጠቡ፡ "እዘን ጥቕስታት እዚኣተን ከ ም ዘለወን እንተ ውሒጥካየን፡ ኣምላኽ ክትከውን ኢካ።" ዝብል መርዛም ትምህርቲ ብምትላል የመንግግዎ ኣለው። ወዲ ሰብ ድማ ኣብ ኢዱ ዘየለ ነገር ምብሃግ ባህርዩ ስለ ዝኾነ ከም ዘለዎ ይቕበሎ እሞ በዚ ዘይምሕር መርዛምን በኸርን ሓጢኣት ተለኺፉ ይጠፍእ ኣሎ። ሄዋን "ብፍረ ኦም ኣምላኽነት ይርከብ እዩ።" ንዝብል ግሁድ ሓሶት ብምቕባላ ኣእምሮኣ ምስ ጸልመተ፡ ሽዑ ኩሎም እቶም ናይ ስምዒት ህዋሳታ ተዛቢዖም እዮም። ነታ ኦም በለስ ከምዛ ቅድሚ ሕጂ ርእያታ ዘይትፈልጥ ዘይነበራ ጽባቐ ረኣየትላ። ኣብ ኣፋ ከይኣተወት ከላ "ንምብልዓ ጥዕምቲ" "ጥበብ ብምሃባ እተብህግ ኦም" ብምባል በልዓታ። ኣብ ኣ ፋ ከይኣተወ ከመይ ጌሩ ብዛዕባ መቐረቱ ክትዛረብ ክኢላ? ናይ ስሕተት ነገር ማዕረ ክንደይ ንኣእምሮ ከጸልምት ከም ዝክእል ካብዚ ሓቂ እዚ ክን ርዳእ ንክእል ኢና።*

*ነዚ ኩሉ ናይ ሰይጣን ቃላት ከተስተማቕር ከላ፡ ናይቲ ዝፈጠራ ኣምላኽ ቃላትከ ናበይ እያ ደርብያቶ? ብዛዕባ እታ ኦም በለስ እቲኣ ኣቐዲሙ ዝተባህለ ኣማራጺ ቃል እንታይ ኮይና ግምት ዘይሃበቶ? "ብኣምላኽ ዝተፈጥረ ፍረ ኦም*

በሊዕካስ ምስቲ ዝፈጠረካ ኣምላክ ዝዳረግ ኣምላክነት ክርከብ ይከኣል እዩ” ዝብል እምነትከ ብሓቂ ካብ ብንቡር ዝዓዪ ዘሎ ኣእምሮ ዝወጸ ሓሳብ ድዩ? ፈጺሙ ክከውን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ እምበኣር ኣዳምን ሄዋንን ካብ ከምዚ ዝበለ ፈኸስ ሓሳብ፡ ንኣእምሮኦም ብምሕላው እዮም ንገነት ኤደን ክሕልውዋ ዝግብኦም ዝነበረ።

## ምዕያይን ምሕላውን ናይ ኩሉ ሓላፍነት እዩ።

ምዕያይን ምሕላውን ነቲ ቀዳማይ ኣዳም ጥራይ ዝተሓዝአ ኣይነበረን። ናይቲ ቀዳማይ ኣዳም ዘርኢ እኺ እንተ ዘየክበርዎ፡ ናይቲ ካልኣይ ኣዳም ዘርኢ ዝኾኑ ኣመንቲ ክገብርዎ ዝተዋህቦም ሓላፍነት'ውን ንሱ እዩ ነይሩ። ምዕ ያይን ምሕላውን እቲ ዝዓበየ ናይ ቤተ ክርስትያን ሓላፍነት እዩ። ቤተ ክርስ ትያን ነዘን ክልቲአን ሓላፍነት እዚኣተን ክትትግብረን እንተ ዘይክኢላ፡ ቤተ ክርስትያን ኢልካ ክትሰምያ'ውን ኣጸጋሚ እዩ። ተኺሉ ንኣባጊዖም ክሻመውለን እናረኣዩ ናይ ሎሚ ጓሶት ተዓዚሞም ይረኣዩ ኣለው። እዚ ድማ ፍርሃትን ቅን ኣትን ናይ እግዚኣብሄር ኣብ ልቢ ጓሶት ከም ዘየለ ዘቃልዕ ስጉምቲ እዩ።

ጐይታና ኢየሱስ ንኩላቶም (12) ሃዋርያት ሓርይዎም ከብቅዕ፡ ጉስነት ናይ ውልቂ ደኣ እምበር ናይ ጅምላ ሓላፍነት ዘይምዃኑ ምእንቲ ክርኢ፡ ካብ ኩላቶም ንሓደን ምርኡይን ሃዋርያ ፈልዩ ክህቦ ተራእዩ። እዚ ሓላፍነት እዚ ን ጴጥሮስ ዝሃበሉ ምኽንያት ድማ ካብቶም ዝነበሩ ሃዋርያት ብጸጋ ጸብለል ዝበለ፡ ሓላፍነት ናይ ቤተ ክርስትያን ክጸውር ዝበቕዐ ምንባሩ እዩ።

> ***ዮሃ፡21፡15-17*** ፦ "ምስ ተመስሑ ከኣ፡ ኢየሱስ ንስምኦን ጴጥሮስ፡ ስ ምኦን ወዲ ዮና፡ ካብዚኣቶም ኣብሊጽካዶ ተፍቅረኒ ኢካ? በሎ። ንሱ ከኣ፡ እወ ጐይታይ፡ ኣነ ከም ዘፍቅረካ፡ ንስካ ትፈልጥ ኢሎካ፡ በሎ። ንሱ ዕያውተይ ኣብልዕ በሎ። ከም ብሓድሽ ከኣ ካልኣይ ጊዜ፡ ስምኦን ወዲ ዮና፡ ተፍቅረኒዶ ኢካ? በሎ። ንሱ፡ እወ ጐይታይ፡ ኣነ ከም ዘፍቅረካ፡ ንስካ ትፈልጥ ኢሎካ፡ በሎ። ንሱ ኣባጊዔይ ሓሉ፡ በሎ። ሳልሳይ ድማ፡ ስምኦን ወዲ ዮና ተፍቅረኒዶ ኢካ? በሎ። ጴጥሮስ ሳልሳይ ጊዜ፡ ተፍቅረኒዶ ኢካ? ስለ ዝበሎ፡ ጕህዩ ጐይታየ፡ ንስካ ኩሉ ትፈልጥ ኢሎካ፡ ኣነ ከም ዘፍቅረካውን ትፈልጥ

ኣሎካ፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ ኣባጊዔይ ኣብልዕ።...”

***ማቴ፤16፤15-19*** ፥- ንሱ ከኣ፡ ንስካትኩም መን እዩ ትብሉኒ ኣሎኩ ም? በሎም። ስምኦን ጴጥሮስ፡ ንስካ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላክ ኢ ካ፡ ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ከኣ መሊሱ በሎ፡ ስምኦን ወዲ ዮና፡ እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ እምበር፡ ስጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ፡ ብጹእ ኢካ። ኣነ ከኣ እብለካ ኣሎኹ፡ ንስካ ጴጥሮስ ኢካ። ን ማሕበረይ ከኣ ኣብዛ ከውሒ እዚኣ ክሃንጻ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን። መርሑታት መንግስተ ሰማያት ክህበካ እየ፡ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኲሉ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኲሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ።

ነተን ኣባጊዕ ናይ ምሕላውን ምብላዕን ሓላፍነት መግለጺ ናይቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘለና ዕዙዝ ፍቕሪ እንድሕር ኮይኑ፡ ንዝተዋህበካ ናይ ምሕላውን ምብላዕን ሓላፍነት ዘይምፍጻም ድማ ብኣንጻሩ መግለጺ ናይቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘለና ጽልኢ ክኸውን ማለት እዩ። እቲ ምሕላው ናብ ዘይምሕላው እንድሕር ተለዊጡ፡ እቲ ምፍቃር ድማ ናብ ዘይምፍቃር ከም ዝተለወጠ እዩ ዘስምዕ።

***ዘካ፤11፤4,5,8*** ፥- “እግዚኣብሄር ኣምላከይ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነተን ኣ ባጊዕ ማሕረዲ ጓስየን። እቶም ተሻየጥተን ይሓርድወን፡ ንርእሶም በደልቲ ከም ዝኾኑ ከኣ ኣይቈጽሩን። እቶም ሸየጥተን ድማ፡ ኣነስ ሃብቲመ እግዚኣብሄር ይመስገን፡ ይብሉ፡ ጓሶተንውን ከቶ ኣይን ሕፍወንን። ... ነቶም ሰለስተ ጓሶት ብሓንቲ ወርሒ ኣጥፋእክዎም፡ ነፍሰይ ብኣታቶም ጸበባ፡ ነፍሶምውን ጸልኣትኒ።”

***ያእ፤4፤4*** ፥- “ኣትን ዘመውቲ፡ ፍቕሪ ንዓለምሲ ንኣምላክ ጽልኢ ምዃ ኑዶ ኣይትፈልጣን ኢክን? እምብኣርከ ፈታው ዓለም ምዃን ዚደሊ፡ ን ሱ ጸላኢ ኣምላክ እዩ ዚኸውን።”

**<u>ግብ፡20፡28-32</u>፡-** "ስለዚ ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዝዋረያ ማሕበር ጐይታን ክትጓስዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ኢጲስቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም <u>ኩሉ መጓሰ ሓልዉ</u>። ኣነ ምስ ኣልገስኩ፡ ነቲ መጓሰ ዘይን ሕፉ እኩያት ተኲሉ ከም ዝኣትውኹም፡ እፈልጥ ኣለኹ። ንደቀ መዛሙርቲ ደድሕሪኦም ምእንቲ ክስሕቡ፡ ቁናን ነገር ዝምህሩ ካባካትኩም ክትንስኡ እዮም። ስለዚ ሰለስተ ዓመት ምሉእ ለይትን መዓልትን ብንብዓት ንነፍሲ ወከፍኩም ምምዓድ ከም ዘየብኮርኩ፡ እናዘከርኩም ንቕሑ። ሕጂ ድማ ንኣምላክን ነቲ ክሃንጸኩምን ምስ ከ ሎቶም ቅዱሳን ክረስትየኩምን ዝክእል ቃል ጸጋኡን ኣማሕጽነኩም ኣ ለኹ።"

እዞም ሰብ ኤፌሶን ካብ ሓደ ተራ ኣገልጋሊ ዘይኮነስ ካብቲ ሕሩይ ኣ ቕሓ ዝኮነ፡ ከም ቅዱ ሰብ ዘይኮነ ምስጢርን ጥበብን ዝጸገበ፡ ክሳዕ ሳልሳይ ሰማይ ዝተነጥቀ ሰብ እዮም ንሰለስተ ዓመት ምሉእ መዓልትን ለይትን ተማሂሮም። ዋላ ሓንቲ ተረፍ ዘይብሉ ኩሉ ምክሪ ኣምላክ ድማ እዮም ዝተማህሩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ከም ተራ መደረ ዘይኮነስ፡ ብመንፈስ ኣምላክ ዝተደረኸ ብንብዓት ዝተሰነየ ትምህርቲ እዩ ነይሩ። ነዞም ከምዚ ዝዓይነቱ ትምህርቲ ዝጸገቡ ሰባት እግረ እግሪ ሃዋርያ ጳውሎስ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ኣ ትዩ ክናውጾም ዝከኣለስ፡ ነዞም ኣብ ሰሙን ሓንቲ መዓልቲ እሞ ካብ ሰለስተ ኣ ርባዕተ ሰዓት ዘይሓልፍ፡ እሞ ትምህርቲ ዘይኮነስ ዝላን ጭፈራን ዝዕብለሎ ዘይተመጣጠነ መንፈሳዊ ምግቢ ዝምገብ ጉባኤታት እቲ ተኾላ እንታይ እዩ ክገድፈሉ? ኣዝዩ ዘፍርሀ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ንሰብ ኤፌሶን ክልተ ሓደጋታት ኣንጸላልይዎም ከም ዘሎ እዩ ገሊጹሎም

**1ይ፡-** "ነቲ መጓሰ ዘይንሕፉ እኩያት ተኲሉ <u>ከም ዝኣትውኩም</u> እፈልጥ ኣለኹ።" ክብል ከሎ እቶም ናይ ስሕተት ሃዋርያት መጀመርታ ብደገ ከም ዝመጹ ስለዚ ድማ ካብ ደገ ክመጽእ ካብ ዝክእል ሓደጋ ክንሕሎ ከም ዝግባእ ዝገልጽ እዩ።

**2ይ፡-** "ንደቀ መዝሙርቲ ደድሕሪኦም ምእንቲ ክስሕቡ፡ ቁናን ነገር ዝምህሩ ካባካትኩም ክትንስኡ እዮም።" ብምባል ድማ ካብ ውሽጢ'ቲ ሕብረት ተኺሉ ከም ዝለዓሉ ዝሕብር እዩ።

እምበኣርከስ እቶም ሓለውቲ ካብ ደገን ካብ ውሽጥን ክለዓሉም ንዝክእል ናይ ስሕተት ትምህርቲ ክጥንቀቑ ከም ዝግባእ ኢና እንርዳእ። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ብከመይ ክንሕሎ ከም ዝግባእ ክገልጽ ከሎ ድማ መጀመርታ ንርእሶም ክሕልዉ፡ ብድሕሪኡ ድማ ነታ ብደም ክርስቶስ ዝተጠርየት ማሕበር ኣምላክ ክሕልዉ ከም ዝግባእ ገለጸሎም። ነዚ ሓላፍነት እዚ ድማ ካብ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝተቐበልዎ ሓበሮም።

ኣብዚ ክንሓቶ ዝግብኣና ኣገዳሲ ሕቶ ኣሎ። እዞም ዘይንሕፉ እኩያት ተኺሉ ሃዋርያ ጳውሎስ ምስ ኣግለሰ ብውሽጥን ብደገን ነቲ መጓሰ ዘጨንቕዎ ንምንታይ እዮም? ንምንታይ ንሱ ከሎከ ነቲ መጓሰ ዘንሓፍዎ መሲሎም? እቲ መልሲ ከም ክሪስታል ንጹር እዩ። መዓልትን ለይትን፡ ብጅምላ ዘይኮነስ ብነፍሲ ወከፍ ደረጃ፡ እሞ ድማ ትንክፍክፍ ዘይኮነስ ብዕምቈት ንኩሉ ምኽሪ ኣምላክ ትንትን ኣቢሉ ዝምህር ጕስነት እናረኣዩ በየናይ ነቓዕ ክኣትዉ ምኽኣሉ? ንሃዋርያ ጳውሎስ ለበውኡ ክሳዕ ክንድዚ መሪር ዝገበሮ ድማ እቶም ሕድሪ ዝቐበሉ ዘለዉ ጓሶት ንከምዚ ዝዓይነቱ ጽኑዕ ጕስነት ብቑዓት ከም ዘይነበሩ ስለ ዘረጋገጸ እዩ። ንርእሶም እኳ ምሕላው ክሳዕ ዘድልዮም ክሳዕ ክንድዚ ዘሰክፉ ምንባሮም እዩ ዘርእየና። ናብዚ ዘለናዮ ዘመን እሞ ምልስ ንበል። እንታይ ዓይነት ጓሶት ኮን ኢና ዘለና? ኩሉ ምኽሪ ኣምላክ ይትረፍሲ ርብዒ ናይ ምጽጋብ ዕድል ዝረከብና ደኾን ንከውን? ነዞም ኩሉ ምኽሪ ኣምላክ እሞ ከኣ ብሃዋርያ ጳውሎስ ዝጸገቡ ሰባት ዘየናሕሰየሎም ደኣ ንዓና እንታይ እዩ ክገድፈልና? ይትረፍ ካብ ተኹላ ርእስና ክንሕልወሉ እንክእል ትምህርቲ ክንረክብሲ፡ ተኹላ ዝበሃል ክበልዕ ዝክእል ኣራዊት ከም ዘሎ ዝነግረና እኳ ስኢንና ኣሎና። ኣብ መድረኽ ኣብያተ ክርስትያን "ካብ ስሕተት፡ ካብ ነብያት ሓሶት ተጠንቀቑ" ዝብል ትምህርቲ ወይ ስብከት፡ እቶም ንዓሰርተታት ዓመታት ዝተመላለሱ ኣመንቲ ብግቡእን ብተኸታታልን ናይ ምስማዕ ዕድል ረኺቦም ኣይፈልጡን። ስለዚ ድማ እየን ናይ ሎሚ ነፍሳት፡ "ተኹላ እምበር ኣሎ" ዝብል ድምጺ ክሰምዓ ከለዋ ካብ ነቲ ተኹላስ ነቲ በሃሊኡ ክነጽጋ ዝቐልለን ዘሎ። እምበኣር ንነፍሳትና "ተኹላ ኣትዩና ተላዒሉና ኣሎ" ዝብል ደሃይ መለከት ክነስምዐን፡ ከድህባሉ ከኣ ክንረድኣን ሓላፍነትና እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ገዲፍዎም እኳ እንተ ከደ ደሓር ግን ን ጢሞቴዎስ ልኢኩሎም እዩ። ብድሕርዚ ንጢሞቴዎስ ብከመይ መንገዲ ነቲ ጽውጽዋያት ናይ ተኳሉ ከም ዝምክቶ ክገልጸሉ ከሎ "ኣእዛኖም ኣሳሕይዎም ደኣ፡ ብትምኒት ርእሶም መምህራን ክእክቡ እምበር፡ ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ዘይዕ ገሱሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ሽዑ ኣእዛኖም ካብ ሓቂ ኪመልሱ፡ ናብ ጽውጽዋያትውን ኪምለሱ እዮም እሞ፡ ብኩሉ ዓቕልን ብምህሮን እቲ ቃል ክት ሰብክ፡ ብግዚኡን ብዘይ ግዚኡን ከተስምዕ፡ ክትገንሕ፡ ክትቀጽዕ፡ ክትምዕድ፡ ኣ ብ ቅድሚ ኣምላክን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ንምውታንን ክፈርድ ዘለዎ ክርስቶስ ኢየሱስን በቲ ምግላጹን መንግስቱን ኣማሕጽነካ ኣለኹ።" ብምባል ጸሓፈሉ (2ጢሞ፡4፡1-4)። ከምታ ንሱ ኩሉ ምክሪ ኣምላክ ብምግላጽ ዝሓለዋ፡ ንጢሞቴዎስ'ውን ብጊዚኡን ብዘይ ግዚኡን ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ብምምሃር ክሕሉ ከም ዘለዎ ኣማሕጺንዎ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንመጓሰታት ናይ ምሕላው ሓላፍነት ንጢሞቴዎስ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንቲቶስን ንካልኦት ኩላቶም መዓይይቱ'ውን ይህብ ነይሩ እዩ። ቲቶስ ካብቶም ምስ ጳውሎስ ኮይኖም ዝዓየዩ ምርኡያትን ዝተመስከረሎምን ኣ ገልገልቲ ሓደ እዩ። ሓቢሮም ኣብ ቀሬጥስ ከገልግሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ቀሬጥስ ሓዲግዎ ናብ ኒቆጶሊስ ሓለፈ። ጳውሎስ ንቲቶስ ኣብ ቀሬጥስ ሓዲግዎ ክከይድ ከሎ ክፍጽሞ ዝግባእ ሓድሓደ ሓላፍነታት ገዲፉሉ እዩ ከይዱ። እቲ ሓደን ቀንድን ኣገልግሎት ድማ፡ ኣብ ከከተምኡ ጥዑይ ትምህርቲ ዝምህሩ ነቶም ተቐናቐንትን መስሓትትን ምግንሐምን ምዕባስ ኣፎምን ዝክእሉ መራሕቲ ቤተ ክርስትያን ንክሸይም እዩ ነይሩ።

**ቲቶ፥1፥9-16** ፥- "ንሱ በቲ ጥዑይ ትምህርቲ ምእንቲ ክምዕድ፡ ነቶም ተቓናቐንቲውን ምግናሖም ምእንቲ ክከኣሎስ፡ በቲ እሙን ቃል ምህሮ ይጽናዕ። ብዙሓት ዘይእዘዙ ተዛረብቲ ሃተውተውን መስሓትትን ኣለው፡ እዚኣቶም ምናዳ ካብ ሰብ ግዝረት እዮም። ንሳቶም ርኩስ ረብሓ ምእንቲ ክረክቡ ኢሎም፡ ዘይግባእ እናመሃሩ፡ ንብዘሎ ኣባይቲ ዝገላብጡ፡ ምዕባስ ኣፎም ግቡእ እዩ። ሓደ ካባታቶም፡ ናታቶም ነብዪ፡ ሰብ ቀሬጥስ ኩሉ ሳዕ ሓሰውቲ፡ እኩያት ኣራዊት፡ ሃካያት ኣክብዲ እዮም፡ በለ። እዚ ምስክር እዚ ሓቂ እዩ። ስለዚ ብእምነት ምእንቲ ክጥዕዩ፡ ናብ ጽውጽዋያት ኣይሁድን ናብ ትእዛዛት እቶም ካብ ሓቂ ዝዘንበሉ ሰባትን ከየቕልቡ፡ ኣሕሚምካ ግንሓዮም። ነቶም ንጹሃት

ብዘሎ ኩሉ ንጹህ እዩ፣ ነቶም ርኩሳትን ዘይኣምኑን ግና፣ እቲ ኣ እምሮኦምን ሕልናኦምን ርኩስ እዩ እምበር፣ ከቶ ንጹህ የብሎምን። ን ኣምላክ ከም ዝፈልጥዎ ባዕሎም ይብሉ፣ ፍንፉናትን ዘይእዘዙን ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኩሉ ዘይጠቕሙን ብምዃኖም ግና በቲ ግብሮም ይክሕድዎ ኣለው።”

ሎሚ ግን ይትረፍ ኣሕሚምና ክንገንሕ፣ ሕሹክ ኢልካ ምምዓድ እኳ ይከብድ ኣሎ። ንሰባት ዘይመንፈሳውያን ከይንመስሎም ንፈርህ። ንክብሪ ክርስ ቶስን ወንጌልን ብዝምልከት ልኡም (Liberal) መርገጺ ሒዝካ ምምልላስ ኣዝዩ ዘሕዝን ነገር እዩ። ኣብ ናትካ ክብርን ተቐባልነትን ጉዳይ ሸለል እንተ በልካ፣ እቲ ምእንቲ ክብሩ ዝቕምካሉ ጐይታ ነቲ ዝጐደለ ክብርካ ብዝበለጸን ዝተዓ ጻጸፍን ክብሪ ክትክኦ እዩ። ንክብሪ ክርስቶስ ንስለ ስምናን ክብርናን ተፈታው ነትናን ክንብል ሸለል እንተ ኢልና ግን ናይ መወዳእታና ዕጫ እንታይ ከም ዝመስል ቃሉ ኣነጺሩ ስለ ዝገለጸልና ኣስፊሕካ ምዝታዩ'ውን ኣገዳሲ ኣይኮነን።

## ንምንታይ እዩ ስሕተት ቀልጢፉ ዝላባዕ

ኣብዚ ጉዳይ እዚ፣ ሓደ ኣነጺርና ክንሓቶ ዝግባእ ሕቶ ኣሎ። ንምን ታይ እዩ እዚ ካልእ ወንጌል እዚ ክሳዕ ክንድዚ ንሰባት ዘታልል ዘሎ? ዝብል እዩ። እቲ እንኮን ዝነጸረን መልሲ ድማ ሓደ እዩ፣ ምክንያቱ እቲ ዝዓበየ ናይ ምምሳልን ንኣእምሮ ናይ ምጥባርን ልዑል ክእለቱ እዩ። ቅድሚ ነቲ ናይ ስ ሕተት ወንጌል ናይ ምምሳል ዓቕሚ ምርኣይና፣ ምምስሳል ኣብ ስነ ፍጥረት ዝህቦ ጥቕሚ ንርአ። ብዙሓት እንስሳታት ካብ መጥቃዕቲ ጸላእቶም ንክድሕኑ፣ ወይውን ንካልኦት ከጥቕዑ ኣብ ዝደለዩሉ እዋን ነቲ ከባቢኦም ብሕብሪ ይኩን ብቕርጺ ብምምስሳል የምልጡ ወይ ከኣ የጥቕዑ እዮም። ንኣብነት ነፋሒቶ፣ ናይቲ ዘላቶ ከባቢ ሕብሪ ናይ ምውሳድ ፍሉይ ክእለት ኣለዋ። ከምኡ'ውን ቅርጾምን ሕብሮምን ካብ ሓደ ዝደረቐ ሳዕሪ ዘይፍለ፣ ተገሪህካ ብኢድካ ከተልዕ ሎም እትድረክ ዓሌት ኣንበጣ ኣለው። ዋላ ኣብ ወተሃደራዊ ዓለም እንተ ተዓ ዘብና'ውን፣ ኣብ ቀላጥ ምድሪ በዳ ነቲ ሑጻ ዝመስል ክዳን ደኣ እምበር ቆጻል ክዳን ተኸዲኖም ዝንቀሳቐስ ሰራዊት የለን። ብኣንጻሩ ኣብ ቆጻል ከባቢ ክከውን ከ ሎ ድማ፣ ነቲ ቆጻል ክዳኑ እምበር ጽዕድው ዝበለ ክዳን ኣይገብርን እዩ። ሓድሓደ ጊዜ ምምስሳል እናተመሃርካ፣ ክመሳሰሉ ኢሎም ንዝከዱ ብጾትካ ኬድካ ኣብ እግርካ ከለው ከም እትስእኖም ብወተሃደራዊ ታዕሊም ዝሓለፈ ሰብ ኩ ሉ

ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ካብ ነፍስና ከይረሓቕና'ውን ኣብ ጸጒሪ ርእስና ዝርከብን ኣብ ካልእ ኣካላትና ዝርከብ ቁማልን ሕብሮም ኣዝዩ ዝተፈላለዩ እዩ። እቲ ኣብ ርእስና ዝርከብ ቁማል ጸሊም ዝኾነሉ ምኽንያት ነቲ ጸጒሪ መሲሉ ካብ መጥቃዕቲ ንርእሱ ምእንቲ ክከላከል እዩ። ስለዚ እዞም በሃማት እንስሳታት እኳ ተፈጥሮ ምሂርዎም ነዚ ምምስሳል ከም ናይ መንበሪ ሜላ ጌሮም ዝወሰድዎ፣ እቲ ብቑንዱ ምትላልን ምጥባርን ዝባህርዩ ሰይጣንከ ደኣ፣ ኣብ ቤተ ክርስትያን ብምምስሳል፣ ናቱ ናይ ሓሶት ወንጌል ክዘርእ ዘይክእለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

# ምምስሳል ብፍሪኡ እዩ ዝቃላዕ

ስለዚ ከኣ እዩ ጐይታ "ከምኡከስ እቲ ጽቡቕ ኦም ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ፣ እቲ ክፉእ ኦም ከኣ ክፉእ ኦም ይፈሪ" ብምባል ዘጠንቀቐና (ማቴ፣7፣17)። ተኾላን በጊዕን ፍጹም ምምስሳል ዘይብሎም ብዘርኢ ኮነ ብባህርይ ፍጹም ክቀራረብ ዘይክእል ተፈጥሮ ዘለዎም እንስሳታት እዮም። እንተ ኮነ እቲ ተኾላ ነባጊዕ ክበልዐን ክቐርብ ከሎ እተን ኣባጊዕ እናበርገጋ ስለ ዘሸገርኦ፣ በጊዕ ብምምሳል ጥራይ ከታልለን ከም ዝክእል፣ ብዙሓት ዝብልዓ ኣባጊዕ ድማ ክረክብ ከም ዝክእል ብምርዳእ፣ ቆርበተን ብምኽዳን ንኣታተን ይመስል። እቲ ቆርበት ንኣካላቱ ብምሉኡ ክገጥሞ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ናይ ተኾላ ኮይኑ ዝተርፍ ክመሳሰል ዘይክእል ኣካላት ናይ ግድን ክህልዎ እዩ። እታ ንምድሓን ዝለበመት በጊዕ ግና ኣብቲ ክስረቕ ዝክእል ቆርበት ዘይኮነስ፣ ኣብቲ ክመሳሰል ዘይክእል ኣካላት ናይቲ ተኩላ ከተድህብ ይግባእ ማለት እዩ። ተኾላ ዝኾነ እንተ ኮነ ቅርጺ ኣፉን ኣስናኑን ኣጽፋሩን ጭርኡን ክልውጥ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ዋላ ደኣ ይመሳሰል እምበር፣ ብዘይ መለለዪ ክተርፍ ግን ኣይክእልን እዩ። ሓንትስ እታ በጊዕ፣ ቆርበት ናይ ዝተበልዐት ብጸይታ ኣብ ልዕሊኡ ርእያ ደኣ ኣይትዘንጋዕ እምበር፣ ሓንትስ ንድሕነታ ክትብል ደኣ ትለብም እምበር፣ ዝተመሳሰለ ተኾላ ምልላይ ከቢድ ኣይኮነን።

ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ሰብ ተሰሎንቄ ኣዝዩ ሓደገ ብዝኾነ ናይ ስሕተት ወንጌል ተጠቒዖም ምስ ረኣየ፣ "እቶም ዝጠፍኡስ ንምድሓኖም ዝከውን ፍቕሪ ሓቂ ስለ ዘይተቐበሉ፣ ንኣታቶም ናይዚ ኣመጻጽኣ ብኩሉ ጥበራ ዓመጻ፣ ብኩሉ ሓይልን ትእምርትን ተኣምራት ሓሶትን ብሓይሊ ሰይጣን እዩ ዝከውን።" ብምባል ጸሓፈሎም (2ተሰ፣2፣9-10)። ስለዚ እቶም ፍቕሪ ናይቲ ሓቂ ዝኾነ ቃል ወንጌል ዘይብሎም ሰባት ጥራይ እዮም ናይዚ ናይ ጥፍኣት ስሕተት እዚ

ግዳያት ዝኮኑ። ምክንያቱ ጐይታ "ንሓቂ ክትፈልጥዋ ኢኩም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ከተውጽኣኩም እያ" ኢሉና እዩ። ብዘይ'ዚ ቃል ሓቂ እዚ ካብዚ ዘን ጸላልወና ዘሎ ጥፍኣት ክንድሕንን ሓራ ክንወጽእን ኣይንክእልን ኢና (ዮሃ፡8፡32)። ስለዚ እታ እንኮ እነምልጠላ መንገዲ ቃል እግዚኣብሄር ብዕምቈት ብምፍላጥ ጥራይ ይከውን ማለት እዩ።

ብዙሕ ጊዜ ሰባት ብዛዕባ ጥበራን ምምሳልን ናይ ተኲሉ ክትነግሮም ከ ለካ "ከመይ ኢሎም ከምዚ ይገብሩ?" ኢሎም ይግረሙ። መጽሓፍ ቅዱስ ዝሓዘ ኩሉ ሓቂ ጥራይ ክዛረብ ዘለዎ ጌሮም ይወስድዎ። ሰይጣን ንጐይታ ክፍትኖ ከ ሎ እኳ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት እናጠቐሰ ይፍትኖ ከም ዝነበረ ክዝን ጋዕ ኣይግባእን (ማቴ፡4፡1-11)። ሃዋርያ ጳውሎስ "ከምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ከኣ ሃዋርያት ሓሶት፡ ዝጥብሩ ዓየይቲ፡ ርእሶም ንሃዋርያት ክርስቶስ ዘምስሉ እዮም። ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣክ ብርሃን የምስል እዩ እሞ፡ እዚ ኣየገርምን እዩ። ስለዚ ከኣ እቶም ኣገልገልቱ ንርእሶም ነገልገልቲ ጽድቂ እንተ ኣምሰሉ፡ ዓብዪ ነገር ኣይኮነን፡ መወዳእትኦም ግና ከም ግብሮም ክከውን እዩ።" ዝበለሉ ምክንያት ድማ ንሱ እዩ (2ቈረ፡11፡13-15)። ሰይጣን ንመልኣክ ብርሃን፡ ሃዋርያት ሓሶት ድማ ንሃዋርያት ሓቂ ክመስሉ ይክእሉ እንተ ኮይኖም፡ ናይ ሎሚ ናይ ስሕተት ሃዋርያትከ ደኣ ናይ ጐይታ መሲሎም ከታልሉ ዘይክእሉሉ ምክንያት እንታይ እዩ? ስለዚ ሰይጣን ብውዲቱ ክብለጸልና ኣይንሕደጐ (2ቈረ፡2፡11)። ብብዙሕ ዝዓይነቱን ብጋሻን ትምህርቲ ድማ ኣይንስሓት (እብ፡13፡9)።

## መስሓትቲ ብቐጽሪ ኮነ ብዓይነት ብዙሓት እዮም

ኣብዚ ከነስተውዕሎ ካብ ዘለና ሓቅታት ሓደ፡ እቶም ዘስሕቱ ብቑጽሪ ውሑዳት ዘይምኳኖም እዩ። ብቑጽሪ ጥራይ ዘይኮነስ ብዓይነቶም እውን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ እዚ ሓቂ እዚ ክዛረብ ከሎ፡ "ካብ ቤተ መቕደስ ምስ ወጸ ድማ፡ ሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቱ፡ መምህር፡ ከ መይ ዝበለ ኣእማንን ከመይ ዝበለ ህንጻንማ ርኤ፡ በሎ። ኢየሱስ ድማ፡ ነዚ ዓ

ብዩ ህንጻዶ ትርእዮ ኣሎካ? ዘይፈርስ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ኣይክተርፍን እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ። ኣብ ደብረ ዘይቲ ኣብ ማዕዶ ቤተ መቕደስ ተቐሚጡ ከ ሎ፡ ጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን እንድርያስን ብሕት ኢሎም፡ እስኪ ንገረና፡ እዚ መኣዝ ክከውን እዩ? እዚ ኵሉ መኣዝ ከም ዝፍጸምሲ፡ ትእምርቱ እንታይ እዩ? ኢሎም ሓተትዎ። ኢየሱስ ከኣ ክብሎም ጀመረ፡ ሓደ እኳ ከየስሕተኩም ተጠንቀቑ። ብዙሓት ኣነ እየ፡ እናበሉ ብስመይ ክመጹ እዮም እሞ፡ ንብዙሓት ከኣ ከስሕቱ እዮም።... ናይ ሓሶት ክርስቶሳትን ናይ ሓሶት ነብያትን ክትንስኡ እዮም እሞ፡ እንተ ተካእሎምሲ፡ ነቶም ሕሩያትውን ከስሕቱ፡ ትእምርትን ተኣ ምራትን ክገብሩ እዮም። ንስካትኩም ግና ተጠንቀቑ። እንሆ ኣቐዲመ ኵሉ ነገርኩኩም። ብምባል እቶም ብስሙ ዝመጹ መስሓትቲ ብቑጽሮምን ብዓይነቶምን ብዙሓት ከም ዝኾኑ ኣቐዲሙ ኣጠንቂቑና እዩ (ማር፡13፡1-6,22,23)። ስለዚ ነቲ ብዝሒ ከም ናይ ሓቅነት መለክዒ ረቛሒ ዘይኮነስ፡ ከም ናይ መጠንቀቕታ ረቛሒ ክንርእዮ የድሊ። ሃዋርያ ዮሃንስ'ውን ነዚ ሓቂ እዚ እዩ ኣረጋጊጹልና። “ደቀየ፡ እዚኣ እታ ዳሕረይቲ ሰዓት እያ። ከምቲ፡ እቲ ጸረ ክርስቶስ ከም ዝመጽእ፡ ዝሰማዕክምዎ፡ ካብ ሕጂውን ብዙሓት ኣጽራሪ ክርስቶስ ተንሲኦም ኣ ለው። እዚኣ እታ ዳሕረይቲ ሰዓት ምዃና በዚ ኢና እንፈልጥ። ካባና ወጺኦም፡ ግናከ ካባና ኣይነበሩን። ካባና ነይሮም እንተ ዝኾኑስ፡ ምሳና ጸኒዮም ምነበሩ ነይሮም። ግናከ ኲላቶም ካባና ዘይምዃኖም ምእንቲ ክገሃዱ እዮም ዝወጹ።” ብምባል፡ ሓደን ክልተን ዘይኮነስ ብዙሓት ኣጽራሪ ክርስቶስ ከም ዘለው ኣጠንቂቑና ኣሎ (1ዮሃ፡2፡18,19)። ኣብ 2ዮሃ፡7 “ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ከም ዝመጸ ዘይኣምኑ ብዙሓት መስሓትቲ ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለው። እቲ መስሓትን እቲ ጸረ ክርስቶስን እዚ እዩ።” ብምባል ድማ ነቲ ኣቐዲሙ ዝበሎ ቃል ኣጽኒዕዎ ኣሎ።

## ሃዋርያት ብዛዕባ ስሕተት ንጹር መርገጺ ነይርዎም

ሃዋርያት ኣብ መልእኽቶም፡ ነቲ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ዝሃብዎ መግለጺ ቃላት ኣዝዩ ዘገርም እዩ። በቲ ሃዋርያት ዝሃብዎ ቃላት ተጢቒምካ ነዚ ናይ ሎሚ ስሕተት ክትገልጾ ምስ እትፍትን ንምስምዑ ዝስቀቑ ብሓዲግ ምድን ጋጽ ዝደናገጹ ሰባት ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። ኣብቲ መሰረት ሃዋርያትን ነብያትን ዝኾነ ክርስቶስ ዝተነድቀ ሰብ ነቲ ሃዋርያት ብዛዕባ ስሕተት ዝወሰድዎ መግለጽን መርገጽን ንምውሳድ ስክፍ ክብሎ ኣይግባእን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ

ብዛዕባ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ክጠንቅቕ ከሎ "ኣታ ጢሞቴዎስ፡ ካብቲ፡ ገሊኦም ተኣሚኖምዎ ካብ እምነት ዘምበሉም ዘለው፡ ብሓሶትሲ ፍልጠት ተባሂሉ ዘሎ ርኩስ ሃተውተውን ክትዕን ርሓቕ። ነቲ ሕድሪ እተዋህበካ ሓልዎ።" ብምባል፡ እዚ ብሓሶት ፍልጠት (ምግላጽ) ተባሂሉ ዘሎ ነገር ርኩስ ሃተውተው፡ ምዃኑ እዩ ገሊጹሉ (1ጢሞ፡6፡20,21)። ንቲቶስ'ውን እቶም መስ ሓትቲ ተዛረብቲ ሃተውተውን ጽውጽዋያትን ምዃኖም፡ "ብዙሓት ዘይእዙዙ ተዛረብቲ ሃተውተውን መስሓትትን ኣለው። እዚኣቶም ምናዳ ካብ ሰብ ግዝረት እዮም። ንሳቶም ርኩስ ረብሓ ምእንቲ ክረክቡ ኢሎም፡ ዘይግባእ እናመሃሩ ን ብዘሎ ኣባይቲ ዝገላብጡ፡ ምዕባስ ኣፎም ግቡእ እዩ። ሓደ ካባታቶም፡ ናታቶም ነብዪ፡ ሰብ ቀሬጥስ ኩሉ ሳዕ ሓሰውቲ፡ እኩያት ኣራዊት፡ ሃካያት ኣክብዲ እዮም፡ በለ። እዚ ምስክር እዚ ሓቂ እዩ። ስለዚ ብእምነት ምእንቲ ክጥዕዩ፡ ናብ ጽውጽዋያት ኣይሁድን ናብ ትእዛዛት እቶም ካብ ሓቂ ዝዘምበሉ ሰባትን ከ የቕልቡ፡ ኣሕሚምካ ግንሓዮም። ... ንኣምላኽ ከም ዝፈልጥዎ ባዕሎም ይብሉ ፍንፉናትን ዘይእዙዙን ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኩሉ ዘይጠቕሙን ብምዃኖም ግና በቲ ግብሮም ይክሕድዎ ኣለው።" ብምባል ገሊጽዎም ይርከብ (ቲቶ፡1፡10-16)። እቲ ጥዑይ ትምህርቲ ነእዛኖም ኣሳሕይዎም፡ ኣእዛኖም ካብቲ ሓቂ መሊሶም ብድሕሪኡ ናብ ጽውጽዋያት እዮም ዘቕልቡ። "ኣእዛኖም ኣስሕይዎም ደኣ፡ ብትምኒት ርእሶም መምህራን ክእክቡ እምበር፡ ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ዘይዕገሱሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ሽዑ ኣእዛኖም ኣብ ሓቂ ኪመልሱ፡ ናብ ጽውጽዋያትውን ኪምለሱ እዮም እሞ፡ ብኩሉ ዓቕልን ብምህሮን እቲ ቃል ክትሰብክ፡፡ ብግዚኡን ብዘይግዚኡን ከተስምዕ፡፡ ክትገንሕ፡፡ ክትቀጽዕ፡፡ ክትምዕድ፡ ኣብ ቅድሚ ኣ ምላክን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ንምውታንን ክፈርድ ዘለዎ ክርስቶስ ኢየሱስ በቲ ምግላጹን መንግስቱን ኣማሕጽነካ ኣለኹ።" (2ጢሞ፡4፡1-4)።

# መስሓትቲ ንክብዶም እምበር ንኣምላኽ ኣየገልግሉን እዮም

ዋላ'ኳ ብኣፎም ንኣምላኽ የገልግሉ ከም ዘለው፡ ከምስሉ እንተ ፈተኑ ምእንቲ ርኩስ ረብሓ ኢሎም፡ ንክብዶም ከገልግሉ ኢሎም እምበር ንኣምላኽ ከ ገልግሉ ኢሎም ከም ዘይገብርዎ ቃል ኣምላኽ ኣቃሊዕዎም እዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ድማ ካብ ብጽሑፍ ንላዕሊ ኣብ ኣእዛንናን ኣዒንትናን እንሰምዖን እንዕዘቦን ዕ

ለታዊ ተርእዮ ስለ ዝኾነ ብዙሕ መርትዖ ዝሓትት ኣይኮነን። ካብ ሰማያዊ ንላዕ ሊ ብምድራዊ መልእኽቲ ዝተዓብለለ ብዛዕባ መግብን ክዳውንትን ካልእ መጋየ ጽን ጥራይ ዝስበኮ ጋሻ ወንጌል እዩ ኣብ ዙርያና ዝስማዕ ዘሎ። ንሰብ ሮሜ "ግናከ ኣሕዋተይየ፡ ነቶም ካብቲ እተመሃርኩምዎ ምህሮ ምፍልላይን መዓንቀፍን ዚገብሩ ክትዕዘብዎም፡ እምዕደኩም ኣሎኹ። እቶም ከምዚኣቶም ዝበሉ ንከብዶም እምበር፡ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣየገልግልዎን፡ ብጥዑም ዘረባን ምርቓን ልቢ እቶም ገርህታት የስሕቱ እዮም እሞ፡ ካባታቶም ኣግልሱ። ምእዛዝኩም ኣ ብ ኵሉ ተሰሚዑ እዩ፡ ስለዚ ብኣካትኩም እሕጐስ ኣሎኹ። ንሰናይ ብልህታት፡ ንእኩይ ግና ገርህታት ክትኮኑ፡ እደሊ ኣሎኹ። ኣምላኽ ሰላም ከ ኣ ንሰይጣን ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ እግርኹም ኪቕጥቅጦ እዩ።" ብምባል ዝተጻሕፈሎም ቃል፡ ካብቶም ንከብዶም እምበር ንጐይታና ኢየሱስ ዘየገልግልዎ ሃካያት ኣክብዲ ክንጥንቀቕ እዩ ዝምዕደና (ሮሜ፡16፡17-20)። ጳውሎስ ንሰብ ፊሊጲ "ከምቲ ብዛዕባኦም ብዙሕ ሳዕ ዝበልኩኩም፡ ሕጂውን እናበኬኹ እብል ኣ ሎኹ ብዙሓትሲ ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኰይኖም ይመላለሱ እዮም። መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ፡ ኣምላኮም ከብዶም እዩ፡ ክብረቶምውን ኣብ ነውሮም እዩ፡ ሓሳቦም ከኣ ናይ ምድሪ እዩ" ኢሉ ክምዕድ ዝደረኾ እቲ ሰብ ናብቲ ዝተጸውዖ ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ዘይኮነስ ናብዚ ሓላፊ ምድራዊ ዕ ላማ ከቕልብ እሞ ሓላፊ ኮይኑ ምእንቲ ክተርፍ ዘለዎም ዕላማ ስለ ዝረኣየ እዩ (ፊሊ፡3፡18,19)። "ኩሉ ተፈቒዱለይ ኣሎ፡ ግናከ ኩሉ ኣይጠቅምን እዩ። ኩሉ ተፈቒዱለይ ኣሎ፡ ኣነ ግና ሓደ ነገር እኳ ክመልከኒ ኣይሓድጎን እየ። ብልዒ ንከብዲ፡ ከብዲ ከኣ ንብልዒ እዩ፡ ኣምላኽ ግና ነዝን ነትን ኬጥፍኦም እዩ። ስጋ ንጐይታ፡ ጐይታውን ንስጋ እዩ እምበር፡ ስጋስ ንምንዝርና ኣይኮነን።" ዝብል ቃል ተጻሒፉ ከብቅዕ፡ ሎሚ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢድካ ሒዝካ ጐይታ ዘይኮነስ ከብዲ (ስጋ) ዝምልከሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? (1ቈረ፡6፡12-13)። "ንሕና መንፈስ እምበር ስጋ ኣይኮንናን" ኢሎም እናሰበኩ ክነሶም ንስጋ ጥራይ እምበር ንመንፈስ ዘይከውን ስብከት ዝሰብኩ ዘለው ደኣ እንታይ ኮይኖም እዮም? ቃል እግዚኣብሄር "ስጋውያን ዘበሉ ነቲ ናይ ስጋ እዮም ዝሓስቡ፡ መንፈሳውያን ግና ነቲ ናይ መንፈስ እዮም ዝሓስቡ።" ድሕሪ ምባሉ ኣስዒቡ'ውን "ስጋ ነቲ ምስ መንፈስ ዚጻረር ይምነ፡ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዚጻረር እዩ ዝምነ። ነቲ እትደልይዎ ምእንቲ ከይትገብሩ፡ እዚኣቶም መጻርርቲ እዮም።" ኢሉ ኣብ መንጎ ስጋን መንፈስን ዘሎ ተጻባእነት ኣነጺሩ ገሊጽዎ እዩ (ሮሜ፡8፡5፣ ገላ፡5፡17)። "መንፈስ ኢና" እናበልካ፡ "ስጋዊ ሃብትን ጥዕናን ዘይብሉ ህይወት ኣይክርስትናን እዩ" ምባል፡ ብጠባሪ ቃላት ዝተጐልበበ

ናይ ከብዲ ኣምልኮ እዩ። ነዚ ከኣ እዩ ኣብ እብራውያን፡ "ልብኩም፡ በቲ ነቶም ዝከዱሉ ዘይጠቐሞም ብልዒ ዘይኮነስ፡ ብጸጋ እንተ ጸንዐ ጽቡቕ እዩ እሞ፡ ብብዙሕ ዝዓይነቱን ብጋሻ ትምህርቲ ኣይትስሓቱ" ብምባል ክምዕደና ዝተደረኸ (እብ፡13፡9)።

ሃዋርያ ይሁዳ ብዛዕባ እቶም ስሉኾ ኢሎም ዝኣተውዎም፡ እኩያት ዓየ ይቲ ከጠንቅቖም ዝተገደደሉ ምኽንያት "ኣቱም ፍቑራተይ ብዛዕባ ሕብረት ምድሓንና ብዅሉ ቅንኣት ክጽሕፈልኩም ምስ ደለኹ፡ በታ ሓንሳእ ንቅዱሳት እተዋህበት እምነት ክትጋደሉ ጽሒፈ ክመክረኩም፡ ናይ ግዲ ኰነኒ። ገለ ሰባት ካብ ቀደም ነዚ ፍርዲ እዚ እተጻሕፉ፡ ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም፡ ነቲ ጸጋ ኣ ምላኽና ናብ ርክሰት ዚልውጥዎ፡ ነቲ ሓደ በይኑ ገዛእን ጐይታናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝክሕድዎ፡ ስሉኽ ኢሎም ኣትዮምኹም ኣለዉ። ... እዚኣቶም ብዘይ ፍርሃት ምሳካትኩም እናበልዑ ንርእሶም ዝጓስዩ፡ ኣብቲ ናይ ፍቕሪ መኣድኩም ጸያቒቶ እዮም። ንፋስ ንየው ነጀው ዝደፍኦ ማይ ዜብሉ ደበና፡ ዘይፈርያ፡ ክልተ ሳዕ ዝሞታ፡ ካብ ሱረን እተመንቈሳ ኣእዋም ሓጋይ፡ ነቲ ነውሪ ርእሶም ዜዕፍርዎ ብርቱዓት ማዕበል ባሕሪ፡ ብርግርግ ዚብሉ ከዋኽብቲ እዮም፡ ነዚኣቶም ግብ ዝበለ ጸልማት ንዘልኣለም ተዓቒሩሎም ኣሎ፡" ብምባል ነጊርዎም እዩ (ይሁ፡3,4,12,13)። "ንስካውን ኣታ ወዲ ሰብ፡ ገጽካ ናብተን ካብ ልበን ሃንዲሰን ዚንበያ ኣዋልድ ህዝብካ ኣብል ኣንጸረን ድማ ተነበየለን፡ ንነፍሳት ኬፈንጥራስ፡ እተን መኬዳ ንኹሉ ኵርናዕ ኣእዳው ዚሰፍያን ንዓብይን ንንእሽቶን ኵሉ ርእሲ ድማ መጐልበቢ ዚገብራን ወይለኤን። ነፍሳት ህዝበይ ትፍንጥራ፡ ነፍሳትክንዶ ከ ተድሕና ኢኽን፡ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ኢልካ ንገር። ንስካትክን ነተን ዘይሞታ ነፍሳት ንሞት እናወፌኽን፡ ነተን ብህይወት ኪነብራ ዘይግብአን ነፍሳት ከኣ ህይወተን እናኣድሓንክን፡ ነቲ ሓሶት ዚሰምዕ ህዝበይ እናሓሰክናሉ፡ ምእንቲ ዕሙክቲ ስገምን ቍረርስ እንጌራን ኣብ ህዝበይ ተርክሳኒ ኣሎክን።" ብምባል ነብዩ ህዝቅኤል፡ እተን ነብያት ሓሶት ንከብደን የገልግላ ከም ዝነበራ ኣቃሊዕወን እዩ (ህዝ፡13፡17-19)።

# ንስሕተትን ንመስሓትትን ከነውግዝ ግቡእ መንፈሳዊ ስጉምቲ እዩ።

ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ ልዕሊ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ዘካይዱ፡ ካብ ምህሮ

ክርስቶስ ጕቦ ዝዘበሉ ሰባት፣ ነቲ ትምህርቶም ካብ ምንጻግ ሓሊፍና ክንወስዶ ዝግብኣና ስጉምቲ ክገልጽ ከሎ "ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ከም ዝመጸ ዘይኣምኑ ብዙሓት መስሓትቲ ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለው። እቲ መስሓትን እቲ ጸረ ክርስ ቶስን እዚ እዩ። ምሉእ ዓስቢ ክትቅበሉ እምበር፣ ነቲ ዝጻዓርናሉ ምእንቲ ከ ይተጥፍእዎ፣ ርእስኹም ሓልዉ። እቲ ጕቦ ዚዘብል፣ ብምህሮ ክርስቶስውን ዘይጸንዕሲ፣ ኣምላኽ የብሉን። እቲ ኣብቲ ምህሮ ዚጸንዕ፣ ንሱ ኣቦን ወድን ኣ ለውዎ። ዝኾነ ይኹን ናባኻትኹም እንተ መጸ እሞ ነዚ ምህሮ እዚ እንተ ዘየ ምጽአ፣ ኣብ ቤትኹም ኣይትቀበልዎ፣ ሰላምውን ኣይትበልዎ፣ እቲ ሰላም ዝበሎስ ኣብቲ እኩይ ግብሩ ሓቢርዎ እዩ።" ብምባል ጸሓፈ (2ዮሃ፣7-11)። እቶም ኣብ ኣፍ ልቢ ጐይታ ተጸጊዖም ዝዓበዩ ሃዋርያት ብዛዕባ ተኸላ ዝወሰድዎ ንጹር መርገጺ ክሳዕ ኣብዚ እዩ ዝበጽሕ ነይሩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቶም፣ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተሰብከሎም ወንጌል ካልእ ወንጌል ዝሰብኩ፣ ሰባት ይኹኑ ናይ ሰማይ መላእኽቲ ከውግዝ ተራእዩ። ዋላ ንሱ ባዕሉ እንተ ኮነውን መጺኡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝሰበኮ ወንጌል ቀዩሩ ካልእ ወንጌል ክሰብከሎም እንተ ፈቲኑ እኳ ከውግዝዎ ከም ዝግባእ ከምዚ ብምባል "ካብቲ ብጸጋ ክርስቶስ ዝጸውዓኩም ከ ምዚ ቀልጢፍኩም ናብ ካልእ ወንጌል ምግልባጥኩም ይገርመኒ ኣሎ። እዚውን ገለ ዘዕገርግሩኹምን ነቲ ወንጌል ክርስቶስ ኪልውጥዎ ዝደልዩን ከም ዘለዉ ማለት እዩ እምበር፣ ካልእ ወንጌልሲ ኣይኰነን። ግናከ ንሕና እኳ እንተ ኾንና ወይስ መልኣኽ ካብ ሰማይ፣ ብዘይ እዚ ንሕና ዝሰበክናልኩም ወንጌል ካልእ ወን ጌል እንተ ሰበክልኩ ም ንሱ ውጉዝ ይኹን። ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ፣ ሕጂውን ከም ብሓድሽ፣ ብዘይ እቲ እተቐበልኩምዎስ ካልእ ወንጌል ዝሰብክ እንተሎ፣ ን ሱ ውጉዝ ይኹን፣ እብል ኣለኹ።" (ገላ፣1፣6-8,9)። እቶም ምርኡያት ሃዋርያት ክርስቶስ ንስሕተት ብኸምዚ ብዘየዳግም መልክዕ ክወቕዕዎ እናረኣና ክነስና፣ ሎሚ እንተ ብስክፍታ እንተ ብፍርሂ ኣብ ልዕሊ ስሕተት ልኡም መርገጺ ክንወስድ ዝድርኸና ዘሎ ደኣ እንታይ እዩ? ኣፍን ልብን ናይ ሰባት ክንሕሉን ከነሐጉስን ክንብል እምበር ንኣምላኽ ከነሐጕስ ኢልና ከም ዘይኮነ ስጉምትና ባዕ ሉ እዩ ዘቃልዓና ዘሎ። እቲ እሙን ሃዋርያ ነቶም ሰብ ካልእ ወንጌል ኣውጊዙ ምስ ወድአ፣ "ሕጂከ ንሰብዶ ወይስ ንኣምላኽ እየ ባህ ዘብል ዘለ ኹ? ... ገና ን ሰብ ከሐጕስ እንተ ዝብልሲ፣ ባርያ ክርስቶስ ኣይምኮንኩን ነይረ።" ብምባል ነቲ ናይ ውግዘት ስጉምቲ ክወስድ ዝሓገዞ መርገጺኡ ኣነጺሩ እዩ (ገላ፣1፣10)።

ነቶም ተቐናቐንቲ ናይ ወንጌል ክንገንሖምን ኣፎም ክንዓብስን እንተ ኼንና፣ ነቲ ካልእ ወንጌል ከምቲ ጐይታ ዝጸልኦ ጊርና ክንጸልኦን ክንጽየፎን

እዩ ዝግባእ። ጐይታ ንመልኣክ ማሕበር ኤፌሶን ካብ ዘንኣዶ ረቛሒታት ሓደ ንሱ ምንባሩ፡ “ግናከ ነቲ ኣነውን ዝጸልኦ ዘለኹ ግብሪ ኒቆላውያን ንስካ ትጸልኦ ኢካ እሞ እዚ ግዳ ኣሎካ” ብምባል ገሊጹሉ እዩ (ራእ፡2፡6)። ብኣንጻሩ ከኣ ነቶም ምህሮ በልዓምን ምህሮ ኒቆላውያንን ዝሓዙ ሰባት፡ ኣብ ማእከል ቤተ ክርስትያኖም ሒዞም ከብቅዑ ስቕ ኢሎም ዝነበሩ መልኣክ ማሕበር ጴርጋሞስን ቲያቲራን ከምዚ ዝስዕብ ኣከታቲሉ ጽሒፉሎም እዩ። ንኣገልጋሊ ጴርጋሞስ “ነቲ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል መንሳተቲ ንምግባር፡ ንጣኦታት እተሓርደ ክበልዑን ኪምንዝሩን ንባላቕ ዝመሃሮ ምህሮ በልዓም ዝሓዙ ስለ ዘለውካ ግና፡ ቅሩብ ነገር ረኺበልካ ኣለኹ። ከምኡ'ውን በዛ መገዲ እዚኣ ንምህሮ ኒቆላውያን ዝሓዝዎ ኣ ለዉኻ። ስለዚ ተነሳሕ፡ እንተ ዘይኰነስ ቀልጢፈ ክመጸካ፡ ብሰይፌ ኣፈይውን ክዋግኦም እየ።” ክብሎ ከሎ፡ ንኣገልጋሊ ቲያቲራ ድማ “ግናከ ነታ፡ ነብዪት እየ፡ እናበለት ሲ ነቶም ኣገልገልተይ ክምንዝሩን ንጣኦታት እተሰውአ ክበልዑን እትምህሮምን እተስሕቶምን ዘላ ኤዛቤል፡ ነታ ሰበይቲ እቲኣ ስቕ ኢልካ ምርኣ ይካ ረኺበልካ ኣለኹ። ምእንቲ ክትንሳሕ ኢለ፡ ጊዜ ሂበያስ፡ ንሳ ግና ካብቲ ምንዝርናኣ ክትንሳሕ ኣይደለየትን።” ኢልዎ እዩ (ራእ፡2፡14-16፣ ራእ፡2፡20-21)።

ሃዋርያ ጳውሎስ ምስዚ ከምዚ ዝበለ ስሕተት በቲ ሰናይ ሕልንኡን እም ነቱን ጌሩ ጽቡቕ ውግእ ክዋጋእ ከም ዝግብኦ፡ ንሱ ነቶም ናይ እምነት መርከቦም ዝሰበሩ ሕልንኦም ዘጥፍኡ ሰባት ክሳዕ ናብ ሰይጣን ኣብ ምውፋይ ከም ዝተዋግኦም እዩ ንጢሞቴዎስ ኣርኣያ ብምሃብ ዝጸሓፈሉ። “ኣታ ጢሞቴዎስ ወደይ፡ ከምቲ ቐደም እተባህለልካ ትንቢታት እምነትን ሰናይ ሕሊናን ሒዝካ፡ ብእኡ ጽቡቕ ውግእ ምእንቲ ክትዋጋእ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ ኣማዕቁበካ ኣለኹ። ገሊኦም ነቲ ሰናይ ሕሊናኦም ደርብዮምሲ ናይ እምነት መርከብ ተሰቢራቶም እያ። ካባታቶም ከይጸርፉ ምእንቲ ክቕጽዑ ኢለ ንሰይጣን ዝወፈኽዎም፡ ሄሜ ኔዎስን እስክንድሮስን እዮም።” (1ጢሞ፡1፡18-20)። እቶም ክልተ ዓበይቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት፡ ሙሴን ኤልያስን፡ ነቶም ነቲ ህያው ኣምላክ ሓዲጎም ናብ ግኡዝ ጣኦት ዝዘምበሉ ሰባት ዝወሰድዎ ስጉምቲ፡ ብዛዕባ ኣምላክ ዝነበሮም ቅንኣትን ብዛዕባ ስሕተት ዝነበሮም ጽልኣትን ዘጕልሕ ንጹር መርትዖ እዩ ነይሩ። (1ነገ፡18፡39,40፣ ዘጸ፡32፡15-29)።

## “ንቕቡኣተይ ኣይትተንከይዎም”

እቲ ከምዚ ዝዓይነቱ ስጉምቲ (መርገጺ) ክንወስድ ከለና፣ ካብቶም ዝሰሓቱን ምስኦም ዝደናገጹን ሰባት ናባና ገጹ ዝውርወር ግብረ መልሲ ልሙድ ቃል ስለ ዝኮነ፣ ኩላትና እንፈልጦ እዩ። እተን ቃላት "ንቕቡኣት ኣይትተን ክዩን" "ኣይትፍረዱን" ዝብላ ኮይነን ከም መከላከሊ ክጥቀሙለን ይረኣዩ። ብመ ሰረቱ "ንቅቡኣተይ ኣይትተንክዩ" ዝብል ቃል ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ቀንጢቦም ኣ ብ ዘይመዓልኡ ዘውዕልዎ ዘለው ጥቕሲ እዩ። እቲ ከምኡ ዝበለሉ መልእክቲ ኣ ብ መዝ፡105፡8-15 ይርከብ። ከምዚ ድማ ይብል።

*<u>መዝ፡105፡8-15</u>*፡- "ነቲ ምስ ኣብርሃም ዝኣተዎ ኪዳኑ፣ ንይስሃቕ ዝመሓለሉ ማሕላ፣ ነቲ ንሽሕ ወለዶ ዝኣዘዞ ቃል ንዘለኣለም ዘኪሩስ፣ ምድሪ ከንኣን፣ ዕድሎት ርስትኩም ክትከውን ክህበካ እየ፣ ኢሉ ንያዕ ቆብ ከም ሕጊ፣ ንእስራኤል ከኣ ከም ናይ ዘልኣለም ኪዳን ኣቐሞ። <u>ብቑጽሪ ሒደት፣ ኣዝዮም ሒደት፣ ኣብኣውን ስደተ ታት ከለው፣ ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ፣ ካብ መንግስቲውን ናብ ካልእ ህዝቢ ኪሓልፉ ከ ለውስ፣</u> ንሱ ሰብ ኪጠቕዖም ኣይሓደገን። <u>ንቕቡኣተይ ኣይት ተንክይዎም፣</u> ንነብያተይ ድማ ክፉእ ኣይትግበርዎም፣ ኢሉ ምእንት ትኦም ንነገስታት ገሰጾም።" (1ዜና፡16፡16-22)

እዚ ጽሑፍ ከም ዝረኣናዮ ብዛዕባ ህዝቢ እስራኤል ብሓፈሻ፣ ማለት ካብ ግብጺ ክሳብ ከንኣን ብከመይ መንገዲ ከም ዝሓለዎምን ከም ዝመርሖምን እዩ ዝሕብር። ኣብቲ ናቱ ቅብኣት (መንፈስ) ይመርሖም ዝነበረሉ እዋን ብካልኦት ነገስታት ከይድፈሩ ይሕልዎም እኳ እንተ ነበረ፣ ነቲ ዝቐብኦም ጐይታ ዝጻረር መንገዲ ይከዱሉ ኣብ ዝነበሩ እዋን ግን ነቶም ቅድሚ ሕጂ ዝገሰጾምን ዝከልከ ሎምን ነገስታት ኣብ ልዕሊኦም ኣላዒሉ ፍድኦም ከም ዘርእይዎም፣ ካብ ምትን ካፍ ሓሊፎም ክሳዕ ክጠፍኡ ዝቐርቡ የጽንትዎም ከም ዝነበሩ ዝገልጽ ታሪኮም'ውን ውሑድ ኣይኮነን።

ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ዳዊት ነቲ ቅቡእ ሳኦል ክዳኑ ስለ ዝተንከየ ልቡ ከም ዝወቕዖ ዝገልጽ ታሪክ፣ ኣብ 1ሳሙ፡24፡6,10 ተጻሒፉ ንረክብ ኢና። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት እንተ ኣንቢብና'ውን ብዛዕባ እቲ ቅቡእ ዝበሃል ሳኦል ብዙሕ ሓበሬታ ዝህበና እዩ (1ሳሙ፡12፡3,4 1ሳሙ፡26፡9-23፣ 2ሳሙ፡1፡14-16)። ዋላ እኳ ኣብ መዝ፡20፡6 ብዛዕባ ቅቡኣት፣ ዳዊት "<u>ንቕቡኡ እግዚኣብሄር ከም ዜድሕኖ፣</u> ሕጂ ፈለጥኩ፣ ብናይ እታ የማነይቲ ሓይሊ ምድሓን ካብ ቅድስቲ ሰማዩ ኪመልሰሉ እዩ" ኢሉ እንተ ጸሓፈ፣ ኣስዒቡ'ውን ኣብ መዝ፡89፡38,51

"ንስካ ግና ደርቢካን ንዒቕካን፡ ንቕቡእካ ተቖጣዕካዮ፡ ... ጐይታየ ጸላእትካ ዝጸርፍዎ ጸርፊ፡ ነቲ ንኣሰር ቅቡእካ ዚጸርፍዎ ዘለው ዘክር።" ኢሉ ከም ዝጸሓፈ ክንስሕቶ የብልናን። ነብዪ ኤርምያስ ድማ ኣብ ልዕሊ "ቅቡእ እግዚኣ ብሄር" ዝወረደ ሓደጋ "እቲ እግዚኣብሄር ዝቐብኦ፡ ብዛዕባኡ፡ ኣብ ማእከል ህዝብታት ኣብ ጽላሉ ክንነብር ኢና፡ ዝበልናዮ መተንፈስ ትንፋስና ኣብ ጉዳጉዶም ተታሕዘ።" ብምባል ገሊጽዎ እዩ (ደጉ፡4፡20)። ስለዚ ቅቡኣት ምስቲ ዝቐብኦም መንፈስ ዝጻረር ህይወትን ኣካይዳን ምስ ዝሕዙ፡ ካብ ምትንካፍ ሓሊፉ ከጥፍኦም ከም ዝክእል ቃል እግዚኣብሄር ብንጹር ኣረጋጊጹልና እዩ።

***እብ፡6፡4-8***፡- "ነቶም ሓደ ግዜ ብርሃን ዝበርሃሎም እቲ ሰማያዊ ውህበት ከኣ ዝጠዓሙ፡ ተማቐልቲ መንፈስ ቅዱስውን ዝኾኑ፡ እቲ ሰናይ ቃል ኣምላኽን ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለምን ከኣ ዝጠዓሙ፡ እንተ ወደቑ፡ ንወዲ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ንርእሶም ስለ ዝሰቕልዎ ብግህዶውን ዜላግጽሉ ስለ ዝኾኑ፡ ከም ብሓድሽ ንንስሓ ክሕደሱ ኣይከ ኣሎምን እዩ። እታ ብዙሕ ግዜ ነቲ ኣብኣ ዝወረደ ዝናብ ዝሰተየት ምድሪ ነቶም ብዛዕብኦም ዚሓርስዋ ዝጠቕም ፍረ እንተ ሃበቶም፡ ካብ ኣምላኽ በረኸት ትረክብ እያ። እሾኽን ዳንዴርን እንተ ኣብቈለት ግና፡ ንቕፍትን ጥቓ መርገምን እያ። መወዳእታኣ'ውን ምንዳድ እዩ።"

***2ጴጥ፡2፡20-22***፡- "ብፍልጠት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብታ ርክሰት ዓለም ኣምሊጦም፡ ከም ብሓድሽ ብእኣ ተጠሊፎም እን ተ ተሳዕሩ፡ ካብ ቀዳማዮምሲ ዳሕራዮም ዝገደደ እዩ ዝኸውን። ማለት፡ ንሳቶም እናፈለጥዋ ካብቲ እተዋህቦም ቅዱስ ትእዛዝ ንድሕሪት ካብ ዚምለሱስ፡ ነታ መገዲ ጽድቂ እንተ ዘይፈልጥዋ ምሓሸም ነይሩ። ከምቲ እቲ ምስላ ሓቂ፡ ከልቢ ናብ ትፍኡ ተመልሰ፡ ሓሰማውን ተሓጺባስ ኣብ ጸብሪ ኣንገርገረት፡ ዚብሎ በጺሕዎም ኣሎ።"

# "ኣይትፍረድ"

እቲ ካልእ ኣብ ዘይመዓልኡ ዝውዕል ዘሎ፡ "ኣይትፍረዱ" ዝብል ቃል ድማ ሓንሳእ ጥራይ ዘይኮነስ ብተደጋጋሚ ዝተጻሕፈ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ማቴ፡7፡1-5፣ ሉቃ፡6፡37፣ ሮሜ፡14፡4,10,13፣ 1ቈረ፡4፡5፣ 1ቈረ፡5፡12፣ ያእ፡4፡11,12 ምጥቃስ ጥራይ እኺ ኣካሊ እዩ። እቶም "ኣይትፍረዱ" ዝብል ቃል ካብ ኣፍ

ጐይታ ብቐጥታ ዝተቐበልዎ፣ ባዕላቶምውን "ኣይትፍረዱ" ኢሎም ዝጸሓፉ ሰባት እቶም ንወንጌልን ንመልእኽትታትን ዝጸሓፉ ምርኡያት ሃዋርያት እዮም። በቲ ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባ ስሕተትን መስሓትትን ዘንበብናዮ ጥቕስታት ጌሮም ነቲ ስሕተትን ሃንደስቱን ዘውገዙን ዝፈረዱን እዞም ሃዋርያት ባዕላቶም እዮም። ነቲ ካብ ጐይታኦም ዝተማህርዎን ነቲ ባዕላቶም ዝመሃርዎን ዝጻረር ትምህርቲ ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም። ምኽንያቱ ኣብቲ ብድርኪት መንፈስ ቅዱስ ዝተጻሕፈ ጽሑፋት ዘደንቕ ምውህሃድ ደኣ እምበር ንሓድሕዱ ዝጋጮ መልእኽትታት ክህሉ ዘይሕሰብ እዩ። ስለዚ ኣብ ልዕሊ እቶም ንወንጌል ክብክሉ፣ ኣብ ልዕሊ ኣምላክ ክለዓሉ፣ ንደምን መስዋእትን ክርስቶስ ከቃልሉን ክረግጹን ዝጽዕቱ መዓይይቲ ሰይጣን፣ ብዓቕልን ብፍርሃት እግዚኣብሄርን ተደሪክና እንስንዝሮ ናይ ተቓውሞ ቃላት፣ ፍርዲ ዘይኮነስ ፍትሒ ምኳኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ብኣንጻሩ ኣብ ልዕሊ ኣምላክ ኣዝዩ ኣጸያፊ ፍርዲ ንምሃብ ክለዓሉ እናረኣካ፣ ኣብ ልዕሊኦም ምእንቲ ከይትፈርድ ኣፍካ ምክዳን፣ ንክብሪ ኣምላክ ዝከውን ቅንኣት ዘይብልካ፣ ኣብ ጽላል ገለገለ ጥቕስታት ተሓቢእካ እትነብር ግብዝ ክርስትያን ምኳንካ እዩ ዘቃልዕ።

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ንሃዋርያ ጴጥሮስ፣ ነቲ በኵሪ ኣማኒ፣ ነቲ መፍትሕ መንግስተ ሰማያት ዝተቐበለ፣ ኣብ ልዕሊ ደጌታት ሲኦል ዝሓየለ ምኳኑ ባዕሉ ዝመስከረሉ ሃዋርያ፣ ምስቲ ናቱ ዘለኣለማዊ ዕላማ ዘይሳነ ገርህነት ዝመልኦ ምድንጋጽ ኣይተቐበሎን። ጐይታ ብዛዕባ ሞቱ ክዛረብ ምስ ጀመረ፣ እቲ ገርህን ህውክን ባህርይ ዝነበሮ ሃዋርያ ጴጥሮስ፣ ነቲ ዕላማ ምምጻእ ክርስቶስ ከየስተውዓለ፣ ንጐይታ ንበይኑ ፍልይ ኣቢሉ "ይባልህካ እባ ደኣ፣ ጐይታይ፣ እዝስ ኣይብጻሕካ" ኢሉ ክገንሖ ጀመረ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ግልጽ ኢሉ ንሃዋርያ ጴጥሮስ፣ "ካባይ ርሓቕ፣ ሰይጣን፣ ናይ ሰብ እምበር ናይ ኣምላክ ኣይትሓስብን ኢካ እሞ፣ ንዓይ መዓንቀፊ ኢካ፣" በሎ (ማቴ፣16፣21-23)። ጐይታና ነዚ ኩሉ ክንእዶን ክሾሞን ዝጸንሐ ሃዋርያ ጴጥሮስ፣ ብስጋውን ሰብኣውን ኣተሓሳስባ ተደሪኩ፣ ነቲ ዘለኣለማዊ መደቡ ዝዕን ቅፍ፣ ፍቕርን ለውሃትን ዝመልኦ ብዝመስል ቃላት ንዝተዛረቦ ሓሳብ ብተሪር ተግሳጽ ምምላሱ ኣብቲ ቀንድን ዘልኣለማውን መደቡ ንዝስንዘር ዝኾነ ይኩን ኣሉታዊ መርገጺ ንሕስያ ከም ዘይብሉ እዩ ዘርኢ። ንሃዋርያ ጴጥሮስ "ሰይጣን" ምባሉ ሃዋርያ ጴጥሮስ ከም ቅጽበት ናብ ሰይጣን ተለዊጡ ነይሩ ማለት ኣይኮነን። እንተ ኮነ እተን ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ ኣፉ ዘስተናበረን ቃላት ካብ ሰይጣን እምበር ካብ ኣምላክ ኣይነበራን። ኣብቲ ካብ ኣምላክ ዝተዛረበሉ ወቕቲ ድማ፣

“ስምኦን ወዲ ዮና፣ እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ እምበር፣ ስጋን ደምን ኣ ይገለጸልካን እሞ፣ ብጹእ ኢካ።” ኢልዎ እዩ። ስለዚ ንክብርን ዕዮን እግዚኣብሄር ኣብ ዝትንክፍ ዝኮነ ይኩን ዘይቅኑዕ እምነትን ኣካይዳን ከነናሕሲ ከም ዘይብልና ብቑዕ ኣብነት ካብ ጐይታናን ካብ ሃዋርያትን ዝረከብና ይመስለኒ።

እዚ ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ጐይታ ባዕሉ “ኣይትፍረዱ” ኢሉ ዝተዛረበሉ ናይ መጀመርታ ክፍሊ፣ ብዛዕባ ክፍረድ ዘለዎን ዘይብሉን ኣነጺሩ ገሊጽዎ እዩ። “ብዝፈረድክምዎ ፍርዲ ኪፍረደኩም፣ ብዝሰፈርክምሉ መስፈሪውን ክስፈረልኩም እዩሞ፣ ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ። ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጉንዲ ዘይፈለጥካስ፣ ንምን ታይከ ኣብ ዓይኒ ሓውኻ ዘሎ በሰር እትርኢ? ወይስ ከመይ ጌርካ ንሓውካ፣ ካብ ዓይንኻ በሰር ከውጽኣልካስ ሕደገኒ፣ ትብሎ? እንሆ ጉንዲ ኣብ ዓይንኻ ኣሎ። ኣ ታ ግብዝ ቅድም ካብ ዓይንኻ ጉንዲ ኣውጽእ፣ ሽዑ ካብ ዓይኒ ሓውኻ በሰር ን ምውጻእ ኣጸቢ’ቕካ ትርኢ። እቲ ቅዱስ ነክላባት ኣይትሃቡ፣ ዕንቁኹምውን ኣብ ቅድሚ መፋልስ ኣይትደርብዩ፣ ብኣእጋሮም ከይረግጽዎ እሞ፣ ተመሊሶም ከ ይትርትርኹም።” (ማቴ፣7፣1-6)። ኣብዚ ክፍሊ እዚ ከም እንግንዘቦ፣ በሰር ናይ ሓውካ ከተውጽእ ምህቃንካ ኣይኮነን እቲ በደል። ብኣንጻሩ በሰር እናረኣካሉ ዓይ ኑ ተጐዲኡ ከም ዘሎ እናፈለጥካ ስ’ቕ ምባል እዩ በደል ዝከውን። እንተ ኮነ ኣ ብ ዓይንኻ ንዓይንኻ ዝክውል ጉንዲ ከለካ ናይ ሓውካ በሰር ከተውጽእ ምፍታን በደል (ምፍራድ) ይከውን። ምክንያቱ ዓይንኻ ብጉንዲ ተከዊሉ ከሎ በሰር ብጻይካ ንምውጻእ እትገብሮ ፈተነ፣ ብኣንጻሩ ነቲ ዓይኒ ብምንቛር ወይ ብምውጻእ እዩ ዝዛዘም። ናይ ዓይንኻ ጉንዲ ተኣልዩልካ ከብቅዕ ኣብ ዓይኒ ሓውካ በሰር እናረኣካ ስ’ቕ ምባል ግን እታ ዓይኒ ንክትጠፍእ ፈሪድካያ ኣለካ ማለት እዩ።

ብቐንዱውን ኣብ ፍቕዲ 6 “እቲ ቅዱስ ነክላባት ኣይትሃቡ፣ ዕንቁኹ ም'ውን ኣብ ቅድሚ መፋልስ (ሓሰማ) ኣይትደርብዩ፣ ብኣእጋሮም ከይረግጽዎ እሞ ተመሊሶም ከይትርትሩኹም።” ብምባል ኣጠንቂቑና እዩ። ስለዚ ነቲ ከልብን ነቲ ሓሰማን ኣለሊካ፣ “ነቲ ከልቢ ቅዱስ ነገር ኣይህቦን እየ፣ ነቲ ሓሰማ (መፍለስ) ድማ ዕንቈይ ኣይድርብን እየ” ምባል ፍርዲ ኣይክከውንን ማለት እዩ። ብቓላት ኣፈይ ወይ ብሓሳባተይ ከልቢ ወይ መፍለስ እንተ ኢለዮ፣ ነቲ “ኣይትፍረዱ” ዝብል ቃል ብምፍራስ በደለ ክከውን'የ ኢልካ ምሕሳብ፣ ነቲ ትርጉምን መንፈስን ናይቲ ጐይታ ዝበሎ ቃል ከም ዝግባእ ካብ ዘይምርዳእ ዝመጽእ ኣጉል ስግኣት ምኳኑ እዩ ዘርእየና። ነቲ ከልቢ፣ ከልቢ ምባሉ

ምፍራድ ኣይኮነን። ከምኡ እንተ ኮይኑ እሞ፡ ንሰይጣን ሰይጣን ምባልና'ውን ከ ም ምፍራድ ክቑጸረልና እዩ ማለት ድዩ? እቲ "ኣይትፍረድ" ዝበለ ጐይታ እዩ "ንከልብን ንሓሰማን ቅዱስን ክቡርን ነገርኩም ኣይትሃቡ" ዝበለ። ነቲ ጐይታ ዝሃቦ ሚዛናዊ ቃል፡ ኣብ ውሽጥና ብዛዕባ ስሕተትን መስሓትትን ንዘለና ዘይሚዛናዊ መርገጺ ከም መጐልበቢ ክንጥቀመሉ ቅኑዕ ኣይኮነን። ኣቦታት "ን ሰብ እንተ ሃብካዮ ናቱ፡ ሰብ ይሕጐስ እዝጊ ይፈቱ።" ከም ዝበሉ፡ ብዓቕልን ብፍርሃት እግዚኣብሄርን ደኣ ይኩን እምበር ንኩሉ ዘዝግብኦ፡ ናይ ኣምላክ ንኣ ምላክ፡ ናይ ቄሳር ከኣ ንቄሳር ምሃብ ፍትሓዊ ስጉምቲ እዩ።

"ኣይትፍረዱ" ዝብል ቃል ደኣ ኣብ ምንታይ እዩ ዝሰርሕ? ኢልና ክን ሓትት ጽቡቕ እዩ። ናይ ምፍራድ ኣብነታት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት እዮም። ሓደ ካብኡ እቲ ምስላ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ተጋዊ ሰብኣይ ዝፈረደ ፈሪሳዊ እዩ። እታ ምስላ "ንሓያሎ ጻድቃን ምዃኖም ብርእሶም ዝእመኑ፡ ን ካልኦት'ውን ዝንዕቑ ዝነበሩ ድማ፡ እዚ ምስላ እዚ በሎም።" ብምባል እያ እትጅምር (ሉቃ፡18፡9-14)። እቲ ዝግበር ዘሎ ንዕቀት (ፍርዲ) መንፈሳዊ ሰረት ዘይብሉ፡ ካብ ገዛእ ርእሱ ዝነቐለ ምምጽዳቕ፡ ብመስፈሪ ተሰፊሩ ድማ ናብኡ ዝከየደ ፍርዲ እዩ።

እቲ ካልኣይ ኣብነት ድማ እቲ ኣብ ሮሜ፡11፡13-32 ዘሎ መልእኽቲ እዩ። እቶም ዝኣመኑ ኣህዛብ ኣብ ልዕሊ እቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ዝፈረድዎ ፍርዲ እዩ። እቶም ዝኣመኑ ኣህዛብ፡ ብርእሶም ብልህታት ስለ ዝኮኑ ናብ እም ነት ከም ዝበቕዑ፡ ናይቶም እስራኤል ግን ብኣንጻሩ ከም ዝኮነ ጌሮም ይሓስቡ ነይሮም (ሮሜ፡11፡19,20,25)። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ "ፍራህ ደኣ እምበር ኣይትተዓበ"፡ ሕልፍ ኢሉ ድማ ድማ፡ "ኣሕዋተይ፡ ብርእስኹም ብልህታት ዝኮንኩ ም ከይመስለኩም....።" ብምባል ዝጸሓፈሎም።

እቲ ሳልሳይ ኣብነት ድማ እቲ ኣብ መንጐ ሰብ ሮሜ ዝነበረ ናይ ምግቢ ክርክር እዩ (ሮሜ፡14፡1-23)። እቲ ዝበልዕ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘይበልዕ ከ ም ዘይርዱእ (ዘይብሱል) ጌሩ እንተ ተረዲእዎ (እንተ ተዛሪቡሉ) ፍርዲ እዩ። እቲ ዘይበልዕ'ውን ኣብ ልዕሊ እቲ ዝበልዕ ከም ዝሃጸጸ (ትእዛዝ ዝጠሓሰ) ጌሩ እንተ ፈሪድዎ እዚ ኣብ ልዕሊ ሓውካ ምፍራድ እዩ። ምኽንያቱ ዋላ እኳ ክልቲኦም ክልተ ተጻራሪ ስጉምትታት ይኸዱ እንተለው፡ እቲ ዝገብርዎ ዘለው ግን ክልቲኦም ምእንቲ ጐይታኦም ኢሎም ይገብርዎ ስለ ዘለው፡ ኣብዚ ሓሳብ እዚ ክልቲኦም ሓደ ይኮኑ ኣለው። ጐይታ ከኣ ንክልተ ዝተፈላለየ ውሳኔታት

ዘለዎም ሰባት፣ ብሓንሳእ ተቐቢልዎም እዩ። ነቲ ጐይታ ዝተቐበሎ ሰብ ክትፈርድ ድማ ግቡእ ኣይኮነን። ነቲ ጐይታ ዘይተቐበሎ ተግባርን ሰብን ክትፈርድ ግን ግቡእካ እዩ። ነዚ “ኣይትፍረድ” ዝብል ቃል ዘይትርጉሙ እንተ ሂብናዮ እሞ፣ ንዋላ ሓደ ሓጢኣት ዝገበረ ሰብ'ውን ኣይክንገንሕን ኢና። ብዛዕባ ሓጢኣትን ድካምን ናይ ሰባት ኣይክንሰብክን ኢና፣ ወንጌል ዝበሃል ድማ ኣክቲሙ ኣሎ ማለት እዩ። ስለዚ ብዛዕባ ስሕተት ዝምልከት እቲ ጐይታን ሃዋርያቱን ዝወሰድዎ መርገጺ፣ ከም ኣብነትን ኣሰርን ናይቲ ንሕና ሕጂ ኣብ ዘመንና ክንወስዶ ዘለና መርገጺ ጌርና ክንወስዶ ቃል እግዚኣብሄር ኣማሕጺኑና ኣሎ።

## ንዝተጋገዩ ናይ ምምላስ ሓላፍነት

ነቲ ዝተገብረልና ጻውዒት ተቐቢልና ንጐይታ ምስዓብ ድሕሪ ምጅ ማርና፣ ንሕናውን ናይቲ ዘድሓነና ናይ ድሕነት ጻውዒት ናይ ምቅላሕ ሓላፍነት እዩ ዘሎና። እቲ ጻውዒት ድማ ነቶም ንመንገዲ ምድሓን ፈጺሞም ዘይረከ ብዎን፣ ነቶም ካብቲ ድሮ ረኺቦምዎ ዘለው መንገዲ ምድሓን ዝወጹ ዘለው ሰባትን የጠቓልል። ስለዚ ከኣ ጐይታ ብኣፍ ነብዩ ህዝቅኤል ከምዚ ብምባል ነጊሩና ኣሎ። “እምበኣርሲ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኣብ ቤት እስራኤል ሓላዊ ገይረ ኣቘመካ እየ፣ ነቲ ቃል ካብ ኣፈይ ስማዕ እሞ ኣብ ክንዳይ ኳንካ ኣጠንቅቆም። ኣነ ነቲ ረሲእ፣ ኣታ ረሲእ፣ ብርግጽ ክትመውት ኢካ፣ እንተ በልክዎ፣ ንስካ ከኣ ነቲ ረሲእ፣ ካብ መገዱ ክምለስ ኢልካ ክጥንቀቕ፣ እንተ ዘይተዛረብካዮ፣ እዚ ረሲእ ብሰሪ ረሲእነቱ ኪመውት እዩ፣ ደሙ ግና ካብ ኢ ድካ እየ ዝደልዮ። ግናከ ነቲ ረሲእ ካብ መገዱ ክምለስ እንተ ኣጠንቀቕካዮ፣ ንሱ ከኣ ካብ መገዱ እንተ ዘይተመልሰ፣ ንሱ ብሰሪ ረሲእነቱ ክመውት እዩ፣ ንስካ ግና ንነፍስካ ኣድሓንካያ።” (ህዝ፣33፣7-9)። እምበኣር ነታ ጻውዒት መድሓኒካ ብምቕባል ዘድሓንካያ ነፍስካ፣ ነቲ ጐይታ ዝሃበካ ንዝተጋገየ ናይ ምምላስ ሓላፍነት ብዘይ ምፍጻምካ፣ ዕዳ ደም ብጻይካ ኣብ ልዕሌካ ኮይኑ ንነፍስካ ከተጥፍኣ ኢካ። ስለዚ ድሕነት ናይ ግሊ ጉዳይ እኳ እንተ ኮነ፣ ምስ ህይወት ብጾትና ዘይዛመድ ንጹል ህይወት ግን ጐይታ ኣይሃበናን። ኣብቲ ናይ ውልቅና ህይወት ምትእስሳር ከም ዝህሉ ብምግባር፣ ኣብ ውሽጢ ብዙሕነትና ብዘደንቕ ሓድነት ክንሓብር ፈቒዱ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ንህዝቅኤል ብእኡ ኣቢሉ ድማ ንዓና እዚ ስምዕታ እዚ ተደጋጊሙ ተዋሂቡና ዘሎ (ህዝ፣3፣16-21)።

ነብዩ ዮናስ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ መዓት ተንጠልጢሉሉ ዘሎ ህዝቢ ነነዌ፣

"ተመለስ" ናይ ምባል ተልእኮ ተዋሂብዎ ከብቅዕ፡ ንክብሪ ርእሱ ክብል፡ ብኣ ብያ ናብ ተርሲስ ገጹ ሃደመ። ንሱ ምስ ነገሮም እንተ ተነሲሖም እግዚኣብሄር ክምሕሮም እዩ። ስለዚ ዮናስ፡ "እቲ ክትጠፍኡ ኢኹም ዝበልክዎ ቃል ስለ ዘይተፈጸመ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ነነዌ ሓሳዊ ኮይነ ክርከብ፡ ክብረይ'ውን ክጕድል እዩ" ኢሉ ሓሰበ። ወዮ ደኣ ዘየስተውዓለ ኮይኑ እምበር፡ እግዚኣብሄር ምእንቲ ክምለሱ ኢሉ እዩ ልኢክዎ። ክጠፍኡ ዝደሊ እንተ ዝኸውን እሞ፡ ነብዩ ክልእኽሎም ኣይመድለዮን። ነዚ ቅዱስ ዕላማ ናይ እግዚኣብሄር ከም ዝግባእ ዘየስተውዓለ ነብዩ ዮናስ ግን ብኣብያ ኮብለለ። እዚ ጥፍኣት'ዚ እናረኣኻ ምእንቲ ክብርካ ክትብል፡ ንኣፍካ "ብናይ ፍርዲ" ቃላት ከይትጽይቕ ክትብል ምኩብላል፡ ካብቲ ናይ ህዝቢ ነነዌ ዝገደደ ኣበሳ እዩ ዝኸውን። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ነነዌ ዘንጸላሉ ዘሎ ናይ ጥፍኣት ማዕበል ከህድእ ዝተጸውዐ ሰብ፡ ብመርከብ ብሰላም ንዝጕዓዙ ሰባት ዘይተደላዩ ማዕበል ኣለዓዒሉሎም። ካብቲ ኣብ ኩሉ ዝርከብ፡ ኩሉ ዝፈልጥ፡ ኩሉ ዝክእል ኣምላክ ይትረፍ ኣብ ከብዲ መርከብ፡ ኣብ ምድሪ ቤት ናይ መዓሙቕ ሲኦል መንጸፉ ኣንጺፉ በጥ እንተ በለ እኳ፡ ን እግዚኣብሄር ክሕብኦ ከም ዘይክእል ካብቶም ናይ ቀደም ኣቦታቱ ዝተማህረ ኣ ይመስልን። ዋላ እኳ ንሱ ብሰብ-ሰርሖ ግኡዝ መርከብ ክሃድም እንተ ሃቀነ፡ እግዚኣብሄር ድማ በቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ፡ መራኽብ ክግልብጥ ዝክእል ህያው መርከብ (ዓሳ ነባሪ) ጌሩ ናብ ነነዌ መለሶ።

ኣብዚ ዘመን እዚ'ውን ከም ናይዚ ዘይእዙዝ ነብዩ እዚ ኣካይዳ እንክ ይድ ዘሎና ንመስል። ገለ ናይ ተቓውሞ፡ ናይ ተመለስ መልእኽትታት ብጉባኤ ይኩን ብውልቀ ሰብ ደረጃ እንተ ሂብና፡ ካብቲ ዝተነግሮ ኣካል ክመጽእ ካብ ዝክእል ግብረ መልሲ ምእንቲ ክንድሕን፡ ኣብ ናይ ስቕታ መርከብ ተሓቢእና ክንሃድም ንፍትን ኣሎና። ብዛዕባ ድሕነት፡ ፍቕሪ፡ ውህበታት መንፈስ ቅዱስ ን ምዝራብ ካብ ኣፍና ቅልቅል ኢልና ወጺእና ከም ኣንበሳ ክንጓዝም፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣንጸላልዩ ዘሎ ናይ ተኺሉ ወንጌል ሓደጋ ከኣ፡ ንምዝራብ ፈሪህና ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰጢሙ ዝተዓጽወ ኣፍና ተሓቢእና ክንመላለስ ምርኣ ይ ንክትርድኦ ዘጸግም ዝተደናገረ (Confused) ህይወት እዩ። ከምቲ ሃና ኣብ ጸሎታ፡ "ልበይ ብእግዚኣብሄር ይሕጕስ ኣሎ፡ ቀርነይ ብእግዚኣብሄር ክብ ይብል፡ ብምድሓንካ ተሓጕሰ እየ እሞ፡ ኣፈይ ናብ ጸላእተይ ሃህ ኢ ሉ ኣ ሎ።" ዝበለት ሎሚ'ውን ንሕና ናብ ጸላእቲ ወንጌል ኣፍና ሃህ እነብለሉ እዋናዊ ወቕቲ ምኳኑ ኣይንዘንግዕ። (1ሳሙ፡2፡1)።

**ምዕራፍ 2**

# መወዳእታ ዘመንን መንፈሳዊ መልክዑን

# መወዳእታ ዘመንን መንፈሳዊ መልክዑን

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ዘመን ዝተጻሕፈ ሓቅታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ (ማቴ፥24፥1-28፤ 2ተሰ፥2፥1-10፤ 2ጢሞ፥3፥1-9፤ 2ጴጥ፥2፥1-22፤ ግብ፥2፥17፤ ሚክ፥4፥1፤ ዳን፥12፥9፤ ኢሳ፥2፥2)። ከምቲ ጐይታ ባዕሉ ዝገለጾ፡ ናይ መወዳእታ ዘመን፡ ወንጌል ንምስክር ኣብ ኩላ ዓለም ዝስበከሉ ዘመን እዩ። “እዚ ወንጌል መንግስቲ ከኣ ንምስክር ኩሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም ክስበክ እዩ፡ ሽዑ መወዳእታ ይመጽእ።” (ማቴ 24፥14)። ብማዕሪኡ ድማ ሰይጣን ነቲ ናይ ጐይታ ወንጌል ተምዪኑ፡ ንሕሩያት ከይተረፈ ከስሕት ዝፍት ነሉ ዘመንውን እዩ። “ብዙሓት ነብያት ሓሶት ኪትንስኡ፡ ንብዙሓትውን ኬስሕቱ እዮም። ... ሽዑ፡ ገለ እንሆ ክርስቶስ ኣብዚ ወይ ኣብቲ፡ እንተ በለኩም፡ ኣ ይትእመንዎ። ናይ ሓሶት መሲሃትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪመጹ እዮም እሞ፡ እንተ ተካእሎምሲ፡ ነቶም ሕሩያት እኳ ከስሕቱ፡ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣ ምራትን ኪገብሩ እዮም፡ እንሆ ኣቐዲመ ነገርኩኩም። እንሆ፡ ኣብ በረካ ኣሎ፡ እንተ በሉኩም፡ ኣይትውጽኡ። እንሆ፡ ኣብ ቤት ኣሎ፡ እንተ በሉኩምውን ኣ ይትእመኑ።” (ማቴ፥24፥11,23,26)። ስለዚ፡ ናይ መወዳእታ ዘመን፡ ዋላኳ ዋዜማ ናይ ምጽኣት ጐይታ ስለ ዝኾነ ብዙሕ ዘሐጕሰና እንተ ኮነ፡ ኣብ ዋዜማ (ድሮ) ናይቲ ጐይታ ዝመጸሉ ተዓንቂፍካ ወይ ስሒትካ ምውዳቕ ድማ ብንስሓ ን ምትንሳእ ዕድል ዘይትረክበሉ ከምተን ሓሙሽተ ዓያሱ ደናግል ብድሕሬካ ማዕጾ ዝዕጸወሉ ሓደገ ቅንያት እዩ።

ነብያት ሓሶት ኣብዛ ናይ መወዳእታ ዘመን ጥራይ እዮም ዝረኣዩ ማለት ኣይኮነን። ካብቲ ጐይታ ብስጋ ተገሊጹ ዘገልገለሉ፡ ሃዋርያት ድማ ዝዓየዩሉ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ብዙሓት ነብያት ሓሶት በብእዋኑ ይለዓሉ ነይሮም እዮም። ስለዚ ኣብ መልእክትታት ናይ ኩሎም ወንጌላውያንን ሃዋርያትን ናይ መጠንቀቕታ ቃላት ተዘውቲሩ ክጸሓፍ ንርእዮ ኣለና (ማቴ፥7፥15,19, ማቲ፥15፥9, ማቴ፥24፥11፤ ማር፥13፥22፤ 1ጢሞ፥1፥7፤ 1ጢሞ፥4፥2፤ 1ጢሞ፥6፥3፤ 2ጢሞ፥4፥3፤ ቲቶ፥1፥11፤ 2ጴጥ፥2፥1)። ይትረፍ ኣብ ሓድሽ ኪ ዳን፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን ከይተረፈ ነብያት ሓሶትን መምህራን ሓሶትን ብብዝሒ ከም ዝነበሩ፡ እግዚኣብሄርን ናይ እግዚኣብሄር ሰባትን ድማ ብትሪ ይቃወምዎም ከም ዝነበሩ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘረጋግጽዎ ሓቂ እዩ (ዘዳ፥13፥5፤ ዘዳ፥18፥22፤ ኢሳ፥9፥15፤ ኤር፥2፥8፤ ኤር፥5፥31፤ ኤር፥14፥14፤ ኤር፥23፥16፤ ህዝ፥22፥28፤ ሆሴ፥9፥7፤ ሚክ፥3፥5፤ ጾፎ፥3፥4፤ ዘካ፥13፥4)።

እምበኣርከስ ናይ መወዳእታ ዘመን ምስ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ዘለዎ ፍሉይ ምትሕሓዝ፡ ኣብ ዓይነት ናይቲ ክሕደት እዩ። ንክሕደት መለሳ ኣለዎ ክትብል እኳ ኣጸጋሚ እንተ ኮነ፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘመን ዘጋጥም ክሕደት ግን እቶም መራሕቲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ኣምላክ ከም ዝኮነ ጌሩ ዝገልጽ ሕሉፍ ክሕደት እዩ። ንሰብ ዘይነበሮ ክብሪ ሂቡ፡ ነቲ ክቡር ኣቦን ወዱን ድማ ዘቃልል ሓደገ መርዚ እዩ። እቲ ካልእ ፍሉይ ዝገብሮ ድማ ነቶም ሕሩያት ኣምላክ ከስሕት ክሳዕ ዝክእል ክሳዕ ክንድዚ ብትእምርትን ተኣምራትን ዝተሰነየ ምኳኑ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ቅዱስ ሰብን ነገርን ዝለዓል ወዲ ጥፍኣት (ጸረ ክርስቶስ) መንገዲ ዝጸርግ ስሕተት እዩ።

# ብከመይ ኢና እነለልዮ?

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ናይ ከረን ስብከት ነዚ ሕቶ እዚ መልሲ ሂቡሉ እዩ። "ካብ ነብያት ሓሶት ተጠንቀቑ፡ ብውሽጦም ዚምንጥሉ ተኳሉ ክነሶምሲ፡ ክዳን ኣባጊዕ ተኸዲኖም እዮም ዝመጽኹም። <u>ብፍሪኦም ክተለልይዎም ኢኹም።</u> ካብ እሾኽዶ ወይኒ ይቐንጠብ፡ ካብ ተኸርባስ በለስ? ከምኡ'ውን እቲ ጽቡቕ ኦም ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ፡ እቲ ክፉእ ኦም ክፉእ ፍረ ይፈሪ።" ብምባል ጐይታ እቲ ዝቐለለን ዝነጸረን መለለዪ ምልክት፡ እቲ መንፈሳዊ መደረኦምን ናይ ቤተ ክርስትያን ምንቅስቓሶምን ዘይኮነስ በቲ ዘፍርይዎ መንፈሳዊ ፍረ ምኳኑ ገሊጹ እዩ (ማቴ፡7፡15-17)። ኩላቶም መንፈሳውያን ዝመስሉ ናይ ቤተ ክርስትያን ንጥፈታት ናይ ውሽጥኻ ንብረት ዘይኮኑ ክነሶም ክቕድሑ (imitated ክኮኑ) ይክእሉ እዮም። እዚ ድማ በጊዕ ዘይኮንካ ክነስካ ቆርበት በጊዕ ተኸዲንካ ንበጊዕ ከም ምምሳል እዩ። ነቲ ኣብ ውሽጢ ጥራይ ክፍረ ዝክእል ፍረ ግን ከፍርይዎ ኣይክእሉን እዮም። ምኽንያቱ ካብ እሾኽ ወይኒ ክቕንጠብ፡ ካብ ተኸርባ ድማ በለስ ክቕንጠብ ኣይክእልን እዩ። ጽቡቕ ኦም ጥራይ እዩ ጽቡቕ ፍረ ክፈሪ ዝክእል። እቶም ካብቲ ሰብኣይ ዓመጻ ካብቲ ወዲ ጥፍኣት ዝውለዱ ንሳቶም'ውን ገበርቲ ዓመጻ ካብ ምኳን ሓሊፎም ከፍርይዎ ዝክእሉ ነገር የልቦን። ስለዚ ከኣ እዩ ጐይታ ኣስዒቡ "እምበኣርከስ ብፍሪኦም ክተለልይዎም ኢኹም። ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዝገብር ደኣ እምበር፡ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ዝብለኒ ኩሉ መንግስተ ሰማያት ዝኣቱ ኣይኮነን። በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት፡ "ጐይታይ ጐይታይ ብስምካ እተነበናዶ ኣይኮንናን? ኣጋንንትስ ብስምካዶ ኣየውጻእናን? ብስምካስ

ብዙሕ ሓይሊዶ ኣይገበርናን?" ኪብሉኒ እዮም። ሽዑ ኣነ፡ ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ፡ ከቶ ኣይፈለጥኩኹምን፡ ካባይ ርሓቑ፡ ክብሎም እየ።" ብምባል ፍረ ናይቶም ብስሕተት ዝምርሑ እንታይ ከም ዝኾነ ብምቅላዕ፡ ፍቓድ ኣምላኽ እናገሃስካ፡ ግብሪ ዓመጻ እናገበርካ "ጐይታይ፡ ጐይታይ" ከተብዝሕ፡ ብስሙ ክትንበ፡ ብስ ሙ ኣጋንንቲ ከተውጽእ፡ ግብሪ ሓይሊ ክትገብርውን ዝከኣል ምዃኑ ኣ ረጋጊጹልና እዩ። (ማቴ፡7፡20-23)።

ብስሙ ተኣምራት እንተ ተገብረ፡ እዚ ፍረ ናይቲ ሓያል ስም ዘለዎ ኣ ምላኽ ደኣ እምበር ፍረ ናይቲ ስም ኣምላኽ ዘውስእ ዘሎ ሰብ ኣይኮነን። ንሱ እሞ ኣሸንኳይ ንሰብ ካብ ኣጋንንቲ ከናግፍሲ፡ ንርእሱ እኳ ካብቲ ዓማጺ ዲያብሎስ ኣናጊፉስ ገባሪት ዓመጻ ካብ ምዃን ከድሕና ኣይከኣለን። ንፍቓድ ናይቲ ዝሰርሓሉ ዘሎ ስም ዘየክበረ ክነሱ፡ በቲ ስም እቲ ጌና ንርእሱ የክብረሉ ምህላው ድርብ በደል እዩ ዝኾኖ። እቲ ሓያል ስም ኣባካ ዘይሰርሖስ፡ ብእኡ ጌርካ ኣብ ህይወት ካልኦት ክትሰርሕ ምፍታን፡ ኪኖ ሓጹር (ማዕጾ) ዘደርቢ፡ ኣ ብ ክንዲ ጽድቂ፡ ሓዊ ዘዕሙክ ከንቱ ሃልኪ እዩ። እቲ እሾክ ወይ ተኮርባ ኣዝዩ ልሙዕን ቆጻልን ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፡ ነቲ እሾኽ ቀልጢፍካ ንከይትሪኦን፡ ተገሪህካ ንክትጭብጦን ከዘንግዓካ ዝከኣል እዩ። ምሕባእ ናይቲ እሾኽ ግን ነቲ ኣቑጽልቲ ጋሊህካ ፍረ ኣብ እትደልየሉ እዋን ክገሃድ እዩ። ኣብ ክንዲ ዝብላዕ ፍረ፡ ዝዋጋእ እሾኽ ምስ ጸንሓካ፡ ሽዑ መንነት ናይታ ኦም ኣብ ምልላይ ዘጸግመካ ነገር ኣይክህሉን እዩ።

ሎሚ ኣብ ጉባኤታት ናይ ዘመንና ዝርአ ዘሎ ብቐጽሊ ዝምሰል መን ፈሳዊ ንጥፈታት ከም እኒ ትንቢት፡ ልሳን፡ ትእምርትን ተኣምራትን፡ ውዕውዕ መዝሙር፡ ንስልጣናት ምድርን ሰማይን ዝዳፈር ከም ምጒዛም ናይ ኣናብስ ዝበለ ናይ ባዶ ቃላት ስብከት፡ ካብ ወጋሕ ትበል ለይቲ ዝገድድ ኣላብሳን ጭራሕ ምራሕን፡ ቀልብኻ ኣጢፍእካ ዕርቃንካ ክሳዕ እትወጽእ ዝርአ ምዝራር ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ንጉባኤታት ኣብያተ ክርስትያን ዝወሓጠ ኣቕጽልቲ እዩ። ነዚ ግልህ ኣቢልካ ዝርአ ዝጠዓም መንፈሳዊ ፍረ ሃሰስ እንተ በልካ ግን ኣብ ክንዲ ቅድስና ርክሰት፡ ኣብ ክንዲ ትሕትና ትዕቢት፡ ኣብ ክንዲ ይኣክለኒ ስስዐ ዝኣመሰሉ ዝፍቲ ክንዲ ናይ ጐናች ዝኮኑ ኣእሿክ ይጸንሑ ኣለው። ኣፈንን መጽሓፍ ቅዱሰንን ሓደ ዓይነት ሕብሪ ብዝለከየ፡ ብክዱናተን ዕሩቓት ዝኮና ሕምብርተን ቀሊዐን ብዝከዳ፡ ብርዝነት ዘይኮነ ብቐልባዕባዕ ዝልለያ ኣዋልድ ደቀ ኣንስትዮ ዝተዓብለለ መድረኻት ጥራይ እዩ ዝረአ ዘሎ። "መንፈስ ስለ ዝኮንካ

ብስጋ እትገብሮ ሓጢኣት ኣየሕትተካን እዩ፡ ንስሓ ንመንነትካ ዘዋርድ ናይ ሰይጣን ሜላ እዩ” ዝብሉ ስብከታት፡ ጾታዊ ምሕዝነት ብፍኑው ዝፈቅድ፡ ክሳዕ ኣካላት ምትንካፍ (ምድርራዝ) ምብጻሕ ንቡር ከም ዝኮነ ዝገልጹ ጽሑፋት እናተዘርግሐ ብጀካ እሾክ እሞ እንታይ ዓይነት ፍረ ክርከብ እዩ?

እቶም ኣብ ዓለም ዘለው ሰባት ናብቲ ሓቀ ክርስትና ምእታው ጭንቂ ኮይኑ ዝረኣዮም፡ ወይ ንዓለም ወይ ንኣምላክ ክሕዙ፡ ንጐይታ ምስ ዝመርጹ ንዓለምን ዓለማዊ ፍትወትን ክቐብጹ ዝዕድም ወንጌል ስለ ዝጸንሖም እዩ። ሰብ ግን ብባህሪኡ ንክልቲኡ ኣጣሚሩ ክከይድ፡ ንዓለምን ንወንጌልን ኣብ ሓንቲ ህይወት ኣስተናቢሩ ክመላለስ እዩ ዝደሊ። ስለዚ እዚ ናይ ሎሚ ናይ ስ ሕተት ወንጌል ንዓለምን ፍትወታን ከም ዘላቶ ምስ “ወንጌል” ኣጐራቢቱ ክንዓዝ ዝፍትን ስለ ዝኮነ ዋሕዚ ዓለማውያን ናብዚ ኣዳራሻት እዚ እንተ በዝሐ ኣየ ገርምን እዩ። ንሓጢኣትካ ዘጽድቐልካ፡ ብዘይ ንስሓ ክትመላለስ ዘፍቅድ፡ ብኣን ጻሩ ኣምላክ ነቲ ዘለካ ፍትወት ዓለምን ፍትወት ገንዘብን ዘማልእ ኣገልጋሊ ናይ ሰይጣን ከም ዝኮነ ጌሩ ዘንጸባርቕ “ወንጌል” ንጥፍኣትና ዝተዘርግሐ ስሕተት ምኳኑ ኣይንዘንግዕ።

## መንፈሳዊ ዝርግርግ

መንፈሳዊ ልምምድ ከምዚ እዩ ኢልካ ክትሰፍረሉ ወይ ክትልክዓሉ እትክእል ክልል (ሓጹር) ስለ ዘይብሉ፡ ንገሊኦም ከም ድላዮም ዝፍነውሉ ሜዳ መሲሉ ኣሎ። ሎሚ ኣብ ጉባኤታትን ክርስትያን መሰል ሕብረታትን ዝርአ ዘሎ ዕግርግር ይትረፍ ነቲ መንፈሳዊ ዝበሃል ህዝቢ፡ ብደገ ኮይኖም ንዝዕዘቡ ሰባት እኳ ሕሉፍ ስቕቕታ የስዕበሎም ኣሎ። ብዘየዳግም መንገዲ ብዛዕባ ወን ጌል ብኣሉታ ክሓስቡ ብርቱዕ ድፍኢት ይገብር ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ ጭራሕ ምራሕ፡ ናይቶም ንጣኡታት ዘምልኩ ህዝቢ ኣገባብ ኣምልኮ ደኣ እምበር ነቲ ቅዱስ ኣምላኽ ናይ ዘምልኩ ህዝቢ ኣገባብ ኣምልኮ ከም ዘይኮነ እዩ ዝገልጸልና።

***ዘጸ፡32፡17-19*** ፦ “እያሱ ድማ <u>እልልታን ጭራሕ ምራሕ እቶም ህዝብን ምስ ሰምዐ፡</u> ንሙሴ፡ ኣብ ሰፈር <u>ደሃይ ውግእ</u> ይስማዕ ኣሎ፡

በሎ። ሙሴ ከኣ፡ እዚ ደሃይ ዝሰዓሩ ኣይኮነን፡ ደሃይ ዝተሳዕሩ ድማ ኣይኮነን፡ ኣነ ደሃይ ደርፊ እየ ዝሰምዕ ዘለኹ፡ በለ። ኮነ ከኣ፡ ሙሴ ናብ ሰፈር ምስ ቀረበ፡ ነቲ ምራክን ነቲ ሳዕስዒትን ርእዩ፡ ኵራኡ ነደደ እሞ፡ ነተን ጽላት ካብ ኢዱ ደርበየን፡ ኣብ እግሪ እቲ ከረን ከኣ ሰበረን።"

ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ነቶም በቲ ኣምላክ ዝሃቦም ውህበታት ጌሮም፡ ንኣ ምላክ ዘየሐጉሶ ዕግርግር ዝፈጥሩ ዝነበሩ ሰባት "ኣምላክሲ ናይ ሰላም እምበር፡ ናይ ዝርግርግ ኣምላክ ኣይኰነን እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ነብያት ነቶም ነብያት ይግዝእዎም እዮም።" ምባሉ ናይ ሎሚ ኣምልኮታት ናይ ኣምላክ ናብ ዘይምኳን ይዓቢ ከም ዘሎ ዘቃልዕ ሓቂ እዩ። (1ቈረ፡14፡32,33)። ብመሰረቱ ቅድስና ዝረሓቖ ኣለባብሳ ኣብ ዝበዝሓሉ ጉባኤታት ሰባት ኣእምሮኦም ክሳዕ ዘጥፍኡ ጭራሕ ምራሕ ይበዝሕ፡ ቀልቦም ኣጥፊኦም ይወድቁ፡ ብፍላይ እተን ብክዱናተን ዕሩቓት ዝኮና ደቀንስትዮ ዕርቃነን ይወጻ እሞ ንዝተቐልዓ ናይ ምክዳን ኣገልግሎት ዝህቡ ጉጅለታት ናይ ምቛም ኣገዳስነት ኣብዚ ጉባኤታት ናይ ስሕተት ይዓዝዝ ኣሎ።

ዝርግርግ ናይ መንፈሳውነት ነጸብራቕ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ዕ ግርግር ናይ እግዚኣብሄር እንተ ዘይኮይኑ ብቐጥታ ይኩን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ካብቲ መስሓቲ ሰይጣን ምኳኑ ክንፈልጥ ይግባእ። መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ኣብ ዕ ለታዊ ኣካይድኦም ሓቅነት ዘይረኣየሎም ሰባት፡ ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ መንፈሳዊ ዕግርግር ቀንዲ ተዋሳእቲ ኮይኖም እዮም ዝርከቡ።

ቃል እግዚኣብሄር "ህድእ በሉ እሞ ኣነ ኣምላክ ምኳነይ ኣስተብህሉ።" እናበለና ክነሱ ምህዳእ እንተ ስኢንና ኣምላክ ከም ዘይብልና እዩ ዘረጋግጽ (መዝ፡46፡10)። ነብዩ ኤልያስ ምስ ኣምላኩ ክራከብ ኣብ ዝወጸሉ እዋን ብቕድሚኡ ብዙሕ ሓይሊ ዝመልኦ ፍጻሜታት ክፍጸም ረኣየ። ብርቱዕ ምን ቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣኽራን ዝሰንጥቕ ብርቱዕ ንፋስ፡ ብኣፍ ደገ በዓቲ ዝሓልፍ ብርቱዕ ሓዊ ምስ ረኣየ። ኣምላክ ሓያል እዩ'ሞ ኣብዚ ሓያል ፍጻሜታት እዚ እዩ ዝርከብ ኢሉ ግን ኣይተቐልቀለን። ብኣንጻሩ ህዱእን ቁሩብን ደሃይ ምስ መጸ እዩ ህልውና እግዚኣብሄር ተሰሚዕዎ፡ ገጹ ኣጐልቢቡ ብምንቅጥቃጥ ዝወጸ። ስለዚ ኤልያስ ናይ ኣምላክ ሰብ፡ ንኣምላክ ኣብ ህድኣት ከም ዝረክቦ ፈሊጡ ነበረ። ዋላ እኳ ብሓዊ ዝምልስ ኣምላክ ምኳኑ ጥዒሙ እንተ ነበረ

ብሓዊ ዝምልሰሉን ብህድኣት ዝግለጸሉን መድረኻት ኣለልዩ ዝፈልጥ ብሱል ኣገልጋሊ እዩ ዝነበረ። እግዚኣብሄር'ውን ቅድሚ ንሱ ብኣካል ምምጽኡ ኣቐዲሙ ኣዝዩ ሓያል ፍጻሜታት ዘሕለፈሉ ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ምምርማርውን ኣገዳሲ እዩ። "እግዚኣብሄር ባዕሉ ዘይርከበሉ እንተ ኮይኑ ንምንታይ እዚ ኩሉ ኩነታት ቅድሚ ናቱ ህልውና ክሓልፍ ፈቐዱ?" ብምባል እንተ ሓቲትና መልሱ ብሩህ እዩ። ንኤልያስ ንምድሃል ኢሉ ከም ዘይገብሮ ርዱእ እዩ። ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ናይ ኤልያስ ናይ ምልላይን ምስትውዓልን ሚዛን ክዓቢ ኢሉ ዝገበሮ ምዃኑ ዘይከሓድ  እዩ። (1ነገ፥19፥11-13)

ህድኣት እንተ ዘየለ ምስትውዓል የለን፣ ክንሃድእ እንተ ዘይክኢልና ከነለሊ ኣይንክእልን ኢና። ኣብቲ ህድኣት ዘይነበሮ ፍጻሜታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምስ እነንብብ፣ እቶም ምህዳእ ዝሰኣኑ ሰባት ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ናይ ሓሳብ ኮነ ናይ ቃላት ጌጋታት ቀሊል ኣይነበረን። ኣብቲ ኣብ ማቴ፥14፥22-33 እነንብቦ ታሪክ ማዕበል፣ ሃዋርያት ንጐይታ ብማየ ማይ ክመጽእ ምስ ረኣይዎ ከም ምትሃት ጌሮም ከም ዝተረድእዎ ኢና እነንብብ። ክርስቶስ ዝኣክል መድሓንን ኣምላኽን ከም ምትሃት ጌሮም ክርድእዎ ዘክኣሎም ካብ ኣብቲ ባሕሪ ዝነበረ ኣብ ኣእምሮኦም ዝነበረ ማዕበል ስለ ዝበርትዐ እዩ። ኣእምሮኦም ከህድኡ እንተ ዝኽእሉ ኔሮም፣ ንጐይታ ኣብ ምልላይ ኣይምተጸገሙን። ነቲ ባሕርን ንኣእምሮኦምን ምስ ኣህድኣሎም ዝሃብዎ ምስክርነት ኣገዳስነት ናይ ህድኣት ዘጉልሕ መርትዖ እዩ። "ኢየሱስ ናብ ጃልባ ምስ ኣተወ፣ <u>እቲ ንፋስ ዝግ በለ።</u> እቶም ኣብ ጃልባ ዝነበሩ ከኣ 'ንስኻ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ።' እናበሉ ሰገዱሉ።" ዝብል ቃል፣ ህድኣት ናይ ምልላይን ምስትውዓልን ኣገዳሲ ረቛሒ ምዃኑ እዩ ዝሕብረና።

እቲ ካልእ ኣብ ማር፥4፥35-41 (ማቴ፥8፥23-27) እንረኽቦ ናይ ማዕበል ታሪክ'ውን ተመሳሳሊ ሓቂ እዩ ዘርእየና። ናይቲ ባሕሪ ዘይምህዳእ ናብ ናይ ኣእምሮ ዘይምህዳእ ስለ ዘምርሐ ንኢየሱስ ዝኣክል ፍሉይ መድሓኒ "ክንጠፍእዶ ግድና የብልካን እዩ" ኢሎም ነቐፍዎ። ብዛዕባ ጥፍኣትና ግዲ እንተ ዘይህልዎ ደኣ መን ብሓይሊ ጕቲቱ፣ ካብ ሰማይ ኣውሪዱ፣ ኣገዲዱ ስጋ ዘልበሶ ኣሎ እዩ? ሰማይን ምድርን ዘይጸሮ ኣምላኽ ኣብታ ንእሽቶ ጃልብኦም ብሓጺር ቁመትን ብጸቢብ ደረትን ተገሊጹ ደቂሱ እናረኣይዎ፣ ነቲ መለኮታዊ ህልውናኡ ብጭንቀት ዝኣክል ክዝክርዎ ኣጸጊምዎም እዩ። "ሽዑ ተንሲኡ ንንፋስን ባሕርን ገንሖም። <u>ዓብዪ ህድኣት</u> ከኣ ኮነ። እቶም ሰብ ከኣ፣ እዚ፣ ንፋስን ባሕርን

ዝእዘዙሉስ፡ መን ኰን ይከውን? ኢሎም ኣስተንከሩ።" ዝብል ቃል ህድኣት ንኣ እምሮ ናብ ፍሉይ ምስትውዓል ከም ዝመርሕ ዝገልጽ ሓቂ እዩ።

እዚ ሎሚ ኣብ ኣደራሻት ዝርአ ዘሎ ህድኣት ዝረሓቐ ናይ ኣምልኮ ማዕበላት፡ ንመንነት ናይቲ ዝምለክ ዘሎ ኣምላክ ከይለለና ከም እንመላለስ ክሳዕ ዝገብር ክሳዕ ክንድዚ ብመንፈሳዊ ዕግርግር ከም እንዕብለል ይገብር ኣሎ።

## ብርቱዕ ሙዚቃ ከም መሳለጥያ ስሕተት

ካብቲ ኣብ ናይ ሕብረት ኣምልኮታት ዝርግርግ ዘስዕብን ናብ ኣሉታዊ ሳዕ ቤናት ዘምርሕን ኲነታት ሓደ ቀጥዒ ኣልቦ ብርቱዕ ሙዚቃ እዩ። ብመሰረቱ ሙዚቃ ሓደ ካብቶም ሰባት ክዘናግዑሎም ወይ'ውን መልእኽቲ ብቐሊል መንገዲ ከመሓላልፍሎም ዝክእሉ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ሓደ እዩ። እዚ ብብዙሕ ዓይነት መሳርሒታት ክቃነ ዝክእል ሙዚቃ ኣብ መንፈሳዊ ንጥፈታትውን ዓብይ ግደ ኣ ለዎ። ኣብ ቤት እግዚኣብሄር መዝሙር ብመሳርያ ሙዚክ ይስነ ከም ዝነበረ፡ ከ ምኡ'ውን ዳዊት ነቲ ንሳኦል ዝሳቐዮ ዝነበረ ክፉእ መንፈስ ንግዚኡ ከግልሰሉ በገና ከም ዝተጠቐመ ህያው ምስክር ኣሎና (1ሳሙ፡16፡23)። ስለዚ ከኣ እዩ ኣብ ዕዮ ኣምላኽ ንቓል እግዚኣብሄር ብመዝሙር (ብዜማ) ክንገልጽ ክንደሊ ከ ሎና ዝተፈላለየ ዓይነት ሙዚቃ እንጥቀም። እቲ ቅቡል ዝኮነ ዓይነት ሙዚቃ ብኣግባቡ እንተ ድኣ ተጠቒምናሉ ክብሪ ኣምላኽን ምስጋናኡን ንምግላጽን፡ መን ፈሳዊ ህይወትና ንምህናጽን መልእኽቲ ንምትሕልላፍን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

ኣብ ዓይነት ሙዚቃታት ዝተገብሩ ብዙሓት መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ሙዚቃ ኣብ ስነ-ኣእምሯውን፡ ማሕበራውን ኣካላውን ክፋል ህይወትና ጽልዋታት ኣለዎ። እዚ ጽልዋ እዚ ኣብ ዓይነት ናይቲ ሙዚቃ ዝምርኮስ ኮይኑ፡ ኣዎንታዊ ወይ'ውን ኣሉታዊ ጽልዋ ክከውን ይክእል ኣዩ። ምስ እዚ ኣርእስትና መታን ክንከይድ፡ እቲ ኣዎንታዊ ጽልዋኡ ኣብ ቦትኡ ሓዲግና፡ ብዛዕባ እቲ ኣሉታዊ ጽልዋኡ ጥራይ ንእሽቶ ክንርኢ ኢና። እዚ ኣሉታዊ ጽልዋ እዚ ዝክሰት ብብርቱዕ ዓይነትን ድምጽን ናይ ሙዚቃ እዩ። ገለ ገለ ዓይነታት ሙዚቃ ካብቲ ቅልጡፍን ብርቱዕን ህርመቶም (beat) ዝተላዕለ፡ ኣካላትና ይንቀሳቐስ ኣ ይንቀሳቐስ ብዘየገድስ፡ ህርመት ልብና (Pulse rate) ከም ዝውስኽ ይገብርዎ እዮም። እዚ ብግዲኡ ከኣ ምውሳኽ ጸቕጢ ደም የስዕብ እሞ ናብ ልዑል ዓቐን ምፍራይ (ምንጻግ) ኣድረናሊን (Adrenaline) ዝተባህለ ነገዲ (Hormon) የ

ምርሕ። ኣካላትና ነዚ መስርሕ ዘካይዶ ከም መካላከሊ ናይቲ ዝሰምየ ዘሎ ጸቕጢ (stress) ኮይኑ፡ ዋሕዚ ደም ናብ ጭዋዳታት ብምውሳኽን ሃልኪ ኦክስጅን ብምቅላልን ኣካላትና ኣብ ናይ ተጠንቀቕ / ውጡር (Alert) ኩነታት ንክጸንሕ ዝሕግዝ እዩ። እዚ ብብርቱዕ ሙዚቃ ዝተላዕለ ናይ ህርመት ጸቕጢ (Pulse stress) ንዝተናውሐ ግዜ እንተ ድኣ ቀጺሉ፡ ናይ ኣካላትና ኣቀላጣፊ ባእታ(enzymes) ክኣልይዎ ክሳዕ ዘይክእሉ ብዙሕ ዝዓቐኑ ኣድሬናሊን ይፈሪ። እዚ ክእለ ዘይተካእለ ልዕሊ ዓቐን ዝኮነ ኣድሬናሊን ብገለ ኬሚካላዊ መስርሕ ሓሊፉ ናብ ካልእ ዓይነት ቀመም ይልወጥ። እዚ ቀመም እዚ ከኣ ኣብ መወዳእታ ልክዕ ከም መደንዘዚ መድሃኒት ርእስካ ምቁጽጻር ከም እትስእን ይገብረካ። እዚ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንነገራት ብኣእምሮ መዚንካ ሚዛናዊ ፍርዲ ወይ ግቡእ መደምደምታ ናይ ምሃብ ዓቕምካ'ውን ኣብ ሓደጋ እዩ ዘውድቖ። ስለዚ ከኣ እዩ ብከምዚ ዓይነት ሙዚቃ ብተደጋጋሚ ዝሓልፉ ሰባት ተራ ነገር ንክርድኡ፡ ጥዑይ መደምደምታ ንክህቡ ወይ'ውን ካልእ ሰብ ንክረድኦም ኣጸጋሚ ዝከውን።

ናይ ዘመንና ናይ ስሕተት መምህራን ከኣ ሓደ ካብቲ ንትምህርቶም ብቐሊሉ ንምስራጽ ዝጥቀሙሉ ሜላ ነዚ መስርሕ እዚ ብስም “ ፍቱሕ ኣምልኾ” ምምዝማዝ እዩ። እዞም ንመርዛም ትምህርቶም ብጥዑም ዝመስል ነገር ዝሸፍኑ ናይ ሓሶት መምህራን፡ ሰብ ብምስትውዓል ሃዲኡ ሰሚዑ መታን ንትምህርቶም ኣብ ሚዛን ቃል ኣምላኽ ከየቐምጦ እሞ ፈኵሱ ከይርከብ፡ መጀመርታ ብብርቱዕ ሙዚቃን “ውዕውዕ ኣምልኮን”፡ ዘይርጉእን፡ ሚዛኑ ክሕሉ ዘይክእልን ናይ ኣእምሮን ኣካልን ኩነት ክፈጥሩ ይጽዕሩ። ድሕሪ እዚ፡ እቲ ኣብ ከምዚ ዓይነት ርቡጽ ኩነታት ዘሎ ሰብ፡ ብኣካል ኣብቲ ኣደራሽ ተደሪቱ እናሃለወ፡ ኣብ ካልእ ቦታ ከም ዘየለ እናረኣየ፡ “መንፈስ ኢካ” እንተ በልዎ ይቕበሎ። ርእሱ ክኣሊ ዘይክእል ድኩም ሰብ ምኳኑ እናረኣየ፡ “ኣምላኽ ኢካ እንተ በልዎ ይቕበሎ። ብሕማም እናተቐንዘወን ብድኽነት እናተሰቐየን ክነሱ “ጥዑይ ኢካ፡ ሃብታም ኢካ” እንተ በልዎ፡ ከም ዘለዎ ይውሕጦ “ንእኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ካብ ማእከል ኣርሓቖ። ነቶም ሕልቅነትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ፡ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ፡ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም፡” ዝብል ጥቕሲ እናኣንበበ፡ “ክርስቶስ ኣብ መስቀል ብሰይጣን ተሳዒሩ እዩ” እንተ በልዎ፡ እቲ ዝመዝን ኣእምሩኡ ስለ ዝተዛብዐ ኣብኡ ከሎ እዩ ዝውሕጦ።

ቃል ኣምላኽ ብመዝሙርን ምስጋናን ብልብና ንጐይታ እናተቐኜናሉን እናደረስናሉን፡ ንሓድሕድናን በቲ ሓቂ ዝኮነ ቃል እግዚኣብሄር እናተዘራረብናን

መንፈስ ቅዱስ ክመልኣናን ክቆጻጸረናን እምበር፡ በዚ ንተፈጥሮናን ኣእምሮናን ዘዛብዕ ዓይነት ሙዚቃን “ኣምልኮን” ክንሰክር ኣይምዕደናን እዩ (ኤፌ፡5፡18)። ስለዚ ካብዚ ተኸላ ዝጥቀመሉ መስርሕ ርእስና ክንሕሉ ይግብኣና እዩ። ኩሎም ዘመርትን ብመሳርያ ሙዚክ ንኣምላክን ንህዝቡን ዘገልግልዎ ኣገልገልቲ'ውን በቲ ግቡእ ዓይነትን ኣገባብን ሙዚቃ ብምግልጋል ንክብሪ ኣምላኽን ምስጋናኡን ክዘንትውዎን፡ ንምህናጽ ህዝቢ ኣምላኽ ክጽዕቱን እምበር፡ “ኩሉ እቲ ዓለም እትጥቀመሉ ዓይነት ሙዚቃ ክንጥቀመሉ ክንግርኮ ይግብኣና እዩ” ብዝብል ሰበብ ወይ ከኣ “ሰባት ካብ ዓለም ክንግርከሉ” ብዝብል ሰበብ ዘይምሖ መሪር ሱር ሓጢኣት ንምትካል ምኽንያት ከይኮኑ ክጥንቀቑ ይግባእ።

## ነቶም ብቕድስና ዘይመላለሱን ብዓመጸ ባህ ዝብሎምን ብዝያዳ የስሕት።

እቲ ኣብ ሓጢኣት ዘሎ ሰብ፡ ደጊሙ ብናይ ስሕተት ትምህርቲ ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ቃል እግዚኣብሄር ብንጹር እዩ ዝገልጾ። ነብዪ ዳንኤል፡ “ነቶም ነታ ኪዳን ብረሲእነት ዝበደሉስ እናቃባጠረ ከስሕቶም እዩ፡ እቲ ንኣምላኹ ዝፈልጥ ህዝቢ ግና ክብርትዕን ክገብርን እዩ” ብምባል ዝገለጾ ቃል ሓደ ኣብነት እዩ (ዳን፡11፡32) ። ነቶም ነታ ምስ ኣምላኽ ዝነበረቶም ኪዳን ብረሲእነት (ብሓጢኣት) ዝበደልዋን ዝጠሓስዋን ሰባት ብስሕተት ንክታልሎም ንሰይጣን ኣዝዩ ዝቐለለ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ድሮ ብሓጢኣት ነታ መንገዲ ሓቂ ተፈልዮምዋ ስለ ዘለው ካብ ንናይ ኣምላኽ ሓቂ ንናይ ሰይጣን ጥበራ ዝያዳ ዝቐረቡ ስለ ዝኾኑ እዮም። ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን “ስለዚ ከኣ እቶም ብዓመጻ ባህ ዚብሎም እምበር፡ ንሓቂ ዘይኣምኑ ኩሎም ምእንቲ ክፍረዱ፡ ኣምላኽ፡ ነቲ ሓሶት ክኣዕ ዝኣምኑ፡ ብርቱዕ ስሕተት ይሰደሎም።” ምባሉ እግዚኣብሄር ነቶም ብሓቂ ዘይኮነስ ብዓመጻ ባህ ዝብሎም ሰባት ንስሕተት ክም ዝምጥዎም እዩ ጽሒፉልና። (2ተሰ፡2፡11,12)። ከምዚ ክብል ከሎ “እግዚኣብሄር የስሕት እዩ” ማለቱ ከም ዘይኮነ ግሉጽ እዩ። እግዚኣብሄር ባዕሉ ስሕተት ዝሰድድ እንተ ዝኸውን፡ እሞ እንደገና ስሒትካ ኢሉ ዝፈርድ እንተ ዝኸውን ዘይፍትሓውን ካብ ኩሎም ኣማልኽቲ ዝኸፍአን ምኾነ ነይሩ።

“እግዚኣብሄር ስሕተት ይሰደልካ እዩ” እንተ ኢልና ምስ ሰይጣን ንሰርያ ኣለና ማለት እዩ። ጳውሎስ ከምዚ ዝበለ ደኣ እንታይ ማለቱ እዩ? ነዚ ሓቂ እዚ “ግናከ ንኣምላኽ እናፈለጥዎስ፡ ከም ኣምላኽ ገይሮም ስለ ዘየክበርዎን ዘየ

መስገንዎን ብሓሳቦም ከንቱ ኮኑ፡ እቲ ዘየስተውዕል ልቦም'ውን ጸልመተ።... ከምቲ ንኣምላኽ ኣብ ፍልጠቶም ኪሕዝዎ ዘየቋጸርዎ፡ ኣምላኽ ከኣ ከምኡ ዘይንቡር ክገብሩ ንሕሱር ኣእምሮ ኣሕሊፉ ሃቦም።" ብምባል ገሊጽዎ ኣሎ። (ሮሜ፡1፡21,28)። ብዓመጻ ባህ ዝብለካ ንኣምላኽ እናፈለጥካዮ ክነስካ ከም ኣምላኽ ዘይተክብሮ እንተ ኴንካ፡ እግዚኣብሄር ይገድፈካ ኣእምሮካ ካብ ናይ እግዚኣብሄር ቁጽጽር ወጻኢ ይኸውን እሞ፡ ሕሱር ኣእምሮ ይህልወካ። ብድሕርዚ ኣሸንኳይ ብረቀቕቲ ስሕተታት፡ ብተራ ኣእምሮ ክልለዩ ብዝክእሉ መባእታዊ ብዝኾኑ ስሕተታት እኳ ትስሕት። ከምቲ ዳዊት "ብምኽሪ ርእሶም ክመላለሱስ፡ ኣብ ጽንዓት ልቦም ሓደግኽዎም።" ዝበሎ፡ ብምክሩ ዘይኮነስ ብምኽርካ፡ ብጽድቂ ዘይኮነስ ብዓመጻ ባህ ዝብለካ ሰብ ምስ ኮንካ፡ እግዚኣብሄር ይሓድገካ። (መዝ፡81፡፡12) ከምቲ ኤርምያስ፡ "ጐይታየ፡ መገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ከም ዘይኰነ፡ እቲ ዚመላለሰውን ስጕሚኡ ኬቕንዕ ዓቕሚ ከም ዜብሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ።" ብምባል ዝጸሓፈ፡ ሰብ እግዚኣብሄር እንተ ዘይረዲኤዎ ንኣእ ምሮኡን ንስጉምቱን ከቕንዕን ክቆጻጸርን ከም ዘይክእል ክንርዳእ ንክእል (ኤር፡10፡23)።

***ምሳ፡14፡12*** ፦ "ንሰብ ቅንዕቲ እትመስሎ መገዲ ኣላ፡ መወዳእታኣ ግና መገዲ ሞት እዩ።"

***ምሳ፡16፡2*** ፦ "ሰብሲ ኵሉ መገዱ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱ ንጹህ እዩ? መናፍስቲ ዚመዝን ግና እግዚኣብሄር እዩ።"

***ምሳ፡20፡24*** ፦ "ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር እዩ ዚምራሕ፡ ሰብ ደኣ ከመይ ገይሩ እዩ ንመገዱ ዜስተውዕላ?"

***ምሳ፡21፡2*** ፦ "ሰብሲ ኵሉ መገዱ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ቅኑዕ ይመስ ሎ፡ ግናኸ እግዚኣብሄር እዩ ልቢ ዚመዝን።"

***ምሳ፡3፡6,7*** ፦ "ኣብ ኵሉ መገድኻ ንእኡ ሕሰብ፡ ንሱ ከኣ ኣካይዳኻ ከቕንዕ እዩ፡ ባዕለይ እፈልጥ ኣይትበል ንእግዚኣብሄር ፍራህ ካብ ክፉእ ከኣ ርሓቕ።"

***መዝ፡37፡23*** ፦ "ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር ይጸንዕ፡ መገዱ ከኣ ባህ የብሎ።"

እዞም ኣብ ላዕሊ ከነንብቦም ዝጸናሕና ጥቕስታት እግዚኣብሄር ንስ ጉምትና ኣብ ምቕናዕ ዘለዎ ተራን፡ ሰብ መንገዱ ኣብ ምዕራይ ዘለዎ ድካምን ኣጉሊሖም ዘርእዩና ሓቅታት እዮም። ኣቦና ዳዊት'ውን እንተኾነ፡ "እግዚኣ ብሄር ንቤት እንተ ዘይሃነጸ፡ ሃነጽቲ ንከንቱ ይጽዕሩ። እግዚኣብሄር ንከተማ እን ተ ዘይሓለዋ፡ ሓላዊ ንከንቱ ይነቅሕ።" (መዝ፡127፡1) ምባሉ ነዚ ሓቂ እዚ'ዩ ዘረጋግጸልና። እቶም ልቦም ብፍርሃት ኣምላክ ዝመልአ፡ ብዓመጻ ዝጉህዩ፡ ብጽድቅን ሓቅን ባህ ዝብሎም ሰባት ዋላ'ኳ ድኹማት እንተ ኮኑ ኣእምሮኦም ኣ ብ ትሕቲ ሓለዋ ኣምላክ ስለ ዝኮነ፡ እግዚኣብሄር በቲ ቅዱስ መንፈሱ ጌሩ ካብ ከንቱ ሓሳባን፡ ዝጸልመተ ልቦናን፡ ካብ ናይ ስሕተት ትምህርትን ይዕቅቦም እዩ። እግዚኣብሄር ንጉልበትናን ትሕዝቶናን ዘይኮነስ፡ ነቲ ናይ ኣእምሮና መን ፈሳዊ ኣገልግሎትን፡ ነቲ ዝተሓደሰን መንፈሳውን ሓሳብና እዩ ዝብህግ።

ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ "እምበኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላክ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላክ እምዕደኩም ኣለኹ፡ <u>እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።</u> እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ክትምርምሩስ፡ <u>ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ</u> እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።" ብምባል ዝመዓደና (ሮሜ፡12፡1,2)። "እቲ ካብ ኩሉ ኣ እምሮ ዝበልጽ ሰላም ኣምላክ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ ኢየሱስ ክሕልዎ እዩ" ዝብል ንሰብ ፊሊጲ ዝተጻሕፈ ተስፋ ድማ ነዚ ክንዛረበሉ ዝጸናሕና ሓቂ እዩ ዘረጋግጸልና (ፊሊ፡4፡7)።

ነቶም ብዓመጻ ባህ ዝብሎም ንሓጢኣት ከኣ ዝተሸጡ ሰባት፡ እግዚኣ ብሄር ንመናፍስቲ ስሕተት ኣሕሊፉ ከም ዝህቦም ዘርኢ ጉሉሕ ኣብነታት'ውን ኣ ብ መጽሓፍ ቅዱስና ኣይተሳእኑን። ኣብ ታሪክ ንጉስ ኣከኣብ እንተ ርኢና፡ ናይ ብሓቂ ዘደንቕ ፍጻሜ ኢና እንዕዘብ። ኣብ ታሪክ ህይወት ኣከኣብ ከም እንዕዘቦ፡ ከምኡ ጌሩ ንሓጢኣት ዝተሸጠ ሰብ ኣብ እስራኤል ከም ዘይነበረ እዩ ቃሉ ዝነግረና። ፈጺሙ ናብ እግዚኣብሄር ገጹ ምምላስ ምስ ኣበየ፡ እግዚኣብሄር ን እኡ ካብ ምግዳፍ ሓሊፉስ ንፍቓድ ናይ ስሕተት ርኩሳት መናፍስቲ ኣሕሊፉ ከ ም ዝሃቦ ኣብ መጽሓፍ ነገስት ነንብብ ኢና።

***<u>1ነገ፡16፡33</u>*** ፡- "ኣከኣብ ከኣ ኣስታርተ ገበረ። ኣከኣብ ከኣ ንእግዚኣ ብሄር ኣምላኽ እስራኤል ዘኲሪ ብምግባሩ፡ ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ

ኲሎም ነገስታት እስራኤል ገደደ።”

***1ነገ፡21፡25*** ፡- “ሰበይቱ ኢዛቤል ትድርኮ ነበረት እሞ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ንምግባርሲ፡ ከም ኣክኣብ ጌሩ እተሸጠ ኣይነበረን።”

***1ነገ፡22፡19-23*** ፡- “ሚክያስ ድማ በሎ፡ስለዚ ቃል እግዚኣብሄር ስማዕ ። ንእግዚኣብሄር ኣብ ዝፋኑ ተቐሚጡ፡ ብዘሎ ሰራዊት ሰማይ ከኣ ብየማኑ ጸጋሙ ቆይሙ ርኤኩ። እግዚኣብሄር ድማ ንኣክኣብ ናብ ራሞት-ጊልዓድ ደዪቡ ኣብኣ ኪወድቕሲ፡ <u>መን ይሓባብሎ?</u> በለ። ሓደ ከምዚ፡ እቲ ሓደ ከኣ ከምቲ፡ በለ። ሽዑ ሓደ መንፈስ ወጺ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው ኢሉ ድማ፡ <u>ኣነ ክሓባብሎ፡</u> በለ። እግዚኣ ብሄር ከኣ <u>ብምንታይ ጌርካ</u>? በሎ። ንሱ ድማ፡ <u>ወጺኤ ኣብ ኣፍ ኲ ሎም ነብያቱ ሓሳዊ መንፈስ ክከውን እየ፡</u> በለ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ <u>ንስ ካስ ትሓባብሎ ኢካ። ትክእሎ ድማ፡</u> ወጺእካ ከምኡ ግበር፡ በሎ። ሕጂ ድማ፡ ኣብ ኣፍ እዞም ኲሎም ነብያትካ እዚኣቶም እግዚኣብሄር ሓሳዊ መንፈስ ሂብዎም ኣሎ። ኣብ ልዕሌካ ከኣ እግዚኣብሄር ክፉእ ተዛሪቡ ኣሎ።”

ስለዚ ካብዚ ጽሑፍ እዚ እንመሃሮ ሓቂ እንተልዩ፡ “ነቶም ንሓጢኣት እተሸጡ ብዓመጻ ባህ ዝብሎም ሰባት ባዕሉ የስሕቶም ዘይኮነስ፡ ነቶም ዘስሕቱ መናፍስቲ ኣሕሊፉ ይህቦም ማለት እዩ። ነቶም ንኣምላክ ዘፍቅሩ፡ ከም ምክሩ'ውን እተጸውዑ ግና ኩሉ ንሰናይ ከም ዝድግፎም ንፈልጥ ኢና” (ሮሜ፡8፡28)። እቶም ኣብ ቅድስናን ሓቅን ዘለው ግን ንስሕተት ብርድኢትን ብቕንኣትን ብፍርሃት እግዚብሄርን ብዓቕልን ይጻረርዎ (ራእ፡2፡6፣ ራእ፡3፡8,9)።

# ናይ ስሕተት ትምህርቲ ወግዓዊ ኣሰራርሓ

ስሕተት ንሓንሳእ "እዚ እዩ ሜልኡ፣ እዚ እዩ መንገዱ" ኢልካ ክትገልጾ ኣዝዩ ዘጸግም እኳ እንተ ኮነ፣ ኣዝዩ ዝደጋገምን ልሙድን ዝኾነ ወግዓዊ ኣ ሰራርሓታት ኣይሰኣኖን እዩ። ናይ ሓሶት እቲ ቀንዲ መለለዩኡ ክድገም ዘይክእል ዝርሳዕ ምኳኑ እዩ። ካብ ሓደ መዋጥር ከምልጡ ኢሎም ዝሃብዎ ሓሳዊ ምኽንያት፣ ብካልእ ሓሶት ከፍርስዎ ብተደጋጋሚ እዮም ዝረኣዩ። ዋላ እኳ እዚ ኢልካ ክቑጸር ዘይከኣል ኣገባብ ኣሰራርሓ እንተ ሃለዎም ኣብዘን ዝስዕ ባ ዓሰርተ ወግዓውያን ኣሰራርሓታት ግን ክጠቓለል ይከኣል እዩ።

## *1. ሓድሽን ፍሉይን ምግላጽ ረኺብና ዝብሉ መራሕቲ ኣለውዎ።*

ብፍላይ እዞም ናይዚ ዘመንና ናይ እምነት ምንቅስቓስ መራሕቲ፣ ናይ ቃል እግዚኣብሄር ማለት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ስልጣን ዝግህሱ፣ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ንላዕሊ ነቲ ንሳቶም ብሕልሚ ብራእይ ወይ ብምስትንታን ረኺብናዮ ዝብልዎ ሓሳባት ኣክቢሮም ዝርእዩን ዝሰብኩን መራሕቲ ይበዝሕዎ። ንኣብነት ከ ነት ሃገን ዝተባህሉ ናይ ሬማ ናይ እምነት ምንቅስቓስ መስራቲ ምኳኖም ዝን ገረሎም ሰብ፣ ብራእይ ኢየሱስ ሓንቲ ናይ እምነት ቅጽዒ (ፎርሙላ) ከም ዘጽሓፎም ብምግላጽ፣ ዋላ ሓጥኣን'ውን እንተ ኮኑ በዛ ቅጽዒ እዚኣ ዝጥቀም ሰብ ናብ ኢየሱስ ምጽላይ ጊዜካ ምብካን ከም ዝኾነ፣ ባዕሉ ኢየሱስ ከም ዝተዛረቦም ይገልጹ። ነዚ ከምዚ ዝዓይነቱ ጽውጽዋያት ድማ ካብ ኣምላኽ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተዋህቦም ፍሉይን ሓድሽን ምግላጽ ከም ዝኾነ ብምግላጽ ን ህዝቢ የታልሉ። ነቲ ብራእይ ተገሊጹልና ዝብልዎ ሃተውተው ብብምዕራፉ እናዘርዘርና ክንሪኦ ስለ ዝኾንና፣ ንሕጂ እዚ ኣብነት እዚ ይኣክለና። ኣብዚ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ ኣብ ኣስመራ ዝቖመ ሓደ ሓድሽ ሃይማኖት ኣብቲ ዘውጽኦ "ጸሎተ-ሃይማኖቱ" "ኣምላኽ በብእዋኑ ብባሮቱ ጌሩ ካብ ቃሉ ንዝህቦ ምግላጽ ንምቕባል ልብና ኩሉ ጊዜ ድሉው እዩ።" ብምባል ኣብ ወግዓዊ ልሳኑ ኣብ ዘውጽኦ ጽሑፍ ኣንቢበ። እዚ ድማ ሰይጣን ንልቢ ሰባት ንምስሓት ዝጥቀመሉ ገፊሕ ኣፍ ደገ ከም ዝከፈተ ዝእምት ብሂል እዩ።

## *2. መራሕቱ ኣክረርትን ገታራትን ናይ ውልቀ መላኪ ባህርያት ዘንጸባርቑን እዮም።*

እቲ ዝሰምየም ዘሎ ሰብ ኣቐዲሙ መጽሓፍ ቅዱስ ዝፈልጥ ሰብ እንተ ነይሩ ክብድሆም ዘለዎ ተክእሎ ዓብይ እዩ። እቲ ሒዞምዎ ዘለው ጭብጢ ድማ ዓዲ ዘየእቱ ኮይኑ እንተ ተሰሚዕዎም፣ ናይ ምፍርራህ ቃላትን ጥቕስታትን ብምጥቃም ከምበርክኩ ይፍትኑ። "ንናይ ኣምላኽ ቅቡኣት ምትንካፍ የቕዝፍ እዩ" እናበሉ ካብቲ ዝበልዎ ናይ ሓሶት ቃላት እናተረድኦም ክነሱ፣ ንከይምለሱ ኣብኡ ይደርቁ። ከም ፈርኦን፣ ዋላ እግዚኣብሄርን ሓቅታቱን እናቐጥቀጦም ክነሱ ድርቕ ይብሉ። ብጀክኦም ካልእ ሰብ ንኣምላኽ ከም ዘይፈልጥን ከም ዘይረከቦን እናምሰሉ፣ ንጉባኤታት ከም ኣምላኽ ንበይኖም ይቆጻጸርዎ። ዝኾነ  ይኩን ሰብ ኣብ ልዕሊኦም ሕቶ ከም ዘየልዕል ጌሮም ይመልክዎ። ሃዋርያ ዮሃንስ ከምዚ ዝበለ ኣክራርን ውልቀ መላክን ሰብ ኣጋጢምዎ ከም ዝነበረ፣ ንጋይዮስ "ኣ ነ ናብታ ማሕበር ሓደ ነገር ጽሒፈ ኣለኹ። እቲ ኣውራኦም ክከ ውን ዝደሊ ድዮትሬፌስ ግና ኣይቅበለናን እዩ።" ብምባል ጽሒፉሉ ኣሎ (3ዮሃ፥9)።

## *3. ትርጉም ናይ ጥቕስታት፣ ምስቲ ዓውደ ንባብ ብዘይሳነ ኣገባብ ይህቡ።*

ከምቲ ቃል እግዚኣብሄር ዝገልጸልና፣ ኩሉ ጽሑፍ ትርጕሙ ካብ ርእሱ ከም ዘይኮነ ቅድሚ ኩሉ ክንፈልጥ ይግብኣና (2ጴጥ፥1፥20)። እቶም ናይ ሓሶት ወይ ስሕተት ኣገልገልቲ ግን ንጽሑፋት ካብቲ ዓውደ ንባብ ዘንጢሎም እናውጽኡ ነቲ ዝደለይዎ ሓሳብ ከም ዘገልግል ጌሮም ይጠማዝዝዎ። ከምቲ ሃዋርያ ጴጥሮስ ባዕሉ፣ "ጳውሎስ ኣብ ኩላተን ደብዳቤታቱ ድማ ነዚ ነገር እዚ ክዛረበሉ ከሎ፣ ኣብኡ ንምስትውዓሉ ዘሸግር ሓያሎ ነገር ኣሎ። እቶም ደናቖርትን ዘይጽኑዓትን፣ <u>ከምቲ ነቲ ካልእ ጽሑፋት ንጥፍኣት ርእሶም ዝጠዋወይዎ ገይሮም ይጠዋውይዎ ኣለው።"</u> ዝበለ፣ ናይ ስሕተት መማህራን ን ጽሑፋት ካብቲ ዓውደ ንባብ ፈልዮም እናጠወዩ ናብ ዘይመኣዝኑ ከም ዝኣ ልይዎ ገሊጹልና እዩ (2ጴጥ፥3፥16)። ብካልእ ምሳሌኣዊ ኣገላልጻ ምስ እን ብሎ፣ ንኢድ ካብ ካልእ ኣካላት ፈልዮም ቆሪጾም ናይ መን ምኳና ክእምኑካ ይፍትኑ ማለት እዩ። ከምዚ ዝበለ ናይ ጽሑፋት ምጥምዛዝን ኣብ ዘይመዓልኡ ምውዓልን ኣብ ፈሪሳውያን ከይተረፈ ልሙድ ባህርይ እዩ ነይሩ (ማቴ፥15፥1-7፣ ማቴ፥23፥16-22)።

## 4. ኣብ ናይ ሓሶት ትንቢት ይእመኑ፣ ክይተፈጸመ ምስ ዝተርፍ ብዛዕባ ዘይምፍጻሙ ፍሉይ ምኽንያታት ብምሃብ የታልሉ።

ኣብ ሓደ ሃገር ወይ ቤተ ክርስትያን ናይ ስሕተት መንፈስ እንተ ኣትዩ ነብያት እዮም ዝበዝሑ። ንኣብነት ኣብ ዘመን ኣክኣብ ጥራይ 450 ናይ በዓል ነብያት ነይሮም። ናይ ኣምላኽ ነብያት ግን ኣዝዮም ውሑዳት እዮም ነይሮም። እዞም ነብያት ሓሶት እዚኣቶም ካብ ልቦም ሃንዲሶም ዝንበዩ ነብያት እዮም፣ ኣ ብ ርእሲኡ ከኣ ንሓድሕዶም ቃላት ዝሳረቑ ነብያት እዮም።

***ህዝ፣13፣2-7*** ፦ "ኣታ ወዲ ሰብ፣ ነቶም ዚንበዩ ዘለው ነብያት እስራኤ ል ኣንጻሮም ተነበየሎም፣ ነቶም ካብ ልቦም ሃንዲሶም ዚንበዩ ዘለዉ'ውን፣ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፣ ኢልካ ንገሮም። እግዚኣብሄር ኣ ምላኽ፣ ነቶም ገለ ከይርእዩስ ንመንፈስ ርእሶም ዝስዕቡ ዓያሱ ነብያት ወይለኦም፣ ይብል ኣሎ። ኣታ እስራኤል፣ ነብያትካ ከምተን ኣብ ምድረ በዳ ዚነብራ ወካሩ እዮም። በታ መዓልቲ እግዚኣብሄር ኣብ ኲ ናት ቀጥ ኢልኩም ክትቀሙስ፣ ናብቲ ፍራስ ኣይወጻእኩምን፣ ኣብ ዙርያ ቤት እስራኤልውን ቀጽሪ ኣይሰራሕኩምን። እቶም እግዚኣብሄር ከይለኣኾምሲ፣ እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ፣ ኢሎም ቃሎም ከም ዝፍጸም ዘተስፍው፣ ከንቱነትን ትንቢት ሓሶትን እዮም ዝረኣዩ። ኣነ ከይተዛረብ ኩስ ንስካትኩም፣ እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ፣ እትብሉ ዘለኹም፣ ከንቱ ራእይዶ ኣይኮነን ዝርኤኹምዎ? ትንቢት ሓሶትዶከ ኣይኮነን እተዛረብኩምዎ?"

***ህዝ፣13፣17-19*** ፦ "ንስካውን ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብተን ካብ ልበን ሃንዲሰን ዝንበያ ኣዋልድ ህዝብካ ኣብል ኣንጻረን ድማ ተነበየ ለን፣ ንነፍሳት ከፈንጥራስ፣ እተን መኪዳ ንኩሉ ኵርናዕ ኣእዳው ዝሰፍያን ንዓብይን ንንእሽቶን ኵሉ ርእሲ ድማ መጐልበቢ ዝገብራን ወይልአን። ነፍሳት ህዝበይ ትፍንጥራ፣ ነፍሳትክንዶ ከተድሕና ኢኽን? ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ኢልካ ንገር።"

***ኤር፣23፣25-32*** ፦ "ነቲ ሓሊመ፣ ሓሊመ እናበሉ፣ እቶም ብስመይ ሓሶት ዝንበዩ ነብያት ዝበልዎ ሰማዕኩ። እዝስ ኣብ ልቢ እቶም ሓሶት

> ዝንበዩ ነብያት፡ ነብያት ጥበራ ልቦም፡ ክሳዕ መዓስ ክጸንሕ እዩ? ከምቲ ኣቦታቶም ምእንቲ በዓል ንስመይ ዝረስዕዎ፡ ንሳቶም በቲ ንሓድሕዶም ዝዘራረብሉ ሕልምታቶምዶ ንህዝበይ ስመይ ከረስዕዎ ይሓስቡ ኣለው? እቲ ሕልሚ ዝሓለመ ነብዪ ሕልሚ ይዛረብ፡ እቲ ቃለይ ዘለዎ ከኣ ብሓቂ ቃለይ ይንገር። ሓሰር ምስ እክሊ እንታይ ኣለዎ? ይብል እግዚኣብሄር። ቃለይዶ ከም ሓዊን ከምቲ ንከውሒ ሓሸምሽም ዘብል ሞደሻ ኣይኮነን? ይብል እግዚኣብሄር። ስለዚ እንሆ፡ ነቶም ንሓድሕዶም ቃለይ ዝሳረቑ ነብያት እጥልቀሎም ኣለኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር። እንሆ ነቶም ልሳኖም ኣልዒሎም፡ ይብል ኣሎ፡ ዝብሉ ነብያት እጥልቀሎም ኣለኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር። እንሆ፡ ነቶም ሕልሚ ሓሶት ዝንበዩ፡ ንህዝበይ ከኣ እናተዛረቡ ብሓሶቶምን ብድፍረቶምን ዘስሕቱ ነብያት እጥልቀሎም ኣለኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ኣነስ ኣ ይለኣክክዎምን፡ ኣይኣዘዝክዎምን፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ድማ ዝዓብሱሉ የ ብሎምን፡ ይብል እግዚኣብሄር።"

ኣብ ርእሲ እዚ፡ ነብያት ሓሶት ምኳኖም ዘቃልዖም ድማ እቲ ብስም እግዚኣብሄር ዝተዛረብዎ ነገር ከይተፈጸመ ዝተርፍ ምኳኑ እዩ።

> ***ዘዳ፡18፡20-22*** ፡- "እቲ ብድፍረቱ ብስመይ ዘይኣዘዝክዎ ቃል ዚዛረብ ነብዪ፡ ወይ ብስም ካልኦት ኣማልክቲ ዚዛረብ፡ እቲ ነብዪ እቲ ይሙት፡ ብልብካ ድማ፡ እቲ እግዚኣብሄር ዘይተዛረቦ ነገር ከመይ ገርና ንፈልጦ፡ እንተ በልካ፡ እቲ ነብዪ ብስም እግዚኣብሄር ምስ ተዛረቦ፡ እቲ ነገር እንተ ዘይኰነ፡ እንተ ዘይመጸ፡ እዚ እግዚኣብሄር ዘይተዛረቦ ነገር ምኳኑ ምልክት ይኩንካ። እዚ እቲ ነብዪ ብድፍረት እተዛረቦ እዩ፡ ኣይትፍርሃዮ።"

እንተ ኮነ እቲ ትንቢቶም ሓሶት ምኳኑ፡ ካብ ልቦም ሃንዲሶም ከም ዝተዛረቡ፡ ከም ዘይፍጸምውን ኣረጋጊጸም ስለ ዝፈልጡ፡ ገና ከይተፈጸመ ምስ ተረፈ ዝህብዎ ምኽንያታት ኣቐዲሞም ሰኒዮም እዮም ዝጸንሑ። ንኣብነት "ፈቂ ሰዮ እየ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት" ኢሎም ይንበዩ እሞ፡ ከይተፈጸመ ወይ ከይሓወየ ምስ ዝተርፍ፡ "ንሱ ነቲ ፈውሲ ብእምነት ስለ ዘይተቐበሎ እዩ እምበር ኣምላኽ ፈቂስዎ እዩ" ብምባል ነቲ ሕሙም እቲ ሕማሙ ከይኣክሎስ እንደገና ከም ዘይኣማኒ ገሮም ግዳይ ናይቲ ሓሳዊ ትንቢቶም ይገብርዎ።

ፓስተር ተስፋጽዮን ምስ ጋዜጣ ሰቲት (4ይ ዓመት ቁ.23) ብዕለት 02/02/01 ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት ነዚ ነገር እዚ ኣንጸባሪቐምዎ እዮም።

- ***ሰቲት፦*** *ትማሊ ዝለመሱ ብጸሎት ኣሕዊና፡ ኤይድስ ዝሓመሙ ፈዊስና ኢላትኒ'ሞ እዚ ከመይ እዩ? ኤይድስ ዝሓመመ ሰብ ምሕዋዩ ብምን ታይ ኣረጋጊጹ? ተመርሚሩ ነጻ ኢካዶ ተባሂሉ?*

  ***ኣቶ ተስፋጽዮን፦*** *ከም ዝፈወሶም እግዚኣብሄር ንኣምን ኢና። ንምንታይሲ እግዚኣብሄር እንተድኣ ተዛሪቡ ተዛሪቡ'ዩ። ኣብ ነብሶም ድማ ንርእዮ ኣለና። ከይዶም መርመራ ኣየካየዱን፡ ኣይደፈሩን።*

*ሰቲት፦ እንታይ ዘየድፍር ኣለዎም መታን ከረጋግጹ ዘይምርመሩ?*

  ***ኣቶ ተስፋጽዮን፦*** *ኣይገበርዎን። ረጕዶም ከኣ ንርእዮም ኣለና። ካብኡ ዝዓቢ እንታይ መረጋገጺ የድሊ። ክርበሹ ኣይደለናዮምን። ኣይነገድዶምን ኢና ድማ።*

## *5. ብሕትውና (Loneliness)፡ ዓቕሚ ኣልቦነት፡ ተስፋ ምቚራጽ ዝስምየም፡ ናይ ስምዒት ጽግዕተ ታት ንዝኾኑ ሰባት ብቐሊሉ የታልሉ።*

መብዛሕትኡ ጊዜ ናይ ስሕተት ምንቅስቓሳት፡ ካብ ስምዒት ሓሊፎም ንሕልና ናይ ምግዛእ ሓይሎም ድኩም እዩ። ስለዚ ሓደ ሰብ ብስምዒታውነት ሰኪሩ ኣብ መንጐ ስምዒትን ክውንነትን ዘሎ ጋግ ምስትውዓል ክሳዕ ዝስእን ይገብርዎ እሞ ንክውንነቱ ብምርሳዕ ከም ዝዕሾ ይገብሩ። ድካ እንተ ኮይኑ ኣብ ጉባኤታቶም “ሃብታም ኢካ፡ ንጉስ ኢካ”፣ ሕሙም እንተኮይኑ “ጥዑይ ኢካ፡ ኣብ ልዕሊ ሕማም ምልኪ ኣሎካ”፣ ድኩም ሰብ እየ ዝብል እንተ ኮይኑ፡ “ኣምላክ ብመልክዑ ብምስሉን ዝፈጠረካ መንፈስ ኢካ፡ ንእሽቶ ኣምላክ ኢካ” ብምባል ካብ ክውንነት ተፈልዩ ብስምዒት ከም ዝረስን ይገብርዎ። ናብ ማሕበራዊ ናብርኡ ተመሊሱ እቲ ኩነታቱ ከይተለወጠ ከም ዘለዎ ስለ ዝጸንሖ ክጭነቕ ምስ ዝጅምር ናባታቶም ይከይድ እሞ እንደገና ብባዶ ቃላት ነቲ ዝዘሓለ ስምዒቱ ኣርሲኖም ንክውንነቱ ከም ዝርስዕን ከም ዝክሕድን ይገብርዎ።

ከምዚ እናበለ ናታቶም ናይ ስምዒት ጽግዕተ ን ግዙእን ኮይኑ ይነብር።

## 6. ትምህርታዊ መደባት ዘይኮነስ ስምዒታውነት ይሕይሎም።

ንመጽሓፍ ቅዱስ ብዝርዝር እንተ ምሂሮምዎ፡ ነቲ ሒዞምዎ ዘለው ስሕተት ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ስለ ዘፍርሶ፡ ኣብኡ ከሎ ለብለብ ብዝበለ፡ ብሒደት ካብ ዓውደ ንባቦም ተነጺሎም ብዝትርጕሙ ጥቕስታት ዝቖመ ትምህርቲ ኣብ ምሃብ እዮም ዝሕጸሩ። እዚ ኩሉ ብዛዕባ ድክነትን ድካታትን፡ ሃብትን ሃብታማትን ዘሎ ጥቕስታት ሓቢኦም፡ “ድካ ምኳን ሓጢኣት እዩ፡ ሃብታም ምኳን ናይ መንፈሳዊ ብርታዐ ነጸብራቕ እዩ” ዝብል ትምህርቲ ክምህሩ ኣይስከፉን እዮም። ምክንያቱ ድማ ንመጽሓፍ ቅዱስ ዘይኮነስ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ፈልዮም ንዝኣካከብዎም ጥቕስታት ጥራሕ ስለ ዝምህሩ እዩ።

## 7. እቶም መራሕቲ ንርእሶም ከም ቀንድን እንኮን ናይ እግዚኣብሄር ወኪላት ገሮም ይቖጽሩ።

ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝርከቡ ናይዚ እምነት እዚ መራሕቲ፡ መዓልታዊ ምስ እግዚኣብሄር ኣብ ኩርሲ ኮፍ ኢሎም ብርዕን ወረቐትን ሒዞም ከም ዘዕልሉ፡ እዚ ኩሉ ዝዛረብዎ ካብ ኣፉ ቀዲሖም ከም ዘምጽእዎ ብዘስምዕ ዘረባ እዮም ዝዛረቡ። ንሓንሳእ እሞ ከኣ ኣብቲ ኣደራሻቶም እናሰበኩ ከለው፡ ብቴሌፎን ይዛረቡ ከም ዘለው ኮይኖም፡ “መንፈስ ቅዱስ እን ታይ ኢካ ትብል ዘሎካ፡ እንታይ ማለትካ እዩ” እናበሉ ሓንሳእ “ንመንፈስ ቅዱሶም” ሓንሳእ ነቲ ጉባኤ እናተዛረቡ ዘደናግሩሉ እዋን ብዙሕ እዩ፡ ብዘይካኦም ካልእ ከምኡ ዝበለ ኣገባብ ጌሩ ክዛረብ እንተ ደልዩ፡ “ኣነ ጥራይ እየ ናይ እግዚኣብሄር ወኪል” ዝብል ናይ ትዕቢት ስምዒት ስለ ዘለዎም ፈጺሞም ክጻወርዎ ኣይክእሉን እዮም። ከምቲ ጽድቅያስ ወዲ ከናዓና ቀሪቡ፡ “እቲ መንፈስ እግዚኣብሄርሲ ንኣካ ክዛረብ ካባይ ዝሓለፈስ ከመይ ኢሉ እዩ?” ኢሉ ንሚክያስ ኣብ ምንጋግኡ ዝጸፍዖ ንሳቶም ድማ በዚ መንፈስ እዚ እዮም ንርእሶም ዝርእይዋ (1ነገ፡22፡24)።

## 8. ሰዓብቶም፣ እቶም መራሕቲ ኣብ ዝገብርዎን ዝምህርዎን ጉዳያት ሕቶ እንተ ኣልዒሎም ከም ዓመጽ ወይ ዓብይ በደል ይቑጸር። መቕዘፍቲ ከም ዝወርዶም ገሮም ንኣእምሮኦም የልምስዎ እሞ፣ ንኩሉ ኣሜን ከም ዝብሉ ይገብርዎም።

ካብቲ ኣብ መድረኾም ምእንቲ ክፍርሁ ካብ ዝህብዎ ሓድሓደ ስብከ ታት፣ “ናይ ኣምላክ ሰብ (ቅቡእ) ክፍራህ ኣለዎ። ንናይ ኣምላክ ሰባት እንተ ደፊርካዮም ክቐዝፉካ ይክእሉ እዮም። ንኣብነት ሙሴ ንእንዳ ቆራሕ፣ ኤልሳእ ነቶም ዝደፈርዎ ቆልዑ፣ ጳውሎስ ንኤልማስ፣ ጴጥሮስ ንሃናንያን ሲጲራን ከም ዝቐዘፍዎም ንሕና'ውን ከምኡ ክንገብር ንክእል ኢና” ይብሉ። ንኣብነት ኬነት ሃጊን ንሰበይቱ ምስማዕ ምስ ኣበየቶ ብመንፈስ ሓሪዱ ኣብ መሬት ከም ዝዘረራ (ረባሽጎቕቦዋ ቕቦ ረታቕቶቕt)፣ ንዝቃወምዎ ፓስተራት ኣብ መድረኽ (ቱልፒት) ደው ኢሎም ከለው ከም ዝቐተሎም እዩ ዝዛረብ። ናይ ሃገርና “ቅቡእ እየ” በሃሊ ፓስተር'ውን ንሓፍቱ ከምኡ ጌሩ ክትፈርሆ ከም ዝገበራ እዩ ደጋጊሙ ዝዛረብ። ስለዚ ድማ ናይ ተቓውሞ ተክእሎ ምእንቲ ከ ይህሉ፣ ነቲ ናቶም ምንቅስቓስ ንዝተቓወመ ኩሉ ኣብ ጉባኤኦም ስሙ እናረቐሑ ክረግምዎ ይውዕሉ። ነዚ ናይ መርገም መንደረጋሕ ዝረኣየን ዝሰምዐን ሰብ ድማ ፈሪሁ ካብ ምቅዋም ዓዲ ከም ዝውዕል ንምግባር ይፍትኑ።

## 9. ንሰዓብቶም ንርእሶም ፍሉያት ገሮም ከም ዝርእዩ፣ ንርእሶም ኣ ጽዲቖም ንካልኦት ከም ዝንዕቁ ገሮም የዕብይዎም።

እቲ ቀንዲ ናይ ስሕተት መለለዪ ትዕቢት እዩ። ሰይጣን ካብ ትዕ ቢት ንድሕሪት ናይ ምምላስ ተስፋ ጸቢብ ምዃኑ ካብ ተመክሮኡ ስለ ዝፈልጥ፣ ብዝተካእለ መጠን ናይ ልዑልነት ስምዒት ከም ዝስመዓካ ተመሊስካ ትሕት ኢልካ ነፍስካን መንገድካን ከም ዘይትመዝን ክገብረካ እዩ ዝጽዕር። ነዞም ከ ምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ሃዋርያ ጴጥሮስ ክገልጸም ከሎ “... ብርኩስ ትምኒት ደድሕሪ ስጋ ዝከዱ፣ ንጐይትነት ዝንዕቑ፣ ደፋራት፣ ፈተውቲ ርእሶም፣ ንክብርታት ክጸርፉ ዘየንቀጥቅጡ፡...” ብምባል እዩ ዘቃልዖም (2ጴጥ፡2፡9-12)። ስለዚ ንርእሶምን ን“ቤተ ክርስትያኖምን” ከም ሰዓርቲ ከም ጠሓስቲ፣ ካልእ ኩሉ ግን ከም ስዑርን ሕጹርን ዝሑልን ገሮም ክገልጽዎ ይፍት ኑ። ካብ ነፍሲ ወከፍ ቤተ ክርስትያን ብዕላማ ዘይኮነስ ብኩራ ናይ ዝኮብለለ

ምእመን መዕቆቢ ስለ ዝኮኑ፥ እቲ ጉባኤኦም መንፈሳዊ ስንክልና ናይ ዘለዎም ሰባት እኽብካብ እዩ። ትዕቢቶም ገና ካብ ኣካይድኦምን ኣዘራርብኦምን ሰላምታኦምን ከተለልዮ ኣይትጽገምን ኢካ። መጠን ትዕቢቶም ካብ ምብዝሑ ዝተላዕለ ገጾም ክተፍኦ ከሎ ብቐሊሉ እዩ ዝረአ።

## *10. ብዛዕባ ናይ ቤተ ክርስትያን መሰረተ እምነትን ቀጥታዊ ትምህርታን ኣሉታዊ ኣረኣእያ ኣለዎም።*

ናይ መሰረተ እምነት ሕቶ እንተ ተላዒሉ ጉዱም ስለ ዝቐላዕ፥ “ፍልጠት ይነፍሕ ፍቕሪ ግን ይሃንጽ” ዝብል ቃል ኣብ ዘይመዓልኡ እናኣውዓሉ፥ ነቲ ገርሂ ምእመን ብዛዕባ መሰረተ እምነት ናይ ቤተ ክርስትያን ኣሉታዊ ኣረኣእያ ከሕድሩሉ ይጽዕሩ። “ፊደል ይቐትል መንፈስ ግን ህያው ይገብር” እናበሉ በዚ ጥቕሲ'ዚ ጌሮም ንህያውነትን ኣገዳስነትን ናይ ትምህርተ መለኮት ክቆናጽቡ ይረኣዩ። ነተን ንጹር መሰረተ እምነት ዘለወን ናይ ነዊሕ ዘመናት ህላወ ዘለወን ኣብያተ ክርስትያን፥ ከም ዝሞታን “ልምዳውያን” (Traditional) ኣብያተ ክርስትያን ጌሮም ይገልጽወን። ኣብ ኣገልገልቲ ዝርእይዎ ድካም እናመዝመዙ፥ ከም ድካም ናይቲ መሰረተ እምነት ጌሮም ከንጸባርቕዎ ይፍትኑ። እቲ መምህር እንተ ሓመቐስ ክንዲ ኣብኡ ዝሕጸሩ፥ እቲ ትምህርቲ ሕማቕ ከም ዝኮነ ጌሮም ናብ ዘይተደላዩን ኣሉታውን መደምደምታ ክመርሕዎ ይረኣዩ (2ቈረ፥3፥6፣ 1ቈረ፥8፥1)።

## ምዕራፍ 3

# መልክዕ ሓቀ
# መንፈሳዊ ምንቅስቓስ

ገዲፉ ናብቲ እታ ጥፍእቲ በጊዕ ዘላቶ፣ ኣራዊት ዝበዝሕዎ፣ ውረድ ደይብ ዘለዎ፣ እሾክን ተኮርባን ዝበዝሖ ኣጻድፍ መሮር እዩ ከይዱ። ንሕና ድማ ውሑዳት ኣብ ኢድና ተሪፈን፣ ዝበዝሓ ድሮ ኣብ በዓቲ ተኺሉ "ተዓቖብን" እናረኣናየን ምስተን ውሑዳት ኣባጊዕና ቀሲንና እንተ ተራኢና እቲ ሓለቓ ጓሶት እንታይ ኮን ክብል እዩ?!

ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ መንነትን መወዳእታን ናይዞም ሰባት እንታይ ከም ዝመስል ክገልጽ ከሎ ዝሃቦ ቃል ኣዝዩ ዘሰቅቕ እዩ።

- ኣምላኮም ከብዶም እዩ።
- ክብረቶም ኣብ ነውሮም እዩ።
- ሓሳቦም ናይ ምድሪ እዩ።
- መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ።

ስለዚ ናይ ሓደ ሓቀ  መንፈሳዊ ምንቅስቓስ መልክዕ፣ በቲ ብዛዕባ መስ ቀል ዘለዎ ርድኢትን መርገጽን እዩ ዝልካዕ። ብዛዕባ መስቀል እንተ ዘርዚርና ን በይኑ መጽሓፍ ክኸውን ስለ ዝኾነ እተን መሰረታዊ ሓቅታት ብምጥቃስ ክን ሓልፎ ኢና።

ክርስቶስ ንሓይሊ ናይቶም ድሑናት ኣመንቲ ኣብ ቃል መስቀል እዩ ሰሪትዎ። እቶም ንጥፍኣት ዝተመደቡ ጸላእቲ መስቀል ግን ከም ዕሽነት ይቖጽርዎ።

> ***<u>1ቈረ፣1፣18,19</u>*** ፦ "ጥበብ ጠቢባን ከጥፍእ እየ፣ ምስትውዓል እቶም ኣስተውዓልቲ'ውን ከፍርስ እየ፣ ዚብል ጽሑፍ እዩ እሞ፣ <u>ቃል መስቀል</u> ነቶም ዚጠፍኡ ዕሽነት እዩ፣ <u>ንዓና ንእንድሕን ግና ሓይሊ ኣምላኽ እዩ።</u>"

ጸላእቲ መስቀል ዝበሉ ይበሉ፣ ዝኾኑ ይኩኑ ብዘየገድስ እቲ መሰረታዊ ስ ብከትን መልእክትን ናይ ቤተ ክርስትያንን ኣገልግሎታን መስቀል እዩ።

# መልክዕ ሓቀ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ

## 1. ናይ መስቀልን ናይ ክርስቶስን ማእከልነት ሽለል ዘይብል

እቲ ቀንድን ማእከላይን ሓቂ ናይ ክርስትና፡ መስቀልን እቲ ኣብኡ ዝተፈጸመ ፍጻሜታትን እዩ። ነቲ ኣብ መስቀል ዝተገልጸ ሓቂ ዝጻረርን ኣብ ሕቶ ዘእቱን ዝኾነ ይኹን እምነት ወይ ሰብ፡ እቲ ቀንዲ ጸላኢ ናይ ክርስትና እዩ። ንክርስቶስ እቲ ካብ ሰማይ ዘውረዶ መሰረታዊ ዕላምኡ ነቲ ናይ መስቀል ታሪክ ንምፍጻም እዩ። ናይ ሃዋርያት ናይ ስዓብቶም ሕመረት (ዓንዲ ሕቘ) ድማ መስቀል እዩ ዝነበረ። ሓይልን ዕላማን ናይ ቤተ ክርስትያን ድማ መስ ቀልን እቲ ኣብኡ ዝተፈጸመ ታሪኽን እዩ።

ስለዚ ከኣ እዩ ዝተላዕለ ስሕተት እንተ ተላዕለ ንመስቀልን ንሓቅታቱን ክወቅዕ ዝትንስእ። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እቶም ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኮይኖም ዝተንስኡ ሰባት ክገልጽ ከሎ፡ "ከምቲ ብዛዕባኦም ብዙሕ ሳዕ ዝበልኩኹ ም፡ ሕጂውን እናበኼኹ እብል ኣሎኹ፡ ብዙሓትሲ ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኮይኖም ይመላለሱ እዮም። መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ፡ ኣምላኮም ከብዶም እዩ፡ ክብረቶም ኣብ ነውሮም እዩ፡ ሓሳቦም ከኣ ናይ ምድሪ እዩ።" ብምባል ጸሓፈ (ፊሊ.፡3፡18,19)። ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ከም እንርእዮ ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕ ባ እዞም ጸላእቲ መስቀል ደጋጊሙ ብዙሕ ሳዕ ንሰብ ፊሊጲ ከም ዘጠንቀቖም እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ነዚ ድማ ከም ሓደ ተራ ስምዕታ ዘይኮነስ፡ ብንብዓት ብዝተ ሰነየ ጓሂ ብዝመልኦ ኣዘራርባ እዩ ገሊጹሎም። ሎሚ ኣብ ዘመንና፡ ይትረፍ ብንብዓት እናበኼና እሞ ደጋጊምና ብዙሕ ሳዕ ክንዛረበሉስ፡ ሓንሳእ ከም ዋዛ ጌርና ክንዛረበሉ እኳ ኣይንክእልን ኣሎና። እዚ ድማ ካብ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን ተነቒልና፡ ኣብ ገለ ካልእ ኣሰካፊ መሰረት እንደገና ንንደቕ ከይንህሉ የሰክፍ እዩ።

እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ጉዳይ ድማ እቶም ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኮይኖም ዝመላለሱ ዘለው ሰባት ብቑጽሪ ውሑዳት ዘይምኳኖም እዩ። ምናልባት ብቑጽሪ ዉሑዳት እንተ ዝኾኑ ኔሮም፡ ዋላ እኳ ዘይቕቡል ይኹን እምበር፡ ገለ መኽፈቲ ኣፍ ዝኸውን ምኽንያት ንምምሃዝ ቁሩብ ምሓገዘና ነይሩ ይኸውን። እቲ ሕያዋይ ጓሳ 99 ኣባጊዕ ኣብ ኢዱ ከለዋ ንሓንቲ ጥፍእቲ ክብል ንኹለን

**<u>1ቈረ፡1፡22,23</u>** ፡- "ኣይሁድ ምልክታት ይልምኑ፡ ጽርኣውያን ድማ ጥበብ ይደልዩ፡ ንሕና ግና ነቲ ንኣይሁድን መዓንቀፊ፡ ነህዛብ ዕሽነት ዝኾነ <u>እተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብክ ኣሎና</u>"

ኣመንቲ ንዓለም ምዉታት ዝኮኑላ ዓለም ድማ ንኣታቶም ምውትቲ ዝኮነትሉ ማእከላይ ሓቂ፡ መስቀል እዩ። ታሪክ መስቀል እንተ ዘይፍጸም፡ ዓለምን ኣመንትን ዝፈላለዩሉ መድረክ ጠፊኡ ተጸናቢሮም ምነበሩ። ስለዚ ከኣ እዮም ጸላእቲ መስቀል፡ ኣምላኮም ከብዶም፡ ክብረቶም ኣብ ነውሮም፡ ሓሳቦም ናይ ምድሪ ናብ ምኳን ደረጃ ወሪዶም ምስ ዓለም እተጸናበሩ። ኣመንቲ ንዓለም ዝሰዓሩላ እንኮ ትምክሕቶም መስቀል እያ።

**<u>ገላ፡6፡14,15</u>** ፡- "…. <u>በቲ መስቀል</u> ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዓለም ብእኡ ንዓይ እተሰቕለት ኣነውን ንዓለም እተሰቐልኩ <u>እንተ ዘይኮይኑስ፡ ትምክሕቲ ዘበለ ካባይ ይርሓቕ።</u>"

**<u>ዮሃ፡16፡33</u>** ፡- "ኣባይ ሰላም ምእንቲ ክትረክቡ እዚ ነገርኩም። ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኩም። ግናከ ኣጆኹም፡ ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ ኢ ሉ መለሰሎም።"

**<u>1ዮሃ፡4፡4</u>** ፡- "ኣቱም ደቀይ ንስኻትኩም ካብ ኣምላክ ኢኹም ካብቲ ኣ ብ ዓለም ዘሎስ፡ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ዝዓቢ ስለ ዝኾነ ንስኻትኩ ም ስዒርክምዎም ኣለኩም።"

**<u>1ዮሃ፡5፡4,5</u>** ፡- "ካብ ኣምላክ እተወልደ ዘበለ ኵሉ ንዓለም ይስዕሩ፡ እታ ንዓለም እንስዕረላ ስዕረት ከኣ፡ ንሳ እምነትና እያ። ንዓለም ዝስዕ ሩኸ፡ እቲ ንኢየሱስ፡ ንሱ ወዲ ኣምላክ ምኳኑ ዝኣምኖ እንተ ዘይኮይ ኑስ፡ መን እዩ?"

ንኣመንቲ እቲ መሰረታውን ዝምክሑሉን ፍልጠቶም እቲ እተሰቕለ ክርስቶስ እዩ። ብመንጽር እቲ ናይ እተሰቕለ ክርስቶስ ፍልጠቶም ንካልእ ኩሉ ፍልጠት ክርእይዎ ከለው ኩሉ ከም ጐሓፍ ይቖጽርዎ።

***<u>1ቈረ፣2፣1,2</u>*** ፦ “ኣሕዋተየ፡ ኣነ ድማ ኣብ ማእከልኩም ከለኹ፡ ብዘይ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሱ ከኣ <u>እቲ እተሰቕለ</u>፡ ሓደ ነገር እኳ ከም ዘይፈልጥ መደብኩ....።”

***<u>ፊሊ፣3፣8-11</u>*** ፦ “እየን እሞ፡ ብእምነት ክርስቶስ እቲ ብእምነት ካብ ኣምላኽ ዚርከብ ጽድቂ እምበር፡ እቲ ብሕጊ ዚመጽእ ጽድቀይ ሒዘ ኣ ይኰንኩን። ንክርስቶስ ምእንቲ ክረብሕ ብእኡውን ክርከብ፡ ብሓቂ ስለ እቲ ብሉጽ ፍልጠት ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታይ ኢለ፡ ስሊኡ እዚ ኹ ሉ እተወጻዕኩ፡ ኩሉ ከም ወጽዓ እቖጽሮ፡ ከም ጐሓፍ እቖጽሮ ኣለኹ። ብዝኾነ ኰይኑ ናብ ትንሳኤ ምውታት እንተ ኣርከብኩ ኢለ፡ ብሞቱ እናመሰልክዎ፡ ንእኡን ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከራኡን ምእንቲ ክፈልጥ፡ ኵሉ ከም ወጽዓ እቖጽሮ ኣለኹ።”

ነቲ ስቓል ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኻ ስኢልካ ምምልኻስ፡ ንሓቂ ን ምእዛዝ ንቑሕን ንጡፍን ክርስትያን ኣብ ምኳን ይረድኣካ። እዚ ምስሊ እዚ ካብ ቅድሚ ኣዒንቲ ሕልናኻ ምስ ዝጠፍእ ግን ንሓቂ ክይትእዝዝ ዕዙም ትክ ውን። ምዕዛም ማለት እቲ ነገር እናተረድኣካ ክነሱ ንክይትገብሮ ዓቕሚ ወይ ተበግሶ ትስእን ማለት እዩ። ስለዚ ንሃዋርያት ኣብ ኣገልግሎቶም ነዚ ስእሊ እዚ ኣብ ሕልና ኩሉ ሰብ ምስኣል እቲ እንኮ ተልእኮኦም ነበረ። ነቶም፡ ተሳኢ ሉሎም ንዝነበረ ስእሊ ዝደምሰሱ፡ ተዓዚሞም ናብ ካልእ ወንጌል ቀልጢፎም ዝተገልበጡ ሰባት እንደገና ክስእሉሎም ይጽዕሩሎም ነበሩ።

***<u>ገላ፣1፣6</u>*** ፦ “ካብቲ ብጸጋ ክርስቶስ ዝጸውዓኩም፡ ከምዚ ቀልጢፍኩም ናብ ካልእ ወንጌል ምግልባጥኩም ይገርመኒ ኣሎ።”

***<u>ገላ፣3፣1</u>*** ፦ “ኣቱም ዓያሱ ሰብ ገላትያ፡ ቀደም ኢየሱስ ክርስቶስ <u>ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኹም ከም ስቑል ኮይኑ ተሳኢሉ ነበረ።</u> ንሓቂ ከይትእዘዙ ደኣ መን ዓዘመኩም?”

***<u>ገላ፣4፣19</u>*** ፦ “ደቀየ፡ ክርስቶስ (እቲ ስቑል) ኣባካትኩም ክሳዕ ዝስኣል ከም ብሓድሽ እጽዕረልኩም ኣለኹ።”

ክርስቶስ በቲ ኣብ መስቀል ዘፍሰሶ ደሙ እዩ ካብ ዓለም ዓዲጉ ዘጥረየ ና። ነቲ ከጥሪ ዝክእል ናይ መስቀል ደም ዘስተናዕቕ ሰብ ፈጺሙ ናይ ክርስ ቶስ ንብረትን ወደ መዝሙርን ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እቶም ንደም ወዲ ኣ ምላክ ዝረግጹ ደቂ ስሕተት፡ ብንስሓ ናይ ምሕዳስ ዕድሎም ኣዝዩ ጸቢብ እዩ።

> ***ራእ፡5፡9,10,12*** ፡- “… ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላክ ዝኮኑ ሰባት ዓዲግካሉ ኢ ካ … ዓው ብዝበለ ድምጺ ከኣ፡ እቲ እተሓርደ ገንሸል፡ ንሱ ስልጣንን ሃብትን ጥበብን ሓይልን ክብርን ግርማን ውዳሴን ክወስድ ብቑዕ እዩ በሉ።”

> ***1ጴጥ፡1፡18,19*** ፡- “ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልክምዎ ከንቱ ን ብረትኩም፡ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርክሰትን ዜብሉ ገንሸል፡ ብክቡር ደም ክርስቶስ እምበር፡ ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይስ ወርቂ፡ ከም ዘይደሓንኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም።”

> ***እብ፡6፡4-6*** ፡- “ነቶም ሓደ ጊዜ ብርሃን ዝበርሃሎም፡ እቲ ሰማያዊ ውህበት ከኣ ዝጠዓሙ፡ ተማቐልቲ መንፈስ ቅዱስውን ዝኮኑ፡ እቲ ሰናይ ቃል ኣምላክን፡ ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለምን ከኣ ዝጠዓሙ፡ እንተ ወደቑ፡ ንወዲ ኣምላክ ከም ብሓድሽ ንርእሶም ስለ ዝሰቐልዎ ብግህዶ ዘላግጹሉ ስለ ዝኾኑ፡ ከም ብሓድሽ ንንስሓ ክሕደሱ ኣይከኣ ሎምን እዩ።”

> ***እብ፡10፡28-29*** ፡- “እቲ ንሕጊ ሙሴ ዘፍረሰ ብቓል ክልተ ወይስ ሰለስተ ምስክር እዩ ብዘይ ድንጋጸ ዚመውት። ንወዲ ኣምላክ ዝረገጸ፡ ነቲ እተቐደሰሉ ደም ኪዳን ከኣ ዘርከሰ፡ ንመንፈስ ጸጋውን ዝጸረፈ ግዳ ክንደይ ዝገደደ ቅጽዓት ዘይግብኦ ይመስለኩም?”

ብመስቀል እንኣምነሉ መሰረታዊ ምኽንያት እቲ ብኢድ ሰይጣን እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ካብ ማእከልና ርሒቑ ኣብ መስቀል ልዕሊ ዘድልዮ ዋጋ ስለ ዝተከ ፍሎን ስለ ዝተሸንከረን እዩ። መስቀል፡ ሕልቅነታትን ስ ልጣናትን ኣጽዋሮም ዝተገፈፈሉ፡ ጐይታ ንጸላእቱ ብግልጺ ዘስተሓፈረሉ ናይ ዓ ወት መድረኽ ብምዃኑ እዩ። ይትረፍ ጐይታ ብቐንዱ፡ ንሕናውን እንተ ኮ

ነ በቲ ናይ መስቀል ደሙ ክንዕወተሉ እንክእል ሓይሊ ዝሃበና መድረክ እዩ። ነዚ መስቀል እዚ ይትረፍ ክንሕሰሞ፡ ኣብ ጸጽባሕ እንተ ዘየልዒልናዮ እኳ ክንዕ ወትሲ ይትረፍ ወደ መዝሙር ናይ ምኳን ዕድል እኳ ኣይንረክብን ኢና።

> ***ቈሎ፡2፡14-15*** ፡- “ነቲ ብሕጋጋት ዝቃወመናን ዝበኣሰናን ዝነበረ ብኢ ድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ከኣ፡ ንእኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ካብ ማእከል ኣርሓቖ። ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ፡ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም።”

> ***ዮሃ፡16፡33*** ፡- “ኣባይ ሰላም ምእንቲ ክትረክቡ፡ እዚ ነገርኩኩም። ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኩም። ግናከ ኣጆኹም፡ ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ፡ ኢ ሉ መለሰሎም።”

> ***ራእ፡12፡11*** ፡- “ሳላ ደም እቲ ገንሸልን ሳላ እቲ ቓል ምስክሮምን ድማ ሰዓርዎ፡ ንህይወቶምውን ክሳብ ሞት ኣየፍቀርዋን።”

> ***ሉቃ፡9፡23*** ፡- “ንኩሎም ከኣ ደድሕረይ ኪስዕብ ዚደሊ፡ ነፍሱ ይኽበጽ፡ መስቀሉ ኣብ ጸጽባሕ የልዕል እሞ ይስዓበኒ።”

> ***ሉቃ፡14፡27*** ፡- “መስቀሉ ዘይጸውር እሞ ደድሕረይ ዘይስዕብ ዘበለ፡ ወደ መዝሙረይ ክከውን ኣይክእልን።”

እቲ ኣብ መስቀል ዝተዋህበ ዝዓበየን ናይ መወዳእታን ቃል “ተፈጸመ” ዝብል እዩ። እቲ ንጐይታ ኣብ ምድሪ ዝተዋህቦ ተልእኮ ናይ መስቀል ዕዮ እዩ። ኣብ መስቀል ደሙ ብምፍሳስ ንሰባት ንኣምላክ ከም ዝኮኑ ጌርካ ኣንጺህካ ምዕዳግ እዩ ተልእኮኡ።

ናይ ዘመንና ክርስትያን መሰል ተኳሊ ግን ነቲ ናይ መስቀል ታሪክ በኪሎም፡ ክርስቶስ ዝተሳዕረሉን ዝሰይጠነሉን መድረክ ከም ዝኮነ፡ ስለዚ ድማ ብናይ መስቀል ናይ ስጋ ሞቱ ከድሕነና ስለ ዘይከኣለ፡ ካልኣይ ናይ መንፈስ ሞት ብምሟት ኣብ ገሃነም እዩ ኣድሒኑና፡ ብምባል ንእዝንካ ዘሳሒ፡ ንኣእምሮ ዘናውጽ፡ ንነፍሲ ብዘይ ንስሓ ዘጥፍእ ናይ ሰይጣን ወንጌል ይዘርኡልና ኣለው። ዋላ እኳ ኣብተ ዝምልከቶ ምዕራፍ ምስቲ ናታቶም ብሂል እናነጻጸርና ብሰፊሑ

ክንገልጾ እንተ ኮንና ኣንጸላልዩና ዘሎ ዘእዊ ሓደጋ ንምሕባር እዚ ጠቒስናዮ ዘለና ንጊዚኡ ኣካሊ ይመስለኒ። ነዚ ናይ መስቀል ሓቂ እዚ ከይትእዘዞን ከ ይትከላከለሉን ተዓዚምካ እንተሊካ ድማ ብንስሓ እንደገና መርገጺካ ከተታዓራሪ ብስም ጐይታ እላበወካ።

## 2. ናይ ቃሉ ስልጣን ሸለል ዘይብል

እግዚኣብሄር ገዛእ ርእሱን ፍቓዱን ንህዝቡ ዝገለጸሉ መሰረታዊ መንገዲ ቃሉ እዩ። እግዚኣብሄር ንቓሉ ዝሃቦ ክብሪ መዘና የብሉን። ንኩሉ ብቓሉ ዝፈጠረ ሕጂ'ውን ንኩሉ ብሓይሊ ቃሉ ጸዊሩ ዝመርሕ ዘሎ ኣምላክ ስለ ዝኮነ፣ ኣብ ልዕሊ ቃሉ ክንገብሮ ንእንክእል ዝኮነ ይኩን ምግሃስ ክጸወር ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ "ካብ ሕጊ ሓንቲ ነቑጣ ካብ እትወድቕሲ ሰማይን ምድርን ክሓልፍ ይቐልል" (ሉቃ፥16፥17)፣ ኣስዒቡ'ውን "ሰማይን ምድርን ክ ሓልፍ ቃለይ ግን ኣይክሓልፍን እዩ" ብምባል ዕቤት ቃሉ ዝገለጸ (ማቴ፥24፥35)። ኣብቲ እግዚኣብሄር ባዕሉ ከምዚ ጌሩ ዘዕበዮ ቃሉ፣ ናይ ምን እኣስ ቃላት ዝጥቀም፣ ወይ'ውን ኪኖ'ዚ ቃል'ዚ ሓሊፉ ክከይድ ዝፍትን ሰብ ብቐንዱ ኣብ ህልውናን ክብርን እግዚኣብሄር ኢዱ ይዝርግሕ ብምህላዉ ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎ ከስተውዕል ይግባእ። ነብዩ ኤርምያስ ነቶም ከምዚ ዝበሉ ሰባት ብዛዕብኦም ብምግራም ከምዚ ክብል ገሊጹ ኣሎ።

> ***ኤር፥6፥10*** ፦ "እንሆ፣ እዝኖም ዘይተገዝረ እዩ፣ ኪሰምዑ ከኣ ኣ ይክእሉን እዮም። እንሆ፣ ቃል እግዚኣብሄር ነውሪ ኮይንዎም እዩ እሞ ባህ ኣየብሎምን። እምበኣርከ ምእንቲ ክሰምዑስ፣ ንመን ደኣ ክዛረብ፣ ኣብ ቅድሚ መንሲ ክምስክር እየ?"

> ***ኤር፥8፥9***፦ "እዞም ጥበበ ታት እዚኣቶም ኪሓፍሩን ኪስምብዱን ኪ ተሓዙን እዮም። እንሆ፣ ንቓል እግዚኣብሄር ወጊዶምሲ፣ ከመይ ዝበለ ጥበብ ደኣ ኰን ኣለዎም እዩ?"

ስለዚ ቃል እግዚኣብሄር ነቲ ካብ ልቦም ዝሃንደስዎ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ዘየገልግል ኮይኑ ምስ ረከብዎ፣ "ምግላጽ" ብዝብል ጉልባብ ናይ ልቦም ፈጠራ ዝኮነ ትምህርቲ የምጽኡ እሞ፣ ንቓል ኣምላክ ከም ነውሪ ርእዮም የወግድዎ። ዝከኣል እንተ ኮይኑ ከኣ ነቲ ሕሱር ሓሳቦም መጋበርያ ዝከውን ገለ

ገለ ጥቕስታት፣ ከም ኣመሎም መንጢሎም ብምውጻእ ነቲ ጐቦ ዝዘበለ ትምህርቶም ከም መደገፊ ባላ ክጥቀሙሉ ይፍትኑ።

ካብቲ ኣገዳስነት ቃል እግዚኣብሄር ንምውቃዕ ብዘይ ኣገባብ ዝጥቀሙሉ ገለ ገለ ጥቕስታት እቲ ኣብ 2ቈረ፣3፣6 ን ኣብ 1ቈረ፣8፣1 ን ዝርከብ ሓሳባት እዩ። “<u>ፊደል ይቕትል መንፈስ ግን ህያው ይገብር እዩ</u>” ዝብል ቅዱስ መልእኽቲ ዘለዎ ቃል እግዚኣብሄር፣ ብእኡ ጌሮም ተመሊሶም ነቲ ብነብያትን ሃዋርያትን ዝተጻሕፈ ቃል ንምህራም ይጥቀሙሉ። ነቲ ሓሰር ዝኮነ ትምህርቶም በቲ ሓዊ ዝኮነ ቃል ጐይታ ጌሩ ከይፍትሸም ምስ ዝሰግኡ፣ “እቲ ሒዝካዮ ዘለካ ፊደል (ቃል፣ ሕጊ፣ ትእዛዝ) ቀታሊ እዩ። ብእኡ ዘይኮነስ ብመንፈስ ክትምራሕ እዩ ዘድልየካ፣ መንፈስ እዩ ህያው ዝገብር” ብምባል ነቲ ንህይወት ክኮነና ዝተዋህበ ቃል ከዋርድዎ ይረኣዩ። “<u>ፍልጠት ይነፍሕ ፍቕሪ ይሃንጽ</u>” እናበሉ ድማ ፍልጠት ቃል ኣምላኽ ነፊሑ ከም ዝቕትል መርዚ ጌሮም ይገልጽዎ።

ሃዋርያ ጳውሎስ “ፊደል ይቕትል መንፈስ ግን ህያው ይገብር” ክብል ከ ሎ እንታይ ማለቱ እዩ? ናይ ብሓቂ ቃል እግዚኣብሄር ይቕትል'ዩ ማለቱ ድዩ? ከምኡ ክብል ፈጺምካ ዘይሕሰብ እዩ። ንዝኮነ ይኩን ውህበት ካብቲ ወሃቢኡ እንተ ፈሊካዮ ብገዛእ ርእሱ ህይወት ኣይህብን እዩ። ነቲ ጽሑፍ ቃል፣ ካብቲ ወሃቢ ቃል ዝኮነ ጐይታ ፈሊካ እንተ ሒዝካዮ ድማ ኣብ ክንዲ ንህይወት ዝኮ ነካ ተመሊሱ እዩ ዝፈርደካ። ነዚ ሓቂ እዚ ንምርግጋጽ ጐይታ፣ “በቲ ንሱ ዝለኣኮ ኣይኣመንኩምን እሞ፣ ቃሉ'ውን ኣይሓደረኩምን። <u>ናይ ዘለኣለም ህይወት በተን ጽሑፋት እትረክቡ እናመሰለኩምሲ ትምርምርወን ኣለኹም፣ ንሳተን ከኣ ብዛዕባይ እየን ዝምስክራ</u>” ብምባል ንፈሪሳውያን ኣጠንቂቕዎም እዩ (ዮሃ፣5፣38,39)። እቲ ነቲ ጽሑፋት ንጸሓፍቱ ዘናበበ ጐይታ ኣብ ቅድሜካ እናረኣካ፣ ብዛዕብኡ ንዝተጻሕፈ ጽሑፋት እናንበብካን እናመርመርካን ክነስካ፣ ን እኡ ምእማንን ምቕባልን እንተ ስኢንካ፣ ብርግጽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዘይኮነስ ናይ ዘለኣለም ፍርዲ ኢካ ክትረክብ። እንተ ኮነ እቲ ፊደል ዘይኮነ ዝቕትለካስ፣ ነቲ ፊደል ዝዛረበሉ ዘሎ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከተቕልበሉን ክትቅበሎን ስለ ዘይከኣልካ እዩ።

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ “መንፈስ'ዩ ህያው ዝገብር ስጋስ ገለ'ኳ ኣይጠቅምን እዩ። <u>እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት፣ መንፈስ እየን ህይወት'ውን እየን።</u>” ዝበለና እቲ ንሱ ዝሃበና ቃላት ከም ተራ ፊደል ምእንቲ

ከይንረኦ፣ ንሱ እቲ ቃል እቲ፣ ህይወት ዝህብ መንፈስ ምኳኑ ነጊሩና እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ እውን እንተኮነ ኣብ ሮሜ ምዕራፍ ሸውዓተ ብዛዕባ ሕጊ ኣስፈሒሑ ጽሒፉ ኣሎ (ዮሃ፣6፣63)።

> ***ሮሜ፣7፣10-16*** ፥- "ሓጢኣት ምኽንያት ረኺቡ ብትእዛዝ ኣስሓተኒ ብእኡውን ቀተለኒ እሞ፣ እቲ ንህይወት እተዋህበ ትእዛዝ ንኣይ ንሞት ኰይኑኒ ረኸብክዎ። እምበኣርሲ እቲ ሕጊ ቅዱስ እዩ። እቲ ትእዛዝውን ቅዱስን ጻድቕን ሰናይን እዩ። እቲ ሰናይዶ ደኣ እዩ ንኣይ ሞት ዝኾነኒ? ያእ ኣይፋሉን። ሓጢኣት ደኣ እዩ ሞት ዝኾነኒ እምበር፣ ሓጢኣት በቲ ሰናይ ገይሩ ሞት ካብ ዘምጽእ፣ ሓጢኣት ምኳኑ ምእንቲ ክግለጽሲ፣ ሓጢኣት ብትእዛዝ ገይሩ፣ ኣዝዩ ሓጢኣት ክኸውን እዩ። ነቲ ዝጸልኦ እገብሮ ኣሎኹ እምበር፣ ነቲ ዝደልዮ ኣይኰንኩን ዝገብሮ ዘለኹ እሞ፣ ነቲ ዝገብሮ ኣይፈልጦን እየ። ሕጊ መንፈሳዊ ምኳኑ ንፈልጥ ኢና። ኣነ ግና ትሕቲ ሓጢኣት እተሸጥኩ ስጋዊ እየ። ነቲ ኣነ ዝደልዮ ካብ ዘይገብሮ ግና፣ እቲ ሕጊ ሰናይ ምኳኑ እሰምር ኣሎኹ።"

ሃዋርያ ጳውሎስ እቲ ፊደል፣ ቅዱስን ጻድቕን ሰናይን ምኳኑ፣ ንህይወት እተዋህበ ትእዛዝ ምኳኑ፣ እቲ ሕጊ መንፈሳዊ ምኳኑ ድማ ገሊጹልና። ስለዚ እዚ ኩሉ ጽቡቕ መንፈሳዊ ባህርያት ዘለዎ ቃል ከም ቀታሊ ምግላጹ፣ ምስቲ ንህይወት ዝተዋህበ ትእዛዝ ዘይሳነ ህይወት ንዘለዎ ሰብ ጥራይ ዝምልከት ምኳኑ ቃሉ የርእየና። እቲ ኣብ ጽላት ተጻሒፉ ዝተዋህበ ቃላት ዓሰርተ ትእዛዛት እዩ። ኣይትዘሙ ኣይትስረቕ ወዘተ ዝብል ቃል ቀታሊ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ነዚ ናይ ትእዛዝ ፊደል እዚ ዝጠሓሰ ሰብ ግን እቲ ንህይወት ዝተዋህቦ ትእዛዝ ንሞቱ ምኽንያት ይኾኖ ኣሎ። ጐይታ ድማ ነቲ ፊደል ብዘይ ምፍጻምና ክንሞቶ ዝግብኣና ሞት ስለ ዝኸፈለልና ብእኡ ብህይወት ንነብር። ነዘን ጽሑፋት እዚኣተን ንኩላተን ኣማሊኡ ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክበጽሕ ዝከኣለ የለን። በቲ ጽሑፋት ዝተዛረቡሉ ኢየሱስ ኣሚኑ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዝሰኣነ ድማ የለን። ስለዚ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክንረክብ ነቲ ጽሑፋትን (ፊደላትን) ነቲ ጽሑፋት ዝተዛረቡሉ ኢየሱስን ኣዛሚድና ክንከይድ ከም ዘድሊ ኣይንዘንግዕ። ጽሑፋት፣ ሕግታት፣ ፊደላት፣ ትእዛዛት ዘይጠቕሙ ነይሮም እንተ ዝኾኑ፣ ጐይታ ክፍጽሞም ዘይኰነስ ክስዕሮም

ኢሉ ምመጸ ነይሩ። ጐይታና ኢየሱስ ነቶም ክሓትዎ ዝመጹ ሰዱቃውያን "መጻሕፍቲ ወይስ ሓይሊ ኣምላኽ ሰኣን ምፍላጥኩ ም ትጋገዩ ኣለኹም።" ዝበለሉ ምኽንያት፥ ኣድላይነት ናይቶም ብፊደላት ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ከ መልክት ስለ ዝደለየ እዩ (ማቴ፥22፥29)።

ብመሰረቱ ጐይታ በቲ ህያውን ንዘለኣለም ዝነብርን ቃሉ እዩ ወሊዱና። እዚ ቃል እዚ እንተ ዘይብልና ብቐንዱ እቲ ውልድነት ከም ዘይብልና እዩ ዘረጋግጸልና። ነዚ ቃል እዚ እቲ ዝግብኦ ክብርን ተኣዛዝነትን ዘይንውፍየሉ እን ተ ኴንና ጽባሕ ንግሆ ንፍርድና ምኽንያት ክኸውንዩ።

> ***<u>1ጴጥ፥1፥22,23</u>*** ፥- "<u>ብህያውን ንዘለኣለም ብዝነብርን ቃል ኣምላኽ</u> ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር፥ ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኮንኩምን <u>ከም ብሓድሽ እተወለድኩም</u>...።"

> ***<u>ዮሃ፥12፥47-50</u>*** ፥- "ንቓለይ ሰሚዑ ዘይሕልዎ እንተሎ፥ ኣነ ኣይኮን ኩን ዝፈርዶ..... እዚ <u>ኣነ ዝዛረቦ ዘለኹ ቃል</u>፥ ንሱ በታ ዳሕረይቲ መዓ ልቲ <u>ክፈርዶ እዩ።"</u>

ምኽንያቱ ድማ እዚ ቃል እዚ ምልኣት ኣምላኽ ዝተገልጸሉ፥ ብኣብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተዘርበን ዝተሓትመን ቃል እዩ።

> ***<u>2ጴጥ፥1፥20-21</u>*** ፥- "ኩሉ ጽሑፍ ትንቢት ትርጉሙ ካብ ርእሱ ከም ዘይኮነ፥ ቅድሚ ኩሉ እዚ ፍለጡ። ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም <u>ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ</u> እተዛረብዎ እምበር፥ <u>ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።"</u>

> ***<u>2ጢሞ፥3፥16-17</u>*** ፥- "እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፥ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፊጺሙ ተዳልዩ፥ ፍጹም ምእንቲ ክኸውንሲ፥ <u>መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ</u> ንትምህርቲ፥ ንተግሳጽ፥ ንምቕናዕ፥ ንጽድቂ ዝኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ።"

> ***<u>ቈሎ፥3፥16</u>*** ፥- "ብመዝሙርን ውዳሴን መንፈሳዊ ቕኔን ንሓድሕድኩም ኣስተምህሩን ምዓዱን፥ ብልብኹምውን ብጸጋ ንኣምላኽ እናዘመርኩም፥ <u>ቃል ክርስቶስ ብኹሉ ጥበብ መሊኡ ይሕደርኩም</u>።"

ብመሰረቱ እግዚኣብሄር ድማ ልቡን ቀልቡን ኣብቶም ብቓሉ ዝርዕዱ እዩ ዘንብር። እቶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝዓበየ መጕስ ዝረከቡ ሰባት እቶም ንቓሉ ዝለዓለ ግደ ዝሃቡ ሰባት እዮም። ንጉስ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ካብ ቀዳማይ ምዕራፍ ጀሚሩ ክሳዕ መወዳእታ ንቓል እግዚኣብሄር ሂብዎ ዘሎ ክብሪ፣ ብመንጽሩ ድማ እግዚኣብሄር ንዳዊት ዝሃቦ ክብሪ ክልቲኦም ኣነጻጺርካ መዳርግቲ እዮም ክብለና ዝክእል እዩ።

***ኢሳ፥66፥1,2*** ፡- "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፣ ሰማይ ዙፋነይ እዩ፣ ምድሪ ከኣ መርገጽ እግረይ እያ። እቲ ንስካትኩም እተሰርሑለይ ቤት ደኣ ከመይ ዝበለ እዩ? እቲ ኣነ ዝዓርፈሉ ስፍራኸ ከመይ ዝበለ እዩ? ኢደይ እያ ነዚ ኵሉ ዝገበረቶ፣ እዚ ኵሉ ከኣ ኰይኑ ኣሎ ይብል እግዚኣብሄር፣ ግናኸ <u>ኣብቲ</u> ሽጉርን ድቑስን መንፈስ ዘለዎን <u>ብቓለይ ዚርዕድን ሰብ ደኣ እየ ዝጥምት ዘለኹ።</u>"

***ኢያ፥1፥8*** ፡- "ነቲ ኣብኡ እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ <u>ክትገብሮስ፣</u> መዓልትን ለይትን <u>ኣስተንትኖ</u> እምበር፣ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ካብ ኣፍካ <u>ኣይትፍለ።</u> ሽዑ መገድካ ተቕንዕ እሞ፣ ሽዑ ድማ ክሰልጠካ እዩ።"

***እዝ፥7፥10*** ፡- "እዝራ ሕጊ እግዚኣብሄር <u>ንምምርማርን ንምግባርን፣</u> ስርዓትን ፍርድን ከኣ ኣብ እስራኤል <u>ክምህርንሲ</u> ልቡ ኣዳለወ።"

***መዝ፥1፥1,2*** ፡- "ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፣ ኣብ መገዲ ሓጥኣን ዘይቀውም፣ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቕመጥ፣ ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዚፍሳህ፣ <u>ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን፣ ዝመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ።</u>"

***ኤር፥15፥16*** ፡- "ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፣ <u>ቃላትካ ምስ ረኸብኩ በላዕክዎ።</u> ብስምካ ተሰምየ እየ እሞ፣ <u>ቃላትካ ሓጐሰይን ፍስሃ ልበይን ኰነኒ።</u>"

***መዝ፥119፥36,92*** ፡- "ንልበይ ናብ ምስክራትካ እምበር፣ ናብ ስስዐ ገንዘብ ኣይተዝብሎ። ... ሕግኻ ደስታይ እንተ ዘይነብርሲ፣ ሻቕ ብመከራይ ምጠፋእኩ ነይረ።"

## 3. ካብ ሚዛን ንከምልጥ ብምፍርራህን ብምድንጋርን ዘይምራሕ ምንቅስቓስ

ሓደ ምንቅስቓስ ሓቀ እንተ ድኣ ኮይኑ፣ እቶም ሰዓብቱ ነቲ ምንቅስ ቓስ ክመዝንዎ ክምርምርዎ ዘፍቅድ ግሉጽነት (ሩቶሸቦዘታሽቶቅቦቀን) ዘለዎ ክከ ውን ይግባእ። ንርእሱ ጥራይ ዘይኮነስ ንካልኦት ምንቅስቓሳት ከይተረፈ መዚንካ ክትመላለስ ዘፍቅድን ዘተባብዕን ምንቅስቓስ ክኸውን ይግባእ። ብቐንዱ ከኣ ነቶም ዘንቀሳቕስዎ ሰባት ክትምርምር እንተ ዘይክኢልካ፣ ዓይንካ ዓሚትካ ብዘይ ርጉጽ ነት ክትስዕቦ ኣብ ዘገድድ ሓደገ መንገዲ ኣቲካ ኣለካ ማለት እዩ። ነቲ ክመዝን ዝደሊ፣ "ኣይትጠራጠር፣ ንቕቡኣት ኣይትተንኪ፣ ኣይትፍረድ" እናበለ ናብ ስግኣት ከም ዝኣቱ ዝገብር፣ ብኣንጻሩ ብጥቕሚ ወይ ብዝናን ክብርን ተታሊሉ ከም ዝስዕብ ዝገብር እንተ ኮይኑ ብሓቂ ጥዕና ዘይብሉ ምኳኑ ብኣግኡ ክነስተውዕል የድሊ።

ከምቲ ኤርምያስ ነብዩ፣ "ነዞም ነብያት እዚኣቶም ኣይለኣክክዎምን ግናከ ጐየዩ፣ ኣነስ ኣይተዛረብክዎምን ግናከ ንሳቶም ተነበዩ። <u>ኣብ ምኽረይ ውዒሎም ነይሮም እንተ ዝኾኑስ፣</u> ቃላተይ ንህዝበይ መስምዕዎም፣ ካብቲ ክፉእ መንገዶምን ካብ እከይ ግብሮምን ከኣ ምመለስዎም ነይሮም" ብምባል ከይለኣኮም ዝጐይዩ ከ ይተዛረቦም ዝንበዩ ሰባት ከም ዘለው ዝገለጸልና። ነዚ ሓቂ እዚ ተገንዚብና ጉያኦምን መልእኽቶምን ምስ ምኽሪ ኣምላኽ ዝሳነን ዘይሳነን ምኳኑ ክንመዝን ብግዲ ኣድላዪ እዩ (ኤር፣23፣21-23)።

እቲ ሃዋርያ ጳውሎስን ሲላስን ንሰብ ቤርያ ዝሃብዎም ናይ ምምርማር ነጻነት፣ እቲ ዘለናዮ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ከውሕሰና ክክእል ኣለዎ። ን ትምህርትና "እስኪ ከምኡ እንተ ኮይኑ" ኢሎም ምስቲ ምንጪ ኩሉ ሓቂ ዝኮ ነ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣዛሚዶም ክምርምርዎ ምስ ጀመሩ፣ ሕማቕ ክስምዓና "ጠርጢሮምና" ዝብል ስክፍታ ክወርረና እንተ ጀሚሩ፣ ወይ እቲ ምንቅስቓስና ጥዕና የብሉን፣ ወይ'ውን ንሕና ነቲ ምንቅስቓስና ዝበቅዕ ብቕዓት የብልናን ማለት እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንነዊሕ ዓመታት ዝኣክል ካብ ኢየሩሳሌምን ካብቶም ምርኡያትን በኸራት ሃዋርያት ርሒቑ ብዙሕ ዕውት ስራሕ ሰሪሑ እኳ እንተ ኮ

ነ፡ ነቲ ዕዮኡ ግን ኣብ ሚዛን ሃዋርያት እንታይ ከም ዝመስል ንምርኣይ ናብ ኢየሩሳሌም ተመልሰ።

> ***ገላ፡2፡1-3,6-9*** ፦ "ካብኡ ከኣ ድሕሪ ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመት ከም ብሓድሽ ናብ የሩሳሌም ምስ በርናባስ ደየብኩ፡ ንቲቶስውን ምሳይ ተማላእክዎ። እቲ ምድያበይ ከኣ ብምኽንያት ሓደ ራእይ እዩ። ምናልባሽ ንከንቱ ከይጕዩ ወይስ ጐይየ ከይህሉ ኢለ፡ እቲ ኣብ ኣ ህዛብ ዝሰብኮ ወንጌል ነቶም ምርኡያት ኣብ በይኖም ገይረ ተዛረብክዎም። ግናከ ነቲ ምሳይ ዝነበረ ቲቶስ እኳ፡ ጽርኣዊ ክነሱስ፡ ምግዛር ኣየድለዮን። ... እቶም ርኡያት መሰልቲ፡ ኣምላኽሲ ገጽ ሰብ ርእዩ ኣየዳሉን እዩ እሞ፡ ከመይ ዝበሉ ከም ዝኾኑ፡ ግዱም የብለይን። እቶም ርኡያት መሰልትስ ሓንቲ እኳ ኣይወሰኹለይን። እቲ ኣብ ጴጥሮስ ንሃዋርያነት ኣብ ግዙራት ዝዓየየ፡ ኣባይ ድማ ኣብ ኣህዛብ ዓየ የ እሞ፡ ከምቲ ንጴጥሮስ ንግዙራት ንኣይ ግዳ ኣብ ዘይተገዝሩስ ወን ጌል ምሕጽንታ ተዋሂቡኒ ምስ ረኣዩ፡ እቶም ኣዕኑድ ከም ዝኾኑ መ ሰልቲ፡ ያዕቆብን ኬፋን ዮሃንስን፡ እቲ ዝተዋህበኒ ጸጋ ምስ ፈለጡ፡ ን ሕና ናብ ኣህዛብ ክንከይድ፡ ንሳቶም ግና ናብ ግዙራት ምናዳ ንኣ ይን ንባርናባስን ናይ ሕብረት የማነይቲ ኢዶም ሃቡና።"

ሃዋርያ ጳውሎስ ዋላኳ ብዛዕባ ኣገልግሎቱ ኣዝዩ ርግጸ ን ተባዕን እንተ ነበረ፡ ነቲ ዕዮኡ ካብ ሚዛን ክሓብኦ ኣይደለየን። ብቐንዱ እዚ ንክገብር ዘለዓዓ ሎውን ከምኡ ንክገብር ዝድርኽ ራእይ ካብ ኣምላኽ ስለ ዝረኣየ እዩ። ኣብ ዘመንና ዝካየዱ ዘለው መንፈሳዊ ንጥፈታት እውን እንተ ኮኑ ከምዚ ዝዓይነቱ መንፈሳዊ ባህርይ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ። ብቓል እግዚኣብሄር ኮነ ብሰባት ተመዚኑ ክሓልፍ ፍቓደ  መንፈስ ከነርኢ የድሊ።

እቲ ሚዛን ግን ንቓላት ናይ ኣፍና ወይ'ውን መንፈሳዊ ናይ ቤተ ክርስ ትያን ንጥፈታትና ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ናይ ውልቃዊ ህይወትና ፍረ መን ፈስ'ውን ዝምልከት ከም ዝኮነ ክንፈልጥ የድሊ። ስለዚ ነቲ እንዛረቦን እን ገብሮን ንሚዛን ክንውፍዮ ይግባእ። ዋላ ከመይ ዝበለ ዝተጻፈፈ ኣብ ሓቂ ዝተ ሰረተ መሰረተ እምነት ይሃሉካ፡ ናብራ ህይወትካን እቲ መሰረተ እምነትካን ዘይሳነዩ እንተ ኮይኖም ጥዑይ ምንቅስቓስ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ስለዚ ስጋናን

መንፈስናን፡፡ ትምህርትናን ናብራናን ኩሉ ንሚዛን ኣሕሊፍና ንምሃብ ዘይንስከፍ፡ ብዝተማልአ ሚዛናዊ ክርስትና እንነብር ኣመንቲ ናብ ምኳን ክንዓቢ የድልየና። ንዝኾነ ይኹን ሰብ ብመንጽር ቃል እግዚኣብሄርን ብመንጽር እቲ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወቱ ዘፍረዮ ፍረን ክንመዝን የድልየና ማለት እዩ።

> ***ገላ፡5፡22*** ፦ “እቲ <u>ፍረ መንፈስ</u> ግና ፍቕሪ፡ ሓጐስ፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይኣክለኒ ምባል እዩ።”

> ***1ተሰ፡5፡19,20*** ፦ “<u>መንፈስ ኣይተጥፍኡ።</u> ትንቢት ኣይትንዓቑ። ንኩሉ ተዓዘብዎ፡ ነቲ ሰናይ ሓዝዎ። ካብ ክፉእ ዘበለ ርሓቑ።”

ሓድሓደ ጊዜ እቶም ሓሰውቲ ነብያት ዝብልዎ ትንቢት ክፍጸም፡ ወይ ዝበልዎ ተኣምራት ክሰልጦም ክንርኢ ዝከኣል እዩ። ዋላ እዚ ደኣ ከምቲ ዝበልዎ ይኹን እምበር፡ ነዚ ፍጻሜ እዚ መዝሚዞም ብእኡ ጌሮም ናበይ ገጾም ክመርሑካ ይደልዩ ከም ዘለዉ ክትምርምር የድሊ። እዞም ፍጻሜታት እዚኣቶም ነቲ ናይ ምምዛን ሓላፍነት ሽለል ክትብል፡ ድቃስ ሞት ክትድቅስ ምኽንያት ክኾኑካ የብሎምን። ንኣብነት ሓደ ንምዉት ኣተንሲኡ ከብቅዕ፡ ኣስዒቡ ግን “ክርስቶስ ኣብ መስቀል ተሳዒሩን ሰይጢኑን እዩ” እንተ ኢሉካ፡ እቲ ቀዳማይ ተግባሩ ዘይኮነስ እቲ ብድሕሪኡ ተከቲሉ ዝመጸ መርዛም መልእኽቲ እዩ ብዝያዳ ክገድሰካ ዝግብኦ። ሙሴ ድማ ነዚ ሓቂ እዚ እዩ ንህዝቡ ክገልጸሉ ዝፈተነ።

> ***ዘዳ፡13፡1-3*** ፦ “ኣብ ማእከልካ ነብዪ ወይ ሓላም ሕልምታት እንተ ተንስአ እሞ ምልክት ወይስ ተኣምራት እንተ ሃበካ... እሞ <u>ከምቲ ዝበለካ እንተ ኮነ፡ ደድሕሪ ዘይትፈልጦ ካልኦት ኣማልክቲ ንኺድ</u> ነገልግሎም እንተ በለካ... ነቲ ነብዪ እቲ ወይ ነቲ ሓላም ሕልምታት እቲ <u>ቃሉ ኣይትስማዕ።”</u>

> ***1ጢሞ፡4፡1-2*** ፦ “በቲ ዳሕራይ ዘመናት ግና <u>ገሊኦም እምነቶም ክሒዶም፡ ንመናፍስቲ ስሕተትን ንምህሮ ኣጋንንትን ከም ዝስዕቡ</u> እቲ መንፈስ ብግሁድ ይብል ኣሎ።”

> ***1ዮሃ፡4፡1*** ፦ “ኣቱም ፍቁራተይ፡ ብዙሓት ነብያት ሓሶት ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለው እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ካብ ኣምላኽ እንተ ኮይኖም

<u>መርምሩ</u> እምበር፡ ንመንፈስ ዘበለ ኩሉ <u>ኣይትእመንዎ</u>።"

በቲ ዝብልዎ ቃላትን በቲ ዝገብርዎ ተግባራትን ፈሪህካ ካብ ምምርማር ዓዲ እንተ ውዒልካ፡ ብመጀመርታ ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ሓቅን ከም ዘይብልካ ንርእስካ ተቃልዕ ኣለካ፡ ካልኣይ ከኣ ነታ ከተድሕና ዝሓሰብካ ነፍሲ ብሰሪ ፍርሃት ናብ ዝከፍአ ስቓይ ትምጥዋ ኣለካ። ካብዚ ዝከፍእ ዕሽነት ክህሉ ከኣ ኣይክእልን እዩ'ሞ፡ ሓደራ ንምድሓን ንለብም።

***<u>1ዮሃ፡4፡18</u>*** ፦ "ፍርሃትሲ ስቓይ እያ እተምጽእ፡ እቲ ዝፈርህ ከኣ ብፍቕሪ ፍጹም ኣይኮነን፡ እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ተባርራ ደኣ እምበር፡ ኣብታ ፍቕርስ ፍርሃት የልቦን።"

***<u>2ጢሞ፡1፡7</u>*** ፦ "…. ኣምላኽሲ መንፈስ ሓይልን ፍቕርን ቅጽዓትን እምበር፡ <u>መንፈስ ፍርሃት</u> ኣይሃበናን…"

***<u>ኤፌ፡5፡8-10,15-17</u>*** ፦ "ፍረ ብርሃን ብሰናይ ዘበለን ብጽድቅን ብሓቅን እዩ፡ ቀደም ጸልማት ኔርኩም ኢኹም እሞ ብጐይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢኹም፡ ንጐይታ ዘሐጉስ <u>እናመርመርኩም፡</u> ከም ደቂ ብርሃን ኴንኩም ተመላለሱ። … እምበኣርሲ ቅንያቱ ክፉእ እዩ እሞ፡ ጊዜ ዓ ዲግኩም <u>ከም ለባማት እምበር፡ ከም ዓያሱ ዘይኮኑ</u> ከመይ <u>ብጥንቃቐ</u> ከም እትመላለሱ ተመልከቱ፡ ምእንትዚ እቲ <u>ፍቓድ ጐይታ</u> እንታይ ምኳኑ <u>ኣስተውዕሉ</u> እምበር፡ <u>ዓያሱ ኣይትኹኑ</u>።"

## 4. ንኣእምሮ/ንልቦና ዘየስሕት

ኣብዞም ኣብ ዘመንና እንርእዮም ኣሰከፍቲ መንፈሳውያን ምንቅስቓሳት፡ ሓደ ሕማቕን ሓደገ ን ልምምድ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ሰባት እቲ ዝዓበየ መንፈሳዊ በረከት ጌሮም ዝቖጽርዎ ዘለው፡ እቲ ንሳቶም "መንፈስ ቅዱስ" ዝብልዎ በቲ ኣደራሽ ክሓልፍ ወይ ኣብቲ ኣደራሽ ክዓርፍ ከሎ ንኣእምሮኦም ክዘርፍን ኣብ መሬት ከውድቖምን ከሎ እዩ። ካብቶም ተጋባእቲ መብዛሕትኦም ተዘሪሮም ከለው፡ ከይወደቐ ዝተረፈ ሰብ እንተልዩ፡ "መንፈስ ቅዱስ" ጐስዩዎ ስ

ለ ዝሓለፈ ምጉሃይን ምትካዝን ልሙድን ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። ዕራቕካ ክሳዕ እትወጽእ፡ ኣካላትካ ክሳዕ ዝሰበር ወዲቕካ ኣእምሮካ ምስኣን ከም በረከት ኣብ ዝቑጸረሉ፡ እዚ ስለ ዝተረፈካ ድማ "ኣምላክ ጐስዩኒ፡ በረከት ስኢነ" ኢልካ ኣብ ዝትከዘሉ ክፉእ ዘመን ኢና ዘለና!! እቲ ልዕሊ ኩሉ ዘሕዝን ከኣ፡ እቶም ምውዳቕ ዝሰለጦም ሰባት ከም ገለ ኢሎም ምስ ተበራበሩ እንተ ተሓተቱ ከም ሓደ ተራ ቀልቡ ስሒቱ ዝነበረ (Faint ዝገበረ) ሰብ፡ ብዘይ ዋላ ሓንቲ ናይ ኣ እምሮ ወሰክ ዝትንስኡ ምዃኖም እዩ። እንታይ ርኢካ ወይ ሰሚዕካ ኢልካ እንተ ተሓቲቱ፡ "ንከንቱ ወዲቐ ተንሲአ" ምእንቲ ከይብሉ ዝፈጥርዎ ናይ ሓሶት ዛን ታ እንተ ዘይኮይኑ፡ ዝርእይዎን ዝሰምዕዎን ነገር የለን። እዚ ኩሉ ኣብ መሬት ደርብዩካስ፡ ብዘይ ዝኾነ መደበሲ ዝገድፈካ እንተ ኮይኑ ድማ ድርብ ወጽዓ እዩ።

ንኣእምሮካ ዘስሕት፡ ንቐልብካ ዘጥፍእ መንፈሳዊ ልምምድ ንናይ ርከ ሳት መናፍስቲ ኣሰራርሓ ዘቃልዕ፡ ንክፉእ ስርሑ ድማ መሳርሒ ዝገብር ሓደገ ልምምድ እዩ። ንኣእምሮካ ባዶ ክትገብር፡ ብኣእምሮካ ከይትሰርሕ ዝነግር ዝኾነ ይኩን ምንቅስቓስ ምስ ናይ ርሑቕ ምብራቕ ናይ ጣኦት (ኣጋንን ቲ) ኣምልኮ ዝተተሓሓዘ እዩ። ሚስተር ኬኔት ሃጊን ኣብ ሓደ ወቕቲ፡ "እምነት ኣብ እምነተይ ኢልኩም ብዓውታ እንተ ትጭርሑ፡ እምነት ንመንፈስኩም ወሪዱ ክመልእ ምሓገዝኩም ነይሩ። ኣብ ኣእምሮኩም ጽቡቕ ጌሩ ክሳዕ ዝዝገብ/ዝቕረጽ ንእኡ ደጋጊምኩም በልዎ። ንመጀመርታ ጊዜ ክትብልዎ ከለኹ ም ጽቡቕ ከም ዘይስመዓኩም እፈልጥ እየ። <u>ኣእምሮኩም ኣንጻር እዚ ቃል እዚ ከም ዝዕምጽ እፈልጥ እየ። እንተ ኮነ ኣነ ብዛዕባ ኣእምሮካ ዘይኮነስ ብዛዕባ ልብካ እየ ዝዛረብ ዘለኹ።"</u>[19] ብምባል ሰባት ንኣእምሮኦም ከይሰምዑ ኣጠን ቂቑም።

ብመሰረቱ ቃል እግዚኣብሄር፡ ብናይ ኣእምሮና ኣተሓሳስባን መንፈስን ክንሕደስ ንኣእምሮና ድማ ንእግዚኣብሄርን ንሓቅታቱን ጥራይ ክሕዛእ ከም ዘለዎ እዩ ዝሕብረና።

> ***<u>ሮሜ፡12፡1-2</u>*** ፡- "እምበኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ን ኣምላክ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣ ምላክ እምዕደኩም ኣለኹ። እዚ ማለት እቲ <u>ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣ ገልግሎትኩም እዩ።</u> እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ክትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።"

*ኤፌ፥4፥17-24* ፦ "እምበኣርሲ ከምቲ ኣህዛብ ብናይ ከንቱ ሓሳቦም ዝመላለስዎ ከይትመላለሱ፡ እዚ እብል ብጐይታውን እምስክር ኣለኹ። ንሳቶም ብሰሪ ትሪ ልቦምን ብሰሪ እቲ ኣባታቶም ዘሎ ድንቁርናን ኣእምሮኦም ጸልሚቱ ካብ ህይወት ኣምላኽ ርሒቖም፡ ድንዙዛት ኰይኖምውን ብስስዔ ርክሰት ዘበለ ንምግባር ናብ ዕብዳን ተለቁ። ንስኻትኩም ግና ንክርስቶስ ከምዚ ጌርኩም ኣይተመሃርክምዎን። እታ ሓቂ ኣብ ኢየሱስ ከም ዘላ ሰሚዕኩምዎን ኣብኡ ተማሂርክምዎን እንተ ኾንኩምሲ ነቲ ቀደም እተመላለስኩምሉ ብትምኒት ስሕተት ዝጠፍእ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩም፡ በቲ ናይ ኣእምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ፡ እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ።"

*ማቴ፥22፥37* ፦ "ኢየሱስ ከኣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን፡ ብኹሉ ነፍስኻን፡ ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ፡ በለ።"

እግዚኣብሄር ብኣእምሮና ምሉኣትን ሰብኡትን ክንከውን እዩ ዝደሊ። ሃዋርያ ጳውሎስ "ኣሕዋተየ ብኣእምሮ ሰብኡት ኩኑ፡ ብክፍኣት ደኣ ህጻናት ኩኑ እምበር፡ ብዛዕባ ኣእምሮስ ቆልዑ ኣይትኹኑ።" ብምባል ንሰብ ቈረንቶስ ዝመዓደሉ ምኽንያት ከኣ ንሱ እዩ (1ቈረ፥14፥20)። ንሱ ንርእሱ ብዛዕባ ብልሳን ምጽላይ ክዛረብ ከሎ፡ "ብቛንቋ ጓና እንተ ጸለኹ፡ መንፈሰይ እዩ ዝጽሊ፡ ኣእምሮይ ግና ብዘይ ፍረ እዩ፡ ስለዚ እቲ ብቛንቋ ዝዛረብ፡ ምትርጓሙ ምእንቲ ክኽእሎ፡ ይጸሊ። እንታይ ደኣ እዩ፡ ብመንፈስ ክጽሊ ግና በእምሮይ ድማ ክጽሊ እየ፡ ብመንፈስ ክዝምር፡ ግናኸ በእምሮይውን ክዝምር እየ። ... ሓለፋ ኵላቶም ቋንቋታት እዛረብ እየ እሞ ንኣምላኽ ኤመስግን ኣለኹ። ግናኸ ንካልኦትውን ምእንቲ ክምህርሲ፡ ኣብ ማሕበር እልፊ ቃል ብቛንቋ ካብ ዚዛረብ ሓሙሽተ ቃላት በእምሮ ክዛረብ እፈቱ ኣሎኹ።" ብምባል ኣገዳስነት ናይ ኣእምሮ ኣጕሊሑ እዩ (1ቈረ፥14፥13-15, 18,19)።

ዋላ እኳ እቲ ልሳን ናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕን ህያብን እንተ ኮነ ንኣእምሮኡ ብዘይ ፍረ ካብ ዝገድፍ፡ ነቲ ኣእላፍ ናይ ልሳን ቃላት ገዲፉ፡ ሓሙሽተ ናይ ኣእምሮ ቃላት ክብል'ዩ መሪጹ። እዚ ድማ ነቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ውህበት ከቃልል ኢሉ ዝበሎ ዘይኮነስ፡ ናይ ምልኣት ኣእምሮ ኣገዳስነት

ክጕልሕ ስለ ዝደለየ ዝበሎ ቃል እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ጸቒጡ ካብ ዝመዓደሉ ጉዳይ ሓደ ጉዳይ ዕሽነትን ልቦናን እዩ። ለባም ወይ ዓሻ ምኳን ድማ ናይ ኣእምሮ ሕቶ እዩ። "ፍረ ብርሃን ብሰናይ ዘበለን ብጽድቅን ብሓቅን እዩ፡ ቀደም ጸልማት ኔርኩም ኢኹም እሞ ብጐይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢኹም፡ ንጐይታ ዘሐጉስ እናመርመርኩም፡ ከም ደቂ ብርሃን ኼንኩም ተመላለሱ። ... እምበኣርሲ ቅንያቱ ክፉእ እዩ እሞ፡ ጊዜ ዓዲግኩም ከም ለባማት እምበር፡ ከም ዓያሱ ዘይኰነ ከ መይ ብጥንቃቐ ከም እትመላለሱ ተመልከቱ፡ ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እን ታይ ምኳኑ ኣስተውዕሉ እምበር፡ ዓያሱ ኣይትኩኑ።" ብምባል ኣእምሮና ብዕሽ ነት ዘይኮነስ ብልቦና ክመላለስ ከም ዝግብኦ ተማሕጺኑ እዩ ("ኤፌ፡5፡8-10,15,17)።

ነብዩ ዳንኤል ብምኽንያት እቲ ዝረኣዮ ብሉጽ ራእይ ደው ምባል ስኢኑ ክሳዕ ዝወድቕ እኳ እንተ ኮነ፡ ንኩሉ'ቲ ራእይ የቕልበሉን የስተውዕሎን ነበረ። ስጋ-ለበስ ፍጥረት ኣብ ቅድሚ እቲ መለኮታዊ ኣምላክ ደው ክብል ዘይክእል ኮይኑ ደኣ እዩ ወዲቑ እምበር፡ እቲ ምውዳቕ ናይ በረከት ምልክት ስ ለ ዝኮነ ኣይኮነን ዝወደቐ። እቲ ምውዳቕ ቅቡል ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ኢድ መጺኣ ከተተንስኦን፡ "ኣስተውዕል ቀጥ ኢልካ ድማ ደው በል" ዝብል ትእዛዝ ክወሃቦ ኣይመድለየን ነይሩ።

> ***ዳን፡9፡22,23*** ፡- "መሃረኒ፡ ተዛረበኒ፡ በለውን፡ ዳንኤለየ፡ ኣነ ምስትውዓ ል ክምህረካ ኢለ ሕጂ ወጻእኩ። ብመጀመርታ ምህለላካ ቃል ወጸት። ንስካ ኣዚካ ፍትዊ ኢካ እሞ፡ ክነግረካ ኢለ መጻእኩ። እምበኣ ርስ ነዚ ቓል እዚ ኣቕልበሉ፡ ነዚ ራእይውን ኣስተውዕሎ።"

> ***ዳን፡10፡1,9-12,18,19*** ፡- "ንቂሮስ ንጉስ ፋርስ ኣብታ ሳልሰይቲ ዓ መቲ ነቲ ቤልጥሻጽር እተሰምየ ዳንኤል ነገር ተገልጸሉ፡ እቲ ነገር ከኣ ሓቂ እዩ፡ ስለ ዓብዪ መከራ ድማ እዩ። ንሱ ነቲ ነገር ኣቕለበሉ ነቲ ራእይውን ኣስተውዓሎ።" ... ድምጺ ቃላቱ ሰማዕኩ፡ ድምጺ ቃላቱ ምስ ሰማዕኩ ከኣ፡ ውኖይ ጠፊኡኒ፡ ብገጸይ ናብ ምድሪ ወደቕኩ። "እንሆ ከኣ፡ ኢድ ተንከየትኒ፡፡ በብራከይን ብግናዕ ኣእዳወይን ከኣ ኣ ተንስኣትኒ። ንሰውን፡ ኣታ ዳንኤል፡ ኣዚካ እትፈተካ ሰብ፡ ኣነ ሕጂ ናባካ ተላኢኸ እየ እሞ ነቲ ኣነ ዝነግረካ ቃላት ኣስተውዕሎ፡ ቀጥ ኢ

ልካ ድማ ደው በል፡ በለኒ። እዚ ቓል እዚ ምስ ተዛረበኒ፡ እናን ቀጥቀጥኩ ደው በልኩ። በለኒ ድማ፡ ዳንኤለየ፡ ካብታ ልብካ ናብ ምስ ትውዓል ዘቕናዕካላ ርእስካውን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽካ ዘትሓትካላ ቀዳመይቲ መዓልቲ ጀሚረን ቃላትካ ተሰሚዐን እየን።" ... "ሽዑ እቲ ሰብ ዚመስል ከም ብሓድሽ ተንከየኒ ኣበርትዓኒውን። ንሱ ከኣ ኣታ ኣ ዚካ እተፈቶካ ሰብ፡ ኣይትሸበር፡ ሰላም ንኣካ ይኩን፡ በርትዕ፡ ኤረ በርትዕ፡ በለ። ምስ ተዛረበኒ፡ በርታዕኩ፡ ኣነውን ጐይታየ፡ ኣበርቲዕካኒ ኢካ እሞ፡ ተዛረብ በልኩ።"

## *5. ናይ ርእስካ ክብርን ዕቤትን ተፈላጥነትን ዘይበሃገሉ/ዘይጋንኑ*

ሰባት ብስሙ ተሰምዮም ክነሶም ንስሙ ድማ ክሰብኩ ኢሎም ደው ኣብ ዝበሉ እዋን፡ ካብ ክብሩን ዕቤቱን ዝሰርቅሉን፡ ምስቲ ናቱ ኣጕራቢቶም ስሞም ከዕብዩ ዝድረኹሉ ኣጋጣሚታት ውሑድ ኣይኮነን። ናይቲ ብክብሩ ቀናእ ዝኮ ነ ኣምላኽ ክብሪ ሰሪቖም ንሰባት ክምጥውዎን ከዕብዩሉን ከለው ስክፍ ዘይብሎም እዋናት'ውን ውሑድ ኣይኮነን። ካብ ብቐንዱ ንኣምላኽ፡ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብዝያዳ ዝሰበኩሉ ጊዜ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ሰባት ካብ ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ብመንፈሱ ጌሩ ዘፍረዮም መንፈሳዊ ፍረታት፡ ብዛዕባ እቶም ንኣምላኽ ጥራይ ዝብጽሕዎ ፍረታት ግብሪ ሓይሊ ከዘንትው ይቐልሎምን ባህ የብሎምን። ብዛዕብኡ ብዙሕ እንተ ኣውክዑ፡ እቲ ተግባር እቲ ፍረ ናታቶም ዝኮነ ዝመስ ሎም ሰባትን፡ "ኣብያተ ክርስትያናትን" ይበዝሑ ኣለው። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ግን፡ ሰባት ብዛዕባ ተኣምራታትን ውህበታትን ብዙሕ ዝዛረቡን ዝምጉቱን ብተግባር ክርእይዎ ዝክእሉ ፍረ መንፈስ ካብ ህይወቶም እናጠፍአን ብመንፈሳዊ ደርቂ እናተጠቕዑን ክኸዱ ከለው እዮም። ነዚ ርኡይ ኣብነት እትኮነና፡ እታ "ምርእይቲ" ናይ ቈረንቶስ ቤተ ክርስትያን እያ። ኣብ መንጐኦም ሻራን ቅንእን ዝሙትን ዝኣክል ኣዝዩ ዓብይ ግብሪ ስጋ ዓብሊሉ እናረአዩ ዘይጐሃዩስ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ መንጐኦም ዝነበረ ናይ ውህበታት ምብልላጽ ክምጉቱን ንጐይታን፡ ነቲ ብጐይታ ዝወለዶም ሃዋርያ ጳውሎስን ከጉህዩ ተረኺቦም።

ጐይታ ግን ክብሪ ቅዱሳኑን ክብሪ ቤተ ክርስትያኑን ፍረ መንፈስ ብምብዛሕ ከዕቢ እዩ ዝደሊ። ሰባት ናቶም እንተ ስኢኖም እዮም፡ ብዛዕባ ናይ ካልእ ኣካል ብምዝንታው ንድካሞም ክኸሓሕስዎ ዝደልዩ። እቶም ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ምዕራፍ 7 ተጠቒሶም ዘለው፡ ካብ ግብሪ ሓይሎም ግብሪ ዓመጻኦም

ጸብለል ኢሉ ዝተረከበ ሰባት፡ ናይዚ ሓቂ እዚ ህያው ኣብነት እዮም። እዞም ሰባት እዚኣቶም ብስሙ ብዙሕ ነገር ከም ዝገበሩ፡ ነቲ ኩሉ ዝፈልጥ ጐይታ "ምስ ነገርዎ"፡ "ብስመይ ከምኡ ኣይገበርኩምን ሓሲኩም" ኣይበሎምን። ብስሙ ከም ዝገበርዎ ሓቂ እዩ። ብስሞም ፈጺሙ ክግበር ዘይከኣል እዩ። ስለዚ ክኣ ነቲ ክብሪ ናይቲ ፍጻሜ፡ እቲ ንእኡ ዝፈጸመ ስም እዩ ዝወስዶ እምበር፡ እቶም ንእኡ ተጐዝጒዞም ስሞም ከዕብዩን ንግብሪ ዓመጻኦም በቲ ዓብይ ስምን ተግባሩን ክከድኑ ዝፈተኑ ሰባት ኣይኮኑን ዝወስድዎ። ንጐይታ ስሙ "ገባር-ተኣምር" እዩ፡ ናታቶም ስም ከኣ "ገበርቲ-ዓመጻ" እዩ። ኣብ መጀመርታ ናይቲ ታሪክ ዘይተራከቡ ስማት፡ ኣብ ፍጻሜ ናይቲ ታሪክ ክራከቡን ክልቲኦም ብሓደ ወገን ናይቲ ማዕጾ ክህልው እዮም ኢልካ ኣይሕሰብን እዩ።

ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ቀንዲ ኣበሳን ዕሽነትን እምበኣር፡ በቲ ኣብ መሳ፡9፡8-15 ተጻሒፉ ዘሎ ምስላ ክግለጽ ዝከኣል እዩ። "ኣእዋም ኣብ ልዕሊኦም ንጉስ ክቐብኡ ከዱ እሞ፡ "ነውሊዕ፡ ኣብ ልዕሌና ንገስ"፡ በልዎ። እቲ ኣውሊዕ ግና፡ "ከይደ ኣብ ልዕሊ ኣእዋም ሰሰው ክብል ኢለስ፡ ነቲ ኣምላኽን ሰባትን ኣባይ ዘክብርዎ ዘይተይዶ ክገድፍ እየ?" በሎም። ሽዑ እቶም ኣእዋም ንበለስ፡ "ንስካ ንዓ እሞ፡ ኣብ ልዕሌና ንገስ"፡ በልዎ። እቲ በለስ ግና፡ "ከይደ ኣብ ልዕሊ ኣእዋም ሰሰው ክብል ኢለስ፡ ነቲ ጣዕመይን ጽቡቕ ፍረይንዶ ክገድፍ እየ?" በሎም። እቶም ኣእዋም ንወይኒ ድማ፡ "ንስካ ንዓ እሞ ኣብ ልዕሌና ንገስ"፡ በልዎ። እቲ ወይኒ ከኣ፡ "ከይደ ኣብ ልዕሊ ኣእዋም ሰሰው ክብል ኢለስ፡ ነቲ ንኣምላኽን ንሰባትን ዘሐጉስ ወይነይዶ ክገድፍ እየ?" በሎም። ሽዑ ኵሎም ኣእዋም ንእሾኽ፡ "ንስካ ንዓ እሞ ኣብ ልዕሌና ንገስ"፡ በልዎ። እቲ እሾኽ ድማ፡ "ብሓቂ ንኣይ ቀቢእኩም ኣብ ልዕሌኩም ከተንግሱኒ እንተ ደሊኩምሲ ኣብ ጽላለይ ኣጽልሉ፡ እንተ ዘይኮነ ድማ፡ ካብቲ እሾኽ ሓዊ ይውጻእ እሞ ነቲ ጽሕድታት ሊባኖስ ይብልዓዮ፡ በሎም።" ኣብ ልዕሊ ሰባት ክከብሩን ክዓብዩን ክብሉ እቲ ንኣምላኽን ንሰብን ዘሐጉስን ዘገልግልን ፍሪኦም ስለ ዝሓደጉ እዮም ናብ ፍርዲ ዝተመጠው። ንስሞም ምስቲ ሱራፌልን ኪሩቤልን ዝርዕዱሉ ስም ኣጐራቢቶም ከዕብዩ ክብሉ ግብሪ ዓመጻኦም እናዓዘዘ ከይዱ። ኣብ መወዳእታ ድማ ግደ ብክያትን ምሕርቃም ኣስናንን ገበሮም።

እምበኣር፡ ንርእስና ኣዋሪድና ንእኡ ብምክባርና ደኣ ክንከብር ንምረጽ እምበር ንናይ ርእስካ ክብርን ዕቤትን ተፈላጥነትን ኢልካ ምዕያይ ናብ ዓዲ ዘየ እቱ ሓደገ ኻል መገዲ እዩ። ሰባት "ኣቤት!" እናበሉ ዘውርዩልና፡ ብክብሪ

ብሃብቲ ብተፈራህነት ጸብለል ዝበልና ኣብ ዝመሰለና ሰዓት ንመንጸፍና ድሮ ኣብ ሲኦል ኣንጺፍና ከም ዘለና ኣይንዘንግዕ። ስምና ማዕረ ስም ኣምላክ እናዓበየ ይከይድ ከም ዘሎ እንተ ተሰሚዑና፡ ሽዑ ልብናን ክዳንናን እንቐደሉ ርእስና ንምውራድ ብሓይለ ገደል እንጽዕተሉ እዋናዊ ወቕቲ ምኳኑ ኣይንዘንግዕ።

ሃዋርያት ዘርኣዩናን ዝሓደጉልናን ዘይሃስስ ኣሰር'ውን ንሱ እዩ። “ኣማልክቲ ብኣርኣያ ሰብ ናባና ወሪዶም፡ በሉ። ... እዚ ምስ ሰምዑ፡ ክዳውንቶም ቀደዱ እናጨደሩ ከኣ ናብቶም ህዝቢ ጐየዩ።” ዝብል ናይ ሃዋርያ ጳውሎስን በርናባስን ታሪክ፡ ኣምላክ ኣብቶም ርእሶም ክሒዶም ንክብሩ ዝቖሙ ሰባት ኣሉ ዘይበሃል፡ ዘደንቕ ስራሕ ክሰርሕ ከም ዘየሰክፎ እዩ ዘርእየና (ግብ፡14፡8-18)። ሃዋርያ ጴጥሮስ'ውን ነቲ ካብ ከርሲ ኣዲኡ ሒዙ ኣእጋሩ ዝሞተ ሰብኣይ ብሓይሊ ጐይታ ምስ ፈወሶ፡ ንትዕቢት ዓብይ ምክንያት ክኸውን ዝክእል ፈተና ገጠሞ። ኩሉ ህዝቢ ብምግራም መሊኡ ናባታቶም ናብ ገበላ ሰለሞን ጐየየ (ግብ፡3፡1-11)። ብድሕርዚ ሃዋርያ ጴጥሮስ፡ “ነቶም ህዝቢ መለሰሎም፡ ከምዚ ኢሉ፡ ኣቱም ሰብ እስራኤል፡ ስለ ምንታይ በዚ ትግረሙ፡ ብገዛእ ሓይልና ወይስ ብገዛእ ጽድቅና ነዚ ክከይድ ከም ዝገበርናዮስ፡ ንምንታይ ንኣና ትጥምቱ ኣለኩም? ኣምላክ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያዕቆብን፡ ኣምላክ ኣቦታትና፡ ንወዱ ኢየሱስ ኣክበሮ፡ ጲላጦስ ክፍታሕ ምስ ፈረደሉ፡ ንስካትኩም ንዕኡ ኣሕሊፍኩም ሃብክምዎን፡ ኣብ ቅድሚኡ ክሒድክምዎን። ... ብስሙ ምእማን ከኣ፡ ስሙ ነዚ እትርእይዎን እትፈልጥዎን ሰብኣይ ኣጽንዖ፡ እታ ብእኡ ምእማን ድማ ነዚ ኣብ ቅድሚ ኩ ላትኩም ጥዕና ሃበቶ።” ብምባል ዝሃቦ መልሲ ነተን ብትዕቢት ዝተፈታተናኦም ኣዒንቲ ናይቲ ህዝቢ ካባታቶም ከም ዝለዓላ ጌሩ እዩ (ግብ፡3፡12,13,16)። ዋላ ዘይተጸበዮ ዘደንቕ በረከት ካብ ጐይታ ኣብ ዝተቐበለሉ እዋን እውን፡ ኣብ ክንዲ “ተባሪከ፡ ሃብቲመ” ዝብል ናይ ሓጐስ ስምዒት፡ ብኣንጻሩ ንጐይታ ዘዕቢ ንርእሱ ዘዋርድ ስምዒት ክስምዖ ከሎ እዩ ተራእዩ። እቲ ዓሳ ስኢኑ ሰበባ ክገፍፍን ክበላሾን ዝሓደረ መርበብ፡ ብተኣምራታዊ በረከት ክሳዕ ዝቕደድ ብዓሳ ምስ መልአ፡ ከም ተራ ሰብ ክዘልል ብዙሕ ክሕጐስ ምስ ብጾቱ ናይ ሓጐስ ምትሕቝቛፍ ክተሓቛቖፍ ምተጸበናዮ። እንተ ኮነ፡ ነቲ ብዝሒ ዓሳ ምስ ረኣየ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ በረከት ናይ ዓሳ፡ ዕቤትን ጽድቅን ናይ ጐይትኡን፡ ዕቤት ሓጢኣቱን እዩ ተራእይዎ። ስለዚ ከኣ “መሓረኒ” ክብል እኳ ሓይሊ ኣይረከበን። ብኣንጻሩ “ኣነ ሓጥእ ሰብ እየ'ሞ ካባይ ርሓቕ” ክሳዕ ዝብል እዩ ትሒቱ። እዚ ዘደንቕ ግብረ መልሲ እዚ ንጐይታ ብጣዕሚ እዩ ኣርውይዎ። ከምዚ ዝበለ ሰብ ደጌታት ሲኦል ክሕይልዎ ከም ዘይክእሉ፡ ዝከ ፈትካሉ ደገ

ሰማያት ብግቡእ ክጥቀም ከም ዝክእል፡ ንዝሃብካዮ ናይ ኣገልግሎት ስልጣን ብኣግባቡ ክጥቀም ዝክእል ዘየሰክፍ፡ ልብካ ዘቕስን፡ ከም ከውሒ ጽኑዕ ሰብ ምኳኑ በቲ ዘለኣለማዊ ፍልጠቱ ይፈልጥ እዩ። ስለዚ ከኣ ከም ቅጽበት ዓይኒ ካብ ገፋፍ ዓሳ ናብ ገፋፍ ሰብ ለወጦ። ጐይታ ንሃዋርያ ጴጥሮስ ነዚ ዓብይ ዝላ እዚ ከዝልሎ ዝፈተወ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። ሓንቲ መርበብ ጥራይ ብዝመልእ ዓሳ ተባሪኹ ክንድዚ ዝኣክል ዝተሓተ፡ ኣደራሽ ዘይኣክሎ ኣብ ሓን ቲ ስብከት 3,000 ሰባት ብመርበብ ወንጌል ምስ ገፈፈ ካብ መሬት ናበይ ገጹ ከም ዝትሕት እንድዒ!!

ስለዚ ሎሚ'ውን ነዚ ኣርኣያ እዚ ክንርስተዮ ከም ዘድልየና ኣይንዘንግዕ። ኣሳልጦ እናዓዘዘ ብዝከደሉ መጠን፡ ለቢቶ ከም ዝኣተዎ ብሑቕ መመሊስና ን ላዕሊ ክንንፋሕ ዘይኮነስ መመሊስና ክንትሕት ክንርዕድ ክንድቆስ እዩ ዘድልየና። ካብ ዕለት ናብ ዕለት “ኣነ” ዝብል ቃል ካብ መዝገበ ቃላት ናይ ኣእምሮናን ልሳንናን እናሃሰሰን እናጠፍኣን ክከይድ እዩ ዘድሊ። ናይ ኣምላክ ሰብ ምኳን ካ ንክረጋግጽ፡ ናይ ግድን ሃብታም ናይ ግድን ጥዑይ፡ ናይ ግድን ገባር ተኣ ምር ክትከውን ዘድልየካ እንተ ኮይኑ፡ ንርእስካ እምበር ንኣምላክ ተምልክ ከም ዘየለካ ኣይትዘንግዕ። ብማየማይ ብእግርካ ምካድ እትምነያ፡ “እከለ እምበር ብማየ ማይ ከይዱ” ምእንቲ ክትበሃል እንተ ኮይኑ፡ ኣእጋርካ ኣብታ ገፋሕ መንገዲ ረጊጸን ከም ዘለዋ ኣይትጠራጠር። ከም ናይቲ ቅዱስ ሃዋርያ፡ እታ ብማየማይ ምካድካ ንሱ ክርስቶስ ከም ዝኮነ ከተረጋግጸላ እንተ ኴንካ ግን፡ ክልቲኡ፡ ማለት እቲ ብእግርካ ኣብ ልዕሊ ማያት ምካድን እቲ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላክነትን ዕቤትን ክረጋገጸልካን ክሰልጠካን እዩ።

ዳዊት፡ እግዚኣብሄር ንዓበይቲ ነገራት ክሓስቦ ከሎ፡ ኣነ መን እየ ቤተይከ እንታይ እያ” በለ። እቲ ቅቡእ-ነበር ሳኦል ከሳድዶ ከሎ፡ “ኣነ መን ኮይነ እየ ተሳድደኒ ዘለኻ፡ ንጉስን ሰራዊትካን ደድሕሪ መን ወጺእካ ከም ዘለካዶ ትፈልጥ ኢኻ?” እናበለ ኣዝዩ ርእሱ ከትሕት ከሎ ተራእዩ። ሙሴ ንዓ ተለኣክ ምስ ተባህለ፡ “ኣነ መን እየ” ብምባል ርእሱ ኣትሓተ (ዘጸ፡3፡10-12)። ዮሃንስ መጥምቕ፡ እቲ ካብ ኣንስቲ ካብ ዝተወልዱ እቲ ዝዓበየ ምኳኑ ዝተመስከረሉ ሰብ፡ “ኣነ ቀቅድሚኡ ደኣ ተለኣክኩ እምበር፡ ክርስቶስ ኣይኮንኩን ከም ዝበልኩ፡ ንስካትኩም ባዕላትኩም ምስክረይ ኢኹም። እቲ መርዓት ዘላቶ፡ ንሱ መርዓ ዊ እዩ። እቲ ደው ኢሉ ንዕኡ ዚሰምዖ ዓርኪ መርዓዊ ግና ብድምጺ እቲ መርዓዊ ኣዝዩ ይሕጐስ። ደጊም እዚ ሓጐሰይ ተፈጸመ። ንሱ ክዓቢ፡ ኣነ ግና

<u>ክንእስ ይግባእ</u>።" ብምባል ዘደንቕ ትሕትና ኣርኣየ (ዮሃ፥3፥28-30)። ገለገለ ነገር ዝደለዩ ሓተትቲ መጺኦም፥ "ንስካ መን ኢካ? ብዛዕባ ርእስካ እንታይ ትብል?" ምስ በልዎ፥ "ኣነ ሰብ እየ፥ ኣነ ዮሃንስ ወዲ ካህን ዘካርያስ እየ" ኣይበለን። ብኣንጻሩ "ኣነ ኣብ በረካ ዝእውጅ <u>ድምጺ</u> እየ ... ኣነ ስራክ ኣሳእኑ ንምፍታሕ እኳ <u>ዘይበቅዕ</u> እየ።" ብምባል እዩ ክሳዕ ክንድዚ ንነፍሱ ዘትሓተ (ዮሃ፥1፥19-28)።

ብኣንጻሩ፥ እቶም ንርእሶም ምእንቲ ከክብሩ ኢሎም ንክብሪ ኣምላኽ ዝሰረቑ ሰባት ካብ ኣምላኽ ዝረከብዎ ፍዳ ኣዝዩ ዘሰክሕ እዩ። "ሄሮድስ ንሰብ ጢሮስን ሲዶናን ኣዝዩ ኲርዩ ተጻሊእዎም ነበረ። ተሰማሚዖም ከኣ ናብኡ ወጹ። ምግቢ ሃገሮም ካብ ግዝኣት እቲ ንጉስ ስለ ዝነበረ፥ ንብላስጦስ ሓለቓ ሽሕ ዙፋን ቤት ንጉስ ኣፍትዮም ዕርቂ ለመኑ። ሄሮድስ በታ መዓልቲ ቈጸራ ልብሰ መንግስቲ ለቢሱ ኣብ ዙፋን ተቐሚጡ ተዛረቦምውን። እቶም ህዝቢ ድማ፥ "እዝስ ድምጺ ኣምላኽ እዩ እምበር፥ ድምጺ ሰብ ኣይኮነን፥" ኢሎም ጨደሩ። <u>ክብሪ ንኣምላኽ ስለ ዘይሃበ ድማ ብኡብኡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ቀዘፎ፥ ሓሲኹውን ሞተ</u>" ዝብል ታሪኽ ሄሮድስ፥ ነቶም ክብሪ ኣምላኽ ንምስራቕ ዝድረኹ ሰባት ዓብይ መለበሚ ኣብነት እዩ (ግብ፥12፥20-23)። ንጉስ ነቡካድነጻር ንርእሱ ልዕል ኣቢሉ ክብሪ ኣምላኽ ኣብ ዝሰረቐሉ እዋን ዝተኸስተ ፍጻሜታት ዓብይ ትምህርቲ ዝህብ እዩ።

> <u>***ዳን፥4፥28-37***</u> ፥- "እዚ ኩሉ ንንጉስ ነቡካድነጻር በጽሖ። ድሕሪ እዚ ዓሰርተው ክልተ ወርሒ ጸኒሑ፥ ኣብቲ ኣዳራሽ ንጉስ ባቢሎን ይዘውር ነበረ፥ እቲ ንጉስ ከኣ፥ እዚኣ እታ ንክብሪ ግርማይን ንቤተ መንግስትን ክትከውን ኢለ ብሓይሊ ስልጣነይ ዝሃነጽክዋ ዓባይ ባቢሎንዶ ኣይኮነትን? ኢሉ ተዛረበ። እዚ ቓል እዚ ገና ኣብ ኣፍ ንጉስ ከሎ፥ "ዎ ንጉስ ነቡካድነጻር፥ ንኣካስ፥ መንግስቲ ካባካ ከይዳ እያ፥ ይበሃለልካ ኣሎ፥ ካብ ሰብ ክትስጐጕ፥ ምስ እንስሳ መሮር ክትነብር ኢ ካ፥ ከም ንኣብዑር ከኣ ሳዕሪ ከብልዑካ እዮም፥ እቲ ልዑል ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ሰብ ከም ዝመልክ፥ ንዝደለዮ ከኣ ከም ዝህቦ ክሳዕ እትፈልጥሲ፥ ሾብዓተ ግዜያትውን ክሓልፉካ እየን" ዚብል ድምጺ ካብ ሰማይ ወረደ። ብኡብኡ እቲ ነገር ኣብ ነቡካድነጻር ተፈጸመ፥ ጸጕሩ ከም ናይ ንስሪ፥

ኣጽፉሩውን ከም ናይ ኣዕዋፍ ኰይኑ ክሳዕ ዝነውሕ፡ ካብ ሰብ ተሰጒ፡ ከም ብዕራይ ሳዕሪ በልዐ። ስጋኡ ብኣውሊ ሰማይ ጠልቀየ።

እቲ ዘመን ምስ ተፈጸመ፡ ኣነ ነቡካድነጻር፡ ኣዒንተይ ናብ ሰማይ ኣልዓልኩ እሞ ኣእምሮይ ተመልሰለይ። ነቲ ልዑል ባረኽኩ፡ ነቲ ንዘለኣለም ህያው ዝኾነ፡ ግዝኣቱ ዘለኣለማዊ ግዝኣት፡ መንግስቱውን ንውሉድ ወለዶ ዝነብር፡ ወደስኩን ኣኽበርኩን። እቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩ ኵሎም ብእኡስ ከም ገለ እኳ ኣይቍጸሩን፡ ንሱ ኣብ ሰራዊት ሰማይን ኣብቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩን ከም ፍቓዱ እዩ ዝገብር። ኢዱ ክኽልክላ፡ ስለ ምንታይ እዚ እትገብር? ክብሎ ዝኽእልውን የሎን። በታ ጊዜ ቲኣ ኣእምሮይ ተመልሰለይ፡ ንኽብሪ መንግስተይ ከኣ ግርማይን ምንጽብራቐይን ተመልሰለይ፡ ኣማኸርተይን፡ መኳንንተይን ደለዩኒ፡ ኣነ ከኣ ኣብ መንግስተይ ጸናዕኩ፡ ዝበለጸ ዕ ቤትውን ተወሰኸ ለይ። ሕጂ ድማ ኣነ ነቡካድነጻር ነቲ ንጉስ ሰማይ ኣመስግኖን ልዕል ኣብሎን ኣኽብሮን ኣለኹ። ተግባሩ ኵሉ ሓቂ? መገድታቱ ከኣ ፍርዲ እዩ እሞ፡ ነቶም ተዓብዮም ዝከዱ ከዋርዶም ይኽእል እዩ።"

እቲ ናይ ትዕቢት ቃላት ገና ኣብ ኣፍና ዘይኮነስ፡ ገና እቲ ሓሳብ ኣብ ልብና ከሎ ከይተረፈ ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ናብ ደረጃ እንስሳ ከም ዘውርደና ንዘክር። "ንሕና ኣማልኩቲ ኢና፡ ክርስቶስ ኢና፡ መንፈስ ኢና" ዝብል ማይ ብሑቕ ናብ ህይወትና ክኣቱ ካብ ዝጀመረሉ ህሞት፡ ከም ነቡካድ ነጻር፡ ከም ኣዳምን ሄዋንን፡ ከም መስፍን ጢሮስ፡ ካብ ንግስነት ናብ እንስሳነት፡ ካብ ገነት ናብ ምድሪ፡ ካብ ኪሩብ ሰማይ ናብ መልኣኽ ገሃነም ክንወድቕ ምኳንና ነስተውዕል።

ናይ በልዓም ስሰዐ፡ ንኽብሪ ርእሱ እምበር ንኽብሪ ኣምላኽ ዝጠቅም ኣይ ነበረን (ዘሁ፡ ምዕ፡22-25)። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ "ንሱ ብኽትዕን ብዜብእስ ዘረባን ሓሚሙ እዩ እምበር፡ ሓንቲ እኳ ዘይፈልጥ ንፉሕ እዩ። ካብዚ እዩ ቅንኢ፡ ባእሲ፡ ጸርፊ፡ ሕሱም ጥርጥር፡ ናይቶም ሓሳቦም ዝጠፍኦን ሓቂ ዝሰኣኑን ሰባት ብርቱዕ ጽልኢ ዝመጽእ፡ ካብ ከምዚኣቶም ዘመሰሉ ርሓቕ። እዚኣቶም ኣምልኮስ መገባብሮ ረብሓ ከም ዝኾነ እዩ ዝመስሎም። ግናከ ኣ ምልኮ ምስ ይኣክለኒ ምባል ዓብዪ ረብሓ እዩ። ማለት፡ ናብ ዓለም ሓንቲ'ኳ ኣ የምጻእናን እሞ ሓንቲ ክንወስድ ኣይከኣለናን እዩ። ቀለብናን ክዳንናን እንተ ኣ ሎናስ፡ ንሱ ይእከለና። እቶም ክህብትሙ ዚደልዩ ግና ኣብ ፈተናን መፈን

ጠራን፥ ኣብ ብዙሕ ንሰብ ናብ ምብራስን ጥፍኣትን ዘስጥሞ ናይ ዕሽነትን ጉድኣትን ትምኒት እዮም ዝወድቁ። እቲ ፍቕሪ ገንዘብሲ ሱር ኲሉ ክፍኣት እዩ እሞ፥ ገሊኦም ንእኡ እናተመጣጠሩ ካብ እምነት ዘምበሉ፥ ናብ ርእሶምውን ብዙሕ ስቓይ ኣምጽኡ።" ብምባል ዘጠንቀቐ፥ ምእንቲ ብሃብቲ ጸብለል ኢልና ክንረአ ኢልና፥ ነዚ ናይ ስስዐ ወንጌል ከም ዘለዎ እንተ ተቐቢልናዮ ብሓጢኣትን ክፍኣትን እምበር ብገንዘብ ኣይኮንናን ክንህብትም (1ጢሞ፥6፥5-10)። ሃዋርያ ጳውሎስ፥ ግዙእ ጐይታ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ምእንቲ ጐይታ ኢሉ ግዙእ ሰብ ቈረንቶስ ናብ ምኳን ትሒቱ እዩ። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ብምባል ድማ ንርእሱ ማዕረ ክንደይ ከም ዘትሓታ ኣርእዩና እዩ።

***2ቈረ፥4፥5,7***፥- "... ክርስቶስ ኢየሱስ ከም ጐይታ፥ ንርእስና ግና ምእንቲ ኢየሱስ ከም ግዙኣትኩም ጌርና እምበር፥ ርእስና ኣይኰንናን እንሰብክ ዘሎና።" ... "ግናከ እቲ ማእለያ ዜብሉ ሓይሊ ካብ ኣምላክ እምበር ካባና ምእንቲ ከይከውን፥ እዚ መዝገብ እዚ ኣብ ኣቕሓ መሬት እዩ ዘሎና።"

***ገላ፥2፥20*** ፥- "ግናከ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዝነብር ዘሎ እምበር፥ ደጊም ኣነ ኣይኰንኩን ዝነብር ዘለኩ። እዚ ሕጂ ብስጋ ዝነብሮ ዘሎኹ ድማ፥ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይ'ውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እየ ዝነብር ዘሎኹ።"

***2ቈረ፥5፥15*** ፥- "ድሕሪ ሕጂ እቶም ዘለው ነቲ ምእንትኦም ዝሞተን ዝተንስኤን እምበር፥ ንርእሶም ምእንቲ ከይነብሩ፥ ንሱ ኣብ ክንዲ ኩላቶም ሞተ።"

***ገላ፥6፥14,15*** ፥- "... በቲ መስቀል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ዓለም ብእኡ ንኣይ እተሰቕለት ኣነውን ንዓለም እተሰቐልኩ እንተ ዘይኰይኑስ፥ ትምክሕቲ ዘበለ ካባይ ይርሓቕ።"

***ግብ፥20፥24*** ፥- "ጉያይን ብጐይታና ኢየሱስ እተቐበልክዋ መልእኽተይን ክፍጽም፥ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ እናመስከርኩ ህይወተይውን ብኣይሲ ከም ክብርቲ ገይረ ኣይርእያን እየ።"

***2ቈረ፤11፤7*** ፡- “ወይስ ንስካትኩም ልዕል ምእንቲ ክትብሉ ኢለ ርእሰይ ኣትሒተ ወንጌል ኣምላኽ ብከምኡ እንተ ሰበኽክልኩምዶ ሓጢኣት ገይረ እየ?”

***1ቈረ፤15፤7-11*** ፡- “ድሕሪኡ ንያእቆብ፡ ድሕሪኡ ከኣ ንኹላቶም ሃዋርያት ተራእየ። ድሕሪ ኹላቶም ድማ ንኣይ፡ ቁላዕ ንዝመስል፡ ተራእየኒ። ኣነስ ነታ ማሕበር ኣምላኽ ስለ ዝሰጐጒክዋ፡ ምንኣስ ከኣላቶም ሃዋርያ እየ እሞ፡ ሃዋርያ ክስመ ብቑዕ ኣይኮንኩን። እቲ ዘሎክዎ ግና ብጸጋ ኣምላኽ እየ ዘሎኹ። ካብ ኩላቶም ዚበዝሕ ደኣ ጸዓርኩ እምበር፡ እቲ ንኣይ እተዋህበ ጸጋኡ ከንቱ ኣይኮነን። እቲ ምሳይ ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኮነን። እምበኣርሲ ኣነ እንተ ኰን ኩ፡ ንሳቶም እንተ ኰኑ፡ ከምዚ ጌርና ንሰብክ ኣሎና፡ ንስካትኩምውን ከምኡ ኣመንኩም”

***1ቈረ፤4፤9-13*** ፡- “ኣምላኽ ንኣና ሃዋርያት፡ ድሕሪ ኩላቶም ኳንና፡ ከምቶም ሞት እተፈርዶም ከም ዝገበረና፡ ይመስለኒ። ስለዚ ንዓለም ንመላእኽትን ንሰብን ትርኢት መስሓቒ ኳንና ኣሎና። ንሕና ስለ ክርስቶስ ዓያሱ ኢና፡ ንስካትኩም ግና ብክርስቶስ ጥበበ ታት ኢኹም፡ ንሕና ሕማቓት፡ ንስካትኩም ግና ሓያላት፡ ንስካትኩም ክቡራት፡ ንሕና ግና ሕሱራት ኢና። ክሳዕ ሕጂ ንጠምን ንጸምእን ንዓርቕን ንጽፋዕን ኣሎና፡ ማሕደር የብልናን፡ ብገዛእ ኣእዳውና እናዓየና ድማ ንጽዕር ኣሎና። እናጸረፉና ንምርቕ፡ እናሰጐጉና ንዕገስ፡ እናተሓሚና ንምዕድ ኣሎና። ክሳዕ ሕጂ ከም ጐሓፍ ዓለምን ከም ናይ ኩላቶም ጐዶፍን ኳንና ኣሎና”

## ***6. ኣብ ፍረ መንፈስን ኣብ ቅድስናን ዘተኰረ፡***

ሃዋርያ ጳውሎስ ንቲቶስ ዝሃቦ “እቶም ናትናውን ብዘይ ፍረ ከይኰኑ፡ ነቲ ብግዲ ዘድሊ ነገር ሰናይ ግብሪ ክገብሩ ይመሃሩ” ዝብል ፍሉይ ምሕጽንታ እቲ ቀንዲ ሕመረት ናይዚ ኣርእስቲ እዩ (ቲቶ፤3፤14)። ዝኾነ ይኹን ሓቀ እየ ዝብል መንፈሳዊ ምንቅስቓስ፡ ነቶም “ናትይ እዮም” ዝብሎም ሰዓብቲ ነቲ ብግዲ ዘድሊ ፍረ መንፈስ (ሰናይ ግብሪ) ንምግባር ኮፍ ኣቢሉ ክምህርን ንሰዓብቱ ድማ በዚ ሚዛን እዚ ክመዝንን ይግባእ። ቃል እግዚኣብሄር “ብፍሪኦም

ከተለልይዎም ኢኩም” እናበለ ክነሱ፣ ንሕና ግን ብካልእ ንሕና ዝሰራዕናዮ ናይ ቤተ ክርስትያን ንጥፈታት ጥራይ ንመዝን እንተሊና፣ በዚ ተግባርና እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ናይ ገዛእ ርእስና ሚዛን ነፍኩስ ከም ዘለና ኣይንረስዕ።
“ንኣምላክ ከም ዝፈልጥዎ ባዕሎም ይብሉ፣ ፍንፉናትን ዘይእዘዙን ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኵሉ ዘይጠቕሙን ብምኳኖም ግና በቲ ግብሮም ይክሕድዎ ኣለዉ።” ዝብል ቃል ብዘይ ፍረ ምኳን ማለት ትፈልጦን ትኣምኖን ዘለካ እናመሰለካ ትክሕዶን ርእስካ ተቃልዕን ከም ዘለካ ኣረጋጊጹልና እዩ። ቲቶ፣1፣16

እዚ ሓቂ'ዚ ነቕ ዘይብል መጽሓፍ ቅዱሳዊ መሰረት ዘለዎ ኮይኑ ናይ ዘመንና ክርስትያን ዝዘንግዖ ነገር ግን ኣሎ። እቶም ናይ ጥንቲ ኣመንቲ ካብ ናብ እምነት ብዝያዳ ናብ ግብሪ ይጸቕጡ ነይሮም። “ከይገበርካ ኣይጽደቕን እዩ። ኣምላክ ንከጽድቐና ቁሩብ ናትና ደገፍ የድልዮ እዩ” ዝዓይነቱ ርድኢት ነይርዎም። ስለዚ ብስነ ምግባር ሃብታማት ብእምነት ግን ቁሩብ ድካታት ይመስ ሉ ነይሮም። እዚ፣ ኣብ ፈሪሳውያንን ሮማውያንን ሰብ ገላትያን እንርእዮ ጸገም እዩ ነይሩ። እዚ ናይ ሎሚ ትውልዲ ድማ “ጉዳይና ኣብ መስቀል ተፈጺሙ እዩ፣ ስለ ዝኣመንና ናይ ምግባር ዕዳ የብልናን፣ ተወሊድካ ኣብ ሕቑፊ እናጠቦካ ምንባር እምበር፣ ምዕባይ፣ ፍሕኩ ምባል፣ ምካድ፣ ምጉያይ፣ ምዝላል ኣየድልን እዩ” ዝዓይነቱ ናይ ትህኪት ክርስትና ክትለማመድ ዝድርከ ኣካይዳ ክከይድ ይርአ። ክርስትና ግና ኣብ መንጎ እዚ ክልቲኡ ዝሃጸጸ ኣካይዳታት እዩ ዘሎ። እምበኣርከስ እቲ ሚዛናውን ቅኑዕን ዝኮነ ህይወት ኣነጺርና ክንፈልጥ ኣዝዩ ኣ ድላዪን ወሳንን እዩ። ሰብ ብክርስቶስ ብምእማን ምስ ጸደቐ ማለት ህይወት ምስ ረከበ ናይ ዝጸደቐን ናይ ህያው ሰብን ምልክታት ከርኢ ናይ ግድን እዩ። <u>ህይወት ረኪብካ ናይ ህይወት ምልክት ግን ዘይብልካ ክትከውን ዘይከኣል ነገር እዩ</u>። ከምዚ ካብ ኮነ፣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንርእሱ ሞይቱ ህይወት ዝዘርኣልና፣ መርገምና ንርእሱ ወሲዱ ጽድቁ ዝሃበና ንምንታይ እዩ፧ ኢልና ክን ሓትት ናይ ግድን እዩ። ቃል ኣግዚኣብሄር ነዚ ብንጹር እዩ ዝምልሶ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንቲቶስ “ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዓመጻ ዘበለ ሓራ ምእንቲ ከውጽኣ ና፣ ንርእሱውን ንሰናይ ግብሪ ዝቐንእን ገንዘቡ ዝኮኖን ህዝቢ ምእንቲ ከንጽህ ኢሉ ነፍሱ በጃና ኣሕለፈ።” ብምባል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክንድዚ ዝኣክል መሪር ዋጋ ዝከፈለ፣ ሰናይ ግብሪ ንምግባር ዝቐንእ ህዝቢ ምእንቲ ክን ጽህን ከጥርን ኢሉ ምኳኑ ገለጸሉ (ቲቶ 2፣14)።

ኣስዒቡ'ውን እቶም <u>ኣመንቲ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለዉ ክኮኑ</u> ከ

ዘክሮም ከም ዝግባእ ኣተሓሳሲብዎ እዩ (ቲቶ 3፥1)። ሰናይ ግብሪ ብግዲ ዘድልየና፥ ጽቡቕን ንሰብ ድማ ዝጠቅምን ምኳኑ "እዚ ቃል'ዚ እሙን እዩ፥ ነቶም ብኣምላኽ ዝኣመኑ፥ <u>ሰናይ ግብሪ ንምግባር ምእንቲ ክቐንኡ፥</u> በዚ ኣ ጸቢቕካ ክተረድኦም እደሊ ኣለኹ። እዚ ጽቡቕን ንሰብ ዝጠቅምን እዩ። ... እቶም ናትና'ውን (ኣመንቲ) ብዘይ ፍረ ከይኮኑ፥ <u>ነቲ ብግዲ ዘድሊ ነገር፥ ሰናይ ግብሪ፥ ክገብሩ ይመሃሩ።"</u> ብምባል ኣገዳስነት ጸቡቕ ግብሪ ኣትሪሩ ጠቒሱሎም እዩ (ቲቶ፥3፥8,14)። ሰናይ ግብሪ ምርጫ ዘይኮነስ ብግዲ ዘድሊ ነገር እዩ።

ብቐንዱ ክንፍጠር ከሎና፥ ናይ ምፍጣርና ዕላማ ብሰናይ ግብሪ ንክን መላለስ እዩ። ኣማኒ ሰብ ክልተ ጊዜ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተፈጥረ ፍጥረት እዩ። እቲ ቀዳማይ ፍጥረት ምስ ዓለሙ ኣብቲ ቀዳማይ ኣዳም ኮይኑ ዝተፈጥሮ ክከውን ከሎ በቲ ኣምላኽ ዝኮነ ቃል ብክርስቶስ እዩ ተፈጢሩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ተገሊጹ ህይወቱ በኛ ምስ ኣሕለፈ ድማ፥ ከ ምቲ ኣብ 2ቆሮ 5፥17 "ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ፥ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፥ እቲ ብሉይ ሓሊፉ፥ እንሆ፥ ኩሉ ሓድሽ ኮይኑ።" ኢልዎ ዘሎ ብናይ መስቀል ሞቱ እንደገና ሓድሽ ፍጥረት ጌሩ ፈጠረና። ኣብዚ ክልተ ጊዜ ዝተፈጠርናሉ እዋናት፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንክፈጥረና ብቑዕ ዝኮነ ምክን ያትን ዕላማን ነይርዎ። ሃዋርያ ጳውሎስ "ሓደ እኳ ከይምካሕሲ፥ ካብ ግብሪ ኣ ይኮነን እሞ፥ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፥ እዚ ከኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፥ ካባኻትኩም ኣይኮነን። ፍጡራቱ ኢ ና እሞ፥ <u>ነቲ ኣምላኽ ክንመላለ ሰሉ ኢሉ ቀደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ ኢየሱስ እተፈጠርና ኢና</u>።" ብምባል ደጋጊሙ ዝተፈጠርናሉ ምክንያት ብሰናይ ግብሪ ንክንመላለስ ምኳኑ ነጊሩና (ኤ ፌ 2፥8-10)። እምበኣርከስ ንሕና ብዘይ ግብሪ፥ ግናከ ሰናይ ግብሪ ንምግባር ዝደሓንና ፍጡራት ኢና። ንክንድሕን ኢልና ዘይኮንና እን ገብርስ፥ ስለ ዝደሓንና ስለ ዝጸደቕና ኢና ሰናይ ግብሪ እንገብር፥ ንእምነትና ዝገልጾ ግብርና እዩ፥ ሰናይ ግብሪ ንእምነት ክትክእ ኣይክእልን እዩ። ብካልእ ኣዘራርባ፥ ግብሪ መግለጺ እምነትና ደኣ እምበር መጽደቒና ኣይኮነን።

ሃዋርያ ያእቆብ ብዛዕባ እዚ ሓቂ'ዚ ኣዕዚዙ ክገደስ ከሎ ተራእዩ እዩ። እቲ ቃላቱ መግለጺ ክሳዕ ዘየድልዮ ግልጺ እዩ። ከምዚ ድማ ይብል "ኣሕዋተየ፥ ሓደ ሰብ፥ እምነት ኣላትኒ፥ እንተ በለ፥ ግብሪ ግና ካብ ዘይህልዎ፥ እንታይ ይጠቅም እዛ እምነት እዚኣዶ ከተድሕኖ ትክእል እያ? ሓው ወይስ ሓብቲ እን

ተ ዓረ�womenዩ ናይ ዕለት ምግቢ'ውን እንተ ሰኣኑ፡ እሞ ንሲጋኦም ዜድሊ ከይሃብኩ ምዎምሲ፡ ሓደ ካባካትኩም፡ ብሰላም ኪዱ፡ሙቑ፡ ጽገቡ፡ እንተ በሎም፡ እን ታይ ይጠቅም፡ ከምኡ ከኣ እምነት ግብሪ እንተ ዘይብላስ ንርእሳ ምውትቲ እያ። ግናከ ሓደ ሰብ ግዳ፡ ንስካ እምነት ኣላትካ፡ ኣነ ከኣ ግብሪ ኣሎኒ፡ ይብል ይኸውን። እምበኣርሲ እምነትካ ብዘይ ግብሪ ኣርእየኒ፡ ኣነ'ውን <u>ብግብረይ ገይረ እምነተይ ከርእየካ እየ።</u> ንስካስ ኣምላክ ሓደ በይኑ ምዃኑ ትኣ ምን ኣሎካ። ጽቡቕ ገበርካ፡ ኢጋንንቲ'ውን ይኣምኑን ይንቀጥቀጡን እዮም። ግናከ፡ ኣታ ከንቱ ሰብ፡ እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ ምዃና ክትፈልጦ ትደሊ ኢካ? ኣብርሃም ኣቦና ንይስሃቅ ወዱ ኣብ መሰውኢ ምስ ኣቕረቦ፡ ብግብሩዶ ኣይጸደቐን? <u>እምነት ምስ ግብሩ ኰይና ከም ዝዓየየት፡ እምነት ብግብሪ ገይራ'ውን ከም እተፈጸመት፡ ትርኢ ኣሎካ</u>። እቲ ኣብርሃም ንኣምላክ ኣመኖ እሞ ንጽድቂ ኰይኑ ተቘጽረሉ፡ ዚብል ጽሑፍ ተፈጸመ ፍቑር ኣ ምላክውን ተባህለ። <u>ሰብ ብግብሪ ከም ዚጸድቕ፡ ብእምነት ጥራይ ከም ዘይኰነ፡</u> ትርእዩ ኣሎኹም። ከምኡ ከኣ ረሃብ፡ እታ ኣመንዝራ፡ ነቶም ልኡካት ምስ ተቐበለቶም፡ ብካልእ መገዲውን ምስ ኣውጽኣቶም፡ ብግብሪዶ ኣይጸደቐትን? እምበርከ ስጋ ብዘይ መንፈስ ምውት ከም ዝኾነ፡ ከምኡውን እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ እያ።" (ያእ፡2፡14-26)። ኣብ እምነት ዘሎ ሰብ ግብሪ ክገብር ባህርያውን ግዴታውን እዩ (መዝ 24፡14፣ መዝ፡37፡37፣ ምሳ፡16፡7)።

# ቅድስና

ካብቶም ንሓደ ኣገልጋሊ ዘድልይዎ ኣገደስቲ ባህርያት ሓደ ቅድስና እዩ። ንኩሉ ብጐይታ ዝኣመነ ዝምልከት ባህሪ እኳ እንተ ኾነ፡ ብፍላይ ኣ ገልጋሊ ግን ልዕሊ ዝኾነ ጉዳይ ክጥንቀቐሉ ዝግባእ ነገር እዩ። ከምቲ ኣብ እብ 12፡14 "ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይክርእዮን እዩ እሞ ንቕድስ ናን ንሰላም ምስ ኩሉ ሰብን ሰዓብወን" ኢልዎ ዘሎ፡ ሓደ ኣገልጋሊ ንርእሱ ገጽ ኣምላክ ርእዩስ፡ ነቶም ተሰዊርዎም ዘሎ ድማ ከርእዮም ምእንቲ ክክእል ናይ ግድን ብቕድስና ክመላለስ ከም ዝግብኦ ክዝንጋዕ የብሉን። ቅድስና ናይቲ

ብክርስቶስ ዝጸደቐ ህይወት ፍረ እዩ። እቲ ብገዛእ ርእሱ ብግብሩ ጥራይ ክጸድቕ ዝደሊ ሰብ ክቕደስ እዩ ኢልካ ዘይሕሰብ እዩ። እቲ ብደም ናይቲ ገን ሽል ሕልንኡ ዘንጸህ ሰብ ግን ብቕድስና ክመላለስ ኣየጸግሞን እዩ።

ንሕና ክንቅደስ ዘድለየና፡ እቲ ንሕና እንስዕቦን እነምልኮን ኣምላክ ንርእ ሱ ዝቐደሰ፡ “ቅዱስ እየ እሞ ቅዱሳን ኩኑለይ፡ ናተይ ክትኮኑ ከኣ ካብ ህዝብታት ፈልየኩም እየ” ስለ ዝበለ እዩ ኣገዳስነት ቅድስናና ኣዝዩ ዕዙዝ ኮይኑ ዝተረክበ (ዘሌ 20፡26)። ስለዚ ምእንቲ ርእስና ዘይኮነስ ምእንቲ እግዚኣብሄር ኢ ልና ኢና እንቕደስ ማለት እዩ። “ኩኑለይ” ዝብል ቃል ምጥቃሙ እግዚኣ ብሄር ንቕድስናና ማዕረ ክንደይ ከም ዝብህጎ የርእየና።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ቅድስና ገንዘቡን ባህሪኡን ክነሱ፡ ኣገዳስነት ቅድስና ከብርሃልና ስለ ዝደለየ፡ ንርእሱ ከም ዝቐደሰ ገሊጹልና ኣሎ። ጐይታና ኢየሱስ ብኣቦ ዝተቐደሰ ከም ዝኾነ ክገልጽ ከሎ ኣብ ዮሃ 10፡36 “ነቲ ኣቦ፡ ዝቐደሶ ናብ ዓለም'ውን ዝለኣኮ ግዳ፡ ወዲ ኣምላክ እየ ስለ ዝበልኩ ኩም ከ መይ ኢልኩም ትጸረፍ ኣሎኻ፡ ትብሉኒ ኣለኹም?” ብምባል ብኣቦ ከም ዝተቐደ ሰ ይገልጸልና። እዚ ንሕና ብገዛእ ርእስና ጥራይ ዘይኮነስ ብእግዚኣብሄር ከም እንቕደስ፡ ኣብ ቅድስናና እግዚኣብሄር እቲ ዝዓበየ ግደ ከም ዘለዎ ክምህረና ዝበሎ ቃል እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ፡ ኣብ ዮሃ 17፡17 “በቲ ሓቂ ቀድሶም፡ ቃልካ ሓቂ እዩ።” ብምባል ዝለመነልና።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ብኣቦ ተቐዲሱ ጥራይ ዘይኮነስ ንሱ ን ርእሱ ክቕደስ ዝክእል ፍጹም ኣምላክ እዩ። ስለዚ ከኣ “ንሳቶም ብሓቂ ምእንቲ ክቕደሱስ ኣነ ርእሰይ ስሊኦም እቕድስ ኣለኹ።” ብምባል ገለጸ (ዮሃ 17፡19)። ክርስቶስ ንዓና ብሓቂ ምእንቲ ክቕድስ ኢሉ ንርእሱ ካብ ቀደሰ፡ ናትና ዘይምቕዳስ ነቲ ንሱ ብቕድስንኡ ዝፈጸሞ መስዋእቲ ከም ምቅላል እዩ ዝቘጸር። ሃዋርያ ጴጥሮስ “ንጐይታና ክርስቶስ ብልብኹም ቀድስዎ” ከም ዝበለ፡ ብዘይ ምቕዳስና ምኽንያት ንቕድስናኡ ከነቕልል ዘይኮነስ፡ ቅድስናኡ ከምቲ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ከምኡውን ኣብ ልብና ክገሃድ ይግባእ። ምኽንያቱ ጐይታ ኣብ ዘይተቐደሰ ልቢ ሰብ ክቕደስ ኣይክእልን እዩ።

እግዚኣብሄር ንኩሉ ዝርዝራዊ ፍቓዱ እተማእከል ሓንቲ ፍቓድ ኣላቶ። ዋላ እንተ ቐጽዐ፡ እንተ ባረከ፡ እንተ ሃበ፡ እንተ ከልአ፡ ወዘተ ንሓንቲ ዘይትልወጥ ፍቓዱ ኢሉ ይገብር። ኣብ ስጋዊ ጉዳይና ይኹን መንፈሳዊ ጉዳይና

ዝገበረ እንተ ገበረ እታ ፍቓድ ግን ወርትግ ንሳ እያ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዛ ፍቓድ እዚኣ ክገልጽ ከሎ፣ ነቶም ብቕድስና ዝተመስከረሎም ሰብ ተሰሎንቄ "ፍቓድ ኣምላኽ እዚ እዩ፣ ቅድስናኹም" ዝብል ንኹሉ ፍቓድ እግዚኣብሄር እትጠምር ሓንቲ መጥመሪት ፍቓድ ገለጸሎም (1ተሰ 4፥3)። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ንቕድስና ዝምልከት ሓሳባት 1066 ጊዜ ተጠቒሱ ንረክብ። ካብዚ ዝበዝሕ ዝተጠቕሰ ካልእ ኣርእስቲ ዘይምህላው እዚ ኣርእስቲ እዚ ሕመረት መጽሓፍ ቅዱስን ክርስትናን ምኳኑ ዝሕብር እዩ። እግዚኣብሄር ካብ ካልኦት ኣ ማልክትን ስጋውያንን መንፈሳውያንን ፍጡራት ኣዝዩ ዝፈልዮ ቅድስናኡ እዩ። ስለዚ ብኣርኣያ፣ ብመልክዕ ወይ ብምስሊ ኣምላኽ ምፍጣር ማለት እዚ ባህሪ እዚ ናትካ ጌርካ ምንባር ማለት ምኳኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

## ፍረ ቅድስና እንታይ እዩ፡

ፍረ ወይ ውጽኢት ዘይብሉ ነገር ምግባር ትርጉም የብሉን። ስለዚ ክን ቅደስ ኢልና ክንጽዕት ከለና ንምንታይ ኢልና ንገብሮ ከም ዘሎና ክንፈልጥ ኣ ዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ብቕድስና ብምንባርና ከነፍርዮ እንክእል ፍረ ምዝርዛር ክሳዕ ዘይክኣል ብዙሕ እዩ። ብመጠኑ ገለ ካብቲ ውጽኢታት ክንርኢ ኣድላዪ እዩ።

**ሀ.** እቲ ቀዳማይን ቀንድን ፍረ <u>ንኣምላኽ ዘስምር ህይወት ክነጥሪ ምኽኣልና</u> እዩ። ነቲ "ቅዱሳን ኩኑለይ" ኢሉ ብብርቱዕ ባህጊ ዝኣዘዘና ኣምላኽ ምስ እን እዘዞ ኣዝዩ ከም ዝሕጎስ ርኡይ ሓቂ እዩ። ርእስና ምቕዳስ ኣቢና፣ ንባህጊ ኣ ምላኽ ምስ እንኽልኖ ድማ፣ ጓሂኡ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ከም ዝኸውን ዝሰሓት ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ከም ዝሕጎስን ብህይወትና ከም ዝዓግብን ካብ ምግባር ዝዓቢ እንታይ ካልእ ሓላፍነት ኣለና ድዩ!!

**ለ.** እቲ ካልኣይ ፍሬና ድማ <u>እቲ ንሰባት ብቕድስናና እንህቦ ኣርኣያን ኣብነትን እዩ</u>። ኣብ ቅድሚ ብቕድስና ዝተመስከረሉ ሰብ ዘይቅዱስ ተግባር ምግባር ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምኳኑ ንኩላትና ብሩህ እዩ። ስለዚ ኣገልገልታ ብቕድስና ኣብ ዝተመስከሩላ ቤተ ክርስትያን ናይ ሓጢኣት ተኽእሎ ኣዝዩ እናጸበበ እዩ ዝኸ ይድ። <u>ጸልማት ዘይሕዞ ብርሃን ሒዞም ዝመላለሱ ኣገልገልቲ፣ ህልውና ግብረ ጸልማት ንምጥፋእ ዝጠቕሙ ሕሩያት ኣቕሓ እዮም።</u> "ግናኸ ኣብ ዓብዪ ቤት ካብ ዕንጸይትን መሬትን ዝኮነ ኣቓሑ ድማ እምበር ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን

ጥራይ ኣይኮነን ዝርከብ፡ ገሊኡ ንክብረት ገሊኡውን ንውርደት ይከውን። ሓደ እኳ ርእሱ ካብዚኣቶም (ኣቓሑ ውርደት) እንተ ኣጽረየ፡ ንሱ ኣቕሓ ክብሪ ዝተቐደሰ ንተግባር በዓል ቤት ዝጠቅም፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለወ ይከውን እዩ።" (2ጢሞ 2፡20-21)።

ሐ. <u>ኣብ መንግስቲ ኣምላክ ናይ ዘልኣለም ህይወት ሒዝካ ምንባር</u> ድማ ሓደ ካብ ቅድስና ዝርከብ ፍረ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ "ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡ ንኣምላኽ'ውን ስለ ዝተገዛእክምዎ፡ ፍሬኩም ንቕድስና ኮይኑ ኣሎ፡ መወዳእትኡ ከኣ ናይ ዘልኣለም ህይወት እዩ።" ብምባል ጽሒፉ ኣ ሎ (ሮሜ 6፡22,23)። እቶም ኣብ ኣእዳዎም ስየ ዓቲሮም፡ ጻዕዳ ክዳውንቲ ተከ ዲኖም ናብ መንግስቲ ኣምላክ ዝኣተው፡ እቶም ብደም እቲ ገንሸል ንህይወቶም ሓጺቦም ዘጻዕደውዎ ጥራይ እዮም (ራእ 7፡13-17)።

መ. <u>ብክርስቶስ ፍጹም ምኳን ብቕድስና ጥራይ እዩ</u> ክብጻሕ ዝከኣል። ጻውዒ ትና ድማ ናብዚ ፍጽምና እዚ ንምብጻሕ እዩ። "ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፡ ንስኻትኩም'ውን ፍጹማት ኩኑ" ዝብል ቃል ኣብ ህይወትና ተፈጺሙ ክንርእዮ እንክእል፡ ንቕድስና ናትና ክንገብራ ምስ እንክእል ጥራይ እዩ (ማቴ 5፡48)። እዚ ድማ ብዘይ እታ ናይ ክርስቶስ መስዋእቲ ዘይትብጻሕ ከም ዝኾነት ቅዱሳት ጽሑፋት "ክርስቶስ ግና ነቶም ዝቕደሱ፡ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም ...።" ብምባል ይገልጹልና (እብ 10፡12-14)።

## *7. ካብ ግብዝናን ኣምስሉነትን ነጻ ዝኾነ ኣምልኮን ምስክርነትን ዝግለጸሉ።*

ግብዝና ማለት ንዘይኮንካዮ ነገር ከምኡ ከም ዝኾንካ ከተምስል ምፍታን ማለት እዩ። "ሓደ ሰብ ገለ ከይኮነስ፡ ገለ ከም ዝኾነ እንተ መሰሎ ንርእሱ ይጥብር ኣሎ። እምበኣርከ ጾር ሓድሕድኩም ጹሩ፡ ከምኡ'ውን ሕጊ ክርስቶስ ፈጽሙ። ነፍሲ ወከፍ ጸጾሩ ክጸውር እዩ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ነታ ግብሪ ርእሱ ይመርምር፡ ሽዑ ብናይ ካልእ ዘይኮነስ፡ በታ ናይ ርእሱ ጥራይ ትምክሕቲ ክረክብ እዩ።" ብምባል ሃዋርያ ጳውሎስ ዝሃቦ ቃል ነዚ ዝሃብናዮ መግለጺ

ዘረጋግጽ እዩ (ገላ፥6፥3-5)። ነብዪ ዘይኮንካ ክነስካ፥ ነብዪ ዝኾንካ ኮይኑ እንተ ተ ሰሚዑካ፥ ንርእስካን ንዝሰምዑካ ገለ ገለ የዋሃትን ካብ ምጥባር ሓሊፍካ እተስልጦ የለን። ነቲ ንሓቂ ኣብ ውሽጢ ዝደልያ ልብን ኵላሊትን ዝምርምር ኩሉ ዝፈልጥ ኣምላክ ግና ክትጥብሮን ከተዐሽዎን ዘይሕሰብ እዩ (መዝ፥51፥6፣ ኤ ር፥17፥9,10) "እቲ <u>እግዚኣብሄር ዘንእዶ እምበር፥</u> እቲ <u>ንርእሱ ዘንእድ ኣይኰነን</u> ተፈቲኑ ዚወጽእ። ስለዚ እቲ ዚምካሕ ብእግዚኣብሄር ደኣ ይመካሕ።" ዝብል ከ ም እተጻሕፈ፥ እግዚኣብሄር ዝምስክረሉ ሓቀ ህይወትን ኣገልግሎትን ሒዝካ ምምልላስ ጥራሕ እዩ ገጽ ኣምላክ ክትርኢ ዘብቅዓካ (2ቈረ፥10፥17,18)። ኣብ ውሽጥካ ንኣምላክ ዝከውን ስፍራን ኣክብሮትን ዘይብልካ ክነስካ፥ ነቲ መንፈስ ዝኾነ ኣምላክ፥ ብሓቅን ብመንፈስን ዘይተደረኸ ስግደት ስግድ እንተ ወዓልካ፥ 90 ዲግሪ ሓሊፉካስ 180 ዲግሪ ክትዕጸፍን ክትዝርጋሕን እንተ ወዓልካ፥ ንዓይንን ቀልብን ስጋ-ለበስ ሰብ እምበር፥ ንልቢ ኣምላክ ኣይትበጽሕን ኢኻ።

ታሪክ ናይቶም ንጸሎት ናብ ቤት መቕደስ ዝከዱ ፈሪሳውን ተጋውን ግሩም ትምህርቲ እዩ ዝህበና (ሉቃ፥18፥9-14)። ብመንፈስን ብሓቅን ዘይተደረኸ መንፈሳዊ ንጥፈት ባዕልካ ንርእስካ ክትንእደሉ፥ ንካልኦት ድማ ክትፈርደሉ፥ ኣብ ቅድሚ እቲ ትሕትና ዝፈቱ ኣምላክ ክትንየተሉ ካብ ምድራኽ ሓሊፉ ዝህቦ ፋይዳ የብሉን።

ገለ ገለ ሰባት፥ ንሓደ ክንዲ ዓሰርተ፥ ንዘይተገብረ ከም ዝተገብረ ጌሮም እንተ ኣወዓውዕዎ ንኣምላክ ዘሐጕስዎን ኣብ ቅድሚ ሰባት ዘዕበይዎን ክመስሎም ዝከኣል እዩ። እግዚኣብሄር ግን ብሓሶት ኣይከብርን እዩ። ሰባት ከም ናይ ኣ ምላክ ሰብ ምእንቲ ክክብሩካ ኢልካ፥ ዘይረኣኻዮ ራእያት ዘይተቐበልካዮ ትን ቢታት ዘይገበርካዮ ግብርታት እናኣዘንቶካ ምምልላስ፥ እዚ ኩሉ ናይ ሓሶት ኩ ምራ፥ ሓደ መዓልቲ ክፈርስ ከሎ ኣዋድቓካ ከክፍእ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ጥቕሚ የብሉን። ኣብ ጉባኤታት ንሓደ ናይ ኤይድስ ሕሙም "ተፈዊስካ" ኢ ልካ ከተዝልሎ ውዒልካ፥ ድሕሪ ሒደት ሳምንታት በቲ ሕማም እንተ ሞይቱ ወይ'ውን ፈውሱ ንምርግጋጽ ናብ ትካል ጥዕና ከይዱ፥ ውጽኢቱ ኣዎንታ (Postive) ኮይኑ እንተ ጸኒሑ፥ ካብቲ ንስካ እትንውሮ ንላዕሊ፥ ንስም ኣ ምላክን ንስም ቤተ ክርስትያንን፥ ብሓፈሻ ንክርስትና ተዋርድ ከም ዘለካ ምዝካር ኣድላዪ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ "ክምካሕ እንተ ዝደልስ፥ ሓቂ ምተዛረብኩ እሞ፥ ኣ

ይምዓሸኩን ነይረ፡ ግናከ ሓደ እኳ <u>ሓለፋ</u> እቲ ዚርእየለይ ዘሎን ወይስ <u>ሓለፋ</u> እቲ ካባይ ዚሰምዖን ከይሓስበኒ፡ ሸለል ኢለ እሓድጎ ኣሎኹ። ብምኽንያት እቲ ኣዝዩ ብሉጽ ራእይ እምብዛ ምእንቲ ከይዕበ ከኣ፡ ኣብ ስጋይ ግራጭ ተዋህበኒ፡ እምብዛ ምእንቲ ከይዕበ መልኣክ ሰይጣን ኪስቕየኒ ተዋህበኒ።” ብምባል ሰብ ቈረንቶስ ከምታ ዘለዋ በታ ሓቀ መንነቱ ደኣ እምበር፡ ሓለፉ እቲ ዝረኣዩሉን ዝሰምዑሉን ህይወት ጌሮም ክርእይዎን ብዛዕብኡ ክሓስቡን ኣይደለየን (2ቈረ፡12፡6,7)። ስለዚ ነተን ሒደት እኽልና ተሰኪፍናለን፡ ሓሰር ወሲክና ከ ነተዓባብየን ካብ እንሃልክ፡ በተን ዝርካበን ሒደት ትሕዝቶና ጥራይ ሰብ ክፈልጠና፡ ነቲ እኽልና እኽሊ ብምውሳክ ጥራይ ከነብዝሖ ክንጽዕር የድሊ። “...ንሳቶም በቲ ንሓድሕዶም ዚዘራረቡሉ ሕልምታቶምዶ ንህዝበይ ስመይ ከረስዕ ዎ ይሓስቡ ኣለው? እቲ ሕልሚ ዝሓለመ ነብዩ ሕልሚ ይዛረብ፡ እቲ ቓለይ ዘለዎ ከኣ ብሓቂ ቓለይ ይንገር። ሓሰር ምስ እኽሊ እንታይ ኣለዎ? ይብል እግዚኣብሄር፡ ቃለይዶ ከም ሓውን ከምቲ ንከውሒ ሓሽምሽም ዜብል ሞዶሻን ኣይኮነን? ይብል እግዚኣብሄር።” (ኤር፡23፡27-29)

እታ ናይ ጥንቆላ መንፈስ ዝሓዛ ሰበይቲ፡ ብዛዕባ በዓል ሃዋርያ ጳውሎስ እትህቦ ዝነበረት ምስክርነት ኣዝዩ ደስ ዘብል እዩ ነይሩ። እቲ ምስክርነታ ደኣ ጽቡቕ ይንበር እምበር፡ ምስቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ መንፈስ ዘይሳነ ስለ ዝኮ ነ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣይተቐበሎን። ግብዝ ምስክርነት እዩ ነይሩ። እቲ ርኩስ መንፈስ፡ ካብ መግናሕቲ ናይ ስም ኢየሱስ ከምልጥን ንሃዋርያ ጳውሎስን ን ብጾቱን ከታልልን ኢሉ ዝመሃዞ ምህዞ እዩ ነይሩ። እንተ ኮነ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝተዋህቦ ምልላይ መናፍስቲ ኣለልዩ ነቲ እቲ ርኩስ መንፈስ ዝፈርሆ ስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምስያም ሰፈሩ ኣልቂቕዎ እዩ። ነቲ ሓቀ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ካብቲ እታ ጠንቋሊት ዝበለቶ ናይ ጥበራ ቃል፡ ካልእ ናይ ተቓውሞ ቃል፡ ነቲ ናይ ብሓቂ መንነታ ዝገልጽ ቃል ክትዛረብ ከም ዝመርጽ ካብቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ክንርዳእ ንክእል ኢና።

> ***<u>ግብ፡16፡16-18</u>*** ፡- “ኮነ ድማ፡ ናብቲ ጸሎት ዝግበሮ ክንከይድ ከ ሎና መንፈስ ጥንቆላ ዘለዋ ንጐይቶታ ከኣ በቲ ምጥንቋላ ብዙሕ እተርብሖም ዝነበረት ግዝእቲ ተጓነፈትና። ንሳ ከኣ “እዞም ሰባት እዚኣቶም <u>ባሮት ልዑል ኣምላክ እዮም</u>፡ <u>መገዲ ምድሓን ከኣ ይምህሩኹም ኣለው፡</u>” ኢላ እናጨደረት ኣስኣሰር ጳውሎስን ኣስኣ ሰርናን ሰዓበት። ከምዚ እናበለት ከኣ፡ <u>ብዙሕ መዓልቲ ገበረት</u>።

ጳውሎስ ድማ ጉህዩ፣ ግልጽ ኢሉ ነቲ መንፈስ፡ "ካብኣ ክትወጽእ ብስ ም ኢየሱስ እእዝዘካ ኣሎኹ፡ በሎ። በታ ጊዜ እቲኣውን ወጸ።"

ብዙሓት ብዛዕባ ኣገልግሎቶም ክምስክረሎም ዝደልዩ ኣገልገልቲ ግን፣ ይትረፍ ብኣፍ ጻድቃን ብኣፍ ኢጋንንቲ ክምስክረሎም ከሎ እኳ ደስ ይብሎም። "ርኤኩም ዋላ ኢጋንንቲ ከይተረፉ እዮም ዝምስክሩ ዘለው" ብምባል ንምስክርነቱ ምእንቲ ክናውሑ ነቲ መንፈስ ኣብታ ግዳይ ክጸንሕ ምፈቐዱ። ጐይታን ሃዋርያቱን ግን ንግብዝ ምስክርነት ዕድል ዘይህብ ንጹር መርገጺ ከም ዝነበሮም ካብ ቅዱሳት ጽሑፋት ምርግጋጽ ይከኣል እዩ።

***<u>ማር፣1፣24</u>*** ፡- "ንሱ ከኣ፣ ኢየሱስ ናዝራዊ፣ ምሳካ እሞ እንታይ ኣ ሎና? ከተጥፍኣናዶ መጺእካ? ኣታ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ፣ መን ምዃንካ ፈሊጠካ ኣሎኹ፣ እናበለ ጨደረ።"

***<u>ማር፣1፣34</u>*** ፡- "ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕማም ዘለዎም፣ ብዙሓት ሕሙማት ከኣ ኣሕወየ፣ ብዙሓት ኢጋንንቲውን ኣውጽአ፣ እቶም ኢጋንንቲውን ይፈልጥዎ ነበሩ እሞ፣ <u>ክዛረቡ ኣይፈቐደሎምን።"</u>

***<u>ሉቃ፣4፣41</u>*** ፡- "ኢጋንንቲውን፣ ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፣ እናበሉን እናጨደሩን ካብ ብዙሓት ይወጹ ነበሩ። <u>ይገንሖም ከኣ ነበረ፣</u> ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ስለ ዝፈለጡ ድማ፣ <u>ኪዛረቡ ኣይፈቐደሎምን።"</u>

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ከም ግዝብና ጌሩ ዝተጸየፎ ሓጢኣት ከ ም ዘየለ ኣብ ቃሉ ደጋጊሙ ኣረጋጊጹ እዩ።

***<u>ሉቃ፣12፣1</u>*** ፡- "ኣእላፋት ህዝቢ፣ ንሓድሕዶም ክሳዕ ዝረጋገጹ፣ ምስ ተኣከቡ፣ ንደቀ መዛሙርቱ ክብሎም ጀመረ፣ ቅድሚ ኩሉ ካብ ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያን፣ ንሱ ድማ <u>ግብዝና</u>፣ ርእስኹም ሓልዉ።"

***<u>ማቴ፣23፣28</u>*** ፡- "ከምኡ ድማ ንስካትኩም ብላዕሊ ንሰብ ጻድቃን መ ሲልኩም ትረኣይዎ፣ እቲ ውሽጥኹም ግን <u>ግብዝናን</u> ዓመጻን ምሉእ እዩ።"

***1ጢሞ፥4፥2*** ፦ “ብግብዝና እቶም ሕሊናኦም ከም ብመዓለም እተዓለመ፡ ሓሶት ዚዛረቡ ሰባት።”

***ማቴ፥15፥7,8*** ፦ “ኣቱም ግቡዛት፡ ኢሳይያስ ብዛዕባኻትኩም ጽቡቕ ተነበየ፡ ከምዚ ኢሉ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ብከናፍሩ የኽብረኒ፡ ልቡ ግና ካባይ ርሑቕ እዩ።”

***ማቴ፥24፥51*** ፦ “ኣብ ክልተ ክጭንድሖ፡ ዕድሉ ድማ ምስ ግቡዛት ክገብሮ፡ ኣብኡ ከኣ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ክኸውን እዩ።”

***ሉቃ፥6፥42*** ፦ “ወይስ ንስኻ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጉንዲ ዘይትርኢ፡ ንሓውካ፡ ሓወይ፡ ካብ ዓይንኻ በሰር ከውጽኣልካስ ሕደገኒ፡ ክትብሎ ከመይ ጌርካ ትክእል? ኣታ ግቡዝ ቅድም ነቲ ጉንዲ ካብ ዓይንኻ ኣውጽኣዮ፡ ድሕሪቲ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ በሰር ንምውጻእ ኣጸቢቕካ ትርኢ።”

***ሮሜ፥16፥17,18*** ፦ “ግናከ ኣሕዋተየ፡ ነቶም ካብቲ እተመሃርክምዎ ምህሮ ምፍልላይን መዐንቀፍን ዝገብሩ ክትዕዘብዎም፡ እምዕደኩም ኣለኹ። እቶም ከምዚኣቶም ዝበሉ ንከብዶም እምበር፡ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣየገልግልዎን፡ ብጥዑም ዘረባን ምርቓን ልቢ እቶም ገርህታት የስሕቱ እዮም እሞ፡ ካባታቶም ኣግልሱ።”

ምዕራፍ 4

# ንእምነትካ ምእማን

> <u>ገላ፥2፥16</u> ፥- "ሰብ ብእምነት ብኢየሱስ ክርስቶስ እምበር፥ ብግብረ ሕጊ ከም ዘይጸድቕ ካብ ፈለጥና ግና፥ ኩሉ ሰብ ብግብረ ሕጊ ዘይጸድቕ ስለ ዝኾነ ንሕና ከኣ ብግብረ ሕጊ ዘይኮነስ ብእምነት ብክርስ ቶስ ምእንቲ ክንጸድቕ ብክርስቶስ ኢየሱስ ኣመንና።"
>
> <u>ገላ፥3፥11</u> ፥- "ግናከ እቲ ጻድቕ ብእምነት ህያው ኮይኑ ክነብር እዩ እሞ፥ ብሕጊ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ እኳ ከም ዘይጸድቕ ግሁድ እዩ።"

እዚ ኩሉ ጥቕስታት እዚ ዝተጻሕፈሉ መጽሓፍ እናኣንበበ፥ ሰብ ብግብረ 'ዩ ዝጽደቕ ኢሉ ክኣምን ኣጸጋሚ እዩ። ከምቲ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝገልጹልና፥ ክርስቶስ (ወዲ) ዘለዎ ህይወት ኣለዎ፥ ክርስቶስ ዘይብሉ ግን ህይወት የብሉን። እቶም ብክርስቶስ ኢየሱስ ዘየለዉ ኩሎም ብበደሎም ምውታት እዮም። ምውት ኣካል ክንቀሳቐስ ክሰርሕ ክዛረብ ከም ዘይክእል እታ ብበደላ መንፈሳዊ ሞት ዝሞተት ነፍሲ'ውን ግብረ ጽድቂ ክትገብር ኣይከኣላን እዩ። ስለዚ ቅድሚ ዝኾ ነ ዓይነት ፈተነ ምግባሩ፥ ኣቕዲሙ ህይወት ክዝራኣላ ይግባእ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ኤፌ 2፥1-5 "ንስኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፥ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዚገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየ ር እተመላለስኩም፥ <u>ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም፥ ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም</u>። ንሕና ኩላትና ከኣ ነቲ ናይ ስጋን ናይ ሓሳባትን ድሌትን እናገበርና ቀደም ብትምኒት ስጋና ምሳታቶም ንነብር ነበርና፥ ከምቶም ካልኦትውን ብባህርይና ደቂ ቁጥዓ ነበርና። ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾ ነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብእኣ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፥ <u>ንኣና ብበደልና ምውታት ከሎናስ፥ ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና። ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፥</u>" ኢልዎ ዘሎ ንሕና ብበደልና ምውታት ከሎና፥ ክርስቶስ ብጸግኡ ብሞቱ ካብ ሞት ኣድሒኑናን ኣጽዲቑናን እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ሞትና ወሲዱ ህይወቱን ጽድቁን ምስ ሃበና ኢና፥ ህያው ግብረ ክንገብር እንክእል። ስ ለዚ ድማ እዩ ጎይታ "ግብረ ኣምላኽሲ በቲ ዝለኣኾ ወዱ ምእማን እዩ" ዝበሎም (ዮሃ፥5፥28,29)። በቲ ኣቦ ዝለኣኾ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስን፥ በቲ ንሱ በኛና ኮይኑ ኣብ መስቀል ዝሰርሖ ናይ ድሕነት ስራሕን ዝኣመነ ሰብ ኩሉ፥ በቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝርከብ በኛ ምሕላፍ ብከምኡ ብጸጋኡ ይጸድቕ። ሓደ ብበደሉ ምኽንያት ዝሞተ ሰብ፥ ህይወት ዝዘርኣሉ ምስ ረከበ እዩ ህያው ግብረ ክገብር ዝኽእል እምበር ካብ ሞቱ ባዕሉ ተንሲኡ ሰናይ ግብረ ክገብር ዝኽእል

# ኣገዳስነት እምነት

ብሕጊ ዝጸድቕ ሰብ ምስ ተሳእነ፡ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ዝሃቦ ዓብይ ምሕረት እንተ ነይሩ ብእኡ ብምእማን እንድሕነሉን እንጸድቀሉን ኣፍ ደገ ምክፋቱ እዩ። ኣብ መልእኽቲ ናብ እብራውያን ብዝርዝር ከም እንዕዘቦ ብዘይካ ብእምነት ብካልእ መንገዲ ንእግዚኣብሄር ዘስመረን ዝጸደቐን ሰብ የለን። "ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ከስምርዎ ኣይከኣልን እዩ" ዝብል ከም እተጻሕፈ፡ ብዘይ እምነት ናብ ኣቦ ክበጽሕ ዝከኣለ የለን (እብ፡11፡6)።

ሰብ ብእምነት እምበር ብግብሪ ከም ዘይጸድቕ እቲ ዓንዲ ማእከል ዝኮ ነ ናይ ክርስትና ሓቂ እዩ። ብዘይካ ብእምነት ብካልእ ዝጸደቐ ዝኾነ ይኹን ሰብ ከም ዘየለ ድማ ብሩህ እዩ። እዚ ክንብል ከሎና፡ ኣድላይነት ግብሪ ንምውቃዕ ዝደለና ክመስል ዝከኣል እዩ። ብዛዕባ እምነት ክንዛረብ ከሎና፡ ኣብ ውሽጣ ግብሪ ምህላው ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ ግብሪ ዘይብላ እምነት ምውትቲ (ዘየላ) ኢያ። ብዛዕባ እታ ህያው እምነት ንዛረብ እንተሊና ናይ ግድን ብዛዕባ ግብሪ ን ዛረብ ከም ዘሎና ኣይንዘንግዕ። እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ነዚ ሓቂ'ዚ ኣነጺሮም ዝገልጹልና እዮም።

**<u>ሮሜ 3፡24</u>** ፡- "ብቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝርከብ በጃ ምሕላፍ ብከ ምኡ ብጸጋኡ ይጸድቑ።"

**<u>ሮሜ፡3፡26</u>** ፡- "ንሱ (ክርስቶስ) ጻድቕ ክከውን፡ ካብ እምነት ኢየ ሱስ ንዘበለ'ውን ከጽድቕ፡ ሕጂ ኣብዚ ዘመን እዚ ጽድቁ ክገልጽ እዩ።"

**<u>ሮሜ፡4፡2-5</u>** ፡- "ኣብርሃም ብግብሪ ጸዲቑ እንተ ዝከውንሲ፡ ገለ ዝምክሓሉ ምረከበ ነይሩ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግና ኣይኮነን። እቲ ጽሑፍከ እንታይ ይብል? ኣብርሃም ብእግዚኣብሄር ኣመነ እሞ እዚ ጽድቂ ኮይኑ ተቘጽረሉ" ይብል። ነቲ ዝገብር ሰብ ግና ዓስቡ ከም ዕዳ ኮይኑ እዩ እምበር፡ ከም ጸጋ (ውህበት) ኣይኮነን ዝቑጸረሉ። ሰብ ሰናይ ግብሪ እኳ እንተ ዘይብሉ፡ በቲ ንሓጢኣተ ታት ዘጽድቕ ኣምላኽ እን ተ ኣሚኑ፡ እቲ እምነቱ ጽድቂ ኮይኑ ይቑጸረሉ እዩ።"

ነይሩ እንተ ዝከውን እሞ፥ ብቐደሙውን ኣይምሞተን ነይሩ፥ ክርስቶስ'ውን ምእንትኡ ክመውት ኣይመድለዮን ነይሩ።

## ሓቀ መግለጺ እምነት

እምነት ክንብል ከሎና ግን እንታይ ማለትና እዩ? እምነት እንታይ ማለት ምኳኑ ቃል እግዚኣብሄር ብንጹር ገሊጽዎ እዩ። "እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዝግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፡ ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእ እያ።" ዝብል ቃሉ እቲ ዝነጸረ ናይ እምነት መግለጺ (definition) እዩ (እብ፡11፡1)።

ኣብ መልእክቲ ናብ እብራውያን ምዕራፍ 11፡ ብዛዕባ እቶም ኣምላክ ብእምነቶም ዝመስከረሎም ሰባት ኣስፊሑ ስለ ዝዝርዝር እምነት ብግብሪ እንታይ ማለት ምኳኑ ጽቡቕ መብርሂ ንረክብ ኢና። እታ ኣሳሪት መግለጺ ብዛዕባ እምነት ኣብ ጥቕሲ ሓደ ዘላ እንተ ድኣ ርኢና፡ እምነት ነቲ ካብ ኣምላክ ብተስፋ እንጽበዮ ነገር ከም እንረክቦ ዘረጋግጽ፡ ነቲ ዘይርአ ነገር ንኣብነት ዘልኣለማዊ ህይወት፡ ከኣ ከም ዘሎ ዘረድእ እዩ። እቲ ቀዳማይ ብእምነት እነስተውዕሎ እሞ ብእኡ ድማ ንኣምላክ እነስምሮ፡ ናብ ኣምላክ ክንቀርብ ከሎና ኣምላክ ከም ዘሎን ነቶም ዝደልይዎ ከኣ ዓስቢ ከም ዝህቦምን ምርግጋጽ እዩ። ንኣምላክ ብዓይንና እኳ እንተ ዘይረኣናዮ በቲ ዝተገልጸልና ቃሉን ስራሑን ግና እቲ ዘይርአ ኣምላክ ከም ዘሎ ብእምነት ኣረጋጊጽና ንስጉም ማለት እዩ። ድሌትና ዘበለ ከም ፍቓድ ኣምላክ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላክ ምስ ኣቕረብና፡ ንሱ ብዛዕባ እቲ ዝኣተወልና ቃል ተስፋ ጽቡቕ ጌሩ ኣብቲ ግቡእ ግዜኡ ከም ዝፍጽሞ ኣሚንና ንዓርፍ። እቲ እንልምኖ ዘሎና ነገር ሕጂ ኣብ ኢድና የሎን፡ እግዚኣብሄር፡ እቲ ኩሉ ዝክእል ኣምላክ፡ ንጉዳይና ስለ ዝሓዞ ግን ኣብ ከኣልነት ኣምላክ ንዓርፍ። ኣብ ኢድ ኣምላክ ኩሉ ዘድልየና ነገር ስለ ዘሎ ንኣምላክ ስለ እንኣምኖን እቲ ዝደለናዮ ድሮ ኣብ ኢድና ከም ዘሎ ብምህዳእናን ብምዕራፍናን ብግብሪ ነቲ እምነትና ነረጋግጽ።

እዞም ኣምላክ ብእምነቶም ዝመስከረሎም ቅዱሳት ሰባት ንኣምላክ ዝኣመንዎ፡ ብኣእምሮካ ሓሲብካዮ ፍጹም ክትኣምኖ ኣብ ዘጸግም ኩነታት እዩ። ነቲ ክሓድግዎ ዘለዎም ክሓድጉ፡ ነቲ ክሰርሕዎ ዘለዎም ከኣ ክሰርሑ ምስ ተነግሮም፡ ከየድሓርሓሩ ገና ነቲ ዘይተራእየ ነገራት ኣምላክ ከም ዝፍጽሞ ርግጽ ጌሮም ወጽኡን ሰርሑን። ኣብዚ ናይ እምነት ጀጋኑ ዝሓለፍዎ ህይወት ብዙሕ ግዜ

ዘይነቕልበሉ ሓደ ነገር ኣሎ። መብዛሕትኡ ግዜ እምነት ምስቲ ክንረክቦ እንደሊ ምድራዊ ነገራት ኣተሓሒዝና ጥራይ ኢና እንርድኦ። እዞም ናይ እምነት ጀጋኑ ግን ነቲ ኣምላክ ንኣታቶም ዘዳለዎ ዘልኣለማዊ መደብ ብእምነት ብምርኣይ፡ ን እኡ ንምርካብ ኣብዚ ምድሪ ካብ ሓጢኣት ርሒቕም ይነብሩ ኔሮም። ካብታ ብሓጢኣት እትጠፍእ ዓለም ንክድሕኑ መርከብ ሰሪሖም። ምእንቲ **ጐይታና ኢየሱስ** ክርስቶስ ክጽረፉ ከም ዓብይ ሃብቲ ገሮም ቖጺሮም ንግብጺ ሓደግዋ። እዚ ኩሉ ንምግባር እምነት ከም ዘድለዮም እሞ ብእምነት ከም ዝገበርዎ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና። እምነት ምስ ግብራዊ ህይወትና ዝተተሓሓዘት ኢያ። እዞም ናይ እምነት ሰባት ሰማያዊት ሃገሮም ይደልዩ ከም ዝነበሩ ብተራ ቃላት ኣይኮኑን ዝገልጹ ኔሮም። ኣብዚ ምድሪ ነታ ሰማያዊት ሃገሮም ብዝበቅዕ ናብራ እናነበሩ እዮም እምነቶም (ድሌቶም) ብግብሪ ዘርእዩ ዝነበሩ። ኣብዚ ምድሪ ከ ሎና ብከቢድ ሓልዮት ስጋ ተኣሲርና፡ ኣርእስቲ ጸሎትና ኩሉ ጉያናን ዘረባናን ናይ ምድሪ ኮይኑ፡ ምድራዊ ሃብቲ ብርቱዕ ናፍቖት ልብና ኮይኑ ንልብና ገዚእዎ እናሃለወ፡ ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ሰማያዊ ተስፋ ግን ከም ዘሎ ካብ ምፍላጥ ሓሊፍና ንኣምላክን ንሰብን ብግብሪ እነርእዮ ናፍቖት እንተ ዘየልዩና ነዚ እምነት ኢልና ክንዛረበሉ ከቢድ እዩ (እብ፡11፡13-16)። ካብቲ ንስጋን ን መንፈስን ዘርክስ ዘበለ ኩሉ ርእስና እንሕሉ ብተስፋ ኣምላክ ስለ እንኣምን እዩ። ደድሕሪ ምድራዊ ስስዐን ሃብቲን ምጉያይ እንሓድግ፡ ኣምላክ ኣብ ሰማይ ሰራቒ ዘይሰርቆ ነቐዝ ዘየንቕዞ ሰማያዊ ክቡር ሃብቲ ከም ዝእርንበልና ስለ እንኣምን እዩ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ነቲ ንሱ ከም መጀመርታ ዝሰርዖ መንግስቱን ጽድቁን ኣብ ህይወቶም ቀዳማይ ዝሰርዑ፡ ኣብዚ ምድሪ ዘድልዮም ነገር ብእምነት እንተ ለመንዎ፡ ንነፍሶም ብዘድልያ ነገር የጽግባ እምበር፡ ቃሉ ኣይዓጽፍን እዩ። “ኣ ምላከይ ከኣ፡ ከምቲ መጠን ሃብቱ ብክብሪ ብክርስቶስ ኢየሱስ ገይሩ፡ ድሌትኩ ም ዘበለ ክመልኣልኩም እዩ።” (ፊሊ፡4፡19)። ስለዚ እምነትና ብግብሪ ዝረአ፡ ህይወትና ብቓል ኣምላክ እናተመርሐት ዘይከኣልን ዘይከውንን ዝመስል ኩነታት ኣብ ዘጓንፈና ኣምላክ ነቲ ኣብ ቃሉ ዝኣተወልና ተስፋ ከም ዝፍጽሞ ኣሚንና ኩሉ ግዜ ንእኡ ክብሪ ምስ እንህብ እዩ።

## ስሑት መግለጺ እምነት

እዞም ናይ እምነት ምንቅስቓስ መስረትትን ሰዓብትን ብዛዕባ እምነት ዝህብዎ መግለጺ ግን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ዝኮነን ኣዝዩ ዝምቡዕን እዩ። እቲ መበቆል ናይዚ ስሕተት እዚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኮይኑ፡

ካብቲ ብዙሕ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ እንግሊዝ ትርጉማት፡ ኣብ ሓንቲ ጥራይ ዝተሰረተ እዩ። ካብኡ ድማ ኣብ ሓንቲ ጥቕሲ ብምምርኳስ ጥራይ ዝተዋህበ መግለጺ እዩ። እታ ጥቕሲ እብ፡11፡1 ኮይና እቲ ትርጉም ድማ መሓራ (King James Version) እዩ።

**"NOW FAITH is the <u>substance</u> of things hoped for, the evidence of things not seen."(KJV)**

**"NOW FATH is being sure of what we hope for and certain of what we do not see." (NIV)**

**"TO HAVE FAITH is to be sure of the things we hope for, to be certain of the things we can not see." (Good News Bible)**

ነታ "Substance" እትብል ቃል ብምውሳድ ጥራሕ፡ ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ነገር ወይ ፍጻሜ፡ "እምነት" ብዝበሃል ንጥረ ነገር ዝተሰርሐ እዩ ብምባል፡ ናብዚ ክትገልጾ ዘሸግር ከቢድ ስሕተት ወዲቖም። ብመሰረቱ ንእምነት ዝኣክል ዓብይ ኣርእስቲ፡ ኣብ ሓንቲ ጥቕሲ ጥራይ መሰረት ጌርካ ክግለጽ ናይ መናፍቕነት ቀንዲ መረጋገጺ ረቛሒ እዩ። ንሓርማዝ ዝኣክል ገዚፍ እንስሳ፡ ኣብ ክንዲ ምስማር ዝከውን ነገር ረጊጹ ደው ክብል ምጽዓር እዩ ዘመልክት፡ ወይ'ውን ገመል ንዝኣክል ዓብይ እንስሳ፡ ብዓይኒ መርፍእ ሓሊፉ ክትርኢ ከም ምጽዓር ዝቑጸር እዩ።

ስለዚ እምነት ሓደ ሓይሊ ዝኮነ ነገር ከም ዝኮነ እሞ፡ ኣምላኽ ኮነ ሰብ ነዚ ሓይሊ'ዚ ተጠቒሞም ንዝደለይዎ ክውንነት ናብ ህላወ ከምጽኡ ከም ዝከኣሉን ከም ዝክእሉን ንከእምኑ ይጽዕቱ። በዚ ድማ ብዙሓት ሰባት ነዚ መርዚ እዚ ብዘይ ምምርማር ብምውሓጥ ብስጋ ኮነ ብነፍሲ ጠፊኦም እዮም። ብዙሓት ሰባት "ኣነ ጥዑይ እየ" ብምባል ንሕማሞም ከም ዝክሕዱ እሞ መድሃኒቶም ኣቛሪጾም ከም ዝሞቱ ጌሮምዎም እዮም።

ንኣብነት ዝኣክል ታሪኽ ናይቶም ሕማም ሽኮርያ ዘለዎ ቆልዓ ዝወለዱ ኣመሪካውያን ወለዲ ምውሳድ ይከኣል እዩ። ላሪን ላኪን ዝበሃሉ ወለዲ ኢን ሱሊን ዝበሃል መድሃኒት ዝወስድ ናይ ሽኮርያ ሕማም ዘለዎ ቆልዓ ወሊዶም ከዕብይዎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ በዞም ናይ ስሕተት ደቀ መዛሙርቲ ተታሊሎም ናብ

ናይ እምነት ምንቅስቓስ ተጸምበሩ። ነቲ መርዚ ዝኮነ ስሕተት ከም ዘለዎ ስለ ዝተቐበልዎ፣ “ወድና ሽኮርያ ዝበሃል የብሉን” ኢልኩም ብእምነት እንተ ኣዊጅኩም እሞ ነቲ ዝተኣመንኩምዎ ኣዋጅ ብተግባር ማለት እቲ መድሃኒት ጠጠው ብምባል እንተ ገሊጽኩምዎ ንወድኩም እቲ ሽኮርያ ክሓድጎ እዩ” ብምባል ንዝሃብዎም ባዶ ተስፋ ብምእማን ከምኡ ገበሩ። ኢንሱሊን ምስ ኣቛረጹሉ ቆልዓ ኣብ ክንዲ ዝሓዊ ናብ ዝከፍአ ደረጃ ወዲቑ ቀልቡ ክሳዕ ዝጠፍእ ናብ ሞት ተቓረበ (Diabetic Coma)። ኩነታቱ ርእዮም ናብ ሕክምና ኣብ ክንዲ ዝወስድዎ፣ ገና “እምነቶም” ክትሰርሕ እናተጸበዩ ከለው ቆልዓ ሞይቱ። እቲ ቆልዓ ደኣ ይሙት እምበር እቲ ናይ ስሕተት እምነት ስለ ዘይሞተሎም፣ “ገና ክትንስእ'ዩ ኣይሞተን” ብምባል “ናይ ትንሳኤ ፕሮግራም” እናበሉ ነቲ ቆልዓ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ተጸበይዎ። እዛ “እምነት” እዚኣ ግን ክትሰርሕ ኣይከኣለትን። እቶም ሰባት ንሓደ ዓመት ዝኣክል ኣብ ስሕተት ከም ዘለው ክርድኦም ኣይከኣለን። ድሕሪ ዓመት ግን ተረዲእዎም ናብቲ ሓቀ እምነት ተመሊሶም። “ንወድና ቀቲልናዮ” (We let our son Die) ዝብል መጽሓፍ ድማ ብ 1980 ኣሕቲሞም። እዞም ሰባት እዚኣቶም ብሕጊ ኣሜሪካ ብቕትለት ውላድ (Manslaughter and child abuse) ተኸሲሶም ብገበነ ነት ተፈሪዶም እዮም።

ብከምዚ ዝኣመሰለ ዘሕዝን ትራጀዲ ህይወቶም ወይ ህይወት ካልእ ሰብ ዘጥፍኡ ሰባት ኣብ ዓለምና ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ነዚ መርዚ ጥዒሞም ካብ ኣፍ ሞት ዝተመልሱ ሰባት ኣብ ሃገርና ከም ዘለውን እናበዝሑ ይኸዱ ከም ዘለውን ድማ እንስሕቶ ኣይመስለንን። መራሒ ናይዚ ናይ ሬማ ናይ ስሕተት ምንቕስቓስ፣ ፓስተር ተስፋጽዮን ሓጐስ ምስ ጋዜጣ ሰቲት ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ነዚ ዝበልናዮ ሓቂ ኣንጸባሪቕዎ ኣሎ።

***ሰቲት፥-*** *ሓንቲ ኣብ ስነ ኣእምሮ ሆስፒታል ትሕከም ዝነበረት፣ ንስኻትኩም መድሃኒት ክትገድፍ ኣተባቢዕኩምዋ፣ ክትመሓየሽ ጀሚራ ዝነበረት እንደገና ዝሓመመት ኣላ...*

***ኣቶ ተስፋጽዮን፥-*** *ንሕና መድሃኒት ኣቛርጺ ዝበልናያ የላን (ከም ዘላ ግን ኣረጋጊጸ እየ) መጽሓፍ ቅዱስ እምነትካ ከም ዘድሕነካ እዩ ዝነግር።*[153]

## እምነት ከም ሓይሊ

ከም ኣበሃህላ ናይዞም ናይ ስሕተት ሃዋርያት፣ እምነት ሓደ "ሓይሊ" እዩ ብምባል (Power force) እዚ ሓይሊ እዚ ድማ ብቓላት ኣቢሉ ተጓዒዙ ዝደለካዮ ክውንነት ክፈጥር ከም ዝክእል ይዛረቡ። ሕሉፍ ሓሊፍዎም እግዚኣ ብሄር እኳ ንርእሱ እምነት ከም ዘለዎ፣ ነዚ ኩሉ ዝፈጠሮ ፍጥረትን ዝገብሮ ከ -ሉ ተግባራትን ብእምነት ከም ዝገበሮ፣ እምነት እንተ ዘይህልዎ ነይሩ ዋላ ሓን ቲ ክገብር ከም ዘይክእል እዮም ዝዛረቡ። እቶም መሰረትትን ኣካየድትን ናይዚ እምነት እዚ ዝበልዎ ኣዝዩ ዘሰቅቕን ዘሕዝንን ብዙሕ ብሂላት ኣሎ። እዚ ኣብ ሃገርና ዝርአ ዘሎ ኣሰሮም ዝሰዓበ እምነታት ከኣ ነዚ ክሕደት እዚ የቃልሕ፣ ነቶም በሃልቱ ድማ ከም ቅቡኣት ናይ እግዚኣብሄር ጌሩ ይገልጾም ምህላው፣ ልዕሊ ኩሉ ከጕህየናን ከለዓዕለናን ዘለዎ ጉዳይ እዩ።

ኣብዚ ዝስዕብ ገጻት እቲ ብሂላት ናይቶም መናፍቓን ከም ዘለዎ ተጻሒፉ ኣሎ። ምእንቲ ምክፋእ ስም ኢልካ ካብ ልቢ ዝተሃንደሰ ሓሶት ከ ይመስል ድማ ምንጪ ናይቲ ብሂላት ምዕራፍን ገጹን ከይተረፈ ሰፊሩ ኣሎ። ኣብዚ ክላበዎ ዝደሊ እንተልዩ ድማ፣ እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ብሂላት ኣእምሮና ክጻወሮ ዘይክእል ክፉእ ክሕደትን ጸርፍን ስለ ዝኮነ፣ ካብ ምንባቡ ዘይምንባቡ ኢልና ክንሰግሮ ዘይብልና ምኳኑ እዩ። ድምጺ ጓሳካን ድምጺ ተኲላን ኣ ነጻጺርካ ክትለሊ እንተ ዘይክኢልካ፣ ጽባሕ ንግሆ ክትዝንገዓሉ እትክእል መድረክ

- *እምነት ሓይሊ እዩ፣ ተጨባጢ ሓይሊ (Tangible) ዝመሓላለፍ ሓይሊ (Conductive) እዩ።*[2]

  *ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copland )*

- *እምነት ሓይሊ እዩ። ካብ እምነት እዩ እዚ ኩሉ ኣድማስ ተፈጢሩ። እምነት ንሕግታት ናይ መንፈስ ዓለም ዘሰርሕ ሓይሊ እዩ።*[16]

  *ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copland )*

- *እዚ ሓይሊ እምነት እዚ ንሕጊ ናይ መንፈሳዊ ዓለም ዘሰርሕ እዩ።*[3] *ከ*

  *ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copland )*

- *እዚ ሓይሊ እምነት እዚ ካብ እግዚኣብሄር እዩ ዝምንጩ፣ ካብቲ ወሰን ዘይብሉ ልቡ፣*[4]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copland )

- ዓለም ካብቲ ኣብ ውሽጢ ኣካል/ህልውና ናይ እግዚኣብሄር ዝነብር ዝነበረ ሓይሊ እምነት ዝተወልደት እያ።[5]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

- እምነት ምንጪ ሓይሊ ናይ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ፡ ብዘይ እምነት፡ ንዓካ እግዚኣብሄር ዋላ ሓንቲ ክገብረልካ ኣይክእልን እዩ።[6]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

- ናይ እግዚኣብሄር ናይ ሓይሊ ምንጪ ከም ባትሪ ክምሰል ይከኣል። እቲ ሓደ ወገኑ ፖዚቲቭ (ኣዎንታ) እቲ ካልኣይ ወገኑ ድማ ነጋቲቭ (ኣሉታ) እዩ። እምነት ከም ኣዎንታ ፍርሃት ድማ ከም ኣሉታ ይቑጸር። ንእምነት እንተ ተንከፍና እግዚኣብሄር ይንቀሳቐስ፡ ንፍርሃት እንተ ተንከፍና ድማ ሰይጣን ይነጥፍ።[7]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

(ቃላት ናይ እምነት መትሓዚ እዩ። እምነት ናብቲ ዝደለካዮ ክውን ነት ንክልወጥ ብቓላት እዩ ዝጉዓዝ። ነዚ ድማ ኣዎንታዊ ቃልን ኣ ሉታዊ ቃልን ብምባል ይገልጽዎ።)

- ቃላት ናይ ሓይሊ መንፈሳዊ መትሓዚ / ኣቕሓ እዩ። እቲ ሓይሊ እም ነት ብቓላትካ ኣቢሉ'ዩ ዝወጽእ።[9]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

- እቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ እምነት ሓይሊ ናብ ቃላት ተጸሚቑ እዩ፡ <u>ነቲ ብሰይጣን ተኸቲሩ ኣብ ሲኦል ዝሳቐ ዝነበረ ኢየሱስ</u> ነጻ ዘውጽኦን ዘድሓኖን።[11]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland )

- <u>እምነት ዝመልኡ ቃላት</u> እዮም ሎሚ ንኣድማስ ናብ ህላወ ኣምጺኦምዎ ዘለው፡ ሕጂውን ንዓለም ዝመርሑ እዞም እምነት ዝመልኡ ቃላት

*እዮም።*[12]

*ከንየን* (E.W.Kenyon)

- *እግዚኣብሄር ፍጥረት ንምፍጣር ዝተጠቐመሉ <u>ጥረ-ነገር</u> እምነቱ እዩ። መጀመርታ ነቲ ሓሳቡ ኣብ ውሽጡ ስኢልዎ፡ ድሕሪኡ ሓይሊ እምነቱ ተጠቒሙ፡ ንፍጥረት ናብ ህላወ ጸዊዕዎ።*[13]

*ጀሪ ሳቬለ* (Jerry Savelle)

- *እግዚኣብሄር ንፍጥረት ካብ ዋላ ሓንቲ ነገር ዝፈጠሮ ዝመስሎም ብዙሓት እዮም። <u>ንፍጥረት ካብ ገለ ነገር እዩ ፈጢርዎ</u>። እቲ ነገር ድማ እምነት እዩ። ንቓላቱ ድማ ከም ተሰካሚ/መትሓዚ ናይ እምነቱ ጌሩ ተጠቒሙሉ።*[14]

*ቻርለስ ቻፕስ* (Charles Capps)

- *ኢየሱስ ከምዚ ኢሉ ማር፡12፡22፡ "ብኣምላኽ እመኑ" ኣብ ናይ እንግሊዝ መጽሓፍ ቅዱስ መሓራ ከምዚ ኢሉ ተርጒምዎ ኣሎ* "Have the faith of God" *ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ከምዚ ይብል* God kind of faith *ኣብ ሮሜ 12፡3 ጐይታ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ንኹሉ ኣማኒ ዓቐን እምነት ሂቡና እዩ።*[152]

*ኣማኒኤል ቀለታ*
*ም/ወ/ቤ/ክ፡ ኣስመራ*

# እምነት ብቓላት እዩ ዝንዓዝ

እግዚኣብሄር ንሰማይን ንምድርን ኣብኡ ንዘሎ ኩሉን ብቓሉ ከም ዝፈጠረ፡ ሕጂውን እንተ ኮነ ንኹሉ ነገር ብሓይሊ ቃሉ ጸይሩ ከም ዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር'ዩ ዝነግረና (ዮሃ፡1፡1-3፣ እብ፡1፡2)። ነዚ ቅዱስን ሓቀ ን ሓሳብ እዚ ጉልባብ ብምግባር፡ "እግዚኣብሄር ንእምነቱ ብቓላቱ ጌሩ'ዩ ዘውጽኦ ነይሩ። ስለዚ ድማ ቃላት፡ ናይ እምነት መትሓዚ/መጕዓዚ ኣቕሓ እዩ።" ይብሉ። ኣብቲ ዝስዕብ ምዕራፍ ከም እንርእዮ "ሰብ ንእሽቶ ኣምላኽ እዩ" ኢሎም ስለ ዝኣምኑ ድማ፡ ሰብ ንእምነቱ ብቓላት ብምግላጽ ዝደለዮ ኩነታት ክፈጥር ከም ዝክእል ይዛረቡ። ቃላትና ናይ ምፍጣር ክእለት ከም ዘለዎ፡ እዚ

ኩሉ ዘጋጥመና ካብቲ ብኣፍና ዝተዛረብናዮ ቃላት ዝተላዕለ እዩ። “ብሰሓኝ ክመውት ደልየ” ዝብል ቃል እንተ ኣውጺእና ንመውት። “ከየሕመኒ ደኣ” ዝብል ኣሉታዊ ቃል እንተ ኣውጺእና ድማ ንሓምም ኢሎም ይኣምኑ። ስለዚ ድማ ቃላትና ተጠቒምና ዘሐጉሰና ዝኾነ ይኩን ኩነታት ክንፈጥር ንክእል ኢ ና ዝብል መርዚ ድማ ይተፍኡ። ካብቲ ንሳቶም ዝብልዎ ሓድሓደ ዘሰክሕ ኣብ ነታት ድማ ትሕት ኢልና ክንርኢ ኢና።

- *እግዚኣብሄር ሰማይን ምድርን ንምፍጣር ቃላቱ እዩ ተጠቒሙ። እግዚኣ ብሄር ኣብ ዝተዛረበላ ነፍሲ ወከፍ ህሞት፣ እምነቱ እዩ ዘውጽእ ነይሩ፣ እቲ ዝፈጥር ሓይሊ።*[10]

  *ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *እቲ ዝተዛረብናዮ ቃል እዩ ተመሊሱ ንዓና ዝመርሓና።*[17]

  *ከንየን* (E.W. Kenyon)

- *ንሰብነትካ ወይ ንኩነታትካ ተዛረቦ። ሰብነተይ ምሉእ ኢካ! ምክንያቱ ድማ ጽቡቕ ትሰርሕ ስለ ዘለካ፣ ጸገም ስለ ዘይብልካ። ሓያልን ጥዑይን ኣካል ኢካ። ንእግርካ ንክሳድካ ንሕቖካ ተዛረቦ። ሓንሳእ ምስ ተዛረብካ ድማ ከም ዝኾነ እመን። ተመሊስካ ብዛዕብኡ ኣይትሕሰብ፣ <u>ነቲ እትደልዮ ኣባታቶም ምእንቲ ክትፈጥር</u> ንሰብኣይኪ ተዛረብዮ፣ ንሰበይትካ ተዛረባ፣ ንኩነታትካ ተዛረቦ፣ <u>ንኣታቶም እምነት ተዛረቦም</u>። እግዚኣብሄር ድማ ነቲ እትዛረቦ ክፈጥሮ እዩ፡፡*[1]

  *ሜሪሊን ሂኪ* (Marilyn Hickey)

- *እቲ ዘለናዮ ኩነታት ዝልወጥ፣ ስለቲ ዘሎናዮ ኩነታት ብምውራይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣንጻር እቲ ዘለናዮ ኩነታት ናይ እግዚኣብሄር ቃል ብምእዋጅ እዩ።*

  *ከምኡ'ውን እግዚኣብሄር፣ ነቲ ዘይንቡር ከም ህልዊ ዝገበሮ፣ ነቲ ዘይረአ ከኣ ናብ ዝረአ ዘምጽኦ ብቓሉ ብምዝራብ እዩ (እብ፡11፡3)። <u>ስለዚ ኣብ ከባቢና ዘየለው ነገራት ብእምነት ቃል ብምዝራብ ካብቲ መንፈሳዊ ዓለም ናብ ነገራዊ ዓለም ከ</u>*

ነምጽኦም ንክእል ኢ ና። ሓደ ኣጸቢ ቕና ክንፈልጦ ዘለና፣ ዝኾነ ነገር ኣብቲ ዘይረአ ዓለም ማለት ኣብቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዘሎ ቃል ከ ይተዛረብካ ዝመጽእ ነገር የለን።

እቲ ንዓና ዘድልየና ዘበለ ኩሉ ኣብ ከባቢና ዘየሎ ኩሉ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ድሉው እዩ። ከመይ ጌርና ንረክቦ እንተ ደኣ ኢልና ናይ እግዚኣብሄር ቃል ብምእዋጅ እዩ።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንምፍጣር ዝተጠቐመሉ መሳርሒ ቃሉ እዩ (ቈሎ፣1፣15-16 እብ፣1፣2 ዮሃ፣1፣1-3 እብ፣11፣3)። ኣብ ቃል እግዚኣብሄር ናይ ምፍጣር ሓይሊ ኣሎ፣ ስለዚ እግዚኣብሄር ንክፈጥር ዝተጠቐመሉ መሳርሒ ቃሉ ጥራይ እዩ። ሰብ ከኣ ብኣምሳል እግዚኣብሄር እዩ ዝተፈጥረ ስልጣን ከኣ ተዋሂብዎ እዩ። ዘፍ፣1፣26-28 መዝ፣115፣16 ኣን ብቦ። ካብ ዝተፈጥሩ ፍጥረታት ኩሎም ኣብ ምድሪ ሰብ ጥራሕ እዩ “ቃል” ዘለዎ። እዚ ድማ ንምድሪ ኩላ ምእንቲ ክገዝኣ እዩ ተዋሂብዎ (ዘፍ፣2፣19 ዘፍ፣7፣7-10 መሳ፣15፣4)። ካብዘን ጥቕስታት ከም እንርዳእ ኩሉ ፍጥረት ብናይ ሰብ ቃል ከም ዝግዛእ እዩ። ኖህ ነተን ኩለን እንስ ታታት ብቓሉ እዩ ጸዊዕወን እምበር ሓደ ብሓደ ደልዩ ኣይኮነን። ከምኡውን ሲምሶን ነተን 300 ወካሩ ብቓሉ ብምእዛዝ'ዩ ኣኪ ብወን እምበር ንዕአን ክእክብ እዋናት ኣይወሰደሉን። ስለዚ ኣብ ኣንደበት ሰብ ከኣ እቲ ዝፈጥር ናይ እግዚኣብሄር ቃል ተቐሚጡ ኣሎ (ኤር፣1፣2-10)። እምበኣር ኣሕዋተይ ኣብ ኣንደበት ዘሎ ናይ ቃል ሓይሊ ተረዲእና እንድሕር ተጠቒምናሉ ንዝኾነ ነገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ን ምእታው ይከኣል እዩ።

ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ምድሪ ክመላለስ ከሎ ዝተዛረቦ ኩሉ ኮይኑሉ እዩ (ማር፣11፣13-14,20-24)። ኣብዚ ቦታ ኢየሱስ ነቲ በለስ ንክነቅጽ ዝተጠቐመሉ ብጀካ “ቃል” ካልእ ዋላ ሓደ ኣይነበረን። ኢየሱስ ኣብ ኣንደበት ዘሎ ናይ ቃል ሓይሊ ይፈልጥ'ዩ። 1ነገ፣17፣1-5 ኣብዚ ቦታ እንድሕር ርኢና ኤልያስ ነቲ ዘለዎ ኩ ነታት ንክቀያየር ዝገበሮ ነገር እንተ ሃልዩ ቃል ምዝራብ ጥራይ እዩ ኔሩ። ኤልያስ ክዛረብ ከሎ ትንቢት ኣይኮነን ተነብዩ፣ ማለት “እግዚኣ ብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ” ኢሉ ኣይኮነን ተዛሪቡ። እን ታይ ደኣ “ኣነ ከይተዛረብኩ ኣውሊ ኮነ ዝናም ኣይከውንን'ዩ ብምባል

*<u>እዩ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ለዊጥዎ</u>። ከመይ ከምቲ ዝረኣናዮ ንሕና ናይ እግዚኣብሄር ኣፍ ኢና።*[151]

*ፍቓዱ ኣስገዶም*
*ሳዋ*

- *ዝኾነ ይኩን ጸገም እንተ ሃልዩኩም፣ ዘይተማልአ ድሌት፣ ናይ ገዛ፣ ናይ ትራንስፖርት፣ ናይ ሓዳር ጸገም እንተልዩኩም <u>በቲ ፈጣሪ ሓይሊ ናይ እግዚኣብሄር (እምነት)</u> ጌርኩም ናብ ህልውና ከተምጽእዎ ትክእሉ ኢኹም።*[15]

*ሮቨርት ቲልተን* (Robert Tilton.)

- *እዮብ ከምዚ ብምባል ብፍርሃት ንሰይጣን ከም ዝነጥፍ ጌርዎ። “እቲ ዝፈራህክዎ ነገር መጺኡኒ፣ እቲ ዝሰቀቕ ዝነበርኩ ድማ ወሪዱኒ” (እዮ፣3፣25)* [8]

*ቻርለስ ቻፕስ* (Charles Capps)

- *“ክመውት ክሳዕ ዝደሊ ስሒቐ” “እቲ እሞ የሕመኒ እዩ።” ዝብሉ ኣሉታውያን ቃላት ናብቲ ዘውሳእናዮ ኣሉታ እዮም ዝመርሑና። ኣዳም ኣሉታዊ ቃል ስለ ዘየውጽአ 900 ዓመት ክይሞተ ጸኒሑ፣ ጐራሕ'ዩ። ሎሚ ግን ኣሉታዊ ቃል እናተጠቐምና ትሕቲ ሰብዓ ዓመት ንነብር ኣሎና።*[23]

*ቻርለስ ቻፕስ* (Charles Capps)

## ቅጽዒ (ፎርሙላ) ናይ እምነት

እቲ ካልእ ኣዝዩ ዘገርም ትምህርቲ ናይዞም መናፍቓን ከኣ፡ "ንእምነትካ ምእማን" ዝብል እዩ። ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ "ንኣምላኽ ምእማን" ዝብል ትምህርቲ ክምህር ከሎ፡ እዚ ናይ ስሕተት እምነት እዚ ግን ንእምነትካ ምእማን ጥራይ ኣካሊ ከም ዝኾነ፡ ነዚ ምግባር ኣብ ዝከኣልካሉ ድማ ኣብ ኣ ምላኽ ናይ ምእማን ኣድላይነት ከም ዝሃስስ እዮም ዝነግሩና። ምኽንያቱ ኣ ምላኽ ንእምነቱ ብምእማን ዝሰርሕ እንተ ኮይኑ፡ ንሕና'ውን ከምኡ ክንገብር ስለ እንኽእል ኣብ ኣምላኽ ምእማን ከንቱ ጻዕሪ እዩ ዝኸውን ማለቶም እዩ። እቲ ዘደንጹ ድማ፡ ነዚ ኣገባብ እዚ ዋላ እቶም ብእግዚኣብሄር ዘይኣምኑ ረሲኣንን፡ ጠንቆልትን ክይተረፈ ዝጥቀሙሉን ዝዕወቱሉን ምኳኑ ክይተሰከፉ ይዛረቡ። ብፍላይ እቲ ናይዚ እምነት እዚ መሰራቲ ዝኾነ ሰብ ከመይ ጌርካ ንእምነትካ ክትኣምን ከም እትክእል፡ ንእምነትካ ናብ ክውንነት ክትቅይር ዝሕግዝ ፎርሙላ፡ ኢየሱስ ብኣካል ተገሊጹ ከም ዘጽሓፎ ብድፍረት እዩ ዝዛረብ። ካብቲ ዝብልዎ ብዙሕ ሃተውተው ገለ ካብኡ እዚ ዝስዕብ ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል እዩ።

- *ክምቲ ዮሃንስ ሃዋርያ ኣብ ደሴት ጳጥሞስ ዝኾኖ፡ ንዓይ ድማ ጻዕዳ ደበና መጺኡ ኣጐልበበኒ እሞ ብልሳን ክዛረብ ጀመርኩ። ብድሕርዚ ኢየሱስ ተገልጸለይ፡ ካባይ ሰለስተ ጫማ ዝኣክል ርሒቑ ደው በለ። እርሳስን ወረቐትን ሓዝ ድማ በለኒ። ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ነዘን ዝስዕባ መምርሒታት/ደረጃታት (Steps) ኣብ ተግባር እንተ ኣውዒልወን፡ ካባይን ካብ ኣቦይን ዝደለዮ ኩሉ ክረክብ እዩ።* [21]

  *ተዛረቦ (Say it)*
  *ግበሮ (Do it)*
  *ተቐበሎ (Recieve it)*
  *ንገሮ (Tell it)*

  *እዚ ፎርሙላ እዚ እንተ ተጠቒምካ፡ ዓወት ንምርካብ ናባይ ምጽላይ ጊዜካ ምብካን ጥራይ እዩ ክኸውን ዝክእል፡ ቲኬቶም ባዕሎም ክመልኡ ይክእሉ እዮም በለኒ።*[22]
- *ካብ ኣባላት ቤተ ክርስትያን ንላዕሊ፡ እቶም ዘይደሓኑ ሰባት ንፎርሙላ ናይ እምነት ተጠቒሞም ዝበለጸ ውጽኢት ይረክቡ ነይሮም። ብድሕርዚ*

*ብዛዕባ እቶም ዘይደሓኑ ሰባት ዝገበርዎ ነገር ከተሓሳስበኒ ጀመረ። ለካ እቶም ሓጥኣን ምስቲ ናይ እምነት ሕጊ እዮም ዝተሓባበሩ ነይሮም።[18]*
*ኬነት ሃገን* (Kenneth E. Hagin)

- *"እምነት ኣብ እምነተይ" ኢልኩም ብዓውታ እንተ ትጭርሑ፣ እምነት ን መንፈስኩም ወሪዱ ክመልኦ ምሓገዝኩም ነይሩ። ኣብ ኣእምሮኩም ጽቡቕ ጌሩ ክሳዕ ዝዝገብ/ዝቕረጽ ንእኡ ደጋጊምኩም በልዎ። ንመጀ መርታ ጊዜ ክትብልዎ ከለኹም ጽቡቕ ከም ዘይስመዓኩም እፈልጥ እየ። ኣእምሮኹም ኣንጻር እዚ ቃል እዚ ከም ዝዕምጽ እፈልጥ እየ። እንተ ኮ ነ ኣነ ብዛዕባ ርእስካ ዘይኮነስ ብዛዕባ ልብካ እየ ዝዛረብ ዘለኹ።[19]*
  *ኬነት ሃገን* (Kenneth E. Hagin)

- *ማር፣11፣23 ከምዚ ይብል "ዝኾነ ይኹን <u>እቲ ዝበሎ</u> ከም ዝኸውን ዝኣ ምን እምበር፣ ብልቡ ዘይወላወል፣ ነዚ ከረን፣ "ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሓል"፣ <u>እንተ በሎ፣</u> ንእኡ ከም ዝኾኖ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።" ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ክልተ መልእኽቲ ኣሎ።*

  1. *ብልቡ ዝኣምን*
  2. *ብቓሉ ዝኣምን። ብካልእ ቃላት ክግለጽ ከሎ "<u>እምነት ኣብ ገዛእ እምነቱ ዘለዎ ማለት እዩ። ብዝበልካዮ ቃላት ምእማን ማለት ኣብ እምነትካ ምእማን ማለት እዩ።</u>[20]*

*ኬነት ሃገን* (Kenneth E. Hagin)

እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ድማ ነዚ ከንቱ ዝኾነ ጸልማት ሓሳባቶም ምእንቲ ክገልግለሎም ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ክጠቕሱ ምርኣይ እዩ። ሰብ ካብ ኣፉ ብዝወጸ ቃላት ንሱ ዝደልዮ ክውንነት ኣብ ምፍጣር ክዕወት ከም ዝክእል ክረትዑሎም ኢሎም ኣዘውቲሮም ካብ ዝጥቀሙሎም ጥቕስታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

***<u>ማር፣11፣22,23</u>*** ፡- "ኢየሱስ ድማ መለሰ በሎምውን፣ <u>ብኣምላኽ እመ</u>

> ኑ። ዝኾነ ይኩን እቲ ዝበሎ ከም ዝከውን ዝኣምን እምበር፡ ብልቡ ዘይዋላወል፡ ነዚ ከረን፡ ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሓል፡ እንተ በሎ፡ ን እኡ ከም ዚኾነሉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"

> ***ምሳ፡6፡2*** ፡- "ብቓላት ኣፍካ ተትሓዝካ፡ ብቓላት ኣፍካ ተፈንጠርካ።"

> ***ምሳ፡18፡21*** ፡- "ሞትን ህይወትን ኣብ ስልጣን መልሓስ እዩ፡ እቲ ዜፍቅራ ከኣ ፍሬኣ ኪበልዕ እዩ።"

ንማር፡11፡22,23 እቲ ቀንዲ ኣሳሪ መልእክቱ "ብኣምላክ እመኑ" ዝብል ቃል እዩ። ንኣምላክ ብምእማን ዝደለካዮ፡ ከም ፍቓዱ እንተ ደኣ ኮይኑ ዘይፍጸመሉ ዝኾነ ይኩን ምክንያት የለን። እቲ ዝደለካዮ ነገር ዝፍጸም በቲ እም ነትካ ዘይኮነስ በቲ ዝኣመንካዮ ኣምላክ እዩ ዝፍጸም ዘሎ። ፈጻሚኡ ንሱ እንተ ዘይከውን እሞ ንእኡ ክትኣምኖ ኣድላዪ ኣይኮነን ማለት እዩ። ስለዚ ከኣ እዮም ንሳቶም ነቲ "ብኣምላክ እመኑ" ዝብል ቃል ብጌጋ ዝተተርጎመ ቃል ምኳኑ፡ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ናይ ጽርኢ ጽሑፍ፡ <u>"ከም ናይ ኣምላክ ዝበለ እምነት ይሃሉኹም"</u> ደኣ እምበር "ብኣምላክ እመኑ" ኣይብልን እዩ ብምባል ከ ጣምምዎ ዝፍትኑ። ሃዋርያት ብጐይታ ኣሚኖም ዝበልዎ ኩሉ ተፈጺሙ እዩ፡ ግናከ ሓንቲ መዓልቲ እኳ ትኩን ንእምነቶም ኣሚኖምዋ ኣይፈልጡን እዮም።

ነቲ ኣብ ምሳ፡6፡2 ዘሎ ጥቕሲ'ውን ካብ ዓውደ ንባቡ ዘንጢሎም ኣብ ድላዮምን ኣብ ዘይመዓልኡን የውዕልዎ ኣለው እምበር ምስቲ ንሳቶም ዝብልዎ ዝተሓሓዝ ዝኾነ ይኩን ትርጉም የብሉን።

> <u>ምሳ፡6፡1,2,3</u> ፡- "ወደየ፡ ንብጻይካ እንተ ተውሓስካ፡ ስለ ጓና ከኣ ኢ ድ እንተ ጠቓዕካ፡ ብቓላት ኣፍካ ተትሓዝካ፡ ብቓላት ኣፍካ ተፈን ጠርካ። ወደየ፡ ኣብ ኢድ ብጻይካ ካብ ወደቕካስ፡ ምእንቲ ክትግርነ፡ ከምዚ ግበር፡ ኪድ እሞ ተደፊእካ ንብጻይካ ነዝንዞ።"

እቲ ጽሑፍ ንሓደ ብጻይካ "እወሓሶ" ኢልካ ቃል እንተ ኣቲካ'ሞ፡ ነቲ ዝተወሓስካዮ ሰብ ዝምልከት ሕቶ/ክሲ እንተ መጺኡካ በቲ "እወሓስ" ኢ ልካ ዝኣተካዮ ቃል መሰረት ከም እትተሓዝን ከም እትክሰስን ከም እትፍረድን

ዘመልክት ደኣ እምበር፣ ብቓልካ ንኩነታትካ ክትፈጥር ከም እትክእል ዘስምዕ መልእኽቲ የብሉን።

እቲ ኣብ ምሳ፥18፥21፥ ሞትን ህይወትን ኣብ ስልጣን መልሓስ ምኳነን ዝገልጽ ጥቕሲ፣ ሰብ ብቓላቱ ኣዚዩ ዝደለዮ ክውንነት ክስዕብ ከም ዝኽእል ዘይኮነስ፣ በቲ ብመልሓሱ ዝዛረቦ ዘረባ ጌሩ ናይ ህይወት ወይ ናይ ሞት ፍርዲ ክቕበል ከም ዝኽእል ዘመልክት ጥቕሲ እዩ። ሰብ ካብ ኣፉ ብዝወጽእ ቃላት መሰረት ካብ ኣምላኽ ፍርዲ ከም ዝቕበል ቃል ኣምላኽ ብንጹር እዩ ዝገልጸልና። ምኽንያቱ ኣፍ ካብ ምልኣት ልቢ ስለ ዝዛረብ፣ እቲ ብኣፍካ እተውስኦ ቃላት፣ መንነት ናይ ልብካ ስለ ዝገልጽ እዩ።

***<u>ማቴ፥12፥34-37</u>*** ፦ "ኣቱም ውሉድ ኣትማን፣ ኣፍ ካብ ምልኣት ልቢ ይዛረብ እዩ እሞ፣ ክፉኣት ክነስኹምከ፣ ከመይ ጌርኩም ጽቡቕ ምዝራብ ክትክእሉ? እቲ ሕያዋይ ሰብ ካብቲ ጽቡቕ መዝገብ ልቡ ጽቡቕ የውጽእ። ክፉእ ሰብ ከኣ ካብቲ ክፉእ መዝገብ ልቡ ክፉእ እዩ ዘውጽእ። ኣነ ግና፣ <u>ብዘረባካ ኢኻ እትጸድቕ፣ ብዘረባካውን ኢኻ እትኩነን እሞ፣ ሰብ ዝዛረቦ ዘበለ ዘይጠቅም ኩሉ ቓል ብመዓልቲ ፍርዲ ጸብጻብ ክህብሉ እዮም፣</u> እብለኩም ኣለኹ።"

***<u>ሉቃ፥19፥22</u>*** ፦ "ንሱ ድማ፣ ኣታ እኩይ ባርያ፣ <u>ከምቲ ኣፍካ ዝበሎ እፈርደካ ኣሎኹ።</u> ኣነ ዘየንበርክዎ ዘልዕል፣ ዘይዘራእክዎ ዝዓጽድ ሓያል ሰብ ምኳነይ ፈሊጥካ ክሎካስ፣ ... "

***<u>ይሁ፥14,15</u>*** ፦ "ሄኖክ፣ እቲ ሳብዓይ ካብ ኣዳም፣ ነዚኣቶም፣ እንሆ፣ ጐይታ ንዅላቶም ኪፈርዶም ኢሉ ምስ ኣእላፋት ቅዱሳኑ መጺኡ ኣ ሎ፣ ነቶም ፍርሃት እግዚኣብሄር ዜብሎም ኵላቶም ድማ ብዛዕባ እቲ

ዝገበርዎ ኵሉ እኩይ ግብርን ብዛዕባ እቲ ሓጥኣንን ገፋዕትን ብዛዕባኡ እተዛረብዎ ዘበለ ኵሉ ዘረባ ድርቅናን ክቐጽዖም እዩ፡ ኢሉ ተነበየ ሎም።"

***1ጴጥ፡3፡10-12*** ፡- "ኣዒንቲ እግዚኣብሄርሲ ናብ ጻድቃን እየን ዝርእያ፡ ኣእዛኑውን ናብ ጸሎቶም እየን፡ ገጽ እግዚኣብሄር ግና ነቶም ገበርቲ እከይ ይጻረሮም እዩ እሞ፡ እቲ ህይወት ክፈቱ ጽቡቓት መዓልትታት ክኣ ክርኢ ዝደሊ፡ ልሳኑ ካብ ክፋእ፡ ከናፍሩውን ተንኰል ከይዛረባ ይከልክል። ካብ እከይ ይዝበል ሰናይ ከኣ ይግበር፡ ንሰላም ይድለያ ይስዓባውን።"

***ያእ፡1፡26*** ፡- "ሓደ እኳ፡ ንልቡ ደኣ ዘስሕቶ እምበር፡ ልሳኑ ዘይለጕም እንተሎ፡ ንኣምላኽ ዘምልኽ ከም ዘሎ እንተ መሰሎ፡ ኣምልኮኡ ከንቱ እዩ።"

***ምሳ፡21፡23*** ፡- "እቲ ኣፉን መልሓሱን ዝሕሉ ሰብ ንነፍሱ ካብ ጸበባ ይሕልዋ።"

***ምሳ፡13፡3*** ፡- "ኣፉ ዝሕሉ ህይወቱ ይባልህ፡ ከናፍሩ ጋህ ዘብል ግና ጥፍኣት ይረክቦ።"

***መዝ፡34፡13*** ፡- "መልሓስካ ካብ እከይ፡ ከናፍርካውን ካብ ምዝራብ ጥልመት ሓሉ።"

ኣዎንታዊ ቃላት ብምዝራብ ዝደለናዮ ኩነት ክንፈጥር ንክእል እንተ ኴንና፡ ወይ'ውን ኣምላኽ ንሕና ብዘውጻእናዮ ቃላት መሰረት ጥራይ ተግባሩ ዝፍጽም እንተ ኮይኑ፡ ንሕና ጐይቶት ንሱ ድማ ተለኣኣኺ ባርያ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ። ከምዚ ጌሩ ንኣምላኽ ናብ ደረጃ ባርያ፡ ነቲ ሰጋን ደምን ዝኾነ ሰብ ድማ ናብ ደረጃ ኣምላኽነት ዘዕቢ ወንጌል ናይቲ ነቦና ኣዳምን ሄዋንን ኣብ ገነት ኤደን ሸኽንኦም ዝነከሰ ናይ ጥንቲ ተመን መርዚ ደኣ እምበር ወንጌል ናይ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

# "ኣብነታት ሳዕቤን ኣሉታዊ ቃላት"

እዞም ናይ ጥፍኣት ሃዋርያት እዚ ጥራይ ኣይኮነን ክሕደቶም። ኣሉታዊ
ቃል ብምዝራብ ናይ ዝተጕድኡን፡ ግዳያት ናይ ቃላቶም ዝኮኑ ሰባት ኢ
ሎም ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ ንእስቲፋኖስ ቀዳማይ ሰማእትን፡ ነቲ ብኣ
ምላክ ኣብ ቅድሚ ኣጋንንቲ ዝተመስከረሉ ቅዱስ እዮብን ንያእቆብ ሃዋርያን
እዮም ከም ቀንዲ ኣብነት ጌሮም ዝወስድዎም።

## 1. ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

ጐይታና ኣብ መስቀል ተሰቒሉ፡ ምእንቲ ኩሉ ዓለም ዝሞተላ ህሞት
ምስ ቀረበት፡ ብዓብዩ ድምጺ፡ "ኣቦይ ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኣማዕቁባ ኣለኹ" ኢ
ሉ ከም ዝጨርሐ ወንጌላዊ ሉቃስ ኣብ ሉቃ፡23፡46 ኣዘንቲዩልና ኣሎ። "ኢየ
ሱስ ነቲ መከራ መስቀል ምጽዋሩ ስኢኑ ንነፍሱ ናብ ኣቦ እንተ ዘየማዕቁብ
ነይሩ ኣይምሞተን፡ ከምኡ'ውን "ኣምላከይ ኣምላከይ ንምንታይ ሓደግካኒ" ዝብል
ኣሉታዊ ቃል እንተ ዘየውጽእ ኣቡኡ ኣይምሓደጐን። ከምዚ ዝበለ ኣሉታዊ ቃል
ብምውጽኡ ንነፍሱ ሞት ዘሪኡላ።" ብምባል ንምስምዑ ዘሰቅቕ ትምህርቲ
ይህቡ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ፊሊ፡3፡18,19 "ከምቲ ብዛዕባኦም፡ ብዙሕ
ሳዕ ዝበልኩኹም፡ ሕጂውን እናበኼኹ እብል ኣሎኹ፡ ብዙሓትሲ ጸላእቲ መስቀል
ክርስቶስ ኰይኖም ይመላለሱ እዮም፡ መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ፡ ኣምላኮም ከ
ብዶም እዩ፡ ክብረቶም'ውን ኣብ ነውሮም እዩ፡ ሓሳቦም ከኣ ናይ ምድሪ እዩ።"
ብምባል ጽሒፉ ዘሎ እዞም ጸላእቲ መስቀል እዚኣቶም ካብዚ ዝከፍእ ኣብ ልዕ
ሊ ቅዱስ ኣምላክነቱን ስብእናኡን ክዛረቡ ኣይክእሉን እዮም። ክርስቶስ
ይትረፍ ንናይ መስቀል መከራ፡ ንናይ ሰለስተ መዓልቲ ሞት እኳ ጥሒሱ ዝወጸ
ልዑል ኣምላክ ምኳኑ ዝዘንግዑ ልቦናኦም ዝጸልመተ በሃማት እዮም። ጐይታና
ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ዝተሳዕረ ኣይኮነን ሞይቱ። ምእንቲ ኩላ ዓለም ክመውት፡
ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ዝነበረ መደቡ እዩ ነይሩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ
ብህይወት ንክነብር ካብ ኣቦ ይኩን ካብ መንፈስ ቅዱስ ሓገዝ ዘየድልዮ ፍጹም
ኣምላክ እዩ። ሰብ ኮይኑ ምግላጹ ድማ ካብ ኣምላክነቱ ዘጕደለሉ ዝኮነ ይኩን
ነገር የለን። ጐይታና ኢየሱስ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝመውት ምእን
ቲ ሓጥኣን ከም ዝሰዋእ፡ እቲ ሞቱ ድማ ብዕላማ ከም ዝኮነ እዩ ቃል እግዚኣ

ብሄር ዝገልጸልና። ሞት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ሓደ ሃንደበታዊ ዘይተሓስበ ትራጀዲ ዘይኮነ ተፈጺሙስ ቅድሚ ዘመናት ዝተወጠነ ብመለኮታዊ ዕላማ ዝተሰነየ ዝድነቕ፡ ዘሐጉስ፡ ዓለም ንድሕነታ ዝበሃገቶ ሞት እዩ። ነቲ ንሞት ጎይታ ከም ሕማቕ ፋል ጌሩ ዝተረድአ ሰብ፡ ጐይታ "ካባይ ርሓቕ፡ ሰይጣን፡ ናይ ሰብ ደኣ እምበር ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢካ" ኢ ሉ ዝገንሓሉ ምክን ያት ንጹር እዩ ነይሩ። ነቶም ከም ሓደ ሕማቕ ትራጀዲ ዘዕልልሉ ዝነበሩ ሰብ ኤማሁስ ዝተዋህበ "... ኣቱም፡ ነቢያት ብተዛረብዎ ኵሉ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ ዓያሱ፡ ክርስቶስ እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ክጸግብ እሞ ናብ ክብረቱ ክኣቱ ናይ ግዲ ደይኰነን... ።" ዝብል መግናሕቲ ድማ ኣገዳስነት ናይ ሞት ክርስቶስ ኣጕሊሑ ዘርኢ ሓቂ እዩ (ሉቃ፡24፡24-26)።

> ***ዮሃ፡10፡18*** ፡- "ባዕለይ እየ በኻ ዘሕልፋ እምበር፡ ካባይ ዚወስዳ የልቦን። <u>በኻ ከሕልፋ ስልጣን ኣሎኒ፡ መሊሰ ክወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ።</u> ነዛ ትእዛዝ እዚኣ ካብ ኣቦይ እየ እተቐበልክዋ።"

> ***እብ፡2፡10*** ፡- "እቲ ኵሉ ምእንታኡ ኵሉውን ብእኡ ዝኾነ፡ ንብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ እናኣእተዎም፡ <u>ነቲ ራእሲ ምድሓኖም ብስቅያት ክፍጽም ተገብአ።</u>"

> ***1ጴጥ፡1፡10-12*** ፡- "እቶም ብዛዕባ <u>እቲ ንኣካትኩም እተመደበ ጸጋ እተነበዩ ነቢያት ብዛዕባ እዚ ምድሓን እዚ ደለዩን መርመሩን፡</u> እቲ ኣባታቶም ዝነበረ መንፈስ ክርስቶስ ብስቓይ ክርስቶስን በቲ ድሕሪኡ ዘሎ ክብርን <u>ቀዲሙ ከም ዝመስከረ፡</u> ነየናይ ወይስ ንከመይ ዝበለ ዘመን ከም ዘመልከተ <u>እናመርመሩ፡</u> ንኣካትኩም እምበር፡ ንርእሶም ከም ዘየገልገሉ ተገልጸሎም። እዚውን በቶም፡ በቲ ካብ ሰማይ እተላእከ መንፈስ ቅዱስ ገይሮም፡ ወንጌል ዝሰበኩልኩም ሕጂ ተነግረልኩም፡ <u>መላእኽቲ ናብኡ ክጥምቱ ይብህጉ እዮም።</u>"

***ዮሃ፡12፡23-24*** ፡- "ኢየሱስ ድማ መሊሱ በሎም፡ ወዲ ሰብ ክኸብር፡ ግዚኡ በጺሓ እያ። ፍረ ስርናይ ናብ ምድሪ እንተ ዘይወደቐትን

ዘይሞተትን፡ በይና እያ ትነብር። <u>እንተ ሞተት ግና፡ ብዙሕ ፍረ ከም እትፈሪ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።</u>"

***<u>ሮሜ፡5፡6</u>*** ፡- "ገና ድኹማት ከሎና፡ <u>ክርስቶስ ብግዚኡ ምእንቲ ዓመጽቲ ሞተ።</u>"

***<u>1ቈረ፡15፡3</u>*** ፡- "እቲ ኣነ እተቐበልክዎ ቐድሚ ኵሉ ነጊረኩም እየ፡ <u>ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዝብልዎ፡ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ።</u>"

***<u>2ቈረ፡5፡15</u>*** ፡- "ድሕሪ ሕጂ እቶም ዘለዉ <u>ነቲ ምእንትኦም ዝሞተን ዝተንስኤን እምበር፡ ንርእሶም ምእንቲ ከይነብሩ፡</u> ንሱ ኣብ ክንዲ ኵላቶም ሞተ።"

***<u>ሮሜ፡5፡8</u>*** ፡- "ግናኸ ንሕና <u>ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡</u> ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ።"

## 2. እስጢፋኖስ ቀዳማይ ሰማእት

እስጢፋኖስ'ውን እንተ ኮነ እናተማህለለን፡ "ጐይታይ ኢየሱስ፡ መንፈሰይ ተቐበል" እናበለን ምጽላዩ ከም ዝተሳዕረ፡ ንነፍሱ ባዕሉ ሞት ከም ዝዘርኣላ ጌሮም ምግላጾም እቲ ካልእ ዘሰክሕ ኣብነቶም እዩ። ገጹ ከም ገጽ መልኣኽ ናብ ምኳን ተለዊጡ፡ ምልኣት ኣምላኽ (ስላሴ) ኣብ ሓደ ህሞት ኣብ ህይወቱ ተገሊጾም እናረኣየ ብክብሪ ንዝተሰውአ ሰማእት፡ "ንነፍሱ ሞት ዘሪኡላ፡ ብኣሉታዊ ቃላት ባዕሉ ንባዕሉ ስዒሩ። መንፈሰይ ተቐበል እንተ ዘይብል ከይሞተ ምጸንሐ ነይሩ" ዝብል እምነት፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ክርስትና ክስመ ዝግባእዶ ይመስለካ? ነዚ ብሂል እዚ ፓስተር ናይዚ እምነት እዚ ብወግዒ ኣብ መጽሄት ጠሊ ሄርሞን ተኣሚኑሉ እዩ። እቲ ሓታቲ ነዛ ሓቂ እዚኣ ከቃልዕ ደጋጊሙ እንተ ሓተተ እኳ እቲ ሓለቓ ተኳሉ'ውን ተኸላኸሉ ከይገሃዶ ብዙሕ ክሽፋፍን ጽዒቱ ክነሱ ሽፊኑ ክሽፍኖ ግን ኣይከኣለን። ንናይ እስጢፋኖስ ሕመቕ መረጋገጺ ምእንቲ ክኮኖም ድማ ናይ ጳውሎስ ኣብነት እዮም ዝጠቕሱ።

> ***ግብ፥14፥19-20*** ፥- *"ኣይሁድ ካኣ ካብ ኣንጾክያን ካብ ኢቆንዩምን መጹ፥ ነቶም ህዝቢ ሓባቢሎም ንጳውሎስ ድማ ብዳርባ እምኒ ፈጽፈጽዎ፥ ዝሞተ መሲልዎም ካኣ ካብታ ከተማ ንወጻኢ ጓተትዎ። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ከቢቦምዎ ከለዉ ካኣ፥ ብድድ ኢሉ ናብታ ከተማ ኣተወ። ንጽብሒቱ ካኣ ምስ በርናባስ ናብ ደርቤ ከደ።"*

ካብዚ ተበጊሶም፥ "ንጳውሎስን ንእስቲፋኖስን ዝወረደ ማህረምቲ ብዳርባ እምኒ ኮይኑ ንክልቲኦም ናብ ሞት ዘብጽሐ እዩ ነይሩ። እንተ ኮነ ጳውሎስ "መንፈሰይ ወይ ካኣ ነፍሰይ ተቐበል" ኢሉ ንነፍሱ ሞት ስለ ዘይዘርኣላ ካብ ሞት ተንሲኡ ኣገልግሎቱ ቀጺሉ" ብምባል ይገልጹ። እዚ ብቓላትና ዝደለናዮ ኩነታት ክንፈጥር ንክእል ኢና፥ ዝብል ሓዲግን ርኩስን ፍልስፍንኦም ግን በዚ ቅዱስ ጽሑፋት እዚ ክድገፍ ኣይከኣልን እዩ። ቅዱሳን ነብያትን ሃዋርያትን እቲ ብእግዚኣብሄር ዝተመደበሎም ተልእኮን ዕዮን ምስ ዛዘሙ፥ ናይ ሰማእትነት ኣክሊል ተቐቢሎም ከም ፍቓድ ኣምላክ ይሓልፉ ነይሮም እምበር፥ "በቲ ካብ ኣፎም ዝወጽእ ቃል ንሞቶም የቀላጥፍዎ ወይ የደናጉይዎ ነይሮም፥" ዝብል ሓቂ ኣብ ቃሉ ከም ዘይንረክብ ርጉጽ እዩ። ብኣንጻሩ ንሳቶም ክግዕዙ ድን ኧኖም ክቕንጠጥ እናደለዩ ኣምላክ ክጸንሑ ከም ዝደልዮም፥ ከምኡ'ውን ኣምላክ ናብ ሰማእትነት ክመርሖም ብትንቢት ክነግሮም ከሎ ብትብዓት ናብ ናይ ሰማእትነት ቦትኦም ይጒዓዙ ከም ዝነበሩ ኢና እንርዳእ። ሃዋርያ ጳውሎስ ካብቶም ዝሃድንዎ ሰባት ብዙሕ መዓልቲ ተሓቢኡ ይኩን ብካልእ መንገዲ ከ ምልጥ ከም ዘይጸንሐ፥ ኣብቲ ጐይትኡ ብራእይ ዝገለጸሉ እዋን ድማ ከም ናብ ህይወት ጌሩ ናብ ሰማእትነት ክጐዪ ተራእዩ እዩ።

> ***2ጴጥ፥1፥13,14*** ፥- *"ከምቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገለጸለይ ካኣ፥ እቲ ምቕንጣጥ ድንኳነይ ቀልጢፉ ከም ዝከውን ስለ ዝፈለጥኩ፥ ኣብዚ ድንኳን እዚ ክሳዕ ዘሎኹ፥ ብምዝካር ከንቅሓኩም ቅኑዕ ኰይኑ ይረኣየኒ ኣሎ።"*

> ***ዮሃ፥21፥18-22*** ፥- *"ንስካ በጽሒ ከሎኻ፥ ባዕልኻ ተዓጢቕካ ናብ ዝደለኻዮ ትኸይድ ኔርካ። ምስ ኣረግካ ግና፥ ኣእዳውካ ከም እተልዕል እሞ ካልእ ከም ዘዕጥቐካ ናብ ዘይደሌካዮውን ከም ዝወስደካ፥ ብሓቂ፥ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፥ በሎ። ብከመይ ዝመሰለ ሞት ንኣምላክ ከክብሮ ከም ዘለዎ ምእንቲ ክሕብረሉ እዩ እዚ ዝበለ። እዚ ምስ ተዛረበ ካኣ፥*

ሰዓበኒ፡ በሎ። ጴጥሮስ ድማ ግልጽ ኢሉ፡ ነቲ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ወደ መዝሙር ክስዕብ ከሎ ረኣዮ። ንሱ እቲ ክድረሩ ከለዉ፡ ኣብ ኣፍ ልቢ ኢየሱስ ጽግዕ ኢሉ ተቐሚጡ ዝነበረ እሞ፡ ጐይታይ፡ ኣሕሊፉ ዝህበካ መን እዩ፡ ዝበሎ እዩ። ሽዑ ጴጥሮስ ንእኡ ርእዩ ንኢየሱስ፡ ጐይታይ፡ እዚከ ከመይ ምኻኑ፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ፡ <u>ክሳዕ ዝመጽእ ክጸንሕ እንተ ፈቲኹኸ</u>፡ እንታይ ገዲሱካ፡ ንስካ ግዳ ስዓበኒ፡ በለ።"

***<u>ኢሳ፡38፡1</u>*** ፡- "በቲ ዘመን እቲ ህዝቅያስ፡ ንሞት ክሳዕ ዝዋላእ ሓመመ። ነብዪ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ከኣ ናብኡ መጺኡ፡ እግዚኣ ብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ <u>ክትመውት ኢካ እምበር፡ ኣይክትሓውን ኢ ካ</u> እሞ፡ ብናይ ሓዳርካ ተላበ፡ በሎ።"

## 3. እዮብ

እቲ ሳልሳይ ግዳይ መናፍቓን ድማ ቅዱስ እዮብ እዩ። እቲ እግዚኣ ብሄር "... ከም እዮብ ጌና ንኣምላኽ ዝፈርህን ካብ ክፉእ ዝርሕቕን ፍጹምን ቅ ኑዕን ሰብ ኣብ ምድሪ የልቦን እሞ፡ ንባርያይ እዮብስ ኣስተብሂልካዮዶ?... " ብምባል ዝመስከረሉ ቅዱስ ሰብ ንሳቶም ግን ከም ሓደ መሕፈሪ ዝኾነ ሰብ ጌሮም፡ ብምጥቃስ ብዘሕፍር ጸርፍታት እዮም ዝጸርፍዎ (እዮ፡1፡8)።

- *መዓስ ኢና ኩላትና እንነቅሕ እሞ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ እዮብ ንክለዓል ንሰይጣን ከም ዘይፈቐደሉ እንስተውዕል። እዮብ ባዕ ሉ'ዩ ንሰይጣን ኣብ ልዕሊኡ ክለዓል ዝፈቐደሉ። እግዚኣብሄር ዝገበሮ ነገር እንተ ኔሩ፡ ኣብ ልዕሊ እዮብ ዝነበሮ ኣዎንታዊ ቃል ጥራይ'ዩ ዝዕ ቅብ ኔሩ። "ኣብ ምድሪ ከም እዮብ ፍጹምን ቅኑዕን ከም ዘየሎ ኣስ ተብሂልካዮዶ" ኢልዎ። እዮብ ባዕሉ ግን ቅኑዕ ከም ዘይኮነ ተዛሪቡ እዩ፡ "ኣነ ዘይሕጉስ (ጉሁይ እየ)፡ መልሓሰይ ዘይእዙዝ እዩ? ኢሉ።*[142]

*ኬነት ኮፐላንድ (Kenneth Copeland)*

እዮብ እቲ ኩሉ ዝወረዶ መከራ ካብ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ጌሩ ንዝዛረብ ሰብ ኩሉ ከም ዓሻን ስጋውን ሰብ ጌሮም እዮም ዝገልጽዎ። እዮብ ነቲ ኩሉ መከራቲ ብገዛእ ኣፉን ቃላቱን ከም ዘምጽኦ ይዛረቡ። ኣሉታዊ ቃላት ስለ

ዘውስአ እዩ እዚ ኩሉ ወሪድዎ ይብሉ።

***ኢዮ፥3፥25*** ፥- "እቲ ዝፈራህክዎ ነገር መጺኡኒ፣ እቲ ዝሰቀቕ ነገር ከ ኣ ወሪዱኒ።"

እዮብ ነዚ ኩሉ መከራ እዚ ኣብ ኣእምሮኡ ዝፈርሆን ዝሰቀቖሉን ዝነበረ ጉዳይ ስለ ዝነበረ ተዛሪቡ ዘምጽኦ ነገር እዩ ብምባል ይኩንንዎ። ቃል እግዚኣ ብሄር ግን ኣብቲ ቀዳማይን ካልኣይን ምዕራፍ ናይ መጽሓፍ እዮብ፣ ብከመይ መንገዲ እዚ ኩሉ መከራ ናብ እዮብ ከም ዝወረደ ኣነጺሩ እዩ ዝዛረብ። እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ሰይጣን ክሳዕ ዝምካሕ ብህይወት እዮብ ኣዝዩ ዕጉብ እዩ ነይሩ። ነቲ "ከም እዮብ ገይሩ ንኣምላኽ ዝፈርህን፣ ካብ ክፉእ ዝርሕቕን ፍጹምን ቅኑዕን ሰብ ኣብ ምድሪ የልቦን እሞ፣ ንባርያይ እዮብሲ፣ ኣስ ተብሂልካዮዶ? በሎ" ዝብል ናይ እግዚኣብሄር ዕግበት ንምፍሻል ሰይጣን ዘቕረቦ፣ "እዮብ ንኣምላኽ ዝፈርሆስ ብከምኡ ድዩ? ንስካን ንእኡን ምስ ቤቱን ኣብ ዙርያኡን ዘለዎ ኵሉንዶ ሓጺርካዮ ኣየሎካን፣ ንተግባር ኢዱ ባረኽካዮ፣ ጥሪቱ ድማ ንምድሪ መሊእዎ ኣሎ። ግናኸ ኣብታ ገጽካ እንተ ዘይክሒዱካስ፣ ኢድካ ዘርጊሕካ እንዶ እሞ ንዅሉ ጥሪቱ ሃሰስ ኣይትብሎን፣" ጸኒሑ ድማ "ቆርበት ኣብ ክንዲ ቈርበት፣ ሰብ ኣብ ክንዲ ህይወቱ ዘለዎ ዅሉ ይህብ እዩ። ግናኸ፣ ኣብ ገጽካ እንተ ዘይክሒዱካስ፣ ኢድካ ዘርጊሕካ ደሞ ስጋኡን ዓጽሙን ሃሰስ ኣይትብሎን፣" ዝብል ምጉት ምእንቲ ከሕፍር፣ ንብርሃንን ፍጽምናን ናይ እዮብ ድማ ብዝያዳ ምእንቲ ከድምቕ ኢሉ፣ ብፍቓድ ኣምላኽ ዝኾነ፣ ብኢድ ሰይጣን ግን ዝተፈጸመ መከራ ደኣ እምበር መልሓስ ናይ እዮብ ዝፈጠሮ ኩ ነታት ከም ዘይነበረ ቃሉ ኣነጺርዎ እዩ (እዮ፥1፥8፣ እዮ፥1፥9-11፣ 2፥4-5)።

***እዮ፥1፥12*** ፥- "ሽዑ እግዚኣብሄር ንሰይጣን፣ በል እስኪ፣ ሓንትስ ናብኡ ደኣ ኢድካ ኣይትዘርግሕ እምበር፣ <u>ዘለዎ ዅሉ ኣብ ኢድካ ሂበካ እኔኹ፣</u> በሎ። ሰይጣን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ወጸ።"

***እዮ፥2፥6,7*** ፥- "እግዚኣብሄር ከኣ ንሰይጣን፣ <u>በል እስኪ ኣብ ኢድካ ሂበዮ እኔኹ፣</u> ንህይወቱ ግና ተጠንቀቕ፣ በሎ። ሽዑ ሰይጣን ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ወጺኡ ከደ እሞ፣ ንእዮብ ካብ ሸኹና እግሩ ሒዙ ክሳዕ ቅርቅርቱ ብብርቱዕ ቍስለተ ስጋ ወቕዖ።"

## 4. *ሃዋርያ ያእቆብ*

እቲ፡ "ግዳይ ናይቲ ካብ ኣፉ ዝወጸ ኣሉታዊ ቃላት ኮይኑ" ኢሎም ዝጠቕስዎ ራብዓይ ኣብነት ሃዋርያ ያእቆብ እዩ። ነዚ ብሂል እዚ መሰረት ክኮኖም ዝመረጽዎ ጥቕስታት እዚ ዝስዕብ እዩ።

> ***ማቴ፡20፡20-23፡-*** *"ሽዑ ኣደ ደቂ ዘብዴዎስ ምስ ደቃ መጺት፡ ተደፊኣ ድማ ካብኡ ገለ ለመነት። ንሱ ከኣ፡ "እንታይ ትደልዪ?" በላ። ንሳ፡ "እዞም ክልተ ደቀይ ኣብታ መንግስትኻ ሓደ ብየማንካ፡ ሓደ ብጸጋምካ ክቕመጡ፡ በል፡" በለቶ። ኢየሱስ ግና መሊሱ፡ "እትልምንዎ ኣይትፈልጡን። እታ ኣነ ዝሰትያ ጽዋእ ክትሰትዩከ ትክእሉዶ?" በለ። ንሳቶም፡ "ንክእል" በልዎ። ንሱ ከኣ፡ "ጽውእይሲ ክትሰትዩ ኢኹም፡ ኣብ የማነ ጸጋማይ ምቕማጥ ግና ነቶም ኣቦይ ዘዳለወሎም እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኮንኩን ዝህቦ" በሎም።*

> ***ግብ፡12፡1-3፡-*** *"ብቲ ዘመን እቲ ንጉስ ሄሮድስ ኣብ ሓያሎ ካብታ ማሕበር ክፉእ ክገብሮም ኢዱ ዘርግሐ። ንያእቆብ ሓው ዮሃንስ ከኣ ኣ ሰየፎ። እዚ ንኣይሁድ ባህ ከም ዘበሎም ምስ ረኣየ ድማ፡ ወሲኹ ን ጴጥሮስ ሓዞ።"*

ካብዚ ተበጊሶም ከኣ ሃዋርያ ያእቆብ፡ "እታ ንስኻ እትሰትያ ጽዋእ ክሰቲ እክእል እየ" ስለ ዝበለ ቅድሚ ኩሎም ሃዋርያት ተሰዊኡ፡ ከምኡ እንተ ዘይብል ነይሩ ኣይምተሰወአን ኢሎም ይድምድሙ። ወዮ ደኣ ነቲ መባእታዊ ሓቂ ምስትውዓል ክሳዕ ዝስእኑ ልቦናኦም ተደፊኑ ኮይኑ እምበር፡ "እወ ክን ሰትያ ንክእል" ዝበሉ ክልቲኦም ኣሕዋት እዮም ዝነበሩ። ሃዋርያ ዮሃንስ ደኣ ምስ ሓው ብሓንሳብ "ኣሉታዊ ቃል" ተዛሪቡ ነይሩ ክነሱ እንታይ ኮይኑ ምስ ሓው ዘይተሰየፈ? ምናልባት እቲ "ኣሉታዊ ቃል" ኣብ ገሊኡ ዝሰርሕ፡ ኣብ ገሊኡ ከኣ ዘይሰርሕዶ ኮይኑ እዩ? ጐይታ እንተ ዘይኮይኑ፡ ሰይጣን ኮነ ንሕና ኣብ ህይወትና ስልጣን ከም ዘይብልና ኣቐዲምና ርኢና ኢና። ሃዋርያ ያእቆብ ድማ ግዳይ ናይ ቃላቱ ዘይኮነስ፡ ዓስቢ ዘለዎ ክቡር ሞት ዝሞተ ሰማእት እዩ። ካብቲ ጐይታ ዝሰተዮ ዕላማ ዘለዎ ጽዋእ-ሞት ዝሰተየ ጅግና ደኣ እምበር፡ ተራ ሞት ዝሞተ ሰብ ኣይኮነን። ናይ ሬማ ናይ ስሕተት ምንቅስቓስ መራሒ ነዚ ቃል እዚ ኣብ መጽሄት ጠሊ ሄርሞን ኣብ ዝገበርዎ ቃለ ምልልስ ገሊጸምዎ ኣ ለው (ገጽ 396) ርአ።

# *ምቅድዳሕ ናይ መናፍቓን*

እዞም ነዚ ትምህርቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ መሰረት ከም ዘለዎ ክርእዩ ሒኮ ዝብሉ ዘለው መናፍቓን፣ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይኮነስ ካብ ናይ ሓድሽ ዘመን ምንቅስቓስ (*New age Movement*) ካብ ክርስትያን ሳይንስ (*Christian science*) ካብ ሜታፊዚክስ (*Metaphysics*) ዝተባህሉ ካብ ክርስትና ወጻኢ ዝኮኑ እምነታት ዝተቐድሐ እምነት ዘለዎም እዮም።

እዞም እምነታት እዚኣቶም ኣብ ኣምላክነት ናይ ሰብ ዝኣምኑ ኮይኖም፣ ሰብ ብቓላቱ ዝደለዮ ነገር ክፍጽም ከም ዝክእል ዝምህሩ እዮም። እዞም ክርስ ትያናት ኢና በሃልቲ ናይ እምነት ምንቅስቓስ መራሕቲ ድማ ነዚ ናይ ሓድሽ ዘመን ምንቅስቓስ ብገለ ገለ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ብምድጋፍ ናይ ክርስትያን እምነት ከምስልዎ ንክርስትና ናብ ናይ ሓድሽ ዘመን እምነት ክልውጥዎ ይጽዕሩ ኣለው። ነቲ ኣዎንታዊ ምእማን (*Positive Confession*) ምስ ቲ ፈጠራዊ ጠመተ (*Creative Visualization*) ዝብል ዘይክርስትያናዊ ባዕዳዊ ስ ነ ሓሳብ ዝድግፉሉ ባላ ዝኮኖም ጥቕስታት ብምልቃም ንክርስትና ምስ ባዕዲ ኣ ምልኮ ከዋስብዎ ይህቅኑ። ከምኡ ክገብሩን ክዛረቡን ከለው፣ ሰባት "እዚ ደኣ ናይ ሓድሽ ዘመን ምንቅስቓስ (*New age Movement*) እምነት እንድዩ" ከም ዝብሉ ስለ ዝርድኦም፣ ኣቐዲሞም መከላከሊ ዝኮኖም ምስምስ ኣብ ውሽጢ መደርኦም የብዝሑ። ካብቲ ዝብልዎ ገለገለ መርገጽታት እዚ ዝስዕብ እዩ።

- *ናይ እምነት ቃላት ናብ ቅድስተ ቅዱሳን ሰንጢቖም ይኣትው እሞ ነቲ ዝውክልዎ ተጨባጢ ነገር (tangible object) ኣብቲ ቅድስተ ቅዱሳን ይፈጥርዎ። እዚ ጥራይ እዩ ክትገብር ዘለካ፦*

    1. *ዝደለኻዮ ነገር፣ ፋይናንስያዊ ኮነ ነገራዊ ድሌትካ፣ ብዓይኒ ሕልናኻ ትርእዮ ወይ ኣብ ሕልናኻ ትቐርጾ፣*
    2. *ንድሌትካ ኣብ ቃል እግዚኣብሄር ተደገፎ*
    3. *ነቲ ድሌትካ ናብ ሀላወ ትጽውዖ።[24]*

*ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)*

- *ንቓል እግዚኣብሄር ወሲድካ ኣብ ውሽጥካ ክትቀርጾሉ ናብ እትክእል ደረጃ እንተ በጺሕካ፡ እሞ ዝሰንከለ እግሪ ዝየረ ኣዒንቲ ከም ዘይህልወካ ኣሚንካ፡ ካብ ዊል ቸየር ትትስእ ከም ዘለካ እንተ ርኢካ፡ እቲ ዝረኣካዮ/ ዝቐረጽካዮ ምስሊ ናብ ቅድስተ ቅዱሳን ኣትዩ ሓቂ ይኸውን እሞ ንስካ ካብ ዊል ቸየር ትትንስእ።*[25]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland )

- *እዚ ደኣ ናይ ሓድሽ ዘመን ምንቅስቓስ* (New Age) *እዩ ትብሉ ትህልው። እቲ ዝገብርዎ ብርግጽ ነቲ ናትና እዩ ዝመስል። ሰይጣን ኩሉ ጊዜ መታለሊ ኣምስሉ እዩ። ንሱ ዝኾነ ይኹን ናቱ ዝኾነ ሓቂ ክምጽእ ኣ ይክእልን እዩ። ካበይ ዝረከቦ ይመስለኩም። ንሱ ካብ ገዛእ ርእሱ ዋላ ሓን ቲ ኣይፈልጥን እዩ። ኣሜን!!*[26] *(That sucker doesn't know anything on his own)*

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *ቃላት ኣብ ኣእምሮ ስእሊ ይፈጥሩ። ኣብ ኣእምሮ ዘሎ ስእሊ'ውን ቃላት ይፈጥር እዩ። እቲ ቃላት ካብ ኣፍካ ምስ ወጸ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎ መንፈሳዊ ሓይሊ፡ ነቲ ኣብ ኣእምሮካ ዘሎ ስእሊ ኣካላውነት የልብሶ። እዚ እንድዩ ድኣ ናይ ሓድሽ ዘመን* (New Age) *ዶ ትብሉ ኣለኹም!! ኣይኮነን፡ ሓድሽ ዘመን* (New Age ) *እዮም ነዚ ናትና ክገብሩ ዝፍትኑ ዘለው። ኣሕዋተይ መንፈሳዊ ሕጊ ስለ ዝኾነ ድማ ውጽኢት ይረክቡሉ ኣለው።*[27]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *ሓንቲ ጠንቋሊት ከምዚ ኢላ ነጊራትኒ። “ኣብ ጥንቆላ ብቓላትና ንኣዕዋፍ ምቕታል፡ ከምኡ'ውን ንደቂ ሰብ ብኣፍና ምቕታል ከም እንመሃር ትፈልጥ ዲካ? ክስዕርዎም ዝክእሉ ቃላት ብምዝራብ ኣብ ልዕሊ ሰባት ሕማም ከ ነውርድ ከም እንክእል ተማሂርና ኢና።” ኣጸቢቑ ክቐትል ዝክእል ናይ ሓቂ ሕማም ከተምጽእ ትክእል'ያ ማለት'ዩ። “ብቓላት ኣዕዋፍ ክቐትል እክእል'የ” ትብል ኣላ። ብድሕሪኡ ኣነ “ዎ ኣምላኽ ሰይጣን ከምዚ ዝበለ ሓይሊ ከም ዘለዎ ኣይፈልጥን እየ ነይረ።” ኢለዮ። ንሱ ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረበኒ፡ “ሰይጣን ብቓላቱ ክቐትል ዝክእል እንተ ኮይኑ ንስካ ድማ ብቓላትካ ህይወት ከተምጽእ ትክእል ኢካ ማለት እዩ።” ኣሕዋት!!*

*ብድሕሪኡ ኣብ ኣእምሮይ ደዊሉ፣ "ለካ ንሕና ክርስትያናት ኣብ ኣፍና ዘሎ ሓይሊ ገና ኣይፈለጥናዮን።" ድማ ኢለ።*[28]

*ቤኒ ሂን* (Benny Hinn)

- *እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉኒ "ኣብ ትሕቲ መጥቃዕቲ ናይቲ ክፉእ ኣቲካ ኣ ለካ፣ ብቓላት ኣፍካ ኣሲርካኒ ስለ ዘለካ ግን ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣል ኩን።*[29]

*ቻርለስ ቻፕስ* (Charles Capps)

- *ኣብዚ እነሆልኩም ዘሰንብድ!! እግዚኣብሄር ኣብ ክንዲ ሰብ ኮይኑ ኣብዛ ምድሪ ንክሰርሕ ፍቓድ ክወሃቦ ኣለዎ። እወ ዓለም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርኩም እያ ዘላ፣ እምበኣር ሰብ እንተ ድኣ ኮይኑ ዝቆጻጸር መን ደኣ እዩ ክቆጻጸር ዘይክእል? እግዚኣብሄር እዩ። እግዚኣብሄር ንሰብ ኣብ ምድሪ ክገዝእ ምልኪ ድሕሪ ምሃቡ እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ ምልኪ የብሉን። ንሕና እንተ ዘይፈቒድና እግዚኣብሄር ኣብዛ ምድሪ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይክእልን እዩ። ንእኡ ክሰርሕ ፍቓድ እንህበሉ መንገዲ ድማ ጸሎት እዩ።*[30]

*ፍረደሪክ ፕራይስ* (Frederick K.C.Price)

## "እምነትካ ኣሕወየትካ"

እቲ ኣብ ወንጌል ዝርከብ "እምነትካ/ኪ ኣሕወየካ/ኪ" ዝብል ቃላት እግዚኣብሄር ብምልኣት ንክዓዪ ናትና ምእማን ዘለዎ ግደ ኣነጺሩ እዩ ዝገልጽ (ማቴ፥8፥13፣ ማቴ፥9፥22,29 ማር፥10፥52፣ ሉቃ፥7፥50፣ ሉቃ፥17፥19፣ ሉቃ፥18፥42)። እዞም ከምኡ ዝተባህለሎም ሰባት ብእምነት ከም ዝሓወዩ ዘየማትእ እዩ። እንተ ኮነ፣ እታ እምነት ንጐይታ ደኣ ኣሚኖሙላ እምበር ንርእሶም ወይ ተገልቢጦም ንእምነቶም ብምእማን ኣይኮኑን ካብ ጐይታ ፈውሲ ዝረከቡ። ብኣን ጻሩ፣ ኣብ ልዕሊ ጐይታን ሓይሉን ዝነበሮም ልዑል እምነት ንከጉድል ብዙሕ ፈተናታት እናገጠሞም ክነሱ፣ ገና ኣብኡ ንምእማን ስለ ዘይደከሙ እዮም ተዓዊቶም። ናይ ሎሚ ናይ ጥፍኣት ሃዋርያት ግን፣ "ነቶም ሕሙማት ጐይታ ዘይኮነስ እምነቶም ከም ዘድሓኖም ጐይታ ባዕሉ ብኣፉ መስኪሩ እዩ" ብምባል ከታልሉ ይፍትኑ ኣለው። ስለዚ ድማ እዩ ሰባት ንእምነቶም ብምእማን ዝበልዎ ኣዝዩ ዘሕፍርን ንክርስትና ዘነውርን ቃላት ነእዛንና ከሳሕዮ ዝውዕል ዘሎ። ኣብ

ቀላጥ ምድረ በዳ ብኣካል ኮፍ ኢሎም ከለው "ኣብ ኣስመራ እየ ዘለኹ፣" ብብርቱዕ ሕማም ጥቓ ሞት ከለው፣ "ኣይሓመምኩን" ጥራይ ኢዶም ከለው "ኣ ነ ሃብታም እየ" ዝብሉ ኣብ ሓዲግ እምነት ዝተሰረቱ፣ ካብ ክውንነት ኣዝዮም ዝረሓቑ፣ ናብ ትዕዝብቲ ዘይግዙራት ኣሕሊፎም ዝህቡ ባዶ ቃላት ይፍነው ኣ ለው። እዚ ብደውካ ምሕላም ዝዓይነቱ ሃተውተው ናብ ዝበጽሖኪ እንተ ዘይብሉ፣ ከማካ ብኣርኣያ ስላሴ ዝተፈጥሩ ኣሕዋትን ኣሓትን ንከ ምዚ ዝኣመሰለ ሕሱር ኣእምሮ ተመጥዮምን ዘይንቡር ንምዝራብን ንምግባርን ተፈንዮም ምርኣ ይ፣ ንሓደ ጥዑይ ሕልናን መንፈስ ኣምላክን ዘለዎ ሰብ ብጣዕሚ ዘሕዝንን ዕ ረፍቲ ዝከልእን ጉዳይ እዩ።

# እምነት ህያብ ኣምላክ እያ

እምነት እቲ ዝዓበየ ናይ እግዚኣብሄር ህያብ እዩ። እቶም ብናይ ኣ እምሮኦም ሓቅታት (ሎጂክ) ክርድኡ ዝፍትኑ ሰባት እዮም ብኣምላክ ንምእማን ዝጽገሙ። ጐይታ ነዚ ሓቂ እዚ ከረጋግጽ ከሎ እዚ ዝስዕብ ቃላት ተዛሪቡ እዩ።

<u>***ዮሃ፣6፣36,37***</u> ፡- "ግናከ ከምቲ ዝበልኩኹም እዩ፣ ርኢኹምንስ ኣይኣ መንኩምንን፣ <u>ኣቦይ ዝሃበኒ ዘበለስ ናባይ ክመጽእ፣</u> እዩ፣ ነቲ ናባይ ዝመጽእ ከኣ ከቶ ንወጻኢ ኣይድርብዮን እየ።"

<u>***ዮሃ፣6፣44,45***</u> ፡- <u>"እቲ ዝለኣከኒ ኣቦይ ዝሰሓቦ እንተ ዘይኰይኑ፣ ናባይ ክመጽእ ዝክእል</u> የልቦን። ኣነ ድማ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከ ተንስኦ እየ። ኣብ ነብያትውን ኩሎም ካብ ኣምላክ ምሁራት ክኰኑ እዮም፣ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ። <u>እቲ ካብ ኣቦይ ዝሰምዐን እተማህረን ዘበለ ከኣ ናባይ ይመጽእ።"</u>

<u>***ዮሃ፣6፣65***</u> ፡- "ዘይኣመኑ ግና ኣብ ማእከልኩም ኣለው፣ ስለዚ ድማ እየ፣ <u>እቲ ካብ ኣቦይ እተዋህበ እንተ ዘይኰይኑስ፣ ናባይ ክመጽእ ዝክእል የልቦን፣</u> ዝበልኩኹም፣ በሎም።"

ስለዚ ሰብ ብኣቦን ብወድን ተሳሒቡ እንተ ዘይኮይኑ፣ ናብ ክርስቶስ

ክመጽእ ዘይክእል እንተ ኮይኑ፡ ተራ ናይ ሰብ ኣብ ድሕነት ደኣ እንታይ እዩ? ዘየማትእ ንጹር እዩ፡ ነቲ ዝስሕብ ዘሎ ምስዓቡ ጥራይ እዩ። እግዚኣብሄር ብእምነት ከም ዝስሕበና፡ ነታ እትስሕበና እምነት እንተ ተኣዚዝናያ ጥራይ ነቦ ከም እነስምሮ ቃሉ ኣነጺሩልና እዩ (ዮሃ፡6፡65፣ እብ፡11፡6)። እቶም ቅዱሳት ሃዋርያት ተኣኪቦም ንጐይታ "እምነት ወስኸና" ዝበሉሉ ምኽንያት ከኣ እታ ስ ሒባ ኣብ ጽቡቕ ምዕራፍ እተዕርፍ እምነት ካባታቶም ዘይምኳና ስለ ዝተኣመኑ እዮም (ሉቃ፡17፡5)።

> ***<u>ማር፡9፡21-24</u>*** ፡- "ኢየሱስ ድማ ነቦኡ፡ እዚ ካብ ዝሕዞ ክንደይ ዘመ ኑ እዩ? ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ከኣ፡ ካብ ንእስነቱ፡ ከጥፍኦ ብዙሕ ሳዕ ኣ ብ ሓውን ኣብ ማይን ደርብይዎ። ገለ ትኽእል እንተ ኳንካ ግና፡ ደን ግጸልናን ርድኣናን፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ፡ እትኽእል እንተ ኳንካ፡ ትብል ኣሎካ። <u>ንዚኣምን ኵሉ ይከኣል እዩ፡</u> በሎ። ብኡብኡ ኣቦ እቲ ቈልዓ ዓው ኢሉ፡ እኣምን፡ <u>ንዘይምእማነይ ደግፎ፡</u> በለ"

ኣብዚ ጥቕሲ እዚ እቲ ንምእማን ዝተጸገመ ወላዲ፡ እምነቱ ብገዛእ ርእሳ ምቛም ስኢና ምስ ረኣየ፡ "ንዝኣምን ኩሉ ይከኣል እዩ" ንዝብል ብድሆ ምጽዋሩ ምስ ሰኣነት፡ "ንዘይምእማነይ ደግፍ" ብዝብል ብዓውታ ዝተዘርበ ሓያል ቃል ንጐይታ ኣዕጊብዎ እዩ። እምነት ካባና ዘይኮነስ ከም ኩሉ ነገር ካብኡን ብእኡን ንእኡን እያ። ስሙ ይክበር!!

> ***<u>እብ፡2፡፡10</u>*** ፡- "<u>እቲ ኵሉ ምእንታኡ ኵሉውን ብእኡ ዝኾነ፡</u> ን ብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ እናኣእተዎም፡ ነቲ ራእሲ ምድሓኖም ብስ ቅያት ክፍጽም ተገብኦ።"

> ***<u>ሮሜ፡11፡36</u>*** ፡- "<u>ኵሉ ካብኡ እዩ ብእኡ ንእኡን ድማ እዩ</u> እሞ፡ ን እኡ ንዘለኣለም ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን።"

> ***<u>1ቈረ፡8፡6</u>*** ፡- "ንኣናስ <u>ኵሉ ካብኡ ዝኸውን ንሕናውን ንእኡ እንኸውን</u> ሓደ ኣምላኽ ጥራይ፡ ኣቦ፡ ኣሎና። <u>ኵሉ ብእኡ ዝኸውን ንሕና ከኣ ብእኡ እንኸውን</u> ሓደ ጐይታውን፡ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣሎና።"

<u>***1ቈረ፡11፡11-12***</u> ፡- “ከምቲ ሰበይቲ ካብ ሰብኣይ ዝኰነት፡ ከምኡውን ሰብኣይ ብሰበይቲ እዩ። ብጐይታ ግና ሰበይቲ ብዘይ ሰብኣይ፡ ሰብኣያ ከኣ ብዘይ ሰበይቲ ከቶ ኣይክውንን እዩ። <u>ኵሉ ግና ካብ ኣምላክ እዩ።</u>”

<u>***ቈሎ፡1፡16***</u> ፡- “ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ፡ ዝርአን ዘይርአን፡ ዙፋናት ኰኑ ወይስ ጐይትነት፡ ሕልቅነት ወይስ ስልጣናት፡ <u>ኵሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ፡ ኵሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ።</u>”

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጥቕስታት ዝትሕዝቶኡ መጽሓፍ እናንንብካ፡ ካብቲ “ኩሉ ብእኡ ኩሉ ንእኡ” ዝብል ነገራት ኩሉ፡ ንእምነት ነጺልካ ኣውጺእካ እምነት ካብኡ ከም ዘይኮነት፡ ንእኡውን ከም ዘይትግባእ፡ ብኣንጻሩ ነዛ ሓይሊ እዚኣ ካብ ውሽጥካ ከተፈልፍላ ከም እትክእልን፡ ንገዛእ ርእስካን ንዓ ኣን ድማ እምበር ንኣምላክ ክትኣምነላ ከም ዘየድልየካ ዝገልጽ ናይ ተኳሉ ወን ጌል ምቕባል ብዝኮነ ይኩን ተኣምር ሕድገት ዘይብሉ ሓጢኣት እዩ።

<u>***2ቈረ፡4፡1-4***</u> ፡- “ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ንሕሊና ኵሉ ሰብ ነታ ሓቂ እናገለጽናሉ፡ ንነፍስና ነዕቀኈብ እምበር፡ ብተንኰል ከይተመላለስና፡ ን ቓል ኣምላክውን ሓሳዊ ከይገበርናዮ፡ ነቲ ናይ ነውሪ ሕቡእ ነገር ሓዲግና ኣሎና። ስለዚ ምሕረት ከም ዝወረደና፡ እዛ ኣገልግሎት እዚኣ ካብ እትህልወና፡ ኣይንሕለልን ኢና። <u>እቲ ወንጌልና ስውር እን ተ ኰነ ከኣ፡ ኣብቶም ዚጠፍኡ እዩ እተሰወረ።</u> እቲ ብርሃን ወንጌል ናይ ክብሪ ክርስቶስ፡ ንሱ ከኣ ምስሊ ኣምላክ ምእንቲ ከየብርሃሎምሲ <u>ኣምላክ እዛ ዓለም እዚኣ ንሓሳብ እቶም ዘይኣምኑ ኣየሮ።</u>”

እቲ ሓቂ ተሰዊሩና እንተልዩ ድማ ሰይጣን ንጥፍኣትና ውዲት ወድዩልና ከም ዘሎ ንዘክር። “ሰይጣን ከይብለጸልናስ ንውዲቱ ኣይንስሕቶን ኢና” ድማ ተጻሒፉ እዩ (2ቈረ፡2፡11)።

ኩሉ ካብኡ፡ ኩሉ ብእኡ፡ ኩሉ ድማ ንእኡ እዩ'ሞ፡ መወዳእታና ምእን ቲ ክጽብቕ፡ ነታ ካብኡ ዝኮነት ነታ ባዕሉ ዝጀማሪኣ እምነት ንጐይታን ንእኡን ጥራሕ ኣብ ምውፋይ እሙናት ክንከውን ንጠንቀቕ።

ንእኡ ጥራሕ ክንኣምን ከም ዘድሊ ዝነግረና ጥቕስታት ካብ ምብዝሐ ዝተላዕለ፡ ክንውድኦ እኳ እንተ ክኢልና እዩ። ነቲ ከምኡ ዝምህረና ኩሉ ጥቕስ

ታት ድማ ብዝርዝር ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ክጽሕፎ ወሲነ ኣለኹ። ነዚ ዘዳልዎ ዘለኹ መጽሓፍ መምልኢ (መባዝሒ) ክኮነኒ ኢለ ዘይኮነስ፣ ምልኣት ቃል እግዚኣብሄር ምእንቲ ከግህድ፣ ንዝተዋህቦም መወከሲ ጥቕስታት፣ መጽሓፍ ቅዱስ ገንጺሎም ደልዮም ንምንባብ ዝህከዩ ወይ'ውን "ጊዜ ዘውሕዶም" ሰባት ምክንያት ምእንቲ ክስእኑ እዩ።

> ***1ቈረ፣2፣1,2*** ፦ "ኣሕዋተየ፣ ኣነ ድማ ኣብ ማእከልኩም ኣሎኹ፣ ብዘይ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ንሱ ከኣ እቲ እተሰቕለ፣ ሓደ ነገር እኳ ከም ዘይፈልጥ መደብኩ እሞ፣ ናባካትኩም ክመጽእ ከሎኹ፣ ምስክር ኣምላኽ ብብሉጽ ዘረባ፣ ወይስ ብጥበብ ክነግረኩም ኣይመጻእኩን። ኣነ ከኣ ብድካምን ብፍርሃትን ብብዙሕ ምምብድባድን እየ ኣባካትኩም ዝነበርኩ። እምነትኩም ብስልጣን ኣምላኽ እምበር፣ ብጥበብ ሰብ ምእንቲ ከይትስረትሲ፣ ዘረባይን ስብከተይን ድማ ብምርዳእ መንፈስን ስልጣንን እምበር፣ ብዜስድዕ ዘረባ ጥበብ ኣይነበረን።"

> ***ዮሃ፣15፣22*** ፦ "ኣነ መጺኤ እንተ ዘይነግሮም፣ ሓጢኣት ኣይምኾኖምን ነይሩ፣ ሕጂ ግና ንሓጢኣቶም ምኽንያት የብሎምን።"

## ንኣምላኽ ጥራሕ ክንኣምን ዝሕብሩና ጥቕስታት

እቶም ብኣምላኽ ክንኣምን ዝነግሩና ጥቕስታት ብዝርዝር ተጻሒፎም ስለ ዘለው ነፍሲ ወከፍ ኣንባቢ ርግእ ኢሉ ንነፍሲ ወከፍ ጥቕሲ ከም ዝግባእ እናስተውዓለ ከንብቦ፣ ንርእሱ ረዲኡ ድማ ንካልኦት ክረድኣሉ እላቦ።

> ***እብ፣11፣1*** ፦ "እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዝገበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፣ ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእ እያ።"

> ***ሮሜ፣4፣18-20*** ፦ "... ተስፋ ኣብ ዘይብሉስ፣ ኣቦ ብዙሓት ክኸውን ብተስፋ ኣመነ። ኣስታት ወዲ ሚእቲ ዓመት ክነሱ፣ ምዉት ስግኡን ምዉት ማህጸን ሳራን እናረኣየ፣ ንምእማን ኣይደከመን። ግናኸ ንኣምላኽ ክብሪ እናሃበ ንምእማን በርትዐ እምበር፣ ነቲ ተስፋ ኣምላኽ ብዘይ ምእማኑ ኣይተወላወለን።"

***ማር፡11፡22-24*** ፦ "ኢየሱስ ድማ፡ መለሰ በሎም'ውን ብኣምላኽ እመኑ። ዝኾነ ይኹን እቲ ዝበሎ ከም ዝኸውን ዝኣምን እምበር፡ ብልቡ ዘይወላወል፡ ነዚ ከረን፡ ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሓል፡ እንተ በሎ ንእኡ ከም ዝኾነሉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ስለዚ፡ እትጽልዩዎን እትልምንዎን ዘበለ ከም ዝረኸብኩምዎ፡ እመኑ እሞ ክኾነልኩም እዩ።"

***ማር፡1፡14-15*** ፦ "ድሕሪ ማእሰርቲ ዮሃንስ ከኣ ኢየሱስ ናብ ገሊላ መጸ እሞ፡ "እቲ ዘመን ተፈጸመ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ቀረበት፡ ተነስሑ ብወንጌል'ውን እመኑ፡" እናበለ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ሰበኸ።"

***ግብ፡10፡43*** ፦ "ብእኡ ዝኣምን ዘበለ ብስሙ ሕድገት ሓጢኣት ከም ዝረክብ፡ ኩሎም ነብያት ይምስክሩሉ ኣለው።"

***ዮሃ፡1፡12*** ፦ "ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኩሎም ብስሙ ንዝኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ክኾኑ መሰል ሃቦም።"

***ዮሃ፡2፡23*** ፦ "... ዝገበሮ ተኣምራት ምስ ረኣዩ፡ ብዙሓት ሰባት ብስሙ ኣመኑ።"

***ዮሃ፡3፡15,16,36*** ፦ "ብእኡ ዝኣምን ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረካ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግባእ እዩ። ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝአመነ ኵሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። ...ብወዲ ዝኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ፡ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቁጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር፡ ንህይወት ኣይክርእያን እዩ።"

***ዮሃ፡5፡24*** ፦ "እቲ ንቓለይ ዚሰምዮን በቲ ዝለኣከኒ ዝኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ። ንሱ ካብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበር፡ ናብ ፍርዲ ከም ዘይበጽሕ፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"

***ዮሃ፡7፡38*** ፦ "ብኣይ ዝኣምን፡ እቲ ጽሑፍ ከም ዝበለ፡ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ክውሕዝ እዩ።"

***ግብ፡16፡31*** ፡- "ንሳቶም ከኣ፡ ብጐይታና ኢየሱስ እመን እሞ ንስካን ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም፡ በልዎ።"

***ሮሜ፡3፡22*** ፡- "ማለት፡ ጽድቂ ኣምላኽ ብምእማን ብኢየሱስ ክርስ ቶስ ንዚኣምኑ ኵላቶም እዩ፡ በዚ ሌላን ጕሌላን የልቦን ...።"

***ሮሜ፡10፡9-11*** ፡- "እቲ ጽሑፍ፡ ብእኡ ዝኣምን ዘበለ ኣይሓፍርን፡ ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑ'ውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ ኢየሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብካውን ኣምላኽ ካብ ምውታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢካ።"

***1ዮሃ፡5፡1*** ፡- "ንኢየሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ዝኣምን ዘበለ ኩሉ ካብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ፡ ንወላዲ ዘፍቅሮ ኩሉ ከኣ፡ ነቲ ካብኡ እተወልደ'ውን የፍቅሮ።"

***1ዮሃ፡5፡5*** ፡- "ንዓለም ዝስዕራ፡ እቲ ንኢየሱስ፡ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ዝኣምን እንተ ዘይኰይኑስ፡ መን እዩ?"

***1ዮሃ፡5፡10*** ፡- "ብወዲ ኣምላኽ ዚኣምን፡ እቲ ምስክር ኣብ ውሽጡ ኣ ለዎ። እቲ ንኣምላኽ ዘይኣምን፡ ነቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ወዱ ዝመስከሮ ምስክር ስለ ዘይኣመኖ፡ ንእኡ ሓሳዊ ገይርዎ ኣሎ።"

***ዘፍ፡15፡6*** ፡- "ብእግዚኣብሄር ከኣ ኣመነ፡ ንሱ ድማ ንጽድቂ ቈጸረሉ።"

***ማቴ፡8፡13*** ፡- "ኢየሱስ ነቲ ሓለቓ ሚእቲ፡ ኪድ፡ ከም ዝኣመንካዮ ይኹነልካ፡ በሎ። እቲ ቈልዓ ከኣ በታ ሰዓት እቲኣ ሓወየ።"

***ማር፡5፡36*** ፡- "ኢየሱስ ከኣ እዚ ዘረባ'ዚ ኪዛረቡ ምስ ሰምዐ፡ ነቲ መራሒ ቤተ ጸሎት፡ ኣይትፍራህ፡ እመን ደኣ፡ በሎ።"

***ማር፥9፥19-24*** ፡- "ንሱውን ኣታ ዘይእሙን ወለዶ፡ ክሳዕ መኣዝ ምሳካትኩም ክነብር እየ? ክሳዕ መኣዝሲ ክዕገሰኩም እየ? ናባይ ኣ ምጽእዎ፡ ኢሉ መለሰ። ናብኡ ድማ ኣምጽእዎ፡ ምስ ረኣዮ፡ ሽዑ እቲ መንፈስ ፈንጠርጠር ኣበሎ፡ ናብ ምድሪ ወዲቑ ኣንገርገረ ዓፈረ ከኣ። ኢየሱስ ድማ ነቦኡ፡ እዚ ካብ ዚሕዞ ክንደይ ዘመኑ እዩ? ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ከኣ፡ ካብ ንእስነቱ፡ ኬጥፍኦ ብዙሕ ሳዕ ኣብ ሓውን ኣብ ማይን ደርብዩዎ። <u>ገለ ትክእል እንተ ኼንካ</u> ግና፡ ደንግጸልናን ርድኣ ናንን፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ ትክእል እንተ ኼንካ? ትብል ኣሎኻ። <u>ንዝኣ ምን ኩሉ ይከኣል እዩ፡ በሎ።</u> ብኡብኡ ኣቦ እቲ ቆልዓ ዓው ኢሉ <u>እኣምን ንዘይምእማነይ ደግፈ፡</u> በለ።"

***ሉቃ፥17፥5*** ፡- "ሃዋርያት ድማ <u>ንጐይታ፡ እምነት ወስከና፡</u> በልዎ።"

***ማቴ፥9፥28*** ፡- "ናብ ቤት ምስ ኣተወ፡ እቶም ዕውራት ናብኡ መጹ። ኢየሱስ ድማ፡ እዚ ምግባር <u>ከም ዝከኣለኒዶ ትኣምኑ ኢኹም?</u> በሎም። ንሳቶም፡ እወ ጐይታይ በልዎ።"

***ማቴ፥18፥6*** ፡- "<u>ካብዞም ብኣይ ዝኣምኑ ንኣሽቱ</u> ንሓደ ዜስሕት ግና፡ መጥሓኒ ኣድጊ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ኣብ ዓሚቕ ባሕሪ ክጥሕል ይሕሾ።"

***ዮሃ፥2፥11*** ፡- "ኢየሱስ ነዚ መጀመርታ ተኣምራቱ እዚ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ገበሮ። ክብረቱ ከኣ ገለጸ፡ ደቀ መዛሙርቱውን <u>ብእኡ ኣመኑ</u>።"

***ዮሃ፥11፥39-40*** ፡- "ኢየሱስ፡ ነዚ እምኒ ኣልዕልዎ በሎም። ማርታ ሓብቲ እቲ ምውት ከኣ፡ ጐይታይ፡ ራብዐቲ ገይሩ እዩ እሞ፡ ፈጺሙ ጨንዩ እዩ በለቶ። ኢየሱስ፡ <u>እንተ ትኣምንስ፡ ክብሪ ኣምላኽ ምርኣኺዶ ኣይበልኩኽን? በላ</u>።"

***ዮሃ፥4፥48*** ፡- "ሽዑ ኢየሱስ፡ ትእምርትን ተኣምራትን እንተ ዘይርኤኩ ም፡ <u>ኣይትኣምኑን ኢኹም</u> በሎ።"

***ግብ፥19፥4*** ፡- "ሽዑ ጳውሎስ፡ ዮሃንስሲ በቲ ድሕሪኡ ዚመጽእ፡ ማለት፡ <u>ብኢየሱስ ክርስቶስ፡ ክኣምኑ፡</u> ነቶም ህዝቢ እናነገረ

ጥምቀት ንስሓ እዩ ዘጥመቐ፣ በሎም።"

***1ቈረ፣12፣9*** ፦ "ንሓደ ግና <u>እምነት በቲ ሓደ መንፈስ፣</u> ንሓደ ድማ በቲ ሓደ መንፈስ ናይ ምፍዋስ ውህበት ይወሃቦ።"

***ኤፌ፣2፣8-9*** ፦ "ሓደ እኳ ከይምካሕሲ፣ ካብ ግብሪ ኣይኰነን እሞ፣ <u>ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፣ እዚ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፣ ካባኻትኩም ኣይኰነን</u>።"

***ገላ፣2፣16*** ፦ "ሰብ <u>ብእምነት ብኢየሱስ ክርስቶስ</u> እምበር፣ ብግብሪ ሕጊ ከም ዘይጸድቕ ካብ ፈለጥና ግና፣ ኩሉ ስጋ ብግብሪ ሕጊ ዘይጸድቕ ስለ ዝኾነ ንሕና ከኣ ብግብሪ ሕጊ ዘይኰነስ ብእምነት ብክርስቶስ ምእንቲ ክንጸድቕ <u>ብክርስቶስ ኢየሱስ ኣመንና።"</u>

***ፊሊ፣1፣29-30*** ፦ "እቲ ኣባይ ዝርኤኩምዎ፣ ሕጂውን ኣባይ እትሰምዕ ዎ ዘሎኩም ገድሊ፣ ከምኡ ዝበለ እናበጽሓኩም፣ ሳላ ክርስቶስ ምእን ታኡ መከራ ድማ ክትጸግቡ እምበር፣ <u>ብእኡ ክትኣምኑ</u> ጥራይ ኣይኰ ነን ጸጋ ተዋሂቡኩም ዘሎ።"

***ማቴ፣9፣22*** ፦ "ኢየሱስ ግልጽ ኢሉ ረኣያ እሞ፣ ኣጆኺ ጓለይ፣ <u>እም ነት ኺ ኣሕወየትኪ፣</u> በላ። እታ ሰበይቲ ካብታ ሰዓት እቲኣ ሒዛ ሓወየት።"

እዚ ኩሉ ዝጸሓፍናዮ ጥቕስታትን መግለጺታቱን ንጥብቅና ናይቲ ሓቀ ወንጌል ክንቀውምን ንእኡ ንዝጻባእ ኩሉ ከኣ ክንቃወምን ስለ ዝግብኣና፣ ከምኡ 'ውን ነቲ ናብ ፍልጠት ሓቂ ንምብጻሕ ይጽገም ንዘሎ ምእመን ንምርዳእ ተባሂሉ ደኣ እዩ እምበር፣ እዚ ናይ ስሕተት እምነት እዚ ጊዚኡ ሓልዩ ሓሶቱ ዝቃላዕን ዝወድቕን እምነት እዩ ነይሩ። ዘመኑ ዘመን ስሕተት ኮይኑ ደኣ ሰባት ብጽውጽዋያትን ብሃተውተውን ይስሕቱ ኣለው እምበር፣ እዚ ክሕደት እዚ ከም ሓሰር ኣብ ቅድሚ ሓዊ እዩ። በቲ ሓዊ ዝኾነ ቃሉ ምስ ዝፍተሽ ብዘሕንክ መን ገዲ ዝጠፍእ ስሕተት እዩ።

ዋላ ጥቕስታት እንተ ዘይተጠቕሶ'ውን ዝበልዎ ምኳን ምስ ኣበየ ኩሉ ሓሶት ኮይኑ ምስ ተረክበ ዝረኣየ ክክዕቦም ዝከኣል እዩ። ኣማልክቲ እንተ ዝኾኑ እሞ ብቃላቶም ዝደለይዎ ክፈጥሩ ዝክእሉ እንተ ዝኾኑ፣ ክገብርዎ ዝግብኦም

ብዙሕ ክገብሩ ምረኤና። ሰብ መን ኮይኑ እዩ'ሞ ብቓላቱ ኩነታት ክልውጥን ክፈጥርን ዝኽእል? ቃሉ ንድካም ሰብ ብዘየዳግም መንገዲ ገሊጽዎ እዩ። ንእኡ ምርኣይ ጥራይ ኣካሊ እዩ።

***ኤር፣10፣23*** ፦ "ጐይታየ፣ መገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ከም ዘይኰነ፣ እቲ ዚመላለስውን ስጓሚኡ ኪቕንዕ ዓቕሚ ከም ዜብሉ፣ እፈልጥ ኣሎኹ።"

***ዮሃ፣3፣27*** ፦ "ዮሃንስ ከኣ መሊሱ በለ፣ ሰብ ካብ ሰማይ እንተ ዘይተዋህቦስ ሓንቲ እኳ ክወስድ ኣይክእልን እዩ።"

***ዮሃ፣15፣5*** ፦ "እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ፣ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩ ም ኢኹም፣ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትክእሉን ኢኹም እሞ፣ እቲ ኣባይ ዝጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፣ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዝፈሪ።"

***2ቈረ፣3፣5*** ፦ "ክእለትና ካብ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፣ ካብ ርእስና ገለ ከም ዘምጻእና፣ ሓንቲ እኳ ክንሓስብ ኣይከኣለናን እዩ።"

***ሮሜ፣7፣18-19*** ፦ "ፍቓድሲ ኣሎኒ፣ ምግባር እቲ ሰናይ ግና ስኢነዮ ኣሎኹ እሞ፣ ነቲ ዘይደልዮ እከይ እገብር ኣለኹ እምበር፣ ነቲ ዝደልዮ ሰናይ ኣይኰንኩን ዝገብር ዘሎኹ። ስለዚ ኣባይ ማለት ኣብ ስጋይ፣ ሰናይ ከም ዜልቦ፣ እፈልጥ ኣሎኹ።"

***ማቴ፣5፣36*** ፦ "ካብ ጸጕሪ ርእስኻ ሓንቲ ከተጻዕዱ ወይስ ከተጸልም ኣይትክእልን ኢኻ እሞ፣ ብርእስኻ እኳ ኣይትምሓል።"

***ማቴ፣6፣27*** ፦ "ካባኻትኩምከ ተጨኒቑ ኣብ ልዕሊ ቁመቱ ሓንቲ እመት ክውስኽ ዝኽእል መን ኣሎ?"

ስለዚ ድካምና ተኣሚንና፣ ንዘይምእማንና ክድግፈና ንዝጐደለ እምነትና ክምልኣልና እናጸለና፣ ነታ ካብኡ ጥራይ ዝረኸብናያ እምነት ንእኡ ጥራይ እናወፈና፣ ካብዚ ንጥፍኣትና ዝተሰነዐ ናይ ተኺሉ ወንጌል ርእስና ንሓሉ።

ምዕራፍ 5

# “ንሕና ኣማልክቲ ኢና”

ዝተጻሕፈ፣ ነቲ ካብ ሰማይ ዝዛረበና ዘሎ ኣምላኽ ዝባንና ከይንመልሰሉ ንጠን ቀቕ (እብ፣12፣25)።

## ንምስሓት ዝጥቀሙሎም ጥቕስታት

ሰይጣንን መዓይይቱን እኳ ብገለ ገለ ህያው ጥቕስታት ሽፊኖም ነቲ ሓያል መርዚ ከውሕጡና እንተ ፈተኑ፣ ንሕና ግን ንምድሓን ዝለበሙ ንቑሓት ብምኳን ንነፍስናን ንመንሰናን ክንሕሉ ብግዲ ኣድላዪ እዩ። ንሒደት ጥቕስታት ካብ ዓውደ ንባቦም ብምዝንጣል፣ ዘይትርጉሞም ብምሃብ እኳ ከታልሉና እንተ ፈተኑ፣ ንሕና ግን ነቲ ጽሑፋት ምስቲ ምሉእ መጽሓፍ ብምትሕሓዝ ነቲ ሓቀ መልእክቱ ንምፍላጥ ክንጽዕት ይግብኣና። ነቲ ጥቕስታት ክርስትያን ን ምምሳል ከም ቆርበት በጊዕ ንርእሶም ክሽፍኑሉ ይጽዕሩ ኣልዮም እምበር፣ ኣ ብቲ ንሳቶም ዝተፍእዎ ጸኒሕና እነንብቦ ብሂላትሲ፣ ናይ ጥቕሲ ሽታ እኳ የ ብሉን። እቲ ዝመረጽዎ ሒደት ጥቕስታት ነቲ ኩሉ ዓብይ ሓሶቶም ምሽፋን ምስ ዝስእን፣ በቲ ካብ ልቦም ሃንዲሶም ዝዛረብዎ ናይ ሓሶት ራእያትን ምግላጻትን ለቂቦም ዕራቖም ክከድኑ እዮም ዝጽዕሩ።

እቶም ኣዘውቲሮም ብዘይ ኣግባብ ዝጥቀሙሎም፣ ክርስትያን መ ሲሎም ንናይ ክርስትያን ዓለም ከታልሉሎም ዝጽዕሩ ጥቕስታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

> ***<u>ዘፍ፣1፣26-27</u>*** ፡- “ኣምላኽ ከኣ፣ <u>ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ን ግበር፣</u> ንዓሳ ባሕርን ነፅዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዝብል ኵሉ ለመምታን ይግዝኡ፣ በለ። <u>ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ።</u> ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስ ተይትን ገይሩ ፈጠሮም።”

> ***<u>ዮሃ፣10፣31-39</u>*** ፡- “ኣይሁድ ብዳርባ እምኒ ክቐትልዎ ከም ብሓድሽ እምኒ ኣልዓሉ። ኢየሱስ ከኣ፣ ካብ ኣቦይ ብዙሕ ሰናይ ግብርታት ኣ ርኤኹኹም። ስለ ኣየናዩ ግብሪ ኢኹም ብዳርባ እምኒ ክትቀትሉኒ እትደልዩ ዘለኹም? ኢሉ መለሰሎም። ኣይሁድ ከኣ፣ ስለቲ ምጽራፍካን ሰብ ክነስካ ነፍስካ ኣምላኽ ስለ ምግባርካን እምበር፣ ስለቲ ጽቡቕ ግብርታትካስ ኣይኮንናን ብእምኒ ንቐትለካ፣ ኢሎም መለሱሉ። ኢየሱስ

# በኹሪ ኲሉ ሓጢኣት

ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣርእስቲ ኣሸንኳይ ክትብሎስ ተባሂሉ ንክትሰምዖ ጥራይ እኳ ክትጾሮ ዘይትክእል ከቢድ ዕልወት እዩ። ተጌሩን ተባሂሉን ዘይፈልጥ ሓድሽ ዕልወት ስለ ዝሰማዕና ኣይኮንናን እንስንብድ። ናይ ሰብ ኮነ ናይ ሰይጣን እቲ ቀዳማይን በኹርን ሓጢኣት፡ እዚ ኣምላክነት ናይ ምብሃግ ሓጢኣት ከም ዝነበረ ቅዱሳት ጽሑፋት ብንጹር ዝገልጽዎ እዩ። ኣ ቦታት “መለበምን ኣይግበርካ መለበምን ኣይክላእካ” ኢሎም ከም ዝመሰሉ፡ ን መለበሚ ዝከውን፡ መበቆልን ሳዕቤንን ናይዚ ሓጢኣት እዚ ካበይን እንታይን ምኳኑ ዝገልጽ መጽሓፍ ኣብ ኢድና ሒዝና፡ ንናይ ዘመናት ዕልወት ክእርም፡ ዘይሃስስ ኣርኣያ ትሕትና ክሓድገልና ክብል መልክዕ ባርያ ሒዙ ንዝተገልጸ፡ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እናሰዓብና፡ በዚ በኹሪ መርዚ እዚ ዓይንና እናረኣና ክንምረዝ ምርኣይ ማዕረ ክንደይ ዘሕዝን ፍጻሜ ኮን እዩ!!

እቲ ናይ ጥንቲ ተመን፡ ድያብሎስ፡ ኣምላክነት ቃሕ ኢልዎ፡ ንእግዚኣ ብሄር ኣምላክነቱ ክምንዝዕ ምስቶም እሙናት መላእኽቲ ከም ዝገጠመ ብሰሪ እዚ ድማ ካብ መልኣክ ብርሃን ናብ መልኣክ ጸልማት ከም ዝተለወጠ እናን በብካ፡ ሎሚ ኣምላክነት ዘመኒ ምዕዛም ካበይ መጸ? ኣቦና ኣዳምን ኣዴና ሄዋንን ከብዶም ብጽጉቡ፡ ገነት ድማ ምስ ኲሉ ምሉእ ትሕዝቶኡ ከሎ ን ምብላዕ ኣእዳዎም ዝዘርግሑ፡ ሸውሃት ምግቢ ወይ ስስዐ እንጌራ ስለ ዝሓየሎም ድዩ? ያእ ኣይፋሉን!! ምስቲ ናይ ጥንቲ ተመን ምሕዝነት ስለ ዝገበሩ፡ ምስኡ ድማ ብዛዕባ እቲ እግዚኣብሄር ዝሃቦም ቃል ሓቢሮም ናይ ቃል መጽናዕቲ (Bible Study) ስለ ዝጀመሩ እሞ ንሱ ድማ ንጽሑፋት ኣጣሚሙ ነታ ንሱ ዝወደቐላ መርዚ ኣብ ሸኮንኦም ክነዝሕ ስለ ዝከኣለዶ ኣይኮነን? እዚ ሓጢኣት እዚ፡ “ናይ ኣቦ ንመን ንሃቦ” ኮይኑና ዲና ንርስተዮ ዘለናስ ወይስ ናይ ብሓቂ ማለትና ኮይኑ መጽሓፍ ቅዱስ ዝበለና ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓና? ክቡራት ኣንበብቲ እዚ ምሕባል እዚ ካብቲ ዝጸውዓና ኣምላክ ዝመጸ ኣይኮነን። ንሕና ከምቲ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘተስፈውና፡ ምስ ጐይታ ኳንና ነቲ ናይ ጥንቲ ተመን ርእሱ ክንጭፍልቕ እምበር፡ ሸኮናና ነቲ ዘይንሕፍ ተመን ተገሪህና ክንህብ ኣይተጸዋዕ ናን። “እቲኣቶም፡ ካብ ምድሪ ክዛረቦም ከሎ፡ ኣብዮም ካብ ዘየምልጡስ፡ ንሕና ነቲ ካብ ሰማይ ዝዛረበና ዝባንና ካብ እንመልሰሉ ግዳ፡ ከመይ ኢልና ከ ነምልጥ፡ ስለዚ ነቲ ዝዛረበኩም ዘሎ ከይትኣብይዎ ተጠንቀቑ” ዝብል ከም

መለሰሎም፥ ኣብ ሕግኹም፥ ኣነ ኣማልኽቲ ኢኹም፥ በልኩ፥ ዝብልዶ ኣ ይተጻሕፈን እዩ፥ ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝመጸሎም ኣማልኽቲ ካብ ዝበሎም፥ ጽሑፍ ክፈርስ ኣይከኣልን እዩ፥ ነቲ ኣቦ ዝቐደሶ ናብ ዓ ለምውን ዝለኣኮ ግዳ፥ ወዲ ኣምላኽ እየ ስለ ዝበልኩኹም፥ ከመይ ኢል ኩም፥ ትጻረፍ ኣሎኻ፥ ትብሉኒ ኣለኹም? ግብሪ ኣቦይ እንተ ዘይገበርኩ ኣይትእመኑኒ። እንተ ገበርኩ ግና ኣቦ ኣባይ ምህላው፥ ኣነውን ኣብ ኣ ቦ ምህላወይ ምእንቲ ክትፈልጡን ከተስተብህሉንሲ፥ ንዓይ እኳ እንተ ዘይኣመንኩምኒ፥ ነቲ ግብረይ እመንዎ። መሊሶም ድማ ክሕዝዎ ደለዩ፥ ንሱ ግና ካብ ኣእዳዎም መሎቐ።”

***ዘጸ፥4፥16*** ፥- “ክከውን ከኣ እዩ፥ ንሱ ኣፍ ይኾነካ፥ ንስካ ድማ ከም ኣምላኽ ትኾኖ፥ ንሱ ኣብ ክንዳኻ ንህዝቢ ይዛረብ።”

***ዘጸ፥7፥1-2*** ፥- “እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፥ ርኣ፥ ኣነ ንፈርኦን ኣ ምላኽ ገበርኩኻ፥ ኣሮን ሓውኻ ድማ ነብዩኻ ይኩን። ንስኻ እቲ ዝእዝዘካ ዘለኹ ኵሉ ንገር፥ ኣሮን ሓውኻ ከኣ ንደቂ እስራኤል ካብ ምድሩ ይውጽኡ ክሓድጎም፥ ንፈርኦን ይንገሮ።”

***ኤፌ፥4፥21-24*** ፥-“እታ ሓቂ ኣብ ኢየሱስ ከም ዘላ ሰሚዕኩምዋን ኣ ብኡ ተማሂርኩምዋን እንተ ኴንኩምሲ፥ ነቲ ቀደም እተመላለስኩምሉ፥ ብትምኒት ስሕተት ዝጠፍእ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩም፥ በቲ ናይ ኣ እምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ፥ እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ።”

***2ጴጥ፥1፥4-11*** ፥- “ብእኡ እታ ክብርትን ዓባይን ተስፋ ዝረከብና፥ ኣብ ዓለም ብፍትወት ስጋ ካብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺእኩም፥ ተማቐልቲ እቲ ኣ ምላኻዊ ባህርይ ምእንቲ ክትኰኑ፥ ብትግሃት ዘበለ ተጋደሉ፥ ኣብ እም ነትኩም ደግነት ወስኹ፥ ኣብቲ ደግነትውን ፍልጠት፥ ኣብታ ፍልጠት ከ ኣ ምግታእ ርእስኻ፥ ኣብቲ ምግታእ ርእስኻ ድማ ዓቕሊ፥ ኣብቲ ዓ ቕሊውን ፍርሃት እግዚኣብሄር፥ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ድማ ምፍቃር ኣሕዋት፥ ኣብቲ ምፍቃር ኣሕዋትውን ፍቕሪ ንኵሉ ሰብ። እዚ ነገርዚ

እንተ ኣሎኩም፣ እናማዕበለውን እንተ ከደ፣ ንምፍላጥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሃካያትን ዘየፍርዩን ክትኰኑ ኣይሓድገኩምን እዩ።"

## ዝውረሱን ዘይውረሱን ባህርያት እግዚኣብሄር

እግዚኣብሄር "ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር፣" እንተ በለ ሰብ ብኩለንትናኡ ምሉእ ብምሉእ ንእግዚኣብሄር ይመስል ማለት ኣይኮነን። እቶም ን እግዚኣብሄር እንመስለሉም ባህርያትና ኣዝዮም ውሱናት እዮም። እግዚኣብሄር ክውረስ ዝክእልን ክውረስ ዘይክእልን መለኮታዊ ባህርያት ኣለዎ። ስለዚ ንሕና ብመልክዑን ብምስሉን ዝተፈጠርና ፍጥረት ስለ ዝኾንና ነቶም ተወረስቲ ዝኾኑ (Communicable) ባህርያት ካብኡ ብምውራስ ክንመስሎ ንክእል ኢና። እቶም ተወረስቲ ዘይኮኑ ባህርያት ግን ክንወርሶም ዘይከኣል እዩ። እቶም ክውረሱ ዘይክ ኣሉ ባህርያት ንኣብነት ምጥቃስ ዝኣክል እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. እግዚኣብሄር ኩሉ ይክእል።
2. እግዚኣብሄር ኩሉ ይፈልጥ።
3. እግዚኣብሄር ኣብ ኩሉ ይርከብ።
4. እግዚኣብሄር ብገዛእ ርእሱ ዘለኣለማውን ህያውን እዩ።
5. እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ፣ ስለዚ ከኣ ኣይረኣን።
6. እግዚኣብሄር ዘይውሰንን ምሉእን (ብሉጽ) እዩ (Transcedent)።
7. እግዚኣብሄር ኣይልወጥን እዩ።
8. እግዚኣብሄር ሉኣላዊ እዩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ባህርያት ኩሉ ናይ በይኑ ዝኾነ ባህርያት እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ንሱ ጥራይ ኣምላክ ዝኾነ። ነዚ ባህርያት እዚ ዝውንን ዝኮ ነ ይኩን ስጋዊ ይኩን መንፈሳዊ ኣካል የለን። ብኣንጻሩ ከኣ ኣብቶም ንሱ ዝፈጠሮም ፍጥረት ክህልዉን ክውረሱን ዝክእሉ ባህርያትውን ኣለውዎ። እዞም ባህርያት እዚኣቶም ኣብቶም ብኣርኣያኡ ዝተፈጥሩን ዘለዉን ኣካላት ጥራይ ይርከቡ። ገለ ካብኣቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. እግዚኣብሄር ጽቡቕን ክፉእን ይፈልጥ።
2. እግዚኣብሄር ስነ ምግባራዊ ፍርዲ ይገብር።
3. እግዚኣብሄር ፍጹም እዩ።

4. እግዚኣብሄር ደንጋጺ እዩ።
5. እግዚኣብሄር ዘለኣለማዊ እዩ።
6. እግዚኣብሄር እሙን እዩ።
7. እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ።
8. እግዚኣብሄር ብጸጋ ምሉእ እዩ።
9. እግዚኣብሄር ቅዱስ እዩ።
10. እግዚኣብሄር ቅኑዕ ፈራዲ እዩ።
11. እግዚኣብሄር ፍቕሪ እዩ።
12. እግዚኣብሄር መሓሪ እዩ።
13. እግዚኣብሄር ዕጉስን ንኩራ ደንጓይን እዩ።
14. እግዚኣብሄር ጻድቕ እዩ።
15. እግዚኣብሄር ሓቀ እዩ።

እዞም ባህርያት እዚኣቶም ኣብቶም ብመልክዕ ኣምላክ ዝተፈጥሩ እሞ ድማ ብሓጢኣት ምክንያት ነቲ መልክዕን ምስልን ኣምላክ ካብ ህይወቶም ኣብ ዘየጥፍኡ ሰባት ይረኣዩ እዮም። እንተ ኮነ ከምዚ ክንብል ከሎና እዞም ባህርያት በቲ ኣብ ኣምላክ ዝረኣዩሉ ደረጃ፣ ኣብ ስጋ ለበስ ኮነ ኣብቶም ረቀቕቲ መላእኽቲ ይረኣዩ ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት በቲ ኣምላክ ፍጹምን፣ ቅዱስን፣ ጻድቕን፣ ሓቀ ን፣ እሙንን ዝኮነሉ መጠን፣ ክንድኡ መጠን ድማ ሰብ ቅዱስን ፍጹምን ወዘተ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ምክንያቱ ደረጃ ሰብን ደረጃ ኣምላክ ነትን ሓደ ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ ክወዳደር'ውን ዝግብእ ኣይኮነን። “ከምቲ ኣ ምላክ ሓደን ሰለስተን ዝኮነ ሰብ'ውን ብሰለስተ ኣካላት (ነፍስን ስጋን መንፈስን) ዝቖመ ሓደ ኣካል እዩ'ሞ በዚ'ውን ኣምላክ እዩ” ብምባል ዝዛረብዎ ክሕደት'ውን ዘክይድ ኣይኮነን። ንኣብነት ሰብ ብሰለስተ ማለት ብስጋን ብነፍስን ብመንፈስን ዝቖመ እኳ እንተ ኮነ ሰለስተ ሰብ ዘይኮነስ ሓደ ሰብ እዩ፣ እዚ ድማ ብመልክዕ ን ምስልን ናይ ኣምላክ ብምፍጣሩ ዝረከቦ ፍሉይነት እዩ። በዚ ንኣምላክ ይመስ ል እዩ ስለ ዝበልና ግን፣ ናይ ሰብ ሰለስትነትን ሓድነትን ነቲ ናይ ኣምላክ መዳርግቲ እዩ ማለትና ኣይኮነን። ናይ ሰብ ሰለስቲኦም ኣካላት ንሓድሕዶም እን ተ ተፈላልዮም ብገዛእ ርእሶም ህልውና የብሎምን። ናይ ስላሴ ኣካላት ግን ነፍ ሲ ወከፎም ብገዛእ ርእሶም ህልውናን መንነትን ኣለዎም። እዚ ተወራሲ ናይ እግዚኣብሄር ባህርያት ብመጠኑ ክውንን ስለ ዝከኣለ፣ ንሰብ ዝኮነ ይኩን ዓይነት ኣምላክነት ክውርሶ ኣይከኣልን እዩ።

## ትርጉም ናይቲ ዘጣምምዎ ጥቕስታት

እቲ “ኣነስ ኣማልኽቲ ኢኹም በልኩ” ዝብል ጐይታ ዝጠቐሶ ጥቕሲ ብምውሳድ ድማ፡ “ጐይታ ባዕሉ ኣማልኽቲ ኢኹም እናበለስ ንሕና ኣይኮንናን እንብለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?” ብምባል ከእምኑ ይፍትኑ እዮም። እንተ ኮ ነ እቲ “ብጀካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትክእሉን ኢኹም” ዝበለ ጐይታ፡ ን ሰብ “ኣማልኽቲ ኢኹም” ዝብለሉ ምኽንያት ዘይማትእ ንጹር እዩ። ምስጢር ናይዚ ኣበሃህልኡ'ዚ ካብቶም ዝጠፍኡን፡ ንጽሑፋት ንጥፍኣት ርእሶም ዝጠዋውይዎን ጥራይ እዩ ክስወር ዝክእል። ምስጢር ናይዚ ጥቕሲ እዚ ክርዳእ ዝደለየ ዝኾነ ይኩን ቅኑዕ ክርስትያን ናብቲ ጐይታ ዝጠቐሶ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕሲ ገንጺሉ እዩ ዝርኢ። እቲ ጐይታ ዝጠቐሶ ጥቕሲ ኣብ መዝ፡82፡1-7 እዩ ዝርከብ ከምዚ ድማ ይብል።

> ***<u>መዝ፡82፡1-7</u>*** ፡- “ኣምላኽ ኣብ ማሕበር ኣማልኽቲ ደው ይብል፡ ኣብ <u>ማእከል ኣማልኽቲ ይፈርድ ኣሎ</u>። ክሳብ መዓስ ኢኹም ሓሶት እትፈርዱ? ንገጽ ረሲኣንሲ እተድልዉ? ንምግዱርን ንዘኽታምን በይ ኑሎም፡ ንጭኑቕን ዘኽታምን ፍትሒ ኣውጽኡሎም። ንድኻን መስኪንን ኣናግፍዎም፡ ካብ ኣእዳው ረሲኣን ኣድሕንዎም። ኣ ይፈልጡን፡ ኣየስተውዕሉን፡ ኣብ ጸልማት ይመላለሱ፡ ብዘሎ መሰረታት ምድሪ ይናወጽ ኣሎ። <u>ኣነስ፡ ኣማልኽቲ ኢኹም፡ ኵላትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኹም፡</u> ግናኸ ከም ሰብ ክትሞቱ፡ ከም ሓደ ካብቶም መሳፍንቲውን ክትወድቁ ኢኹም፡ በልኩ።” (1ዜና፡16፡15-22)።

ኣብዚ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ እነንብቦ ሓሳባት ኣዝዩ ግልጺ እዩ። እዞም “ኣማልኽቲ” ተባሂሎም ዘለው ከም ዝገበርዎ ዝንገረሎም ዘሎ ተግባርን፡ ኣብ ልዕሊኦም ክወርድ ተባሂሉ ዘሎ ፍርድን ምስ እንርኢ፡ ይትረፍ ናብ ኣምላኽነት ገጹ ክጽጋዕሲ፡ ናብ ሓደ ምሉእን ሕልናን ዘለዎ ሰብ እኳ ኣይቀርብን እዩ። ካብ ንኣምላኽን ንሰብን ብዝበለጸ ንኣጋንንቲ ዝጽግዑ ሰባት ምንባሮም እዩ ዝሕብረና። እቲ ዝገብርዎ ተግባር በብሓደ ዘርዚርና ምስ እንሪኦ፡

1. ብሓሶት ዝፈርዱ
2. ንገጽ ረሲኣን ዝዳልው
3. ንምግዱርን ንዘኽታምን ዘይብይኑ
4. ንመስኪንን ንጭኑቕን ፍትሒ ዘየውጽኡ

5. ንድካን መስኪንን ካብ ኣእዳው ረሲኣን ዘየናግፉ
6. ዘይፈልጡ ዘየስተውዕሉ
7. ኣብ ጸልማት ዝመላለሱ ሰባት እዮም ነይሮም።

እምበኣር እዞም ኣማልክቲ ተባሂሎም ዘለው ሰባት፣ ስልጣን ዝነበሮም መራሕትን ፈረድትን ናይቲ ህዝቢ ዝነበሩ ሰባት ምንባሮም ግሉጽ እዩ። እቲ ሒዞምዎ ዘለው ቦታን ስራሕን ንኣምላኽ ዝውክል ቦታን ስራሕን ክነሱ ከም ናይ ኣምላኽ ጌሮም ስለ ዘይሓዝዎ ኣብ ፍርዲ ዝወደቑ ሰባት እዮም። ዳንነትን መሪሕነትን ናይ እግዚኣብሄር እምበር ናይ ሰብ ጉዳይ ከም ዘይኮነ ካብዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ ታሪኽ ክንመሃር ዝከኣል እዩ።

<u>2ዜና፣19፣4-11</u> ፥- "ዮሳፍጥ ድማ ኣብ የሩሳሌም ተቐመጠ፣ መሊሱ ከኣ ካብ ብኤር-ሻባዕ ሒዙ ክሳዕ ከረን ኤፍሬም ናብ መንጎ ህዝቢ ወጸ፣ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ከኣ መለሶም። ኣብታ ሃገር ድማ፣ ኣብ ኵለን እተዓርዳ ከተማታት ይሁዳ፣ ኣብ ከከተማ ፈረድቲ ኣቐመጠ። <u>ነቶም ፈረድቲውን በሎም፣ ነቲ እትገብርዎ ዘበለ ጠምቱ፣ ናይ እግዚኣብሄር እምበር፣ ናይ ሰብ ኣይኰነን እትፈርዱ ዘለኹም እሞ፣ ንሱ በቲ ናይ ፍርዲ ነገር ምሳኻትኩም እዩ።</u> እምበኣርስከ ፍርሃት እግዚኣብሄር ይሃልኩም፣ ተጠንቂቕኩም ግበርዎ፣ <u>ኣብ እግዚኣ ብሄር ኣምላኽናስ ዓመጻን፣ ኣድልዎ ገጽን፣ ምቕባል መማለኻን የ ልቦን።</u> ዮሳፍጥ ድማ ኣብ የሩሳሌም ብናይ እግዚኣብሄር ፍርድን ኣብ ባእስን ክፈርዱ፣ ካብ ሌዋውያንን ካህናትን ካብቶም ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት እስራኤልን ፈረድቲ ሾመ። ናብ የሩሳሌም ከኣ ተመልሱ። ከ ምዚ ኢሉ ድማ ኣዘዞም፣ ከምዚ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ብእምነትን ብፍጹም ልብን ዕየዩ። ካብቶም ኣብ ከተማታቶም ዝነብሩ ኣሕዋትኩም ብዝመጸኩም ዘበለ ነገር ድማ፣ ንእግዚኣብሄር ከይብድሉ እሞ፣ ኣብ ልዕሌኹምን ኣብ ልዕሊ ኣሕዋትኩምን መዓት ከይመጽእ፣ ብናይ ደምን ደምን፣ ብናይ ሕግን ትእዛዝን ስርዓታትን ፍርድታትን መዓድዎ። ከ ምኡ ግበሩ እሞ በደልቲ ኣይክትኮኑን ኢኹም። እንሆ ድማ፣ በቲ ናይ እግዚኣብሄር ዘበለ ኵሉ ነገር እቲ ሊቀ ካህናት ኣማርያ፣ በቲ ናይ ንጉስ ዘበለ ኩሉ ነገርውን እቲ መስፍን ቤት ይሁዳ ዘባድያ ወዲ እስማኤል ኣብ ልዕሌኹም ኣለዉ። መራሕቲ ድማ፣ እቶም ሌዋውያን

ኣብ ቅድሜኹም ኣለዉ። ጽኑዓት ኩኑ ግበርዎ ከኣ፣ እግዚኣብሄር ድማ ምስቲ ገባሪ ጽቡቕ ይኩን።"

እዞም "ኣማልክቲ" ተባሂሎም ተሰዪሞም ዘለው ግን ይትረፍ እቲ ዘይውረስ፣ እቲ ዝውረስ ባህርያት እኳ ንኣሰሩ ኣይነበሮምን። እቲ ክገብርዎ ዝተዋህቦም ተግባርን ሓላፍነትን ናይ እግዚኣብሄር እምበር ናይ ሰብ እኳ እንተ ዘይኮነ፣ ይትረፍ ከም ናይ ኣምላኽ (ኣማልክቲ) ከም ናይ ሰብ እኳ ኣ ይገበሩን። ስለዚ ጕይታ ነዚ ጥቕሲ እዚ ክጠቅስ ከሎ እንታይ ማለቱ ከም ዝነበረ ክይተሓልመ ዝተፈትሐ ብሩህ እዩ። እቶም ደቂ ስሕተት ግን ነቲ ጥቕሲ ካብቲ ሱሩ ፈልዮም ንጥፍኣት ርእሶምን ንጥፍኣት የዋሃት ኣባጊዕን ክጠዋውይዎ ይረኣዩ ኣለዉ።

እቲ ካልእ ከም ሕሱም ዝጠዋውይዎ ጥቕስታት ድማ እቲ ንሙሴ ኣብ ልዕሊ ፈርኦንን ኣብ ልዕሊ ኣሮንን ኣምላኽ ዝገበረ ዝመስል ጥቕስታት እዩ። "ኣ ሮን ኣፍ ክከውን ሙሴ ድማ ከም ኣምላኽ ክከውን" ዝብል ቃል ናይ ሙሴ ኣ ምላክነት ዘመልክት እንተ ኮይኑ፣ ኣፍ ዘይብሉ ኣምላክነት ደኣ እንታይ ዓይነት ኣምላክነት እዩ? ኣብ ቅድሚ ዘይግዙር ንጉስ ዝዛረብ ኣፍ ዘይብሉ ሰብ ኣምላኽ ዘይኮነስ ገና ዘይተማልአ ሰብ እዩ። እግዚኣብሄር "ከም ኣምላኽ ትኮኖ" ዝበለሉ ምኽንያት፣ እቲ መበቆል ሓሳብ ካብ ኣምላኽ ኮይኑ ነብያት ድማ ካብኡ ተቐ-ቢሎም ከም ዝዛረቡ፣ ኣሮን ድማ ካብ ሙሴ ሰሚዑ ወይ ንህዝቢ ወይ ድማ ን ፈርኦን ይዛረብ ስለ ዝነበረ እዩ። ርክብ ሙሴን ኣሮንን ከምቲ ርክብ ናይ እግዚኣብሄርን ሙሴን ዝመስል ስለ ዝነበረ፣ እቲ ናይ ኣቐባልን ተቐባልን ርክቦም ንዘምልከት ጥራይ ከም ኣምላክን ነብይን ዓይነት ዝምድና የንጸባርቑ ማለት እዩ። ከምቲ እዞም መናፍቓን ዝብልዎ፣ ሙሴ ኣምላኽ ነይሩ እንተ ዝከ ውን፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ነቲ ወታእ ኣፉ ከዐርን ንከንኣን ናይ ምእታው ዕድል ክውንንን ምቐለሎ ነይሩ። ኣንጻር ብሂል መናፍቓን፣ ሙሴ ነቲ ዓብይ ተልእኮ ምስ ተጸውዐ፣ "ኣነ መን እየ" ብምባል ደኣ ርእሱ ኣትሒቱ እምበር ኣምላክነት ክምቅሮ ኣይተራእየን። ምሒር ትሕትና ናብ ትሑትነት ኣዘንቢሉ ደኣ ኩራ ኣ ምላኽ ኣለዓዒሉ እምበር፣ ብዘይ ናቱ መንነት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ልዕል ብምባል ኣይተፈታተነን።

እተን ካልኦት ዝጥምዘዛ ጥቕስታት ድማ እተን ኣብ ኤፌ፥4፥24ን 2ጴጥ፥1፥4ን ዘለዋ ጥቕስታት እየን። "ተማቐልቲ ናይቲ ኣምላካዊ (መለኮታዊ)

ባህርይ ክትኮኑ” ዝብል ቃል መልእክቱ ንጹር እዩ። ወዮ ደኣ ከምቲ ኣ ዘውቲርና ዝበልናዮ ጥቕሲ ምዝንባዕ ዝፈትዉ ኮይኖም እምበር፡ እቶም ክን ምቀሎም ዘድልዩና መለኮታውያን (ኣምላካዊ) ባህርያት ኣስዒቦም ብዝርዝር ተጻሒፎም እዮም። “ብትግሃት ዘበለ ተጋደሉ፡ ኣብ እምነትኩም ደግነት ወስኩ፡ ኣብቲ ደግነትውን ፍልጠት፡ ኣብታ ፍልጠት ከኣ ምግታእ ርእስካ፡ ኣብቲ ምግታእ ርእስካ ድማ ዓቕሊ፡ ኣብቲ ዓቕሊውን ፍርሃት እግዚኣብሄር፡ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ድማ ምፍቃር ኣሕዋት ኣብቲ ምፍቃር ኣሕዋትውን ፍቕሪ ንኹሉ ሰብ” (2ጴጥ፡1፡5-7)። ነቲ ክንካፈሎን ክንወርሶን እንክእል ባህርያቱ እሞ፡ ክንብህጐ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ግድን ክህልወናውን ተኣዚዝና ኢ ና። ስለዚ ከኣ እዩ እቲ “ብመልክዕ (ብኣርኣያ) ናይ ኣምላክ ዝተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ” ዝብል ትእዛዝ ዝተዋህበና (ኤፌ፡4፡24)። መልክዕ ኣምላክ ምልባስ ማለት ኣንጻር ናይቲ ቀደም ዝተመላለስካሉ ብትምኒት ስሕተት ዝጠፍእ ኣረጊት ሰብ ምምልላስ ማለት እዩ። ናይዚ ክቕንጠጥ ዝግብኦ ኣረጊት ሰብ መንነት ሃዋርያ ጳውሎስ ኣቐድም ኣቢሉ ክገልጾ ከሎ ከምዚ ኢሉ እዩ።

> ***<u>ኤፌ፡4፡17-20</u>*** ፦ “እምበኣርሲ ከምቲ ኣህዛብ ብናይ ከንቱ ሓሳቦም ዝመላለስዎ ከይትመላለሱ፡ እዚ እብል ብጐይታውን እምስክር ኣለኹ። ንሳቶም፡ ብሰሪ ትሪ ልቦምን ብሰሪ እቲ ኣባታቶም ዘሎ ድን ቁርናን ኣእምሮኦም ጸልሚቱ፡ካብ ህይወት ኣምላክ ርሒቖም፡ ድንዙዛት ኰይኖምውን ብስስዐ ርክሰት ዘበለ ንምግባር ናብ ዕብዳን ተለቁ። ንስካትኩም ግና ንክርስቶስ ከምዚ ጌርኩም ኣይተመሃርኩ ምዎን።”

እቲ ክንማቐሎ ዘድልየና ዘሎ ባህርይ ናይ ኣምላክ ቅድስናኡ እዩ። ከምቲ ቃሉ ዝብለና ብዘይ ቅድስና ንኣምላክ ክንርእዮ ዘይከኣል እዩ (እብ፡11፡6)። ብቕድስና ክብሩ ምስ እነንጸባርቕ ከኣ ናብ ምስሊ ኣርኣያኡ እናተለወጥና ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ክንሓልፍ ብዝያዳ ድማ ነቲ መለኮታዊ መልክዕ ባህርዩ እናለበስና ክንከይድ ኢና።

> ***<u>እብ፡12፡10</u>*** ፦ “እቲኣቶምሲ ንቑሩብ መዓልቲ ከም እተራእዮም ገይሮም ቀጽዑና፡ ንሱ ግና፡ <u>ካብ ቅድስንኡ ምእንቲ ክንማቐል</u> ኢሉ፡ ንጥቕምና እዩ ዝቐጽዓና።”

***እብ፥12፥14*** ፡- “ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይክርእዮን እዩ እሞ፥ ንቕድስናን ንሰላም ምስ ኩሉ ሰብን ሰዓብወን።”

***2ቈረ፥3፥18*** ፡- “ንሕና ኵላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ክብሪ ጐይታ ከም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፥ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።”

እዞም ኣብ ዓውዲ ኣምላክነት ንምንባር ዝናፍቑ ዘለው ሃዋርያት ሓሶት፥ ነዚ ጥቕስታት እዚ ደኣ ከም ጉልባብ ይጠቕሙሉ እምበር እቲ ዝብልዎ ብሂላት ግን ምስዚ ጥቕስታት እዚ ዝሳነ ዝኮነ ይኩን ትሕዝቶ የብሉን። እቲ መርዛምን ደረቕን ብሂላቶም መእሰሪ ዘይብሉ እኳ እንተ ኮነ፥ ንምርኣዩ ምእንቲ ክጥዕመና ኣብ ኣርባዕተ ጠመርቲ ሓሳባት ጠርኒፍና ክንሪኦ ኢና።

1. ንሰብ ኣምላክ ምግባር
2. ንኣምላክ ምውራድ
3. ንሰይጣን ኣምላክ ምግባር
4. ንክርስቶስ ምውራድ የጠቓልል።

ንሰብ ኣምላክ ንምግባሩ ክጽዕሩ ከለዉ ነቲ ደረጃ ኣምላክነት ናይ ኣቦን ናይ ክርስቶስ ኣዝዮም እንተ ዘየዋሪዶምዎ መልእኽቶም ሽቶኡ ኣይወቕዕን እዩ። ንእንቁርያብ ነፊሕካ ነፊሕካ ክንዲ ሓርማዝ ክትገብራ ዕላማ እንተልዩካ እሞ ኣብኡ ከይበጽሖት ከይትትኮሰካ እንተ ፈሪህካ፥ ክትገብሮ ዘለካ ኣማራጺ ነቲ ሓርማዝ ኣንፊስካ ናብቲ እታ እንቁርያብ ክትበጽሖ እትክእል ግዝፈ ኩተን እሶ ጥራሕ እዩ። እዞም እምነታት እዚኣቶም ድማ ከምኡ ክገብሩ እዮም ዝፍትኑ ዘለው። በቲ ንሰብ ከዕብይዎ ዝደለዩሉ መጠን፥ ንኣምላክ ድማ ብእኡ መጠን ከዋርድዎን ከውርድዎን እንተ ጽዒሮም ሽዑ ኣብቲ ዝጸልመተን ዝደንዘዘን ኣ እምሮኦም ክልቲኦም ዝተመዓራረዩሎም ስለ ዝመስሎም ይሕጐሱ እዮም።

# 1. ንሰብ ኣምላኽ ምግባር፥

እዛ ሓሳቦም እዚኣ ንምትግባር ጻርጋ ኩሎም ናይዚ እምነት እዚ መራሕቲ ዝበልዎ ሓሳብ ብጣዕሚ ዘገርምን ተመሳሳልን እዩ። ናይዚ ምንቅስቓስ እዚ መሰረታዊ ዶክትሪን ምኳኑ ኣጸቢቑ ምእንቲ ክርድኣና፥ ናይ ኩላቶም መልእኽቲ ከምዚ ዝስዕብ ተዘርዚሩ ኣሎ።

- *እግዚኣብሄር ከምኡ (ወይ ንሱ፥ ንሳ) ክንከውን እዩ ዝደሊ ንሕና ናብ ኣምላክነት ኢና እንዓቢ ዘለና። ሽቶ ናይ ፍልቀት (ኤቮሉሽን) ኣምላክ ምኳን እዩ።*[31]

*ስኮት ፔክ* (M.Scott Peck)

- *ንሕና ከም ኣማልኽቲ ኢና፥ ከምኡ ኣብ ምኳን ድማ ንፉዓት (ክኢላታት) ክንከውን ንኽእል ኢና።*[32]

*ማርጎት ኣድለር* (Margot Adler)

- *ንክርስቶስ እንተ ጸዊዕኩም፥ ብሓቂ ንዓይ ጸዊዕኩም ኣለኹም። ንዓይ እንተ ጸዊዕኩም ድማ፥ ብሓቂ ንክርስቶስ ጸዊዕኩም ኣለኹም።* [33]

Rajnsh (sir God *ይጽዋዕ)*

- *"ህድእ በሉ እሞ ኣምላክ ምኳንኩም ኣስተብህሉ።*[34]

*ማሃሪሺ ማሄሽ ዮጊ* (Maharishi Mahesh Yogi)

- *"ኣማልኽቲ ምኳንኩም ተጻሒፉ ኣሎ። ኣነ ኣምላክ እየ፥ ንስካትኩ ምውን ኣማልኽቲ ኢኹም። ንስካትኩም ኣማልኽቲ ምኳንኩም ክሳዕ እተስተውዕሉ፥ ከም ኣምላክ ኮይነ ክጸንሕ እየ። ኣማልኽቲ ምኳንኩም ምስ ኣስተውዓልኩም ግን፥ ናብ መምርሒ (መሰረታዊ ሕጊ) (Principle) ክልወጥ፥ ከም ኣካላዊነት ዘለዎ (personality) ኮይነ ኣይነብርን እየ እንተ ኮነ፥ ኩልካትኩም መን ምኳንኩም ክሳዕ ዝርኢ፥ ከምቲ ሕጂ ዘለኽዎ፥ ከም ኣምላክ ከም ልዑል ኣምላክ ኮይነ ክጸንሕ እየ።*[35]

*ጂም ጆንስ* (Jim Jones )

*(...ንኣሽሓት ሰባት ናብ ጐነጻዊ ሞት ዝመርሐ ሰብ'ዩ)*

- ሰብ ክፍጠር ከሎ ምስ እግዚኣብሄር ማዕረ ብዝኮነ ደረጃ እዩ ተፈጢሩ። ስለዚ ኣብ ቅድሚ ህላወ ኣምላኽ ደው ክብል ከሎ ዝኮነ ይኹን ናይ ትሑትነት ስምዒት ክስምዖ ኣይግባእን እዩ። እግዚኣብሄር ብዝተኻእሎ መጠን ልክዕ ከምኡ ከም እንኸውን ጌሩ እዩ ፈጢሩና። ኣብቲ ናቱ ማዕረ መደብ ጌሩ'ዩ ፈጢሩና። ሰብ ኣብ ግዝኣት (ዓውዲ) ኣምላኽነት ይነብር ኣሎ። ምስ እግዚኣብሄር ብማዕርነት ይነብር ኣሎ። ኩሉ ኣማኒ፣ ክርስቶስ ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። ንሕና ከምኡ ኢና፣ ንሕና ክርስቶስ ኢና።[36]

ኬነት ሃገን (Kenneth E. Hagin)

- እግዚኣብሄር ንኣዳም ዝፈጠረሉ ምኽንያት፣ ካብቲ ገዛእ ርእሱ ንምብዛሕ ዘለዎ ድሌት ዝተላዕለ እዩ። ሰብ ቁሩብ ንኣምላኽ ይመስል፣ ወይ'ውን ዳርጋ ንኣምላኽ ይመስል'ውን ኣይኮነን። እቲ ንኣምላኽ ዘለዎ ምምሳል፣ ንኣምላኽ ክግዛእ ወይ ትሕቲኡ ክኸውን ክሳዕ ዘየድልዮ እዩ።[37]

ኬነት ኮፐላንድ (Kenneth Copeland)

- እቲ ኣምላኽ ኣብዚ ኩሉ ዘመናት ዝነበሮ ዘለኣለማዊ ዕላማ መንፈስ ቅዱስ ሎሚ ኣብዛ ዓለም'ዚኣ ይእውጅ ኣሎ። ንሱ ድማ ንርእሱ ኣብዛ ዓለም የባዝሓ/የራብሓ ከም ዘሎ እዩ።[38]

ጆን ኣቫንዚኒ (John Avanzini)

- ካብ መጀመርታ ዘመናት ጀሚሩ እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ እግዚኣብሄር፣ ንገዛእ ርእሱ ምብዛሕ ምዃኑ ትፈልጡዶ? መን ኢኹም ንስካትኩም? ኣጆኩም መን ኢኹም ንስካትኩም? "ደቂ ኣምላኽ" ኢና በሉ! ኣጆኩም ከምኡ በሉ። .... ኣብዚ ደው ምስ በልኩ፣ እዚ ሓወይ፣ ኣብ ሞሪስ ሰሬሎ ኣይኮንካን እትርኢ ዘሎካ፣ ኣብ እግዚኣብሄር ኣብ ኢየሱስ ኢካ እትርኢ ዘለካ፣"[39]

ሞሪስ ሰሪሎ (Morris Cerullo)

- *“እግዚኣብሄር ብዓይነት ንርእሱ የባዝሕ ኣሎ። ኣዳም እቲ ትክክል ቅዳሕ ናይ እግዚኣብሄር ዓይነት እዩ* (exact duplication of God's kind)[40]

  *ቻርለስ ቻፕስ* (Charles Capps)

- *እግዚኣብሄር ባዕሉ ብተደጋጋሚ ከም ዝገለጾ፥ ዕላምኡ ንርእሱ ምብዛሕ እዩ። እዚ ድማ ብቢልዮን ዝቑጸሩ ኣምላኽ ሰባት* (God persons) *ን ምግባር እዩ። እቲ ፈጣሪ ኣምላኽ ንሰብ ኣብ ምድሪ ዝፈጠረሉ / ዘቐመጠሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ናይ እግዚኣብሄር ናይ መወዳእታን እቲ ዝዓበየን ዕላምኡ ንገዛእ ርእሱ ምብዛሕን እንደገና ምፍጣርን ስለ ዝኾነ እዩ።*[41]

  *ሄበርት ኣርምስትሮንግስ* (Hebert W. Armstrong)

- *ከልቢ ኮራኩር ትወልድ፥ ድሙ ድማ ንኣሽቱ ደማሙ ትወልድ፥ ኣምላኽ ድማ ንኣሽቱ ኣማልኽቲ ይወልድ።*[42]

  *ኢርል ፖክ* (Earl Paulk)

- *እቶም በዚ ትምህርቲ እዚ ዘይሰማምዑ፥ እቶም ነዚ ትምህርቲ እዚ ዘዋርዱ ሰባት፥ እቶም መጀመርታን መወዳእታን ክህልወና ዝደልዩ እዮም፥ እዚኣቶም ሰይጣውንቲ እዮም ኣይኮኑን ድዮም?” ፖል ክሮች ን ቤኒ ሂን ኣብ ቲቪ ቃለ መሕተት ክገብረሉ ከሎ ዝበሎ። እቶም ዘዋርዱና ናይ በሃማት (ኣብዲታት ዳንደታት) እኽብካብ እዮም” ኢሉ ቤ ኒ ሂን ምስ መለሰሉ ፖል ክሮች ድማ “ክብሪ ንኣምላኽ፥ ክብሪ ንኣ ምላኽ” ኢሉ መሊሱ።*[43]

  *ፖል ክሮችን ቤኒ ሂንን* (Paul Crouch and Benny Hinn)

- *እግዚኣብሄር ንኣዳም ክፈጥሮ ከሎ፥ ልዕለ - ተፈጥሮ ጌሩ'ዩ ፈጢርዎ። ሰባት ነዚ ሓቂ እዚ ዝፈልጥዎ ምኳኖም እንድዒ፥ እንተ ኮነ ንሱ እቲ ቀዳማይ ልዕለ - ሰብ* (Superman) *ኮይኑ ኣብዛ ምድሪ ዝተራእየ እዩ። ቅድሚ ኩሉ፥ ቅዱሳት ጽሑፋት ብንጹር ከም ዝገልጽዎ፥ ኣብ ልዕሊ ኣዕዋፍ ሰማይን ዓሳታት ባሕርን ግዝኣት (ምልኪ) ነይርዎ። እዚ ማለት ድማ ኣዳም ይነፍር ነይሩ ማለት እዩ። ንሳተን ዝገብርኦ ዘይገብር እንተ ኮይኑ ብርግጽ፥ እንድሕር ክነፍር ዘይክእል ነይሩ፥ ከመይ ጌሩ ድኣ*

*ነተን ዝነፍራ ኣዕዋፍ ክገዝአን ይክእል? እቲ “ግዝኣት” ዝብል ናይ እብራይስጢ ቃል፡ ብንጹር ከም ዝገልጾ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ነገር ግዝኣት እንተልዩካ፡ እቲ ንሱ ዝገብሮ ነገር ክትገብር ትክእል ኢካ ማለት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እቲ ነገር* (Subject)*፡ ንስኻ ክትገብሮ ዘይትክእል ነገር እንተ ገይሩ፡ ኣብ ልዕሊኡ ምልኪ የብልካን ማለት እዩ። ብዝያዳ ከነጽሮ እየ። ኣዳም ይነፍር ነይሩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናብ ህዋ ይበርር ነይሩ። ብሓደ ጊዜ ናብ ወርሒ ይከይድ ነይሩ።*[44]

*ቤኒ ሂን* (Benny Hinn)

ከምዚ ዝበለ ናይ ስሕተት መልእኽትታት በቶም ወጻእተ ታት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሃገርና'ውን ብጽሑፋት ከይተረፈ ዝኮማሳዕ ዘሎ ነገር እዩ።

- *ኣብ ሃገርና ሓደ ምስላ ኣቦታት ኣሎ፡ “መን ምኳንካ ክፈልጥ'ሲ ምስ መን ከም እትከይድ ንገረኒ። ምስ ዕዋላ ዝመሓዞ ይዕውል፡ ምስ ናይ ስነ ምግባር ዘማልኡ ሰባት ዝከይድ ሰብ ባህሪኡ በዓል ጠባይ ንሰብ ዘክብርን ይከውን። ነፍሲ ወከፍ ተማቓሊ ባህሪ መካይዱ እዩ። ንሕና ምስ እግዚኣብሄር እንመላለስ ሰባት ከኣ ተማቓልቲ ባህሪ እግዚኣብሄር ኢና ማለት'ዩ። ንሕና ቅርጺ ባህርይ ናይ እግዚኣብሄር እንገልጽ ሰባት ኢና። እግዚኣብሄር ፍቕርን ጽድቕን ምኳኑ ብፍቕርናን ብጽድቅናን ኣብ ሰባት ይፍለጥ። ግናከ ፍቕሪ፡ ጽድቂ ትዕግስቲ፡ እምነት ወዘተ ዝኣመሰሉ ጥራሕ ኣይኮኑን ባህርያት እግዚኣብሄር። ምግዛእ ምምላክ ከማን ባህርያቱ እዮም፡ ንሕናውን ናይዚ ተካፈልቲ ኢና። ኣብ (ዘፍ፡1፡26-28) እግዚኣብሄር ከም መልክዑን ከም ምስሉን ሰብ ክገብር ከሎ “ይግዝኡ” “ምለክዋ” “ግዝኡ” ዝብላ ቓላት ንረክብ። ኣዳም ተማቓሊ ባህርይ እግዚኣብሄር ስለ ዝኮነ ኣብ ምድሪ ክገዝእን ከመልክን ተፈቒዱሉ እዩ። “ኣነስ ኣማልኽቲ ኢኹም፡ ኩላትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኹም በልኩ።” (መዝ፡82፡6) .............*

*“ኣምላኽ ኣብ ማሕበር ኣማልኽቲ ደው ይብል” ኢሉ'ዩ ዝጀምር እቲ ጽሑፍ። እዞም ኣማልኽቲ መን እዮም? መላእኽቲ ክይንብሎም ቃል እግዚኣብሄር ንሓደ ካብ መላእኽቲ እኳ “ንስኻ ውሉደይ ኢኻ” ከም ዘይብሎም ይነግረና። “መናፍስቲ እዮም” ክይንብል ኣብኡ ኣብቲ ጽሑፍ “ፍትሒ ኣውጽኡ፡ ኣናግፉ፡ በይኑ፡ ኣድሕኑ” እናበለ ይዛረብ።*

ካብ ሰይጣን'ዶ ፍትሒ ምድሓን ይርከብ እዩ? ስለዚ ብሱሩ ነቶም ውልድነት ዝረከቡ ውሉድ ኣምላክ እዩ ዘዘንቱ። ምክንያቱ ኣማልክቲ ምዃኖም ከኣ ብእኡ ብክርስቶስ ውሉድ ኣምላክ ስለ ዝኮኑ እዩ። .............

ስለዚ ኣዳም ንምድሪ ክገዝኣን ክመልካን እግዚኣብሄር ስልጣን ሂብዎ እዩ። እግዚኣብሄር በቶም ውሉዳቱ ገይሩ እዩ ንምድሪ ዝገዝኣን ኣብኣ ዝጉይተትን።

2. ሰይጣን ኣምላክነት ሰብ ሰረቐ

ኣብ ዘፍ፥2፥15 ፣ ዘፍ፥3፥15,23 እንተ ርኢና ክልተ ዓበይቲ ኩነታት ንርኢ ኣብቲ መጀመርታ ኣዳም ምስ ናይ ምግዛእ ስልጣኑ ከሎ፥ እግዚኣብሄር ነታ እተፈጥረላ ምድሪ ክዓያን ክሕልዋን ኣዘዞ። ድሕሪ ውድቀቱ ግና፥ እታ ቃል ክዓያ ጥራይ ትብል፥ እታ ክትሕልዋ እትብል ቃል ጠፍኣት። ምክንያቱ እታ ስልጣኑ ከይዳ እያ። ጸላኢ ወሲድዋ እዩ። ደጊም ዝሕሎ ነገር የብሉን። .............

እግዚኣብሄር ምድሪ ንደቂ ሰባት ሂብዎም እዩ። ሰማያት ግና ናቱ እዮም። ኣዳም ነታ ግዝኣት ምድሪ ናብ ግዝኣት ሰማይ ከዕብያ ስለ ዝደለየ በዚኣ ወዲቑ። ጸላኢ ከም ኣምላክ ክትከውን ኢካ፥ ገዛኢ ክትከውን ኢካ ኢሉ ብምትላል፥ ንሱ ባዕሉ ኣምላክ እዛ ዓለም እዚኣ፥ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ተባሂሉ ተሰምዩላ። ................

3. ኢየሱስ ክብረት ሰብ ክመልስ ኢሉ ሰብ ኮይኑ መጸ፥ ዋኒን ሰይጣን መንዝዐ፥ ንሰብ ከኣ ናብ ግዝኣቱ መለሶ። ሰብ ናብ ናይ ቀደም ናብቲ ናይ ግዝኣት ዘመን ኣዳም ብጐይታ ተመልሰ። (ያእ፥3፥7)። .............

ቀሊል ኣብነት ክህብ፥ ዳዊት ከም ዝዘመሮ እግዚኣብሄር ንሰብ ንኩሉ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ጌሩ ከግዝኦ ከሎ፥ ናይ ግዝኣቱ ምልክት ክብርን ጌጽን ጌሩ ከሊልዎ ኔሩ። ደሓር ግን ጸላኢ ብምክንያት ውድቐት ኣዳም ነዛ ኣክሊል ክብሪ ኣብ ርእሱ ደፍአ። ንኣብነት ድያብሎስ ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ምስ ሚካኤል ሊቀ መላእክቲ ክከራከሮ

ከሎ ሓደ መሰል ኔርዎ። ንኩላቶም ብፍርሓት ሞት ኣቢሉ ናብ ሲኦል የውርዶም ነበረ፣ ጸላኢ እዚውን (ስጋ ሙሴ) ይግባኣኒ እዩ ኢሉ'ዩ ናብ ጥፍኣት ከውርዶ ዝሓሰበ። ሊቀ መላእክቲ ሚካኤል ግና ክከራከሮ ኣይከኣለን። ምክንያቱ (ሰይጣን) ኣብ ርእሱ ምልክት ናይ ኣምላክ እዛ ዓለም እዚኣ ምኳኑ ኣክሊል ደፊኡ ስለ ዝነበረ እግዚኣ ብሄር ይግናሕካ ደኣ በሎ። ጐይታ ኢየሱስ ስጋ ለቢሱ ብተምሳል ሊቀ ካህን ተገሊጹ ኣክሊል ክብርን ግርማን ተኸሊሉ ሓደ እዋን ተራእየ (ዘጸ፥28፥2)።

4. እግዚኣብሄር ንሰብ ጥራይ ኣይኮነን ንኩሉ ፍጥረትውን ሓራ ኣውጺኡዎ እዩ።

   እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም “ኣነስ ኣማልክቲ ኢኩም፣ ኩላትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኩም” ዝበሎም ደቂ ከምዚ ምኳኖም ብዘይ ምፍላጦም ብዘይ ምስትውዓሎም ኣብ ጸልማት ይመላለሱ ምህላዎም ሓበሮም። .................

5. ኣማኒ ብጐይታ ናብ ግዝኣቱ ምስ ተመልሰ

   .......... ኣመንቲ፣ ኣብ ታሪክ ቤተ ክርስትያን ከም ዝሕብረና፣ ኣብቲ መጀመርታ ዘመን ብሃዋርያትን፣ ብሃዋርያዊ ኣቦታትን፣ ብናይ ቤተ ክርስትያን ኣቦታትን እናተመርሑ ጽቡቕ ይጐዓዙ ነበሩ። ደሓር ግና ኣብ ናይ ጸልማት ዘመን ምስ ኣርከበ ቤቱ ከም ዘየላ ኮይና ሃለዋታ ኣጥፍአት፣ በዚ ከምዚ ጸላኢ ሕጂውን ናይ ግዝኣቱ ስልጣን ኣስፋሕፍሐ። እቶም ናይ እግዚኣብሄር ዘበሉ ግና ኣማልክቲ፣ መሳፍንቲ ክነሶም፣ ብጽምእን ብጥሜትን ኣሕለለው፣ ተራ ሰብ፣ ከምቶም ዘይኣመንቲ ኰይኖም ከኣ ተረክቡ።[154]

ኣማኑኤል ግርማይ ሃይለ

## ናይ ኣምላክ ሰባት እንታይ ይብሉ?

.......... ዓበይቲ ኣገልገልቲ ኣምላክ፣ ኣብ ጽሑፋቶም መንፈስ ቅዱስ ብራእይን ትንቢትን ከም ዝተዛረቦም ጽሒፎም ኣለው። ገለ ካብቲ ብዛዕባ እዚ መጨረሽታ ዘመን ቤተ ክርስትያን ዝጽሓፍዎ እንሆ፥-

*"ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዘመን ብዙሓት ክርስትያናት እቲ ናይ ሓቂ ቦታኣም ኣብ ክርስቶስ ንክወስዱ ክመሃሩ እዮም። ብክርስቶስ እን ታይነቶምን መንነቶምን ዝፈልጡ ክርስትያናት ከም ዚትንስኡ ምሉእ ብምሉእ ተረዲኤኒ ኣሎ። ብዛዕባ ናይ ጸሎት ተዋጋእቲ፣ ብዛዕባ ምቕዳስ ከምኡ ከኣ ብዛዕባ ውፉያት ጸለይቲ ክዛረቡ እዮም። ኩላቶም ሓደ ሰብ ጸልዩ መልሲ ከምጽኣሎም ናብ ዋላ ሓደ ኣይክጽግዑን እዮም።" ....... "ኣብ መወዳእታ ዘመን ቅድሚ ኢየሱስ ክርስቶስ ምምላ ሱ፣ እቲ ንዕኦም ዝግባእ ነገር ብከመይ ከም ዝወስድዎ ዝተማሃሩ ኣመን ቲ ከም ዝትንስኡ ይርዳእን ጸኒዔውን ይኣምንን እየ። እዞም ኣመንቲ ነቲ ካብ ኩሉ ኣሰማት ልዕል ዝበለ ስም ኢየሱስ ክርስቶስ ብከመይ ከም ዝጥቀሙሉ'ውን ዝፈልጡ እዮም።"* **Kenneth E. Hagin, "Understanding How to Fight the good Fight of Faith", Page # 57, 76** [155]

*ኣማኑኤል ግርማይ ሃይለ*

❖ ***ሰቲት፦*** *ሓደ ሰብ መንፈስ'ዩ ክንብል ከሎና፣ እንታይ ማለት እዩ?*

> ***ኣቶ ተስፋጽዮን፦*** *ወዲ ሰብ መንነቱ ስግኡ ኣይኮነን። ሰብ ምስ እግዚኣብሄር ዝራኸብ ብመንፈስ እምበር ብስጋ ኣይኮነን። ሰብ ንመን ይመስል? ንእግዚኣብሄር። ግን ነዚ ስጋዚ ድዩ ዝመስል (ኢዱ እናኣ መልከተ) ኣይኮነን። ጸሊም ይኩን ፈረንጂ፣ "ሰብ" ንብሎ ነቲ መንፈ ሱ እዩ። ንምንታይ ኣካል ለቢሱ እንተበልና ድማ፣ መታን ኣብ ምድሪ ክነብር እዩ፣ እቲ መልሲ። "መንፈስ'ዩ" ዝብል ኣበሃህላ ድማ መጽሓፍ ቅዱሳዊ እዩ።*[156]

## ***ብዘይካ እግዚኣብሄር ካልእ ኣምላኽ ፈጺሙ የለን***

ሰባት ብስሕተት ተደሪኾም ዝበሉ እንተ በሉ፣ ቃል እግዚኣብሄር ግን ብዘይካ እግዚኣብሄር ካልእ ኣምላኽ ፈጺሙ ከም ዘየለ ብንጹር ገሊጹልና እዩ። እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንሱ በይኑ እዩ ኣምላኽ። ብዙሓት ኣካላት ንሕና ኣ ማልክቲ ኢና ኢሎም እንተ ተላዕሉ እኳ ይትረፍ ንኣምላኽነት ክረክብዎስ፣ እታ ከምኡ ክብሉ ከለው ዝነበረቶም መንነት እኳ ክዕቅቡ ኣይከኣሉን። ሳጥናኤል "ኣ

ነ ኣምላክ እየ" ኢሉ ኣብ ዝተላዕለላ እዋን መልኣክ ብርሃን እዩ ዝነበረ። ድሕሪ'ዛ ዕልወት እዚኣ ግን ይትረፍ ኣምላክነት ክረክብሲ እታ ዝነበራ ናይ ብርሃን መልኣክ ምኳን ቦታ እኳ ኣይረከባን። ካብቲ ኣብ ዙፋን እግዚኣብሄር ዝነበሮ ናይ ክብሪ ቦታ ናብ ምድሪ ናብ ጸልማት ተደርብዩ ናብ መልኣክ ጸልማት ደኣ ተለወጠ።

ኣዳምን ሄዋንን'ውን እንተ ኮኑ፡ ሰብ ምኳን ውሒድዎም፡ ከም ሰይጣን ናብ ኣምላክነት ክመጣጠሩ ምስ ፈተኑ፡ እታ ኣብ ገነት ዝነበረቶም ጥዕምቲ ህይወት ስኢኖም ናብዚ ናይ መርገም ናብራ ተሳገሩ። ልቦም ደኣ ንዘይምስ ትውዓል ጸልሚቱ እምበር፡ ፍረ ኦም ብምብላዕ፡ ትእዛዝ ኣምላክ ብምግሃስ ኣ ምላክነት ዝርከብ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ እቲ ዝፍትኖም ዘሎ ሰይጣን ካብኣ በሊዑ ቀደም ኣምላክ ኮይኑ ምረኣይዎ ነይሮም።

ካብዚ ኩሉ እምበኣር ኣምላክነት ናይ እግዚኣብሄር ናይ በይኑ መንነት ከም ዝኾነ ንምርዳእ ብዙሕ ምስትውዓል ዝሓትት ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ንሱ ን በይኑ ጥራይ ኣምላክ ከም ዝኾነ ዝሕብር ጥቕስታት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ቁጽሪ ዘይብሉ እኳ እንተ ኮነ ነዞም ዝስዕቡ ብምዝርዛር፡ ነቲ ዝተረፈ ንግዱስን ትጉህን ኣንባቢ ዝኸውን ዝርዝር ቁጽርታት ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ኣሎ።

> ***ኢሳ፧43፧10-13*** ፦ "ኣነ ከም ዝኾንኩ ምእንቲ ከተስተውዕሉን ክትፈልጡን ክትኣምኑንሲ፡ ንስካትኩም ምስክረይን እቲ ዝሓሬክዎ ባርያን ኢኹም ይብል እግዚኣብሄር። ቅድመይ ኣምላክ ከቶ ኣይተደኮነን ድሕረይ ከኣ ኣይኪኸውንን እዩ። ኣነ፡ ኣነ እየ እግዚኣብሄር፡ ብጀካይ መድሓኒ የልቦን። ኣነ እየ ዝነገርኩ፡ ዘድሓንኩ፡ ዝሰማዕኩ፡ ካልእ ኣምላክ ከኣ ኣብ ማእከልኩም ኣይነበረን። ስለዚ ንስካትኩም ምስክረይ ኢኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኣነውን ኣምላክ እየ። ካብ ጥንቲ ኣ ነ እየ፡ ካብ ኢደይ ዜድሕን ከኣ የልቦን፡ ኣነ እገብር ኪክልክል ዚኽኣሎከ መን እዩ?"

> ***ዘዳ፧6፧4*** ፦ "ዎ እስራኤል፡ ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላክና ሓደ እግዚኣብሄር እዩ።"

***ማር፥12፥29*** ፦ “ኢየሱስ መለሰ “እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ እዚኣ እያ፡ እስራኤል፡ ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላክና፡ ንሱ በይኑ እዩ እግዚኣ ብሄር።”

***ኢሳ፥44፥6*** ፦ “እግዚኣብሄር፡ ንጉስ እስራኤልን ተበጃዊኡን፡ እግዚኣ ብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል፡ ቀዳማይን ዳሕራይን ኣነ እየ፡ ብጀካይ ኣምላክ የልቦን።“

***ህዝ፥28፥2*** ፦ “ኣታ ወዲ ሰብ፡ ንመስፍን ጢሮስ፡ እግዚኣብሄር ኣ ምላክ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢልካ ንገሮ፡ ልብካ ተዓብዩስ፡ ኣነ ኣምላክ እየ፡ ኣብ ማእከል ባሕሪ ድማ ኣብ ዝፋን ኣምላክ ተቐሚጠ ኣሎኹ፡ ትብል ኣሎካ እሞ፡ ምንም እኳ ንልብካ ከም ልቢ ኣምላክ እንተ ገበርካዮ፡ ንስካ ሰብ ኢካ እምበር፡ ኣምላክ ኣይኮንካን።”

***ኢሳ፥31፥3*** ፦ “እምበኣርከ ግብጻውያንሲ ሰብ እዮም፡ ኣምላክ ኣይኮ ኑን፡ ኣፍራሶም ከኣ ስጋ እዮም፡ መንፈስ ኣይኮኑን። እግዚኣብሄር ኢ ዱ ምስ ዝዝርግሕ ከኣ፡ እቲ ረዳኢ ይዕንቀፍ፡ እቲ ተረዳኢውን ይወድቕ እሞ ኰላቶም ሓቢሮም ይጠፍኡ።”

## እግዚኣብሄር ንሱ ንበይኑ ጥራይ እግዚኣብሄር እዩ።

ዘጸ፥8፥10፣ ዘጸ፥15፥11፣ ዘጸ፥18፥9-11፣ ዘጸ፥20፥3፣ ዘጸ፥34፡ 14፣ ዘዳ፥4፥35፣ ዘዳ፥6፥4፣ ዘዳ፥32፥39፣ 2ሳሙ፥22፥32፣ 1ነገ፥8፥22፣ 1ነገ፥8፥59-60፣ 2ነገ፥5፥15፣ 2ነገ፥19፥15፣ ነህ፥9፥6፣ መዝ፥18፥31፣ መዝ፥35፥10፣ መዝ፥86፥8-10፣ መዝ፥95፥3፣ መዝ፥96፥4-6፣ መዝ፥113፥4-9፣ መዝ፥135፥5-7፣ ኢሳ፥37፥16, 20፣ ኢሳ፥40፥25-26፣ ኢሳ፥43፥3,10፣ ኢሳ፥44፥6,8፣ ኢሳ፡45፥21፣ ኢሳ፥46፥9፣ ኢሳ፥49፥26፣ ሆሴ፥13፥4፣ ሚክ፥7፡ 18፣ ዘካ፥14፥9፣ ሚል፥2፥10፣ ማቴ፥23፥9፣ ዮሃ፥8፥41፣ ዮሃ፥17፥3፣ ሮሜ፥3፡ 30፣ 1ቈረ፥8፥4-6፣ ገላ፥3፥20፣ ኤፌ፥4፥6፣ 1ጢሞ፥2፥5፣ 1ጢሞ፥6፥15፣ ያእ፥2፥19፡

## ካልኦት ኣማልኽቲ ኩሎም ጣኦታት እዮም።

ዘጸ፥20፥4-5፣ ዘጸ፥20፥23፣ ዘጸ፥23፥13፣ ዘሌ፥19፥4፣ ዘሌ፥26፥1፣ ዘሌ፥26፡30፣ ዘዳ፥4፥19,35፣ ዘዳ፥16፥21-22፣ ዘዳ፥27፥15፣ መዝ፥81፥9፣ መዝ፥89፡

6፣ መዝ፡96፡9፣ መዝ፡97፡6-9፣ መዝ፡115፡4-8፣ መዝ፡118፡8,9 ፣ መዝ፡ 135፡15-18፣ ኢሳ፡19፡1፣ ኢሳ፡40፡18-26፣ ኢሳ፡41፡22-24፣ ኢሳ፡42 ፡17፣ ኢሳ፡43፡10፣ ኢሳ፡44፡9-20፣ ኢሳ፡45፡5-18፣ ኢሳ፡46፡1-7፣ ኤር፡10፡11፣ ሆሴ፡8፡5-6፣ ግብ፡ 14፡ 11-15፣ ግብ፡17፡29፣ ሮሜ፡1፡25፣ 1ቆረ፡8፡4፣ 1ተሰ፡1፡9

ስለዚ እቶም “ንሕና ኣማልኽቲ ኢና” ዝብሉ ኩሎም፡ ተገልቢጦም ን ርእሶም ዘምልኩ ናይ ገዛእ ርእሶም ጣኦታት እዮም ማለት እዩ።

## ንእግዚኣብሄር መወዳድርቲ የብሉን።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ እግዚኣብሄር ንበይኑ ጥራይ ኣምላኽ እንተ ኮይኑ መወዳድርቲ የብሉን ማለት እዩ። ንሕና ብዙሓት ስለ ዝኾንና ምስ ን ሓድሕድና ክንወዳደር/ክንመሳሰል ንክእል ኢና። ንሓደ ግን ካልእ መመሳሰልቲ ከነምጽኣሉ ኣይንክእልን ኢና። ስለዚ ከኣ እዩ ነዚ ሓቂ እዚ ዝገልጽ ቃላት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ብንጹር ተጻሒፉ እንረክቦ።

***ዘጸ፡9፡14*** ፡- “ኣብ ኩላ ምድሪ <u>ከማይ ዝበለ ከም ዜልቦ</u> ምእንቲ ክትፈልጥ፡ በዛ ጊዜ እዚኣ ድማ ኩሉ መዓተይ ናብ ልብኻን ናብ ገላውኻን ናብ ህዝብኻን ክሰድድ እየ።”

***ዘጸ፡15፡11*** ፡- “ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣብ መንጎ ኣማልኽቲ <u>ከማኻ ዝበለ መን እዩ?</u> ብምስጋና እተፈራህካ፡ ገባር ተኣምራት፡ ብቕድስናኻ ከማኻ ዝከበረ መን እዩ?”

***1ሳሙ፡2፡2*** ፡- “ብጀካኻ ካልእ የልቦን እሞ፡ <u>ከም እግዚኣብሄር ዝበለ ቅዱስ የልቦን፡</u> ከም ኣምላኽና ዝበለ ከውሒ ከኣ የልቦን።”

***2ሳሙ፡7፡22*** ፡- “ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምቲ በኣእዛንና ዝሰማዕ ናዮ ኩሉስ፡ <u>ከማኻ የልቦን፡</u> <u>ብጀካኻ'ውን ኣምላኽ የልቦን</u> እሞ፡ ስለዚ ዓብዪ ኢኻ።” (1ዜና፡17፡20)

***መዝ፡35፡10*** ፡- “ኣዕጽምተይ ኩለን፡ “ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ንመስኪን ካብቲ ዝሕይሎ፡ ንመስኪንን ድኻን ካብቲ ዝብዝብዎ ዘናግፍ፡ <u>ንኣ</u>

ካ ዝመስልከ መን ኣሎ?" ክብላ እየን።

***መዝ፡71፡19*** ፦ "ዎ ኣምላኽ፡ ጽድቕካ ክሳዕ ላዕሊ ይበጽሕ፡ ኣታ ዓ በይቲ ግብርታት ዝገበርካ ኣምላኽ፡ መን ይመዓራረየካ?"
***መዝ፡86፡8*** ፦ "ዎ እግዚኣብሄር፡ ካብ ኣማልክቲ ዝመስለካ የልቦን፡ ከ ም ግብርታትካውን ከቶ የልቦን።"

***መዝ፡89፡6*** ፦ "ኣብ ጠፈር ንእግዚኣብሄር ዝመዓራረዮስ መን እዩ? ካብ ውሉድ ስልጡናትከ መን እዩ ንእግዚኣብሄር ዝመስሎ?"

***ኢሳ፡46፡9*** ፦ "ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ብጀካይ ከቶ የልቦን እሞ፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ናይ ቀደም ዘክሩ፡ ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ዝመሳሰለኒ ከኣ የልቦን።"

***ኤር፡10፡6,7*** ፦ "ዎ እግዚኣብሄር፡ ከማኻ ሓደ እኳ የልቦን፡ ንስኻ ዓ ብዩ ኢኻ፡ ስምካ ድማ ብስልጣን ዓብዩ እዩ። ኣታ ንጉስ ህዝብታት፡ ካብ ኩላቶም ጠቢባን ህዝብታትን ካብ ኩሎም መንግስታቶምን ሓደ እኳ ከማኻ የልቦን እሞ፡ ይግብኣካ ስለ ዝኾነ፡ መን እዩ ዘይፈርሃካ?"

***ሚክ፡7፡18*** ፦ "ከማኻ ዝበለ ኣምላኽ፡ ኣበሳ ዝሓድግ፡ ነቲ በደል ካብቶም ተረፍ ርስቱ ዘሕልፍ መን እዩ? ምሕረት እዩ ዝፈቱ እሞ፡ ኩራኡ ንዘለኣለም ኣይዓቑርን።"

"ብመልክዕን ምስልን ኣምላኽ ስለ ዝተፈጠርና፡ ንኣምላኽ ክንመስሎን ክንወዳደሮን ንክእል ኢና" ዝብል ስነ መጐት ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተደረኸ፡ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተሰረተ'ውን ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣ ናዮ፡ ንእግዚኣብሄር ክንመስሎ ዘይንክእል ዓበይቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ በይኑ ጥራይ ዝኾኑ ባህርያት ኣለዎ። ብመሰረቱ ንኣምላክነት እንህቦ መግለጺ (Definition) እንተ ወሓደ እዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ባህርያት ክህልዎ ከም ዘድሊ ኣ ይንዘንግዕ።

1. ኣብ ሓደ ጊዜ ኣብ ኩሉ ቦታ ዝርከብ
2. ኩሉ ዝክእል

3. ኩሉ ዝፈልጥ
4. ብገዛእ ርእሱ ህይወት ዘለዎ፣ ንዘለኣለም ከኣ ዝነብር ክኸውን ይግባእ።

ነዚ ባህርያት እዚ ንብረቱ ዝገበረ ብዘይካ እግዚኣብሄር ካልእ ከም ዘየለ፣ ቃል እግዚኣብሄር ብንጹር እዩ ዝነግረና። ዋላ እኳ ንእግዚኣብሄርን ንሰብን ኣ ነጻጺርካ (Compare and Contrast ጌርካ) ክትርኢ ንርእሱ ንሕልና ዝከብድ እን ተ ኮነ፣ ንጽላለን ዕሽነትን ናይቶም በዚ ስሕተት እዚ ዝጠፍኡ ዘለው ንምዕጋት ገለ ቁሩብ ክንጠቕስ ክድልየና እዩ።

## ሀ. ዘልኣለማውነት እግዚኣብሄርን ጊዝያዊነት ሰባትን

እግዚኣብሄር ካብዚ ዘመንዚ ክሳብ እዚ ዘመንዚ ኢልካ ክልካዕ ዘይክእል ህላውነት ዘለዎ ኣምላኽ እዩ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ናብ ህልውና መጺኡ ክብሎ ዝክእል የልቦን። ኣብዚ ዘመን እዚ ድማ ህልውናኡ ከክትም እዩ ክብሎ ዝክእል የልቦን። በዚ ዝዓይነቱ ዘለኣለማውነት ንዝነብር ኣምላኽ መን ክመሳስሎ ይክእል? ቃል እግዚኣብሄር ድማ ብዛዕባ ናይ እግዚኣብሄር ዘለኣለማውነት ኣዝዩ ኣነጺሩን እምብዛ ዘርዚሩን እዩ ዝነግረና። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ንኣብነት ዝኣክል ደኣ ተጻሒፉ ኣሎ እምበር ንሱ ጥራይ እዩ ማለት ከም ዘይኮ ነ ንክቡራት ኣንበብቲ ከዘካኽር እፈቱ።

> ***ዘዳ፣32፣40*** ፡- "ኢደይ ንሰማይ ኤልዕል እሞ፣ <u>ኣነ ንዘለኣለም ህያው እየ</u>፣ እብል።"

> ***ዘዳ፣33፣27*** ፡- "እቲ ኣምላኽ ጥንቲ መንበርካ እዩ እተን <u>ዘለኣ ለማውያን ቀላጽሙ</u> ድማ ኣብ ታሕቲ ኣለዋ፣ ንጸላኢ ካብ ቅድሜካ ስ ጐጎ፣ ኣጥፍእ ድማ በለ።"

> ***እዮ፣36፣26*** ፡- "እንሆ፣ ኣምላኽ ዓብዩ እዩ፣ ኣይንፈልጦን ኢና፣ <u>ቁጽሪ ዓመታቱ ከኣ ኣይምርመርን።"</u>

***መዝ፣9፣7*** ፦ "እግዚአብሄር ግና ንዘለኣለም ነጊሱ ይነብር፣ ዝፋኑ ን ፍርዲ ኣዳለዎ።"

***መዝ፣90፣2*** ፦ "ኣከራን ከይተወልደ፣ ምድርን ዓለምን ከይፈጠርካ፣ ኤ ረ ንስካስ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ኣምላክ ኢካ።"

***መዝ፣135፣13*** ፦ "ዎ እግዚኣብሄር፣ ስምካ ንዘለኣለም፣ ኣታ ጐይታይ፣ ዝክርካ ንውሉድ ወለዶ ይነብር።"

***መዝ፣145፣13*** ፦ "መንግስትካ መንግስቲ ዘለኣለም እያ፣ ግዝኣትካ ከኣ ንውሉድ ወለዶ ይነብር።"

***ኢሳ፣57፣15***፦ "ስለዚ እቲ ንዘለኣለም ዝነብር ልዑልን ዕዙዝን ቅዱስ ዝስሙን ከምዚ ይብል ኣሎ ..."

***ደጉ፣5፣19*** ፦ ንስካ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ንዘለኣለም ትነብር፣ ዙፋን ካ ንውሉድ ወለዶ እዩ።"

***1ጢሞ፣1፣17*** ፦ "እምበኣርሲ ነቲ ናይ ዘለኣለም ንጉስ፣ ዘይሓልፍ፣ ዘይርአ ሓደ ኣምላክ ንዘለኣለም ክብርን ስብሓትን ይኩኖ። ኣሜን።"

***ራእ፣1፣8*** ፦ "ኣልፋን ኦሜጋን ኣነ እየ፣ ይብል እቲ ዘሎን ዝነበረን ዝመጽእን ኩሉ ዝክእል እግዚኣብሄር ኣምላክ።"

***ራእ፣11፣16-17*** ፦ "... ዎ ዘለካን ዝነበርካን፣ ኩሉ እትክእል እግዚኣ ብሄር ኣምላክ፣ ነቲ ዓብዪ ስልጣንካ ስለ ዝወሰድካዮን ስለ ዝነገስካን ነመስግነካ ኣሎና፣ እናበሉ ብግምባሮም ተደፊኦም ንኣምላክ ሰገዱ።"

ወዲ ሰብ ግን ብህልውናኡ ንኣዝዩ ሓጺር ጊዜ ጥራይ'ዩ ዝጸንሕ። ዝኮ ነ ይኩን ሰብ ዕድሚኡ ድሩትን ሓጺርን እዩ። ናይ ቀደም ሰባት ክሳዕ 900 ዓ መታት እኳ ይነብሩ እንተ ነበሩ፣ በዚ ናይ ሎሚ ናይ ኣርባዓታት ዕድመ ኣን ጻር ደኣ ነዊሕ ኮይኑ ይረኣየና ይኸውን እምበር ኣብ ቅድሚ እቲ ንጊዜን

ዘመናትን ዝልክዕ ኣምላክ ካብ ሓንቲ መዓልቲ ዝሓጽር ኣዝዩ ሓጺር ዕድመ እዩ። ኣብ ቅድሚ እቲ፡ ንሽሕ ዓመት ከም ሓንቲ መዓልቲ፡ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ከም ሽሕ ዓመት ዝቖጽር ናይ ዘመን ፍሉይ መለክዒ ዘለዎ ኣምላክ፡ ዕድመ ወዲ ሰብ ክንዲ ቋሕ ሰም እኳ ኣይኣክልን እዩ። ናይ ምድሪ ዕድሜና ኣዝዩ ሓጺር እኳ እንተ ኮነ፡ ድሕሪ ሞት ግን እንተ ናብ ናይ ዘለኣለም ሓጎስ እንተ ናብ ናይ ዘለኣለም ስቓይ ናብ ሓዲኡ ክንትንስእ ኢና። ነዚ ግን ምስ ናይ ኣምላክ ዘለኣለምነት ዝዳረግ ጌርና ክነመሳስሎ ኣይከኣልን እዩ። እዚ ከም ሓደ ክፋል ናይ ዕድሜና ዘይኮነስ ከም ዓስቢ ወይ ከኣ ከም ፍዳ እንቕበሎ ህልውና እዩ። ዋላ ክነመሳስሎ እንተ ፈተንና'ውን ኣይክሰልጠናን እዩ። ምክንያቱ ድማ ዋላ መወዳእታ ዘይብሉ ህይወት ክንነብር እንተ ኮንና፡ መጀመርታና ግን ብዕለትን ሰዓትን ዝፍለጥ ስለ ዝኮነ ዘለኣለማውያን ክብለና ኣይክእልን እዩ። እቲ ካልእ ነቲ ናትና ድሕሪ ሞት ዘሎ ዘለኣለማውነት ምስ ናይ ኣምላክ ዘይመሳሰል ዝገብሮ ነጥቢ ከኣ እግዚኣብሄር ብገዛእ ርእሱ እዩ ዘለኣለማዊ ዝኾነ፡ ናይ ሰባት ናይ ድሕረ- ሞት ዘለኣማውነት ግን ካብ ኣምላክ ጥራይ ደኣ እምበር ካብ ሰባት ኣይኮነን።

> ***<u>እዮ፡38፡4,21</u>*** ፡- "ኣነ ንምድሪ ክስርታ ከሎኹስ፡ ኣበይ ነበርካ" ኣ እምሮ እንተ ኣልዩካስ ንገረኒ።" "ሽዑ ደኣ ተወሊድካ ኔርካ ኢካ? ኤ ረ ቍጽሪ መዓልታትካ ብዙሕ እዩ እሞ፡ ንስካ ትፈልጦ ኢካ።"
>
> ***<u>እዮ፡30፡23</u>*** ፡- "እረ፡ ናብቲ ኩሎም ህያዋን ዝእከቡሉ ቤት፡ <u>ናብ ሞት ከም እትወስደኒ</u> እፈልጥ ኣለኹ።"
>
> ***<u>2ሳሙ፡14፡14</u>*** ፡- "<u>ግዲ ክንመውት ኢና</u> እሞ፡ ከምቲ ኣብ ምድሪ ዝፈሰሰ ዘይሕፈስ ማይ ኢና።..."
>
> ***<u>መዝ፡49፡10</u>*** ፡- "ጠቢባን <u>ከም ዝሞቱ፡</u> ዓሻን ደንቆሮን ሓቢሮም <u>ከም ዝጠፍኡ፡</u> ገንዘቦም ድማ ንካልኦት ከም ዝሓድጉሎም ክርኢ ደኣ እዩ።"
>
> ***<u>መዝ፡89፡47,48</u>*** ፡- "ህይወተይ ክንደይ ሓጻር ምኳና፡ ኩሎም ደቂ ሰብ ንከንቱነት ከም ዝፈጠርካዮም ዘክር። <u>ሞት ከይረኣየ ብህይወት</u>

<u>ዝነብር፡</u> ንነፍሱስ ካብ ኢድ ሲኦል ዘናግፍ ሰብ <u>መን እዩ?"</u>

***<u>መክ፡3፡19</u>*** ፦ "ብጽሒት ደቂ ሰብሲ ከምቲ ናይ እንስሳ እዩ እሞ፡ ሓደ እዩ ብጽሒቶም፡ <u>ከምቲ እዚኣቶም ዝሞቱ እቲኣቶም ከኣ ይሞቱ፡</u> ንኩሎም ሓንቲ እስትንፋስ ኣላቶም። ኩሉ ከንቱነት እዩ እሞ፡ ሰብሲ ካብ እንስሳ ብልጫ የብሉን።"

***<u>መክ፡8፡8</u>*** ፦ "ሰብ ንንፋስ ክክልክሎ ስልጣን የብሉን <u>ኣብ ልዕሊ መዓልቲ ሞት ዝስልጥንውን የልቦን</u> ኣብ ውግእ ከኣ ምስንባት የልቦን፡ ረሲእነት ነቲ ገባሪኡ ኣየድሕኖን።"

***<u>ሮሜ፡5፡12</u>*** ፦ "ስለዚ ከኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣት'ውን ሞት፡ ኩላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ <u>ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ።</u>"

***<u>እብ፡9፡27</u>*** ፦ "<u>ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ምማት</u> ብድሕሪኡ'ውን ፍርዲ <u>እተሰርዐ..."</u>

## ለ. ዋንነት ናይ ህይወት

ከምቲ ኣቐዲምና ክንብሎ ዝጸናሕና እግዚኣብሄር ብገዛእ ርእሱ እዩ ዘለኣለማዊ ዝኸውን። ዘለኣለማዊ ዘብሎ ድማ ብገዛእ ርእሱ ህይወት ዘለዎ ምዃኑ እዩ። እግዚኣብሄር ህይወት ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነስ ንካልኦት ናይ ህይወቶም ምኽንያት'ውን ንሱ እዩ። ህይወት፡ ንእግዚኣብሄር ከም ሓንቲ ካብኡ ዝተፈልየት ነገር እሞ ንሱ ድማ ዝውንና ዘይኮነትስ፡ ንሱ ባዕሉ እቲ ህይወት እዩ። እዚም ዝስዕቡ ጥቕስታት ነዚ ሓቂ እዚ ዘብርሁልና እዮም።

***<u>ዮሃ፡1፡4</u>*** ፦ "<u>ህይወት ኣብኡ ነበረት፡</u> እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት።"

***ዮሃ፡6፡57*** ፡- "ህያው ኣቦ ከም ዝለኣከኒ እሞ ኣነ ስለ ኣቦ ኢለ ብህይወት ከም ዘለኹ፣ ከምኡ ከኣ እቲ ዝበልዓኒ ስለይ ብህይወት ክነብር እዩ።

***ዮሃ፡11፡25*** ፡- "ኢየሱስ ከኣ፣ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣ ይ ዝኣመነስ እንተ ሞተ እኳ፣ ብህይወት ክነብር እዩ።"

***ዮሃ፡14፡6*** ፡- "ኢየሱስ ከኣ፣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዝመጽእ የልቦን።"

***1ዮሃ፡1፡1,2*** ፡- "እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ፣ ንሕና ዝሰማዕናዮ፣ እቲ በዒንትና ዝረኣናዮ፣ እቲ ዝጠመትናዮ፣ ኣእዳውና'ውን ዝረምሰሳኦ፣ ብዛዕባ እቲ ቃል ህይወት፣ ህይወት ድማ ተገልጸት፣ ነታ ምስ ኣቦ ዝነበረት ንዓና ከኣ እተገልጸት ናይ ዘለኣለም ህይወት ርኢናያ ኢና እሞ፣ ንምስክር ንነግረኩምውን ኣሎና።

***1ዮሃ፡5፡20*** ፡- "ግናከ እቲ ወዲ ኣምላክ መጺኡስ ነቲ በዓል ሓቂ ክንፈልጦ ኢሉ ኣእምሮ ከም ዝሃበና፣ ንፈልጥ ኢና። ንሕና ኣብቲ በዓል ሓቂ፣ ኣብ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢና ዘሎና። እዚ እቲ ናይ ሓቂ ኣምላክን ናይ ዘለኣለም ህይወትን እዩ።"

***ራእ፡1፡18*** ፡- "... ኣነ እቲ ቀዳማይን እቲ ዳሕራይን እቲ ህያውን እየ እሞ፣ ኣይትፍራህ። ሞይተ'ውን ነበርኩ፣ እነሆ ከኣ፣ ንዘለኣለም ኣ ለም ህያው እየ፣ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ።"

***ዮሃ፡5፡26*** ፡- "ነቦ ብርእሱ ህይወት ከም ዘላቶ፣ ንወዲ'ውን ከምኡ ብርእሱ ክትህልዎ፣ ህይወት ሃቦ።"

***ዘዳ፡30፡19-20*** ፡- "... እምበኣርሲ ንስካን ዘርእካን ብህይወት ምእንቲ ክትነብር፣ ህይወት ሕረ። ንሱ ህይወትካን ምናሕ ዕድሜካን እዩ'ሞ፣ ኣ ብታ እግዚኣብሄር ነቦታትካ፣ ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ንያእቆብን፣

ክህቦም ዝመሓለሎም ምድሪ ክትነብርሲ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላክካ ኣ ፍቅሮ፡ ቃሉ ድማ ስማዕ ናብኡ'ውን ልገብ።"

***መዝ፡36፡9*** ፡- "<u>ናይ ህይወት ፈልፋሊ ኣባካ እዩ</u> እሞ፡ ብብርሃንካ ብርሃን ንርኢ ኣሎና።"

ወዲ ሰብ ግን ንህይወት ካብ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ ዝረክባ። ብህይወት ክነብር ስለ ዝደለየ ጥራይ ክነብር ዝክእል የለን። ኣብ ኣምላክ ምስ እንጽጋዕ ጥራሕ ኢና ብህይወት ክንነብር እንክእል። እግዚኣብሄር ህይወት ክህበና ወይ'ውን ተመሊሱ ክወስዳ ናቱ ናይ በይኑ ምርጫን ስልጣንን እዩ።

***ግብ፡17፡26-28*** ፡- "ካብቶም ተቐነይትኩም ድማ ሓያሎ፡ ንሕና ካብ ዓሌት ኣምላክ ኢና፡ ኢሎም ከም ዘለው፡ <u>ብእኡ ኢና እንነብርን እን ዋሳወስን ብእኡ ከኣ ኢና ዘሎና እሞ፡</u> ንሱ ካብ ሓደ ሰብ ኣብ ርእ ሲ ኩላ ምድሪ ኪነብሩ ኩሉ ዓሌት ሰብ ፈጠረ። ንሱ ካብ ነፍሲ ወከ ፍና ዘይረሓቐ ክነሱ፡ ምናልባሽ ሃሰስ ኢሎም እንተ ረክብዎ፡ ንኣ ምላክ ምእንቲ ኪደልዩ፡ <u>ንመናበሪኦም ድማ ውሱን ዘመናትን ድውብ ደረትን ሓገገሎም።"</u>

***ዘዳ፡4፡4*** ፡- "ንስካትኩም ግና ናብ እግዚኣብሄር ኣምላክኩም እተጸጋዕ ኩም፡ ኵልካትኩም ሎሚ ብህይወትኩም ኣሎኩም።"

***ዘዳ፡30፡20*** ፡- "ንሱ ህይወትካን ምናሕ ዕድሜኻን እዩ፡..."

***እዮ፡12፡10*** ፡- "ህያው ነፍሲ ዘበለን፡ መንፈስ ኩሉ ሰብን ኣብ ኢዱ ደይኮነን?"

***ዳን፡5፡23*** ፡- "... ነቲ ንእስትንፋስካን ንኩለን መገድካን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ኣምላክሲ ኣየክበርካዮን።"

***ዮሃ፡3፡15*** ፡- "<u>ብእኡ ዝኣምን ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ</u> እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረካ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ክስቀል ይግባእ እዩ።" (ዮሃ፡3፡16)

***ዮሃ፡3፡36*** ፡- "ብወዲ ዝኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ፡ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር፡ ን ህይወት ኣይክርእያን እዩ።"

***1ዮሃ፡5፡12*** ፡- "እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት ኣላቶ፡ ወዲ ኣምላኽ ዘይብሉ ህይወት የብሉን።"

***ግብ፡17፡25*** ፡- "ንሱ ህይወትን ትንፋስን ኵሉ ነገርን ንኹሉ ዝህብ እዩ፡ ገለ ከም ዝጨንቆ ኢድ ሰብ ኣየገልግሎን እዩ።"

## ሐ. ሓይልን ክእለትን

እግዚኣብሄር ከምዚ ወይ ከንድዚ ኢልካ ክድረት ዘይክእል ሓይልን ክእለትን ኣለዎ። ኩሉ እዩ ዝክእል ክንብል ከሎና "ግናከ" ክሳዕ ዘይበሃሎ (ደረት ዘይብሉ)፡ ዋላ ሓንቲ ነገር'ውን ትኩን ንሱ ዘይክእላ ክሳዕ ዘይህልዎ ክሳዕ ክንድዚ ክኢላን ሓያልን እዩ። ንሱ ዝደለዮ ዘበለ ይገብር፡ ንዝመደቦ ነገር ከ ይገብሮ ክኽልክል ዝክእል ሓደ እኳ የልቦን። ንእኡ ዝስኣኖ ነገር የልቦን፡ ኢዱ ሓጺር ኣይኮነትን እሞ ንሱ ዘየርክቦ ርሑቕ ነገር፡ ኢዱ ዘይትጸሮ ከቢድ ነገር፡ ኢዱ ዘይትዓሙኮ ገዚፍ ነገር የልቦን። ክብሪ ንስሙ።

***እዮ፡42፡2*** ፡- "ኩሉ ከም እትክእልን፡ ነቲ ዝመደብካዮ ከኣ ዚኽልክለካ ከም ዘየልቦን፡ እፈልጥ ኣሎኹ።"

***መዝ፡115፡3*** ፡- "ኣምላኽናስ ኣብ ሰማያት ኣሎ፡ ዝደለዮ ኩሉ ይገብር እዩ።"

***መዝ፡135፡6*** ፡- "እግዚኣብሄር ኣብ ሰማይን ምድርን፡ ኣብ ባሕርን መዓሙቕን ዝደለዮ ዘበለ ይገብር እዩ።"

***ኢሳ፡43፡13*** ፡- "ካብ ጥንቲ ኣነ እየ፡ ካብ ኢደይ ዘድሕን ከኣ የልቦን፡ ኣነ እገብር፡ ክኽልክል ዝከኣሎ መን እዩ?"

***<u>ኤር፥32፥26-27</u>*** ፥- “ሽዑ፡ እንሆ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላክ ኵሉ ስጋ ዝለበሰ እየ፡ <u>ንኣይ ዘይከኣለኒ ነገር ዶ ኣሎ እዩ?</u> ዝብል ቃል እግዚኣ ብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ።”

***<u>ማቴ፥19፥26</u>*** ፥- “ኢየሱስ ጠመቶም፡ እዚ ንሰብ ኣይከኣሎን፡ <u>ንኣምላክ ግና ኩሉ ይከኣሎ እዩ፡</u> በሎም።”

***<u>ሉቃ፥1፥37</u>*** ፥- “እንሆ፡ ኤልሳቤጥ እታ ዘመድኪ እኳ፡ <u>ንኣምላክ ዝሰኣ ኖ ነገር ስለ ዘየልቦ፡</u> ኣብ እርግናኣ ወዲ ጠኒሳ ኣላ፡ ...”

***<u>ራእ፥19፥6-7</u>*** ፥- “ከም ድምጺ ብዙሕ ሰብን ከም ደሃይ ብዙሕ ማያትን ብርቱዕ ነጐዳታትን ዝበለ ከኣ፡ <u>እቲ ኩሉ ዝክእል እግዚኣ ብሄር</u> ኣምላክና ነጊሱ እዩ'ሞ፡ ሃሌሉያ።... ክብል ከሎ ሰማዕኩ።”

***<u>ዘሁ፥11፥23</u>*** ፥- “እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ <u>ኢድ እግዚኣብሄርዶ ሓጻር እያ?</u> ሕጂ እቲ ቃለይ ዝኰነልካ እንተ ኰይኑ ወይ ዘይኰ ነልካ፡ ክትርኢ ኢካ በሎ።”

***<u>ኢሳ፥50፥2</u>*** ፥- “ስለ ምንታይ እዩ ምስ መጻእኩስ፡ ሓደ እኳ ዘይጸን ሐ? ጸዊዐ ከኣ ሓደ እኳ ዘይመለሰለይ? <u>ብሓቂዶ ኢደይ ንምብጃው ሓጻር እያ?</u> ወይስ ከናግፍዶ ሓይሊ የብለይን? እንሆ፡ ብመግናሕተይ ንባሕሪ ኣንጽፎ፡ ንወሓይዝ ድማ ምድሪ ኣጻምእ እገብሮ...”

ወዲ ሰብ ግን ኣዝዩ ድኩም ካብ ምኳኑ ዝተላዕለ ክጥቀስ ዝክእል ን እሽቶ ሓይልን ክእለትን እኳ የብሉን። ሰብ መንገዱ እኳ ከቕንዕ ዘይክእል፡ ን ጸጕሩ ከጻዕዱ ወይስ ከጸልም ዘይክእል፡ ኣብ ቁመቱ ሓንቲ ሴ.ሜ እኳ ክውስክ ክሳዕ ዘይክእል ክሳዕ ክንድዚ ድኩም እዩ። ክእለትና ኩሉ ካብ ኣምላክ ጥራይ እዩ፡ ብዘይካኡ፡ ወይ'ውን ካብ ሰማይ ተዋሂቡና እንተ ዘይኮይኑ ክንገብሮ እንክእል ነገር የለን። ሓይሊ ኣምላክ ኣባና ብምልኣት ዝግለጽ ንድካምና ብምልኣት ክንእመን ምስ እንክእል ጥራሕ እዩ።

***ኤር፡10፡23*** ፡- "ጐይታይ፡ መገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ከም ዘይኮነ፡ እቲ ዚመላለስ'ውን ስጉምቱ ኬቕንዕ ዓቕሚ ከም ዜብሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ።"

***ዮሃ፡3፡27*** ፡- "ዮሃንስ ከኣ መሊሱ በለ፡ ሰብ ካብ ሰማይ እንተ ዘይተዋህቦስ ሓንቲ እኳ ክወስድ ኣይክእልን እዩ።"

***ዮሃ፡15፡5*** ፡- "እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ፡ ጨናፈር ከኣ ንስኻትኩ ም ኢኹም፡ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትክእሉን ኢኹም እሞ፡ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነ'ውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዝፈሪ።"

***2ቈረ፡3፡5*** ፡- "ክእለትና ካብ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ካብ ርእስና ገለ ከም ዘምጻእና፡ ሓንቲ እኳ ክንሓስብ ኣይከኣለናን እዩ።"

***ዮሃ፡6፡44*** ፡- "እቲ ዝለኣከኒ ኣቦይ ዝሰሓቦ እንተ ዘይኮይኑ፡ ናባይ ክመጽእ ዝክእል የልቦን። ኣነ ድማ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከተንስኦ እየ።"

***ማቴ፡5፡36*** ፡- "ካብ ጸጉሪ ርእስኻ ሓንቲ ከተጻዕዱ ወይስ ከተጸልም ኣይትክእልን ኢኻ እሞ፡ ብርእስኻ እኳ ኣይትምሓል።"
***ማቴ፡6፡27*** ፡- "ካባኻትኩምከ ተጨኒቑ ኣብ ልዕሊ ቁመቱ ሓንቲ እመት ክውስኽ ዚክእል መን ኣሎ?"

***ሮሜ፡7፡18-19*** ፡- "ፍቓድሲ ኣሎኒ፡ ምግባር እቲ ሰናይ ግና ስኢነዮ ኣሎኹ እሞ፡ ነቲ ዘይደልዮ እከይ እገብሮ ኣለኹ እምበር፡ ነቲ ዝደልዮ ሰናይ ኣይኮንኩን ዚገብር ዘለኹ፡ ስለዚ ኣባይ ማለት ኣብ ስጋይ፡ ሰናይ ከም ዜልቦ፡ እፈልጥ ኣለኹ።"

***ዘሁ፡11፡14*** ፡- "እምብዛ ከቢዱኒ እዩ እሞ፡ ንብዘሎ እዚ ህዝቢ እዚ ኣነ በይነይ ክጾሮ ኣይክእልን እየ።"

***ማቴ፡26፡40-41*** ፡- "ናብ ደቀ መዛሙርቱ መጺ፡ ደቂሶም ረከቦም። ንጴጥሮስ ድማ በሎ፡ ክሳዕ ክንድዚዶ ሓንቲ ሰዓት ምሳይ ክትነቕሑ ኣይትክእሉን ኢኹም? ናብ ፈተና ከይትኣትውስ ንቕሑን ጸልዩን። መንፈስ ተዳልዩ ኣሎ፡ ስጋ ግና ድኩም እዩ።"

***ዮሃ፡16፡12*** ፡- "ዝነግረኩም ብዙሕ ካልእ ዘረባ ገና ኣሎኒ፡ ግናከ ሕጂ ክትጾርዎ ኣይትክእሉን ኢኹም።"

***1ቆረ፡3፡2*** ፡- "ገና ስጋውያን ስለ ዝኾንኩም፡ ጸባ መገብኩኹም፡ ዕጹም ብልዒ ኣይኮነን፡ ገና ኣይከኣልኩምዎን፡ ሕጂ እኳ ኣይትክእልዎን ኢኹም...።"

***2ዜና፡20፡12*** ፡- "ዎ ኣምላክና ኣይትፈርዶምን ዲኻ? ንሕናስ ኣብ ቅድሚ እዚ ዚመጸና ዘሎ ዓብዪ ጭፍራ ሓይሊ የብልናን፡ እንታይ ከም እንገብር ከኣ ኣይፈለጥን ኢና፡ ኣዒንትና ግና ናባኻ ይጥምታ ኣለዋ።"

***ሮሜ፡5፡6*** ፡- "ገና ድኩማት ከሎና፡ ክርስቶስ ብጊዚኡ ምእንቲ ዓመጽቲ ሞተ።"

***1ቆረ፡1፡25*** ፡- "ካብ ሰብሲ ዕሽነት ኣምላክ ይጠብብ፡ ካብ ሰብ ከኣ ድካም ኣምላክ ይብርትዕ።"

## መ. ደረጃ ፍልጠት

እግዚኣብሄር ዘይፈልጦ ዝኾነ ይኹን ነገር ከም ዘየልቦ ቃል እግዚኣብሄር ኣነጺሩ እዩ ዝገልጸልና። ዋላ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝተሓብአ፡ ገና ነቶም ሓሰብቱ'ውን ግሉጽ ዘይኮነ ሓሳባት ንሱ ይፈልጦ እዩ። ቅድሚ ዓለም ምፍጣሩ፡ ነቲ ኣብ ዓለም ዝከውን ኩሉ በቲ ዘለኣለማዊ ፍልጠቱ ብዝርዝር ይፈልጦ እዩ። ንምስትውዓሉ ወሰን ዘይብሉ ሰፊሕን ዓሚቕን ልዑልን እዩ።

***መዝ፡139፡1-4,6*** ፡- "ጐይታየ፡ ንስኻ መርመርካኒ ፈለጥካኒውን። ንምቕማጠይን ምትንሳአይን ትፈልጦ፡ ንሓሳበይ ካብ ርሑቕ ተስተውዕሎ፡ ጐይታየ፡ ሓንቲ ቃል ኣብ መልሓሰይ ከየላስ፡ እንሆ፡ ኵሉ ትፈልጥ ኢኻ እሞ፡ ምኽደይን ምድቃሰይን ትምርምር፡ ንብዘሎ

መገደይውን ኣጸቢቕካ ትፈልጦ ኢካ።... እዚ ፍልጠት እዚ ኣዝዩ ይገርመኒ፣ ልዑል እዩ፣ ከርክቦ ኣይክእልን።"

***ኢሳ፡40፡13,14*** ፦ ንመንፈስ እግዚኣብሄር ዝመርመረ፣ ወይስ መካሪኡ ኮይኑ ዝመሃሮክ መን እዩ? ምስ መን ተማከረ? ኣእምሮ ዝሃቦ፣ እቲ ቅኑዕ መገዲ ከአ ዝመሃሮ፣ ፍልጠት ዘፍለጦ፣ መገዲ ምስትውዓል ድማ ዘርኣዮክ መን እዩ?"

***እዮ፡26፡6*** ፦ "ሲኦል ኣብ ቅድሚኡ ዕሩቕ፣ መዓሙቕ'ውን ቅሉዕ እዩ።"

***መዝ፡147፡5*** ፦ "ጐይታና ዓብዪ እዩ፣ ሓይሉ ብርቱዕ እዩ፣ ምስ ትውዓሉ ወሰን የብሉን።"

***እብ፡4፡13*** ፦ "እቲ ጸብጻብ እንህቦ ከኣ፣ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ኩሉ ጋህ ዝበለን ቅሉዕን እዩ እምበር፣ ኣብ ቅድሚኡ ዚሕባእ ፍጡር የልቦን።"

***1ዮሃ፡3፡20*** ፦ "ምንም እኳ ልብና እንተ ነቐፈና፣ ኣምላኽ ካብ ልብና ዝዓበን ኩሉ ዝፈልጥን ስለ ዝኾነ፣ ንልብና ኣብ ቅድሚኡ ነህድኣዮ እሞ፣ ካብ ሓቂ ምዃንና በዚ ኢና እንፈልጥ።"
***ዮሃ፡2፡24*** ፦ "ኢየሱስ ግና፣ ኣብ ሰብ ዘሎ ባዕሉ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፣ ሓደ እኳ ብናይ ሰብ ኪምስክረሉ ኣየድለዮን፣ ንኩሎም ይፈልጦም ነበረ እሞ፣ ኣይኣመኖምን።"

***ዮሃ፡16፡30*** ፦ "ኩሉ ከም እትፈልጥ፣ ሓደ እኳ ክሓተካ'ውን ከም ዘየድልየካ፣ ሕጂ ፈለጥና፣ ስለዚ ካብ ኣምላኽ ምውጻእካ'ውን ንኣምን ኣሎና፣ በልዎ።"

***ዮሃ፡21፡17*** ፦ "ሳልሳይ ድማ፣ ስምኦን ወዲ ዮና፣ ተፍቅረኒዶ ኢኻ? በሎ። ጴጥሮስ፣ ሳልሳይ ጊዜ፣ ተፍቅረኒዶ ኢኻ? ስለ ዝበሎ፣ ጉህዩ፣ ጐይታይ፣ ንስኻ ኩሉ ትፈልጥ ኢኻ፣ ኣነ ከም ዘፍቅረካውን ትፈልጥ

ኣሎካ፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ ኣባጊዔይ ኣብልዕ።?

***ግብ፡1፡24-25*** ፡- "ዎ ልቢ ኩሉ እትፈልጥ ጐይታ፡ እዛ ይሁዳ ናብ ስፍራኡ ምእንቲ ኪከይድ፡ ዝሓደጋ ስፍራ ኣገልግሎትን ሃዋርያትን ኪቕበልሲ፡ ካብዞም ክልተ እዚኣቶም ዝሓሬካዮ ሓደ ኣርኢ፡ ኢሎም ጸለዩ።"

***ምሳ፡15፡11*** ፡- "ሲኦልን መዓሙቕን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እዩ፡ ልቢ ደቂ ሰብ ግደ ክንደይ ኣዝዩ።"

***ኤር፡20፡12*** ፡- "ኣታ ንጻድቕ እትምርምር፡ ልብን ኰላሊትን እትርኢ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ነገረይ ንኣካ ኣማዕቚብ እየ እሞ፡ ነቲ እትፈድዮም ሕነ ኣርእየኒ።"

***ማቴ፡12፡25*** ፡- "ኢየሱስ ሓሳቦም ፈሊጡ በሎም፡ ንሓድሕዳ እተፈላለየት ኵላ መንግስቲ ትዓኑ፡ ንሓድሕዳ እተፈላለየት ኵላ ከተማ ወይስ ቤት ድማ ኣይትነብርን እያ።" (ሉቃ፡11፡17)

***ማቴ፡22፡18*** ፡- "ኢየሱስ ክፍኣቶም ፈሊጡ ኣቱም ግቡዛት፡ ስለምን ታይ ትፍትኑኒ ኣሎኩም? እቲ ወርቂ ግብሪ ኣርእዩኒ፡ በሎም።"

***ማር፡2፡8*** ፡- "ኢየሱስ ብልቦም እዚ ከም ዝሓሰቡ፡ ብኡ ብኡ ብመንፈሱ ፈሊጡ በሎም፡ ንምንታይ እዚ ብልብኩም ትሓስቡ ኣሎኩም።"

***ሉቃ፡6፡8*** ፡- "ንሱ ከኣ ሓሳቦም ፈሊጡ፡ ነቲ ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ፡ ተንስእ እሞ ኣብ ማእከል ደው በል፡ በሎ..."

ወዲ ሰብ ግን ኣዝዩ ድሩት ፍልጠት እዩ ዘለዎ። ነቲ ዝርካቡ ፍልጠቱ እኳ ምቃል ደኣ እምበር ምሉእ ብምሉእ ኣይፈልጦን እዩ። ነቲ ዝገብሮ ግብሪ እኳ ከም ዝግባእ ኣይፈልጦን እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ጐይታ፡ "ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ሕደገሎም" ብምባል ዝለመነልና። ዋላ ሓሳብና'ውን እን ተ ኮነ፡ ካባና ዝምንጩ ክነሱ ብምልኣት ስለ ዘይነስተውዕሎ ኣይንፈልጦን ኢ

ና። ማዕረ ክንደይ ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ሓሳብ ምኳኑ ንክንፈልጦ እኳ እግዚኣ ብሄር እዩ ዝገልጸልና። ፍልጠትና ኣዝዩ ድሩት እንተ ኮይኑ፡ ነቲ ዝርካቡ ፍልጠትና'ውን ክፋሉ ጥራይ እምበር ብምልኣት ዘይንፈልጦ እንተ ኳንና፡ ምስ ኣምላክ ንምውድዳር እንመጣጠረሉ ምክንያት እንታይ ኮን ይከውን? ኣብዚ ሎሚ ብክንደይ ጻዕርን ዘመናትን ተኣኪቡስ ዓለም ብፍልጠት ዘቕቢባ ኣብ እትመስለሉ ዘላ እዋን እኳ ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ከም ዘይኣክልን ኣብ ቅድሚ ጥበብ ኣምላክ ድማ ከም ዕሽነት ዝቖጸር ምኳኑን እዩ ቃሉ ዝነግረና።

***1ቈረ፡1፡20*** ፡- “ጥበበ ኣበይ ኣሎ? ምሁር ጽሑፋትሲ ኣበይ ኣ ሎ? መርማሪ እዛ ዓለም እዚኣ ከ ኣበይ ኣሎ? <u>ኣምላክ ንጥበብ እዛ ዓለም እዚኣዶ ዕሽነት ኣይገበሮን እዩ?</u>”

***1ቈረ፡2፡8*** ፡- “ካብ ገዛእቲ እዛ ዓለም እዚኣ <u>ሓደ እኳ ነዚ ጥበብዚ ኣይፈለጦን፡ እንተ ዝፈልጥዎስ፡ ንጐይታ ክብሪ ኣይምሰቐልዎን ነይሮም።</u>”

***ሉቃ፡23፡34*** ፡- “ኢየሱስ ድማ፡ ኣቦይ፡ <u>ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፡</u> ሕደገሎም፡ በለ። ንክዳውንቱ ከኣ ዕጭ ኣውዲቖም ተማ-ቐልዎ።”

***ፊሊ፡3፡15*** ፡- “እምበኣርሲ ፍጹማት ዘበልና ኵልና እዚ ንሕሰብ ብገለ ነገር <u>ሓሳብኩም ንበይኑ እንተ ኰይኑ ድማ፡ ንእኡውን ኣምላክ ክገልጸልኩም እዩ።</u>”

***እዮ፡8፡9*** ፡- “ንሕና <u>ገለ ዘይንፈልጥ ናይ ትማሊ ኢና</u> እሞ፡ ኣብ ምድርስ መዓልትታትና ከም ጽላሎት እየን።”

***መዝ፡73፡22*** ፡- “ዓሽኩ፡ <u>ደንቈሮ'ውን ነበርኩ፡</u> ኣብ ቅድሜኻ ከም እንስሳ ኰንኩ።”

***መክ፡8፡7*** ፡- “<u>ነቲ ዚከውን ኣይፈልጦን እዩ፡</u> ከመይ ከም ዚከውን <u>ዚነግሮ ደኣ መን እዩ?</u>”

***መክ፥9፥12*** ፦ "ሰብ ከኣ <u>ነታ ጊዚኡ ኣይፈልጣን እዩ እሞ፥</u> ከምቶም ኣብ ክፉእ መርበብ እተገፉ ዓሳ፥ ከምተን ብመፈንጠራ እተፈንጠራ ኣዕዋፍ፥ ከምኡ ከኣ ደቂ ሰብ ድንገት ምስ ዚወርዶም፥ ብክፉእ ጊዜ ይፍንጠሩ።"

***መክ፥11፥5*** ፦ "<u>ከምቲ ንመገዲ ንፋስ ዘይትፈልጦ፥</u> ከምቲ ኣዕጽምቲ ኣብ ከርሲ ጥንስቲ ከመይ ኢሎ ከም ዚውጠን <u>ዘይትፈልጦ፥</u> ከምኡ 'ውን ንግብሪ እቲ ኩሉ ዝገበረ ኣምላኽ <u>ኣይትፈልጦን ኢኻ</u>።"

***ሚክ፥4፥12*** ፦ "ንሳቶም ግና <u>ሓሳብ እግዚኣብሄር ኣይፈልጡን፥</u> ምኽሩ'ውን <u>ኣየስተውዕሉን፥</u> ንሱስ ከም እንዳእቲ ናብ ዓውዲ ይእክቦም ኣሎ።"

## ረ. ዝርከቡሉ ስፍራ

እግዚኣብሄር ኣብ ሓንቲ ካልኢት ኣብ ኩሉ ዓለምን ህዋን ኣሎ። እግዚኣብሄር ብህልውናኡ ዘይርከበሉ ዝኾነ ይኩን ስፍራ የለን። ኣብ ሰማያት ኣ ብ ዙፋኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፥ ኣብ ምድሪ ኣብ ኩሉ ቦታ ምስ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣሎ። ከምቲ ዘማራይ ዳዊት ዝበሎ ድማ፥ ዋላ ሲኦል'ውን ካብ ህልውና እግዚኣ ብሄር ከም ዘይትክወል እዩ ቃሉ ዝገልጸልና። ስለዚ ከኣ እዩ ዝኾነ ይኩን ጽቡቕ ይኩን ክፉእ ነገር ካብ ኣምላኽ ክክወል ዘይክእል። ዋላ ብኣካል እንተ ዘይህሉ'ውን በቲ ዘይድረት ፍልጠቱ እንታይ ከም ዘሎ ክፈልጥ ኣይጽገምን እዩ።

***ዘዳ፥4፥39*** ፦ "እምበኣር ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ኣብ ታሕቲ ከኣ ኣብ ምድሪ፥ እግዚኣብሄር፥ ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ካልእ ከም ዜልቦ፥ ሎሚ ፍለጥ፥ ኣብ ልብኻ'ውን ሕሰቦ።"

***መዝ፥139፥8*** ፦ "ንሰማይ እንተ ደየብኩ፥ <u>ንስኻ ኣብኡ ኣሎኻ</u>፥ መን ጸፈይ ኣብ ሲኦል እንተ ኣንጸፍኩ፥ እንሆ፥ <u>ንስኻ ኣብኡ ኢኻ</u>።"

***ምሳ፥15፥3*** ፦ "ኣዒንቲ እግዚኣብሄር <u>ኣብ ኩሉ ስፍራ</u> እየን፥ ንእከ ያትን ንሰናያትን ከኣ ይቋመትኦም።"

***ኢሳ፥66፥1*** ፦ "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፥ <u>ሰማይ ዝፋነይ እዩ፥ ምድሪ ከኣ መርገጽ እግረይ እያ።</u> እቲ ንስካትኩም እትሰርሑለይ ቤት ደኣ ከመይ ዝበለ እዩ? እቲ ኣነ ዚዓርፈሉ ስፍራኸ ከመይ ዝበለ እዩ?"

***ኤር፥23፥23,24*** ፦ "ካንዶ ናይ ቀረባ ኣምላኽ ጥራይ እየ? ናይ ርሑቕ ኣምላኽሲ ኣይኮንኩንዶ? ይብል እግዚኣብሄር። <u>ኣነ ከይርእዮስ ሰብዶ ኣብ ስውር ስፍራ ኪሕባእ ይኽእሎ እዩ?</u> ይብል እግዚኣብሄር። <u>ሰማይን ምድርን ዝመልእ ኣነዶ ኣይኮንኩን?</u> ይብል እግዚኣብሄር።?

***ዮሃ፥3፥13*** ፦ "ብጀካ እቲ <u>ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ፥</u> ናብ ሰማይ ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን።"

***ግብ፥17፥26-28*** ፦ *ካብቶም ተቐነይትኩም ድማ ሓያሎ፥ ንሕና ካብ ዓሌት ኣምላኽ ኢና፥ ኢሎም ከም ዘለው፥ ብእኡ ኢና እንነብርን እንወሳወስን ብእኡ ከኣ ኢና ዘሎና እሞ፥ ንሱ ካብ ሓደ ሰብ ኣብ ርእሲ ኲላ ምድሪ ክነብሩ ኲሉ ዓሌት ሰብ ፈጠረ። ንሱ <u>ካብ ነፍሲ ወከፍና ዘይረሓቐ ክነሱ፥</u> ምናልባሽ ሃሰስ ኢሎም እንተ ረኸብዎ፥ ንኣ ምላኽ ምእንቲ ክደልዩ ንመናበሪኦም ድማ ውሱን ዘመናትን <u>ድውብ ደረትን</u> ሓገገሎም።*

*ወዲ ሰብ ግን ብህልውናኡ ኣብ ውሱን ቦታ ጥራይ እዩ ክርከብ ዝኽእል። ካብታ ብኣካል ረጊጽዋ ዘሎ መሬት ሓሊፉ ካብኡ ሓንቲ ሜትሮ ኣብ እትርሕቕ ቦታ እኳ የለን። ካብተን ክልተ ኣዒንቱ ዝተኸወለ ዝኾነ ይኩን ነገር ክርእን ክፈልጥን ኣይክእልን እዩ። ክፈልጥ እንተ ኮይኑ ድማ እቲ ኣብ ኩ ሉ ዝርከብን ኩሉ ዝፈልጥን ኣምላኽ ክገልጸሉ የድሊ። ዮናስ ካብ ኣምላኽ ክሃድም ምስ ደለየ ብመርከብ ተጓዒዙ፥ እታ መርከብ ግን ንኣምላኽ ኣይረሓቐቶን።*

***መዝ፥139፥8-12*** ፦ "*ንሰማይ እንተ ደየብኩ፥ <u>ንስኻ ኣብኡ ኣሎኻ፥</u> መንጸፈይ ኣብ ሲኦል እንተ ኣንጸፍኩ፥ እንሆ <u>ንስኻ ኣብኡ ኢኻ።</u> ኣክናፍ ወጋሕታ እንተ ወሰድኩ፥ ኣብ ወሰን ባሕሪ እንተ ተተቐመጥ ኩ፥ ኣብኡ ከኣ ኢድካ ክትመርሓኒ የማነይቲ ኢድካውን ክትሕዘኒ እያ። ጸልማት ይኸውለኒ፥ ኣብ ዙርያይ ዘሎ ብርሃን ከኣ ለይቲ*

ይኾን፥ እንተ በልኩ፥ ንኣካስ ጸልማት እኳ ኣይጽልምተካን፥ ለይቲ ከኣ ከም መዓልቲ ትበርህ፥ ጸልማትን ብርሃንን ንኣካ ሓደ እዮም"

እቶም ኣብ ዘመንና ምስ ኣምላክ ክመዓራረዩ ሒኾ ዝብሉ ዘለው ዓ ለውቲ፥ ሓደ ርኡይ ክሕደት ከዘውትሩ ይስምዑ ኣለዉ። ኣብ ኣጻምእ ባርካ ኮይኖም "ኣብ ኣስመራ እየ" ዘለኩ ይብሉ። "ኣብዚ እናረኣናካ ከመይ ኢልካ ኣስመራ ኣለኩ ትብል" ንዝብል ሕቶ፥ "ኣነ ከም ኣምላክ መንፈስ ስለ ዝኾንኩ፥ ብመንፈሰይ ኣብ ኣስመራ ብስጋ ግን ኣብዚ ኣለኩ። ኣነ ስጋ ስለ ዘይኮንኩ እቲ ኣብዚ ብስጋ ዘለክዎ ህልውና ንዓይ ኣይውክለንን እዩ።" ዝብል ዘስካሕክሕ ክሕደት ክዛረቡ ንሰምዕ ኣለና። ከምቲ እታ በሃም ኣድጊ ብተኣምር ተዛሪባ ን ጽላለ ናይቲ ነብዩ ዝዓገተት፥ ንጽላለ ናይዞም ኣምላክነት ቃሕ ዝበሎም ሰባት ዝዓግቱ፥ ብኣምላክ ተደሪኮም ብቕንኣት ዝዓይዩ ጓሶት እንተ ዘይተንሲኦም፥ እዚ ጽላለ እዚ ከም መንሽሮ እናለሓመ ንብዙሓት ናብ ዘይወጽዎ ታኬላ ስሕተት ከእትዎም ምኳኑ ብሩህ እዩ።

## ሰ. እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ፥ ሰብ ግን ስጋ እዩ።

እግዚኣብሄር ብባህርዩ ረቂቕ መንፈስ እዩ። ረቂቕ መንፈስ ስለ ዝኮ ነ ድማ እዩ ፈጺምና ክንሪኦ ዘይንክእል። ርቅቀቱ ድማ ኣብ ኩሉ ክህሉን ብቦታ ከይውሰንን የክእሎ። ጐይታ'ውን ዋላ ደኣ ብኣካል ስጋ ይገለጽ እምበር መንፈስ ምኳን ግን ኣይገደፎን። ስጋን መለኮትን (መንፈስን) ብፍጹም ውህደት ደኣ ተወሃሂዶም እምበር እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ኣይወሓጦን ኣይዓብለሎን። ስለዚ ድማ ከም መንፈስ መጠን ብዕጹው ገዛ ክኣቱ ይክእል ነይሩ። ካብ ዓይኒ ሰባት ክስወር ይክእል ነይሩ። (ዮሃ፥20፥26፣ ሉቃ፥24፥31)። ከም ስጋ መጠን ከኣ ክድህሰስን ምስ ደቀ መዛሙርቱ ክበልዕን ክሰትን ይክእል ነይሩ።

> ***<u>ዮሃ፥4፥24</u>*** ፥- "<u>ኣምላክ መንፈስ እዩ</u>፥ እቶም ዚሰግዱሉ ድማ ብመን ፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግብኦም። ኣቦ ከምዚ ዝበሉ ሰገድቲ እዩ ዚደሊ. እሞ፥ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዚሰግዱሉ ሰዓት ክትመጽእ እያ፥ ንሳ ከኣ ሕጂ እያ።"
>
> ***<u>2ቈረ፥3፥17</u>*** ፥- "<u>ጐይታስ መንፈስ እዩ</u>፥ ኣብቲ መንፈስ ጐይታ ዘለዎ ድማ፥ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ።"

***ዘጸ፣33፣20*** ፦ "ሰብ ርእዩኒ ብህይወት ኣይነብርን እዩ እሞ፣ <u>ገጸይ ክትርኢ ኣይትክእልን ኢካ</u>፣ ድማ በለ።"

***ዘዳ፣4፣12*** ፦ "እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ውሽጢ እቲ ሓዊ ተዛረበኩም፣ ድምጺ ዘረብኡ ሰማዕኩም፣ <u>ድምጺ ጥራይ እምበር፣ መልክዕ ከቶ ኣይርኤኩምን</u>።

***እዮ፣9፣11*** ፦ "እንሆ፣ ኣብ ጥቓይ ይሓልፍ እሞ፣ <u>ኣነ ኣይርእዮን፣</u> መሊሱውን ይሓልፍ እሞ፣ <u>ኣይፍለጠንን እዩ</u>።"

***እዮ፣23፣8,9*** ፦ "እንሆ፣ ንቅድሚት ኣቢለ እንተ ከድኩ፣ ኣብኡ የሎን፣ ንድሕሪት እንተ ከድኩውን፣ ኣይረከቦን። ኣብ ጸጋም እንተ ሰርሐ፣ ኣይርእዮን፣ ኣብ የማን እንተ ተሓብአ ከኣ፣ ኣይጥምቶን።"

***ዮሃ፣1፣18*** ፦ "ሓደ እኳ ንኣምላኽ <u>ዝረኣዮ የልቦን</u>፣ እቲ ኣብ ሕቝፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፣ ንሱ ኣግሃዶ።"

***ቈሎ፣1፣15*** ፦ "ንሱ መልክዕ <u>እቲ ዘይርአ ኣምላኽ</u>፣ በዅሪ ዅሉ ፍጥረትውን እዩ።"

***ሮሜ፣1፣20*** ፦ "ዘማካንይዎ ምእንቲ ክስእኑስ፣ እቲ ካብ ፍጥረት ዓለ ም ጀሚሩ ብግብሩ ዝፍለጥ <u>ዘይርአ ባህርዩ፣</u> እዚ ከኣ እቲ ናይ ዘልኣ ለም ሓይሉን መለኮቱን ኣጸቢቑ ይርአ።"

***1ጢሞ፣1፣17*** ፦ "እምበኣርስ እቲ ናይ ዘለኣለም ንጉስ፣ ዘይሓልፍ፣ <u>ዘይርአ</u> ሓደ ኣምላኽ ንዘለኣለመ ኣለም ክብርን ስብሓት ይኹኖ። ኣሜን።"

***እብ፣11፣27*** ፦ "<u>ነቲ ዘይርአስ</u> ከም ዝርእዮ ኰይኑ ተዓጊሱ ጸንዐ እሞ፣ ነቲ ኵራ ንጉስ ከይፈርሀ፣ ብእምነት ንግብጺ ሓደጋ።"

*1ጢሞ፥6፥16* ፦ "ንሱ በይኑ ዘይመውት፣ ሓደ ሰብ እኳ ከቶ ዘይረኣዮ ክርእዮውን ዘይክእል፣ ኣብ ዘይቅረብ ብርሃን ዝነብር፣ ንእኡ ክብርን ናይ ዘለኣለም ስልጣንን ይኩን። ኣሜን።"

*1ዮሃ፥4፥12* ፦ "ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ ከቶ የልቦን፣ ንሓድሕድና እንተ ተፋቐርና፣ ኣምላኽ ኣባና ይነብር፣ ፍቕሩውን ኣባና ትፍጸም።"

መንፈስ ምኳን ብዘይካ እግዚኣብሄር ካልኦት ረቀቕቲ መናፍስቲ ዝኮኑ ኣካላት ንመላእክትን ንኣጋንንትን የጠቓልል እዩ። እዚኣቶም ኣካላዊ ስጋ የብሎምን። ኣካልነቶም ብመንፈስ እዩ።

## ሰብ መሬት (ሓመድ) እዩ፦

ወዲ ሰብ ግን ስጋ ደኣ እምበር መንፈስ ኣይኮነን። ዋላ እኳ ብስጋን ነፍስን መንፈስን ዝቖመ ፍጥረት እንተ ኮነ፣ ናይ ወዲ ሰብ ኣካላውነት ዝውክል እቲ ስጋ ደኣ እምበር እቲ መንፈስ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣዳም ሓጢኣት ምስ ገበረ፣ እግዚኣብሄር "መሬት ኢኻ እሞ ናብ መሬት ድማ ትምለስ" ብምባል፣ በቲ ካብ ምድሪ ዝወሰዶ መሬት፣ ንሱ ድማ ስጋ፣ ከም ዝውክል እዩ ገሊጽሉ (ዘፍ፥3፥19) ወዲ ሰብ ከም ሓመድን ከም ጭቃን ከም ዝኮነ ቃል እግዚኣብሄር ደጋጊሙ እዩ ዝገልጸልና። ወዲ ሰብ መንፈስ እንተ ዝኸውን፣ ቃል እግዚኣብሄር ከም መሬት ጌሩ ክገልጾና ኣይምኸኣለን።

*እዮ፥4፥15-19* ፦ "ሓደ መንፈስ ብቕድመይ ሓለፈ፣ ጸጕሪ ስጋይ ተኸየ ፈ። ንሱ ቔመ፣ መልክዑ ግና ኣየለሌኽዎን፣ ረቂቕ መንፈስ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ፣ ስቕታ ነበረ፣ ድምጺ ከኣ ሰማዕኩ፣ መዋቲ ሰብዶ ካብ ኣምላኽ ይጸድቕ እዩ? ሰብዶ ካብ ፈጣሪኡ ይነጽህ እዩ? እንሆ፣ ነቶም ኣገልገልቱ እኳ ኣይኣምኖምን ንመላእኽቱውን ጕድለት ይረኽበሎም። እምበኣርሲ እቶም መሬት ዝቤቶም፣ ሓመድ ዝመሰረቶም፣ ከም ሓሰኻ ክጭፍለቑ እዮም።"

*ኢሳ፥29፥16* ፦ "ኣየ ኣቱም ቁናናት፣ ስሩሕ ንሰራሒኡ፣ ንስኻ ኣይ ሰራሕካንን፣ ድኩን ከኣ ንደኳኒኡ፣ ንስኻ ኣይተስተውዕልን ኢኻ፣ ኢሉስ መሬትዶ ምስ ሰራሒኡ ይመዓራረ እዩ?"

***ኢሳ፥45፥9*** ፦ “እቲ ምስ ፈጣሪኡ ዝካታዕ ወይለኡ፡ ንሱ ገልዒ ኣብ ማእከል ኣጋልዕ መሬት እዩ፡ መሬትዶ ንሰራሒኣ እንትይ ትገብር ትብሎ እያ?... ”

***ኢሳ፥64፥8*** ፦ “ሕጂ ግና፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስካ ኣቦና ኢካ፡ ንሕና መሬት ኢና፡ ንስካ ድማ ሰራሒና ኢካ፡ ኵሉናውን ግብሪ ኢድካ ኢና።”

***ኤር፥18፥6*** ፦ “ኣቱም ቤት እስራኤል፡ ኣነከ ንኣካትኩምዶ ከምቲ ሰራሕ መሬት ዝገብሮ ክገብረኩም ኣይከኣለንን እዩ? ኣቱም ቤት እስ ራኤል፡ እንሆ፡ ከምቲ መሬት ኣብ ኢድ እቲ ሰራሕ መሬት ዘሎ፡ ከ ምኡ ድማ ንስካትኩም ኣብ ኢደይ ኢኹም ይብል እግዚኣብሄር።”

***ሮሜ፥9፥21*** ፦ “ወይስ ሰራሕ መሬትዶ ካብቲ ሓደ ጽቡር መሬት ገሊኡ ንክብረት፡ ገሊኡውን ንሓሰር ዝኸውን ኣቓሑ ክሰርሕ፡ ኣብቲ መሬት ስልጣን የብሉን እዩ።”

***መዝ፥103፥14*** ፦ “ፍጥረትና ይፈልጥ እዩ እሞ፡ ሓመድ ምኳንና ይዝክር እዩ።”

## ሰብ ስጋ እዩ፦

እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ እግዚኣብሄር ሰብ “ስጋ” ከም ዝኾነ ብንጹር ቃላት ገሊጽዎ እዩ። “ሰብ” ንዝብል ቃል ተኪኡ ዝተጻሕፈ ካልእ ቃል “ስጋ” ወይ “ስጋን ደምን” ዝብል እዩ። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ነዚ ዝበልናዮ ሓቂ ዘረጋግጽ እዩ።

***ዘፍ፥6፥3*** ፦ “እግዚኣብሄር ከኣ፡ ንሱ ስጋ ድማ እዩ እሞ፡ መንፈሰይ ንሓዋሩ ምስ ሰብ ኣይጻረርን፡ ስለዚ ዘመኑ ሚእትን ዕስራን ዓመት ይኹን፡ በለ።”

***መዝ፥78፥39*** ፦ “ስጋ ምኳኖም፡ ሓሊፉስ ዘይትምለስ ትንፋስ

ምኺኖም ዘከረ።"

***ማቴ፣16፣17*** ፦ "ኢየሱስ ከኣ መሊሱ በሎ፣ ስምኦን ወዲ ዮና፣ እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ እምበር፣ <u>ስጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ፣</u> ብጹእ ኢካ።"

***ማቴ፣19፣5,6*** ፦ "ድማ፣ ምእንትዚ ሰብኣይ ነቦኡን ነዲኡን ይሓድግ፣ ምስ ሰበይቱ ከኣ ይጠብቕ፣ <u>ክልቲኦም ከኣ ሓደ ስጋ ይኾኑ፣</u> ከም ዝበለዶ ኣይንበብኩምን?"

***ዮሃ፣17፣1,2*** ፦ "ኢየሱስ እዚ ተዛሪቡ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ፣ በለ፣ ዎ ኣቦ፣ ሕጂ እታ ግዜ በጺሓ፣ <u>ነቶም ዝሃብካዮ ኵላቶም</u> ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክህቦምሲ፣ <u>ንወድካ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ምልኪ ሂብካዮ ኢካ እሞ፣</u> ንሱ ምእንቲ ከክብረካስ፣ ንወድካ ኣክብሮ።"

***ግብ፣2፣17*** ፦ "በተን ዳሕረዎት መዓልታት ክከውን እዩ፣ ይብል ኣምላክ፣ <u>ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ኵሉ</u> ካብ መንፈሰይ ክፍስስ እየ፣ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ክንበዩ፣ ኣጒብዝኩም ከኣ ራእይ ክርእዩ፣ ኣረገውትኩምውን ሕልሚ ክሓልሙ እዮም።"

***ሮሜ፣7፣18,19-25*** ፦ "ፍቓድሲ ኣሎኒ፣ ምግባር እቲ ሰናይ ግን ስኢነዮ ኣለኹ እሞ፣ ነቲ ዘይደልዮ እከይ እገብሮ ኣሎኹ፣ እምበር ነቲ ዝደልዮ ሰናይ ኣይኰንኩን ዝገብር ዘለኹ፣ <u>ስለዚ ኣባይ ማለት ኣብ ስጋይ፣ ሰናይ ከም ዘየልቦ፣</u> እፈልጥ ኣሎኹ። ...ንኣምላክ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስብሓት ይኩኖ። እምበኣርሲ ኣነ ባዕለይ ብሓሳበይ ንሕጊ ኣምላክ፣ <u>ብስጋይ ግና</u> ንሕጊ ሓጢኣት እግዛእ ኣሎኹ።"

***1ቈረ፣1፣28-29*** ፦ "<u>ስጋ ዘበለ</u> ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ምእንቲ ከይምካሕውን፣ ኣምላክ ነቲ፣ ኣነ ገለ እየ፣ ዝብል ከንቱ ምእንቲ ክገብር፣ ነቲ ብዓለም ሕሱርን ዕሩቕን ገለ ዘይኰነን ሓረየ።"

***ገላ፡1፡16,17***፡- "ኣነ ኣብ ኣህዛብ ወንጌል ምእንቲ ክሰብክ ኢሉ ንወዱ ኣባይ ክገልጾ ምስ ፈተወ፡ ሽዑ ብኡ ብኡ *ምስ ስጋን ደምን ከ ይተማከርኩ፡* ናብቶም ቅድመይ ዝነበሩ ሃዋርያት፡ ናብ የሩሳሌም እኳ ከይደየብኩ፡ ናብ ምድሪ ዓረብ ከድኩ እሞ ከም ብሓድሽ ናብ ደማስ ቆ ተመለስኩ።"

## ሰብ ከም ሳዕሪ (ዕምባባ) እዩ፡-

ወዲ ሰብ ከም ሓመድ ምድሪ ወይ ጭቃ ጥራይ ዘይኮነስ *ከም ሳዕሪ፡* ዕምባባ መሮር ወይ'ውን ከም ቆጽሊ ክምስል ከሎ እዩ ተራእዩ። ስለዚ ን መሬትን ነቲ ካብ መሬት ዝወጽእን ዝመስል ወዲ ሰብ፡ መንፈስ ኮይኑ ምስ ኣ ምላክ ዝዳረገሉ ምክንያት እንታይ እዩ?

***መዝ፡90፡5,6*** ፡- "ከም ብውሒዝ ትገፎም፡ ከም ትክስታ እዮም፡ *ከ ምቲ ብጊሓት ዝልምልም ሳዕሪ፡* ንጉሆ ይዕምብብ ይልምልም ድማ፡ ኣጋ ምሸት ይዕጸድ እሞ ይነቅጽ።"

***መዝ፡103፡15,16*** ፡- "*ሰብሲ መዓልትታቱ ከም ሳዕሪ እዩ፡* ከም ዕም ባባ መሮር ይዕምብብ። ነፋስ ኣብ ልዕሊኡ ይሓልፍ እሞ፡ ከቶ ኣይትርከብን እያ፡ ቦታኣውን ኣይፈልጣን እዩ።"

***ኢሳ፡37፡27*** ፡- "እቶም ኣብኣን ዝነብሩ ሰነፉን ሰምበዱን ሓፈሩን፡ *ከም ሳዕሪ መሮርን ከም ልሙዕ ቆጽልን ከም ሳዕሪ ናሕስን* ከምቲ ከ ይበቌለ ዝሃጉግ ዘርእን ኰኑ።"

***ኢሳ፡40፡6,7*** ፡- "ድምጺ፡ ኣውጅ፡ ይብል። ሓደ ከኣ፡ እንታይ ኢለ ክእውጅ፡ በለ። *ስጋ ዘበለ ኵሉ ሳዕሪ እዩ፡* ኵሉ ክብሩ ከኣ ከም ዕ ምባባ መሮር እዩ። ትንፋስ እግዚኣብሄር ነፈስዎ እዩ እሞ፡ ሳዕሪ ይነቅጽ፡ ዕምባባ ይቕምስል። *ብሓቂ እቲ ህዝቢ ሳዕሪ እዩ።*"

***ኢሳ፥51፥12*** ፦ "ኣነ፥ ኣነ እየ ዘጸናንዓኩም፥ ንስካስ ካብዚ መዋቲ ሰብ፥ ካብዚ ከም ሳዕሪ ዝሓልፍ ወዲ ሰብ እትፈርህሲ መን ኢካ?"

***ኢሳ፥64,6*** ፦ "ኵላትና ከም ሓደ ርኹስ ኰንና፥ ብዘሎ ጽድቅና ከኣ ከም ጽዩቕ ክዳን እዩ፥ ኵላትና ከም ቆጽሊ ቀምሰልና፥ ኣበሳና ድማ ከም ንፋስ ይብቁጸና ኣሎ።"

***ያእ፥1፥10*** ፦ "እቲ ሃብታምውን፥ ከም ዕምባባ ሳዕሪ ክሓልፍ እዩ እሞ፥ ብውርደቱ ይመካሕ።"

***1ጴጥ፥1፥24*** ፦ "ኵሉ ስጋ ከም ሳዕሪ፥ ኵሉ ክብሩውን ከም ዕምባባ ሳዕሪ እዩ። እቲ ሳዕሪ ይነቕጽ፥ እቲ ዕምባባውን ይረግፍ።"

## ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉሉ ምኽንያት

**1.** እዞም ናይ እምነት ምንቅስቓስ ሰዓብቲ "ንሕና መንፈስ ኢና" ንምባል ዝተገደሱሉ ዋና ምኽንያት ነታ በኵርን ምሕረት ዘይብላን ሓጢኣት ማለት "ኣምላክ ኢና" ንምባል ምእንቲ ክጥዕሞም እዩ። "ስጋ ኢና" እናበሉ "ኣማልኽቲ ኢና" ንምባል ስለ ዘይጥዕሞም፥ ብኣፎም ተፈጥሮኦም ክልውጡን መንፈስ ክኾኑን ይጽዕሩ ኣለው። ኣቦታት ክምስሉ ከለው "ክበልዕዎ ዝደለዩ ኣባ ጉምባሕሲ ዛግራ ይብልዎ" ከም ዝብሉ ናይዞም ደቂ ስሕተት ኣካይዳ ድማ በዚ ምስላ'ዚ ጥራይ'ዩ ክግለጽ ዝከኣል። ብዝኾነ መርትዖታት ነቲ ሓቂ ክትገልጸሎም ምስ እትፍትን፥ ን ጥፍኣት ተመጥዮምን ኣምላክ ኣብ ጽንዓት ልቦም ሓዲግዎምን ግዲ ኮይኑ "ትን ፈር እምበር ጤልያ" ብዝዓይነቱ ደረቕ መትከል ምምላስ ይኣብዩ።

**2.** እቲ ንሰብ መንፈስ ክገብሩ ዝደልዩሉ ካልእ ምኽንያት፥ ሰብ ብስግኡ ሓጢኣት ንምግባር ነጻነት ከም ዝስምዖ ንምግባር እዩ። "ሰብ መንፈስ እንተ ደኣ ኮይኑ፥ እቲ ብስጋ ዝገብሮ ሓጢኣት ንመንነቱ ስለ ዘይውክል ሓጢኣት ኣይኮናን እዩ፥ ስለዚ ከኣ ክንስሓሉ ኣየድልየን እዩ" ይብሉ። ብርግጽ ሰብ ብዓብዩ፥ "ኣነ ኣምላክ እየ" ንዝብል ከቢድ ናይ መንፈስ ሓጢኣት ፈጺሙ ዘይተነስሐስ፥ ብስጋ ንዝገብሮም ሓጢኣት ክንስሓሎም እንተ ተፈነውን ትርጉም ዝሀብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ክንዲ ገመል ንዝኣክል ከቢድ ሓጢኣት ውሒጥካስ፥ ክንዲ

ቃርማ ዝከውን ደቀቕቲ ነገራት ከተጽርን ክትነግፍን ምፍታን ግብዝናካ ዘቃልዕ፣ ዑረትካ ዘግህድ ከንቱ ሃቐና እዩ። ገመል ሰሪቕካ እናከድካ ሰብ ንከይርእየካ ጉምብሕ ጉምብሕ እናበልካ ክትከይድ ምፍታን፣ እቲ ገመል ተገቲሩን ክሳዱ ኣንቃዕሪሩን ይከይድ ከም ዘሎ ምርሳዕካ፣ ኣእምሮካን ተግባርካን ከም ዘይተሳነየ፣ ውህደት (Intergrity) ዘይብሉ ህይወት ከም ዘለካ ዘርኢ ኣካይዳ እዩ። እዚ ስውር ሜላ እዚ ሰብ ሓጢኣት ንምግባር ክፍኖ፣ ካብቲ ዝገበሮ ሓጢኣት ንከይምለስ ከ ኣ ናይ ንስሓ ኣገዳስነት ንምልማስ ተባሂሉ ዝተጻወደ ውዲት እዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ናይ ዮሃንስ መጥምቕን ናይ ጐይታ ኢየሱስን መክፈት ኣፎም ዝነበረ መ ሰረታዊ ኣርእስቲ (ንስሓ) ኣብ መድረክን ኣፍን ናይዞም ዓለውቲ ፈጺሙ ኣይስ ማዕን እዩ።

እታ “መንፈስ ኢና” ንምባል ዝጥቀሙላ እንኮ ጥቕሲ እታ ኣብ ዮሃ፣3፣6 እትርከብ ኣብ ዘይመዓላኣ ዝወዓለት “ካብ ስጋ እተወልደ ስጋ እዩ፣ ካብ መንፈስ እተወልደ ከኣ መንፈስ እዩ” እትብል ቃል እያ። ካብዚ ሓሳብ እዚ ተበጊሶም እዮም ድማ “ከልቢ፣ ከልቢ እያ እትወልድ፣ ድሙ፣ ድሙ እያ እትወልድ፣ ኣምላክ ድማ ኣምላክ እዩ ዝወልድ” ንምባል ድፍረት ዝስምዮም። ከ ምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፣ ንክንዲ ሓርማዝ ዝኣክል እንስሳ ኣብ ክንዲ ርእሲ ምስማር እትከውን ቦታ ከተቐምጦ ከም ምፍታን ዝዓይነቱ ናይ ጽላለ ስራሕ ድማ ይመስል። እቲ ኣብ እብ፣12፣9 ዘሎ “ኣቦ መናፍስቲ” ዝብል ቃል ድማ ከም ጉልባብ ስሕተት ዝጥቀሙሉ ጥቕሲ እዩ። “መናፍስቲ” ዝብል ቃል መ ሰረታዊ ሓሳቡ “ነፍሳት” ዝብል ምኳኑ ኣብ ሓድሽ ትርጉም ናይ ትግር ን ኣብ ዝበዝሕ ትርጉማት ናይ እንግሊዝ መጽሓፍ ቅዱሳት ንረክቦ ኢና። ዋላ “መናፍስቲ” እንተ ዝከውን እውን ንሰባት ዘይኮነስ ነቶም ካልኦት መናፍስቲ ዝከ ኑ ረቀቕቲ ፍጥረታት ደኣ እምበር፣ ነቲ ስጋ ለቢስን መሬት ዝመሰረቱን ሰብ ክከ ውን ኣይክእልን እዩ።

ኣብ ካልእ ክፋል ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ብመንፈስ ምምልላስ ብመንፈስ ምህላው ደኣ እምበር ብዛዕባ መንፈስ ምኳንና ዝዛረብ ጥቕሲ ኣይን ረክብን ኢና። እቲ ኣብዚ ጥቕስታት ሰፊሩ ዘሎ ሓቂ፣ ነቲ ኣካይዳና ናብራና ወይ ግብርና ዝምልከት ደኣ እምበር ንተፈጥሮና ዝምልከት ኣይኮነን።

***<u>ሮሜ፣8፣4-13</u>*** ፦ “ኣባና <u>ብመንፈስ እምበር፣ ብስጋ ኣብ ዘይንመላለስ፣</u> እቲ ድሌት ሕጊ ከምኡ ኰይኑ ክምላእ እዩ። ስጋውያን ዘብሉ ነቲ

ናይ ስጋ እዮም ዝሓስቡ፥ መንፈሳውያን ግና ናይ መንፈስ እዮም ዝሓስቡ። እቲ ሓሳብ ስጋ ምስ ኣምላክ ጽልኢ ብምዃኑ ነቲ ሕጊ ኣምላክ ኣይግዝኦን ኣይኮነሉን ድማ እዩ እሞ፥ ስለዚ እቲ ሓሳብ ስጋ ሞት እዩ፥ እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን እዩ። እቶም ብስጋ ዘለው ንኣምላክ ከስምርዎ ኣይኮነሎምን እዩ። ንስኻትኩም ግና፥ መንፈስ ኣምላክ ሓዲሩኩም እንተ ኣልዩስ፥ ብመንፈስ እምበር፥ ብስጋ ኣይኮንኩምን ዘሎኹም። እቲ መንፈስ ክርስቶስ ዘይብሉ ሰብ ግና፥ ን ሱ ናቱ ኣይኮነን። ክርስቶስ ኣባኻትኩም እንተ ኣልዩ ግና፥ እቲ ስጋ ብሰሪ ሓጢኣት ምውት እዩ እቲ መንፈስ ግና ሳላ ጽድቂ ህይወት እዩ። ናይ እቲ ንኢየሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስአ መንፈስ ኣባኻትኩም ሓዲሩ እንተ ኣልዩ ግን፥ እቲ ንክርስቶስ ኢየሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ፥ ንሱ ነቲ መዋቲ ስጋኹምውን፥ በቲ ኣባኻትኩም ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ገይሩ፥ ህያው ክገብሮ እዩ። እምበኣርሲ ኣሕዋተየ፥ ከም ስጋ እንተ ነበርኩም፥ ክትሞቱ ኢኹም፥ ነቲ ግብሪ ስጋ ብመንፈስ እንተ ቐተልክምዎ ግና፥ ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም እሞ፥ ከም ስጋ ክን ነብር፥ ነቲ ስጋስ ሰብ ዕዳኡ ኣይኮንናን። ”

ገላ፥5፥16,17,25 ፡- “ኣነስ፥ ብመንፈስ ተመላለሱ እሞ ትምኒት ስጋ ኣይክትፍጽምዎን ኢኹም፥ እብለኩም ኣሎኹ። ስጋ ነቲ ምስ መንፈስ ዝጻረር ይምነ፥ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዝጻረር እዩ ዝምነ። ነቲ እትደልይዎ ምእንቲ ከይትገብሩ፥ እዚኣቶም መጻርርቲ እዮም። … ህይወት ብመንፈስ እንተ ኣልያትናስ፥ ብመንፈስ ከኣ ንመላለስ።”

ገላ፥6፥8 ፡- “እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዝዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ክዓጽድ እዩ እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዝዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክዓጽድ እዩ።”

ማቴ፥26፥41 ፡- “ናብ ፈተና ከይትኣትውስ ንቕሑን ጸልዩን። መንፈስ ተዳልዩ ኣሎ፥ ስጋ ግና ድኹም እዩ።”

ዮሃ፥6፥63 ፡- “መንፈስ እዩ ህያው ዝገብር፥ ስጋስ ገለ እኳ ኣ ይጠቅምን እዩ። እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት፥ መንፈስ እየን ህይወትውን እየን።”

ስጋና እቲ ቀንዲ መንነትና እንተ ዘይከውን ንምንታይ ደኣ ቃል እግዚኣብሄር ብስጋና ንኣምላክ ከነክብር፣ ንስጋና ህያውን ቅዱስን ንኣምላክ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርና ከነቕርቦ ዝምዕደና? ሰብ ስጋ እንተ ዘይከውን ኣብ ጊዜ ምጽኣቱ ንስጋና ካብ መቓብር ኣተንሲኡ ናብ መንፈሳዊ ስጋ ዝልውጠሉ ምክን ያት እንታይ እዩ? ስጋ እቲ ኣገዳስን ቀንድን ኣካል ናይ መንነትና ስለ ዝኮ ነ እዩ ጐይታ ነዚ መዋቲ ስጋና ብህይወት ክትንስእ ዝፈቐደ፣ ንሱ ባዕሉ'ውን ድሕሪ ትንሳኤ፣ ምስቲ ቅድሚ ትንሳኤ ዝነበረ ኣካላቱ ከይለወጠ ዝተንስአ። ጐይታ ነቲ ካባና ዝወሰዶ ስጋ ኣክቢሩ ሒዝዎ ክትንስእን ክዓርግን እናርኤካ ስ ጋ ንመንነት ናይቶም ክርስቶስ ዝመሰሎም ሰባት ኣይውክልን እዩ ምባል መዳርግቲ ዘይብሉ ክሕደት እዩ።

<u>1ቈረ፥6፥13,15</u> ፦ "ብልዒ ንከብዲ፣ ከብዲ ከኣ ንብልዒ እዩ፣ ኣምላክ ድማ ነዝን ነትን ከጥፍኦም እዩ። <u>ስጋ ንጐይታ፣ ጐይታውን ንስጋ እዩ እምበር፣</u> ስጋስ ንምንዝርና ኣይኰነን። ... <u>እቲ ስጋኹም ኣካል ክርስቶስ ምኳኑዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?</u> እምበኣርስከ ንኣካል ክርስቶስ ወሲደዶ ኣካል ኣመንዝራ ክገብሮ እየ? ያእ ኣይፋለይን።"

<u>1ቈረ፥6፥19,20</u> ፦ "ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ፣ <u>ስጋኹም ቤት መቕደስ እቲ</u> ኣባካትኩም ዘሎ፣ ካብ ኣምላክ እተቐበልክምዎ <u>መንፈስ ቅዱስ ምኳኑ፣</u> ናይ ርእስኹምውን ከምዘይኰንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹ ም? <u>ስለዚ ብስጋኹም ንኣምላክ ኣክብርዎ።"</u>

<u>ሮሜ፥12፥1-2</u> ፦ "እምበኣርሲ ኣሕዋተየ፣ <u>ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ን ኣምላኽ ባህ ዘብል መስዋእቲ ጌርኩም</u> ከተቕርብዎ፣ ብምሕረት ኣምላክ እምዕደኩም ኣለኹ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣ ገልግሎትኩም እዩ። እቲ ሰናይን ባህ ዘብልን ምሉእ ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምኳኑ ምእንቲ ክትምርምሩስ፣ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፣ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።"

<u>2ቈረ፥10፥2-5</u> ፦ "ግናከ ኣብቶም <u>ንሕና ከም ዘስጋ ከም እንመላለስ ዝቘጽሩና</u> ገሊኣቶም፣ በቲ ምሳካትኩም ኰይነ ክደፍሮም ኢ ለ ዝህቅና እሙንቶ ክደፍር ግዲ ከይኰነኒ እልምነኩም ኣሎኹ። <u>ብስጋ እንመላለስ</u>

<u>ክነስና እኳ፥ ከም ስጋስ ኣይንዋጋእን ኢና።</u> ኣጽዋር ውግእና ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ንምፍራስ ጽኑዕ ዕርድታት ብርቱዕ እዩ እምበር፥ ስጋዊ ኣይኰነን። ብእኡ ከኣ ሓሳባትን ምስ ፍልጠት ኣምላክ ንዝጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ኲሉን እናፍረስና፥ ኲሉ ኣእምሮ ንምእዛዝ ክርስቶስ ንማርከሉ ኢና።"

***<u>ሉቃ፥11፥35,36</u>*** ፥- "እምበኣርከ እቲ ኣባካ ዘሎ ብርሃንሲ ጸልማት ከይከውን ተጠንቀቕ። ኲሉ ስጋከ ገለ ቕሩብ ጸልማት ዘይብሉ ብሩህ እንተ ኰነ፥ ከምቲ መብራህቲ ብድሙቕ ብርሃኑ ዘብርሃልካ፥ ኲሉ ስጋካ ብሩህ ክከውን እዩ።"

እምበኣር ከምቲ ንሳቶም ዝብልዎ "ሰብ፥ ነፍሲ ዘለዎ ኣብ ስጋ ዝነብር መንፈስ" ዘይኮነስ፥ "ሰብ ነፍስን መንፈስን ዘለዎ ስጋ" ምኳኑ ቃል እግዚኣብሄር ኣረጋጊጹልና ኣሎ።

## 2. ንኣምላክ ምውራድ

እዞም ናይ ስሕተት ሃዋርያት ንሰብ ኣምላክ ክገብሩ ኣብ ርእሲ ምፍታኖም፥ ንኣምላክ'ውን ከዋርድዎን ከቃልልዎን እዮም ዝረኣዩ። እቲ ምውራድ ድማ ናብ ደረጃ ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ትሕቲኡ'ውን እዮም ከውርድዎ ዝጽዕሩ። ንሰብ መንፈስን ኣምላክን ክገብርዎ ኪኖ እቲ ሓጺር ቁመቱን ጸቢብ ደረቱን መጢጦም ከዕብይዎ ክፍትኑ ከለው፥ ነቲ ሰማይን ምድርን እኳ ዘይጾሮ ኣብ ኩሉ ብምልኣት ዝርከብ ኣምላክ ብሓጺር ቁመትን ብጸቢብ ደረትን ክሓጽርዎ ኣብ ምጽዓር ይርከቡ። ይትረፍ ንሰማይን ምድርን፥ ነቲ ናታቶም ኣደራሽ እኳ ብህልውናኡ ክመልእ ዘይክእል፥ ካባታቶም ብቑሩብ ጥራይ ከም ዝገዝፍ ከእምኑ ይፍትኑ። ንቑመቱን ስፍሓቱን ድማ ብኢንች ብሜትር ወይ ብጫማ ክዕቅንዎን ክገልጽዎን ይፍትኑ። ነዚ ጽውጽዋያት እዚ ብዝኾነ ይኩን መንገዲ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ድጋፍ ክረክቡሉ ስለ ዘይክእሉ ድማ ንእግዚኣብሄር ብራእይ ርእዮም ቁመቱን ክብደቱን ከም ዝዓቀንዎ ንምዝራብ ኣይሓፍሩን እዮም። ካብቲ ንእዝንካ ዘሕምም ገለ ገለ ብሂላቶም እዚ ዝስዕብ እዩ።

❖ *እግዚኣብሄር ክሳዕ 28 ጫማ ዝቑመቱ ገጅፍ ፍጥረት ኣይኮነን። ክንዲ*

*ባስኬት ቦል ዝከውን ኢድ ዘለዎ'ውን ኣይኮነን። ከምኡ ዓይነት ተፈጥሮ የብሉን። ከባቢ 6 ጫማ ዝቑመቱ ገለ ሒደት ኣማኢት ፓውንድ ዝኽብደቱ ካብ 9 ኢንች ዘይነውሕ ስድሪ ዘለዎ እዩ።*[45]

*ኬነት ኮፐላንድ* (Kenneth Copeland)

- *እግዚኣብሄር 437 ጫማ ዝቑመቱ 4000 ፓውንድ ዝኽብደቱ፣ ዕማ ኮ ኢዱ ክንድዚ ገዛ ዝከውን ኣይኮነን። ገዚፍ እዩ፣ ዓርሞሸሽ* (Monster) *ግን ኣይኮነን። ንሰማያት ብ 9 ኢንች ስድሩ'ዩ ዓቂንዎ። ናተይ ስድሪ ልክዕ 9 ኢንች ኣይኮነን። ስለዚ፣ ንሱ ካባይ ከም ዝገዝፍ እፈልጥ፣ እግዚኣብሄር ይመስገን፣ ኣሜን! ንሱ ግን በዚ ማዕጾ እዚ ክኣ ቱ ዘይክእል ገዚፍን ኣረጊትን ነገር ኣይኮነን። ኮፍ ምስ በለ'ውን ኣብዚ ኣደራሽ ንዘሎ ኩሉ ኮፍ መበሊ ዝመልአ ከም ዘይኮነ ትፈልጡ ኢ ኹ ም። ኣነ ንግሎብ ዘይኮንኩስ ንእግዚኣብሄር እየ ዘገልግል። ከም መልክዕን ከም ምስልን ናይ እግዚኣብሄር እየ ተፈጢረ።"* [46]

  *ጀሪ ሳቭለ* (Jerry Savelle)

- *ኣብቲ ምድሪ ቤት ወዲቐ ከለኹ፣ መንፈሰይ ካብ ሰብነተይ ተወሲደ፣ ብድሕሪኡ ዝፈለጥክዎ ነገር እንተ ነይሩ፣ ኣብ ሰማይ ምንባረይ ጥራሕ እዩ። ኣብ ቅድሚ እቲ ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ፣ ብድንገት ብሃንደበት ክብረ እግዚኣብሄር ተገሊጹ። እቲ ዝረኣክዎ ቅርጺ፣ 6 ጫማ ዝከውን ቁመት ሰብ፣ ስፍሓቱ ክንዲ ክልተ ሰብ ይከውን። ኣብ ዓይኑ ኣብ ኣፍንጭኡን ኣብ ኣፉን ግን ዝተፈልየ ነገር ኣይረኣኹሉን።*[47]

  *ሞሪስ ሰሪሎ* (Morris Cerullo)

- *"ብዓይነይ ንእግዚኣብሄር ርእየዮ ክብል እክእል። ዋላ እቲ ተኸዲንዎ ዝነበረ'ውን ክነግር ምኸኣልኩ" ምስ በለ፣ እታ ሓታቲቱ ጋዜጠ* Jan Crouch *"እቲ ተኸዲንዎ ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ'ዶ ነይሩ ይከውን?" ብምባል ምስ ሓተተቶ "እወ" ብምባል መለሰ።* [48]

  *ቤኒ ሂን* ( Benny Hinn )

እግዚኣብሄር መንፈስ ከም ዝኾነ፣ ስለዚ ከኣ በዒንቲ ከም ዘይርአ፣ ብህልውናኡ ንሰማይን ንምድርን ዝመልአ፣ ኣብ ኩሉ ዝርከብ ምዃኑን ኣብዚ ዝሓለፈ ገጻት (ገጽ 190-207) ብዝርዝር ተራእዩ እዩ። ከምዚ ኮይኑ ከብቅዕ፣

እዚ ሕጂ ዘምጽእዎ ዘለው ናይ ውሱንነት ረቛሒታት ብዘይ ምክንያት ኣይኮነን። ንሰብ ነፊሖም ነፊሖም ክንዲ ኣምላኽ ምግባሩ ካብ ዘይክእሉ፡ ንኣምላክ ኣዋሪዶም ኣቃሊሎምን ክንዲ ሰብ ምግባሩ ጥራይ እዩ እቲ ኣማራጺ። ናይ እግዚኣብሄር ዕቤትን መንነትን ዝኣክል ስለ ዝዘተናሉ ሕጂ ናብቲ ዝርዝር እቲ ኣይንምለስን ኢና።

እቲ ካልእ ንኣምላክ ዘዋርዱሉ ነጥቢ ድማ ስላሴ ሰለስተ ዘይኮኑስ ትሽዓተ ምዃኖም ብምምሃር እዩ። ነዚ ድማ ካብ ቃል እግዚኣብሄር ዘይኮነስ፡ ኣብ መድረክ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ይዛረበኒ ኣሎ እናበለ ዘምጽኦ "ምግላጽ" እዩ። በቲ ሓደ ወገን "እንታይ ኢካ ዝበልካ" እናበለ ንመንፈስ ቅዱስ ይዛረብ ከም ዘሎ እናምሰለ፡ በቲ ሓደ ወገን ነቲ ኣብ ኣደራሽ ቅጽጽ ኢሉ ተኣኪቡ ዘሎ ህዝቢ እናተዛረበ ዘውጽኦ ናይ ስሕተት ፍሕሶ እዩ።

❖ *"ኣቱም ሰባት፡ ምግላጽ ኣብ ልዕለይ ክወርድ ከሎ ይስመዓኒ ኣሎ። ኣእዳውኩም ኣልዕሉ። ሕጂ ኣብዚ ቦታ እዚ ሓደ ሓድሽ ነገር ክክሰት እዩ። ሕጂ ሕጂ ናብዚ መድረክ እዚ እናደየብኩ ከለኩ እዩ ተሰሚዑኒ። ኦ! መንፈስ ቅዱስ፡ ብስም ኢየሱስ ተረኪበኒ። ዝከበርኩምን ዝከበርክንን፡ እግዚኣብሄር ኣቦ፡ ኣካል እዩ፡ ካብ ወድን መንፈስ ቅዱስን ዝተፈልየ ሰለስተ ናቱ ኣካላት ኣለውዎ። በል፡ እንታይ ኢካ ዝበልካ? ስምዕዎ፡ ስምዕዎ፡ ስምዕዎ!!! እግዚኣብሄር ኣቦ በይኑ ኣካላዊ'ዩ፡ እግዚኣብሄር ወዲ በይኑ ኣካላዊ እዩ፡ እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ በይኑ ኣካላዊ እዩ። ነፍሲ ወከፎም ድማ ሰሰለስተ ኣካላት ኣለዎም። የሰምብደኩ ም/የናውጸኩም ደኣ ከይህሉ እምበር፡ ይግብኣኒ እዩ፡ ስላሴ ትሽዓተ ኣካላት ኣለዎም። እዋእ፡ እንታይ ኢካ ዝበልካ? ዝከበርኩምን ዝከበርክንን፡ ነፍሲ ወከፎም ነናይ ገዛእ ርእሶም ኣካላዊ መንፈስ፡ ኣካላዊ ነፍሲ፡ ከምኡ'ውን ኣካላዊ ሰብነት ኣለዎም። "እዋእ ከምዚ ፈጺመ ኣይሰማዕኩን" ትብል ትህሉ፡ ናብዚ ቤተ ክርስትያን እዚ፡ ንሓምሳ ዓመታት ዝኣክል ዘሰማዕካዮ ነገር ክትሰምዕ ዝመጻእካዶ ይመስለካ ኣሎ? ምስ ቃሉ ክትማጎት ኣይትክእልን ኢካ፡ ትክእል ዲካ? ከሉ ኣብ ቃለ ኣሎ።*[49]

*ቤኒ ሂን* *(Benny Hinn)*

ነዚ ክሕደት እዚ እንታይ ኢልካ ክምለስ ይከኣል? ንነፍሲ ወከፍ ኣካል ናይ ስላሴ ሰለስተ ጌሩ ናብ ትሽዓተ ዘብጽሕ ወንጌል እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ወንጌል ዘይኮነስ፡ እቲ ናይ ጥንቲ ተመንን መዓይይቱን ዝተፍእዎ መርዚ ጥራይ እዩ ዝከውን ዝክእል። ቤኒ ሂን ዋላ እኳ ነዚ ክሕደት እዚ ተነሲሐሉ እየ እንተ በለ፡ ብድሕሪኡ ደጋጊሙ ክምኡ እናበለ ክዛረብ ተሰሚዑ እዩ። እቲ ካብ ቃል እግዚኣብሄር ዝመንጨወ ሓቀ መሰረተ እምነት ግን እግዚኣ ብሄር ብሰለስተ ኣካላት ዝተገልጸ ሓደ ኣምላኽ ምዃኑ እዩ ዝገልጸልና። ንምስ ጢረ ስላሴ ዝምልከት መሰረታዊ ትምህርቲ ንእኡ ንምግላጽ ተባሂሎም ካብ ዝተዳለው መጻሕፍቲ ተወኪስካ ምርዳእ ይከኣል እዩ።

እቲ ካልእ ኣዝዩ ዘሰክሕ ብሂሎም ድማ፡ "እግዚኣብሄር እቲ ዝዓበየ ፍሽለት" ምዃኑ ዝገልጽ እዩ። ከምዚ ድማ ይብሉ።

- *ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ናይ ብሓቂ ዝዓበየ ፍሽለት ዝኮነ (ዝፈሸለ) መን ምዃኑ ምስ ፈለጥኩ ሰምቢደ/ተናዊጸ (*Shocked*)። ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ዝዓበየ ፍሽለት እግዚኣብሄር እዩ። እግዚኣብሄር እቲ ዝዓበየ ፍሽለት ከም ዝኮነ ዘይትኣምኑሉ ምክንያት፡ ንሱ ባዕሉ ከም ዝፈሸለ ስለ ዘይተዛረበ እዩ። ስለዚ ንስካትኩምውን ከም ዝፈሸልኩም ክሳዕ እትኣምኑ ኣይትፈሽሉን ኢኹም።[10.11] ኣዳም ከቢድ ክሕደት/ ጥልመት ፈጺሙ። ኣብታ ወቕቲ እቲኣ፡ ኩሉ እቲ እግዚኣብሄር ሂብዎ ዝነበረ ግዝኣትን ስልጣንን ንሰይጣን ኣረኪብዎ። ብድንገት እግዚኣብሄር ካብ ምድሪ ብደገ (ብወጻኢ) ኮይኑ ናብ ውሽጢ (መሬት) ከቋምት ጀሚሩ። ድሕሪ ውድቀት ኣዳም፡ እግዚኣብሄር ንገዛእ ርእሱ ኣብ ፍሉይ ቦታ/ ኩነታት ኮይናዩ ረኺብዋ። እግዚኣብሄር ናብ ምድሪ ዝምለሰሉ ኣፍ ደገ/ጐደና ደልዩ ስለዚ ድማ እግዚኣብሄር ሓደ እማመ ኣቕሪቡ፡ ኣብርሃም ድማ ተቐቢልዎ። እዚ ከኣ ንእግዚኣብሄር ናብ ምድሪ፡ ሰብ ድማ ናብ እግዚኣብሄር ዝቐርበሉ ኣፍ ደገ ረኺቡ (*gave access to*)። እግዚኣብሄር ነዚ ኪዳን እዚ እንተ ሰይርዎ፡ ንርእሱ ከጥፍእ/ክድምስስ ማለት እዩ።[50]*

*ኬነት ኮፕላንድ (*Kenneth Copeland*)*

# እግዚኣብሄር ኣይፈሽልን እዩ

እግዚኣብሄር ኩሉ ዝክእል ኣምላክ ክነሱ ዝፈሽለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? እግዚኣብሄር ኣብ ዘመኑ ምሉእ ፈሺሉ ኣይፈልጥን እዩ። ንሱ ኣዚዝዎ ዘይኮነ፣ ንሱ ሓሲብዎ ዘይተፈጸመ ነገር ከቶ የልቦን። ምኽሩን ቃሉን ጽኑዕን ዘይልወጥን እዩ። ዝመደቦን ዝተዛረቦን ቃሉ ካብ ዝሓልፍ ሰማይን ምድርን ክሓልፍ እዩ ዝቐልል።

***ዘሁ፤23፤19*** ፦ "ኣምላኽ ክይሕሱ፣ ሰብ ኣይኮነን። ክይጠዓስ፣ ከኣ ወዲ ሰብ ኣይኮነን። ንሱ ዝበሎስ ኣይገብሮንዶ? እተዛረቦስ ኣ ይፍጽሞንዶ? "

***ምሳ፤19፤21*** ፦ "ኣብ ልቢ ሰብ ብዙሕ ሃቐና ኣሎ፣ ምኽሪ እግዚኣ ብሄር ግና እዩ ጸኒዑ ዝነብር።"

***መዝ፤33፤11*** ፦ "ምኽሪ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም እዩ፣ ሓሳባት ልቡውን ካብ ወለዶ ንወለዶ ይቐውም።"

***ኢሳ፤14፤24,27*** ፦ "እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ኢሉ መሓለ፣ ብሓቂ <u>ከምቲ ዝሓሰብክዎ ክኸውን፣ ከምቲ ዝመደብክዎውን ክቐውም እዩ።</u> ... እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት <u>መዲብዎ እዩ እሞ፣ መን ከንቱ ይገብሮ?</u> ኢዱ ተዘርጊሓ ኣላ፣ መንከ ይመልሳ?"

***ኢሳ፤37፤26*** ፦ "<u>ነዚ ካብ ቀደም ከም ዘዳለክዎ፣</u> ካብ ጥንቲ ከኣ ከም ዝደኰንክዎ፣ ኣይሰማዕካን ዲኻ? <u>ሕጂውን ክፍጽሞ እየ፣</u> ንስኻ ነተን ዕ ሩዳት ከተማታት ኣፍሪስካ ኵምራ ዑናታት ክትገብረን ኢኻ።"

***ኢሳ፤46፤10,11*** ፦ "ካብ መጀመርታ ነቲ መወዳእታ፣ ካብ ጥንቲ ገና ከይኰነ ከሎ፣ ዝነገርኩ እሞ፣ ምኽረይ ክቐውም እዩ፣ ፍቓደይ ኵሉ ክፍጽም እየ፣ ዝበልኩ ኣነ እየ። ንኣሞራ ካብ ምብራቕ፣ ነቲ መማኽርተይ ካብ ርሑቕ ሃገር፣ ዝጽውዕ ኣነ እየ። እወ፣ <u>ተዛሪበ ክፍጽሞ ከኣ እየ ኣሚመ ክገብሮውን እየ።</u>"

***ኢሳ፥55፥11*** ፦ "እቲ ካብ ኣፈይ ዝወጽእ ቃለይ ከኣ ከምኡ ክኸውን እዩ <u>ነቲ ኣነ ዝደልዮ ክስልጥ፥</u> ኣብቲ ኣነ ዝልእኮ ከቕንዕ እዩ እምበር፥ <u>ብኸንቱ ናባይ ኣይክምለስን እዩ።"</u>

***ህዝ፥12፥25*** ፦ "ኣነ እግዚኣብሄር እየ እሞ፥ ኣነ እየ ዝዛረብ። <u>እቲ ዝዛረቦ ቃል ከኣ ክፍጸም ኣይክድንጉን ድማ እዩ።</u> ኣቱም ዓላዊት ቤት፥ ብዘመንኩም ቃል እዛረብ፥ እገብሮውን ኣሎኹ ይብል እግዚኣ ብሄር ኣምላኽ"

***ማቴ፥5፥18*** ፦ "ሰማይን ምድርን ክሳዕ ዝሓልፍ፥ ኩሉ ክሳዕ ዝፍጸም፥ ካብ ሕግስ የውጣ ወይስ ሓንቲ ሕንጻጽ ከም ዘይትሓልፍ፥ ብሓቂ እብለኩ ኣሎኹ።"

***ሉቃ፥21፥33*** ፦ "ሰማይን ምድርን ክሓልፍ፥ ቃለይ ግን ኣይክሓልፍን እዩ።"

እግዚኣብሄር ንምኽሪ ካልኦት ደኣ የፍሽል እምበር ናቱ ምኽርን መደብን ኣይፈሽልን እዩ። (ኢሳ፥7፥5-9፣ ደገ፥3፥37፣ ኢሳ፥8፥10)

## 3. ንሰይጣን ኣምላኽ ምግባር

እዞም ዝጥብሩ ዓየይቲ ካብ ዝፍጽምዎ ዓበይቲ በደላት ሓደ ድማ ነቲ ዝወደቐ ሰይጣን ማዕረ እግዚኣብሄር ምግባር፥ እንተ ኮይኑሎም ከኣ ካብኡ ዝዓቢ ምግባር እዩ። ሰይጣን ይትረፍ ኣምላኽ ክኸውንሲ እቲ ዝነበሮ ናይ መልኣኽ ብርሃን ቦትኡ ስኢኑ ካብ ሰማያት ካብቲ ዙፋን ኣምላኽ ዘለዎ ናብ ምድሪ ዝተደርበየ፥ ይትረፍ መሰታ ኣምላኽ መሰታ ሰብ እኳ ክኸውን ዘይበቅዕ ፍጡር እዩ። እቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ናይ ኣምላኽነት መግለጺ (Definition) ዘየማልእ ኣካል፥ "ኣምላኽ" ኢልካ ክስመ ፈጺሙ ኣይግባእን እዩ። ከምቲ ንሰባት "ኣማልኽቲ ኢኹም በልኩ" ዝተጻሕፈሎም፥ ንሰይጣን'ውን "ኣምላኽ፥ ገዛኢ ወይ ከኣ መስፍን እዛ ዓለም" ዝብል ቃል ተባሂሉሉ ከም ዘሎ ርጉጽ እዩ። ከምቲ ምስጢር ናይቲ ንሰብ ኣምላኽ ዝተባህለሉ ምኽንያት ዝቐላዕናዮ፥ ከምኡ ድማ እቲ ሰይጣን ኣምላኽ ዝተባህለሉ ምኽንያት ምስ ዝቕላዕ እቲ ምስጢሩ ርዱእ እዩ ዝኸውን።

***ዮሃ፥12፥31*** ፦ "ፍርዲ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ በጽሐ። ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ ንወጻኢ ክድርበ እዩ።"

***ዮሃ፥14፥30*** ፦ "ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ ኣሎ'ሞ? ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን።"

***ዮሃ፥16፥11*** ፦ "ብዛዕባ ፍርዲ ከኣ፥ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ስለ እተፈርደ።"

***2ቈረ፥4፥4*** ፦ "እቲ ብርሃን ወንጌል ናይ ክብሪ ክርስቶስ፥ ንሱ ከኣ ምስሊ ኣምላኽ፥ ምእንቲ ከየብርሃሎምሲ፥ ኣምላኽ እዛ ዓለም እዚኣ ንሓሳብ እቶም ዘይኣምኑ ኣየር።"

***ኤፌ፥2፥1,2*** ፦ "ንስኻትኩም ቀደም ክም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፥ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዝገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም፥ ብበደልኩምን ብኣበሳኩምን ምውታት ዝነበርኩም፥ ንዓኻትኩም ህያዋን ገበርኩም።"

***1ዮሃ፥4፥4*** ፦ "ኣቱም ደቀይ፥ ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም፥ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ዝዓቢ ስለ ዝኾነ፥ ንስኻትኩም ስዒርኩምዎ ኣለኹም።"

***1ዮሃ፥5፥19*** ፦ "ካብ ኣምላኽ ምኳንና ብዘላ ዓለምውን በቲ እኩይ ተታሒዛ ምህላዋ ንፈልጥ ኢና።"

ዋላ ከም ኣምላኽን ገዛእን ደኣ ይገለጽ እምበር እዚ ኣበሃህላ እዚ ከም ናይ ኣምላኽ ዝበለ ኣምላኽነት ኣየልብሶን እዩ። ንወጻኢ (ንደገ) ዝድርበ፥ ዝፍረድ፥ ኣመንቲ ዝስዕርዎ ኣምላኽን ገዛእን ናይዛ ዓለም ደኣ ከመይ ዝበለ ኣምላኽ ክኸውን ኢና ክንጽበዮ? ዋላ እኳ ብእኩይ ናይቲ እኩይ ብዘላ ዓለም ተታሒዛ እንተ ሃለወት፥ ዓለም ናቱ እያ፥ ድላዩ ክገብር ይክእል'ዩ ማለት ኣይኮነን። እቶም ክብረቶም ኣብ ነውሮም፥ ሓሳቦም ናይ ምድሪ ዝኾነ በቲ እኩይ ከኣ ዝተታሕዙ ሰባት፥ ናይቲ ዝሓዞም እኩይ ዕቤት ካብ ምዝራብ ሓሊፎም እሞ እንታይ እዮም ክብሉ? እቲ እኩይ ሰይጣን ዝሓዞ ሕሱር ኣእምሮ እንታይ ከም

ዝብልን፣ ነቲ ኣብ መንግሥ ኣምላኽን ሰብን ሰይጣንን ዘሎ ዝምድናታት ብከመይ ከም ዝገልጹ ኣብዚ ዝስዕብ ዘስካሕክሕ ብሂላት ነስተውዕሎ።

- *ብናይ እምነት ስነ መለኮት መሰረት፣ ሰይጣን ኣብ ገነት ኤደን ንኣዳም ኣድማሳዊ ክሕደት ክፍጽም ምስ ኣታለሎ ዕልዋ ዘመናት እዩ ኣካይዱ። ንዋጋ ናይ ሓንቲ በለስ፣ ኣዳምን ሄዋንን ኣምላኽ ነቶም ን ሰይጣን ሸይጦሙሉ። ኣዳምን ሄዋንን ኣምላኻዊ ተፈጥሮኦም ጥራይ ኣይኮኑን ስኢኖም፣ ብኣንጻሩ ሰይጣናዊ ተፈጥሮ እዮም ተመሊኦም (infused ኮይኖም)። ኣብ ሓንቲ ቅጽበት፣ ካብ ኣምላኽ ናብ ሰይጣን ተለዊጦም፣ ሰይጣን ድማ ኣምላኽ ናይዛ ዓለም ኮይኑ።*
- ***Dualism**:- ክልተ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ኣድማስ ቁጽጽር (**Control**) ንክህልዎም ይቃለሱ። መን ከም ዝስዕር ኣይፍለጥን። ናይ ክልቲኦም ሓይልታት ሓይሊ፣ ብቃላት ናይ ሰብ ይነጥፍ። እግዚኣብሄር ብእምነት ይነጥፍ፣ ሰይጣን ድማ ብፍርሃት ይነጥፍ።*
- *ሎሚ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሐ እየ ክዛረብ። እግዚኣብሄር ካብ ሰማያት መጺኡ፣ ሰብ ኮይኑ ንሰባት ንኣሽቱ ኣማልኽቲ ገሩ ሰሪሑዎም፣ ድሕሪኡ ናብ ሰማያት <u>ከም ሰብ ኮይኑ</u> ተመሊሱ። ኣብ ቅድሚ ኣቦ ከም ሰብ ቆይሙ። ኣነ ኣብ ቅድሚ ኢጋንንቲ ከም ወዲ ኣምላኽ እቐውም። ነቲ ትርጉም ዘይህብ ኣተሓሳስባኹም ደው ኣብልዎ። እንታይ ካልእ ደኣ ክትኮኑ ትደልዩ? “ኣነ እየ” እንተ ድኣ ኢልኩም፣ “ኣነ ናቱ ኣካል'የ” ትብሉ ኣለኹም ማለት እዩ፣ ሓቂይ ድየ? ንሱ ኣምላኽ ድዩ? ንስኻትክ ·ምከ ዘርኡ ዲኹም? ንስኻትኩምከ ደቂ ዲኹም? እንተ ድኣ ከምኡ ኬንክ ·ም ሰብ ክትኮኑ ኣይትክእሉን ኢኹም። ኣይትክእሉን ኣይትክእሉን ኢከ ·ም! እግዚኣብሄር ስጋ ኣይወልድን እዩ። እዚ ኑፋቄ (**Heresy**) እዩ ትብሉ ትኮኑ። ያእ፣ እዚ እቲ ጽሉል/ዕቡድ ኣእምሮኹም (**crazy brain**) እዩ ዝብሎ ዘሎ።[51]*

*ቤኒ ሂን (**Benny Hinn**)*

- *እግዚኣብሄር ካብ ምድሪ ወጻኢ ኮይኑ ናብኣ ይጥምት ነይሩ። ዝኮነ ይኩን ናብ ምድሪ ዘእቱ ሕጋዊ መእተዊ የብሉን። ምድሪ ንእኡ ኣ ይትግባኦን እያ (ናቱ ኣይኮነትን)። ኣብ መጽሓፍ እዮብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሰይጣን ከመይ ብኣሸካዕላል ደው ከም ዝበለ ርኢኩምዎዶ?*

*እግዚኣብሄር፡ ኣበይ ጸኒሕካ ኢልዎ። እዚ ንእግዚኣብሄር ዝምልከት ጉዳይ ኣይኮነን፡ ሰይጣን ደስ እንተ ዘይኢልዎ ከይምልስ'ውን ይክእል ነይሩ። እግዚኣብሄር ዋላ ንእሽቶ ትኩን ክከራከሮ ኣይተራእየን፡ ርኢኩ ምዶ፡ እዚ'ዩ እቲ እግዚኣብሄር ዝነበሮ ቦታ።*[52]

*ኬነት ኮፐላንድ* **(Kenneth Copeland)**

- *ኣዳም ካብ እግዚኣብሄር ኣቦ ዝውሕዝ ናይ ምግላጽ ፍልጠት ነይርዎ። እንተ ኮነ፡ ኣዳም ንሰይጣን ምስ ተምበርከከ፡ ንእግዚኣብሄር ከቲትዎ/ዓ ጽይዎ። እግዚኣብሄር ብደገ ኮይኑ ናብ ውሽጢ ከቋምት ጀሚሩ። እቲ ኣምላኽ ዘቐመጦ ሰብ፡ ኣዳም ስልጣኑ ኣጥፊኡ እዩ። ሰይጣን ኣምላኽ እዛ ዓለም'ዚኣ ኮይኑ እዩ። እግዚኣብሄር ምስ መለኮታዊ ሓይሉ መጺኡ ከውጽኦም ኣይከኣለን። እግዚኣብሄር ናብቲ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ኣድማስ ዘለዎ ብሕጊ ዝምራሕ ከባቢ ክከይድ ነይርዎ።*[53]

*ቻርለስ ቻፕስ* **(Charles Capps)**

- *መጽሓፍ ቅዱስ እግዚኣብሄር ነዛ ምድሪ'ዚኣ ንደቂ ሰብ ከም ዝሃቦም ይዛረብ። ኣዳም ተመሊሱ ግዝኣቱ ንሰይጣን ምስ ኣረከቦ፡ ንኣምላኽ ኣ በይ ከም ዝሓደጎ ርኣ። ብደገ ኮይኑ ናብ ውሽጢ እናኣቋመተ'ዩ ሓዲግዎ። ብዛዕባ ምድሪ ዝኾነ ይኩን ነገር ክገብር ሕጋዊ መንገዲ ንርእ ሱ ናብ ምድሪ ኣእትይዋ* (Injected) *ሰይጣን ድማ እግዚኣብሄር ነዚኣ ክገብር'ዩ ከጻውደሉ ጸኒሑ፡ ናብ መጻወድያኡ ምስ ኣተወሉ፡ በቲ ዘይሕጋዊ ስጉምቱ ሒዙ ንእኡ ከም ዝግዛእ (ተሓታቲ ከም ዝኸውን) ክገብሮ ደልዩ።"*[54]

*ኬነት ኮፐላንድ* **(Kenneth Copeland)**

ኣብዚ ዘንበብናዮ ኣነዋሪ ብሂላት፡ ናብ ሓቂ ገጹ ዘይጽጋዕ፡ ንሓቂ ግን ብዝተፈላለየ መልክዕ ከጥቅዕ ዝፈተነ ትሕዝቶታት ኣለዎ። ነዚ ዝርዝራት እዚ ብምስትውዓል ምርኣዩ ጽቡቕ እዩ።

## እግዚኣብሄር ሰብ ኣይኮነን

ኣብዚ ብሂላት እዚ ንእግዚኣብሄር ከም ሰብ ጌሮም ክገልጽዎ ፈቲኖም ኣለዉ። ንኣምላክ ሰብ ኮይኑ እናበልዎስ፡ ንሰብ ከኣ ኣምላክ እምበር ሰብ ክትከውን ኣይትክእልን ኢካ ይብሉ ኣለው። ሰብ ኣምላክ ከም ዘይኮነ ኣቐዲምና ርኢና ኢና። እግዚኣብሄር ሰብ ድዩ? ኣቐዲምና ከም ዝረኣናዮ ንእግዚኣብሄር ቁመቱን ክብደቱን ብኢንች ወይ ብጫማ ከምኡ'ውን ብፓውንድ ክዕቅንዎ ከም ዝፈተኑ ርኢና ኢና። እግዚኣብሄር ግን ረቂቕ መንፈስ እምበር ስጋ (ሰብ) ኣ ይኮነን።

> ***<u>ዘሁ፡23፡19</u>*** ፦ “ኣምላክ ከይሕሱ፡ <u>ሰብ ኣይኮነን።</u> ከይጠዓስ ከኣ፡ ወዲ ሰብ ኣይኮነን። ንሱ ዝበሎስ ኣይገብርንዶ? እተዛረቦስ ኣይፍጽምንዶ?”
>
> ***<u>1ሳሙ፡15፡29</u>*** ፦ “እቲ ጽንዓት እስራኤልስ ከይጥዓስ <u>ሰብ ኣይኮነን</u> እሞ፡ ኣይሕሱን ኣይጥዓስን ከኣ፡ በሎ።”
>
> ***<u>ሆሴ፡11፡9</u>*** ፦ “ኣነስ ኣምላክ እየ፡ <u>ሰብ ኣይኮንኩን</u> ኣብ ማእከልካውን ቅዱስ እየ እምበር፡ ብነድሪ ቍጥዓ ኣይመጽእን እየ እሞ፡ ሃና ነድረይ ኣየውጽእን እየ፡ ንኤፍሬም ከጥፍእ ኢለ ድማ ኣይምለስን እየ።

## ሰይጣን ዝወደቐ መልኣክ እዩ

ንኣድማስ ዝገዝእ እግዚኣብሄር ጥራይ ዘይኮነስ ክልተ ዓበይቲ ሓይልታት እዮም፡ ኢሎም ይኣምኑ (Dualism)። “መን ከም ዝስዕር ኣይፍለጥን እዩ” ይብሉ። ንናይ ክልቲኦም ኣካላት ሓይሊ ዝቆጻጸሮ ድማ ሰብ እዩ። ሓይሎም ብቓላት ናይ ሰብ እዩ ዝነጥፍ ወይ ዝድስክል፡ ኢሎም ይኣምኑ። እግዚኣብሄር ብእምነት ናይ ሰብ ይነጥፍ ሰይጣን ድማ ብፍርሃት ናይ ሰብ ይነጥፍ፡ ኢሎም ይኣምኑ። ብካልእ ኣዘራርባ ሰብ እዩ ነቶም ክልተ ዓበይቲ ሓይልታት ዝገዝኦም ማለት እዩ። እንድሕር ብቓላት ሰብ ኮይኖም ንኣድማስ ንምቁጽጻር ዝነጣጠፉ፡ ኣካላውነት ዘይብሎም ልክዕ ከም ኤሌትሪክ ወይ ባትሪ ተጠዊቖም ጥራይ ዝሰርሑ ግኡዛት እዮም ማለት እዩ። ንሓንሳእ እቲ ዝዛረብዎ ሃተውተው መዕ ለቢኡን መደምደምትኡን እንታይ ከም ዝኮነ ኣስተውዒሎም ዝዛረብዎ'ውን ኣ ይመስሉን እዮም።

ብመሰረቱ እግዚኣብሄር ድላዩ ኣብ ዝደለዮ እዋን ኣብ ልዕሊ ዝደለዮ ሰብ ወይ ነገር ክገብር ዝክእል በዓል ምሉእ ስልጣን ኣምላክ እዩ። እዚ ከምዚ

ኢሉ እንክሎ ንኩሎም መላእክቱን ሰባትን ምስናይ ነጻ ፍቓድን ምርጫን ዘለዎ ስብእና ጌሩ እዩ ፈጢርዎም። ስለዚ ከኣ ነዞም ነጻ ፍጥረታት ዘመሓድረሉ ኪዳን ኣቐሚሙ እዩ። ሰይጣን ነቲ እግዚኣብሄር ዝሃቦ ማዕርግ ብዘይምሕላዉ ብትዕቢቱ ተደርብዩ ካብ ክብሪ ወደቐ። ሰባት'ውን ካብቲ እግዚኣብሄር ዝሃቦም ኪዳን ወጺኦም ምስ ኣበሱ፣ ካብ ስፍራ በረከት ተሰጐ፣ ናብ ርእሶም፣ ብእኦም ኣቢሉ ከኣ ናብ ኩሉ ዘርኢ ወዲ ሰብ ብዙሕ መርገም ኣምጽኡ። ድሕሪ እዚ ውድቀት እዚ'ውን እንተ ኮነ ኣምላክ ንዓለምን ህዝባን ብናይ ኪዳን ስርዓት እዩ ዘመሓድሮም። እግዚኣብሄር እዚ ኪዳን እዚ ንሰብ ዝህቦ ተገዲዱ ወይ ከኣ ብሞያ ናይ ሰባት ተመሲጡ (ተደሪኹ) ዘይኮነስ ብፍታዉ ብጸጋኡ እዩ ዝህቦ። ሰብ ከኣ ነዚ ኪዳን እዚ እንተ ድኣ ተቐቢሉ እንተ ተኣዚዝዎ በረከት ናይቲ ከ ዳን ከም ዝሓፍስ፣ እንተ ነጺግዎ ከኣ ብኣንጻሩ ዓስቢ ዘይምእዛዙ ዝኮነ መርገም ከም ዝዓጽድ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ እዩ (ዘዳ፡28፡68)። ኣምላክ ዘይምእዛዝ ናይ ሰባት ክቐጽዕ በዓል ስልጣን እዩ። ነቲ መቕጻዕቱ (መርገም) ከኣ ብቐጥታ ሰራዊት ሰማይ (መልኣኽቱ) ብምልኣክ ክፍጽሞ ይኽእል ወይ ከኣ ነቶም ሰባት ንሰይጣን ኣሕሊፉ ብምሃብ ክፍጽሞ ይኽእል እዩ። ስለዚ ኣምላክ ነቲ ኣብ ምድሪ ይኩን ኣብ ሰማያት ዝፍጸም ነገራትን ሓይልታትን ምሉእ ብምሉእ ይቆጻጸሮ እዩ። ሰይጣን ንክፉእና ክዓዪ ኣብ ልዕሊ ሰባት ስልጣን ዝህልዎ ሰባት ንትእዛዝ ኣምላክ ብምፍራስ ዓልዮም ምምላስ ምስ ዝኣብዩ እሞ ኣምላክ ኣሕሊፉ ምስ ዝህቦም ጥራይ እዩ። ሓይሊ ኣምላክ ከኣ ብናይ ሰባት ኣካይዳ ዝነጥፍን ዝድስክልን ዘይኮነስ፣ እንተ ተኣዚዞም ንሰናዮም እንተ ዘይተኣዚዞም ከ ኣ ንጥፍኣቶም ኩሉ ግዜ ንጡፍ እዩ። ሰይጣን ከኣ ከምታ ናቱ ካብ ኣምላክ ዝዓልዉ ሰባት እንተ ረኺቡ መጣፍእቱ ክገብሮም እዩ ዝደሊ። ካብ ኣምላክ ዝዓ ልው ሰባት እንተ ድኣ በዚሖም ሓይሊ ሰይጣን ነጢፉስ ንሓይሊ ኣምላክ ክስዕ ሮ ይኽእል እዩ ምባል ግን ፍጹም ዘይሕሰብ ነገር እዩ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነውሪ'ውን እዩ።

ሰይጣን ምስ ኣምላክ ዝወዳደርን መዳርግቱን'ውን ኣይኮነን። ሰይጣን ኣ ምላክ ኣይኮነን፣ ንሱ ዝወደቐ መልኣክ እዩ። ስለዚ ከኣ ከም ኩሎም መላእኽቲ ብእግዚኣብሄር ዝተፈጥረ እዩ።

> ***<u>መዝ፡148፡2,5</u>*** ፡- "ኩሉኩም መላእኽቱ ኣመስግንዎ ብዘለኩም ሰራዊቱ፣ ኣመስግንዎ። <u>ንሱ ኣዚዙ፣ ተፈጢሮም እዮም እሞ</u>፣ ንስም እግዚኣብሄር የመስግንዎ።"

***ቈሎ፡1፡16*** ፦ “ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ፡ ዝርኣን ዘይርኣን፡ ዝፋናት ኰኑ ወይስ ጐይትነት፡ ሕልቅነት ወይስ ስልጣናት፡ ኩሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ፡ ኩሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ።”

***ኢሳ፡14፡12-15*** ፦ “ኣየ ኣታ ብሩህ ኮኮብ ወዲ ወጋሕታ፡ ከመይ ኢልካ ካብ ሰማይ ወደቕካ? ንስካ ነህዛብ ዘውደቕካስ ከመይ ኢልካ ናብ ምድሪ ተደርቤካ? ንስካስ ብልብካ ናብ ሰማይ ክድይብ፡ ንዝፋነይ ኣብ ልዕሊ ከዋኽብቲ ኣምላኽ ልዕል ከብሎ፡ ኣብ ወሰን ሰሜን ኣብ ልዕሊ ከረን ማሕበር ክቕመጥ እየ፡ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ከረን ማሕበር ክቕመጥ እየ፡ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ደበናታት ክድይብ፡ ነቲ ኣዝዩ ልዑል ክመስል እየ፡ በልካ። ኣይፋልካን፡ ናብ ሲኦል፡ ናብቲ መዓሙቕ ጉድጓድ ደኣ ክትድርበ ኢካ።”

***ህዝ፡28፡1-2*** ፦ “ከምዚ ዝብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፡ ኣታ ወዲ ሰብ፡ ንመስፍን ጢሮስ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢልካ ንገሮ ልብካ ተዓብዩስ፡ “ኣነ ኣምላኽ እየ፡” ኣብ ማእከል ባሕሪ ድማ ኣብ ዝፋን ኣምላኽ ተቐሚጠ ኣለኹ፡ ትብል ኣሎካ እሞ፡ ምንም እኳ ንልብካ ከም ልቢ ኣምላኽ እንተ ገበርካዮ፡ ንስካስ ሰብ ኢካ እምበር ኣምላኽ ኣይኮንካን።”

***ራእ፡12፡7-10*** ፦ “ኣብ ሰማይ ከኣ ውግእ ኰነ፡ ሚካኤልን መላእኽቱን ምስቲ ገበል ተዋግኡ። እቲ ገበልን መላእኽቱን ድማ ተዋግእዎም። ኣይሰዓርዎም ከኣ፡ ድሕሪ እዚ ስፍራኦም ኣብ ሰማይ ኣይተረኽበን። እቲ ንብዘላ ዓለም ዘስሕታ ዘሎ ድያብሎስን ሰይጣንን ዝበሃል ዓብዩ ገበል፡ እቲ ናይ ጥንቲ ተመን ተደርበየ፡ ናብ ምድሪ ተደርበየ፡ መላእኽቱውን ምስኡ ተደርበዩ። ኣብ ሰማይ ከኣ ዓው ብዝበለ ድምጺ፡ “እቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ለይትን መዓልትን ዝከሶም ዝነበረ ከሳሲ ኣሕዋትና ተደርብዩ እዩ እሞ፡ ሕጂ ምድሓንን ስልጣንን መንግስትን ናይ ኣምላኽና ኰይኑ፡ ምልኪ ከኣ ናይቲ ቅቡእ እዩ” ክብል ከሎ ሰማዕኩ።”

# ሰይጣን ኣብ ትሕቲ ስልጣን እግዚኣብሄር እዩ

ኣብ መንጎ እግዚኣብሄር ሰይጣንን ዘሎ ዝምድና፡ ከም ኩሎም ፍጥረታት ኣብ መንጎ መሬትን ሰራሕ ዕትሮን ዘሎ ዝምድና እዩ። ሰራሕ ዕትሮ ነቲ ዝሰርሖ መሬት እንደገና ሰይሩን ፈንጢሑን ከም ዝደለዮ ክገብር ከም ዝክእል እግዚኣብሄር'ውን ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ኮነ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረት ከምኡ ዝበለ ስልጣን ኣለዎ።

***ዘፍ፡3፡15*** ፦ "ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን፡ ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ። ንሱ ርእስኻ ክጭፍልቕ እዩ፡ ንስኻ ድማ ሸኾንኡ ክትነክስ ኢኻ፡ በሎ።"

***ዮሃ፡12፡31*** ፦ "ፍርዲ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ በጽሐ። ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ ንወጻኢ ክድርበ እዩ።"

***ዮሃ፡16፡11*** ፦ "ብዛዕባ ፍርዲ ከኣ፡ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ስለ እተፈርደ።"

***ሮሜ፡16፡20*** ፦ "ኣምላኽ ሰላም ከኣ ንሰይጣን ከኣ ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ እግርኹም ክቕጥቅጦ እዩ። ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምሳኻትኩም ይኹን።"

***ኢሳ፡29፡16*** ፦ ኣየ ኣቱም ቁናናት፡ ስሩሕ ንሰራሒኡ፡ ንስኻ ኣይሰራሕካንን፡ ድኹን ከኣ ንደኳኒኡ፡ ንስኻ ኣይተስተውዕልን ኢኻ፡ ኢሉስ መሬትዶ ምስ ሰራሒኡ ይመዓራረ እዩ።

***ኢሳ፡45፡9*** ፦ እቲ ምስ ፈጣሪኡ ዝካታዕ ወይልኡ፡ ንሱ ገልዒ ኣብ ማእከል ኣጋልዕ መሬት እዩ። መሬትዶ ንሰራሒኣ፡ እንታይ ትገብር ትብሎ እያ። ግብርኻዶኸ ኣእዳው የብሉን ይብል እዩ።

***ኢሳ፡64፡8*** ፦ ሕጂ ግና ዎ እግዚኣብሄር ንስኻ ኣቦና ኢኻ፡ ንሕና መሬት ኢና፡ ንስኻ ድማ ሰራሒና ኢኻ፡ ኩልና'ውን ግብሪ ኢድካ ኢና።

***ኤር፥18፥6*** ፡- "ኣቱም ቤት እስራኤል ኣነከ ንኣካትኩም፣ ከምቲ ስ ራሕ መሬት ዝገበሮ ክገብረኩም ኣይከኣለንንዶ እዩ? ኣቱም ቤት እስ ራኤል፣ እንሆ ከምቲ መሬት ኣብ ኢድ እቲ ስራሕ መሬት ዘሎ ከ ምኡ ድማ ንስካትኩም ኣብ ኢደይ ኢኹም ይብል እግዚኣብሄር።"

ሰይጣን ከም ዝኮነ ይኩን ፍጥረት ኣብ ትሕቲ ምልክን ፍቓድን ናይ እግዚኣብሄር እዩ። ዋላ እኳ እዞም ደፋራት ንሰይጣን ዘይቦትኡ ክህብዎን፣ "እግዚኣብሄር ካብ ምድሪ ወጻኢ ኮይኑ ናብኣ ይጥምት ነይሩ። ዝኮነ ይኩን ናብ ምድሪ ዘእቱ ሕጋዊ መእተዊ የብሉን። ምድሪ ንእኡ ኣይትግብኣን እያ (ናቱ ኣ ይኮነትን)። ኣብ መጽሓፍ እዮብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሰይጣን ከመይ ብኣ ሽካዕላል ደው ከም ዝበለ ርኢኩምዎዶ? እግዚኣብሄር፣ ኣበይ ጸኒሕካ ኢልዎ። እዚ ንእግዚኣብሄር ዝምልከት ጉዳይ ኣይኮነን፣ ሰይጣን ደስ እንተ ዘይኢልዎ ከ ይምልስ'ውን ይክእል ነይሩ። እግዚኣብሄር ዋላ ንእሽቶ ትኩን ክከራከሮ ኣ ይተራእየን፣ ርኢኩምዶ፣ እዚ'ዩ እቲ እግዚኣብሄር ዝነበሮ ቦታ።[52] " ክብሉን እንተ ፈተኑ እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ሰይጣን ኣብ ንብረትን ኣብ ቆርበትን ናይ እዮብ ሃሰስ ንክብል ካብ እግዚኣብሄር ፍቓድ የድልዮ ከም ዝነበረ፣ እግዚኣ ብሄር ድማ ነቲ ኣብ እዮብ ሰይጣን ከውርዶ ዝክእል ፈተና ባዕሉ ይድርቶ ከም ዝነበረ ኢና እነንብብ። ኣብ መንገሎ ንብረቱን ቆርበቱን፣ ጸኒሑ ድማ ኣብ መን ጎ ቆርበቱን ህይወቱን እኳ ሰይጣን ብፍቓድ ኣምላክ እንተ ዘይኮይኑ ዋላ ሓን ቲ ክገብር ኣይክእልን ነይሩ። ጐይታ ኢየሱስ'ውን ይትረፍ ድላዮም ክገብሩስ ክዛረቡ እንተ ዘይፈቐዱሎም እኳ ሓንቲ ቃል ብሕም ኢሎም ክዛረቡ ዘይክእሉ ከም ዝነበሩ ወንጌል ብግልጺ እዩ ዝዛረበና።

***እዮ፥1፥9-12*** ፡- "ሰይጣን ከኣ ንእግዚኣብሄር መለሰሉ በሎውን፣ እዮብ ንኣምላክ ዝፈርሆስ ብከምኡ ድዩ? ንስካ ንእኡ ምስ ቤቱን ኣብ ዙርያኡን ዘለዎ ኵሉንዶ ሓጺርካዮ ኣየሎካን? ንተግባር ኢዱ ባረክካዮ፣ ጥሪቱ ድማ ንምድሪ መሊእዎ ኣሎ። ግናከ፣ ኣብታ ገጽካ እንተ ዘይክሒዱካስ፣ ኢድካ ዘርጊሕካ ደሞ ንኵሉ ጥሪቱ ሃሰስ ኣይትብሎን፣ ኢሉ መለሰሉ። ሽዑ እግዚኣብሄር ንሰይጣን፣ በል እስኪ፣ <u>ሓንትስ ናብኡ ደኣ ኢድካ ኣይትዘርግሕ እምበር፣ ዘለዎ ኵሉ ኣብ ኢ ድካ ሂበካ እኔኹ፣</u> በሎ። ሰይጣን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ወጸ።"

***ኢዮ፥2፥4-7*** ፡- "ሰይጣን ድማ ንእግዚኣብሄር፥ ቈርበት ኣብ ክንዲ ቈርበት። ሰብ ኣብ ክንዲ ህይወቱ ዘለዎ ኵሉ ይህብ እዩ። ግናከ፥ ኣብ ገጽካ እንተ ዘይክሒዱካስ፥ ኢድካ ዘርጊሕካ ደሞ ስጋኡን ዓጽሙን ሃሰስ ኣይትብሎን። ኢሉ መለሰሉ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሰይጣን፥ <u>በል እስኪ ኣብ ኢድካ ሂበዮ እኔኩ፥ ንህይወቱ ግና ተጠንቀቕ፥</u> በሎ። ሽዑ ሰይጣን ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ወጺኡ ከደ እሞ፥ ንእዮብ ካብ ሸኹና እግሩ ሒዙ ክሳዕ ቅርቅርቱ ብብርቱዕ ቍስለተ ስጋ ወቕዖ።"

***መዝ፥103፥20-22*** ፡- "ኣቱም መላእኽቱ፥ ንድምጺ ቃሉ እትእዘዙ ንቓሉ እትፍጽሙ ሓያላትን ስልጡናትን ንእግዚኣብሄር ባርክዎ። ኣቱም ሰራዊቱ ኩሉኹም፥ <u>ኣቱም ንፍቓዱ እትፍጽምዎ</u> ኣገልገልቲ፥ ንእግዚኣብሄር ባርክዎ። ኩሉ ግብርታቱ ኣብ ኩሉ ስፍራ ግዝኣቱ፥ ንእግዚኣብሄር ባርኩ። ነፍሰየ ንእግዚኣብሄር ባርኺ።"

***ማቴ፥4፥10,11*** ፡- "ሽዑ ኢየሱስ፥ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ፥ ንእኡ በይኑ ድማ ተገዛእ፥ ጽሑፍ ኣሎ እሞ፥ <u>ኪድ ርሓቕ፥ ሰይጣን በሎ። ድሕርዚ ድያብሎስ ሓደጎ፥</u> እንሆ ድማ፥ መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ።"

***ማቴ፥8፥31,32*** ፡- "እቶም ኣጋንንቲ ድማ፥ <u>እተውጽኣና እንተ ኴንካስ፥</u> ናብዚ መንሰ ሓሰማታት <u>ክንኣቱ ፍቐደልና፥</u> ኢሎም ለመንዎ። ንሱ ከኣ፥ <u>ኪዱ፥ በሎም፥</u> ወጺኦም ድማ ናብተን ሓሰማታት ኣተዉ።"

***ማር፥1፥23-26,34*** ፡- "ኣብ ቤት ጸሎቶም ድማ ርኹስ መንፈስ ዘለዎ ሰብኣይ ነበረ ንሱ ከኣ፥ ኢየሱስ ናዝራዊ፥ ምሳኻ እሞ እንታይ ኣሎና? <u>ከተጥፍኣናዶ መጺኻ</u>? ኣታ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ፥ መን ምዃንካ ፈሊጠካ ኣለኹ። እናበለ ጨደረ። ኢየሱስ ከኣ፥ <u>ስቕ በል፥ ካብኡ'ውን ውጻእ፥</u> ኢሉ ገንሖ። እቲ ርኹስ መንፈስ ከኣ ፈንጠርጠር ኣበሎ፥ ብዓብዪ ድምጺ እናጨደረ ከኣ ካብኡ ወጸ። ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕማም ዘለዎም፥ ብዙሓት ሕሙማት ከኣ ኣሕወየ፥ <u>ብዙሓት ኣጋንንቲ'ውን ኣውጽአ፥ እቶም ኣጋንንቲ ከኣ ይፈልጥዎ ነበሩ</u> እሞ፥ <u>ክዛረቡ ኣይፈቐደሎምን</u>።"

## ምድርን ምልኣታን ናይ እግዚኣብሄር እያ

ዋላ ብዘላ ዓለም በቲ እኩይ ትተሓዝ፡ ዋላ ሰይጣን ከም ኣምላኽን ገዛእን ናይዛ ምድሪ ይገለጽ፡ ምድሪ ናቱ እያ ማለት ኣይኮነን። ግዝኣት ሰይጣን ኣብ ዓለም ድሩት እዩ ጥራይ ዘይኮነስ ኩነታዊ'ውን እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እዚ ዓለም ዝብል ቃል ኣብ ክልተ ዓበይቲ ሓሳባት ክጠቓለል ዝክእል ትርጉም ኣለዎ። እቲ ሓደ ትርጉሙ እዚ ብዓይንና እንርእዮን እንድህስሶን ሰማይን ምድርን ምልኣታን ክኸውን ከሎ ሰይጣን ነዚ ፈጺሙ ክውንኖ ኣይክእልን እዩ። ከምቲ ኣብ መወዳእታ ዘመን ዝኸውን ካብ ሰማይ ሓዊ ከውርድ ክሳዕ ዝክእል ብርቱዕ ተኣምራት ክገብር ብኣምላኽ ክወሃቦ ይክእል እዩ። ካብ ርእሱ ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ምድርን ምልኣታን፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት'ውን ክይተረፈ ልክዕ ከም ናይ ኣምላኽ ዝበለ ምልኪ እንተ ዝህልዎ ኔሩ፡ ብንስሓ ተመሊሱ ዝድሕን ሰብ ክሳብ ዝሰኣን ንዘርኢ ሰብ መጽነቶ ነይሩ። ስለዚ ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ምድርን ምልኣታን ዝኾነ ይኹን ስልጣን የብሉን።

እቲ ካልኣይ ትርጉም ናይቲ “ዓለም” ዝብል ቃል ግን ነዚ ምድራዊ ክፋእ ስርዓት ወይ ኣተሓሳስባ ናይ ሰባት (systems and ideologies) ዝምልከት እዩ። ሰባት ድሕሪ ውድቀት ናብ ሓጢኣት ጥራይ ብዝድረኽ ኣረጊት ባህርይ ምስ ተመረዙ ኩሉ ዝሓስብዎ ሓሳብ ኣንጻር ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ናይቶም ኣንጻር ኣምላኽ ዝለዓሉ ኩሎም በኾሪ ከኣ ሰይጣን እዩ። ስለዚ ሰባት ንኣምላኽ ምእዛዝ እንተ ድኣ ኣብዮም፡ ዋላ ንሳቶም ኣይረድኣዮም፡ ነቲ ዝኽተልዎ ዘለዎ ስነ-ሓሳብ (Ideology) ዝመርሖም ሰይጣን እዩ። እምበኣር ሰይጣን ነዚ ሰባት ኣንጻር ኣምላኽ ደው ዝበሉሉ ስርዓትን ኣተሓሳስባን እዩ ዝገዝእ። በቲ ብርቱዕ ዝኾነ ኣጽዋር ኣምላኽ ከነፍርሶ ዝተነግረና ዕርድታት ከኣ እዚ እዩ (2ቈሪ፡10፡3-5)። ዝበዝሕ ክፋል ህዝቢ ዓለም ብናይ ገዛእ ርእሱ ኣተሓሳስባን ስርዓትን ስለ ዝምራሕ ከይተረድኦ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሰይጣን ኣትዩ ኣሎ። ስለዚ እዩ ሰይጣን ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ዝተባህለ እምበር ከም እግዚኣብሄር ደረት ኣልቦ ምልክን ስልጣን ሃልይዎ ኣይኮነን። ምድርን ኣብኣ ዘሎ ኩሉን ናይ እግዚኣብሄር እዩ። ንሱ'ውን ከምኡ ይመስሎ ነይሩ እዩ። ንጐይታ ክፍትኖ ከሎ፡ ብዘላ ዓለምን መንግስታትን ክብረተንን ኣርእዩ ንጐይታ ከስሕተሉ ፈቲኑ እዩ። እቲ ጐይታ ዝሃቦ መልስን መግናሕትን ድማ ዘየዳግም ምንባሩ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።

***ማቴ፡4፡8-11*** ፡- "ድያብሎስ ከም ብሓድሽ ናብ ኣዝዩ ነዊሕ ከረን ወሲዱ፡ መንግስትታት ኩላ ዓለምን ክብረትን ኣርእዮ እሞ፡ ፍግም ኢልካ እንተ ሰገድካለይ፡ እዚ ኩሉ ክህበካ እየ፡ በሎ። ሽዑ ኢየሱስ፡ ን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ፡ ንእኡ በይኑ ድማ ተገዛእ፡ ጽሑፍ ኣሎ እሞ፡ <u>ኪድ ርሓቕ፡ ሰይጣን፡ በሎ። ድሕርዚ ድያብሎስ ሓደጎ፡</u> እንሆ ድማ፡ መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ።"

***መዝ፡50፡9-12*** ፡- "ኩሎም እንስሳ በረካን ኣብ ኣሽሕ ኣኽራን ዘለዋ ከብትን <u>ናተይ እየን</u>፡ ንኩለን ኣዕዋፍ ኣኽራን እፈልጠን፡ ኣብ ምድሪ ዝዋሳወስ ከኣ ምሳይ እዩ ዘሎ እሞ፡ ኣነ ካብ ገዛካ ዝራብዓት፡ ካብ ደምቤካውን ዲቤላታት ኣይወስድን፡ <u>ምድርን ምልኣታን ናተይ እያ እሞ</u>፡ እንተ ዝጠሚ እኳ ኣይምነገርኩኻን።"

***መዝ፡24፡1-2*** ፡- "እግዚኣብሄር ንምድሪ ኣብ ባሕሪ ሰሪቱዋ፡ ኣብ ወሓይዝ'ውን ኣጽኒዕዋ እዩ እሞ፡ <u>ንሳን ምልኣታን፡ ዓለምን ዝነብርዋን ናቱ እዮም።"</u>

***ዘጸ፡9፡29*** ፡- "ሙሴ ከኣ፡ ካብ ከተማ ምስ ወጻእኩ፡ ኣእዳወይ ናብ እግዚኣብሄር ክዝርግሕ እየ። <u>ምድሪ ናይ እግዚኣብሄር ምኻና</u> ምእንቲ ክትፈልጥ፡ ነጕዲ ይሓድግ፡ ደጊም ከኣ በረድ ኣይከውንን።"
***ዘጸ፡19፡5*** ፡- "ሕጂ ድማ ቃለይ ኣጸቢቕኩም እንተ ሰማዕኩም፡ ኪዳነይ'ውን እንተ ሓለኹም፡ <u>ኩላ ምድሪ ናተይ እያ እሞ፡</u> ሓለፉ ኩሎም ህዝብታት ገንዘበይ ክትኮኑኒ ኢኹም።"

***ዘዳ፡10፡14*** ፡- "እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ እንሆ፡ ሰማያት ሰማየ ሰማያትን፡ ምድርን ኣብኣ ዘሎ ኩሉን ናቱ እዩ።"

***1ቈረ፡10፡26*** ፡- <u>"ምድርን እቲ ኣብኣ መሊኡ ዘሎን ናይ እግዚኣብሄር እዩ</u> እሞ፡ ኣብ ዕዳጋ ዝሽየጥ ዘበለ ኩሉ፡ ስለ ሕልና ኢልኩም ገለ ከይመራመርኩም ብልዑ።"

# ሳዕቤን ሓጢኣት ሞት እምበር ናብ ጋኔን ምልዋጥ ኣይኮነን

እዚ ናይ እምነት ምንቅስቓስ ካብ ዝምህሮ ዝምቡዕ ትምህርትታት ሓደ ብዛዕባ ሳዕቤን ሓጢኣት ዝምልከት እዩ። ሰብ ክፍጠር ከሎ ኣትሒዙ መንፈስን ኣምላኽን ኮይኑ እዩ ተፈጢሩ ዝብል እምነት ስለ ዘለዎም ኣዳም ምስ ሓጥአ ተፈጥሮኡ ተዛቢዑ ካብ ኣምላኽነት ናብ ጋኔንነት ከም ዝተለወጠ ይምህሩ። ን ዋጋ ናይ ሓንቲ ፍረ በለስ፡ ኣምላኽነቶም ኣጥፊኦም ብኣንጻሩ ብሰይጣናዊ ተፈጥሮ ከም ዝተመልኡ ይዛረቡ።

ቃል እግዚኣብሄር ግን ከምኡ ኣይምህረናን እዩ። ብመሰረት ቃሉ፡ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እምበር ናብ ጋኔን ምልዋጥ ኣይኮነን። እቲ ናይ ሓጢኣት መወዳእታ ሞት ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ሞት እቲ ኣብ መወዳእታ ዝሰዓር ጸላኢ ዝኾነ። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ነዚ ሓቂ እዚ ኣነጺሩ እዩ ዝገልጸልና።

***ዘፍ፡2፡17*** ፡- "ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ <u>ሞት ክትመውት ኢኻ</u> እሞ፡ ካብኣ ኣ ይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ።"

***ሮሜ፡-6፡22,23*** ፡- "<u>ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፡</u> ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ"።

***ሮሜ፡6፡16,21*** ፡- "ንምእዛዙ ባሮት ክትኮኑ ርእስኹም ንእትህብዎ፡ <u>ን ሓጢኣት እንተ ኮይኑ ንሞት፡</u> ንምእዛዝ እንተ ኮይኑ ንጽድቂ፡ ነቲ እትእዝዝዎስ ባሮቱ ከም ዝኾንኩም'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። <u>መወዳእትኡ ሞት ስለ ዝኾነ፡</u> በዚ ሎሚ እትሓፍርሉ ዘለኹም እንተ ዘይኮይኑስ፡ በቲ ጊዜ እቲ እንታይ ፍሪኡ ነይርኩም?"

***ሮሜ፡1፡32*** ፡- "እዚኣቶም፡ እቶም ከምዚ ዝበለ ዝገብሩ <u>ሞት ከም ዝግብኦም፡</u> ነቲ ቅኑዕ ፍርዲ ኣምላኽ እናፈለጥዎ ክነሶምሲ ምስቶም ዚገብርዎ ድማ ይሰምሩ ኣለው እምበር፡ ዚገብርዎ ጥራይ ኣይኰኑን።"

***ሮሜ፡5፡12*** ፡- "ስለዚ ከኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ <u>ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣትውን ሞት፡</u> ኲላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ <u>ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ።"</u>

***ሮሜ፥7፥5,13*** :- "ኣብ ንብረት ስጋ ከሎና፥ ንሞት ዚኸውን ፍረ ክፈሪ ብሕጊ ተናቓኒቑ፥ ኣብ ኣካላትና ትምኒት ሓጢኣት ይዓዪ ነበረ። ... እቲ ሰናይዶ ደኣ እዩ ንኣይ ሞት ዝኮነኒ? ያእ ኣይፋሉን። <u>ሓጢኣት ደኣ እዩ ሞት ዝኮነኒ</u> እምበር፥ ሓጢኣት በቲ ሰናይ ገይሩ ሞት ካብ ዜምጽእ፥ ሓጢኣት ምኺኑ ምእንቲ ክግለጽሲ፥ ሓጢኣት ብትእዛዝ ገይሩ ኣዝዩ ሓጢኣት ኪኸውን እዩ።"

***ሮሜ፥8፥6,7,12,13*** :- "እቲ ሓሳብ ስጋ ምስ ኣምላክ ጽልኢ ብምኳኑ ነቲ ሕጊ ኣምላክ ኣይግዝኦን ኣይኮነሉን ድማ እዩ እሞ፥ ስለዚ እቲ <u>ሓሳብ ስጋ ሞት እዩ</u> እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን እዩ። ... እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፥ ከም ስጋ እንተ ነበርኩም፥ ክትሞቱ ኢኹም፥ ነቲ ግብሪ ስጋ ብመንፈስ እንተ ቐተልኩምዎ ግና፥ ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም እሞ፥ ከም ስጋ ክንነብር፥ ነቲ ስጋስ ሰብ ዕዳኡ ኣይኮንና።"

***ገላ፥6፥7,8*** :- "ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ከኣ ክዓጽዶ እዩ እሞ፥ ኣ ይትጠበሩ፥ ኣምላክ ኣይዕሾን እዩ። <u>እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዝዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ክዓጽድ እዩ</u> እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዝዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክዓጽድ እዩ።"

***ያእ፥1፥15*** :- "... ትምኒት ምስ ጠነሰት፥ ንሓጢኣት ትወልዶ። <u>ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ ንሞት ይወልዶ።</u>"

***1ቈረ፥15፥26,54-56*** :- "እቲ ኣብ መወዳእታ ዝስዓር ጸላኢውን ሞት እዩ። ... እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ምስ ለበሰ፥ እዚ መዋቲውን ዘይመውት ምስ ለበሰ፥ ሽዑ እቲ ጽሑፍ፥ ሞት ብዓወት ተዋሕጠ፥ ዝበሎ ቃል ክፍጸም እዩ። ዎ ሞት፥ ኣበይ ኣሎ ብልሕካ? ኣታ ሲኦልከ፥ ኣበይ ኣ ሎ ዓወትካ? <u>ብልሒ ሞት ሓጢኣት እዩ፥</u> ሓይሊ ሓጢኣትውን ሕጊ እዩ።"

ዋላ ድሕሪ ውድቀት'ውን እንተኮነ ሰብ ገና ብመልክዕ ኣምላክ ከም ዘሎ እዩ ተገሊጹ። ብምክንያት ውድቀት፥ ናይ ሰብ ተፈጥሮ ተሃስዩ/ተዛቢዑ እምበር ኣይተደምሰሰን። ንሰብ ነቲ ናይ ኣምላክ መልክዕ ምስልን ፈጺሙ ኣጥፊእዎ እን ተ ዝኸውን፥ ድሕሪ ውድቀት ሰብ ብመልክዕን ምስልን ኣምላክ ከም ዘሎ

ዝገልጹ ጥቕስታት ኣይምተባህሉን ነይሮም። ድሕሪ ውድቀት'ውን እቶም ብእኡ ክግዝኡ ዝነበሮም ፍጥረታት ብባህርዩ ኣይምተገዝኡን ነይሮም።

> ***ዘፍ፡9፡6*** :- "ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ ገይርዎ እዩ እሞ፡ እቲ ደም ሰብ ዘፍስስ፡ ደሙ ብሰብ ክፈስስ እዩ።"

> ***1ቆረ፡11፡7-8*** :- "... ሰብኣይ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ካብ ኮነስ፡ ርእሱ ክጉልበብ ኣይግብኦን እዩ።"

> ***ያእ፡3፡7*** :- "ኩሉ ዓሌት እንስሳን ኣዕዋፍን ለመም ዝብልን እንስሳ ባሕርን ብባህርይ ሰብ ይግዛእ፡ ተገዚኡ'ውን ኣሎ።"

## እግዚኣብሄር ይፈርድ እምበር ኣይፍረድን እዩ

እቲ ካልእ እዞም ናይ ጥበራ ዓየይቲ ዝበልዎ ዘስደምም ኣበሃህላ ድማ እግዚኣብሄር ንሰይጣን ከልቅቖ ስለ ዘይከኣለ ናብቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ኣድማስ ብሕጊ ንምውጽኡ ኣቤት ኢሉ ክጠርዕ ከም ዘለዎ ይዛረቡ። እቶም ንዓ ለም ክቆጻጸሩ ዝወዳደሩ ክልተ ዓበይቲ ሓይልታት ንሳቶም እዮም ክብልዎም ከ ም ዘይጸንሑ ጸኒሖም ድማ ካብኣቶም ናብ ዝዓቢ ካልእ ናይ ኣድማስ ፈራዲ ኣ ካል ከይዶም ክዳነዩ ከም ዝግባእ ድማ ይነግሩና ኣለው። ጸኒሖም ከኣ እቲ ዳ ፡ እቲ ብቓሉ ከም ባትሪ ዘነጣጥፎም ሰብ እዩ ብምባል ባዕላቶም ደያኑ ን ምኳን ከይፈተኑ ኣይተርፉን እዮም።

"ኣብ ቅድሚ ዋጣ ዝዋጢ፡ ኣይክዋጥን ከውጠጢ" ከም ዝበሃል፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ልዑል ፈራዲ ኴንካስ፡ ንኣምላኽ ይግባይ ኢሉ ናብ ካልእ ፈራዲ ክጠርዕ ከም ዘድልዮ ዝዛረብ ድምጺ ምስማዕ ክንደይ ንነፍሰ ስጋካ ዘሰቅቕ ሃተውተው ኮን እዩ!! ፍትሒ ነጸብራቕ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ እግዚኣብሄር ጻድቕ ስለ ዝኾነ ድማ ኣይፍረድን እዩ።

> ***እዝ፡9፡15*** :- "ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ንስኻ ጻድቕ ኢ ኻ... ንሕና ዘምለጥና ተረፍ ኢና እሞ እኔና፡ ኣብ ቅድሜኻ ምስ ዓመ ጽና፡ በዚ ምክንያት እዚ ድማ ኣብ ቅድሜኻ ደው ዝብል የልቦን።"

***መዝ፣119፣137*** ፡- "ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስካ ጻድ`ቕ ኢኻ፣ ፍርድኻ ድማ ቅኑዕ እዩ።"

***መዝ፣145፣17*** ፡- "እግዚኣብሄር ብኩሉ መንገዲ ጻድ`ቕ እዩ ብኩሉ ግብሩ'ውን ሕያዋይ እዩ።"

***ኤር፣12፣1*** ፡- "ዎ ጐይታይ፣ እንተ ተማጐትኩኻ እኺ፣ ንስካስ ጻድ`ቕ ኢኻ ምስ ናይ እዚውን ብዛዕባ ፍርዲ ክዛረበካ እደሊ  ኣለኹ፣ ..."

***ዳን፣9፣14*** ፡- "እግዚኣብሄር ኣምላኽና ብዝገበሮ ዘበለ ኩሉ ግብሩ ጻድ`ቕ እዩ። ንሕና ግና ደሃዩ ኣይሰማዕናን። ስለዚ እግዚኣብሄር፣ ነዚ መዓት'ዚ ተግሃሉ። ኣብ ልዕሌና'ውን ኣውረዶ።"

***ኤር፣9፣24*** ፡- "ዝሕበንሲ - እዚ እዩ ባህ ዘብለኒ እሞ - ኣነ ኣብ ምድሪ ምሕረትን ፍርድን ጻድቕን ዝገብር እግዚኣብሄር ምዃነይ ብምስ ትውዓሉን ብምፍላጡን ደኣ ይተሓበን፣ ይብል እግዚኣብሄር።"

ፍርዲ ናይ ኣምላኽ ደኣ እምበር፣ ናይ ሰይጣን ወይ ናይ ዝኾነ ካልእ ኣካል ኣይኮነን። እግዚኣብሄር እቲ ዝለዓለ ፈራዲ እዩ። እግዚኣብሄር ድማ ይፈርድ ጥራይ እምበር ፈጺሙ ኣይፍረድን እዩ።

***ዘፍ፣18፣25*** ፡- "ንጻድ`ቕ ምስ'ቲ ረሲእ ምቕታል ከምዚ ዝበለ ነገርሲ ካባኻ ይርሓ`ቕ፣ እቲ ጻድ`ቕ ከም'ቲ ረሲእ ክኸውንሲ፣ ካባኻ ይርሓ`ቕ። እቲ ፈራድ ኩላ ምድርስ ፍትሒዶ ኣየውጽእን እዩ? በለ።"

***መዝ፣96፣12-13*** ፡- "ይመጽእ፣ ንምድሪ ክፈርድ ይመጽእ፣ ንዓለም ብጽድቂ፣ ነህዛብ ብሓቂ ክፈርድ እዩ እሞ፣ መሮርን ኣብኡ ዘሎ ኩ ሉን ባህ ይበሎም ሽዑ ኩላቶም ኣእዋም ዱር ኣብ ቅድሚ እግዚኣ ብሄር እልል ክብሉ እዮም።"

***መክ፥3፥17*** ፡- "ኣነ ብልበይ፥ ንኩሉ ነገርን ንኩሉ ተግባርን ኣብኡ ጊዜ ተመዲብዎ እዩ'ሞ፥ ኣምላክ ነቲ ጻድቕን ነቲ ረሲእን ክፈርዶም እዩ፥ በልኩ።

***እብ፥12፥23*** ፡- "ናብ ጉባኤ ናብ ማሕበር እቶም ኣብ ሰማያት ተጻሒፎም ዘለው በኹራት፥ <u>ናብ ኣምላኽ ፈራድ ኩሉ፥</u> ናብ መናፍስቲ እቶም ፍጹማን ጻድቃንን፥ ናብ ኢየሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳንን ናብቲ ካብ ደም ኣቤል ዝሔሸ ዚዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣ ለኩም።"

***2ጢሞ፥4፥1,4*** ፡- "... ብኩሉ ዓቕልን ብምህሮን እቲ ቃል ክትሰብክ፥ ብጊዚኡን ብዘይ ጊዚኡን ከተስምዕ፥ ክትገንሕ.... ኣብ ቅድሚ ኣምላክን <u>ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ምውታንን ክፈርድ ዘለዎ ክርስቶስ ኢየ ሱስን</u> በቲ ምግላጹን መንግስቱን ኤማሕጽነካ ኣለኹ።"

እዞም ንኣምላክ ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ከቐምጥዎ ዝፍትኑ ዘለው መስሓትቲ፥ ሓደ መዓልቲ ንርእሶም ኣብ ትሕቲኡ ደው ክብሉ እዮም። መወዳእትኦም ድማ ዘስካሕክሕ ክኸውን እዩ። ሓጢኣቶም ዋላ ኣብ ገሃነም ኮይኖም ክቕጽል፥ ንኣ ምላክ ምጽራፍ ባህርዮም ኮይኑ እዩ እሞ፥ ኣብ ገሃነም ብጣዕሳ ዘይኮነስ ብምጽራፍ ክቕጽሉ እዮም።

***ይሁ፥14,15*** ፡- "ሄኖክ፥ እቲ ሳብዓይ ካብ ኣዳም፥ ነዚኣቶም፥ እንሆ፥ <u>ጐይታ ንኹላቶም ክፈርዶም ኢሉ ምስ ኣእላፋት ቅዱሳቱ መጺኡ ኣ ሎ፥</u> ነቶም ፍርሃት እግዚኣብሄር ዘይብሎም ኵላቶም ድማ ብዛዕባ እቲ ዝገብርዎ ኹሉ እኩይ ግብርን ብዛዕባ እቲ ሓጥኣንን ገፋዕትን <u>ብዛዕባኡ እተዛረብዎ ዘበለ ኹሉ ዘረባ ድርቅናን ክቐጽዮም እዩ፥</u> ኢሉ ተነበየሎም።"

***ራእ፥20፥12*** ፡- "ምውታት ድማ፥ ዓበይትን ንኣሽቱን፥ ኣብ ቅድሚ እቲ ዙፋን ደው ኢሎም ርኤኹ፥ መጽሓፍቲውን ተገንጸሉ። ካልእ መጽሓፍ ከኣ ተገንጸለ፥ እዚውን እቲ መጽሓፍ ህይወት እዩ። እቶም ምውታት ድማ፥ ከምቲ ኣብቲ መጽሓፍቲ ተጻሒፉ ዝጸንሐ፥ ከከም

ግብሮም ተፈርዱ።”

***<u>2ጴጥ፥3፥7</u>*** ፥- “እቲ ሕጊ ዘሎ ሰማያት ምድርን ግና ብቓሉ ተቐኒሩ ኣሎ። ክሳዕ መዓልቲ ፍርድን ክሳዕ ጥፍኣት እቶም ንእግዚኣብሄር ዘይፈርሁ ሰባትን ንሓዊ ይሕሎ ኣሎ።”

***<u>2ጴጥ፥2፥9</u>*** ፥- “እምብኣርስከ ጐይታ ነቶም ፈራህቲ እግዚኣብሄር ካብ ፈተና ኬውጽኦም፥ ንገበርቲ ዓመጻ ግና እናቐጽዔ ንመዓልቲ ፍርዲ ኪሕልዎም ይፈልጥ እዩ።”

***<u>ማቴ፥25፥31,32</u>*** ፥- “ግናከ ወዲ ሰብ ብክብሩ ምስ መጸ፥ ኵሎም መላእኽቲውን ምስኡ፥ ሽዑ ኣብ ዝፋን ክብሩ ይቕመጥ። ኵሎም ኣህዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ከኣ፥ ጓሳ ነባጊዕ ካብ ኣጣል ከም ዝፈላልየን፥ ካብ ንሓድሕዶም ይፈላልዮም።”

***<u>2ቈረ፥5፥9,10</u>*** ፥- “ነፍሲ ወከፍ ነቲ ብስጋኡ ከሎ ዝገበሮ፥ ሰናይ ኰነ ወይስ እከይ፥ ምእንቲ ክቕበል፥ ኵላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ክንገሃድ ኢና። ስለዚ ድማ ኣ ብ ስፍራና እንተ ኣሊና ወይስ ኣብ ወጻኢ፥ ንእኡ ከነሐጕሶ ን ጽዕት ኣሎና።”

***<u>ራእ፥14፥9-11</u>*** ፥- “ካልእ ሳልሳይ መልኣክ ድማ ሰዓቦም፥ ብብርቱዕ ድምጺ ከምዚ እናበለ፥ ሓደ እኳ ነዚ ኣራዊት እዝን ን ምስሉን እንተ ሰገደ፥ ኣብ ግምባሩ ወይስ ኣብ ኢዱውን ማሕ- ተሙ እንተ ተቐበለ፥ ንሱ ድማ ካብቲ ኣብ ጽዋእ ቍጥዓኡ ብዘይ ምሕዋስ እተቐድሐ ወይኒ መዓት ኣምላኽ ክሰቲ እዩ። ኣብ ቅድሚ ቅዱሳት መላእኽትን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ከኣ ብሓውን ብዲንን ክስቀ እዩ። ትኪ ስቓዮምውን ንዘለኣለመ ኣለም ይወጽእ፥ እቶም ነቲ ኣራዊትን ንምስሉን ዝሰግዱ ዘለዉ፥ ሓደ ከ ኣ ማሕተም ስሙ እንተ ተቐበለ፥ ለይትን መዓልትን ዕረፍቲ የ ብሎምን።”

<u>***ራእ፣16፣9,11***</u> ፦ “እቶም ሰብ ድማ ብብርቱዕ ሃሩር ነደዱ፣ ንስ
ም እቲ ኣብዘን መዓታት እዚኤን ስልጣን ዘለዎ ኣምላክ ከኣ
<u>ጸረፍዎ፣ ክብሪ ክህብዎውን ኣይተነስሑን።</u> እቲ ሓምሻይ ከኣ
ጽዋኡ ኣብ ዝፋን እቲ ኣራዊት ኣፍሰሰ። እታ መንግስቱ ድማ
ጸልመተት፣ ብሰሪ እቲ ስቓይውን ልሳውንቶም ሓየኹ። ብሰሪ
እቲ ቓንዛኦምን ኣቑሳሎምን ከኣ <u>ነቲ ኣምላክ ሰማይ ጸረፍዎ፣</u>
ካብ ግብሮምውን ኣይተነስሑን።”

# 4. ንክርስቶስ ምውራድ

ነዚ ሓደገ ን ናይ መወዳእታን ኣርእስቲ ናይዚ ምዕራፍ'ዚ ክንርኢ ከ ለና ብዙሕ ዘሰክሕ ክሕደት ክንሰምዕን ከነንብብን ኢና። ንክርስቶስ ምውራድ ከ ም ራብዓይን ናይ መወዳእታን ክፋል ጌርካ ክርአ ዝተወሰነሉ ምኽንያት፡ እቲ መሰረታዊ ዕላማ ናይዚ ምንቅስቓስ ንክርስቶስ ኣዋሪድካስ ንክርስትና ዋጋ ከም ዘይህልዎ ምግባር ስለ ዝኾነ፡ ከምኡ'ውን ናብዚ ዝሰዕብ ምዕራፍ ኣብ ክርስቶስ ጥራይ ዘተኮረ ክሕደት ከም መንደርደሪኡ (መበገሲኡ) ኮይኑ ምእንቲ ከገልግል ተባሂሉ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ክርስትና እንተ ኣስተውዒልና ዝበዝሑ ስሕተታት ኣብ ክርስ ቶስ ዘነጻጸሩ እዮም። ምኽንያቱ ድማ ንመለኮትን ስጋን ኣወሃሂዱ ዝተገልጸ ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ምስጢር'ዚ ድማ ኣእምሮና ብቐሊሉ ክበጽሖ ስለ ዘይክእል እዩ። ሰይጣን ድማ እቲ ካብ ዘርኢ ሰበይቲ ዝኾነ ርእሱ ዝጭፍልቕ ንሱ ክርስቶስ ከም ዝኾነ ስለ ዝፈልጥ፡ ንሱ'ውን ሸኾና ክርስትና ነኺሱ ንቤተ ክርስትያንን ንምእመናናን ከልምስ ስለ ዝደለየ እዩ።

እቶም እግዚኣብሄር ናብ ስሕተትን ናብ ሕሱር ኣእምሮ ኣሕሊፉ ዝሃቦም ሰባት፡ ብዛዕባ ክርስቶስ ዝሃብዎ ዘሰካሕክሕ ቃላት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ገለ ክፋሉ ድማ እዚ ዝሰዕብ እዩ። ንክልተ ካብዚኣተን ኣብ ምትርጓም እቲ መልእኽቱ ፈኸሱ ዝሓሸ መሲሉ ምእንቲ ከይርአ ከም ዘለዎ ብእንግሊዝ ቋንቋ ሰፊሩ ኣሎ።

- *ኣዳም ልክዕ ንእግዚኣብሄር ዝመስል ቅዳሕ እዩ ነይሩ። ንኣዳም ኣብ ጐ ኒ እግዚኣብሄር ደው እንተ ኣቢልካዮ ብትኽክል ሓደ እዮም ዝመስ ሉ። <u>ንክርስቶስን ንኣዳምን ጐኒ ንጐኒ እንተ ኣቐሚጥካዮም ክልቲኦም ሓደ (Look alike) ዓይነት ምመሰሉ።</u>* [55]
  *ኬነት ኮፐላንድ (Kenneth Copeland)*

- *ክርስቶስ ከምዚ ኢሉኒ፡ ሰባት ምስ ዘዋርዱኻ፡ ወይ ብዛዕባካ ክቢድን ተሪርን ዘረባ እንተ ተዛሪቡ ኣይትሸበር፡ ብዛዕባይ ከምኡ ተዛሪቦም እዮም፡ ብዛዕባካ ከምኡ ክዛረቡ ዘይብሎምዶ ይመስለካ? ብዝያዳ ከማይ እናኾንካ ብዝኸድካሉ መጠን፡ ብዝያዳ ድማ ንሳቶም ብዛዕባካ ከምኡ*

*ክሓስቡን ክገብሩን እዮም። “ኣምላኽ እየ” ኢልካ ኢሎም ቀቲሎምኒ፡ ኣነ ግን ኣምላኽ እየ ኣይበልኩን። ኣነ ምስ ኣቦ ተመሳሊሰ ንሱ ከአ ኣ ባይ ነይሩ ጥራሕ እየ ዝበልኩ። ሃሌሉያ።*[56]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

- *“ንምንታይ እዩ እግዚኣብሄር ነቲ ዋጋ ዝከፍሎ። ልክዕ ከምቲ ቀዳማይ ሰብ ዝበለ ካልእ ሰብ ከምጽእ ነይርዎ። ምሉእ ብምሉእ ሰብ ዝኮነ ከ ምጽእ ኣለዎ። ኣምላኽ ክከውን ኣይክእልን እዩ። በቶም ኣብ ሰባት ዘየ ለው ባህርያትን ግርማን ጌሩ ክናውጸና ኣይኮነን። ከምኡ ክገብር ኣ ይክእልን እዩ፡ ሕጋዊ ድማ ኣይኮነን።*[57]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

- *እዚ ድማ ወሲኽ ክነግረኩም፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ ክርስቶስ ዘይነበረ እን ተ ዝከውን፡ ክርስቶስ ሓጢኣት ምፈጸመ ነይሩ። እዚ ሓቂ እዩ። ኢየ ሱስ ንጹህ ኮይኑ ክጸንሕ ዝሓገዞ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ካብ ሰማይ ዝተላእከ ጥራይ ኣይኮነን፡ ወዲ ሰብ ተባሂሉ'ውን ተጸዊዑ እዩ። ብዘይ መንፈስ ቅዱስ ክርስቶስ ፈጺሙ ኣይምከኣሎን ነይሩ። መንፈስ ቅዱስ ሓሳቡ ለዊጡ ንክርስቶስ ከተንስኦ እንተ ዘይውስን ነይሩ፡ ክርስቶስ ናብ መቓብር ከይዱ ንዘልኣለም ኣብኡ ከም ዝነብር ይፈልጥ ከም ዝነበረ ክትርእዩ/ክትግምቱ ትክእሉዶ?*[57]

ቤኒ ሂን (Benny Hinn)

- *ኣመንቲ ኩሎም ልክዕ ከም ክርስቶስ ብስጋ ዝተገልጸ ኣምላኽ እዮም። እቲ ስጋ ዝለበሰ ክርስቶስ፡ ልክዕ ከምቲ ንኣድማስ ናብ ህላወ ብምጽዋዕ ዝፈጠሮ ንክርስቶስ'ውን ብከምኡ መንገዲ ከም ዘምጽኦ ይኣምኑ።*[59]

ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

- *“እግዚኣብሄር ንክርስቶስ ተዛሪብዎ፡ ነቲ ኣብ ኣእምሮኡ ዝነበረ ናይ ክርስቶስ ምስሊ ናብ ማርያም ብቓላት ኣሰጋጊርዎ። ንሳ ድማ ነቲ ምስ ሊ ኣብ ውሽጣ ተቐቢላቶ። እቲ ኣብ ማህጸን ማርያም ዝነበረ ድቂ ቃል ኣምላኽ ካብ ምኳን ሓሊፉ ካልእ ዋላ ሓንቲ ኣይነበረን።*[60]

*ቻርለስ ቻፕስ* (Charles Capps)

- *<u>The faith it took to make fingers was loosed. The faith it took to make arms was loosed in the earth</u>, and now God had a way to hover over a little woman by the name of Mary. And there was born of that virgin woman **<u>a product of God</u>**. Once again, something has happened from the insides of God.* [61]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *Now, you see, God is injecting His Word into the earth **<u>to produce this Jesus.</u>** These faith filled words that framed the image that's in Him … <u>He can't just walk onto the earth and say, "Let it be!" because He doesn't have the right.</u> He had to sneak it in here around the god of this world that was blocking every way that he possible could.* [62]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

ኣብዚ ብሂላት እዚ፡ ኣብ ውሽጡ ብዛዕባ ክርስቶስ ዘይመጽሓፍ ቅዱሳውን መርዛምን ኣበሃህላታት ሰፊሩ ኣሎ። ብዝርዝር እንተ ርኢናዮ ነቲ ዝተጻሕፈ ምድጋሙ ምእንቲ ከይከውን፡ ሕጽር ብዝበለ መልክዑ ንርኣዮ።

## ክርስቶስ፡ ፍጹም ኣምላክን ፍጹም ሰብን

ክርስቶስ ሰብ እምበር ኣምላክ ከም ዘይኮነ ክትንትኑ ፈቲኖም። ባዕላቶም ዝበልዎ ከይኣክሎምስ ባዕሉ ከም ዝበሎ ጌሮም ከቕርብዎ'ውን ተራእዮም። ኣብ ታሪክ ቤተ ክርስትያን ምልስ ኢልና እንተ ረኣና፡ ንኢየሱስ ከም ተራ ሰብ እምበር፡ ከም ኣምላክ ዘይርኢ ናይ ስሕተት እምነት፡ ገና ካብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ይርአ ነይሩ እዩ። ካርፖክራትስ፡ ዝተባህለ ናይ ስሕተት መራሒ፡ "ክርስቶስ ካብ ተራ ሰብኣዊ ወለዶ እዩ ተወሊዱ። ኢየሱስ ወዲ ዮሴፍ እዩ፡ ከም ኩሎም ካልኦት ሰባት ድማ ተራ ሰብ እዩ ነይሩ።"[161] ይብል ነበረ። ኣብቲ ዘመን እቲ ርእሰ ኤጺስ ቆጶሳት ናይ ሮማ ዝነበረ፡ ቅዱስ ዮልዮስ፡ "ብዛዕባ'ቲ

እተሰቕለ ክርስቶስ ተራ ሰብ እዩ ኢሉ ዝኣምንን፡ ሰብ ኣምላክ ናብ ምኳን ተለዊጡ ዝብልን እንተሎ እቲ ብእግዚኣብሄር ዝርከብ ድሕነት ብተራ ሰብ ክርከብ ስለ ዘይክእል ውጉዝ ይኩን።" [162] ብምባል ነቲ ስሕተት ብውግዘት ወቒሶ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ'ውን፡ "ቅድስቲ ድንግል ማርያም፡ ቃል ኣምላክ ኣይወለደትን እቲ ዝወለደቶ ተራ ሰብ እዩ ዝብል ውጉዝ ይኩን።"[163] ብምባል መሰረተ እምነት ቤተ ክርስትያን ኣነጺሩ እዩ። ከምቲ ንሳቶም ዝበልዎ ዘይኮነስ፡ ቃል እግዚኣብሄር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም ኣምላክ ከም ዝኾነ እዩ ዝነግረና፡

***ኢሳ፡9፡6*** ፡- "ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተወሂቡና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኵቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ <u>ብርቱዕ ኣምላክ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡</u> መስፍን ሰላም ክስመ እዩ።"

***ዮሃ፡1፡1-3,14*** ፡- "ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ <u>እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ።</u> እዚ ብመጀመርታ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። ብእኡ ኲሉ ኰነ፡ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የልቦን። ... እቲ ቓል ስጋ ኰነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ከኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዱ ነቦኡ ርኤና።"

***ዮሃ፡20፡28*** ፡- "ቶማስ መለሰ፡ <u>ጐይታይን ኣምላኸይን፡</u> በሎ።"

***ሮሜ፡9፡5*** ፡- "ኣቦታት ከኣ ናታቶም እዮም፡ ክርስቶስውን ብስጋ ካባታቶም እዩ፡ <u>ንሱ ንዘለኣለም ብሩኽ ኣምላኽ፡ ልዕሊ ኵሉ እዩ።</u> ኣሜን።"

***1ዮሃ፡5፡20*** ፡- "ግናኸ እቲ ወዲ ኣምላኽ መጺኡስ ነቲ ብዓል ሓቂ ክንፈልጦ ኢሉ ኣእምሮ ከም ዝሃበና፡ ንፈልጥ ኢና። ንሕና ኣብቲ በዓል ሓቂ፡ ኣብ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢና ዘሎና። <u>እዚ እቲ ናይ ሓቂ ኣምላኽን ናይ ዘለኣለም ህይወትን እዩ።</u>"

***ፊሊ፡2፡6*** ፡- "<u>ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ፡</u> ነቲ ማዕረ ኣምላኽ ምኳኑ ከም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን። "

***ቈሎ፥2፥8-10*** ፦ "ከም ናይ ክርስቶስ ዘይኰነስ፡ ብልማድ ሰብ፡ ከም ምህሮ ቁልዕነት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ብጥበብ ዓለምን ብከንቱ ምጥባርን ሓደ እኳ ከይማርከኹምሲ፡ ተጠንቀቑ። ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሓዲርዎ እዩ እሞ፡ ንሱ ርእሲ ኵሉ ሕልቅነትን ስ ልጣንን እዩ፡ ንስካትኩምውን ብእኡ ተመሊእኩም ኣሎኩም፡"

ክርስቶስ ባዕሉውን እንተ ኮነ ፍጹም ኣምላክ ምዃኑ ተኣሚኑ እዩ። ን ሳቶም ግን "ኣምላክ እየ" ክም ዘይበለ ጌሮም የስሕቱ ኣለው።

***ዮሃ፥5፥18*** ፦ "ስለዚ ሰንበት ብምስዓሩ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንኣምላክ ድማ ኣቦይ ብምባሉን ርእሱ ምስ ኣምላክ ብምምዕርራዩን ክቕትልዎ ኣዝዮም ይደልዩ ነበሩ።"

***ዮሃ፥8፥58*** ፦ "ኢየሱስ ከኣ፡ ኣነ፡ ኣብርሃም ከይተወልደ፡ ከም ዘለኹ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"

***ዮሃ፥10፥30,33*** ፦ "ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና። ኣይሁድ ብዳርባ እምኒ ክቕትልዎ ከም ብሓድሽ እምኒ ኣልዓሉ። ኢየሱስ ከኣ፡ ካብ ኣቦይ ብዙሕ ሰናይ ግብርታት ኣርኤኹኩም። ስለ ኣየናይ ግብሪ ኢኹም ብዳርባ እምኒ ክትቀትሉኒ እትደልዩ ዘሎኹም? ኢሉ መለሰሎም። ኣ ይሁድ ከኣ፡ ስለቲ ምጽራፍካ ሰብ ክነስካ ነፍስካ ኣምላክ ስለ ምግባርካን እምበር፡ ስለቲ ጽቡቕ ግብርታትካስ ኣይኰንናን ብእምኒ እንቕትለካ፡ ኢሎም መለሱሉ።"

ክርስቶስ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣቦ፡ "ኣነ... እየ" እናበለ ዝዛረቦ ዝነበረ፡ ን ሱ'ውን "ኣነ እየ" እናበለ ብዛዕባ ኣምላክነቱ ይእመን ነይሩ።

***ዘጸ፥3፥14*** ፦ "ኣምላክ ከኣ ንሙሴ፡ "እቲ ዘለኹ እየ ዘለኹ" በሎ። በለ ድማ ንደቂ እስራኤል፡ "እቲ ኣለኹ ናባካትኩም ለኣኸኒ፡" በሎም።"

***ኢሳ፥43፥10*** ፦ "ኣነ ከም ዝኮንኩ ምእንቲ ከተስተውዕሉን ክትፈልጡን

ክትኣምኑንሲ፡ ንስካትኩም ምስክረይን እቲ ዝሓሬክዎ ባርያይን ኢኹ ም። ... ቅድመይ ኣምላክ ከቶ ኣይተደኮነን፡ ድሕረይ ከኣ ኣይክክ ውንን እዩ።"

***ዮሃ፡6፡35*** ፡- "ኢየሱስ በሎም፡ <u>እንጌራ ህይወት ኣነ እየ።</u> ናባይ ዝመጽእ ኣይጠምን፡ ብኣይ ዝኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን እዩ።"

***ዮሃ፡8፡23*** ፡- "ንሱ ከኣ፡ ንስካትኩም ኣብ ታሕቲ ኢኹም፡ <u>ኣነ ካብ ላዕሊ እየ።</u> ንስካትኩም ካብዛ ዓለም እዚኣ ኢኹም፡ ኣነ ካብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኰንኩን።"

***ዮሃ፡8፡58*** ፡- "ኢየሱስ ከኣ፡ <u>ኣነ፡ ኣብርሃም ከይተወልደ፡ ከም ዘሎኹ፡</u> ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"

***ዮሃ፡9፡5*** ፡- "<u>ኣነ ኣብ ዓለም ከሎኹ፡ ብርሃን ዓለም እየ፡</u> ኢሉ መለ ሰሎም።"

***ዮሃ፡10፡7*** ፡- "ሽዑ ኢየሱስ ከም ብሓድሽ በሎም፡ <u>እቲ ደገ ኣባጊዕ ኣነ ከም ዝኾንኩ፡</u> ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"

***ዮሃ፡15፡1*** ፡- "<u>ኣነ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ እየ፡</u> ተኻሊኡ ከኣ ኣቦይ እዩ።"

***ዮሃ፡10፡36*** ፡- "ነቲ ኣቦ ዝቐደሶ ናብ ዓለምውን ዝለኣኮ ግዳ፡ <u>ወዲ ኣምላክ እየ</u> ስለ ዝበልኩኹም፡ ከመይ ኢልኩም? ትጸረፍ ኣሎካ ትብሉ ኒ ኣሎኹም"

***ራእ፡1፡8*** ፡- <u>"ኣልፋን ኦሜጋን ኣነ እየ፡</u> ይብል እቲ ዘሎን ዝነበረን ዝመጽእን ኲሉ ዝክእል እግዚኣብሄር ኣምላክ።"

***ዮሃ፡11፡25*** ፡- "ኢየሱስ ከኣ፡ <u>ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ።</u> እቲ ብኣ ይ ዝኣመነስ እንተ ሞተ እኳ፡ ብህይወት ክነብር እዩ።"

***ራእ፡1፡17*** ፡- " ምስ ርኤኩዎ ድማ ከም ምውት ኰይነ ኣብ ኣእጋሩ

ወደ'ቅኩ፡ ንሱ የማናይ ኢዱ ኣንበረለይ፡ ከምዚ እናበለ፡ ኣነ እቲ ቐዳማይን እቲ ዳሕራይን እቲ ህያውን እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ። ሞይተውን ነበርኩ፡ እንሆ ከኣ፡ ንዘለኣለመ ኣለም ህያው እየ። መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ።"

***ዮሃ፥13፥13*** ፡- "ንስካትኩም መምህርን ጐይታይን ትብሉኒ ኣሎኩም፡ ኣነ ከምኡ እየ እሞ፡ ጽቡ'ቅ በልኩም።"

***ዮሃ፥14፥6*** ፡- " ኢየሱስ ከኣ፡ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዝመጽእ የልቦን።"

ክርስቶስ ወዲ ሰብ ተባሂሉ ስለ ዝተሰምየ ሰብ ጥራሕ እዩ እምበር ኣ ምላክ ኣይኮነን ክንብል ኣየክእለናን እዩ። "ወዲ ሰብ" ዝብል ኣሳይማ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ 86 ጊዜ ተጠቒሱ ኣሎ። ካብኡ ብዝበዝሕን ብዝበልጽን መንገዲ ግን ኣምላክነቱ ኣግሂዱ እዩ።

## ክርስቶስ መለኮታውያን ባህርያት ይውንን

ብዘይካዚ እቶም ንእግዚኣብሄር ኣቦ ዝተገብእዎ መለኮታውያን ባህርያት ንክርስቶስ'ውን ንብረቱ እዮም። ንኣብነት ዝኣክል ነቶም ሓሙሽተ መ ሰረታውያን ባህርያት ክንጠቅስ ኢና።

## 1. ኣብ ኩሉ ይርከብ

***ዮሃ፥3፥13*** ፡- "ብጀካ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ፡ ናብ ሰማይ ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን።"

***ማቴ፥28፥20*** ፡- "ስለዚ ኪዱ ንኩሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ክሕልዉ ከኣ እናመሃርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።"

***ዮሃ፥1፥47-49*** ፡- "ኢየሱስ ንናትናኤል ናብኡ ክመጽእ ከሎ ምስ ረኣ

ዮ፡ ብዛዕባኡ፡ እንሆ፡ ጉርሒ ዜብሉ ቅኑዕ እስራኤላዊ፡ በሎ። ናትናኤል ኣበይ ትፈልጠኒ? በሎ። ኢየሱስ ከኣ ፊልጶስ ከይጸውዓካ፡ ኣብ ትሕቲ በለስ ከሎኻ ርእየካ፡ ኢሉ መለሰሉ። ናትናኤል ድማ ረቢ ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፡ ንስኻ ንጉስ እስራኤል ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ።"

## 2. ኩሉ ይፈልጥ

***ዮሃ፡2፡24-25*** ፡- "ኢየሱስ ግና፡ ኣብ ሰብ ዘሎ ባዕሉ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፡ ሓደ እኳ ብናይ ሰብ ክምስክረሉ ኣየድለዮን፡ ንኹሎም ይፈልጦም ነበረ እሞ፡ ኣይኣመኖምን።"

***ዮሃ፡16፡30*** ፡- "ኩሉ ከም እትፈልጥ፡ ሓደ እኳ ክሓተካውን ከም ዘየድልየካ፡ ሕጂ ፈሊጥና፡ ስለዚ ካብ ኣምላኽ ምውጻእካውን ንኣምን ኣሎና፡ በልዎ።"

***ግብ፡1፡24-25*** ፡- "ዎ ልቢ ኩሉ እትፈልጥ ጐይታ፡ እዛ ይሁዳ ናብ ስፍራኡ ምእንቲ ክከይድ፡ ዝሓደጋ ስፍራ ኣገልግሎትን ሃዋርያነትን ክቕበልሲ፡ ካብዞም ክልተ እዚኣቶም ዝሓረኻዮ ሓደ ኣርኢ፡ ኢሎም ጸለዩ።"

## 3. ኩሉ ይክእል

***ማቴ፡9፡6*** ፡- "ንወዲ ሰብ ግና ሓጢኣት ኪሓድግ ኣብ ምድሪ ስልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ክትፈልጡ፡ ሽዑ ነቲ መጻጉዕ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ናብ ቤትካ ኪድ በሎ።"

***ማቴ፡28፡18*** ፡- " ኢየሱስ ቀሪቡ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኩሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ።"

***ሉቃ፡8፡25*** ፡- "ሽዑ፡ ኣበይ ደኣ ኣላ እምነትኩም? በሎም። ፈሪሆም

ከኣ፡ እዚ ንንፋስን ማይን ዝእዝዞም እሞ ዝእዘዝዎስ መን ኰን እዩ? እናተበሃሃሉ ተደነቑ።"

***ሉቃ፡24፡19*** ፡- "ንሱ ከኣ፡ እንታይ እዩ? በሎም። ንሳቶም በልዎ፡ እዚ ናይ ኢየሱስ ናዝራዊ ነገር፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላክን ኩሉ ህዝብን ብግብርን ቃልን ከኣሊ ነብዩ ዝነበረ ሰብኣይ"

***ግብ፡10፡38*** ፡- "ማለት ብዛዕባ ኢይሱስ በዓል ናዝሬት፡ ኣምላክ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓይልን ከም ዝቐብኦ፡ ኣምላክ ምስኡ ስለ ዝኾነ፡ እናዞረ ጽቡቕ ከም ዝገበረ፡ ነቶም ሰይጣን ዝሰዓሮም ኵሎም ከኣ ከ ም ዘሕወየ፡ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም።"

## 4. ዘለኣለማዊ እዩ፡

***ኢሳ፡9፡6*** ፡- "ህጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንከቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣ ምላክ፡ <u>ኣቦ ዘለኣለም፡</u> መስፍን ሰላም ክስመ እዩ።"

***ሚክ፡5፡2*** ፡- "ግናኸ፡ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤት-ልሄም ኤፍራታ፡ <u>እቲ ምውጻኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለኣለም ዝኾነ፡</u> ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዝከውን ካባኺ ክወጸለይ እዩ።"

***ዮሃ፡8፡58*** ፡- "ኢየሱስ ከኣ፡ ኣነ፡ ኣብርሃም ከይተወልደ ከም ዘለኩ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም።"

***እብ፡7፡3*** ፡- "ብዘይ ኣቦ፡ ብዘይ ኣደ፡ ብዘይ ቈጽሪ ወለዶ፡ <u>መጀ መርታ መዓልትታት ወይስ መወዳእታ ህይወት ዜብሉ፡</u> ግናኸ ንወዲ ኣምላኽ ተመሲሉ ንሓዋሩ ካህን ኰይኑ ይነብር ኣሎ።"

***ራእ፡22፡3*** ፡- "ድሕሪ ደጊምሲ መርገም ከቶ ኣይኪከውንን እዩ፡ ናይ ኣምላክን ናይቲ ገንሸልን ዝፋን ኣብኣ ኪከውን እዩ፡ እቶም ባሮቱውን ኬገልግልዎን።"

## 5. ብገዛእ ርእሱ ህይወት ኣለዎ

***ዮሃ፣10፣17,18*** ፡- "ኣነ ንነፍሰይ በኽ ከሕልፋ፣ መሊሰውን ክወስዳ እየ እሞ፣ ስለዚ ኣቦ የፍቅረኒ እዩ። ባዕለይ እየ በኽ ዘሕልፋ እምበር፣ ካባይ ዝወስዳስ የልቦን። በኽ ከሕልፋ ስልጣን ኣሎኒ፣ መሊሰ ክወስ ዳውን ስልጣን ኣሎኒ። ነዛ ትእዛዝ እዚኣ ካብ ኣቦይ እየ እተቐበልክዋ።"

***ዮሃ፣5፣26*** ፡- "ነቦ ብርእሱ ህይወት ከም ዘላቶ፣ ንወዱውን ከምኡ ብርእሱ ክትህልዎ፣ ህይወት ሃቦ።"

እቶም ደቂ ስሕተት ነዚ ቃል'ዚ ስለ ዘየስተውዓሉ እዮም ኣምላክነቱ ክክሕዱ ሰብ ጥራሕ ክገብርዎ ዝጽዕሩ ዘለው። ኩሉ ከኣልነቱ እንተ ዝፈልጡ ህይወቱ ብገዛእ ፍቓዱ ባዕሉ ከሕልፋን ክወስዳን ዝክእል ምዃኑ እንተ ዘስተውዕ ሉ፣ ብዘይ ደገፍ መንፈስ ቅዱስ ሓጢኣት ምገበረ፣ ካብ ምውታት'ውን ኣይምተንስአን ንምባል ኣይምደፈሩን ነይሮም።

## ክርስቶስ ፈጣሪ እምበር ፍጡር ኣይኮነን

ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ክርስቶስ ክዛረቡ ከለው ንክርስቶስ ከም ፍጡር እዮም ገሊጾምዎ። ኣፈጣጥርኡ ድማ ከም ናይ ሰብ እኳ ከይገብርዎስ፣ ካብ ናይ ሰብ ዝተሓተ፣ ከምቲ ንካልእ ፍጥረታት ብቓሉ ጥራሕ ናብ ህላወ ዝጸውዖ ንክርስቶስ ድማ ብቓሉ ናብ ህላወ ከም ዝጸውዖ ጌሮም የዋርድዎ ኣለው። እዚ ድማ ካብቶም ኣርዮሳውያን ናይ የሆዋ መሰካክር ዝገደደ ክሕደት እዩ። ክርስቶስ ፈጣሪ ደኣ እምበር ፍጡር ኣይኮነን።

***ዮሃ፣1፣3*** ፡- " ብእኡ ኵሉ ኰነ፣ ካብቲ ዝኰነ ዘበለ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝኰነ የልቦን።"

***1ቈረ፣8፣6*** ፡- " ንኣናስ <u>ኵሉ ካብኡ ዝከውን ንሕናውን ንእኡ እንከ ውን</u> ሓደ ኣምላኽ ጥራይ፣ ኣቦ፣ ኣሎና፣ <u>ኵሉ ብእኡ ዝከውን ንሕና ከኣ ብእኡ እንከውን</u> ሓደ ጐይታውን፣ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ኣሎና።"

***ኤፌ፣3፣9*** ፦ "እቲ ኣብቲ ኵሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ካብ ዘለኣለም ተ ሰዊሩ ዝነበረ ምስጢር መጋቢነትውን ከመይ ምዃኑ ንኹሎም ክ ብርሃሎም ተዋህበኒ።"

***ቈሎ፣1፣16*** ፦ "ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ፡ ዝርኣን ዘይርኣን፡ ዝፋናት ኰኑ ወይስ ጐይትነት፡ ሕልቅነት ወይስ ስልጣናት፡ <u>ኵሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ፡ ኵሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ።</u>"

***እብ፣1፣1,2*** ፦ "ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረቦም፡ ኣብዘን ዳሕሮት መዓ ልትታት ንኣና በቲ ወራሲ ኵሉ ዝገበሮ <u>ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና።</u>"

## ውልድነትናን ውልድነት ክርስቶስን ሓደ ዓይነት ኣይኮነን

እቲ ሳልሳይ ነጥቢ ድማ እቲ ናትና ውልድነትን ናይ ክርስቶስ ውልድ ነትን ሓደ ዓይነት ከምስልዎ ምፍታኖም እዩ ክርስቶስ ውሉድ ናይ ኣቦ ስለ ዝኮ ነ ኣምላኽ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ እቶም ካብ ኣምላኽ ዝተወለድና ድማ ኣማልኽቲ ኢና ማለት እዩ ይብሉ።

ናትናን ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ካብ ኣቦ ዘለና ውልድነት ሓደ ዓይነት ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነስ ኣይወዳደርን'ውን እዩ። ክርስቶስ ካብ ኣቦ ዘለዎ ውልድነት ናይ ባህርይ ልደት እዩ። ንሕና ካብ ኣቦ ዘለና ውልድነት ግን ብናይ ባህርይ ልደት ዘይኮነስ ብ Adoption እዩ። ማለት <u>ከም ውሉድ ብምቕባል</u> ምስቲ ናይ ባህርይ ውሉዱ ኢየሱስ መዋርስቲ ከም ዝገበረና እዩ ዘረድእ። እቶም ሰብ ካልእ ወንጌል ንክልቲኡ ውልድነት ከመዓራርዩ ዝደልዩሉ መሰረታዊ ምኽንያት፡ ንክርስቶስን ንሰብን ማዕረ ክገብሩ ስለ ዝደለዩ ጥራሕ እዩ።

ናትና ውልድነት ካብቲ ናይ ክርስቶስ ናይ ባህርይ ልደት ዝተፈልየ ምዃኑ እንፈልጠሉ ሓደ መንገዲ፡ ኢየሱስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ሓደ ወዱ ስለዝተገልጸ እዩ። እቲ ናትናን ናቱን ውልድነት ሓደ ነይሩ እንተ ዝኸውን "ነቲ ሓደ ወዱ" ዝብል ኣይምተጻሕፈን ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ናይ እንግሊዝ ቋን ቋ ትርጉማት "One and Only Son" ማለት "እቲ ሓደን እንኮን ወዱ" ብምባል

እዩ ዝገልጾ። ንሕና ብባህሪና ደቂ ቁጥዓ ኢና ኔርና። ሽዑ ኣቦ ብቓል ሓቂ ብደሙ ብመንፈሱ ጌሩ ዓዲጉናን ወሊዱናን። ብዋጋ ኢና ተዓዲግና ውሉድ ኴንና እምበር፡ ብባህርይና ውሉድ ኣይነበርናን። ጐይታና ኢየሱስ ግን ናይ ባህርይ ውሉድ እዩ። ካብ ማርያም ክውለድ ከሎ ኣይኮነን ውሉድ ኮይኑ። ብህልውናኡም ማዕረ ስለ ዝኮኑ፡ ኣቦ ንወዲ ብናይ ሓደ መዓልቲ'ውን ኣ ይቅድምን እዩ። ስለዚ ናይ ክርስቶስ ናይ ባህሪ ልደት ምስቲ ናትና ናይ ዋጋ ልደት ብዝኮነ ይኩን ተኣምር ክወዳደር ኣይክእልን እዩ።

***ዮሃ፡1፡18*** ፡- “ሓደ እኳ ንኣምላክ ዝረኣዮ የልቦን፡ እቲ ኣብ ሕቝፊ ኣቦኡ ዘሎ <u>ሓደ ወዲ፡</u> ንሱ ኣግሃዶ።”

***ዮሃ፡3፡16*** ፡- “ኣምላክ፡ <u>በቲ ሓደ ወዱ</u> ዝኣመነ ኵሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።”

***ዮሃ፡3፡18*** ፡- “ብእኡ ንዝኣምን ኣይፍረዶን። ነቲ ዘይኣምን ግና፡ ብስ ም ሓደ ወዲ ኣምላክ ስለ ዘይኣመነ፡ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ።”

እቲ ንሕና ካብ ኣምላክ እንውለዶ ምውላድ ድማ በዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ተገሊጹ ኣሎ።

***ዮሃ፡1፡13*** ፡- “ንሳቶም ከኣ ካብ ኣምላክ እምበር፡ ካብ ደም፡ ወይ ካብ ፍቓድ ስጋ፡ ወይ ካብ ፍቓድ ሰብኣይ ዘይተወልዱ እዮም።”

***ዮሃ፡3፡5-7*** ፡- “ኢየሱስ መለሰ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ <u>ካብ ማይን መንፈስን እንተ ዘይተወልደ፡</u> ኣብ መንግስቲ ኣምላክ ኪኣቱ ዝክእል የልቦን። ካብ ስጋ እተወልደ ስጋ እዩ፡ ካብ መንፈስ እተወልደ ከኣ መንፈስ እዩ። ካብ ላዕሊ ክትውለዱ ብግዲ እዩ ስለ ዝበልኩካ፡ ኣ ይትገረም።”

***ቲቶ፡3፡5*** ፡- “ንሱ ብምሕረቱ <u>ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን</u> ብምሕዳስ

መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘድሓነና እምበር፡ ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኮነን።"

<u>*ያእ፡1፡18*</u> ፡- "በኾሪ ፍጥረቱ ምእንቲ ክንከውን ኢሉ እዩ ከም ፍቓዱ ብቓል ሓቂ ዝወለደና። "

<u>*1ጴጥ፡1፡3,4,22,23*</u> ፡- "እቲ፡ ንዘይሓልፍን ዘይረክስን ዘይጽምሉን ኣ ብ ሰማያት ተኣርኒቡልኩም ዘሎ ርስቲ፡ ብናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ትን ሳኤ ካብ ምዉታት ብብዝሒ ምሕረቱ ንህያው ተስፋ ከም ብሓድሽ ዝወለደና ኣምላክ፡ ኣቦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ይባረኽ። ... ብህያውን ንዘለኣለም ብዝነብርን ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኰንኩምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩ ም፡ ንሓቂ እናተኣዘዝኩምዋ፡ ግብዝና ንዘይብላ ፍቕሪ ኣሕዋት ንነፍስኩ ም ኣጽርዩ፡ ብንጹህ ልቢ ንሓድሕድኩም ብሓቂ ተፋቐሩ።"

<u>*1ዮሃ፡3፡9*</u> ፡- "<u>ካብ ኣምላኽ እተወልደ</u> ዘበለ፡ ዘርኡ ኣብኡ ይነብር እዩ እሞ፡ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ። <u>ካብ ኣምላኽ ስለ እተወልደውን፡</u> ሓጢኣት ክገብር ኣይኰነሉን እዩ።"

<u>*1ዮሃ፡4፡7*</u> ፡- "ኣቱም ፍቑራተይ፡ ፍቕሪ ካብ ኣምላኽ እያ እሞ፡ ን ሓድሕድና ንፋቐር። <u>ዘፍቅር ዘበለ ኵሉ ካብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ፡</u> ንኣምላኽውን ይፈልጦ እዩ።"

<u>*1ዮሃ፡5፡1*</u> ፡- "ንኢየሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ዝኣምን ዘበለ ኵሉ <u>ካብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ፡</u> ንወላዲ ዘፍቅሮ ኩሉ ከኣ፡ ነቲ ካብኡ እተወልደውን የፍቅሮ።"

እዞም ናይ ስሕተት ሃዋርያት ንውልድነትና ምስ ውልድነት ክርስቶስ ከ ዛምድዎ ክደልዩ ከለው፡ ንዮሃ፡3፡6 ብምጥቃስ "ካብ ስጋ እተወልደ ስጋ እዩ፡ ካብ መንፈስ እተወልደ ከኣ መንፈስ እዩ" ስለዚ ውልድነትና መንፈስ ናብ ምኳን ካብ ለወጠና፡ ውልድነትና ምስ ውልድነት ናይቲ መንፈስ ዝኾነ ጐይታ

ማዕረን ሓደ ዓይነትን እዩ ንምባል ይደፍሩ እዮም። እንተ ኮነ ውልድነትና ነቲ ብቓል ሓቅን ብመንፈስን ዝወለደና ኣምላክ ንክንግዛእን ኣካይዳና ከነዐርን ናይ ኣረጊት ሰብነት ባህርይ ቀንጢጥና ክንድርቢ ይረድኣና፣ ንተፈጥሮና የሓድሶ እምበር ኣይልውጦን እዩ።

ምዕራፍ 6

# ስሑት
# ትምህርቲ መስቀል

<u>እሞ ይሃድም፡ ግዳ እተን ኣባጊዕውን የብሉን።</u>” ብምባል ዝገለጾ ዘደንቕ ቃል ኣብ ቅድሚ ኣዒንትና ይፍጸም ኣሎ (ዮሃ፡10፡11-13)።

እዚ ናይ ስሕተት ምንቅስቓስ ብዛዕባ መስቀልን ሓቅታቱን ዝህቦ ስሑት ትምህርቲ ማእለያ ዘይብሉ እኳ እንተ ኮነ፡ ደድሕሪ ኩሉ ሃተውተዎም ኣብ ክን ዲ ምስዓብ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ኣርእስትታት ብምጥቕላል ክርአ እዩ። እቲ ዓ ብይን ብዙሕን ስሕተቶም ኣብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ክጠቓለል ይከኣል።

1. ክርስቶስ ኣብ መስቀል እንደገና ተፈጢሩ
2. ክርስቶስ ኣብ ገሃነም ድሒኑ
3. ክርስቶስ ኣብ ገሃነም እንደገና ተወሊዱ
4. ክርስቶስ ኣብ ገሃነም ንኣምላክነቱ እንደገና ለቢሱ

እዚ ኣርእስቲ እዚ ኣብ ዉሽጡ ከይኣተካ ክትሪኦ ከለካ ጥራሕ ብጣዕሚ እዩ ዘሰንብድ፡ ንሳቶም ነዚ ትምህርቲ እዚ ክምህርዎ ከለዉ፡ ነዚ ኣርእስቲ እዚ ብቐጥታ ኣይህቡን እዮም። ጉልባብ ክከዉን ዝክእል ኣርእስቲ ጌሮም፡ ነቲ መርዚ ብላዕሉ መዓር ኣብዚሕ ኣቢሎም እዮም ከውሕጡካ ዝጽዕሩ። ኣብ ትሕቲ ነፍሲ ወከፍ ኣርእስቲ ዝብልዎ ዘሰክሕ ብሂላት ምስ ርኣና፡ መጠን ናይቲ ክሕደት ክርኣየና እዩ።

## 1. “ኣብ መስቀል እንደገና ተፈጢሩ፡”

ክርስቶስ ኣብ መስቀል <u>እንደገና</u> ተፈጢሩ ክብሉ ከለዉ ብቐንዱ ካብ መ ጀመርትኡ'ዉን ፍጡር እዩ ነይሩ ዝብል እምነት ከም ዘለዎ ዘርኢ እዩ። እቲ እንደገና ምፍጣሩ ድማ ናብ ክትጠቕሶ ዘሰክፍ ፍጥረት ከም ዝኾነ፡ ንሱ ድማ ናብ ሰይጣን ከም ዝተለወጠ እዮም ዝገልጹ። ሰይጣን ኮይኑ ንክብሉ ዝደረኾም ድማ “ሓጢኣት ኮነ” “መርገም ኮነ” ዝብል ክልተ ጥቕስታት ስለ ዘንበቡ፡ ከ ምኡ ድማ ምስቲ ሙሴ ኣብ ባላ ዝሰቐሎ ተመን ዘለዎ ዝምድና ብምጥቃስ እዮም፡ ነዚ ክንድዚ ዝኣክል ናይ ክሕደት ዝላ ክዘልሉ ዝከኣሉ። እተን ከም መርትዖ ጌሮም ዝጠቕስወን ጥቕስታት እዘን ዝስዕባ እየን (2ቈረ፡5፡20,21፣ ገላ፡3፡13፣ ዮሃ፡3፡14)። ነዘን ጥቕስታት እዚኣተን ምርኩስ ብምግባር ዝብልዎ መርዛም ብሂላት ድማ እዚ ዝስዕብ እዩ።

❖ *ንህይወት ናይ ክርስትያን ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነ ነገር እንተልዩ፡ እቲ*

# መስቀል፡ መሰረት ክርስትና

ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ እዚ፡ ዝወሃብ ዝኾነ ይኹን ትምህርቲ ኣዝዩ ብጥንቃቐ ክርኣን ክምርመርን ከም ዘለዎ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ኣብ መስቀልን ኣብ ዙርያ መስቀልን ዝተፈጸሙ ፍጻሜታት እቲ ቀንዲ መሰረትን ሕመረትን ናይ ክርስትና ስለ ዝኾነ እዩ። ዝኾነ ይኹን ንክርስትና ዝጻረር ክርስትና-መሰል ወይ ካልእ ባዕዳዊ እምነት ኣብዚ ኣርእስቲ እዚ እዩ ዘነጻጽር።

ብዛዕባ መስቀልን ፍጻሜታቱን ጌጋ ርድኢት ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ካልእ ኣርእስታት ዋላ ዘደንቕ ትምህርትን ርድኢትን ይሃልዎ፡ ፍጹም ትርጉም የብሉን። ነዚ መላእኽቲ ናብኡ ክጥምቱ ዝብህግዎ፡ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዝተፈጸመ ዘደንቕ ምስጢር ዝግባእ ርድኢትን ክብርን ኣብ ልብና እንተ ዘይሃልዩና፡ ካብ ክንስዕቦ ክንጻረሮ እዩ ዝቐልለና። ከምዚ ዝዓይነቱ ንመስቀል ዝኽሕድ እምነታት ገና ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ዝጀመረ እዩ። ባሲለደስ ዝበሃል ሰብ ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን፡ “ክርስትያን በቲ ካብ ኣቦ ዝተላእከ ኢየሱስ እምበር፡ በቲ ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ ክርስቶስ ክኣምን ኣይግብኦን እዩ።”[164] ዝብል ስሕተት ይዝርእ ነበረ።

እቲ ሎሚ ኣብ ዓለምና ኮነ ኣብ ሃገርና ዝኽሰት ዘሎ ዘሕዝን ኩነታት ድማ ንመስቀልን ንሓቅታቱን ዝጻረር ክነሱ ሓለፋ ኩሉ ክርስትያን መሲሉ ክረአ ዝጽዕር ምንቅስቓስ ይገንን ምህላዉ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ዘሰክፍ ከኣ እዚ መርዛም ምንቅስቓስ እዚ፡ ኣብቲ መበቆሉ ጥራይ ተሓጺሩ ከይተርፍ፡ ነተን ካልኦት ኣብያተ ክርስትያን ኣብ ዘዘለውኦ ከለዋ በዚ መርዚ እዚ ክወሓጣ ይነጥፍ ምህላዉ እዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ መርዛም ትምህርትታት ኣብ ሓያሎ መድረካት በጨቕ ኢሉ ክወጽእ ምርኣይን፡ ካብኡ ዝኸፍአ ከኣ ጓሶት ቤተ ክርስትያን ብዛዕባ'ዚ ትምህርቲ እዚ ልኡም መርገጺ ወሲዶም ምጽቃጦምን እዩ። ገለገሊኦም እሞ ከኣ፡ ዘይምቅዋሞም ጥራይ ከይኣክል ደጀን ክኾንዎም፡ ንጥብቅና ናይ ተኳሉ ወንጌል ደው ኢሎም ክትሰምዕን ክትርእን ከለካ፡ ናይ ክርስቶስ ቤተ ክርስትያንን መጓሴኣን ማዕረ ክንደይ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ከም ዘሎ ዘነጽር መለክዒ እዩ። እቲ ጐይታ “እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ህይወቱ በጃ ኣባጊዑ የሕልፉ። እቲ ብዓል ዓስቢ ግና፡ ጓሳ ዘይኰነን፡ እተን ኣባጊዕውን ዘይጥሪቱ፡ ተኵላ ክመጽእ ከሎ እንተ ረኣየ፡ ነተን ኣባጊዕ ሓዲግወን ይሃድም። እቲ ተኵላ ድማ ነተን ኣባጊዕ ይዛረፈን ፋሕውን የብለን። ብዓል ዓስቢ እዩ

ብዛዕባ ኣብ መንገኦ መስቀልን ዙፋንን ዝተከስተ ፍጻሜታት ዘለዎ ፍልጠት እዩ። እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣዝዩ ዘደንቕ ነገር ንሱ እዩ። ብዛዕብኡ ሒደት እዩ ተዘሪቡ፣ ኣብ ትምህርቲ ናይታ ልምዳዊት (Traditional) ቤተ ክርስቲያን ከኣ እሞ ፈጺሙ የለን። ንምንታይ ከምኡ ከም ዝኮነ ፈጺሙ ኣይርድኣንን እዩ። ኣነ ግን ኣብ ትሕቲ እቲ ልምዲ/ባህሊ ተሸፊኑ ወይ ከኣ ተሓቢኡ ስለ ዝነበረ እዩ ኢለ እግምት።[64]

ኬነት ኮፐላንድ (Kenneth Copeland)

❖ ዝከበርኩምን ዝከበርክንን፣ መንፈስ ቅዱስ ዝነገረኒ ክነግረኩም እየ፣ ተመን ናይ ሰይጣን ምልክት (Symbol) እዩ። ክርስቶስ፣ ንሰይጣን ክዓግተሉ ዝክእል እንኮ መንገዲ እንተልዩ፣ ምስ ሰይጣን ሓደ ዓይነት ተፈጥሮ/ባህርይ ብምኳን ከም ዝኮነ ፈሊጡ ነይሩ። "እንታይ ኢካ እትብል ዘለካ" እንታይ ጸርፉ'ዩ እዚ?" ዶ ትብሉ ኣለኩም። ኣይፋሉን፣ ነዚ ደኣ ስምዑ! ንሱ ሓጢኣተይ ኣይወሰደን፣ ሓጢኣተይ እዩ ኮይኑ። ሓጢኣት ናይ ገሃነም ተፈጥሮ እዩ (Nature of Hell)። ንሰይጣን ዘቖመ ሓጢኣት እዩ (Sin is what made satan)። ንሰይጣን ዝሰርሐ ሓጢኣት እዩ። ኢየሱስ ከምዚ ኢሉ "ኣነ ሓጢኣት ክከውን እየ። ናብቲ ዝተሓተ መዓሙቕ ክወርድ እየ። ናብቲ ናይ ሓጢኣት መበቆል ክወርድ እየ፣ ገለ ክፋል ናቱ ኣይኮንኩን ክከውን፣ ኩሉ ካብ "ሀ" ክሳዕ "ፐ" (from A to Z) ኩሉ እዩ ወሲድዎ/ ኮይንዎ ። ኣብ መወዳእታ "ይኣክል" ኢሉ። ብዛዕባ'ዚ ሕሰብ፣ ንሱ ስጋ ኮይኑ፣ ስጋ ዝለበሰ ኩሉ ከምኡ ምእንቲ ክከ ውን። ንሱ ሓጢኣት ኮይኑ ሓጥኣን ብእኡ ምእንቲ ክጸድቑ። ንሱ ምስ ተፈጥሮ ናይ ሰይጣን ሓደ ኮይኑ፣ ኩሎም እቶም ናይ ሰይጣን ተፈጥሮ ዘለዎም፣ ተካፈልቲ ናይ ተፈጥሮ ኣምላክ ምእንቲ ክኮኑ።[66]

ቤኒ ሂን (Benny Hinn)

❖ መንፈሳዊ ሞት፣ "ካብ ኣምላክ ምፍላይ" ካብ ዝብል ትርጉም ንላዕሊ እዩ። መንፈሳዊ ሞት ማለት ሰይጣናዊ ተፈጥሮ ምውሳድ/ምህላው ማለት ድማ እዩ። ክርስቶስ ምእንቲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ መንፈሳዊ ሞት ጥዒሙ እዩ።[67]

ኬነት ሃገን (Kenneth E. Hagin)

❖ *ኣብ ሞንጎ ኣብ ጌተሰማን ዝነበረሉን ኣብ መንጎ ኣብ መስቀል ዝተሸንከረሉን ዘሎ ጊዜ፥ ኣብ ገለ ጊዜ ክርስቶስ ብመንፈስ ሞይቱ። ኣ ነ ብውልቀይ ኣብቲ ናይ ኣታክልቲ ስፍራ ሞይቱ ኢለየ ዝኣምን።*[68]

*ፍረደሪክ ፕራይስ* *(Frederick K.C.Price)*

እዚ ብሂላት እዚ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እዩ። እቲ መወከሲ መጻሕፍቲ ኣብቲ ናይ ድሕሪት ጥብቆ ተዘርዚሩ ስለ ዘሎ ዝኮነ ይኩን ግዱስ ሰብ ነቲ መጻሕፍቲ ረኪቡ ከንብቦ ይክእል እዩ። ኣብ ውሽጢ ናይቲ እልቢ ዘይብሉ ብሂላቶም ሰፊሩ ዘሎ ትሕዝቶታት ብዝርዝር ክንሪኦን ክንምልሰሉን ግቡእ እዩ።

## እግዚኣብሄር ፍቕሩ ኣገዲድዎ እዩ ንወዱ ዝወፈዮ

እቲ ቀዳማይ ስሕተቶም፥ ክርስቶስ ብናቱን ብናይ ኣቡኡን ጥንታዊ መደብ ብፍታው ዘይኮነ ተበጅዩስ፥ ነቲ ብኣዳም ዝተፈጸመ ናይ ሓጢኣት ዕ ዳ ንክፈዲ ብሰይጣን ተገዲዱን ተሓቲቱን ከም ዝኮነ እዮም ዝገልጹ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ብሂላት፥ “ሰይጣን ኣምላክነት ናይ ሰብ መንዚዑ፥ ንኣዳም ካብ ገነት፥ ንእግዚኣብሄር ድማ ፈጺሙ ካብ ምድሪ ከም ዝስጎግ ጌሩ እዩ። ስ ለዚ ድማ እግዚኣብሄር ናብ ምድሪ ክምለስ እቲ ዘጥፍኦ ዋንነትን ቦታን ንክመልሶ ናይ ግድን ነቲ ሓደ ወዱ ከም መስዋእቲ ንክከፍሎ ሰይጣን ኣገዲድዎ” ዝብል መሰረት እምነት ኣለዎም። እዚ እምነት እዚ ካብ ብሓይልን ስልጣንን ናይ ኣምላክ ንላዕሊ ብናይ ሰይጣን ሓይልን ስልጣንን ዝኣ ምን እምነት እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስና ግን እግዚኣብሄር ኣቦ ንወዱ ብፍታው ብገዛእ ፍቓዱ ብመደብ መስዋእቲ ከም ዝገበሮ እዩ ዝገልጸልና። ንሓጥኣን ዘለዎ ፍቕሪ ኣዝዩ ካብ ምዕዛዙ ዝተላዕለ፥ ነቲ ሓደን ጻድቕን ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ በጃና ክስዋእ እሞ ካብ መርገም ክሻየጠና ኢሉ ከም ዝለኣኾ እዩ ዝገልጸልና። ሰይጣን ዘይኮነስ ፍቕሩ ኣገዲድዎ እዩ ዝወፈዮ።

***ዮሃ፣3፣16*** ፡- "ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኩሉ ናይ ዘለኣ ለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚሀብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።"

***ሮሜ፣5፣8፣-*** "ግናኸ ንሕና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ።"

***1ዮሃ፣4፣9፡-*** "ኣምላኽ፡ ብእኡ ምእንቲ ብህይወት ክንነብር ኢሉ፡ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ብምልኣኹ፡ እታ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኣና በዚ ተገልጸትልና።"

***ሮሜ፣3፣25፣-*** "ንእኡ ከኣ፡ ነቲ ቀደም ብትዕግስቲ ኣምላኽ እተገብረ ሓጢኣት ይሕለፍ ስለ ዝሓደጎ፡ ኣምላኽ ጽድቂ ምእንቲ ክርኢ፡ ብእምነት ብደሙ መተዓረቂ ገይሩ ኣቕሞ።"

***ገላ፣4፣4,5*** ፡- "ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፡ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለው፡ ተሻዪጡ ምእንቲ ከውጽኦም፡ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ክንረክብሲ፡ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኾ።"

***1ጴጥ፣1፣18,19፡-*** "ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልኩምዎ ከን ቱ ንብረትኩም፡ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርክሰትን ዘይብሉ ገን ሸል፡ ብክቡር ደም ክርስቶስ እምበር፡ ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይስ ወርቂ፡ ከም ዘይደሓንኩም ትፈልጡ ኢኹም።"

## ክርስቶስ ብገዛእ ፍታዉ እዩ ተሰዊኡ

እግዚኣብሄር ኣቦ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ክርስቶስ ባዕሉውን ብፍታው በጃና ተወፍዩ እምበር፡ ከይፈተወ ተገዲዱ ብዘይ ፍቓዱ ኣይተሰውኣን። ንህይወቱ ካብኡ መንዚዑ ክወስዳ ዝክእል የለን። ክሕልፋን ክመልሳን፡ ምሉእ ስልጣን ኣ ለዎ። ንነፍሱ ባዕሉ ከም ዝወፈየ ድማ ነብያት ከይተረፉ መስኪሮሙሉ እዮም።

***ዮሃ፡10፡18*** ፡- "ባዕለይ እየ በኻ ዘሕልፋ እምበር፡ ካባይ ዝወስዳስ የልቦን። በኻ ከሕልፋ ስልጣን ኣሎኒ፡ መሊሰ ክወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ። ነዛ ትእዛዝ እዚኣ ካብ ኣቦይ እየ እተቐበልክዋ።"

***ኢሳ፡53፡7,8,12*** ፡- "መከራ ጸገበ፡ ርእሱ ኣዋረደ፡ ኣፉውን ኣይከ ፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዝክብከብ ገንሸል፡ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቐዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን። ናብ ጥቕዓ ትን ፍርድን ተወሰደ፡ ካብ ምድሪ ህያዋን ከም እተቖርጸ፡ ካብቶም ወለዶኡ መን ሓሰቦ ብምኽንያት ገበን ህዝበይ ተቐዝፈ። ... ነፍ ሱ ንሞት ስለ ዝወፈያ፡ ምስ በደለ ታት ከኣ ስለ እተቖጽረ፡ ስለዚ ግዲኡ ምስ ዓበይቲ ክመቕሎ እየ፡ ምርኮውን ምስ ሓያላት ክምቀል እዩ። ግናከ ሓጢኣት ብዙሓት ጾረ፡ ምእንቲ በደለ ታት ከኣ ለመነ።"

**ማቴ፡26፡53**፡- "ነቦይ ምልማኑ ዘይከኣለኒ፡ ንሱ ከኣ ካብ ዓሰርተው ክልተ ሌጌዎን ዝበዝሑ መላእክቲ ሕጂ ክሰደለይ ዘይክእልዶ ይመስ ለካ ኣሎ?"

## ሞት ክርስቶስ ምዱብ ፍጻሜ እምበር ዘይተሓሰበ ፍሽለት ኣይኮነን

ሞት ክርስቶስ ኣብ መስቀል፡ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ዝተወሰነ፡ ነብያት ኣቐዲሞም ዝተነበዩሉ፡ ክርስቶስ ባዕሉዉውን ሞይቱ ከም ዝትንስእ ደጋጊሙ ዝመሃረሉ ምዱብ (ውጡን) ፍጻሜ ደኣ እምበር፡ ከም ፍሽለት ዘጋጠሞ ሰይጣን ዝተዓወተሉ ትራጀዲ ኣይኮነን። ነብያት ዝተዛረብዎ ትንቢታት ኣብዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ሰፊሩ ኣሎ (መዝ፡41፡9፣ ዘካ፡11፡12፡13፣ መዝ፡109፡4,7,8፣ መዝ፡27፡12፣ ኢ.ሳ፡50፡6፣ ኢ.ሳ፡53፡4,5,7,9,12፣ መዝ፡22፡ 6-8,16፣ መዝ፡69፡4,21፣ ዘካ፡12፡10፣ መዝ፡34፡20)። ክርስቶስ ባዕሉ ብዛዕባ ሞቱን ትንሳኤኡን ዝተዛረበሉ ድማ እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት እዩ (ማቴ፡16፡21፣ ማቴ፡17፡22,23፣ ማር፡9፡31፣ ሉቃ፡9፡22፣ ሉቃ፡18፡31-33፣ ሉቃ፡24፡6,7)።

## ክርስቶስ ብሓቂዶ ሰይጢኑ እዩ?

እተን ሰይጢኑ ወይ እንደገና ተፈጢሩ ንምባል ዝጥቀሙለን ጥቕስታት እዘን ዝስዕባ እየን።

> 2ቈረ፣5፣20-21 ፡-"ስለዚ ንሕና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ልኡኻት ኢና እሞ ኣምላኽ ብኣና ገይሩ ይምዕድ ኣሎ። ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣ ምላኽ ምእንቲ ክንኸውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስ ቶስ ኳንና ንልምነኩም ኣሎና።"

> *ገላ፣3፣13,14*፡- "ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፡ እቲ በረከት ኣብርሃምውን ብኢየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪከ ውንሲ፡ ኣብ ዕንጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጻሒፉ ኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኰይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተኻየጠና።"

> *ዮሃ፣3፣14,15* ፡- "ብእኡ ዝኣምን ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረካ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ክስቐል ይግባእ እዩ።"

እቲ "ሓጢኣት ኮነ" "መርገም ኮይኑ" ዝብል ቃላት ጥራሕ ከም ዘለዎ ወሲድካ ክርስቶስ ሓጢኣት ናብ ምኳን ተለዊጡ፡ ሓጢኣት ድማ ሰይጣናዊ ተፈጥሮ ስለ ዝኮነ ክርስቶስ ሰይጢኑ ወይ ናብ ሰይጣን ተለዊጡ፡ እንደገና ሰይጣን ናብ ምኳን ተፈጢሩ ኢልካ ምድምዳም ኣብ ታሪክ ክርስትና እቲ ዝዓ በየ ከሓዲ ምኳን እዩ።

ሰይጣን ንሓጢኣት ይድርኽ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንርእሱ እቲ ክፍኣት እቲ ሓጢኣት ምኳኑ ርዱእ እዩ። ይትረፍ ክርስቶስ፡ እቲ ጻድቕ ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ጽድቂ ዝኮነ ጐይታ፡ እቲ ገባር ሓጢኣት ዝኮነ ሰብ እኳ ሓጥእ ይኸውን እምበር ሓጢኣት ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ሰብ፡ ዝገበረ ሓጢኣት እንተ ገበረ ናብ ሓጢኣት ምኳን ክልወጥ ኣይክእልን እዩ። እቲ ገባር ሓጢኣት ዝኮነ ሰብ ናብ ሓጢኣት ዘይተለወጠስ፡ እቲ ምእንቲ ሰብ ኢሉ ዘይናቱ ሓጢኣት ዝጾረ እምበር ሓጢኣት ዘይገበረ ንጹህ ኣበር ዘይብሉ ገንሸል ከመይ ኢሉ ናብ ሓጢኣ ት ተለዊጡ ኢሎም ደምዲሞም? ስለዚ ነቲ ፈሪሳውያን "ጋኔን ኣለዎ ንኢጋንንቲ

ብሓለቓ ኣጋንንቲ ብኤል ዘቡል እዩ ዘውጽኦም ዘሎ" ዝበልዎ ከም ቅኑዕ ይቕበልዎ ኣለው ማለት እዩ። እቲ ፍልልዮም፡ ፈሪሳውያን ቀድሚ መስቀል ተረዲኢዎም፡ ነዞም ሬማውያን ግን ደንጉዩ ኣብ መስቀል ተረዲኢዎም ማለት እዩ። እቲ ጐይታ ንፈሪሳውያን "ኣቱም ውሉድ መንደላይ ተመን" ዝበሎም ቃል፡ ሓለፍኦም ነዞም ደቂ ስሕተት ዝግባእ ስያሜ ምኳኑ ኢና ከነስተውዕል እንክእል።

# ምስጢር መስዋእቲ ብሉይ ኪዳን

እዚ ኣበሃህላታት እዚ ነቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስርዓት ናይ መስዋእትን ምትዕራቕን ከም ዝግባእ ካብ ዘይምርዳእ ዝመጽእ ስሕተት እዩ። ኣብ ስርዓት ኦሪት ዝነበረ ናይ መስዋእቲ ኣገባብ ነዚ ናይ ሎሚ ናይ ክርስቶስ መስዋእቲ ጽላሎቱ እዩ። ኣብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ መስዋእቲ ስርዓት እዚ ዝስዕብ ሓቅታት ከነስተውዕል ይግብኣና።

1. እቲ ንመስዋእቲ ዝቐርብ እንስሳ ዝኮነ ይኩን ጉድለት ዘይብሉ ክከውን ይግባእ።
2. እቲ ዝስውእ ዘሎ ሰብ ኢዱ ኣብ ልዕልዉቲ እንስሳ ኣንቢሩ ሓጢኣቱ ይእመን ይናዘዝ እሞ  እቲ ንጹህ እንስሳ ነቲ በደል ይጸዉር።
3. እቲ እንስሳ ተሰዊኡ፡ ክፋል ናይ ኣካላቱ ዝሓርር መስዋእቲ ኮይኑ ናብ ሓዊ ይኣቱ። ክፋሉ ድማ እቶም ካህናት ካብኡ ይምገቡ። እቲ ደሙ ድማ ናብቲ መሰውእን ናብቲ ሰብን ይንጸግ ስለዚ ከኣ ይቕደስ።

እዚ ኩሉ ስርዓት ክፍጸም ከሎ ገና እቲ እንስሳ ንጹህ እዩ ዘሎ። ዋጋ ናይ ሓጢኣት ደኣ እዩ ዝከፍል ዘሎ እምበር፡ እቲ ጸይርዎ ዘሎ ሓጢኣት ንን ጽህናኡ ፈጺሙ ኣየጕድሎን እዩ። መሊሱ እኳ ደኣ ብዝያዳ ንጹህን ፍጹምን ይገብሮ። ምኽንያቱ ንጹህ ክነሱ ምእንቲ ሓጢኣት ኢሉ ብዝከፍሎ ዘሎ መስ ዋእቲ ብዝያዳ ንንጽህናኡ ዕቤት ይውስኽሉ። እቲ ዝጾሮ ሓጢኣት ንርእሱ ናብ ሓጢኣት ይቕይሮ እንተልዩ፡ ጉድለት ዘይብሉ መስዋእቲ ክንብሎ ኣይንክእልን ኢና። እንድሕሪ ናብ ሓጢኣት ተቐይሩ ድማ እግዚኣብሄር ኣቦ ነቲ መስዋእቲ ደስ ኢልዎ ክቕበሎ ኣይክእልን እዩ። ደስ ኢሉዎ ኢልና እንተሓሲብና ከኣ፡ እግዚኣብሄር ሓጢኣት ክዕጠነሉ ከሎ ተሓጒሱ ተቐቢልዎ ማለትና እዩ። እቲ ን ጹህ እንስሳ በቲ ዝጾሮ ሓጢኣት ምኽንያት ተለዊጡ እንተ ኮይኑ፡ ከመይ ጌሩ

ደአ ደሙ ንምቕዳስ ተባሂሉ ምተነጽገ? ከመይ ጌሮምከ እቶም ካህናት ካብቲ ናብ ሓጢኣት ዝተለወጠ መስዋእቲ ምበልዑ? ስለዚ እዚ ስሑት ትምህርቲወዚ ነቲ ምስጢር መስዋእትን ዕርቅን ከም ዝግባእ ካብ ዘይምፍላጥ ዝመጸ ህጸጽ ምኳኑ ኢና እንርዳእ።

> ***ዘሌ፥4፥3,28*** ፥-"እቲ እተቐብአ ካህን እንተ ኮይኑ ሓጢኣት ዝገበረ፥ እሞ በዚ ነቲ ህዝቢ በዳሊ እንተ ገበሮ፥ ስለቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ <u>ንመስዋእቱ ሓጢኣት ጕደሎ ዘይብሉ ዝራብዕ</u> ንእግዚኣ ብሄር የቕርበሉ። ... እቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ እንተ ተፈለጦ፥ ስለ እቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ መስዋእቱ <u>ነደሎ ዘይብላ ኣንስተይቲ ጤል</u> የምጽእ።"

> ***ዘሌ፥6፥25-29*** ፥-"ንኣሮንን ንደቁን ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፥ ሕጊ መስዋእቲ ሓጢኣት እዚ እዩ፥ እቲ መስዋእቲ ሓጢኣት ኣብታ ዝሓርር መስዋእቲ ዝሕረደላ ቦታ፥ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይተሓረድ። <u>ንሱ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ</u>። እቲ ካህን ብዛዕባ ሓጢኣት ዘቕርቦ፥ <u>ይብልዓዮ።</u> ኣብ ኣጸድ ድንኳን ምርካብ <u>ኣብ ቅዱስ ቦታ ይበላዕ</u>። <u>ነፍሲ ወከፍ ነቲ ስጋ ዝተንከዮ ይቀደስ</u>። ካብቲ ደም ኣ ብ ገለ ክዳን እንተ ነጠረ፥ <u>ነቲ ዝነጠሮ ዘበለ ኣብ ቅዱስ ቦታ ኳን ካ ሕጸቦ።</u> እቲ ዝበሰለሉ ቼራዕ ድማ ይሰበር፥ ኣብ ድስቲ ኣስራዚ እንተ በሰለ ከኣ፥ ይፈጕፈጕ ብማይውን ይተሓጸብ። <u>ነፍሲ ወከፍ ተባዕታይ፥ ካህን ዝኾነ፥ ይብላዓዮ፥ ንሱ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ</u>።"

> ***ዜሌ፥8፥14,15*** ፥- "ነቲ ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ኣቕረቦ፥ ኣሮንን ደቁን ከኣ ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ርእሲ እቲ ዝራብዕ መስ ዋእቲ ሓጢኣት ኣንበሩ። ሓረዶ ድማ፥ <u>ሙሴ ከኣ ነቲ ደም ወሲዱ ኣብ ልዕሊ ኣቕርንቲ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ በጻብዑ ለከየ እሞ ነቲ መሰውኢ ኣንጽሆ።</u> ነቲ ደም ከኣ <u>ኣብ እግሪ እቲ መሰውኢ ከዓዎ። ንምትዕራቑ ድማ ቀደሶ።</u>"

> ***እብ፥9፥19-22*** ፥- "ማለት፥ ሙሴ ከምቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ገይሩ፥ እቲ ትእዛዛት ዘበለ ንኩሉ ህዝቢ ምስ ነገሮ፥ <u>ደም ምራኩትን ድቤላታትን ምስ ማይን ቀይሕ ጸጕርን ስምዕዛን ወሲዱ</u>፥ ኣምላክ ን

ኣካትኩም ዝኣዘዞ ደም ኪዳን እዚ እዩ፡ ኢሉ፡ <u>ኣብቲ መጽሓፍን ኣብ ኩሉ እቲ ህዝብን ነጸጎ።</u> ከምኡ ድማ <u>ነቲ ድንኳንን ንኩሉ እቲ ናይ ምግልጋል ኣቓሑን ደም ነጸገሉ።</u> ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኩሉ ብደም እዩ ዝጸሪ፡ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ።”

***<u>ዘሌ፡9፡3</u>*** ፡- “ንደቂ እስራኤል ከኣ ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ ንዝሓርር መስዋእቲ ድማ ሓደ ጣዕዋን ሓደ ገንሸልን፡ ዓመት ዝገበሩ <u>ጎደሎ ዘይብሎም</u>፡ ውሰዱ።”

***<u>ዘሌ፡10፡12-13</u>*** ፡- “ሙሴ ድማ ንኣሮንን ነቶም ዝተረፉ ደቁ፡ ኣልኣዛርን ኢታማርን፡ ተዛረቦም፡ ነቲ ካብ መስዋእቲ ሓዊ እግዚኣብሄር ዝተረፈ <u>መስዋእቲ ብልዒ ውሰድዎ፡ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ እሞ፡ቅጫ ገርኩም ኣብ ጥቓ መሰውኢ ኼንኩም ብልዕዎ።</u> እዚ ካብ መስዋእቲ ሓዊ እግዚኣብሄር መሰልካን መሰል ደቅካን እዩ እሞ፡ ኣብ ቅድስቲ ቦታ ኼንኩም ብልዕዎ፡ ከምኡ ኣዚዙኒ እዩ”

***<u>ዘዳ፡15፡21</u>*** ፡- “ገለ ጎደሎ እንተለዎ ግና፡ ሓንካስ ወይ ዕውር ወይ ዝኮነ ክፉእ እንታ ዘለዎ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትሰውኣዮ።”

***<u>እብ፡9፡9-10</u>*** ፡- “ንሱ ነዚ ሎሚ ዘሎ ዘመን ምሳሌ እዩ፡ ከምኡ ገሮም ነቲ ኣገልጋሊ መቕደስ ብሕሊንኡ ፍጹም ክገብሮ ዘይከኣሎ መባእን መስዋእትን የቕርቡ ኣለዉ። እዚ ምስ መብልዕን መስተታትን በብዓይነቱ ምሕጻብን፡ እቲ ዘመን ምቕናዕ ክሳዕ ዝበጽሕ፡ ስጋዊ ስርዓት ጥራይ እዩ።”

# ክርስቶስ ፈጺሙ ሓጢኣት ዘይብሉ ንጹህ እዩ

እዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ መስዋእቲ ስርዓት ጽላሎትን ምሳሌን ናይቲ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ናይ ሓድሽ ኪዳን ናይ መስዋእቲ ስርዓት እዩ። ክርስቶስ

ዋላ ሓንቲ ኣበሳ ዘይብሉ ፍጹምን ንጹህን እዩ። ዝኮነ ይኩን ኣካል በዓሊ እዩ ኢሉ ክከሰሉ ዝክእል ሓጢኣት ኣይረከበን። ከሰስቲ መርትዖ ስለ ዝሰኣኑ፣ ብሓሶት ዝምስክሩ ሰባት ብገንዘብ ዓዲጎም ከሰስዎ። መሳፍንቲ መርሚሮም በደል ስኢኖሙሉ። ስለዚ ክርስቶስ ንጹህ ገንሸል ተሰዊኡሙ። ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ፍጹም ሰብ እዩ ነይሩ። <u>ክርስቶስ ብስጋ ሓጢኣት ዘይገበረ፣ እቲ ኣምላክነቱ ስለ ዝሓገዞ ኣይኮነን። ኣምላክነቱ ስለ ዝሓገዞ እንተ ኢልና እሞ፣ ንፍጽምና ናይ ስ ብእናኡ ኣይንኣምነሉን ኣለና ማለት እዩ።</u> ንክርስቶስ ፍጹም ሰብእና ንብረቱ እዩ። እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ሓጢኣት ዘይብሉ ንጹህ ምኳኑ ዝገልጹ እዮም።

***<u>ኢሳ፣53፣9</u>*** ፦ <u>"እከይ ዘይገበረ፣ ሓሶት ከኣ ኣብ ኣፉ ዘይተረክበ</u> ክነሱስ፣ መቓብሩ ምስ ረሲኣን ገበሩ፣ ብሞቱ ግና ምስ ሃብታማት ኮነ።"

***<u>ሉቃ፣23፣41</u>*** ፦ንሕናስ ብሓቂ ብግብርና ዝግበኣና ተፈዲና፣ እዚ ግና <u>ሓንቲ ክፍእቲ እኳ ኣይገበረን፣</u> ኢሉ ገንሖ።"

***<u>ዮሃ፣8፣46</u>*** ፦ "ካባካትኩም <u>ብሓጢኣት ዝረትዓኒ መን ኣሎ?</u> ሓቂ ዝዛረብ ካብ ኮንኩ፣ ስለምንታይ ደኣ ዘይትኣምኑኒ?"

***<u>እብ፣1፣9</u>*** ፦"ጽድቂ ፈተኻ <u>ዓመጻ ከኣ ጸላእካ፣</u> ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላክካ ሓለፉ ብጾትካ ብዘይቲ ሓጎስ ቀብኣካ፣ እዩ ዝብል።"

***<u>እብ፣4፣14,15</u>*** ፦"ደጊም <u>ብዘይ ሓጢኣትሲ፣ ብኩሉ ከምዚ ከማና እተፈተነ እዩ እምበር፣</u> ብድካምና ክድንግጸልና ዘይክእል ሊቀ ካህናት የብልናን እሞ፣ ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብዪ ሊቀ ካህናት፣ ኢየሱስ ወዲ ኣምላክ ካብ ዝህልወና፣ ምእማንና ነጽንዕ።"

***<u>እብ፣7፣26</u>*** ፦"ከምዚ ዝመሰለ <u>ክፍኣትን ርክሰትን ዘይብሉ፣ ካብ ሓጢኣት እተፈለየ፣</u> ካብ ሰማያት ከኣ ልዕል ዝበለ ቅዱስ ሊቀ ካህናት ኣድለየና።"

***<u>1ጴጥ፣1፣18,19</u>*** ፦ "ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልክምዎ ከንቱ ንብረትኩም፣ ከም ብደም እቲ <u>ኣበርን ርክሰትን ዘይብሉ ገን</u>

ሽል፣ ብክቡር ደም ክርስቶስ እምበር፣ ብጠፋኢ ነገር፣ ብብሩር ወይስ ወርቂ፣ ከም ዘይደሓንኩም፣ ትፈልጡ ኢኩም።”

***1ጴጥ፥2፥22*** ፥-“ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ፣ ተንኮልውን ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ ...።”

***1ዮሃ፥3፥5*** ፥-“ንሱ ንሓጢኣት ክርሕቖ ኢሉ ከም ዝተገልጸ፣ ትፈልጡ ኢኩም። ኣብኡውን ሓጢኣት የልቦን።”

***ኤፌ፥5፥2*** ፥-“ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩም፣ ነፍሱ'ውን መባእን መስ ዋእትን ገይሩ ንኣምላኽ ንምኡዝ ጨና በጃና ዘሕለፈ፣ ከምኡ ብፍቕሪ ተመላለሱ።”

እዚ ከምዚ ዝበለ ንጽህና ዘለዎ ክርስቶስ እዩ ነቲ ዓቐን ዘይብሉ፣ ካብ ምፍጣር ዓለም ጀሚሩ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ንዝተፈጸመ ሓጢኣት ክጸውር ናብ መስቀል ልዕል ኢሉ ዝተሰቕለ። ክብደትን ብዝሕን ናይቲ ዝጾሮ ሓጢኣት ግን ንጽድቁን ቅድስናኡን ክንዲ ፍረ ኣድሪ እኳ ኣየጕድሎን እዩ። ይትረፍ ከ ጕድሎ፣ ጽድቁ ንእኡ ኣኪሉ ተሪፍዎስ ብስሙ ንዝኣምኑ ኩላቶም ጽድቆም ክሳዕ ዝኸውን ክሳዕ ክንድዚ መዳርግቲ ዘይብሉ ጽድቂ እዩ ዘለዎ። “እቲ ውህበት ጸጋ ክንድቲ ኣበሳ ኣይኮነን ... ኣብቲ ሓጢኣት ዝዓዘዞ ግና ኣብኡ እቲ ጸጋ ኣዝዩ ዓዘዘ።” ዝብል ከም እተጻሕፈ ውህበት ጸግኡ ንሓጢኣት ኣዝዩ ዝተዓ ጻጸሮ ምኳኑ ከነስተውዕል ይግባእ (ሮሜ፥5፥15-20)። እዞም ናይ ስሕተት ሃዋርያት ግን እቲ ዝጾሮ ሓጢኣት ነቲ ዝነበሮ ጸጋ ኣጥፊኡስ (ውሒጡስ) ሓጢኣት ክሳብ ምኳን ከም ዝለወጠ ይነግሩና ኣለዉ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ፣ “ነቲ ዝተሰቕለ ኣምላኽ ዘይሰግድ እንተሎ ውጉዝ ይኩን፣ ምስቶም ሰቀልቲ ኣምላኽ እዩ ዝቁጸር።[165] ብምባል ኣብቲ ናይ ክርስቶስ ናይ መስቀል ስራሕ ዘይኣምን ሰብ ኣብ መርገም ከም ዘሎ ጽሒፉ እዩ። ክርስቶስ ኣበሳ ኩሉ ዓለም ጸይሩ ከሎ፣ ንእግዚኣብሄር ኣቦኡ ገና ምኡዝ ጨናን ጻድቕን እዩ ዝነበረ።

***ኤፌ፥5፥2*** ፥-“ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩም፣ ነፍሱውን መባእን መስ ዋእትን ገይሩ ንኣምላኽ ንምኡዝ ጨና በጃና ዘሕለፈ፣ ከምኡ ብፍቕሪ ተመላለሱ።”

> ኢሳ፤53፤11 ፡-"ጻማ ነፍሱ ክርኢ ክጸግብውን እዩ፤ እቲ ጻድቕ ባርያይ ብፍልጠቱ ንብዙሓት ከጽድቕ፤ ኣበሳኦም ድማ ባዕሉ ክጸውር እዩ።"

## ትርጉም ተመን ኣስራዚ

እቲ ካልእ ዘይትርጉሙ ብምሃብ ንክርስቶስ ከሰይጥኑ ዝጽዕሩ ጥቕስ ታት ነዚ ዝስዕብ እዩ። እቲ ኣብ ባላ ዝተሰቕለ ተመንን ነቲ ኣብ መስቀል ዝተ ሰቕለ ክርስቶስን ሓደ ንምግባር ከም ጉልባብ ዝጥቀምሉ ጥቕስታት እዩ።

> ዘሁ፤21፤8,9 ፡-"እግዚኣብሄር ከአ ንሙሴ፤ ዝነድድ ተመን ንኣካ ግበር፤ ኣብ ባላ ድማ ስቐሎ። ክከውን ከአ እዩ፤ እተነከሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ፤ ክሓዊ እዩ። ሙሴ ከአ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ፤ ኣብ ባላውን ሰቐሎ። ኮነ ከኣ፤ ገለ ተመን ንሰብ እንተ ነከ ሰ፤ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ምስ ዝጥምት ይሓዊ ነበረ።"

> ዮሃ፤3፤14 ፡-"ብእኡ ዝኣምን ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፤ ከይጠፍእሲ፤ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረካ ተመን ዝሰቐለ፤ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ክስቀል ይግባእ እዩ።"

ኣብዚ ክስተውዕልዎ ዘይከኣሉ ሓደ ነጥቢ ኣሎ። እቲ ነኪሱ ዝቐትል ዘሎ ተመን ንሱ ባዕሉ ተሰቒሉ ፈውሲ ክከዉን ኣይክእልን እዩ። ፈውሲ ዝኮኖም እቲ ኣብ ሽኮንኦም መርዙ ዝነዝሕ ዝነበረ ተመን፤ ተመሊሱ ክነክሶም ከ ም ዘይክእል ኮይኑ ተቐቲሉሎምን ካብ ማእከሎም ርሒቑ ምስ ዝርእዩን ጥራሕ እዩ። ነቲ ተመን ቀቲሉ ኣብ ባላ ዝሰቐለ እዩ እቲ መድሓኒኦም እምበር፤ እቲ ተቐቲሉ ዝተንጠልጠለ ተመን ኣይኮነን። እቲ ናይ ዘሁ፤21፤8,9 ተመን ኣስራዚ፤ ናይ ክርስቶስ ናይ መንነቱ ጽላሎት ዘይኮነስ ናይ ተልእኮኡ (ስርሑ) ጽላሎት እዩ። ናይ ክርስቶስ ናይ መንነቱ ጽላሎት ኮይኑ ኣብዚ ታሪክ እዚ ዝርአ ዘሎ ሙሴ እዩ። ናይ ክርስቶስ ተልእኮ፤ ነቲ ብልሒ ሞት ዝኮነ ሓጢኣት ካብ ማእከ ልና ከም ዝርሕቕ ምግባር እዩ።

እቲ ናይ ዘሁ፡21፡8,9 ተመን ኣስራዚ፡ ናይ ክርስቶስ ናይ መንነቱ ጽላሎት ዘይኮነስ ናይ ተልእኮኡ (ስርሑ) ጽላሎት እዩ። ናይ ክርስቶስ ናይ መንነቱ ጽላሎት ኮይኑ ኣብዚ ታሪክ እዚ ዝረአ ዘሎ ሙሴ እዩ። ናይ ክርስቶስ ተልእኮ፡ ነቲ ብልሒ ሞት ዝኮነ ሓጢኣት ካብ ማእከልና ከም ዝርሕቕ ምግባር እዩ።

ክርስቶስ ድማ ናብ መስቀል ዝደየበሉ መሰረታዊ ምኽንያት፡ ነቲ ኣብ ህይወትና እናተቓጸወ ዝነክሰና፡ ሃሬርታኡ ናባና እናገበረ ዘሸግረና፡ መርዛም ሓጢኣት ኣብ መስቀል ሸንኪሩ፡ ነቲ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ካብ ማእከልና ብምርሓቕ ንከድሕነና እዩ። ክርስቶስ ኣብ መስቀል ሞይቱ ጥራሕ እንተ ዝወርድ ክንድሕን ኣይምከኣልናን። ምኽንያቱ እቲ ሓጢኣት ገና ኣብ ማእከልና ኣሎ። ክርስቶስ ሞይቱ ዋጋ ናይ ሓጢኣትና ከፊሉ ጥራሕ ኣይኮነን ወሪዱ። ነቲ ጽሕፈት ዕዳ (ሓጢኣት) ደምሲሱ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ካብ ማእከል ኣርሒቕዎ እዩ። ሰይጣን በዚ ኣጽዋር እዚ ጌሩ እዩ፡ ዝወግኣናን ንመንፈስና ዝቐትልን ዝነበረ፡ ጐይታ ድማ ነዚ ኣጽዋር እዚ ብምግፋፍ እዩ ካብ ኢዱ ሓራ ዘውጽኣ ና።

***ቈሎ፡2፡14,15*** ፡-"ነቲ ብሕጋጋት ዝቃወመናን ዝበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ከኣ፡ ንዕኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ካብ ማእከል ኣርሓቖ። ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣ ጽዋሮም ገፊፉ፡ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ፡ ብግልጺ ኣስ ተሓፈሮም።"

***1ዮሃ፡3፡5,8***፡- "ንሱ ንሓጢኣት ክርሕቕ ኢሉ ከም እተገልጸ፡ ትፈልጡ ኢኹም። ኣብኡውን ሓጢኣት የልቦን። ... ዲያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ እሞ፡ ሓጢኣት ዝገብር ካብ ዲያብሎስ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ከኣ ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ከፍርስ ኢሉ እዩ ነዚ እተገልጸ።"

***ዮሃ፡1፡29*** ፡- "ንጽብሒቱ ዮሃንስ ንኢየሱስ፡ ናብኡ ክመጽእ ከሎ ረኣዮ እሞ፡ እንሆ፡ ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፡ በለ።"

## “ኣምላኸይ ንምንታይ ሓደግካኒ”

ናብ ሰይጣን ስለ ዝተለወጠ እዩ እግዚኣብሄር ኣቦ ሓዲግዎስ፡ “ኣምላኸይ ኣምላኸይ ንምንታይ ሓደግካኒ” ዝበለ ብምባል ነቲ ኣብ መስቀል ዝተባህለ ከም ድጋፍ ብምጥቃም ከጣምምዎ ይርኣዩ (ማቴ፡27፡46)። ብመሰረቱ ነዚ ጥቕሲ እዚ ብምንባብ ጥራሕ ኣቦ ሓዲግዎ፡ ኢልካ ምእማን ካብ ዝጸልመተ ኣእምሮ ዝወጽእ ሓሳብ እዩ፡ ክርስቶስ ኣቡኡ ፈጺሙ ከም ዘይሓድጎ ተዛሪቡ እዩ።

> ***ዮሃ፡16፡32*** ፡-“እንሆ፡ ኩላትኩም ነንበይንኹም ነናብ ስፍራኹም እትዝረውላ፡ ንበይነይውን እትሓድጉላ ግዜ ትመጽእ ኣላ፡ ድሮ እኳ መጺኣ። <u>ግናከ ኣቦይ ምሳይ እዩ እሞ፡ በይነይሲ ኣ ይኮንኩን።</u>”

> ***ዮሃ፡8፡29*** ፡-“እቲ ዝለኣኸኒ ከኣ ምሳይ ኣሎ። ኩሉ ሳዕ ባህ ዘብሎ እገብር እየ እሞ፡ <u>በይነይ ኣይሓደገንን እዩ፡</u> በሎም።”

> ***2ቈረ፡5፡19*** ፡- “ማለት፡ ኣምላኽ ንዓለም <u>ምስ ርእሱ ኪዐርቃ ከሎ፡ ኣብ ክርስቶስ ነበረ እሞ፡</u> በደሎም ኣይሓዘሎምን፡ ኣባና ከኣ ቃል ዕርቂ ኣንበረ።”

ከምኡውን ክርስቶስ መርገምን ሓጢኣትን ተመንን ናብ ምኳን እንድሕር ዘይተለዊጡ ኣቦኡ ዝሓድገሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ብኣንጻሩ ከም ምኡዝ ጨና ይስዋእ ስለ ዘሎ ኣቦ ብዝያዳ ይቕበሎ፡ ንመስዋእቲ የሸትቶ እምበር ክፍለዮን ክሓድጎን ኣይክእልን እዩ።

ንምንታይ ደኣ እዩ ጐይታ ከምኡ ዝበለ? ከምቲ ቃል እግዚኣብሄር ዝገልጸልና፡ ብዘይካ ብሓጢኣት ብኩሉ ነገር ክመስለና ከም ዝተገብአ ርዱእ እዩ። ብጥሜት ብጽምኢ ብድካም ብሞት ብኩሉ እዩ ክመስለና። ብስጋ ከ መውት ከሎ ብመንፈስ ግን ህያው ከም ዝኾነ ክንዝንግዕ ኣይግባእን (1ጴጥ፡3፡18)። ስለዚ እቲ ንሕና ክንመውት ከለና ዝስመዓና ምፍላይ ንእኡ ተ ሰሚዕዎ ማለት እንተ ዘይኮይኑ ብኣካል ተፈልይዎ ማለት ኣይኮነን። ብኣካል ተፈልይዎ ነይሩ እንተ ኢልና እዚ ዝስዕብ ንብል ኣለና ማለትና እዩ።

1. ኣቦን ወድን ስለ ዝተፈላለዩ፣ ኣብቲ ተፈላልዮም ዝነበሩሉ ግዜ (ስለስተ መዓልትን ለይትን) ስላሴ ዝበሃል ህላወ ጠፊኡ ነይሩ ማለት እዩ።

2. ንክርስቶስ ኣቦ ተፈልይዎ ናብ ዘይምህላው በጺሑ እንተ ነይሩ ን ምድርን ንኩሉ ነገርን ደኣ መን ክጾሮ እዩ? ምኽንያቱ ቃል እግዚኣ ብሄር ብእኡ ኩሉ ቀይሙ ከም ዘሎ፣ ንኩሉ ነገር ብሓይሉ ቃሉ ጾይርዎ ዘሎ ንሱ ምኳኑ እዩ ዝነግረና (ቈሎ፥1፥17 እብ፥1፥13)።

3. እግዚኣብሄር እቲ ጥንታዊ ምክሩ ፈሺልዎ፣ ንሰባት ከድሕን ኢሉ ዝለኣኮ ወዱስ ንርእሱ ምድሓን ዘድልዮ ናብ ምኳን ወሪዱ ማለትና እዩ።

4. ንመለኮት ካባና ዝተፈልየ ዝገብሮ፣ ንሱ ፈጺሙ ዘይመውት ንሕና ግን ብመንፈስን ብስጋን እንመውት ምኳንና እዩ። ክርስቶስ ከማና ኣቦ ተፈልይዎ እንተ ኢልና ድማ ኣንጻር ቃል እግዚኣብሄር ክርስቶስ ብመንፈስ (ብመለኮት) ሞይቱ ንብል ኣሎና ማለት እዩ (1ጴጥ፥3፥18)።

ከምቲ ኣብ ምድሪ ጥራሕ ዘሎ እናመሰልና ኣብ ሰማይዉውን ዝነበረ፣ ኣ ቦ ዝሓደጎ ኣብ ዝመሰለናዉውን ኣቦ ምስኡ ከም ዘሎ ክረኣየና ክክእል ኣለዎ። ኪኖዉቲ ጸቢብ ደረቱን ሓጺር ቁመቱን ዝሰግር መለኮታዊ ህልውና ከም ዘለዎ ኣይንዘንግዕ፣ ንሱ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን እዩ።

ክርስቶስ ናይ ብሓቂ ሰይጢኑን ተፈጥሮኡ ለዊጡን እንተ ዝኸውን እቶም ኣብ መስቀል ዝበሎም ኣገደስቲ ቃላት ክብል ኣይምከኣለን ነይሩ።

1. "ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ሕደገሎም" ዝብል ካብ ሓደ ዝሰይጠነ ኣካል ዝወጽእ ቃል ኣይኮነን። ይትረፍ ሰይጣን፣ ዝተቐደሱ ሰባት እኳ ክብልዎ ዝከብዶም ኣብ ደረጃ ፍጽምና ዝበሃል ቃል እዩ። (ግብ፥7፥54-60)

2. ክርስቶስ ነቲ ብዛዕብኡ ጽቡቕ ዝመስከረ ከታሪ፣ "ኣብ መንግስትካ ዘክረ ኒ" ንዝብል ምሕጽንታ፣ "ሕጂ ምሳይ ናብ ገነት ክትኣቱ ኢካ" ዝብል መልሲ ክህብ ኣይምከኣለን። ሰይጣን ይትረፍ ንካልእ ሰብ ገነት ክመባጽዓሉስ ንርእሱ እኳ ኣይረክባን እዩ። ማሕደሩ ኣብ ሲኦል ስለ

ዝኮነ (ሉቃ፥23፥39-43)።

3. ክርስቶስ ሰይጢኑ እንተ ዝከውን "ነፍሰይ ናባካ ኣማዕቂባ ኣለኩ" ብምባል ንህይወቱ ናብ ኣቦ ከዕቁብ ኣይምከኣለን። ምክንያቱ እግዚኣ ብሄር ናይ ዝተዓወቱ እምበር ናይ ዝሰይጠኑ መዕቀቢ ኣይኮነን። (ሉቃ፥23፥46)

ስለዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘይኮነስ እቶም ነዚ እምነት እዚ ዝስዕ ቡ ዘለዉ ሰባት ከም ዝሰይጠኑ ኢና እንርዳእ። ኢየሱስ ንኣጋንንቲ ዘርዕድ ዕ ውት ጐይታ ደኣ እምበር፣ ተፈጥሮኡ ክሳዕ ዝልወጥ ዝስዓር ተራ ፍጡር ኣይኮ ነን። ጐይታ ኣጋንንቲ ከውጽእ ከሎ፣ እቶም ኣጋንንቲ ኣብ ቅድሚኡ ክን ቅጥቀጡን ክርዕዱን ከለዉ ይረኣዩ ነበሩ። ይትረፍ ብኣካል ከምዚ ኢሎም ክጸርፍዎ፣ ኣብ ቅድሚኡ ደው ምባል እኳ ኣይከኣሉን። ወዲ ልዑል ኣምላኽ ምኳኑ እናተኣመኑ ክምሕሮምን ክፈቕደሎምን ይልምንዎ ነበሩ።

> <u>***ማቴ፥4፥10,11***</u> ፥-"ሽዑ ኢየሱስ፣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ፣ ን እኡ በይኑ ድማ ተገዛእ፣ ጽሑፍ ኣሎ እሞ፣ <u>ኪድ ርሓቕ፣ ሰይጣን፣ በሎ። ድሕሪዚ ድያብሎስ ሓደጎ፣</u> እንሆ ድማ፣ መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ።"
>
> <u>***ማቴ፥8፥31፥32***</u> ፥-"እቶም ኣጋንንቲ ድማ፣ እተውጽኣና እንተ ኾን ካስ፣ ናብዚ መንጋሰ ሓሰማታት <u>ክንኣቱ ፍቐደልና፣</u> ኢሎም ለመን ዎ። ንሱ ከኣ፣ ኪዱ፣ በሎም። ወጺኦም ድማ ናብተን ሓሰማታት ኣተዉ። እንሆ ከኣ፣ ብዘሎ እቲ መንጋሰ ካብ ጸድፊ ነፊጹ ናብ ባሕሪ ኣተወ... ።"
>
> <u>***ማር፥1፥23-26,34***</u> ፥-"ኣብ ቤት ጸሎቶም ድማ ርኩስ መንፈስ ዝነበሮ ሰብኣይ ነበረ፣ ንሱ ከኣ፣ ኢየሱስ ናዝራዊ፣ ምሳኻ እሞ እን ታይ ኣሎና፣ <u>ከተጥፍኣናዶ መጺእካ? ኣታ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ፣ መን ምኳንካ ፈሊጠካ ኣለኹ</u>፣ እናበለ ጨደረ። ኢየሱስ ከኣ፣ <u>ስቕ በል፣ ካብኡውን ውጻእ ኢሉ ገንሖ።</u> እቲ ርኩስ መንፈስ ከኣ ፈን ጠርጠር ኣበሎ፣ ብዓብዪ ድምጺ እናጨደረ ከኣ ካብኡ ወጸ። ... ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕማም ዘለዎም፣ ብዙሓት ሕሙማት ከኣ ኣሕወየ፣

ብዙሓት ኣጋንንቲውን ኣውጽኤ፡ እቶም ኣጋንንቲ ከኣ ይፈልጥዎ ነበሩ እሞ፡ ክዛረቡ ኣይፈቐደሎምን።"

***ግብ፡16፡16-18*** ፡-"ኮነ ድማ፡ ናብቲ ጸሎት ዝግበሮ ክንከይድ ከለና፡ መንፈስ ጥንቆላ ዘለዋ ንኀይተታ ከኣ በቲ ምጥንቋላ ብዙሕ እተርብሖም ዝነበረት ግዝእቲ ተጓነፈትና። ንሳ ከኣ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ባሮት ልዑል ኣምላኽ እዮም፡ መገዲ ምድሓን ከኣ ይምህርኹም ኣለው፡ ኢላ እናጨደረት፡ ኣስኣሰር ጳውሎስን ኣስኣ ሰርናን ሰዓበት። ከምዚ እናበለ ከኣ ብዙሕ መዓልቲ ገበረት። ጳውሎስ ድማ ጒህዩ፡ ግልጽ ኢሉ ነቲ መንፈስ፡ ካብኣ ክትወጽእ ብስም ኢየሱስ እእዝዘካ ኣለኹ፡ በሎ። በታ ጊዜ እቲኣውን ወጸ።"

**እዞም ካብቲ ኣጋንንቲ ዝዛረብዎ ዝከፍእ ዝዛረቡ፡ ንክርስቶስ ናብ ደረጃ ኣጋንንቲ ከውርድዎ ዝፍትኑ ዘለው ሰባት ፍድኦም ኮን እንታይ ክከውን እዩ?!!**

## 2. "ክርስቶስ ኣብ ገሃነም እዩ ድሒኑ"

ንክርስቶስ ካብ ኣምላክነት ናብ ሰይጣን ተለዊጡ ካብ በሉ፡ ብድሕሪኡ ክብልዎ ዝክእሉ ሃተውተው መዳርግትን መወዳእታን ክህልዎ ኢልካ ክሕሰብ ኣ ይከኣልን እዩ። ናብ ሓጢኣት ድሕሪ ምልዋጡ፡ ብስጋን ብነፍስን ብመንፈስን ከ ም ዝሞተ፡ ስለዚ ከኣ ኣጋንንቲ ኀቲቶም ናብ ሲኦል ኣውሪዶም ካብቲ ብስጋ ምስ ተታሕዘ ዝረከቦ መከራ ንላዕሊ ከም ዘጽገብዎ ይምድሩ። ብናይ ስጋ ሞቱ ከድሕነና ስለ ዘይከኣለ (ስለ ዝተሳዕረ) ናይ መንፈስ ሞት ክመውት ከም ዝተገደደ ይዛረቡሉ። ነቲ ከድሕን ኢሉ ዝመጸ ጐይታ ካባና ካብ ሓጥኣን ሰባት ንላዕሊ ንርእሱ ምድሓን ዘድልዮ ሰብ ገይሮም ገሊጸምዎ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ፡ ከምዚ ዝበለ ክሕደት ክሰፍሕ ምስ ረኣየ፡ "ከምቲ ቅዱስ ጽሑፍ ዝብሎ፡ ክርስቶስ መድሕን ዓለም ከምዝኮነ ዘይኣምን ብኣንጻሩ ግን ክርስቶስ ን ርእሱ ድሕነት ከም ዘድልዮ ዝኣምን ውጉዝ ይኩን።"[166] ንሳቶም ዝብልዎ ብሂላት ንኣብነት ዝኣክል እዚ ዝስዕብ ክንጠቅስ ኢና።

- *ናይ ሓጢኣትና መቕጻዕትስ ኣብ መስቀል ምሟት እዩ ኢልኩም ትሓስ ቡ? ከምኡ እንተ ኮይኑሞ፡ እቶም ክልተ ሰረቕቲ ንዋጋኹም ክከፍልዎ ይክእሉ ነይሮም ማለት እዩ። ኣይፋሉን፡ እቲ መቕጻዕቲ ናብ ገሃነም*

ምካድን፡ ካብ ኣምላኽ ተፈሊካ ኣብ ገሃነም ንጊዜ ምግልጋል እዩ (To serve time in hell)። ሰይጣንን ኩሎም ኣጋንንቲ ናይ ገሃነም ኣብ ኢድና ረኪብናዮ ኢሎም ኣሲሮም ኣብ ልዕሊኡ መርበብ ደርበዩሉ። ናብቲ ዝዓሞቐ ክፉል ናይ ገሃነም ጐቲቶም ብምእታው ነቲ ዝተፈረደናዮ ፍርዲ ከም ዝፍጽም/ዝቐበሎ ገበሩ። መንፈስን ነፍስን ናይ ጐይታ ናብ ገሃነም ከይደን። እቲ ንሕና ክንቕበሎ ዝነበረና ፍርዲ ድማ ተቐቢልዎ። ነዚ ምእንታና ጌርዎ። ምእንታና ናብ ገሃነም ከይዱ።[70]

ፍረደሪክ ፕራይስ (Frederic K.C.Price)

- ክርስቶስ ምእንቲ ኩሉ ሰብ ኢሉ መንፈሳዊ ሞት ጥዒሙ። መንፈሱን እታ ናይ ውሽጢ ሰቡን (ነፍሱን) ኣብ ክንዳይ ናብ ገሃነም ከይደን። እዚ ክርኣየኩም ኣይክእልን? ስጋዊ ሞት ጥራይ ንሓጢኣትኩም ክርሕቖ ኣይክእልን እዩ። ንሱ ምእንቲ ኩሉ ሰብ ሞት ጥዒሙ እዩ። ንሱ ድማ ብዛዕባ መንፈሳዊ ሞት ምጥዓም እዩ ዝዛረብ ዘሎ።[71]

ኬነት ሃገን (Kenneth E.Hagin)

- ክርስቶስ "ተፈጸመ" ኢሉ ክጭርሕ ከሎ፡ ብዛዕባ'ቲ ናይ ድሕነት መደቡ ኣይኮነን ዝዛረብ ነይሩ። ቅድሚ ናብቲ ዙፋን ምካዱ፡ ገና ክሕለፍ ዘለዎ ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ኣብ ቅድሚኡ ነይሩ። ናይ ክርስቶስ ናይ መስቀል ሞት፡ ናይቲ ዝተማልአ ናይ ድሕነት ስራሕ ናይ መጀመርታ ክፋሉ ጥራሕ እዩ ነይሩ።[72]

ኬነት ኮፐላንድ (Kenneth Copeland)

Jan Crouch ሰይቲ Paul Crouch ወናኒ ናይ TBN ኣብ ቲቪ ዘንበበቶ፡

- "ሓጢኣት ስለ ዝኮነ፡ ኣብ ሓጢኣት ስለ ዝተኣልከ (ስለ ዝተሰበነ) (impregnated in sin) ብቐንዱ እቲ ኣምር (essence) ናይ ሓጢኣት ስለ ዝኮነ፡ ከም ሓደ ጽሉእ ነገር (loathsome thing) ካብ ህልውና እግዚኣብሄር ከም ዝስረዝ (banish) ተገይሩ። ንክርስቶስ እቲ ስጋዊ ህይወቱ ጥራይ ኣብ መስቀል ክውፈ እኩል ኣይነበረን። እቲ ፍጹም ሰብኣዊ መንፈሱ ናብ ታሕቲ ናብ ገሃነም ክወርድ ኔርዎ። መንፈሱ ናብ ገሃነም ጥራይ ዘይኮነስ ናብቲ ዝተሓተ ክፉል ክወርድ ኔርዎ። እግዚኣብሄር ኣቦ፡ ናብ ስቓይን ሞትን ናይ መስቀል ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ፍጹም/ንጹህ መንፈሱ፡ ከም ኣካል ናይቲ ፍትሓዊ መቕጻዕቲ ናይ ሓጢኣት ን

*ሰይጣናዊ ስቓይ ናብ ገሃነም መጥይዎ እዩ። ክርስቶስ ከም እንታይነት ወይ ከኣ ፍረ-ነገር ናይ ሓጢኣት ክሳዕ ዝነበረሉ እዋን ኣብቲ ናይ ስ ቓይ ቦታ (ገሃነም) ኣብ ትሕቲ ምሕረት ናይ ሰይጣን እዩ ነይሩ። ክርስቶስ ከም ሓጢኣት ተለልዩሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ሰይጣንን እቶም ጭፍራ ገሃነምን፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ዝጠፍአ ሓጥእ ከም ዝገዝእዎ ጌሮም ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ እውን ይገዝኡ ነበሩ። ኣብቲ መወዳእታ ዘይብሉ ዝመስል ዘመን፡ ኣብቲ ታሕተዋይ ደልሃመት ናይ ሞት* (Nether abyss of death)*፡ ሰይጣን ክንድቲ ክገብሮ ዝክእል ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ ገበረ። ብምልእታ ገሃነም ከኣ ኣብ ፌስታ (ጽምብል) ነይራ።*[74]

*ፖል ቢልሂይመር* (Paul; E. Billheimer)

እዚ ዘሰካሕክሕ ብሂላት እዚ ነየናይ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ መሰረት ጌሩ ከም ዝተላዕለ ንምግማት ብጣዕሚ እዩ ዘጸግም። ወዮ ደኣ “ነቲ ሓሶት ክሳዕ ዝኣምኑ ብርቱዕ ስሕተት ይሰደሎም” ተጻሒፉ ኮይኑ እምበር፡ ካብ ሓደ ኣንቢቡ ክርዳእ ዝክእል ኣእምሮ እትጽበዮ ነገር ኣይኮነን። ብዝኾነ ኣብዚ ብሂላቶም እዚ ዝተፈላለየ መርዛም ሓሳባት ሰፊሩ ኣሎ። ብዝተካእለ መጠን ከኣ ንዕኡ ዘርዚርና ክንርእዮ ክንፍትን ኢና።

## ክርስቶስ ብስጋ እምበር ብመንፈስ ኣይሞተን

“ክርስቶስ ብስጋ ጥራይ ዘይኮነስ ብመንፈስ ዉውን እዩ ሞይቱ” ዝብል፡ ካብቲ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከዋርድሉ፡ ትሕቲ ሰብ ናብ ደረጃ ሰይጣን ንምውራድ ዝጥቀምሉ ብሂል እዩ። ብስጋን ብመንፈስን ዝመውት ሰብ ጥራሕ እዩ። ሰብ ብመንፈስ ስለ ዝመውት ከኣ እዩ፡ መድሓኒ ዘድልዮ። እቲ ብመንፈሱ ዝሞተ ሰብ ብዘይ እቲ መንፈሱ ኡፍ ኢሉ ዝዘርኣሉ ኣምላኽ ብካልእ ብዋላ ሓደ ክድሕን ኣይክእልን እዩ። ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣካል ስጋ ተገሊጹ ምእንታና ክመውት ዘድለየሉ ምኽንያት ካብ ስጋዊ ሞት ዘይኮነስ ካብ መንፈሳዊ ሞት ከድሕነና ምእንቲ እዩ። ነዚ ካብ መንፈሳዊ ሞት ከድሕነና ዝመጸ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ ዝኾነ ጎይታ፡ ንርእሱ ከማና ተሳዒ ሩ መንፈሳዊ ሞት ሞይቱ እንተ ኢሎም፡ ካብዚ ዝኸፍአ ክሕደት ክንሰምዕ ኣ ይንክእልን ኢና። “ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ” እናበለ ክነሱ፡ ንሱ ከም ዝተሳዕረ

ክውረየሉ፡ እሞ ከኣ ብስሙ ክርስትያን ተባሂሎም ክስመዩ ምርኣይ፡ እዚ ኣብ ልዕሊ ክርስትና ክበሃል ዘይግባእ ዝዓበየ ላግጺ እዩ።

ኣብ መበል ካልኣይ ክፍለ ዘመን ክርስቶስ ብመንፈስ ኮነ ብስጋ ሞይቱ ከም ዝበስበሰ ዝኣምኑ ናይ ስሕተት ምንቅስቓሳት ከም ዝነበሩ፡ ናይ ቤተ ክርስ ትያን ኣቦታት፡ "ሓደ እኳ ባህርዩ ዘለቅቕን ዝለዋወጥን ከም ዝኮነ ገይሩ ዝኣ ምን እምበር፡ ባህርዩ ከም ዘይለቅቕን ከም ዘይለዋወጥን ካብ ምልዋጥን ምልቃቕን ርሑቕ ከም ዝኮነ ዘይኣምን ውጉዝ ይኩን።"[167] ብምባል ኣውጊዞምዎ እዮም።

"ናይ ኣማኑኤል ስጋ ጥፍኣት መቓብር ኣጋጢምዎ ዝብል እንተሎ፡ እቲ ከምዚ ዝብል ሰብ ነቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝርከብ ክብሪ ኣይክወርስን እዩ። ቃል እግዚኣብሄር፡ ኣቦ ብናይ ገዛእ ርእሱ ፍቓድ ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓመመ፡ ምእን ታና ብናይ ኣቡኡ ፍቓድ ብስጋ ሞተ ኢሉ ዝኣምን ግን ፍቱሕ ይኩን።"[168] ብምባል መርገጺ ቤተ ክርስትያን ዘነጸረ፡ ቅዱስ ቴዎዶስዮስ፡ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ናይ እስክንድርያ ድማ ክርስቶስ ብስጋ እምበር፡ ብመንፈስ (ብመለኮት) ከም ዘይሞተ ኣነጺሩልና እዩ።

ካብ ሃዋርያ ጴጥሮስ ናይ ኣንጾክያ ቤተ ክርስትያን ሳልሳይ ሊቀ ጳጳስ ዝነበረ ኣግናጤዎስ ነቶም ክርስቶስ ብስጋን ብመንፈስን (ብመለኮት) ሞይቱ ዝብሉ፡ "ንሕና ክርስቶስ ብትስብእቱ (ብስጋ) ከም ሰብ ከም ዝሓመመ፡ ብመለኮቱ ግና ከም ዘይሓምም፡ ብስጋ ሞት ከም ዝጠዓመ ብመለኮቱ ግና ከም ዘይመውት ንኣምን ኢና። ኣንታ ንስካ 'መለኮት ሓሚሙ ሞይቱ' እትብል ግና ቃልና ሰሚዕካ ሕፈር።"[170] ብምባል ቤተ ክርስትያን ብዛዕባ ሞት ክርስቶስ ዘለዋ መርገጺ ኣነጸረ።

ቃል እግዚኣብሄር፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ጥራሕ እምበር ብመንፈስ (ብመለኮት) ከም ዘይሞተ ኣነጺሩልና እዩ። ስጋዊ ሞት ናይ ክርስ ቶስ ንድሕነት ምልእቲ ዓለም ኣኪሉ ይተርፉ እምበር ኣይውሕዳን እዩ። ሞት ናይቲ ንጹህ ገንሸል ክርስቶስ፡ ምስቲ ድምር ሞት ናይ ኩሉ ፍጥረት ሰብ፡ ኣብ ሚዛን እንተ ዝቕመጥ፡ ሞት ክርስቶስ ክግለጽ ዘይክእል ዕቤት ከም ዘለዎ ምተገንዘብና። ካብ ፍጥረት ጀሚርካ ዝነበሩ ሰባት እንተ ሞቱ ኩላቶም ብሓጢኣ ቶም እዮም ዝሞቱ ዝግብኦም ከኣ እዩ። እቲ ንጽህናኡን ዕቤት መንነቱን

ብቓላት ኪግለጽ ዘይክእል ጉዶታ ዘይግብኦ ሞት ክመውት ከሎ ክብደትን ዕ ቤትን ሞቱ ክጽወር ዘይከኣል እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ክመውት ከሎ፡ ምድሪ ዘን ቀጥቀጠት ጸሓይ ከኣ ብርሃና ዝከልአት። ንስጋዊ ሞት ክርስቶስ ምቅላል፡ ንደም ወዲ ኣምላክ ምስትንዓቕን ምርጋጽን ኪኖ ሕድገት ዝሰግር በደል ምኳኑ ክንዝን ግዕ ኣይግባእን። እዞም ዝስዕቡ ሓቅታት ብዛዕባ ክርስቶስ ብስጋ ጥራይ ምሟቱ፡ ንምድሓንና ዝተከፍለ ሞት ስጋዊ ሞት ጥራይ ምኳኑን ኣካሊ ምንባሩን ዝገልጹልና እዮም።

> ***1ጴጥ፡3፡18*** :-"ክርስቶስ ድማ፡ ናብ ኣምላክ ምእንቲ ከቕርበና ኢሉ፡ ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ሓጢኣት ሞተ፡ <u>ብስጋ ሞተ፡ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ።"</u>
>
> ***እብ፡10፡10*** :- "በዚ ፍቓድ እዚ በቲ ሓንሳእ ንሓዋሩ ዝኣክል እተሰውአ <u>መስዋእቲ ስጋ ኢየሱስ ክርስቶስ</u> ተቐዲስና ኣሎና።"
>
> ***እብ፡10፡19-20*** :- "ስለዚ ኣሕዋተየ፡ በቲ መጋረጃ፡ ማለት ብስ ግኡ ዝቀደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም ኢየሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዝህልወና፡"
>
> ***ሮሜ፡7፡4*** :-"ኣሕዋተየ፡ ከምኡ ድማ ንስካትኩም፡ ንኣምላክ ፍረ ምእንቲ ክንፈሪ፡ ንካልእ፡ ነቲ ካብ ምውታት ዝተንስአ ክትኮኑ፡ <u>ብስጋ ክርስቶስ ካብቲ ሕጊ ሞትኩም</u>።"
>
> ***ቈሎ፡1፡22-23*** :- "ካብቲ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኩሉ ፍጡር እተሰብከ ወንጌል፡ ኣነ ጳውሎስ ዝኣገልጋሊኡ፡ ከይተናቓነቕኩም፡ ተሰሪትኩምን ደልዲልኩምን ብእምነት እንተ ጸናዕኩምሲ ኣበርን ነቐፋን ዘይብሎም ቅዱሳን ገይሩ፡ ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ከቐውመኩም፡ <u>ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ዓረቐኩም</u>።"
>
> ***1ጴጥ፡2፡24*** :- "ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ክን ነብር፡ ንሱ ባዕሉ <u>ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕጨይቲ ጾሮ</u>፡ ብቑስሉ ኢኹም ዝሓዊኹም።"

***ኢሳ፥53፥5*** ፡- “ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቆሰለ፥ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተከትከተ፥ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፥ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፥ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዊና።”

***1ጴጥ፥4፥1*** ፡- “እምበኣር ክርስቶስ ብስጋኡ ተሳቕዩ እዩ። ሓደ ሰብ ብስጋኡ ምስ ተሳቐየ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ እሞ፥ ንስካትኩ ምውን በዚ ሓሳብ እዚ ተዓጠቑ።” (ሓድሽ ትርጉም)

***ሉቃ፥22፥19,20*** ፡- “እንጌራ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ ቆረሶ፥ እዚ ምእንታኩም ዝወሃብ ዘሎ ስጋይ እዩ፥ እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ፥ ኢሉ ሃቦም። ከምኡ ድማ ድማ ድሕሪ ድራር ነታ ጽዋእ ኣልዒሉ፥ እዛ ጽዋእ እዚኣ እቲ ምእንታኩም ብዝፈስስ ዘሎ ደመይ እተገብረ ሓድሽ ኪዳን እያ።”

***1ቈረ፥11፥24-26*** ፡- “ኣመስጊኑ ቖረሰ፥ እሞ፥ ውሰዱ፥ ብልዑ፥ እዚ ምእንታኩም እተዋህበ ስጋይ እዩ፥ እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ፥ በለ። ከምኡ ከኣ ድሕሪ ድራር ነታ ጽዋዕ ኣልዓለ እሞ፥ እዛ ጽዋእ እዚኣ ብደመይ ሓድሽ ኪዳን እያ። ብትሰትይዎ መጠን ንመዘከ ርታይ ግበርዎ፥ በለ። ማለት፥ እዛ እንጌራ እዚኣ ብትበልዕዋ፥ እዛ ጽዋእ እዚኣውን ብትሰትይዋ መጠን፥ ክሳዕ ጐይታ ዝመጽእ፥ ሞቱ ትነግሩ ኢኹም።”

## ብደሙ ኢና ድሒንና

ክርስቶስ በቲ ዝተቐርሰ ስግኡን፥ በቲ ካብ ስግኡ ዝፈሰሰ ደሙ ጌሩ ከም ዘድሓነናን ከም ዝዓደገናን እዩ ቃሉ ዘረጋግጸልና። ብደሙ ነጺህናን ተዓ ዲግናን ናብ ኣቦ እንቐርበሉ ጸጋ ረኪብናን ክነስና እዚ ኣካሊ ኣይኮነን ኢልና እንተ ኣቃለልናዮ ደም ኪዳን ነርክስን ንረግጽን ኣሎና እሞ፥ ስለዚ ከኣ ንስሓ ብዘይብሉ ሓጢኣት ክንጠፍእ ኢና።

***ማቴ፥26፥28*** ፡- “ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሃቦም፥ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዝፈስስ ዘሎ ናይ

ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ፣ ካብዚ ኩሉኹም ስተዩ።”

***ዮሃ፣6፣56*** ፦ “እቲ ስጋይ ዝበልዕ ደመይውን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር፣ ኣነውን ኣብኡ።”

***ግብ፣20፣28*** ፦ “ስለዚ ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዝጥረያ ማሕበር ጐይታን ክትጓስዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስቆጶሳት ጌሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኩሉ መጓሰ ሓልው።”

***ሮሜ፣5፣9*** ፦“እምበኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸድቕና ደኣ፣ ክንደይ ካብቲ ቊጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን።”

***ቈሎ፣1፣20*** ፦ “ብእኡ ብደም መስቀሉ ጌሩ ሰላም ምስ ገበረ ክኣ፣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኩሉ ንርእሱ ተዓሪቕዎ እዩ።”

***እብ፣9፣14,22*** ፦ “ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ጌሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፣ ንስካትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ክንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምውት ግብሪ ዘየንጽሆ? ... ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኩሉ ብደም እዩ ዝጸሪ፣ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ።”

***እብ፣10፣19-22*** ፦ “ስለዚ፣ ኣሕዋተየ፣ በቲ መጋረጃ፣ ማለት ብስጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም ኢየሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዝህልወና፣ ኣብ ቤት ኣምላኽውን ዓብዪ ካህን ካብ ዝህልወናስ፣ ልብና ካብ ክፉእ ሕልና ተነጺጉ፣ ስጋናውን ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ፣ ምሉእ ብተረዳእናያ እምነት ብቕኑዕ ልቢ ንቕረብ።”

***1ጴጥ፣1፣18,19*** ፦ “ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልክምዎ ከንቱ ንብረትኩም፣ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርክሰትን ዘይብሉ ገንሸል፣ ብክቡር ደም ክርስቶስ እምበር፣ ብጠፋኢ ነገር፣ ብብሩር ወይስ ወርቂ፣ ከም ዘይደሓንኩም፣ ትፈልጡ ኢኹም።”

***1ዮሃ፤1፤7*** ፦ "ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፣ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና፣ ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና፣ ደም ኢየሱስ ክርስ ቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ።"

***ራእ፤1፤4,5*** ፦ "ዮሃንስ ነተን ኣብ እስያ ዘለዋ ሸውዓተ ማሕበራት፣ ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዝመጽእን፣ ካብቶም ኣብ ቅድሚ ዙፋኑ ዘለው ሸውዓተ መናፍስትን ካብቲ እሙን ምስክርን በኩሪ ምውታትን ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኮነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኩን። ንእኡ፣ ነቲ ዘፍቅረና ዘሎ፣ ካብ ሓጢኣትናውን ብደሙ ዝሓጸበና፤..."

***ራእ፤5፤9,10*** ፦ "ንሳቶም ከኣ፣ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓ ሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ዓ ዲግካሉ ኢኻ፣ ንኣምላኽና ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ጌርካዮም፣ ኣ ብ ምድሪ ድማ ክነግሱ እዮም እሞ፣ ንስኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስ ዶ፣ ነቲ ማሕትሙውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ፣ እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ።"

***ራእ፤7፤14*** ፦ "ኣነውን፣ ጐይታይ ንስኻ ትፈልጥ፣ በልክዎ። ንሱ ከኣ እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹ እዮም። ንኽዳውንቶም ከኣ ብደም እቲ ገንሸል ሓጺቦም ኣጻዕደዉ፤"

***ራእ፤12፤11*** ፦ "ሳላ ደም እቲ ገንሸልን ሳላ እቲ ቃል ምስክሮምን ድማ ሰዓርዎ፣ ንህይወቶምውን ክሳዕ ሞት ኣየፍቀርዋን።"

## ተፈጸመ

ስለዚ ንሕና በቲ ስጋዊ ሞት ክርስቶስ ማለት ከኣ በቲ ዝተቖርሰ ስ ግኡን ብዝፈሰሰ ደሙን ደኣ እምበር ብመንፈሳዊ ሞቱ ኣይደሓንናን። ስለዚ ከኣ

እዩ ጎይታ እቲ ብስጋ ክክፈል ዘለዎ መስዋእትነቱ ምስ ወድአ "ተፈጸመ" ዝበለ። ድሕሪ "ተፈጸመ" ክጅመር ወይ ክቐጽል ዝክእል ታሪክ የለን። ክርስቶስ "ተፈጸመ" ዝበለ እቲ ብስጋኡ ክፍጽሞ ዝነበሮ ኩሉ ፈጺሙ ምስ ወድአ እምበር ብመንፈስ ምስ ሞተ ኣይኮነን። ክርስቶስ ብስጋ ክመውት ከሎ ኸዕኡ ድማ መጋረጃ ቤት መቕደስ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ተተርተረ። እዚ ክልቲኡ ፍጻሜታት እዚ ብሓንሳእ ዝተከስተሉ መለኮታዊ ምክንያት ኣለዎ።እዚ ምስጢር እዚ ኣብ እብራውያን ተገሊጹ ኣሎ።

***ማር፥15፥38*** ፥-"መጋረጃ ቤት መቕደስ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ኣብ ክልተ ተተርተረ።"

***እብ፥10፥19-22*** ፥-"ስለዚ፥ ኣሕዋተየ በቲ መጋረጃ፥ ማለት ብስ ጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም ኢየሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዝሀልወና፥ ኣብ ቤት ኣ ምላኽውን ዓብዪ ካህን ካብ ዝሀልወናስ፥ ልብና ካብ ክፉእ ሕልና ተንጺጉ፥ ስጋናውን ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ፥ ምሉእ ብተረዳእናያ እምነት ብቕኑዕ ልቢ ንቕረብ።"

***2ቈረ፥3፥14-16*** ፥-" ግናኸ ኣብቲ ብሉይ ኪዳን ከንብቡ ከለው፥ እቲ ብክርስቶስ እተቐንጠጠ መጋረጃ ክሳዕ ሎሚ መዓልቲ ኣ ይተቐልዓሎምን እሞ፥ ሓሳቦም ደንዚዙ ኣሎ። ክሳዕ ሎሚ ንሙሴ እናኣንበብዎ፥ እቲ መጋረጃ ኣብ ልቦም ዝርጉሕ ኣሎ። ናብ ጐይታ ምስ ተመልሱ ግና፥ እቲ መጋረጃ ኪቕንጠጥ እዩ።"

እቲ ኣብ ቤት መቕደስ ዝነበረ መጋረጃ፥ ናይ ስጋ ክርስቶስ ምሳሌ እዩ። ስጋ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ኣብ ዝሞተላ ህሞት፥ መጋረጃ ኣብ ቤት መቕደስ ምቕዳዱ ናይዚ ምስጢር እዚ ሓቅነት የረጋግጽ። እዚ ድማ ስጋዊ ሞት ክርስቶስ ነቲ ናብ ኣምላኽ ዘብጽሕ መንገዲ ምክፋቱን ንዓናዉውን ናይ ምእታው መሰልን ትብዓትን ከም ዘዉሓሰና ዘረጋግጽ እዩ።

## ክርስቶስ ናብ ሲኦል ብዓወት እዩ ዝወረደ

እቲ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ሲኦል ምውራድ ድማ መንፈሳዊ ሞት ሞይቱ ስለ ዝተሳዕረ እምበር ስዒሩ ከም ዝወረደ ኣይኣምኑን እዮም። ኣብ ምትርጓም ናይዚ ሓሳብ እዚ ኣብያተ ክርስትያን ኣብ ክልተ እየን ዝክፈላ። እተን ገሊኣን ክርስቶስ ፈጺሙ ናብ ሲኦል ኣይወረደን ክብላ ከለዋ፡ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን እትርከበን ካልኦት ድማ ክርስቶስ ብስዕረት ዘይኮነስ ብዓወት ናብ ሲኦል ከም ዝወረደ ይኣምና። ነቶም ንናይ ክርስቶስ ተስፋ እናተጸበዩ ብእምነት ዝሞቱ፡ ክርስቶስ መጺኡ ሓራ ስለ ዘየውጽኦም ኣብ ትሕቲ ሰይጣን ኣብ ሲኦል ንዝጸንሑ ነፍሳት ከይዱ ወንጌል ሰቢኩ ማሪኩ ካብ ሲኦል ከም ዘውጽኦም ይኣምና።

***1ጴጥ፡3፡18,19*** ፡- “ክርስቶስ ድማ፡ ናብ ኣምላክ ምእንቲ ቐርበና ኢሉ፡ ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ሓጢኣት ሞተ፡ ብስጋ ሞተ፡ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ። ብእኡ ከይዱ ድማ ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝነበሩ መናፍስቲ ሰበከሎም።” መናፍስቲ ማለት ነፍሳት ማለት ምዃኑ ኣብ ሓድሽ ትርጉም ተገሊጹ ኣሎ።

***1ጴጥ፡4፡6*** ፡- “ከምቲ ናይ ሰብ ብስጋ ኮይኖም ክፍረዱ፡ ከምቲ ናይ ኣምላክ ግና ብመንፈስ ኮይኖም ብህይወት ምእንቲ ክነብሩ ኢሉ እዩ ንምውታት ድማ ብስራት እተነግረ።”

***ኤፌ፡4፡9,10*** ፡- “እዚ፡ “ደየበ”፡ ዝብል ግና፡ ናብቲ መዓሙቕ ክፍሊ ምድሪውን ምውራዱ እንተ ዘይኮይኑስ፡ እንታይ ማለት እዩ? እቲ ዝወረደ፡ ንኩሉ ምእንቲ ክመልእ፡ ልዕሊ ኩሉ ሰማያት ዝደየበውን ንሱ እዩ።”

***ቈሎ፡2፡14,15***፡- “ነቲ ብሕጋጋት ዚቃወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ከኣ፡ ንእኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ካብ ማእከል ኣርሓቖ። ነቶም ሕልቕነታትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ፡ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ፡ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም።”

በዚ ጥቕስታት እዚ መሰረት ክርስቶስ ንሲኦል ብዓወት ክማርክን ከስተሓፍርን ደኣ እምበር ተሳዒሩን ተማሪኩን ኣይወረደን። ናይ ክርስቶስ ቦታ ኣብ ገነት ኣብ ሰማያት ደኣ እምበር ኣብ ሲኦል ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ እዩ ነቲ ዝተማሕጸኖ ከታሪ “ሎሚ ኣብ ገነት ምሳይ ክትከውን ኢካ” ኢሉ ዘይዕጸፍ ተስፋ ዝሃቦ። ገነት ድማ ኣብ ሳልሳይ ሰማይ እዩ ዝርከብ።

***ሉቃ፥23፥42,43*** ፦ "ንኢየሱስ ከኣ፡ ጎይታይ፡ ብመንግስትካ ምስ እትመጽእ ዘክረኒ፡ በሎ። ኢየሱስ ድማ፡ ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከ ም እትኸውን፡ ብሓቂ እብለካ ኣለኹ፡ በሎ።"

***2ቈረ፥12፥2-4*** ፦ "ቅድሚ ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመት ሓደ ሰብኣይ ብክርስቶስ፡ እዚ ከምዚ ዝበለ ክሳዕ ሳልሳይ ሰማይ ከም እተዘረፈ፡ እፈልጥ ኣለኹ። ኣብ ስጋ ምንባሩ ኣይፈልጥን፡ ኣብ ወጻኢ ስጋ ምንባሩ ኣይፈልጥን፡ ኣምላኽ ይፈልጥ። ናብ ገነት ከም ዝተዘረፈ እሞ፡ ሰብ ክዛረቦ ዘይተፈቕደሉ፡ ዘይንገር ዘረባውን ከም ዝሰምዐ፡ እፈልጥ እየ።"

ኣብዚ ኣብ ልብና ክፍጠር ዝኽእል ሕቶ ኣሎ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስ ቶስ ድሕሪ ሞቱ ምስቲ ከታሪ ናብ ገነት ድዩ ከይዱ ወይስ ናብ ሲኦል ክማርክ ወሪዱ ዝብል እዩ። እዚ ነቲ መሎኮታዊ መንነት ናይ ክርስቶስ ካብ ምዝንጋዕ ዝመጽእ ሕቶ እዩ። ጐይታ ብኣካል ስጋ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉ፡ ኣብቲ ወቕቲ እቲ፡ ኣብ ሰማይ ድማ ከም ዝነበረ፡ ኩሉ ዝኽእል፡ ኣብ ኩሉ ዝርከብን ኣምላኽ ምዃኑ ቃሉ ኣነጺሩልና እዩ። ነዚ ንብዘሎ ኣድማስ ዝመልእ ሉኣላዊ ኣ ምላኽ ዝኾነ ክርስቶስ ኣብ ገነት ይኩን ኣብ ሲኦል ኣብ ሓደ ጊዜ ክይርከብ ዝድርቶ መን እዩ? እቲ መንነት ጐይታ ኣብ ምስትውዓል ዝተደረተ ሰብ ጥራሕ እዩ ክከ ውን ዝኽእል።

***ዮሃ፥3፥13*** ፦ "ብጀኽ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ፡ ናብ ሰማይ ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን።"

***መዝ፥139፥7,8*** ፦ "ካብ መንፈስካ ናበይ ክከይድ፡ ካብ ገጽካስ ናበይ ክሃድም እየ? ንሰማይ እንተ ደየብኩ፡ ንስካ ኣብኡ ኣሎኻ፡ መንጸፈይ ኣብ ሲኦል እንተ ኣንጸፍኩ፡ እንሆ ንስካ ኣብኡ ኢኻ።"

ኣብዚ ካልእ ክነስተውዕሎ ዘሎና ሓቂ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክመውት ከሎ ንነፍሱ ናብ ኣቦ እዩ ኣማዕቈብዋ። መንፈሳዊ ሞት ሞይቱ፡

ሰይጢኑ ወይ ተሳዒሩ እንተ ዝከዉን ንነፍሱ ናብ ኣቦ ከማዕቁብ ኣይምከኣለን ነይሩ። ምክንያቱ እግዚኣብሄር ይትረፍ ናብ ሓጢኣት ንዝተለወጠ ንዝሰይጠነ ሰብሲ፥ ሕድገት ንዘይረከበ ሓጥእ ሰብ እኳ ዕቑባ ኣይከውንን እዩ።

> ***<u>ሉቃ፥23፥46</u>*** ፥- "ኢየሱስ ብዓብዪ ድምጺ፥ ኣቦይ፥ ንነፍሰይ ኣብ ኢ ድካ ኣማዕቁባ ኣሎኹ፥ ኢሉ ጨርሐ። እዚ ምስ በለ፥ ነፍሱ ወጸት።"

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ በቲ ናይ ሞት መልኣክ ብድያብሎስ፥ ኣ ይተሳዕረን። ብኣንጻሩ ክርስቶስ ንሰይጣን ብዘገርም መንገዲ እዩ ስዒርዎ። ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ድያብሎስ፥ ዘለዎ ዘበለ ሓይሉ ኣካኪቡ ዘይኮነስ ፥ብሞቱ እዩ ስዒርዎ። ከምቲ "ካብ ሰብሲ ዕሽነት ኣምላኽ ይጠብብ፥ ካብ ሰብ ከኣ ድካም ኣምላኽ ይብርትዕ" ዝተባህለ፥ እዚ ሓቂ እዚ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ሰይጣንን'ውን ተጋሂዱ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ፥ ብዕሽነት እዩ ንጥበብ ሰይጣን ዘስተሓፈሮ፥ ብድካም ድማ ንሓይሊ ሰይጣንን ንመላእኽቱን ንሰዓብቱን ስዒሩ ናብቲ ዝተዳለወሎም ናይ ዘለኣለም ሓዊ ዝደርበየ።

> ***<u>እብ፥2፥14,15</u>*** ፥- "እምበኣር ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም ኣልዓሎ እምበር፥ ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን እሞ፥ እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዝሓብሩስ፥ <u>ብሞቱ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ክስዕር፥ ንሱውን ድያብሎስ እዩ</u>፥ ነቶም ብፍርሃት ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዝነበሩ ኩላቶም ሓራ ምእንቲ ከውጽኦም ኢሉ፥ ንሱውን ብእኡ ሓበሮም።"
>
> ***<u>ማቴ፥25፥41</u>*** "ድሕሪ እዚ ኣብ ጸጋሙ ንዘለው ይብሎም፥ ኣቱም ርጉማት፥ ካባይ ርሓቑ፥ <u>ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን እተዳለወ ናይ ዘለኣለም ሓዊ።</u>"

## 3. ክርስቶስ ኣብ ገሃነም እንደገና ተወሊዱ

እዚ ትምህርቶም እዚ ድማ ካብቶም ዘሰክሑ ትምህርትታት ሓደ እዩ። "ክርስቶስ እንደገና ተወሊዱ" ክብሉ ከለዉ እንታይ ማለቶም ከም ዝኮነዉውን ግሉጽ ኣይኮነን። ንሰብ ዳግም ተወሊዱ እንተ ኢልና፥ እቲ ቀዳማይ ካብ ኣቦኡን

ኣዲኡን እቲ ካልኣይ ድማ እቲ ካብ ኣምላክ ዝውለዶ ዳግም ልደት እዩ። ክርስ ቶስ እንደገና ተወሊዱ ክብሉ ከለው እቲ ካልኣይ ልደቱ ካብ መን ምኧኑ እኧ ግሉጽ ኣይገብርዎን እዮም። ካብ ሓደ ወላዲ ክልተ ግዜ ክትውለድ ከኣ ኣብ ተፈጥራዊ ኮነ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዘይንቡርን ዘየሎን ተርእዮ እዩ። ስለዚ ድማ ነቲ ቀዳማይ ልደቱ ፈጺሙ ኣጥፊእዎ ከም ዝነበረ እዮም ክነግሩና ዝፍትኑ ዘለዉ። ቅድሚ ብዛዕብኡ ገለ ምዝራብና እቲ ንሳቶም ዝምድርዎ ሃተውተው ብሂላት እስኪ ንርኣዮ።

- *ኣብ ገሃነም ክርስቶስ ምእንታይን ምእንታኹምን ተሳቕዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ገሃነም ንሰይጣንን ንመላእኽቱን ተዳልዩ እዩ ዝብል (ማቴ፥25፥41)። ንሰባት ተባሂሉ ኣይተዳለወን። ሰይጣን ንወዲ ኣምላክ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ እዩ ኣብኡ ሒዝዎ ነይሩ። እቲ መጸወድያ ን ሰይጣን ተጸዊዱሉ ነበረ። እቲ ኣብቲ መጸወድያ ንሰይጣን ተቐሚጡሉ ዝነበረ መስሓቢ/መታለሊ ድማ ኢየሱስ እዩ።*[15.1] *ሰይጣን ዝረስዖን ኣብ ግምት ዘየእተዎን ነገር እንተ ነይሩ፥ ክርስቶስ ከም ውጽኢት ናይቲ ዝጸሮ ሓጢኣት ናይ ካልኦት ሰባት ደኣ ሓጢኣት ኮይኑ እምበር ንሱ ባዕሉ ፈጺሙ ሓጢኣት ከም ዘይገበረ እዩ።*[74]

  *ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *ሰይጣንን ነፍሲ ወከፍ ጋኔንን ንመንፈስ ናይ ክርስቶስ ብዘይ ሕጋዊ መ ሰል ኣብ ሲኦል የሳቕይዎ ነበሩ። እታ እግዚኣብሄር ዝደልያ ዝነበረ መእተዊት ሃንፍ እዚኣ እያ ነይራ። ነዛ ጊዜ እዚኣ ብምጥቃም፥ እግዚኣብሄር <u>ነተን እምነት ዝመልኣ ቃላቱ</u> ናብ መዓሙቕ ምድሪ (ናብ ገሃነም) ተዛሪብወን። ብሃንደበት እቲ ቃል ናይቲ ህያው ኣምላክ ናብ ታሕቲ ናብቲ ናይ ዕንወት ጉድጓድ ከይዱ፥ ንመንፈስ ናይ ክርስቶስ ብናይ ትንሳኤ ሓይሊ መልኦ* (Charge *ጌርዎ*)*። ብድንገት እቲ ተጠምዚዙን ብሞት ተገፊዑን ዝነበረ መንፈስ ክርስቶስ* (twisted and death wracked spirit of Jesus) *ሓይሊ ክመልእን ናብ ህይወት ክምለስን ጀመረ። ቅድሚ ሕጂ ሰይጣን ርእይዎ ናብ ዘይፈልጥ ትርኢት ክልወጥ ጀመረ። ብካልእ ኣዘራርባ፥ <u>ኣብ ቅድሚ ኣዒንቲ ሰይጣን ከም ብሓድሽ ተወልደ</u>። ነቲ መንፈሳዊ ጭዋዳታቱ ክዘራግሖ ጀመረ። ኢየሱስ ከም እንደገና ዝተወልደ ሰብ፥ ከም በኹሪ ናይ ኩሎም ምውታት።... እቶም ሰራዊት ኣጋንንቲ እናረኣዩ፥ ክርስቶስ ንሰይጣን ኣብታ ናቱ ገደና*

*ወቕዖ። ናይ ሰይጣን መፋትሕ መንዚዑ፡ ከም ዳግማይ ዝተወልደ ሰብ ካብ ገሃነም ወጺኡ።*[75,76]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- <u>*ክርስቶስ ኣብ ጉድጓድ ናይ ገሃነም እንደገና ተወልደ።*</u> *ንሱ በኲሪ ካብ ምውታት እዩ፡ ንሱ ነታ ናይ በኲራት ቤተ ክርስትያን ኣብ ደጌታት ሲኦል (ገሃነም) እዩ ጀሚርዋ።* <u>*ናብ ደጌታት ሲኦል ከይዱ ንቤተ ክርስ ትያኑ ኣብኡ መስሪትዋ። ቤተ ክርስትያን ኣብ ደጌታት ሲኦል፡ ክርስቶስ እንደገና ምስ ተወልደ እያ ጀሚራ።*</u>[149]

*ቻርለስ ቻፕስ* (Charles Capps)

- *እቲ ናይ መጀመርታ ካልኣይ ዝተወልደ ሰብ ኢየሱስ እዩ።*[77]

*ኬነት ሃገን* (Kenneth E. Hagin)

- *ክርስቶስ እንታይነት/ፍረ ነገር* (Essence) *ናይ ሓጢኣት ናብ ምኳን ስ ለ ዝተለወጠ፡ ብኣምላክ ህያው ንክከውን እቲ ቀደም ምስ ኣቦ ዝነበሮ ሕብረት ምእንቲ ክምለሰሉን፡ እንደገና ክውለድ ኣለዎ። ሓጢኣት ካብ ኣቦ ፈጺሙ ፈልይዎ ስለ ዝነበረ፡ እታ ምስ ኣቦ ዝነበረቶ ሕብረት ክትምለሰሉ እትክእል እንኮ መንገዲ፡ ብሓድሽ ልደት ናብ ሓድሽ ህይወት ብምምጻእ ጥራሕ እዩ።* (Jan Crouch *ኣብ* TBN *ዘንበበቶ ናይ* Paul Bill Heimer Commentary) [78]

*ፖል ቢልሄይመር* (Paul E. Billheimer)

- *መንፈስ እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ተዛሪቡኒ፡ "ነዚ ኣስተውዕሎ እዚ ወደይ፡ ሕጂ በዚ ነገርዚ ሰዓበኒ፡ እቲ ዝዓበካሉ ልምዲ/ባህሊ ክዕንቅፈካ ኣይትሕደጎ። "ከምዚ ሕሰብ፡ ክልተ ጊዜ ዝተወልደ ሰብኣይ ንሰይጣን ኣብ ግዝኣቱ ወቒዕዎ።" ብስምባደ ከምዚ ጌረ ንመጽሓፍ ቅዱሰይ ደርብየዮ። "እንታይ!!" ከኣ ኢለዮ፡ እንደገና፡ "እቲ ካልኣይ ዝተወልደ ሰብኣይ ንሰይጣን ስዒርዎ። እቲ በኲሪ ናይ ብዙሓት ኣሕዋት ን ሰይጣን ስዒ ርዎ። ንስካ ድማ እቲ ትክክል መልክዕን ቅዳሕን ናቱ ኢካ። ኣነ ድማ* "My goodness, gracious sakes alive!" *ኢለ ተደኒቐ። ሽዑ ኣብ ገሃነም እንታይ ከም ዝተካየደ ክረኣየኒ ጀመረ። ከምዚ ድማ*

*ኢለ "ንስኻ ድማ ልክዕ ከምኡ ክትገብር ትክእል ኢኻ ማለትካ ጥራይ ከ ይከውን፣ ናይ ልብኻ (ማለትካ) ኣይመስለንን"። መንፈስ ቅዱስ "እሂ ደኣ፣ ከምቲ ናቱ (ናይ ኢየሱስ) ዝበለ ፍልጠት ቃል ኣምላኽ እንተ ሃልዩካ፣ ንስኻ'ውን ከም ናቱ ክትገብር ምከኣልካ፣ ምኽንያቱ ድማ ንስ ካውን ካልኣይ ዝተወለድካ ሰብ ስለ ዝኾንካ ኢዩ።"[79]*

*ኬነት ኮፕላንድ* *(Kenneth Copeland)*

*(እዚ ብምግላጽ ዝተረኽበ ፍልጠት እዩ)*

- *መንፈስ ቅዱስ ሕጂ ገለ ነገር የርእየኒ ኣሎ። ይከብደኒ/ይድንዝዘኒ ኣ ሎ። ሓቂ እየ ዝዛረበኩም ዘለኹ፣ ኣብ ልዕለይ ሕጂ ይከብደኒ ኣሎ። ክርስቶስ ሕጂ ኣብ ትሕቲ መሬት እዩ ዘሎ። ኣቦ ኣብኡ የለን፣ መን ፈስ ቅዱስ ኣብኡ የለን። ካልኣይ ተወሊዱ ነይሩ። ካልእ ዘሰንብድዶ ትደልዩ? ካልኣይ ተወሊድኩምዶ? ንሱ'ውን ተወሊዱ እዩ። ዝኾነ ሰብ ከ ታልለኩም ኣይትሕደግዎ። ክርስቶስ ዳግማይ ተወሊዱ እዩ። "እንታይ ዘረብኡ ኢኻ ትዛረብ ዘለኻዶ" ትብሉ ኣለኹም፣ ዳግማይ ተወሊዱ እዩ። ናይ ግድን እዩ ካልኣይ ክውለድ። ንሱ ዳግማይ እንተ ዘይውለድ ነይሩ፣ ኣነ ክውለድ ኣይምከኣልኩን ነይረ። ደሓር ኣብ ቅድሚኡ ደው ምስ በልኩ ከመይ ጌረ፣ "ብዘይካ ብዳግማይ ልደት፣ ኣነ ብዝሓለፍክዎ ኩ ሉ ሓሊፍካ ኢኻ፣ ክብሎ።[80]*

*ቤኒ ሂን* *(Benny Hinn)*

ኣብዚ ብሂላት ዘሎ ትሕዝቶ ምስ እንዕዘብ ገሊኡ ምስቲ ኣቐዲሞም ክብልዎ ዝጸንሑ ዝጋጮ እዩ። እዞም መመሊሶም ነቲ ነውሮም ዘዕፍሩ ሰባት ነቲ ክሕደት ኣብ ረርእሲ እናወሰኩሉ እዮም ዝከዱ። ኣብዚ ብሂላት እዚ ንዘሎ ገለ ገለ ነጥብታት ንርአ።

## ክርስቶስ እንደገና ኣይተወልደን

ኣብዚ ዝሓለፈ ኣርእስቲ ከም ዝረኣናዮ ብዝሒ ሓጢኣት ካብ ምጻሩ ዝተላዕለ ናብ ሓጢኣት ከም ዝተለወጠ ነጊሮምና። እዚ ጉይታ ዝገበሮ ናይ ተፈጥሮ ለውጢ፣ ኣጋንንቲ ናብ ገሃነም ኣውሪዶም ከም ድላዮም ንከላግጽሉ ዕ ድል ከም ዝሃቦም ብዝርዝር ተዛሪቦሙሉ እዮም። ሕጂ ድማ እቲ

ሰይጣን ንክርስቶስ ኣብ ገዛነም ዘውረደሉ መከራ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ እዩ ይብሉ ኣለዉ። ከምቲ ኣቐዲሞም ዝበልዎ፣ ሰይጢኑ ነይሩ እንተ ኮይኑ፣ ኣብኡ ከሳቕይዎ ሕጋዊ ጥራይ ዘይኮነስ ልዕሊ ኡውዉን መሰል ነይርዎም ማለት እዩ። እንተ ኮነ፣ ናይ ሓሶት መሰረታዊ ጸገም ክድገም ዘይክእል ምኳኑ ስለ ዝኮነ፣ ነቲ ዝቐደመ ክሕደቶም ክከ ድኑ ክብሉ ካልእ ዝገደደ ክሕደት እዮም ዝፍጽሙ።

## ክርስቶስ ህይወት ዝህብ ህያው ኣምላክ እዩ

እቲ ካልእ ዘገርም ክሕደቶም ድማ እግዚኣብሄር እምነት ዝመልኣ ቃላቱ ናብ ገዛነም ብምልኣክ እዩ ነቲ ሞይቱ ዝነበረ መንፈስ ናይ ክርስቶስ ህይወት ዝዘርኣሉ ምባሎም እዩ። ኣብዚ ኣቦ ብእምነት ይሰርሕ ከም ዝነበረ፣ ካልኣይ ክርስቶስ ብመንፈስ ሞይቱ ኣብ ገዛነም ከም ዝነበረ ዝገልጽ ድርብ ክሕደት ይን ጸባረ'ቕ ኣሎ።

እግዚኣብሄር ብእምነት ከም ዝዓዪ ዝገልጽ ትምህርቶም፣ "ብእምነትካ ምእማን" ኣብ ዝብል ምዕራፍ ከም ዝግባእ ተመሊሱሉ እዩ። "መንፈስ ክርስቶስ ሞይቱ" ንዝብል ትምህርቲ ድማ ኣብዚ ዝሓለፈ ንኡስ ኣርእስቲ ርኢናዮ ኢና። ክርስቶስ ብስጋ ኣብ ዝሞተሉ ግዜ ብመንፈስ ግን ህያው ከም ዝነበረ ቃሉ ደጋጊሙ ነጊሩና እዩ። ክርስቶስ ህይወት ነይርዎ ዘይኮነስ ንርእሱ ህይወት ከም ዝኮነ፣ ንህይወቱ ከሕልፋን ክወስዳን ብገዛእ ርእሱ ምሉእ ስልጣን ከም ዘለዎ ቃል እግዚኣብሄር ኣነጺሩ እናነገረና ክነሱ፣ ክርስቶስ ህይወቱ ፈጺሙ ኣጥፊእዋስ ህይወት እንደገና ከም ዝተዘርኣሉ ጌርካ ምዝራብ መዳርግቲ ዘይብሉ ክሕደት እዩ።

***ዮሃ፣1፣4*** ፡- "<u>ህይወት ኣብኡ ነበረት</u>፣ እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት።"

***ዮሃ፣5፣26*** ፡- "ነቦ ብርእሱ ህይወት ከም ዘላቶ፣ <u>ንወዱውን ከምኡ ብርእሱ ክትህልዎ</u>፣ ህይወት ሃቦ።"

***ዮሃ፤10፤10*** ፦ "ሰራቒ፣ ብዘይካ ክሰርቕን ክሓርድን ከጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ክረክባ እየ ዝመጻእኩ።"

***ዮሃ፤11፤25*** ፦ "ኢየሱስ ከኣ፣ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣምነስ እንተ ሞተ እኳ፣ ብህይወት ክነብር እዩ።"

***ዮሃ፤14፤6*** ፦ "ኢየሱስ ከኣ፣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዝመጽእ የልቦን።"

**1ዮሃ፤5፤12** ፦ "እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት ኣላቶ፣ ወዲ ኣምላክ ዘይብሉ ህይወት የብሉን።"

# ክርስቶስ ከም በኲሪ ምውታት

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክውለድ ከሎ ከም በኲሪ ምውታት ኮይኑ እዩ ተወሊዱ ይብሉ። ብኸርና፣ ኣዘውቲርካ ምስ ምውላድ ዝንገር ቃል ስለ ዝኮነ ጥራይ ክርስቶስ ተወሊዱ ንምባል ኣይድርክን እዩ። ክርስቶስ በኲሪ ምውታት ዝተባህለ ቅድሚኡ ካብ ሞት ዝተንስኡ ሰባት ስለ ዘይነበሩ ኣይኮነን። ጎይታ ባዕሉ፣ ኤልያስን ኤልሳእን ጴጥሮስን ከኣ ብሓይሊ ኣምላክ ምውታት ኣተንሲኦም እዮም። እንተ ኮነ ኩሎም እዞም ካብ ምውታት ዝተንስኡ ተመሊሶም ኩሎም ሞይቶም እዮም። ናይ ጎይታ ሞት ግን ፈጺሙ ዘይድገምን ሓንሳእን ንሓዋሩን ዝተፈጸመ ስለ ዝኮነ፣ እቶም ድሕሪ ምጽኣት ብጎይታ ኮይኖም ዝትንስኡ ኩሎም ድማ ሞቶም ስለ ዘይድገም ክርስቶስ በኲሪ ናይቶም ንዘለኣለም ዝትንስኡ ምውታት ኩሎም ተባሂሉ ክስመ ብቑዕ ኮይኑ እዩ። እዚ ብኸርና እዚ ግን እን ደገና ስለ ዝተወልደ ዝረከቦ ኣይኮነን። ብኸርናኡ ካብቲ ካብ ኣቦ ዝተወልደሉ ዘመን ክሳዕ ዘለኣለም ንብረቱ ኮይኑ ዝነብር ደኣ እምበር ዝጠፍእን ዝምንዛዕን ነገር ኣይኮነን። ዳግማይ ልደት ንሓጥእ ሰብ እምበር ንክርስቶስ ኣይምልከትን እዩ። ክርስቶስ ውሉድነቱ ስለ ዘየጥፈአ፣ ካብ ጥንቲ ክሳብ ዘለኣለም እቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ስለ ዝኮነ ካልኣይ ክውለድ ኣየድልዮን እዩ።

***ዮሃ፤1፤14*** ፦ "እቲ ቃል ስጋ ኮነ፣ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ከኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኣና።"

***ዮሃ፤1፤18*** ፡- "ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፥ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዘሎ <u>ሓደ ወዲ</u>፥ ንሱ ኣግሃዶ።"

***ዮሃ፤3፤16*** ፡- "ኣምላኽ፥ <u>በቲ ሓደ ወዱ</u> ዝኣመነ ኲሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፥ ከይጠፍእሲ፥ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ፥ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀሩ።"

***ዮሃ፤3፤18*** ፡- "ብእኡ ንዝኣምን ኣይፍረዶን። ነቲ ዘይኣምን ግና፥ ብስም <u>ሓደ ወዲ ኣምላኽ</u> ስለ ዘይኣመነ፥ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ።"

ክርስቶስ ፈጺሙ ኣይተለወጠን። ኣብ ህልውናኡ ኮነ ኣብ ባህሪኡ ዝኮነ ይኩን ለውጢ ኣይነበሮን። ትማሊ ንሱ፥ ሎሚ ንሱ፥ ንዘለኣለም ከኣ ንሱ እዩ። ንሱ ተለዊጡ እንተ ዝኸውን ቀደም ምጠፋእና ህልውናና ከኣ መብቅዕ ነይሩ።

***ሚል፤3፤6*** ፡- "ኣነ እግዚኣብሄር ኣይልወጥን እየ እሞ፥ ኣቱም ደቂ ያእቆብ፥ ስለዚ ኣይጠፋእኩምን።"

***እብ፤13፤8*** ፡- "ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለምን ንሱ እዩ።"

# 4. ክርስቶስ ንኣምላክነቱ እንደገና ለቢስዎ

እዞም ናይ ስሕተት ሃዋርያት ነዚ ክሕደት እዚ ንምባል ነዊሕ ሓተታታት እዮም ክዛረቡ ተራእዮም። ክርስቶስ ንሰለስተ ለይትን ንሰለስተ መዓልትን ምሉእ ኣምላኽነቱ ኣጥፊኡ ነይሩ ምባል ዘስዕቦ ካልእ ብዙሕ ትርጉም ከም ዘሎ ከነስተውዕል ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ነቲ "ትማልን ሎምን ንዘልኣለም ንሱ እዩ" ዝተባህለሉ ጕይታ ጕይቶት፥ ንሱነቱ (መንነቱ) ተኻሒዱ ኣብ ውሽጢ እቲ

ዘለኣለም ንሰለስተ መዓልታትን ለይትን ብስጋን ብነፍስን ብመንፈስን ፈጺሙ ጠፊኡ ነይሩ ምባል፡ ኣብ ልዕሊ ጎይታ ብፍላይ፡ ኣብ ልዕሊ ህልውና ስላሴ ድማ ብሓፈሻ ክበሃል ዝከኣል ዝለዓለ ክሕደት እዩ። ኣምላክነት ንጐይታ ክዕ ድሉን ከሕድጉን ኣብ ዝገበርዎ ፈተነ ምስኡ ኣሕቢሮም ንርእሶም ልዕል ከ ብሉ ስለ ዝፍትኑ ዝብልዎ ብሂላት ኣሎ። ናይ ክርስቶስ ኣብ ገሃነም ካልኣይ ምውላድ ኣምላክነቱ እንደገና ንምልባስ ካብ ሓገዞ፡ ንሕና ካልኣይ ክንውለድ ከ ሎና ከኣ ልክዕ ከምኡ ኣምላክነት ንለብስ ኢሎም ይኣምኑ። ምክንያቱ ኣ ቐዲምና ከም ዝረኣናዮ፡ "ናይ ክርስቶስን ናይ ኣመንቲ ካብ ኣቦ ዘለና ውልድ ነትን ሓደ ዓይነት እዩ" ዝብል እምነት እውን ስለ ዘለዎም እዩ። ካብቲ ዝብልዎ ብዙሕ ብሂላት ንኣብነት ዝኣክል እዘን ዝስዕባ ክንጠቅስ ኢና።

- *ክርስቶስ ዳግማይ ምስ ተወልደ እዩ ኣምላክነቱ እንደገና ተመሊሱሉ።* [81]

  *ቤኒ ሂን* (*Benny Hinn* )

- *ነፍሲ ወከፍ ዳግማይ ዝተወልደ ሰብ፡ ብስጋ ዝተገልጸ ኣምላክ እዩ፡ ክርስትና ድማ ተኣምራት'ዩ። ኢየሱስ ናዝራዊ ብስጋ ዝተገልጸ ኣምላክ ብዝኾና መጠን ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ድማ ከምኡ እዩ።* [82]

  *ኬነት ሃገን* (*Kenneth Hagin*)

(እዚ ማለት ድማ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዳግማይ ብዝተወለደሉ መጠን እግዚኣብሄር ደጋጊሙ ብስጋ (ብኣካል) መልክዕ ይመጽእ ነይሩ ማለት እዩ።)

## ክርስቶስ፡ ፍጹም ኣምላክ

ብዛዕባ ኣምላክነት ናይ ክርስቶስ ኣቐዲምና ብዙሕ ሓሳባትን ጥቕስታትን ርኢና ኢና። ነዚ ብሂል እዚ ንምምላስ ኣብዚ እንደገና ምጥቃሱ ኣድላዪ ኣይኮ ነን (ኣብ ገጽ 241-248 ተወከስ)። እንተኾነ ሓደ ሓደ ነጥብታት ከነዘኻክር ኣ ድላዪ እዩ።

**1. ክርስቶስ ካብ ጥንቲ ክሳብ ዘለኣለም ኣምላኽ እዩ። ክርስቶስ ኣምላኽነቱ ዘጥፈኣላ ዝኾነት ትኹን ህሞት የላን።**

***ፊሊ፤2፤6*** ፡-"ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ፡ ነቲ ማዕረ ኣምላኽ ምካኑ ከም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን።"

**እብ፤13፤8**፡- "ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለምን ንሱ እዩ።"

**2. ክርስቶስ ብፍታዉ ስጋ ክለብስ ቅድሚ ምፍቃዱ ጥራይ ዘይኮነስ ቅድሚ ምፍጣር ዓለምዉውን ፍጹም ኣምላኽ እዩ።**

***ዮሃ፤1፤1,2*** ፡- "ቃል መጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣ ምላኽ ነበረ፡ እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ። እዚ ብመጀመርታ ኣብ ኣምላኽ ነበረ።"

***ዮሃ፤1፤14*** ፡- "እቲ ቃል ስጋ ኮነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊኡዎ ከኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኣና።"

***ዮሃ፤8፤58*** ፡- "ኢየሱስ ከኣ፡ ኣነ፡ ኣብርሃም ከይተወልደ፡ ከም ዘለኹ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፡ በሎም።"

***ዮሃ፤17፤5,24*** ፡- "ዎ ኣቦይ፡ሕጂ ድማ በቲ ዓለም ከይተፈጥረት

ኣባካ ዝነበረኒ ክብሪ ኣባካ ኣክብረኒ። ... ዎ ኣቦይ፡ ቅድሚ ምስ ራት ዓለም ኣፍቂርካኒ ኢካ እሞ፡ እዞም ዝሃብካኒ ነቲ ዝሃብካኒ ክብረይ ምእንቲ ክርእዩስ፡ ኣብቲ ኣነ ዘለክዎ ንሳቶምውን ኣብኡ ምሳይ ክህልው እደሊ ኣለኹ።"

**3. ክርስቶስ ብስጋ ዝተገልጸ ኣምላኽ ኮይኑ ምምጽኡ፡ ንናይ ኣምላኽነቱ ክብርን ዕቤትን ፈጺሙ ኣየጕድሎን እዩ። እቲ ዝለበሶ ስጋ ነቲ ምስ ኣቦ ዘለዎ ማዕር**

ነት ክዕብልሎ ወይ ከህስሶ ኣይተራእየን።

***ዮሃ፣1፣14*** ፦ "እቲ ቃል ስጋ ኮነ፣ ጸጋን ሓቂ መሊእዎ ከኣ ኣብና ሓደረ፣ ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ረኤና።"

***ዮሃ፣1፣18*** ፦ "ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፣ እቲ ኣብ ሕቝፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፣ ንሱ ኣግሃዶ።"

***ዮሃ፣10፣28-30*** ፦ "ኣነ ከኣ ህይወት ዘለኣለም እህበን፣ ንዘለኣለም ድማ ኣይጠፍኣን እየን፣ ካብ ኢደይውን ዝምንዝዐን የልቦን። እቲ ንኣ ታተን ዝሃበኒ ኣቦይ ካብ ኩሉ ይዓቢ እዩ፣ ካብ ኢድ ኣቦይ ሓደ እኳ ክምንዝዐን ዝክእል የልቦን። <u>ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና።"</u>

***ዮሃ፣14፣9-10*** ፦ "ኢየሱስ በሎ፣ ፊሊጶስ፣ እዚ ክንድዚ ዝኣክል ዘመን ምሳኻትኩም ክነብር ከለኹስ፣ ኣይትፈልጠንን ዲኻ? እቲ ንኣይ ዝረአየ ነቦ ረአዮ። ከመይ ኢልካ፣ ነቦ ኣርእየና፣ ትብል ኣሎኻ? ኣ ነ ኣብ ኣቦ ከም ዘለኹ፣ ኣቦውን ኣባይ ከም ዘሎ'ዶ ኣይትኣምንን ኢኻ? እቲ ኣባይ ዘሎ ኣቦ ባዕሉ እዩ ግብርታቱ ዝገብር ዘሎ እምበር፣ እዚ ንኣኻትኩም ዝዛረቦ ዘለኹ ዘረባስ ካብ ርእሰይ ኣይኮን ኩን ዝዛረቦ ዘለኹ።"

**4. ክርስቶስ ብስጋ እምበር ብመንፈስ ኣይሞተን፣ ስለዚ ድማ ኣምላኽነቱ ከጥፍእ ኣይክእልን እዩ።**

***1ጴጥ፣3፣18*** ፦"ክርስቶስ ድማ፣ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ከቕርበና ኢሉ፣ ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ሓጢኣት ሞተ፣ <u>ብስጋ ሞተ፣ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ።"</u>

**5. ክርስቶስ ኣምላኽነቱ ኣጥፊኡ ኣሎ እንተ ደኣ ኢልና፣ ኣቦኡ ተፈልይዎ ነይሩ እንተ ኢልና፣ እንታይ ንብል ከም ዘሎና ትርጉሙ ኣብ ገጽ 269-270 ኣስፊሕና ጽሒፍና ኢና። ኣብኡ ምውካስ ይከኣል እዩ።**

# ብዳግማይ ልደት ኣምላክነት ኣይርከብን እዩ

እቲ ካልኣይ ዘገርም ብሂሎም ብዳግማይ ልደት ንሕናውን ኣምላክነት ን ለብስ ዝብል እዩ። ውልድነትናን፣ ውልድነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ኣ ቦን ፍጹም ከም ዘይመሳሰል ርኢና ኢና (ኣብ ገጽ 249-252 ተወከስ)። እንተ ኮነ እዚ፣ ነዚ ብሂላት እዚ ዝሰዕብ ሓዲግ መልእክትታት ሒዙ ከም ዘሎ ኣይን ዘንግዕ።

1. ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዳግማይ ብዝተወልደሉ መጠን፣ እግዚኣብሄር ደጋጊሙ ብስጋዊ ኣካል ይመጽእ ነይሩ ማለት እዩ።

2. ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዳግማይ ብዝተወልደሉ መጠን፣ ክርስቶስ ኣብ ርእሲ እቲ ድሮ ለቢስዎ ዘሎ ስጋ ካልእ ሓድሽ ስጋ ይለብስ ነይሩ ማለት እዩ።

3. ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዳግማይ ምስ ተወልደ ኣምላክነት ዝለብስ እንተደኣ ኮይ ኑ፣ ዓለምና ብኣማልክቲ ክተዕለቕልቕ እያ ማለት እዩ። ስለዚ ክርስትና ኣብ ሓደ ኣምላክ ዝኣምን እምነት ምኳኑ ተሪፍዎ፣ ናብ ብዙህ-ዝሄርነት(Polytheism) ዝእምነቱ ኣምልኮ ጣኦት ተለዊጡ ኣሎ ማለት እዩ። (ብዙህ-ዝሄርነት ማለት ኣብ ብዙሓት ኣማልክቲ ዝኣምን እምነት ማለት እዩ)

ስለዚ ናብዚ ከምዚ ዝዓይነቱ መወዳእታ ዘይርከቦ ክሕደት ኣቲና ከ ይጠፋእና ከለና ነዚ ጽውጽዋያትን ሃተውተውን ብኣግኡ ክነለልዮን ክንወቕሶን ይግበኣና።

## ምዕራፍ 7

# ወንጌል ስሰዐ

ክመጣጠሩስ፡ ኣብ ኢ. ዶም ንዝነበረ ዝርካቡ ንብረት ከም ጎሓፍ ቆጺሮም ብሕ ሱም ድኽነት ንዝሓለፉ ሃዋርያት፡ ናይዚ ናይ ሀሃ ትምህርቲ'ዚ ጉልባብ ጌርካ ምጥቃም እቲ ዝኸፍአ በደልን እቲ ዝረቐቐ ናይ ስሕተት ሜላን እዩ።

ነቲ ወንጌል ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ድኽነትን ሃብትን ዘለዎ ሓቀ ትምህርቲ ብዝርዝር ቅድሚ ምርኣይና፡ እንታይ ብምባል ናይ ስስዐ ወንጌል ይዘርኡልና ከም ዘለዉ ኣቐዲምና ክንርኢ ዝበለጸ እዩ።

- *ኢየሱስ ድካ እንተ ዝነብር፡ ድካ ክኸውን ምደለኹ። ኢየሱስ ኣብ ትሕቲ ድልድል (ቢንቶ) እንተ ዝድቅስ፡ ኣነ'ውን ኣብ ትሕቲ ቢንቶ ክድቅስ ምደለኹ። ኢየሱስ ሃብታም እንተ ነይሩ ግን፡ ኣነ'ውን ሃታብም ክኸውን እየ ዝደሊ፡ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ሰዓብቱ ብምሉኦም ሃብታማት ስለ ዝነበሩ፡ ሎሚ ኣብ ዘመንና ንሕና ሃብታማት ዘይንኸነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?*[83]

  **ጆን ኣቫንዚኒ** (John Avanzini)

- *ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ድኻታት ኔሮም ካብ ዝብል ናይ ሓሳብ ሕማም ክገላግለኩም / ክድሕነኩም እጽዕር ኣለኹ። መጽሓፍ ቅዱስ "ኣስ ኣሰሩ ክንሰዕብ ኣርኣያ ሓዲጉልና" እዩ ዝብል። ስለዚ ከኣ እየ ኣ ነ* Rolls Royce *መኪና ዝዝውር ዘለኹ። ኣነ ንኣሰሩ'የ ዝስዕብ ዘለኹ።*[84]

  **ፍረደሪክ ፕራይስ** (Frederick K.C Price)

- *ኣነ እዚ ዓሻ ልምድታት እዚ ናበይ ገጹ ይሓኩር ከም ዘሎ ኣ ይርድኣንን'ዩ። ሓደ ካብቲ ዝኸፍአ ዓሻ ባህሊ እቲ ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ድኻታት ነይሮም ዝብል እዩ። ነዚ ዘረጋግጽ ዝኾነ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መርትዖ የለን።*[85]

  **ጆን ኣቫንዚኒ** (John Avanzini)

- *"ናይ ስኑ መለኮት ምሁራት ንሉቃ፡9፡57,58 (ማቴ፡8፡18-20) ካብቲ ዓ ውደ ንባብ ዘንጢሎም ብምትርጓም፡ ኢየሱስ ድካ ከም ዝነበረ ን ምርግጋጽ ይጥቀሙሉ። ትርጉሙ ግን ከምኡ ኣይነበረን። ኢየሱስ ሰሚናር ስለ ዝነበሮ፡ ናብ ሰማርያ ከደ። እንተኾነ እቶም ነዚ ንኽዳልው ተላኢኾም ዝነበሩ ጉጅለ* (Advance team) *ነቲ ተልእኾ ተገዲሶም ስለ*

# ወንጌል ስሰዐ

እዞም ናይ ስሕተት ምንቅስቓስ ካብ ዘተኩሩሉ ጉዳያት ሓደ ናይ ሃብትን ድክነትን ጉዳይ እዩ። ብዝገበሩ ጌሮም ንሰብ ካብታ ቀጣን መንገዲ ክዝብልዎ ስለ ዝደልዩ፡ ንዓለምን ኣብኣ ንዘሎ ኩሉን ከም ዝብህግ ብፍትወት ስ ጋን ብፍትወት ገንዘብን የዒንቱ ከም ዝዓውር ክገብሩ እዮም ዝጽዕሩ። እቲ ልዑል ጐይታን እቶም ሕሩያትን ምርኡያትን ሃዋርያት፡ ከም ጎሓፍን ወጽዓን ዝረኣይዎ ነገር፡ ሎሚ ንሕና ከም ክብርን ጽድቅን ጌርና ክንሪኦ ይሕብቡሉና ኣ ለዉ።

ናብቲ ዝርዝር መግለጺ ቅድሚ ምእታወይ፡ ከዘካክር ዝደሊ ሓደ ነጥቢ ኣሎ፡ ንሳቶም "ሃብታም ምኺን ጽድቂ እዩ" ስለ ዝበሉ እሞ፡ ንኣታቶም ብኩሉ ነገር ምጽራር ስለ ዝተደልየ፡ "ንሕና ብግዲ ድካታት ክንከውን ኣለና፡ ድክነት ጽድቂ እዩ" ኢልካ ንምስባክ ዝዓለመ ምዕራፍ ከም ዘይኮነ ከተሓሳስብ እፈቱ። ብዛዕባ ሃብትን ድክነትን መንፈሳውን መጽሓፍ ቅዱሳውን ዝኮነ ሚዛናዊ ኣረኣ እያን ርድኢትን ምእንቲ ክህልወና ተባሂሉ እዩ ዝጸሓፍ ዘሎ። እግዚኣብሄር ብዛዕባ ሃብትን ድክነትን ዝበሎን፡ እዞም ደቂ ስሕተት ብዛዕባኡ ዝብልዎ ዘለዉን ፍጹም ዘይራከብ ከም ጻዕዳን ጸሊምን ንጹር ፍልልይ እዩ ዘለዎ።

ገለገለ የዋሃት ሰባት፡ "ሃብታማት ክኮኑ እንተ ደለዩ እሞ ብግዲ ዲና ድካታት ኩኑ ክንብሎም" ብምባል ርሑቕ ዘይጠመተ ሕቶ ይሓቱ እዮም። እዚ ሕቶ'ዚ ነቲ ብላዕሊ ዘሎ ጽቡቕ ቆርበት እምበር፡ ነቲ ትሕቲ ቆርበት ተሸፊኑ ዘሎ ጉድ ክሓስብን ክርእን ዘይክእል ኣእምሮ ዝሓቶ ሕቶ እዩ። ሰይጣን ንምን ታይ ነዚ ኣርእስቲ እዚ ከም ዝመረጸ ንምርድኡ ከቢድ ኣይኮነን። ፍቕሪ ገን ዘብ ሱር ኩሉ ክፍኣት ምኺኑ ምዝካር ጥራሕ ሰይጣን ነዚ ኣርእስቲ'ዚ ዝመረጸሉ ምክንያት ብቐሊሉ እዩ ዘብርሀ።

እቲ ኣብዚ ስሰዐ'ዚ ዘሎ ካልእ ሕማቕ ማይ ብሑቕ ድማ፡ ሰይጣን ነዚ ወንጌል ስሰዐ ከም ጉልባብ ክጥቀመሎም ዝፍትን ንጐይታናን መድሓኒናን ኢየ ሱስ ክርስቶስን ነቶም ሕሩያት ሃዋርያትን ምኺኑ እዩ። ምእንቲ ንዓና ኣርኣያ ክህብ ክብል ሰማያዊ ክብሩ ሓዲጉ ኣብዚ ምድሪ'ዚ ብድክነት ንዝተመላለ ሰ ጐይታን፡ ነቶም ኣሰር ጐይታኦም ስዒቦም ኣሽንኳይ ንምህብታም

*ዘይሓዝዎ ናይ ኢየሱስ ሰሚናር ተሰሪዙ። ብድሕሪኡ ነቲ ናብ እትከዶ ኩሉ ክስዕበካ ዝበሎ ሰብኣይ፡ "ወካሩ ኣብ ሰማርያ ጉድጓድ ኣለወን፡ ኣዕዋፍ ሰማይ'ውን ኣብ ሰማርያ ዘጽልላሉ መሕደሪ ኣለወን፡ ንወዲ ሰብ ግን ኣብ ሰማርያ ንሎሚ ለይቲ ርእሰይ ዘጸግዓላ እኳ የብለይን" እዩ ዝበሎ። ኣብቲ ዘመን'ቲ ከኣ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ናይታ ሃገር መዕረፍ ኣጋይሽ ኣይነበረን። ስለዚ ኢየሱስ ናብቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበረ ጽቡቕን ዓብይን ገዝኡ ክምለስ ተገዲዱ።*[86]

*ጆን ኣቫንዚኒ* (John Avanzini)

- *"ሃዋርያ ጳውሎስ ኣዝዩ ሃብታም ካብ ምንባሩ ዝተላዕለ ንፍትሒ ናይቲ ዝነበረሉ ዘመን ክደፍኖሉ ዝክእል ፋይናንስያዊ ዓቕሚ ነይርዎ (ግብ፡24፡26)።"*[87]

*ጆን ኣቫንዚኒ* (John Avanzini)

- *በታ ዕዳኣ ዝተከፍለ* Rolls Royce *መኪናይ ሰተተት ኢለ እናከድሉ ከለኹ ብዛዕባይ ቃሕ ዝበለኩም ክትዛረቡ ትክእሉ ኢኹም። ድላይኩም ተዛረቡ። ዝደለኩምዎ ክፉእ ተዛረቡ። ዋላ ሓንቲ ኣይጐድኣንን'ዩ፡ ኣየገድሰንን ከኣ እዩ። ንዓይ ኣብ ዕዳኣ ዘይተከፍለት መኪና ኮይነ ካብ ክጽረፍ፡ ኣብታ ዕዳኣ ዝተከፍለት መኪና ኮይነ ክጽረፍ ኣዝዩ ኣዝዩ ዝቐለለ እዩ።*[88]

*ፍረደሪክ ፕራይስ* (Fredrick K.C.Price)

- *በቲ ኣብ ቴሌቪዥን እንዝምሮን እንዛረቦን ዝነበርና መልእኽቲ ብዙሓት ሰባት ከም ዝተባረኩን ከም ዝተገልገሉን እፈልጥ እየ። እቲ ዘፍርሃኒ፡ እቲ መልእኽቲ ዝህቦ ዝነበረ ሓፈሻዊ ስእሊ፡ "ናትና ፎርሙላ እንተ ስዒብኩም፡ ከማና ልክዕ ክትኮኑ ኢኹም" ዝብል ደኣ እምበር፡ "ኢየሱስ ዝበለኩም እንተ ጌርኩም፡ ልክዕ ከምኡ ክትኮኑ ኢኹም" ዝብል ኣይነበረን። ብርግጽ ንዓና ምስዓብ ብዝያዳ ውዕውዕ ስምዒት ዝህብ* (exciting) *እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ንዓና ምስዓብ ማለት ዕውት ምዃን፡ ጽቡቕ (ውቁብ) ምዃን፡ ንኩሉ ነገር ጽቡቕን ጽፉፍን ብሓደ ዘተኣሳስር ን ስነ መለኮት ዘውሕስ እዩ ነይሩ። ንርእሰካ ከም ናይ ክርስቶስ ምልላይ ግን፡ ምስ መስቀል (መከራ) ምትሕብባር ማለት እዩ ነይሩ።*[89]

*ሰይቲ ሪቻርድ ሮበርትስ* (Richard Roberts) *ነበር*

ከምቲ ኣብ ወጻኢ ሃገራት፣ ኣብ ሃገርና'ውን ከምዚ ዝኣመሰለ መርዛም ትሕዝቶ ዘለዎም ጽሑፋትን ብሂላትን ኣይተሳእኑን።

❖ *ሐ. ናይ ሃብቲ ማዕከን*

*እቲ ሳልሳይ መገዲ፣ እግዚኣብሄር ንቤቱ ኣብ ኩሉ ዘስምየሉ መገዲ ከ ኣ ገንዘብ እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ቤቱ ናይ ፈውሲ ጸጋ ከም ዘሎ፣ ምግዛእ ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮ ከም ዘሎ ጥራይ ኣይኮነን ዝእውጅ። ገንዘብ ኣብ ቤቱ ከም ዘሎ ከኣ ክምስክር እዩ። ብሩር ናይ እግዚኣብሄር እዩ፣ ወርቂ ከኣ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፣ ስለዚ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ክነብር ይግብኦ እዩ። ኩሉ እቲ ዓለም እትውንኖ ክቡር ሃብቲ ናብዛ ቤት እዚኣ ክውሕዝ ክጅምር እዩ። ኩሉ እቲ ንደቂ ሰባት ዝጸሉ ዘበለ፣ መፍትሒኡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ክርከብ እዩ። …………*

*ኣብ ዓለም ናይ ከንቱነት ጊዜ ዝርኣየሉ እዋን ሕጂ እዩ። እቲ ዓለም ዝገበተቶ ኩሉ ሃብትን ክብርን ናብ ቤተ ክርስትያን ክውሕዝ እዩ። እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ሃብትን መዝገብን፣ ዓለም ክትርኣየሉን ከተጊጸሉን ኣይተመደበትን፣ ኩሉ ናብ ቤተ ክርስትያን ክመጽእ እዩ። ቤተ ክርስትያን ከኣ ንምስፋሕ ወንጌል፣ ንምእላይ ድኩ ማትን ምርዳእ ዘኪታማትን ክትጥቐመሉ እያ። እዚ ከምኡ ምኳኑ፣ ማለት ኩሉ ሃብቲ ዓለም ናብ ማሕበሩ ከም ዚመጽእ፣ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ናይ ትንቢት ተጠቒሱ ኣሎ። ………*

*ምስ እዚ ኩሉ ግና፣ ገንዘብ ኣብ ቤት ኣምላኽ ምርካቡ እዩ። ኣ ብቲ ዘመን እቲ ቤተ ክርስትያን ማዕከን ናይ ገንዘብ ክትከውን እያ። ብዙሓት ምሁራት ዓለም በቲ ኩነት ክግረሙን ክድነቑን እዮም። ምንጩ ግና እግዚኣብሄር ናብ ማእከል ህዝቡ ምህላው እዩ። ብሩር ናይ እግዚኣብሄር እዩ፣ ወርቂ ከኣ ናይ እግዚኣብሄር እዩ። ኩሉ እቲ ናይ እግዚኣብሄር ዘበለ፣ ንእግዚኣብሄር ክወሃብ ስለ ዝግብኦ ከኣ እዩ ናብ ቤተክርስትያን ዝውሕዝ ዘሎ። ስለዚ በዚ መዳይ እዚ'ውን ቤተ ክርስ ትያን ኣብ ምድሪ ስምይትን ንእድትን ክትከውን እያ።*[157]

*ኣማኑኤል ግርማይ ሃይለ*

❖ መ. ሃብቲ ኣምላኽ ኣብ ቤቱ፡- (ሃጌ፡2፡8)።

እግዚኣብሄር ኣብ ዘመኑ ኩሉ ህዝቡ ካብ ምርኮ ነጻ ክለቅቕ ከሎ ንህዝቡ ሃብትን ወርቅን ብሩርን ኣውሂቡ፡ ኣብ ማራኪኡ ሞጊሱ'ዩ ዘውጽኦ። እስራኤል ካብ ግብጺ ክወጽእ ከሎ ንዘክር። ኣብዚ ዳሕራይ ዘመን ቤት እግዚኣብሄር ብሃብትን ብብሩርን ወርቅን ኰታ በቲ ኣሎ ዝበሃል ሃብትን ክብረትን ዓለም ክትመልእ እያ። ኣህዛብ ኩሎም ምስ ነገስታቶም ናብዛ ቤት እዚኣ ኪመጹ እዮም። እቶም ናቱ ከኣ በዚ ኣዝዮም ክጸግቡን ክህብትሙን እዮም።

እግዚኣብሄር ንሰማይን ንምድርን ማለት ነቶም ኣብ ላዕሊ ደረጃ መነባብሮ ዘለውን ኣብ ታሕቲ ዘለውን፡ ሃብታማትን ድኻታትን ኩላቶም ካብ ዘለዎም ዘበለ ገንዘብ ክውፍዩ እዮም። እግዚኣብሄር ኣብቲ እዋን እቲ ብገንዘብ ገይሩ ንቤቱ ከዕለቕልቓ እዩ። ኣብቲ ዘመን እቲ እግዚኣብሄር ሰማይን ምድርን ከነቓንቕን ከናውጽን እዩ። ................

እዚ ሃብትን፡ ገንዘብን፡ ወርቅን፡ ብሩርን ናብ ቤት ኣምላኽ ዝውሕዝ ኣመንቲ ክርኣዩሉን ኪጋይጽሉን ክፍስሁሉን ዘይኮነ፡ ንምስፋሕ ወንጌል ኣብ መዓላ ክውዕል እዩ። እዚ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ንምልክት ኩሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም ክስበክን፡ መወዳእታ ክመጽእን እንተደኣ ኰይኑ ገንዘብ የድሊ። ወንጌል ኣምላኽ ብዘይ ገንዘብ ኣይከይድን እዩ። ቤቱ ዕዮኣ ክትዛዝም እንተ ኰይና ገንዘብ የድልያ እዩ። እግዚኣብሄር ፍቕሪ ገንዘብ ደኣ እምበር ገንዘብ ክንሕዝ ኣይቃወመናን እዩ። ጐይታ ንባዕሉ ኣብዛ መሬት ከሎ ዕዮኡ ክዛዝም፡ ፍቓድ ኣምላኽ ክፍጽም ገንዘብ የድልዮ ኔሩ እዩ። ነቶም ገንዘብ ዝሃቡዎ'ውን ናይ ተቓውሞኡ ቓል ኣየስምዐን።[158]

ኣማኑኤል ግርማይ ሃይለ

❖ **ሰቲት፡-** ክርስትያን ኣይጠምን'ዩ ኢኩም ትብሉ። እዛ ኩላ ትሁንኰት ዘላ ከድኣ..

**ኣቶ ተስፋጽዮን፡-** ሰኣን ፍልጠት እዩ ዝጠሚ ዘሎ። ክንደይ ኣብ'ዚ ዝተባረኹ፡ መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበሉ ሓልዩሎም ኣሎ። ኣማኒ ኰይኑ ይጠሚ እንተልዩ ግን ገለ ሽግር ኣለዎ ማለት'ዩ። ሰባት

*ዝጠምዩ ቃል እግዚኣብሄር ስለ ዘይተከተሉ ጥራይ እዮም። እግዚኣብሄር ድቓላ ውላድ የብሉን። ንኹሉ ይባርክ።*[159]

ብዘይካዚ መርዛም ብሂላት እዚ ንገለ ገለ ጥቕስታት ዘይመኣዝኖም ብምትሓዝ ሓደገ ዝኮነ ትምህርቲ ይህቡ እዮም። እቶም ብኸምኡ ዝህብዎም ትምህርትታት ኣብ ኣርባዕተ ነጥብታት ክጠቓለሉ ዝኽእሉ እዮም።

1. ዘርኢ እምነት (*SEED-FAITH*)
2. ሚእቲ ካዕበት (*HUNDRED FOLD*)
3. መራክቢ ነጥቢ (*POINT OF CONTACT*)
4. ኪዳናዊ ኮንትራት (*COVENANT CONTRACT*)

ነዚ ኣርባዕተ ነጥብታት እዚ ምስቲ ሓፈሻዊ ብዛዕባ እዚ ስሕተት እዚ ዝወሃብ መልሲ ኣሕቢርካ ክግለጽ ስለ ዝኮነ ኣብ ትሕቲ ነፍሲ ወከፍ ዝብልወን ነጥብታት ግን ከምዚ ዝስዕብ ክዝርዝር እዩ።

# 1. ዘርኢ እምነት

ናይዚ ኣርእስቲ እዚ መሰረታዊ ሓሳብ፡ “ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንዕኡ እዩ ዝዓጽዶ” ዝብል እዩ። ስለዚ ገንዘብ እንተ ዘሪእካ በቲ ዝዘራእካዮ መጠን ብዙሕ ክትዓጽድ ኢካ። ብመሰረት እዚ እምነት እዚ፡ ገንዘብ እትህብ ንመንፈሳዊ ምኽንያት ዘይኮነስ፡ ዝያዳ ገንዘብ ምእንቲ ክትረክብ እዩ። በዚ ድማ ምሃብ መን ፈሳዉነት ዘይኮነስ ንግዲ ከም ዝኮነ ክርእዩና እዮም ዝጽዕሩ ዘለዉ። ነዚ መርዛም ትምህርቶም እዚ ከገልግሉ ኢሎም ከም ጉልባብን መበገስን ጌሮም ዝጥቀሙሎም ጥቕስታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

> ***ማቴ፡17፡20*** ፦ “ኢየሱስ ከኣ፡ እምነትኩም ስለ ዝጎደለት። ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፡ ክንዲ ፍረ ኣድሪ እትኣክል እምነት እንተ ኣ ልያትኩም፡ ነዚ ከረን ድማ፡ ካብዚ ናብቲ ኣግልስ፡ ትብልዎ፡ ንሱ ከኣ የግልስ፡ ዝሰኣነኩምውን የልቦን።”

> ***ገላ፡6፡7*** ፦ “ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ከኣ ክዓጽዶ እዩ እሞ፡ ኣ

ይትጠበሩ፣ ኣምላክ ኣይዕሸን እዩ።"

**2ቈረ፤9፤6** ፡- "ግናኸ እዚ እብል ኣለኹ፣ እቲ ቆጢቡ ዝዘርእ ቆጢቡ ይዓጽድ፣ እቲ ብበረከት ዝዘርእ ግና፣ ብበረከት እዩ ዝዓጽድ።"

ነዚ ጥቕስታት እዚ ከም ጉልባብ ደኣ ክጥቀሙሉ ይፍትኑ እምበር፣ እቲ ካብዚ ነቑሎም ዝብልዎ ስሕተት ግን ምስዚ ጥቕስታት እዚ ዘራኽብ ዋላ ሐንቲ ነጥቢ የብሉን። ነቲ ኣብ እግዚኣብሄርን ኣብ ቃላቱን መሰረት ዘይብሉ፣ ፍትወት ዓለምን ንብረታን ካብ ልቡ ንዘይተነቕለሉ ኣማኒ ንምስሓቱ ግን እኹል እዩ። ነቲ ናታቶም ምእመን ከኣ ነዚ ዘርኢ ኣባታቶም እምበር ኣብ ካልእ ክዘርእዎ ኣይደልዩን እዮም። ንሳቶም ከም ልሙዕ መሬት ስለ ዝኾኑ፣ ዘርእኻ ኣብኣቶም እንተ ዘሪእካዮ ብዙሕ ከም እትረክብ ብምትላል ናይቲ ዘይዓግብ ናይ ገንዘብ ሽዉሃቶም ኣገልጋሊ ክትከውን ክሐባብሉ ይፍትኑ። ከምዚ ዝስዕብ ከኣ ይብሉ።

- *"እግዚኣብሄር ብግልጺ፣ ኣነ ኣብዚ ምድሪ እዚ ክጸንሕ ከም ዝደሊ ነጊሩኒ እዩ። ስለዚ ከኣ እየ ዘለኹ። ካብዘን ኩለን ኣብዚ ዓለም ዘለዋ ሚኒስትሪታት (ኣገልግሎታት)፣ እታ ሜዲካል ስኩል እትውንን እንኮ ሚኒስትሪ እዛ ናተይ እያ። ስለዚ ሓምሳ ዶላር ብምዝራእ፣ ንህይወተይ ከተትርፍዋ፣ ነቲ ቤት ትምህርቲ ከተድሕንዎ፣ ንሰይጣን ከተታልልዎ (Sabotage) ነቲ ኣገልጋሊ ድማ ብዙሕ ገንዘብ ከተውሕሱ ትኽእሉ ኢኹም።* [92]

  *ኦራል ሮበርትስ* (Oral Roberts)

- *መሊሱ ወዱ 4.5 ሚልዮን ዶላር እንተ ዘይወሲኽኩም እግዚኣብሄር ናይ ኣቦይ ህይወት ኣየናውሖን እዩ ኢሉ ኣማሊዱሉ።*[93]

  *ሪቻርድ ሮበርትስ* (Richard Roberts)

- *"ናይ ሃብቲ (ብልጽግና) ተኣምራት፣ ናይ እምነትኩም ኣጻብዕ ጫፍ ከርክቦ ኣብ ዝኽእል ርሕቀት እዩ ዘሎ"* [94]

*ኦራል ሮበርትስ (Oral Roberts)*

- *ኣዝዩ ብዙሕ ገንዘብ ዝተመባጸዕካ ሰብ፣ ነዚ ኣገልግሎት እዚ ኣብ ቲቪ ትርኢ ኣለካ። ነቲ ገንዘብ ዝከፈልካዮ ከተምስል ትፍትን ኣለካ፣ እንተኮነ ኣይከፈልካዮን። ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕስዎ ትቀራረብ ኣለካ። ነቲ ንኣምላኽ ዝኣተካዮ መብጽዓ እንተ ዘይከፊልካ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ክትመውት ኢካ። ነዚ መልእኽቲ'ዚ ትከታተሎ ኣለካ። ኣብ ጥርዚ /ደረት ናይቲ ንመንፈስ ቅዱስ ናይ ምሕሳው ሓጢኣት ኣለካ። ንመንፈስ ቅዱስ ኣይትሓስዎ። እቲ ነብይ ተዛሪቡ እዩ።[95]*

*ኦራል ሮበርትስ (Oral Roberts )*

- *እንተ ተሲርካ፣ ብልሓትካ ኩሉ እንተ ተወዲኡ፣ ስራሕ ዝፈታሕካ እንተ ኴንካ፣ ሓደ ነገር ክነግረካ። ኣብ ዓለም ንዘለዉ ብዙሓት ሚልዮናት ሰባት ንክርስቶስ ብምስባክ ክንባርኮም ጥራይ ኣይኮንናን ተጸዊዕና። ኣብዚ TBN ዝብሃል ልሙዕ መሬት (Fertile Soil) ዘርኢ-እምነት ብምዝራእ ንስካ ንርእስኻ ከተድሕን ትክእል ኢኻ።[97]*

*ፖል ክሮች (Paul Crouch)*

## 2. ሚእቲ ካዕበት

እቲ ካልእ ኣብ ሓንቲ ጥቕሲ ተመርኲሶም ዝብልዎ ትምህርቲ ድማ ሓደ ሂብካስ ሚእቲ ካዕበት ምርካብ ዝብል ትምህርቲ እዩ። እቲ ጥቕሲ ካብ ኣፍ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝወጸ፣ ህይወትን መንፈስን ዝኮነ ቃል ከም ዝኮነ ዘይከሓድ እዩ። እንተ ኮነ ነዚ ናይ ስሰዐን ፍትወትን ህይወት ከገልግል ተባሂሉ ኣይተጻሕፈን። እቲ ነዚ ሓሳቦም እዚ ንምድጋፍ ዝጥቀሙሉ ጥቕሲ እዚ ዝስዕብ እዩ፣

> **<u>ማር፣10፣28-30፣-</u>** "ጴጥሮስ፣ እንሆ፣ ንሕና ኩሉ ሓዲግና ሰዓብናካ፣ ክብሎ ጀመረ። ኢየሱስ መለሰ በለውን፣ ምእንታይን ምእን

> ቲ ወንጌልን ኢሉ፣ ቤት፣ ወይ ኣሕዋት፣ ወይ ኣሓት፣ ወይ ኣቦ፣ ወይ ኣደ፣ ወይ ሰበይቲ፣ ወይ ውሉድ፣ ወይ ግርሁ ዝሓደገ ዘበለ፣ ሕጂ ኣብዛ ዘመን እዚኣ ቤት፣ ኣሕዋት፣ ኣሓት፣ ኣደ፣ ውሉድ፣ ግርሁ፣ ሚእቲ ካዕበት ምስ ስደት፣ ኣብታ እትመጽእ ዓለም ከኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዘይረክብ የልቦን፣ ኢለ ብሓቂ እብለኩም ኣ ለኩ።”

እቲ ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ተመርኲሶም ዝብልዎ ሓደ ዓይነትን ተደጋጋምን ብሂል ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ንኣብነት ክኮነና ግን ሰይቲ ኬነት ኮፕላንድ ዝበለቶ እዚ ዝስዕብ ብሂል ኣካሊ እዩ።

- *ሓደ ገዛ እንተ ሂብኩም፣ ሚእቲ ገዛ ወይከኣ ናይ ሚእቲ ገዛ ዝዋግኡ ሓደ ክቡር ገዛ ክትረክቡ ኢኩም። ሓንቲ ኣይሮፕላን እንተ ሂብኩም ዋጋ ሚእቲ ኣይሮፕላን ዝዋግኡ ክትረክቡ ኢኩም። ሓንቲ ማኪና እንተ ሂብኩም ድማ ዕድሜኹም ምሉእ ብማኪና ክትባረኹ ኢኩም። ብሓጺሩ ማር፣10፣30 ብጣዕሚ ጽቡቕ ውዕል እዩ።*[96]

*ግሎሪ ኮፕላንድ* (Gloria Copeland)

## 3. መራኸቢ ነጥቢ

መሰረተ ሓሳብ ናይዚ ኣርእስቲ ብጣዕሚ ዘገርም እዩ። ኣብዚ ናይ ስ ሕተት ወንጌል እዚ “ናይ ሃብቲ ወይ በረከት ቅብኣት” ኣለዎም ዝበሃሉ መራሕቲ ኣለዉ። ምስ'ዞም ሰባት እዚኣቶም ብጨርቂ ብጽላሎት ወይ ብወረቐት ብዝኾነ ነገር እንተ ተራኺብካ እቲ በረከት ወይ ሃብቲ ካብቶም ናይ ገንዘብ ሃዋርያት ናባካ ይሰግር ማለት እዩ። ሓደ ካብቶም ናይ “ፋይናንስ ቅብኣት ኣሎ ኒ” ዝብል ተኾላ ዝብሎ ምርኣይ ነቲ ክሕደቶም ንምግሃድ እኹል እዩ።

- *ነታ ቀጠልያ ናይ ጸሎት ክዳን ብየማናይ ኢድኩም ሒዝኩም፣ እቲ ሃብቲ ዝፈጥር ሓይሊ ክፍነወልኩም ጸልዩ*

*“ሃብቲ ዝፈጥር ሓይሊ” እትብል (Reply sheet) ፎርም ምልኣዋ*

*ሽዑ ክንድቲ መጠን ናይ ድሌትኩም ዝኸውን ገንዘብ ልኣኹ።*[98]
*ሮበርት ቲልተን (Robert Tilton)*

- *እታ ቀጠልያ ናይ ጸሎት ክዳን ክም መራኸቢት ነጥቢ ናባይ ልኣክዋ። ነታ ክዳንኩም ምስ ዝትንክፉ፡ ንኣካትኩም ክም ዝተንከፍኩ ይኸውን። ንስካትኩም ነዛ ክዳን ምስ ትትንክፍዋ፡ ንኢደይ ክም ዝሓዝኩ ም ይኸውን። ሽዑ እቲ ናይ ፋይናንስን ናይ ብልጽግናን ተኣምራት ን ምግባር እግዚኣብሄር ኣብ ህይወተይ ዘንበሮ ቅብኣት ካብ ኢደይ ናብ ኢድኩም ብቐጥታ ክሓልፍ እዩ። ሽዑ ኣብ ህይወት ክም ንጉስ ክትገዝኡ ኢኹም።*[99]

*ሮበርት ቲልተን (Robert Tilton*

እቲ ዘሕዝን ድማ ነዚ ጽዉጽዋይ እዚ ሓቂ ንክምስሉ ዝጥቀሙሉ ጥቕሲ እዩ። እቲ ጥቕሲ እዚ ዝስዕብ እዩ።

> ***ግብ፤19፤11-12*** ፡- “ኣምላኽ ከኣ ብኢድ ጳውሎስ ብዙሕ በበይኑ ዝኾነ ተኣምራት ገበረ። መኣረምያኡ ወይስ ክዳኑ ካብ ዝባኑ ወሲዶም ኣብቶም ሕሙማት የንብሩ እሞ፡ ሕማሞም ይሓድጎም፡ ርኩሳት መናፍስቲውን ካባታቶም ይወጹ ነበሩ።”

እዚ ቅጽዒ (ፎርሙላ) እዚ ከይሰርሐ ምስ ዝተርፍ ነቶም ሰዓብቶም ተገልቢጠም ተሓተትትን ግዳያትን ናይቲ ፍሽለት ይገብርዎም። እቲ ቅጽዒ (ፎርሙላ) ናይ ስሕተቶም ምስራሕ ምስ ዝኣብዮም እዚ ዝስዕብ ሰለስተ ምስ ምሳት የቕርቡ።

## ሀ. ክልተ ልቢ ምኳን (Double mindedness)

እዚ ነዚ ቅጽዕታት (ፎርሙላታት) እዚ ክጥቀመሉ ዝፍትን ዘሎ ሰብ እናተጠራጠረ ብክልተ ልቢ ይፍትን እንተልዩ እቲ ፎርሙላ ክሰርሓሉ ከም ዘይክእል ይዛረቡ። ሓደ ሰብ ክልተ ዓይነት ኣእምሮ ኣለዎ ይብሉ። (Conscious and Subconscious)። "በቲ ኮንሽስ ኣእምሮ ይከዉን እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ነገር እቲ ሳብኮንሽስ ኣእምሮኡ ምሉእ ብምሉእ እንድሕር ዘይተቐቢልዎ ክሰልጦ ኣ ይክእልን እዩ" ብምባል ነቲ ግዳይ ስሕተቶም እንደገና ግዳይ ናይቲ ዘይምክኑይ ምስምሶም ክገብርዎ ይጽዕሩ። ጆን ኣቫንዚኒ ዝበሃል ናይ ስሕተት ሃዋርያ ሓንቲ ቪዲዮ ካሴት ኣዳልዩ፣ ነዛ ቪዲዮ ካሴት እዚኣ ብምርኣይ ነቲ ዘይርዱእ ሳብኮን ሽስ ኣእምሮኡ ብሓድሽን ዝተለወጠን ሓሳብ ክመልአ (*Reprogrammed* ክገብሮ) ከም ዝክእል ይዛረብ። ኣርእስቲ ናይታ ካሴት፣ "ኢየሱስ ድካዶ ነይሩ እዩ" (*Was Jesus Poor*) እትብል እያ።

## ለ. ዘይቅኑዕ ኣተሓሳስባ

"ንስካ እታ እትሓስባ ሓሳብ ኢካ" ሰብ ብሓሳቡ እንተ ደኪሙ ንሱ ባዕ ሉን ውጺኢቱን ድኩማት ይኮኑ፣ እንተ በርቲዑ ከኣ ንሱን ውጺኢቱን ጽቡቕ ይከዉን።" ብምባል ሰብ ንሓሳቡ ዘይኮነስ፣ ሓሳብ ነቲ ዝሓስቦ ሰብ ከም ዝገዝኦ ከረድኡ ይፍትኑ። ምክንያቱ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ሓሳብ ፈጣሪ ሓይሊ እዩ ዝብል እምነት ኣለዎም። ስለዚ "ንኩነታትና ኣምላኽ ዘይኮነስ ሓሳብና እዩ ዝፈጥሮ" ዝብል ዝምቡዕ እምነት ከንጸባርቑ ይረኣዩ ኣለዉ።

## ሐ. ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዘይምእማን

እዞም ናይ ስስዐ ሃዋርያት ብድፍረት ምእንቲ ንሰብ ክምንዝዑ ክክእሉ ናይ ሰብ ፋይናንስያዊ ትሕዝቶ ክፈልጡ ብዙሕ እዮም ዝብህጉ። ስለዚ ንገለ ገለ ጥቕስታት ብምምዝማዝ ነዚ ናይ በለጽ ባህሪኦም ከንልብብዎ ይፍትኑ እዮም።

እቲ ኤልሳእ ነታ ድካ መበለት ዕዳኣ እትከፍለሉ በረከት ምእንቲ ክትረክብ ዝሓተታ "ኣብ ቤትኺ እንታይ ከም ዘሎኺ ንገርኒ" ዝብል ሕቶ ሎሚ'ዉን እዞም ናይ ስስዐ ሃዋርያት ነቶም ተገሪሆም ዝሰዕብዎም የዋሃት ዝሓትዎ ልሙድ ሕቶ እዩ። እዚ ጆን ኣቫንዚኒ ዝበሃል ሰብ ሓደ ግዜ ከምዚ ብምባል ብድፍረት ጽሒፉ፣ *"Some People will not allow their man of God to*

*have a copy of their complete financial statement.":* ክትርኅም ከሎ "ገለ ገለ ሰባት ነቲ ናይ ኣምላክ ሰቦም ቅዱሕ ናይቲ ምሉእ ናይ ባንክ ገንዘቦም ትሕዝቶ ክህልዎ ኣይፈቕዱን እዮም" እዩ ዘስምዕ። እዚ ክብል ዝደፈረሉ ምኽንያት ነቲ ገንዘብ ክውስከሉ ዘይኮነስ ክምንዝዕ ምእንቲ ክጥዕሞ እዩ።

ብመሰረቱ ነዚኣቶም ናይ ኣምላክ ሰብ ዝገብሮም መን እዩ? እዚኣቶም ከብዶም ዝኣምላኾም ናይ ምድሪ ዝሓስቡ ናይ ጥፍኣት ሃዋርያት እዮም። "2ዜና 20፥20 "ንጽብሒቱ ከኣ ኣንጊሆም ተንሲኦም፣ ናብቲ በረካ ተቆዓ ወጹ። ክወጹ ከለው ድማ፣ ዮሳፋጥ ደው ኢሉ በሎም፣ ኣቱም ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም እት ነብሩን፣ ስምዑኒ፣ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እመኑ እሞ ጽኑዓት ክትኮኑ ኢኹ ም፣ ብነብያቱውን እመኑ እሞ ክቐንዓኩም እዩ።" ዝብል ጥቕሲ ሓቀ ታት ብኣ ምላክ ንዝተላእኩ ብመንፈስ ቅዱስ ዝድረኹ ንዓለምን ፍትወታን ዝነዓቑ ሰባት ድኣ እምበር ነዞም ብስስዐ ዝድረኹ መዓይይቲ ሰይጣን ዝምልከት ኣይኮነን።

# 4. ኪዳናዊ ኮንትራት

እዚ ኣብ ናይ ኣብርሃም ታሪክ እተመስረተ ዝመስል ካልእ ጽዉጽዋይ እዩ። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ከም ዝባርኮ ብርግጽ ቃል ኣትዩሉ እዩ። እቲ "ብዘርእካ ዓሌታት ኩላ ምድሪ ክባረኩ እዮም" ዝብል ተስፋ ንናይ ስጋ ሃ ብቲ ዝምልከት ከም ዝኾነ ጌሮም ከዋርድዎ እዮም ዝፍትኑ። ነቲ ብዘርኢ ኣብርሃም ዝኾነ ክርስቶስ ዝመጽእ መንፈሳውን ሰማያውን በረከት ናብ ደረጃ ምድራዊ በረከት ከዉርድዎ ብዙሕ ይጽዕሩ። ኣብ መኪና ኣብ ገዛ ኣብ ማሕፉዳ ኣብ ባንክ ኣብ ጨርቅን ወርቅን ዝሕጸር ተራ በረከት ጌሮም ክሕስርዎ ካብ ምርኣ ይን ምስማዕን ዝከፍእ ነገር ክገጥመና ኣይክእልን እዩ።

ነዚ ዝስዕብ ብትሕዝቶ ኮነ ብመንፈስ ምስቲ መልእኽቶም ዘይሰማማዕ ጥቕስታት ድማ ክጥቀሙሉ ይፍትኑ።

***ዘፍ፥15፥10-16*** ፡- "ነዚ ኩሉ ኣምጺኡ ድማ ኣብ ፈፍርቂ ቀረጾ፣ ነቲ ፈፍርቂ ከኣ ንሓድሕዱ ኣመናጺሩ ኣቐመጦ፣ ነተን ኣዕዋፍ ግና ኣይቆረጸን። ናብቲ ስጋ ድማ ኣሞራታት ወረዱ፣ ኣብራም

ግና ይሰጎም ነበረ። ጸሓይ ክትዓርብ ከላ ድማ ንኣብራም ከቢድ ድቃስ ወደቖ። እንሆ ከኣ ናይ ብርቱዕ ጸልማት ስምባድ ወደቖ። ንኣብራም ድማ በሎ፡ ንዘርእኻ ኣብ ዘይምድሮም ስደተ ታት ኮይኖም ከም ዝገዝእዎም፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመት ድማ ከም ዘጨንቕዎም፡ ኣርጊጽካ ፍለጥ። ነቲ ዝገዝእዎ ህዝቢ ድማ ኣነ ክፈድዮ እየ። ድሕሪ-እቲ ንሳቶም ብዙሕ ገንዘብ ሒዞም ክወጹ እዮም። ንስኻ ግና ብሰላም ናብ ኣቦታትካ ክትከይድ ኢኻ፡ ብጽቡቕ እርጋን ድማ ክትቕበር ኢኻ። ዓመጽ ኣሞራውያን ገና ክሳብ ሕጂ ኣይመልአን እሞ፡ ኣብ ራብዓይ ወለዶ ናብዚ ክምለሱ እዮም። ኮነ ድማ፡ ጸሓይ ምስ ዓረበት ግብ ዝበለ ጸልማት ከኣ ምስ ኮነ፡ እንሆ ድማ ዝተክክ እቶንን ሃልሃልታ ሓውን ብመንጎ እቲ ቆረርጽ ሓለፈ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ከኣ እግዚኣብሄር ምስ ኣብራም ከምዚ ኢሉ ኪዳን ኣተወ፡ እዛ ምድሪ እዚ ካብ ርባ ግብጺ ክሳዕ እቲ ዓብዩ ርባ፡ እቲ ርባ ኤፍራጥስ ... ንዘርእኻ ክህቦ እየ።”

***ዘፍ፡12፡2-3*** ፡- “ንዓብዩ ህዝቢ ክገብረካን ክባርከካን እየ፡ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፡ <u>ንበረከት ድማ ክትከውን ኢኻ።</u> ንዝባረኹኻ ክባርኾም፡ ንዝረገሙኻ ድማ ክረግሞም እየ። <u>ዓሌታት ኲላ ምድሪ ድማ ብኣካ ክባረኹ እዮም</u>።”

***ገላ፡3፡5-9*** ፡- “ከምቲ፡ ኣብርሃም ንኣምላኽ ኣመኖ እሞ ጽድቂ ኮይኑ ተቘጽረሉ፡ ዝብል፡ እምብኣርከስ እቲ መንፈስ ዝሃበኩም ኣባካትኩምውን ሓይሊ ዝገብር ብግብሪ ሕጊ ድዩ ወይስ ብምስማዕ እምነት? እምበኣርከ <u>እቶም ካብ እምነት ዘበሉ፡ ንሳቶም ደቂ ኣብርሃም ምኳኖም ፍለጡ</u>። እቲ ጽሑፍውን፡ <u>ኣምላኽ ነህዛብ ብእምነት ከም ዘጽድቖም፡</u> <u>ቅድም ርእዩ፡</u> ንኣብርሃም፡ ኲሎም ኣህዛብ ብኣካ ክባረ ኹ እዮም፡ ኢሉ ኣቐዲሙ ኣበሰሮ። እምበኣርከስ <u>እቶም ካብ እምነት ዘበሉ ምስ ኣብርሃም፡ ምስቲ ኣማኒ፡ ክባረኹ እዮም</u>።”

ካብዚ ተጻሒፉ ዘሎ ምሉእ ትሕዝቶ ንሳቶም ነተን ተሰሚርወን ዘሎ ጥራይ እዮም ዝጥቀሙ። ምሉእ ትሕዝቶኡ ከምቲ ተጻሒፍዎ ዘሎ ጌሩ ንዘን ብብ ሰብ መግለጺ ምሃብ ክሳዕ ዘየድልዮ ንጹር ምኳኑን ትሕዝቶ ናይዚ ጥቕስ

ታትን ትሕዝቶ ናይቲ ብሂላቶምን ፈጺሙ ከም ዘይሳነን ርዱእ እዩ። ነዚ ጥቕስ ታት እዚ ጉልባብ ጌሮም ዝብልዎ ስሕተት ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

- *ኣዳም ኣብ ገነት ኤደን ድሕሪ ምውዳቑ እግዚኣብሄር ናብ ምድሪ ዝምለሰሉ ኣፍ ደገ/መንገዲ ክደሊ ጀሚሩ። ኣብ ውድቀት/ፍሽለት እቲ ቀንዲ ተዋሳኢ ሰብ ከም ምንባሩ መጠን ኣብ ድሕነት'ውን እቲ ቀንዲ ተዋሳኢ ሰብ ክከውን ናይ ግድን እዩ። ስለዚ እግዚኣብሄር ንሓደ ኣብርሃም ዝበሃል ሰብ ቀሪብዎ* (approach)*። ነቲ ሰይጣን ምስ ኣዳም ኮይኑ ዝገበሮ ነገር፣ እግዚኣብሄር ምስ ኣብርሃም ኮይኑ ንሰይጣን መንዚዕዎ። እግዚኣብሄር ከም ሰይጣን ብምትላል ወይ ብስርቂ ኣይኮነን ጌርዎ። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ሓደ እማመ ኣቕሪቡሉ፣ ኣብርሃም ድማ ዓዲግዎ። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም "እማመ ኣቕሪበልካ ኣለኩ እንተ ዘይተሰማሚዑካ ክትነጽጎ ትኽእል ኢ ካ" ኢልዎ።*[100]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *እግዚኣብሄር ንኣብርሃም፣ ሰባት ንምድሪ ናብ ኢዱ እንተ ዘይመሊሶምሉ ፈጺሙ ክትንክፉ እኳ ከም ዘይክእል ነጊርዎ እዩ።*[101]

*ቤኒ ሂን* (Benny Hinn)

- *ክርስቶስ ካብ መርገም ናይ ሕጊ ዘድሓነና በረከት ኣብርሃም ኣብ ልዕሌና ምእንቲ ክወርድ እዩ። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ብከመይ እዩ ባሪክዎ? ብኸብቲ ብወርቂ ብባሮትን ብኣግራድን ብኣግማልን ኣእዱግን እዩ። ኣ ብርሃም ብስጋ* (materially) *እዩ ተባሪኹ።*[103]

*ፍረደሪክ ፕራይስ* (Frederick K.C.Price)

- *እቲ ጥዑም ዜና ድማ ንሕና ከም ክርስቶስ ዘርኢ ኣብርሃም ምኳንና እዩ። ኪዳን እግዚኣብሄር ድሮ ቆይሙ'ዩ፣ ህያብ ናይዚ ኪዳን እዚ ድማ ብልጽግና ስለ ዝኾነ፣ ሎሚ'ውን እዚ ብልጽግና እዚ ንዓኻ ይብጽሓካ ምኳኑ ከተስተውዕል ይግብኣካ።*[102]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *ብልጽግና በረከት ናይ ኣብርሃም ከም ዝኾነ፣ ድኽነት ድማ ኣብ ትሕቲ መርገም ሕጊ ከም ዝኾነ ኣቐዲምና ርኢና ኢና። ክርስቶስ ድማ ን መርገምና ኣብ ክንዳና ጸይርዎ እዩ። ንሰይጣን ወቒዑ ንስልጣኑ/ንሓይሉ*

*ዘሪፍዎ እዩ። ስለዚ ከኣ ኣብ ትሕቲ መርገም ሕጊ እትነብሩሉ ዝኾነ ይኩን ምኽንያት የለን። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኩን ዓይነት ድኽነት እትነብሩሉ ምኽንያት የለን።* [104]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *ድካ ምኳን ሓጢኣት እዩ።*[105]

*ሮበርት ቲልተን* (Robert Tilton)

እዚ ኩሉ መርዛም ብሂላትን ምስምሳትን ድሕሪ ምርኣይና እግዚኣብሄር ብዛዕባ ሃብትን ድኽነትን ብዛዕባ ስስዐን ይኣክለኒ ምባልን ዝሃቦ ሚዛናዊ ሓቂ ብዝርዝር ክንርኢ ኢና። ነቲ ኢሎምዎ ዘለዉ መርዛም ብሂላት'ውን ብዝርዝር ክምለሰሉ እዩ።

## *መልሲ ናይተን ንጉልባብ ዝጥቀሙለን ሓሳባት*

## 1. ዘርኢ - እምነት

ሰብ ዝዘርኦ ጥራይ ከም ዝዓጽድ ዘይከሓድ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። ብዓይነትን ብመጠንን ናይቲ ዝዘራእናዮ ዘርኢ ውጽኢቱ ክንዓጽዶ ኢና። ኦም በለስ ዝዘርአ ፍረ በለስ እዩ ዝዓጽድ። ካብ በለስ ወይኒ ክቕንጥብ ዝክእል የለን። ገንዘብ ዝዘርአ ገንዘብ ከም ዝሓፍስ ድማ ርዱእ ሓቂ እዩ። እንተ ኮነ ኣብ ክርስትና ገንዘብ ዘይኮነስ ሰናይ ግብሪ ኢና እንዘርእ።

> ***<u>ማቴ፥7፥16-18</u>*** ፦ "ብፍሪኦም ክተለልይዎም ኢኹም። ካብ እሾኽዶ ወይኒ ይቕንጠብ፡ ካብ ተኮርባስ በለስ? ከምኡኸስ እቲ ጽቡቕ ኦም ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ እቲ ክፉእ ኦም ከኣ ክፉእ ፍረ ይፈሪ። ጽቡቕ ኦም ክፉእ ፍረ ክፈሪ፡ ወይስ ክፉእ ኦም ጽቡቕ ፍረ ክፈሪ ኣይኮነሉን፡ እዩ።"

> ***<u>ማቴ፥12፥33</u>*** ፦ "ኦም ካብ ፍሪኡ ይፍለጥ እዩ እሞ፡ ነቲ ኦም ጽቡቕ ግበርዎ፡ ፍሪኡ ድማ ጽቡቕ፡ ወይስ ነቲ ኦም ክፉእ ግበርዎ፡ ፍሪኡ ድማ ክፉእ።"

***ማቴ፥25፥16-18*** ፥- "እቲ ሓሙሽተ መክሊት ዝወሰደ፥ ብኡብኡ ከይዱ ብእኡ ነገደ፥ ሓሙሽተ ካልእ መክሊት ድማ ወሰኸ። እቲ ካልእ በዓል ክልተ ከኣ ከምኡ ካልእ ክልተ ረብሐ። እቲ ሓደ ዝወሰደ ግና ከይዱ ምድሪ ኵዒቱ ወርቂ ጐይታኡ ሓብአ።"

***ገላ፥6፥6-10*** ፥- "እቲ ቃል ዝመሃር ግና ነቲ ዝምህሮ ካብ ጽቡቕ ነገር ዘበለ የማቕሎ። ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ከኣ ክዓጽዶ እዩ እሞ፥ ኣይትጠበሩ፥ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ። እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዝዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ክዓጽድ እዩ፥ እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዝዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክዓጽድ እዩ። እንተ ዘይተጸልኣናስ፥ ብጊዜኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ፥ ንሰናይ ግብሪ ኣይንሰልኪ። እምበኣርሲ ጊዜ ከሎና፥ ንኹሉ ሰብ፥ ምናዳ ግና ነቶም ኣመንቲ ስድራ ቤት ሰናይ ንግበር።"

ንሰብ ብገንዘብ ክንረድኦ ከለና ወይ ንኣገልግሎት ዝኸዉን ገንዘብ ክንውፊ ከለና ገንዘብ ምእንቲ ክንረክብ ኢልና እንገብሮ እንተ ኴንና ክርስትና ዘይኮነስ ሸቐጥ (ንግዲ) ኢና እንለማመድ ዘለና ማለት እዩ። ኣብቲ ንምትሓል ዝጥቀሙሉ ጥቕሲ (ገላ፥6፥8-10)፥ "እቲ ንስግኡ ኢሉ ዝዘርእ ካብቲ ስጋ ጥፍኣ ት ክዓጽድ እዩ፥? ኢሉና እዩ። እቲ ገንዘብ ምእንቲ ክረክብ ኢሉ ገንዘቡ ዝዘርእ ሰብ ንስግኡ ኢሉ ይዘርእ ስለ ዘሎ ብገዛእ ገንዘቡ ጥፍኣት ክዓጽድ እዩ። እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዝዘርእ ግን ገንዘብ ሂቡ ገንዘብ ኣይጽበን እዩ፥ ምክንያቱ ገንዘብ ንመንፈሱ ዝገብረሉ የብሉን፥ ንሱ ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣ ለም ህይወት ክዓጽድ ኢሉ እዩ ዝገብሮ። ስለዚ እቲ ዝገበርካዮ ግብሪ ዘይኮነስ እቲ ንክትገብሮ ምክንያት ዝኮነካ ዉሽጣዊ ድርኺት (motive) እዩ እቲ ወሳኒ። ኣብ ቁ. 9 ኢልዎ ከም ዘሎ "ብጊዝኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ ንሰናይ ግብሪ ኣ ይንሰልኪ" እዩ'ሞ እቲ ዝዝራእ ዘሎን ክንዓጽዶ ትጽቢት ዝግበረሉን ነቲ ሰናይ ግብሪ ደኣ እምበር ነቲ ገንዘብ ኣይኮነን። ቁ 6 ን ቁ 10 ድማ ጠመርቲ ናይቲ ምሉእ ዓንቀጽ እየን።

እቲ ኣብ 2ቈረ፥9፥6-11 ዝጥምዝዝዎ ጥቕሲዉን ንሓሳቦም ከገልግል ዝኽእል ጥቕሲ ኣይኮነን።

> ***<u>2ቈረ፥9፥6-11</u>*** ፥- “ግናከ እዚ እብል ኣለኹ፥ እቲ ቆጢቡ ዝዘርእ ቆጢቡ ይዓጽድ፥ እቲ ብበረከት ዝዘርእ ግና ብበረከት እዩ ዝዓጽድ። ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዝፈቱ እሞ፥ ነፍሲ ወከፍ ብጓሂ ወይስ ብግዲ ዘይኮነስ፥ ከምቲ ብልቡ ዝሓለኖ ይሃብ። ከምቲ እቲ ጽሑፍ፥ ዘረወ፥ ንድኻታትውን ሃበ፥ ጽድቁ ንዘልኣለም ይነብር ዝብሎ፥ ኣምላኽ ከኣ፥ ምእንቲ ብኹሉ፥ ኩሉ ሳዕ ዝኣክል ኩሉ ሒዝኩም ንሰናይ ግብሪ ኩሉ ጸብለል ክትብሉ፥ ጸጋ ዘበለ ኣ ባካትኩም ጸብለል ከብል ይክኣሎ እዩ። ግናከ እቲ ንዘራኢ፥ ዘርእን ምግቢ ዝከውን እንጌራን ዝዕድል፥ ንሱ ዘርእኹም ክዕድለከ -ምን ከበርክተልኩምን፥ ንፍረ ጽድቕኩምዉውን ከብቍሎ እዩ ንስካትኩም ከኣ ብኹሉ በቲ ብኣታትና ገይሩ ንኣምላኽ ምስ ጋና ዝዓዪ ልግሲ ክትህብትሙ ኢኹም።”

ኣብዚ ጥቕሲ እዚ እዞም ዝስዕቡ መንፈሳዊ ሓሳባት ክነስተውዕል ይግባእ

1. “ዘረወ ንድኻታት'ዉን ሃበ፥ <u>ጽድቁ ንዘልኣለም ይነብር</u>” እምበር “እቲ ዝዘረዎ ይምለሰሉ፥ ብመጠን ዝዘረዎ ብገንዘብ ይባረኽ እዩ” ኣይበለን።
2. “ብሰናይ ግብሪ ኩሉ ጸብለል ክትብሉ” ደኣ እምበር ብገንዘብ ምእካብ ጸብለል ክትብሉ ኣይበለን። ገንዘብ ምእንቲ ክትረክብ ኢልካ ገንዘብ ምሃብ፥ ብናይ ሓረጣ መንፈስ ዝተዓብለለ በለጽ እምበር ሰናይ ግብሪ ኣ ይኮነን።
3. ብመንፈሳዊ ድርኪት ገንዘብና ምስ ዘራእና፥ እግዚኣብሄር ንገንዘብ ዘይኮነስ <u>ንፍረ ጽድቅና እዩ ከብቍለልና።</u>
4. እቲ ብኣና ዝተፈጸመ ልግሲ፥ ተገልቢጡ ንናትና ረብሓ ኢልካ ዘይኮ ነስ <u>ንኣምላኽ ምስጋና ዝዓዪ</u> ምእንቲ ክከዉን እዩ ክፍጸም ዘለዎ።
5. እዚ ክንብል ከሎና፥ እግዚኣብሄር መንፈሳዊ በረከት ኣብ ምሃብ ጥራሕ ዝተሓጽረ እዩ ማለትና ኣይኮነን። ኣብ ክርስትና፥ ስጋዊ በረከት ካልኣውን ናይ መወዳእታን ሚዛን ዝወሃቦ፥ በቶም ከም ናይ ሰለሞን ዝበለ መንፈሳዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ኣብ ጸሎቶም ከም ኣጀንዳ እኳ ዘይስራዕ ምኳኑ እዩ ዘርእየና።

ስለዚ እዚ “ሰብ ዝዘርኦ እዩ ዝዓጽድ” ዝብል ቅዱስ ሓሳብ ነቲ ርከ -ስ ስስዐ ናይዞም ሰብ ስሕተት ከገልግል ከም ዘይክእል ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ን

ሳቶም ግን ስሰዐን ስሕተትን ይዘርኡ ኣለዉ. እሞ፡ ብርግጽ ኣብ ምጽኣት ናይቲ ጉልባብ ስስዐኦም ክገብርዎ ዝፍትኑ ዘለዉ ጐይታ፡ ንዓሰቢ ስሕተቶም ክዓጽድዎ እዮም። እንተ ንሕና ግን ካብዚ ናይ ስስዐ ወንጌል ክንሕሎ ነናይ ውልቅና ሓላፍነት ምኳኑ ኣይንዘንግዕ።

## 2. ሚእቲ ካዕበት

እቲ በዚ ኣርእስቲ እዚ ጌሮም ከስድዕሉ ኢሎም ዝመረጽዎ ጥቕሲ ካብ ኣፎም ክትሰምዮ የሕዝን እዩ። ንልቢ እቶም ነፍሶም ቀቢጾም ንኩሉ ሓዲጎም ዝሰዓቡ ተባዓት ሃዋርያት ከጽንዕ ተባሂሉ ዝተዋህበ ህያውን ምሩጽን ጥቕሲ መጋበርያ ናይዞም ናይ ስስዐ ሃዋርያት ኮይኑ ክትርእዮ ዘይጽወር በደል እዩ። እቲ ጥቕሲ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝንበብ።

> ***ማር፡10፡28-31*** ፡- "ጴጥሮስ፡ እንሆ፡ ንሕና ኩሉ ሓዲግና ሰዓ ብናካ፡ ክብሎ ጀመረ። ኢየሱስ መለሰ በለዉውን፡ ምእንታይን ምእንቲ ወንጌልን ኢሉ፡ ቤት፡ ወይ ኣሕዋት፡ ወይ ኣሓት፡ ወይ ኣ ቦ፡ ወይ ኣደ፡ ወይ ሰበይቲ፡ ወይ ውሉድ፡ ወይ ግርሁ ዝሓደገ ዘበለ፡ ሕጂ ኣብዛ ዘመን እዚኣ ቤት፡ ኣሕዋት፡ ኣሓት፡ ኣደ፡ ውሉድ፡ ግርሁ፡ ሚእቲ ካዕበት <u>ምስ ስደት፡</u> ኣብታ እትመጽእ ዓ ለም ከኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዘይረክብ የልቦን፡ ኢለ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ብዙሓት ቀዳሞት ዳሕሮት፡ ዳሕሮት ከኣ ቀዳሞት ክኾኑ እዮም።"

እዚ ጥቕሲ እዚ ከም ዘለዎ ብጥሪኡ ንዝተርጎሞ ሰብ ወይ'ዉን ምስቲ ሚእቲ ካዕበት ዝብል ቃል ተጸጊዑ ዘሎ ካልእ ኣገዳሲ ቃል ንዘየስተውዓለ ሰብ፡ ናብዚ ናይ ሃዋርያት ሓሶት ትርጉም ንክበጽሕ ኣዝዩ ቀሊል እዩ።

እቶም ምእንቲ ጐይታ ኢልካ ክሕደጉ ዝክእሉ ነገራት ብቑጽሪ ብዙሓት እዮም። ቤትን ንብረትን ግራትን እኳ ደሓን ሚእቲ ካዕበት ይብጻሕ ሚእቲ ካዕ በት ኣቦን ኣደንሲ ካበይ እዮም ክመጹ? ሰበይቱ ዝሓደገ ስለ ዝበለከ ብሚእቲ ካዕበት ኣንስቲከ ክባረኹ እዮም ማለት ድዩ? ስለዚ ናይ ላዕለ ላዕሊ (*Literal*)

ትርጉም ክትርጎም ዘይክእል ጥቕሲ ምኳኑ ኢና እንርዳእ። ኣብ ዉሽጢ መንፈሳዊ ሕብረት ምስ ኣተና ብስጋ ዘይኮነስ ብኅይታ ዝህልውና ኣሕዋትን ኣሓትን ዓበይቲ ኣቦታትን ኣዴታትን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም ዝኾኑ። ካብ ገዛና እንተ ወጻእና እኳ ካብ ቤትና ንላዕሊ ክጥዕሙና ዝክእሉ ናይ ብዙሓት ኣመንቲ ኣ ባይተ'ዉን ኣለዉና። ስለዚ ነቲ ብመንፈሳዊ ሕብረት እንረክቦ ካዕበት ደኣ እምበር፡ ሓደ ሓዲግናስ ሚእቲ ካዕበት ገዛዉቲ ክንዉንን (ክነጥርን) ዝብል መልእኽቲ ዘስምዕ ጥቕሲ ኣይኮነን።

እዚ ሚእቲ ካዕበት ተባሂሉ ዘሎ ንበይኑ ዘይኮነስ ምስ ስደት ተተሓሒዙ እዩ ክመጸና። እዚ ሚእቲ ካዕበት ከምዚ እዞም ሰባት ዝትርጉምዎ ዘለዉ ስጋዊ ትርጉም ዘለዎ ጥራይ እንተ ኮይኑ'ሞ ስደት ድማ ምስኡ ሚእቲ ካዕበት ኮይኑ ዝመጽእ እንተ ኮይኑ፡ ነቲ ሚእቲ ካዕበት ገዛዉቲ ደኣ ኣበይ ኮይኖም እዮም ክነብርዎ ነቲ ግራትከ ኣበይ ኮይኖም ክዓይዎ? ስለዚ ስደት ኣብ ዘለዎ ክስ ተማቕር ዝክእል ስጋዊ በረከት ስለ ዘየለ፡ ጎይታ ናይ ስጋዊ በረከት መብጽዓ ከ ም ዘይኣተወልና ርዱእ ይኸውን ማለት እዩ።

ጐይታ ብዛዕባ ስጋዊ በረከት ይዛረብ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ኣብዚ ምዕ ራፍ'ዚ ኣቐድም ኣቢሉ ቅድሚ 3 ጥቕስታት “ ሃብታም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ዝኣቱስ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሓልፍ ይቐልል” ኣይምበለን ነይሩ (ማር፡10፡25)። ብመሰረቱ ነቲ ሃዋርያ ጴጥሮስ ዝሓተቶ ሕቶን ነቲ ጎይታ ዝሃቦ መልስን ምኽንያት ዝኮነት'ዉን እዛ ጥቕሲ እዚኣ እያ። ብስጋዊ ሃብቲ ናብ መን ግስቲ ኣምላኽ ንምእታዉ ዘለካ ዕድል ከም ዓይኒ መርፍእ ከም ዘጽብቦ ክዛረብ ጸኒሑስ፡ ድሕሪ ሰለስተ ጥቕስታት ነቶም ዝነበሮም ኩሉ ሓዲጎም ዝሰዓብዎ ሃዋርያት ስጋዊ ሃብቲ ዝመባጽዓሉ ምኽንያት የለን። ነቲ ዝሓተቶ ሃብታም ሰብኣ ይ “ዘለካ ኩሉ ሼጥካ ንድካታት ሃቦም” እናበሎስ፡ ነቶም ንእኡ ንምስዓብ ዝወሰኑ ሰባት ሃብቲ ዝዕድለሉ ምኽንያት ከም ዘየለ ዝኮነ ኣስተውዓሊ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ዝስሕቶ ኣይኮነን።

## 3. መራኸቢ ነጥቢ

እዚ ቅጽዒ (ፍርሙላ) እዚ እቲ ዝኸፍአ ጽዉጽዋይ ናይዞም ናይ ስሰዐ ሃዋርያት እዩ። በረከትን ቅብኣትን ኣብ ጨርቂ ተቛጺሩ ከም ዝኸይድ ዘስምዕ፡ ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ዓብዪ ነገር ካብቲ ሰብ ዝሰርሖ ጨርቂ ንታሕቲ ዘቃልል

ነውራም ብሂል እዩ።

ንጨርቂ ወይ ንስእሊ ናይቲ “ባራካይ” ስለ ዝሓዝካስ በረከት ይውሕዘልካ ዝብል ጽውጽዋይ ሓቂ ንምምሳል ዝጥቀሙሉ ጥቕሲ ምስዚ ናታቶም ጽውጽዋይ ዘዛምድ ዝኾነ ይኹን ነጥቢ የብሉን።

> ***ግብ፥19፥11,12*** ፦ “ኣምላኽ ከኣ ብኢድ ጳውሎስ ብዙሕ በይኑ ዝኾነ ተኣምራት ገበረ። መኣረምያኡ ወይስ ክዳኑ፥ ካብ ዝባኑ ወሲዶም ኣብቶም ሕሙማት የንብሩ እሞ ሕማሞም ይሓድጎም፥ ርኩሳት መናፍስቲ'ውን ካባታቶም ይወጹ ነበሩ።”

ብመሰረቱ ነዚ ጥቕሲ'ዚ ምስ ፋይናንስ ዘዛምድ ዋላ ሓንቲ ምኽንያት የ ብሉን። ዋላ ምስ ሃብቲ ዘተሓሕዝ ጉዳይ እንተ ዝህልዎ'ውን በቲ ንሳቶም ዝብልዎ መንገዲ ኣይኮነን። በቲ ናታቶም ኣበሃህላ፥ “በታ ጨርቂ ጌሩ በረከትን ቅብኣትን ዝውሕዘልካ፥ ንስኻ ምስታ ጨርቂ ጌርካ ነቲ “ቀባኣይ” ገንዘብ እንተ ልኢኽካሉ እዩ። እዚ ድማ ምስ ናይቲ ቅዱስ ሃዋርያ ጳዉሎስ ኣካይዳ ዘይኮነስ፥ ምስቲ ንተኣምራት ብገንዘብ ምዕዳግ ዝመልእኽቱ ምስ ናይ ስምኦን ጠንቛሊ ኣ ካይዳ ዝዛመድ እዩ። ንእኡ ዝተዋህቦ መልሲ ብኽፉት ልቢ ከንብብዎ ፍቓደ ታት እንተ ኮይኖም ናብ ንስሓ ዝድርኽ ህያዉን ሓያልን ጥቕሲ እዩ።

> ***ግብ፥8፥20-24*** ፦ “ጴጥሮስ ግና <u>ነቲ ህያብ ኣምላኽ ብገንዘብ ክትገዝኦ ስለ ዝሓሰብካ ወርቅኻ ምሳኻ ይጥፋእ።</u> ልብኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ ስለ ዘይኮነ፥ ከኣ ኣብዚ ነገር እዚ ክፍሊ ወይ ግደ የብልካን። እምበኣርሲ <u>ካብዚ ክፍኣትካ እዚ ተነሳሕ፥</u> ምናልባሽ ሓሳብ ልብኻ እንተ ሓደገልካ ንእግዚኣብሄር ለምኖ። <u>ኣ ብ መሪር መርዝን ኣብ ማእሰርቲ ግፍዕን ምህላውካ እርእየካ ኣለኹ፥</u> በሎ። ስምኦን ከኣ፥ ካብዚ ዝበልኩምዎ ሓደ እኳ ከ ይበጽሓንስ ንእግዚኣብሄር ለምኑለይ ኢሉ መለሰ።”

ስምኦን ብሰርዛ እኽይቲ ሓሳብ እዚኣ ምስ ወርቁ ክጠፍእ እዩ ተፈሪድዎ። ኣብ መሪር መርዝን ኣብ ማእሰርቲ ግፍዕን ዘእተዎ ክፉእ ስሰዐ እዩ። ኣብቲ ህያብ ኣምላኽ ግደ ዝከልእ፥ ንሕድገት ሓጢኣቱ ድማ ኣብ ምናልባሽ ዘውድቕ  መርዛም ሓጢኣት እዩ ወዲቑ።

ኣብዚ ዝጥምዝዝዎ ዘለዉ ጥቕሲ፣ "ንሳቶም ንእምነቶም በታ ጨርቂ ገሮም ይልእኩሉ፣ ንሱ ከኣ ተቐቢሉ ንቕብኣቱ በታ ጨርቂ እቲኣ ጌሩ ይልእኽ ሎም ነበረ" ዝብል መልእኽቲ የብሉን። እዚ ተኣምራት'ዚ ካብ ካልኦት ሃዋርያት ፍልይ ብዝበለ መንገዲ እሞ ኣብ ኤፌሶን ጥራይ ዝተኸሰተሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? እቲ ምኽንያት ብሩህ እዩ። ኣብ ኤፌሶን ኣርጤሚስ ዝተባህለት ብብዙሓት ኣህዛብ ብዓብይ ፍርሃት እትምለኽ ጣኦት ነይራ። ጐይታ ነዚ ኣምልኾ'ዚ ሰይሩ መናሃርያ ናይ ወንጌል ንክገብራ፣ በዚ ፍሉይ መስዋእትነት ዝከፍል ዘሎ ሃዋርያ ጌሩ ኣዝዩ ፍሉይ ተኣምራታት ክገብር ባህርያዊ እዩ። ነዚ ፍሉይ ዕላማን ስ ራሕን ናይ ጐይታ ጉልባብ ጌርካ ነዚ ጸጋ'ዚ ከም መካዕበቲ ናይ ሃብቲ ጌርካ ምእንቲ ክትጥቀመሉ ዘይመልክዑ ምሃብ ቀሊል ክሕደት ኣይኮነን።

# 4. ኪዳናዊ ኮንትራት

እዚ ኪዳናዊ ኮንትራት ዝብል ትምህርቶም ድማ ነቲ እግዚኣብሄር ንኣ ቦና ኣብርሃም ዝኣተወሉ ቅዱስ ኪዳን ጉልባብ ዝገበረ እዩ። "እግዚኣብሄር ንኣ ብርሃም ኪዳን ዝኣተወሉ ንናይ ስጋ በረከት ዝምልከት እዩ። ንሕና ደቂ ኣ ብርሃም ስለ ዝኮንና እቲ ኪዳን ድማ ንኣካን ንዘርእካን ስለ ዝብል እዚ ናይ ስ ጋ በረከት (ሃብቲ) ንዓና ይግብኣና እዩ" ይብሉ። "እቲ ሃብቲ እዚ እንተ ዘይረኺብና ወይ ኣምላኽ ንኪዳኑ ኣፍሪስዎ (ግሂስዎ) ኣሎ ወይ ንሕና ነቲ ኪዳን ብእምነት ናትና ኣይገበርናዮን (ኣይወነንናዮን) ኣለና" ዝብል ምኽንያት ድማ ይህቡ።

እቲ ንመርትዖ ክኾኖም መሪጸምዎ ዘለዉ ጥቕሲ ናይ ስጋዊ በረከት ምልክት'ዉን የብሉን።

> ***ዘፍ፥12፥2-3*** ፦ "ንዓብዪ ህዝቢ ክገብረካን ክባርኸካን እየ፣ ንስ ምካውን ከዕብዮ እየ፣ ንበረከት ድማ ክትከውን ኢካ። ንዝባረኹካ ክባርኾም፣ ንዝረገሙኻ ድማ ክረግሞም እየ። ዓሌታት ኩላ ምድሪ ድማ ብኣካ ክባረኹ እዮም።"

***<u>ዘፍ፣15፣4-6</u>*** ፡- “እንሆ ከኣ ቃል እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ናብኡ መጸ፥ ኣይፋሉን፥ ካብ ከስዐካ ዝወጸ እዩ ዝወርሰካ እምበር፥ እዝስ ኣይወርሰካን እዩ። ንግዳም ኣውጺኡ ድማ፥ ንሰማይ ጠምት፥ ምቑጻሮም እትክእል እንተ ኳንካ፥ ከዋክብቲ ቁጸር፥ በሎ። <u>ዘርእካውን</u> ከምኡ ክኸውን እዩ፥ በሎ።”

***<u>ዘፍ፣22፣16-18</u>*** ፡- “ብርእሰይ መሓልኩ፥ ይብል እግዚኣብሄር፥ እዚ ነገር እዚ ካብ እትገብር፥ ነቲ ሓደ ውሉድካውን ካብ ዘይትከልእ፥ ስለዚ ኣዝየ ክባርኸካ እየ፥ <u>ንዘርእካ</u> ድማ ከም ከዋክብቲ ሰማይን ከምቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ኣዝየ ከብዝሖ እየ። <u>ዘርእካ</u> ድማ ደጌታት ጸላእቱ ክወርስ እዩ። ቃለይ ስለ ዝሰማዕካ ድማ ህዝብታት ኩላ ምድሪ ብዘርእካ ክባረኹ እዮም፥ በሎ።”

ኣብዚ ክፉል ጥቕስታት እዚ እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ንዓብይ ህዝቢ ከም ዝገብሮ፥ ዘርኡ ድማ ከም ከዋክብቲ ሰማይን ከም ሑጻ ባሕርን ከም ዝበዝሕ ደኣ እምበር፥ ሃብቱ ከምኡ ከም ዝበዝሕ ኣይነገሮን። ብኣንጻሩ ዘርኡ ኣብ ምድሪ ግብጺ ን400 ዓመታት ስደተ ታት ኮይኖም ከም ዝግዝኡን ገዛእቶም ድማ ከም ዘጨንቕዎምን እዩ ነጊርዎ (ዘፍ፣15፣13,14)። እቲ ዘርእካ ተባሂሉ ዘሎ ድማ ንክርስቶስ እምበር ንኩሉ ሰብ እስራኤል ብሓፈሻ ዘመልክት ከም ዘይኮነ ቃሉ ኣነጺሩ ይገልጸልና እዩ። ኣብ ርእሲኡ'ዉን እቲ ኪዳን ንጽድቂ ዝምልከት እምበር ንምድራዊ ሃብቲ ዝምልከት ኪዳን ከም ዘይነበረ፥ ስለዚ ከኣ እቶም ብእምነት ብክርስቶስ ዝጸደቑ ኣህዛብ ኮኑ ደቂ እስራኤል ዘርኢ ኣብርሃም ከም ዝኾኑ እዩ ዝነግረና። ስለዚ ብስጋ ካብ ዓሌት እስራኤል ስለ ዝተወልደ ዘይኮነስ በቲ ዘርኢ ኣብርሃም ዝኾነ ክርስቶስ ኣሚኖም ዳግም ዝተወልዱ ኩሎም ዘርኢ ኣብርሃም ምኳኖም እዩ ዝገልጸልና፥

***<u>ማቴ፣1፣1</u>*** ፡- “መጽሓፍ ወለዶ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ዳዊት፥ ወዲ ኣብርሃም።”

***<u>ገላ፣3፣15,16</u>*** ፡- “ኣሕዋተየ፥ ከም ኣዘራርባ ሰብ እዛረብ ኣሎኹ ነቲ ዝጸንዐ ኪዳን ሰብ እኳ ዘፍርሶ ወይስ ዝውስኸሉ የልቦን።

እቲ ንኣብሃምን ንዘርኡን እተነግረ ተስፋ ድማ፡ ንሓደ ከም ዝበሃል፡ ንዘርእካ፡ ንሱ ከኣ ክርስቶስ እዩ እምበር፡ ንብዙሓት ከም ዝብሃል፡ ነዘርእቲ ኣይብልን እዩ።"

***ገላ፣3፣5-19*** ፡- "ከምቲ፡ ኣብርሃም ንኣምላክ ኣመኖዉሞ ጽድቂ ኮይኑ ተቘጽረሉ፡ ዝብል እምበኣርከስ እቲ መንፈስ ዝህበኩም ኣባካትኩምውን ሓይሊ ዝገብር ብግብሪ ሕጊ ድዩ ወይስ ብምስማዕ እምነት? እምበኣርከ እቶም ካብ እምነት ዘበሉ፡ ንሳቶም ደቂ ኣብርሃም ምኳኖም ፍለጡ። እቲ ጽሑፍዉውን፡ ኣምላክ ነህዛብ ብእምነት ከም ዘጽድቖም ቅድም ርእዩ፡ ንኣብርሃም፡ ኩሎም ኣህዝብ ብኣካ ክባረኩ እዮም፡ ኢሉ ኣቐዲሙ ኣበሰሮ። እምበኣርስከ እቶም ካብ እምነት ዘበሉ ኩሎም ምስ ኣብርሃም፡ ምስቲ ኣማኒ፡ ክባረኩ እዮም።"

***ሮሜ፣4፣9-16*** ፡- "እምበኣርከ፡ ንኣብርሃም እታ እምነቱ ጽድቂ ኮይና ተቆጽረትሉ፡ ንብል ኣሎና እሞ፡ እዛ ብጽእና እዚኣ ንግዙራት ጥራይ ድያ ወይስ ንዘይተገዝሩ'ውን? ከመይ ኢላከ እያ እተቘጽረትሉ፡ ብግዝረት ከሎ ድያ ወይስ ብዘይ ግዝረት? ብዘይ ግዝረት ከሎ እያ እምበር፡ ብግዝረት ከሎስ ኣይኮነትን። ነቶም ጽድቂ ምእንቲ ክቑጸረሎም ኢሎም፡ ከይተገዝሩ ከለዉ ዝኣምኑ ኩሎም፡ ኣቦኦም ምእንቲ ክከውንሲ፡ ንማሕተም እታ ብዘይ ግዝረት ከሎ ዝረከባ ጽድቂ እምነት ናይ ግዝረት መፈለጥታ ተቐበለ። ኣቦ ግዙራትዉውን ክከውን፡ ማለት፡ እታ ንኣብርሃም ኣቦና ብዘይ ግዝረት ከሎ ዝነበረቶ እምነት፡ ኣስኣሰራ ንዝከዱ እምበር ካብ ግዝረት ንዘበሉ ጥራይ ኣይኮነን። እታ ንኣብራሃም ወይስ ንዘርኡ፡ ወራስ ዓለም ምእንቲ ክከውን፡ እተዋህበቶ ተስፋ ብጽድቂ እምነት እያ እምበር፡ ብሕጊ ኣይኮነትን እሞ፡ እቶም ካብ ሕጊ ዝኮኑ እንተ ዝወርሱስ፡ እምነት ከንቱ ምኮነት፡ እታ ተስፋውን ምተጠልመት ነይራ። እቲ ሕግስ ቁጥዓ እዩ ዘምጽእ እሞ፡ ኣብቲ ሕጊ ዘይብሉ ግና፡ ኣብኡ ምፍራስውን የልቦን። ስለዚ ካብ እምነት ኣብርሃም ንዝኮነ ኩሉ ዘርኢ ከኣ እዩ እምበር፡ ካብ ሕጊ ንዝኮኑ ጥራይ ኣይኮነን። እታ ተስፋ ክትጸንዕ፡ ብጸጋ ምእንቲ ክከውንሲ፡ ብእምነት እዩ ዝከውን። ኣብራሃም ከኣ ኣቦ ኩላትና

እዩ።"

እቲ ካልእ ዝህብዎ ዘገርም መግለጺ ድማ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ምስ ኣ ብርሃም ዝኣተዎ ኪዳን ናብ ምድሪ ዝኣትወሉ ዕድል ጌሩ ከም ዝተጠቕመሉ ይገልጹ። ኣዳም ምስ ሰይጣን ተሓባቢሩ ንእግዚኣብሄር ካብ መሬት ሰጕጕዎ ዝብል እምነት ስለ ዘለዎም ናብ ምድሪ ሰሪቑ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ንምእታው ዝተጠቕመሉ ኪዳን ምንባሩ እዮም ዝገልጹ። ስለዚ ነዚ ኪዳን እዚ ከም ሽፋን ናይ ስሰዐኦም ጥራይ ዘይኮነስ ንእግዚኣብሄር ዘዋርዱሉ መንገዲ ጌሮም'ዉን ይጥቀሙሉ እዮም።

ንእግዚኣብሄር ግን ካብ ምድሪ ከውጽኦ ዝክእል ኣካል የለን። መጽሓፍ ቅዱስ ዓለምን ኣብኣ ዘሎን ኩሉን ናቱ ምኳና፡ ገና ይገዝኣ ከም ዘሎ፡ ስለዚ ከኣ ብመርገም ናብ እሾክን ተኮርባን ከም ዝለወጣ ኣቐዲምና ብሰፊሑ ርኢና ኢና። ስለዚ እቲ ምስ ኣብርሃም ዝተኣትወ ኪዳን፡ ንእግዚኣብሄር ነቲ ካብ መን ግስቲ ኣምላኽ ወጺኡ ዝነበረ ወዲ ሰብ ናብኡ ንምምላስ ዝተጠቕመሉ መንገዲ እዩ።

እቲ ካልእ ዘገርም ብሂሎም ድማ እግዚኣብሄር ሓደ ናይ ኪዳን እማመ ኣቕሪቡሉስ ኣብርሃም ድማ ነቲ እማመ ከም ዝዓደነ፡ ኣብርሃም ደስ እንተ ዘይ ኢልዎ ወይ ዘየዋጽኦ እንተ ኮይኑ ነቲ እማመ ናይቲ ኪዳን ክነጽጎ ይክእል ከም ዝነበረ ይዛረቡ። ብኣገላልጽኦም መሰረት ኣብቲ ኪዳን ዝለዓለ ኢድ ዘለዎ ኣ ብርሃም እምበር እግዚኣብሄር ኣይኮነን። እቲ ዘገርም ድማ እግዚኣብሄር ነታ ከ ዳን ምስ ዝጥሕስ ንርእሱ ክድምስስ (ከጥፍእ) ወይ ርእሰ ቅትለት ክፍጽም ከም ዝግደድ እዮም ዝምድሩ።

ብመሰረቱ እግዚኣብሄር ንኪዳኑ ይእዝዞ ደኣ እምበር ኣብ ድርድር ወይ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣየእትዎን እዩ። ንፍቓዱ ኣብ ፍቓድን ኢድን ናይ ሰባት ኣ ሕሊፉ ሂቡ ኣይፈልጥን እዩ። ሰባት ብገዛእ ዉሳኔኦም ናቶም ዕጫ ደኣ ይዉስኑ ይኮኑ እምበር ንፍቓዱ ክዉስንዎ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኩን ተክእሎ የብሎምን። ነቶም ኪዳኑ ንምፍጻም ዝዘንግዑ ሕሩያትን ዓበይትን ቅዱሳኑ እኳ ከናሕስየሎም ኣይፈተወን። ኣብቶም ምእዛዝ ዝኣበዩ ረሲኣን ይትረፍሲ፡ ኣብቶም ዝዘንግዑ ቅዱሳት'ዉን ኩራኡ ዘንደደ ኣምላኽ እዩ። ነቶም ካብ ትእዛዙን ኪዳኑን ከ ድሓርሕሩ ዝሃቀኑ ንርእሶም ከም ዝገዶም ኣጠንቂቑዎም እዩ።

***ዘጸ፣4፣13-14*** ፡- "ንሱ ግና በጃኻ ጐይታይ፣ በቲ እትልእኮ ደኣ ልኣክ፣ በሎ። ሽዑ ኩራ እግዚኣብሄር ብሙሴ ነደደ በሎ ከኣ፣ ...።"

***ዘጸ፣4፣24-26*** ፡- "ኮነ ድማ፣ ሙሴ ኣብ መገዲ ኣብ ሓደ መሕደሪ ከሎ፣ እግዚኣብሄር ተራከቦ፣ ክቕትሎውን ደለየ። ሽዑ ጺጶራ ጽልጽለ ወሲዳ፣ ዕልቦ ወዳ ገዘረት፣ ናብ ኣእጋሩ ደርብያቶ ከ ኣ፣ ንስኻ ንኣይ ናይ ደም መርዓዊ ኢኻ፣ በለት። ካብኡ ከኣ ኣልገ ሰት። ሽዑ ድማ፣ ብምኽንያት ግዝረት ናይ ደም መርዓዊ ኢኻ፣ በለት።"

***ግብ፣9፣5*** ፡- "ጐይታ ከኣ ኣነ እቲ ንስኻ እትሰጎ ዘለኻ ኢየሱስ እየ። ኣብ ኣንፈ ብልሒ እንተ ኣድሓርሓርካ ንርእስኻ እዩ ዝገድደካ በሎ።"

***ኤር፣18፣6-10*** ፡- "ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ኣነከ ንኣካትኩምዶ ከ ምቲ ሰራሒ መሬት ዝገበሮ ክገብረኩም ኣይከኣለንን እዩ? ኣቱም ቤት እስራኤል፣ እንሆ፣ ከምቲ መሬት ኣብ ኢድ እቲ ሰራሕ መሬት ዘሎ። ከምኡ ድማ ንስካትኩም ኣብ ኢደይ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር። ሓደ ግዜ ብናይ ህዝብን ብናይ መንግስትን ክምን ቁስን ከፍርስን ከጥፍእን እዛረብ ኣለኩ፣ እቲ እተዛረብኩሉ ህዝቢ ካብ እከዩ እንተ ተመልሰ ግና ኣነ ከኣ ነቲ ንእኡ ክገብሮ ኢለ ዝሓሰብክዎ እኩይ እጠዓሰሉ እየ፣ ሓደ ግዜ ከኣ ብናይ ህዝብን ብናይ መንግስትን ክሃንጽን ክተክልን እዛረብ ኣለኩ። ቃለይ ምስ ማዕ ኣብዩ፣ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ እከይ እንተ ገበረ ግና፣ ኣነዉውን ነቲ ክገብረሉ እየ ኢለ እተዛረብክዎ ሰናይ እጠዓሰሉ።"

እዚ መርዛም ኣበሃህላ ናይዞም ናይ ክሕደት ሃዋርያት ሉኣላዉነት ናይ እግዚኣብሄር ኣብ ምቅላል ዝዓለመ እዩ። እግዚኣብሄር ግን ሉኣላዊ እዩ። ዝኮ ነ ይኩን መንፈሳዊ ኮነ ስጋዊ ኣካል ኣብ ግብርን ሓሳብን ናይ እግዚኣብሄር ተጽዕኖ ክገብር ዝክእል የለን። ንሱ ይምሕር ይቕትል የጥሚ የጽግብ የብዝሕ ይድምስስ ከኣ። ነዚ ሉኣላዉነት እዚ ናብ ድርድር (ዋጋ ዕዳጋ) ከእቱ ዝፍትን ኩሉ ካብቲ ዘሙኑ ምሉእ ንሉኣላዉነት እግዚኣብሄር ዝተጻብአ ድያብሎስ እምበር

ካብ ካልእ ክከዉን ኣይክእልን እዩ። ብዛዕባ ሉኣላዉነት እግዚኣብሄር ዝገልጹ ብዙሓት ጥቕስታት እኳ ርኢና እንተ ኮንና እዞም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ጥቕስታት ሓገዝቲ እዮም። 1ሳሙ 2፡6-8፣ እዮ 9፡12፣ መዝ 24፡1,2 መዝ75፡6,7፣ መዝ 95፡3-5፣ መዝ 99፡1,2፣ መዝ 115፡3፣ መዝ 135፡6፣ መክ 3፡14፣ መክ 9፡1፣ ኢሳ 45፡9፣ ኢሳ 46፡10 ኤር 18፡6፣ ዳን 4፡35፣ ኤፌ 1፡11,12፣ ኤፌ 4፡6፣ ያእ 4፡12)

## ጉልባብ ስሕተት ዝኮኑ ሰለስተ ምኽንያታት

እዚ ዝተዛረብዎ ኩሉ ነገር ተጠቒሙ ምስላጥ ዝኣበዮ ሰብ፡ "እዚ ቅጽዕ ኩም (ፎርሙላኩም) ኣይሰርሕን እዩ" ንከይብሎም ኣቐዲሞም ሓንካስ ምኽንያት ኣዳልዮም እዮም ዝጸንሑ።

ሀ. <u>ክልተ ልቢ ምኳን፡-</u> እዚ ኣበሃህላ እዚ ኣብ ዘይመዓልኡ ደኣ ዉዒሉ እምበር ቃል እግዚኣብሄር ዝጠቕሶ ሓቂ እዩ።

> ***<u>ያእ፡1፡7,8</u>*** ፡- "<u>ክልተ ዝልቡ ሰብኣይ</u> ብኩሉ መገዱ ጽኑዕ ኣይኮነን እሞ፡ እቲ ከምዚ ዘመሰለ ሰብ ካብ ጐይታ ገለ ዝቕበል ኣይም ሰሎ።"
>
> ***<u>ያእ፡4፡8</u>*** ፡- "ንኣምላክ ቕረብዎ፡ ንሱውን ክቐርበኩም እዩ። ኣቱም ሓጥኣን ኣእዳውኩም ኣጽርዩ፡ <u>ኣቱም ሰብ ክልተ ልቢ'ውን</u>፡ ልብኩ ም ኣንጽሁ።"
>
> ***<u>መዝ፡119፡113</u>*** ፡- "<u>ክልተ ዝልቦም ጸላእኩ</u>፡ ሕግኻ ግና ፈተኹ።"

እግዚኣብሄር ክልተ ልቢ ንዘለዎ ሰብ ዝጸልእ ምኳኑ ኣርጊጹ ተዛሪቡ እዩ። እንተ ኮነ ንናይ እግዚኣብሄር ነገር ብክልተ ልቢ ዝርእዩ ደኣ እምበር ን ናይ ስሕተት ኣመልኪቱ ዝበሎ ኣይኮነን። ክልተ ልቢ ምካን ማለት በቲ ሓደ ወገን "ይከዉን'ዩ ሓቂ'ዩ" ክትብል ጸኒሕካ፡ ደሓር ድማ "እምበርዶ ሓቂ'ዩ" ኢ ልካ ክትጠራጠር ከለኻ ማለት እዩ። ስለዚ እግዚኣብሄር፡ ነቲ ናቱ ዘልኣለማዊ ሓቅታት ብሓንትን ዘይተማትእን ልቢ ሓቅነቱ ክትቅበሎ በዛ ልቢ እዚኣ ከኣ

ነቲ ናይ ሰይጣን ፍሕሶታት ስሕተት ፍጹም ክትነጽጎን ጽኑዕ መርገጽን ክህልወካ እዩ ዝደሊ። ስለዚ ከም ባህጊ ናይቶም መስሓትቲ ንሓሶቶም ብሓደ ልቢ ክትቅበል ዘይኮነስ፣ ብሓደ ልቢ ክትነጽጎ እዩ እግዚኣብሄርን ሓቅታቱን ዝብድሃካ ዘሎ።

ለ. <u>ዘይቅኑዕ ኣተሓሳስባ፡-</u> ንሕና እታ እንሓስባ ሓሳብ ኢና፣ ሓሳብ ድማ ፈጣሪ ሓይሊ እዩ" ኣብ ዝብል ናይ ፈጠራ ብሂል ተመርኲስካ ዝብሃል ዝኾነ ይ ኩን ኣበሃህላ ብዝኾነ ይኩን ተኣምር ሓቂ ክክዉን ኣይክእልን እዩ። ያእቆብ ብዛዕባ በረከትን ኣመጻጽኡን ዝምልከት ጌጋ ርድኢት እኳ እንተ ነበሮ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኪዳኑ ክብል ፈጺምዎ እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ሓሳብ ናይ ያእቆብ እንተ ዝምርኮስ ዋላ ሓንቲ ኣይምገበረን። ሓሳብና ምስ ሓሳቡ ዘይሳነ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንሓሳብና ክገልጸልና ከቕንዓልና'ዉን ሉኣላዊ እዩ።

> <u>*ኢሳ፡55፡9፡-*</u>. "ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዝብል፣ መገድታተይ ካብ መገድታትኩም፣ ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ"
>
> <u>*መዝ፡19፡14፡-*</u> "ዎ እግዚኣብሄር፣ ከውሔይን መድሓንየይን፣ ቃላት ኣፈይን ሓሳባት ልበይን ኣብ ቅድሜካ ብሁግ ይኩን።"
>
> <u>*ፊሊ፡3፡15፡-*</u> "እምበኣርሲ ፍጹማት ዘበልና ኩልና እዚ ንሕሰብ፣ ብገለ ነገር ሓሳብኩም ንበይኑ እንተ ኮይኑ ድማ፣ ንእኡውን ኣ ምላኽ ክገልጸልኩም እዩ።"
>
> <u>*ፊሊ፡4፡7*</u> ፡- "እቲ ካብ ኩሉ ኣእምሮ ዝበልጽ ሰላም ኣምላኽ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ ኢየሱስ ክሕልዎ እዩ።"

ሐ. <u>ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዘይምእማን</u>፡- ኣብዚ ዘሎ ሕቡእ ውዲት፣ ንገዛእ ርእስካ ከም ናይ ኣምላኽ ሰብ ምቕጻር እዩ። ብዛዕባ ኣምላኽ ብዙሕ ሰለ ዝተዛረብካ፣ "ጐይታይ ጐይታይ" ስለ ዝበልካ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣይክወንን እዩ። ኣምላኽ ድማ በዚ ከምዚ ኣይጥበርን እዩ። ደሓር ከኣ ናይ ኣምላኽ ሰባት ንትሕዝቶኦም ናይ ግድን ነቶም ናይ ኣምላኽ ሰባት ክርእይዎም ይግባእ ዝብል ትእዛዝ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና የለን። ሓደ ሓደ ኣገልገልቲ

ብብቑዕ ምክንያታት ነዚ ሕቶ እዚ ስለ ዝሓተቱ ከም ቅጽዒ ተወሲዱ ኣብ ትሕቴካ ናይ ዘሎ ኩሉ ሰብ ውሻጠ ዘይፈለጥኩ፡ ፋይናንሲያዊ ትሕዝትኡ ዘየፍለጠኒ ዝብል ሃተውተው ንምምንዛዕ እምበር ንምዕዛዝ ትሕዝቶኡ ዝዓለመ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እቶም ናይ ብሓቂ ናይ ኣምላክ ሰባት ዝኾኑ፡ ኣ ድላዪ ምስ ዝኸውን ከምቲ ንጴጥሮስ ዝተገልጸሉ ከምኡ ብመንፈስ ቅዱስ ይግለጸሎም እምበር ትሕዝቶኩም እንተ ዘይነገርኩምና ዝብል ስነ መጎት ከን ጸባርቑ ኣይተራእዩን (ግብ፡5፡1-11)።

እግዚኣብሄር ነቲ ዘለካ ሒደት ትሕዝቶ ከም ዝበዝሕ ወይ ከኣ ከም ዘይውዳእ ጌሩ ክባርክ ከም ዝክእል ንክምህሩና ዝተፈጸሙ ፍጻሜታት፡ ሎሚ ጉልባብ ናይቲ ናይ ስሰዐ ልኡም ሜላታት ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም (2ነገ፡4፡1-7)።

# ንሃብትን ድኽነትን ዝምልከት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ

## ብመሰረቱ ኢየሱስ ካብ ስስዐ ክንሕሎ እዩ ዘጠንቀቐና

ስስዐ ኣዝዩ ሓደገ መርዚ እዩ። ህይወት ብብዝሒ ገንዘብ ስለ ዘይትዕ ደግ ንገንዘብ ብዙሕ ባህጊ ክነሕድረሉ ኣይግባእን እዩ። ጐይታ ኢየሱስ ይትረፍ ነቶም ዘይብሎም እሞ ዝብህጉ ነቶም ዘለዎም እኳ ንእኡ ሸይጦም ንድካታት ክህቡ እዩ ዝመዓዶም። ሃብቲ ነቶም ዝወነንዎ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ናይ ምእታው ዕድሎም ከጽብበሎም እምበር ክርሕበሎም ኣይተራእየን። ንሲጋዊ ሃብቲ ብሰናይ ግብሪ እንተ ሃብቲምካሉ ጥራይ ኢካ ቀረባ መንግስቲ ኣምላኽ ን ምኳን ዕድል እትረክብ።

> ***ሉቃ፥12፥15*** ፡- “ ንሱ ከኣ፥ ህይወት ሰብ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኮነትን እሞ፥ ተጠንቀቑ፥ ካብ ኩሉ ስስዐ ከኣ ርእስኹም ሓልው።”

> ***ሉቃ፥12፥16-21,33,34*** ፡- “... ንሱ ድማ፥ ከምዚ ንማዕከነይ ኣፍሪ ሰ፥ ኣግፊሐ እሰርሖ፥ ኣብኡ ከኣ ኩሉ እኽለይን ሃብተይን እእክብ። ንነፍሰይውን፥ ኣቲ ነፍሰይ፥ ብዙሕ እተደለበ ሃብቲ ን ብዙሕ ዓመታት ዝኣክለኪ ኣሎኪ እሞ ዕረፊ፥ ብልዒ፥ ስተዪ፥ ተሓጎሲ፥ እብላ፥ በለ። ኣምላኽ ግና፥ ኣታ ዓሻ ንነፍስካ ካባካ ክወስ ድዋ፥ በዛ ለይቲ እዚኣ ይደልይዋ ኣለው። እዚ ዝደለብካዮ ደኣ ን መን ክኸውን እዩ? በሎ። እቲ ንርእሱ መዝገብ ዝእክብ፥ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሃብታም ዘይኮነ ከምኡ እዩ።... ኣብቲ መዝገብኩም ዘለዎ ኣብኡ ድማ ልብኹም ይኸውን እዩ እሞ፥ ጥሪትኩም ሽጡ ምጽዋትኩም ሃቡ፥ ሰራቒ ኣብ ዘይቀርቦ ነቕዝ ኣብ ዘየጥፍኦ ዘይበሊ ማሕፉዳን ዘይጎድል መዝገብን ኣብ ሰማያት ዕቖሩ።”

> ***ማቴ፥19፥21-24*** ፡- “ኢየሱስ ከኣ፥ ፍጹም ክትከውን እንተ ደሌካስ፥ ዘሎካ ሼጥካ ንድካታት ሃብ፥ ኣብ ሰማይ ድማ መዝገብ ክትረክብ ኢካ እሞ፥ ንዓ ሰዓበኒ በሎ። እቲ ጎበዝ፥ ብዙሕ

ጥሪት ስለ ዝነበሮ፡ ዘረባኡ ምስ ሰምዐ፡ እናጎሃየ ከደ። ኢየሱስ ን ደቀ መዛምርቱ በሎም፡ ምእታው ሃብታም ናብ መንግስተ ሰማያት ጭንቂ ምኳኑ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ሃብታም ናብ መንግስቲ ኣ ምላኽ ካብ ዝኣቱስ፡ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሓልፍ ይቐልል፡ ኢለ ከም ብሓድሽ እብለኩም ኣለኹ።"

***መዝ፡49፡1-4,16-20*** ፡- "ኩሉኹም ኣህዛብ እዚ ስምዑ፡ ኣቱም ኣ ብ ዓለም እትነብሩ ኩሉኹም፡ ሕሱራትን ክቡራትን፡ ሃብታማትን ድኻታትን፡ ሓቢርኩም ጽን በሉ። ኣፈይ ጥበብ ይዛረብ። ሓሳብ ልበይ ከኣ ናብ ምስትውዓል እዩ። እዝነይ ናብ ምስላታት ኣድንን፡ ስውር ፍልጠተይውን ብበገና እገልጽ ኣለኹ። ... ሰብ እን ተ ሃብተመ፡ ክብረት ቤቱ እንተ በዝሐ፡ ኣይትፍራህ። ክብሩ ኣስኣ ሰሩ ኣይወርድን እዩ እሞ፡ ምስ ዝመውት፡ ገለ እኳ ኣይማላእን። ሽሕ እኳ ብህይወቱ ነፍሱ እንተ ኣመስገነ፡ ንርእስካ ሰናይ እንተ ገበርካላ፡ ሰባትውን እንተ ነኣዱኻ፡ ንስካስ ናብቶም ኩቶ ብርሃን ዘይርእዩ ዓሌት ኣቦታትካ ክትከይድ ኢኻ። ምስትውዓል ዘይብሉ ሰብ ብክብሩ እኳ ነተን ዝጠፍኣ እንስሳ እዩ ዝመስል።"

## ኣብ መወዳእታ ዘመን ግን ሰባት ፈተውቲ ገንዘብን ፈተውቲ ርእሶምን ክኾኑ እዮም

ስለዚ እዚ ንወንጌል ምስ ስስዐ ከዛምድ ዝጽዕር ዘሎ ምንቅስቓስ፡ ትእምርቲ (ምልክት) ናይ መወዳእታ ዘመን ምኳኑ ክንዝንግዕ የብልናን። እዚ መስፈር መወዳእታ ዘመን ዝኾነ እምነት እዚ ንጥፍኣትና ዝተጻወደ ዉዲት ምኳ ኑ ፈሊጥና ንርእስና ካብ ፍትወት ገንዘብን ስስዐን ክንሕሉ ይግባእ።

***2ጢ.ሞ፡3፡1-5*** ፡- "ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ግና ክፉእ ዘመን ከ ም ዝመጽእ፡ እዚ ፍለጥ። ሽዑ ሰባት <u>ፈተውቲ</u> ርእሶም ክኾኑ እዮም እሞ፡ <u>ፈተውቲ ገንዘብ፡</u> ተጃሃርቲ፡ ዕቡያት፡ ተጻረፍቲ፡ ንወለዶም ዘይእዘዙ፡ ዘየማስው፡ ርኹሳት፡ ፍቕሪ ንስድራ ቤቶም እኳ ዘይብሎም፡ ተቐየምቲ፡ ሓመይቲ፡ ቀለልቲ፡ ጨካናት፡ ሰናይ ዘይፈትው፡ ኣሕሊፎም ዝህቡ፡ <u>ህውካት፡ ተፈክነንቲ፡ ካብ ንኣምላኽ ምፍቃርሲ ኣዕዚዞም ተድላ</u>

ዝፈትው፣ እቶም መልክዕ ኣምልኮ ዘለዎም፣ ነቲ ሓይሉ ግና ዝክሕድዎ ... ካብዚኣቶም እዮም እሞ ካብዚኣቶምውን ርሓቕ።”

# ኢየሱስ ብስጋ ሃብታም ኣይነበረን

ነቶም ንጕይታኦምን ንመድሓኒኦም ንኢየሱስ ክርስቶስ ዝስዕቡ ገርህታት ምእንቲ ከታልሉ ኢየሱስ ኣብ ምድሪ ብኣካል ስጋ ይመላለሰሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ሃብታም ከም ዝነበረ ስለዚ ከኣ እቶም ኣሰሩ ዝስዕቡ ኩላቶም ከምኡ ሃብታማት ክኮኑ ከም ዝግብኦም እዮም ዝነግሩና። ቅዱሳት ጽሑፋት ግን ካብታ ውልድ ኢሉ ብኣካል ስጋ ዝተገልጸላ መዓልቲ ጀሚሩ ኢየሱስ ኣብ ምድሪ ብስ ጋ ሃብታም ከም ዘይነበረ እዮም ዝገልጹልና። እዚ ማለት ከጥሪ ኣይከኣለን ማለት ኣይኮነን፣ ገና ጥራይ ኢዱ ኣብ ዝመሰለሉ ብምልኣት መለኮቱ ሰማይን ምድርን ኣባታተን ዘሎ ኩሉ ነገራዉን መንፈሳዉን ትሕዝቶ ናቱ ናይ ግሊ ን ብረቱን ስርሓት ኢዱን እዩ። እንተ ኮነ ሃብታም ምኳን ናይ መለኮታዊ ዕላምኡ ሽቶ ከም ዘይኮነ፣ ሰብ ንኣምላክ ንከሐጉስ ትሕዝቶ ኢዱ ዘይኮነስ ትሕዝቶ ልቡ ጥራይ ከም ዘገድስ ንከርእየና ብድክነት ሐሊፍዎ። ክውለድ ከሎ ብገንዘብ ዝእቶ ቦታ ስለ ዝተሳእነ ዘይኮነስ፣ ብድክነቶም ምክንያት ነዲኡ ንቕድስቲ ድን ግል ማርያም፣ ኣብ ጻዕሪ ሕርሲ ንዘላ ነፍሰ ጾር ዝከዉን ድንጋጽ ከም ዝተዓ ጽወ፣ ስለዚ ከኣ መሕረሲ ክከውን ናብ ዘይክእል መብልዒ ማል ከም ዝተወስደ ኢና እንፈልጥ። ንመዓልትታት ምንጻህ ገንሸል ዘይኮነስ ርግቢት ወይ ጫጩት መስዋእቲ ዘቕረበትሉ ምክንያት ድክነት ናይታ ስድራ ቤት ዝሕብር እዩ። እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ንድክነት ናይ ጎይታ ብግልጺ ዘርእዩ እዮም።

***__ሉቃ፣2፣7__*** ፡- “በኲሪ ወዳ ወለደት ብዓለባዉውን ጠቕለለቶ፣ ኣብቲ ማሕደር ኣጋይሽ ስፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ፣ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ።”

***__ዘሌ፣12፣4-8__*** ፡- “በቲ ደም ንጽህንኣ ከኣ ሰላሳን ሰለስተን መዓልቲ ትቀመጥ፣ መዓልትታት ምንጽሃ ክሳዕ ዝመልኣ ቅዱስ ነገር ኣ ይትተንኪ ናብ መቕደስውን ኣይትእቶ። ጓል እንተ ወለደት ግና፣ ከ ምቲ ብእዋን ጻግኒኣ ክልተ ሰሙን ትርከስ፣ በቲ ደም ጽሬታ ከኣ ሱሳን ሽዱሽተን መዓልቲ ትቀመጥ። ናይ ወዲ ወይ ናይ ጓል መዓ

ልትታት ምንጽሃ ምስ መልአ፡ ገንሸል ዓመት ንዝሓርር መስዋእቲ ጫጩት ርግቢ ወይ ከኣ ባሬቶ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ናብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርካብ ናብ ካህን ተምጽእ። ንሱ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የቕርቦ፡ የተዓርቃ ከኣ፡ ካብ ዓይኒ ደማውን ትነጽህ። ሕጊ እታ ወዲ ወይ ጓል ዝወለደት እዚ እዩ። <u>ገንሸል ዝኣክል ኣብ ኢዳ እንተ ዘይረከበት ከኣ፡ ክልተ ባሬቶ ወይ ክልተ ጫጩት ርግቢ፡ ሓንቲ ንዝሓርር መስዋእቲ ካልኣይቲ ከኣ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ተምጽእ።</u> እቲ ካህን ድማ የተዓርቃ፡ ትነጽህ ከኣ።"

***<u>ሉቃ፥2፥22-24</u>*** ፥- "ከምቲ ሕጊ ሙሴ፡ መዓልታት ምንጻሆም ምስ መልአ፡ ... ከምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሄር እተባህለ ከኣ፡ <u>ክልተ ባሬቶ ወይስ ክልተ ጫጩት ርግቢ መስዋእቲ</u> ምእንቲ ክህቡ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከቑምዎ ናብ የሩሳሌም ወሰድዎ።"

***<u>ሉቃ፥9፥57,58</u>*** ፥- "ኮነ ድማ፡ ኣብ መገዲ ክኸዱ ከለው፡ ሓደ፡ ጐይታይ ናብ እትኸዶ ዘበለ ኩሉ ክስዕበካ እየ በሎ። ኢየሱስ ከ ኣ፡ ንወካሩ ጉድጓድ፡ ነዕዋፍ ሰማይውን መሕደሪ ኣለወን፡ <u>ንወዲ ሰብ ግና ርእሱ ዘጽግዓላ ስፍራ የብሉን በሎ።</u>"

***<u>2ቈረ፥8፥9</u>*** ፥- "ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትፈልጡ ኢኹም እሞ፡ ንስካትኩም <u>በቲ ድኽነቱ ምእንቲ ክትህብትሙ፡ ሃብታም ክነሱስ፡ ምእንታኹም ደኸየ።</u>"

## ደቀ መዛሙርቱ'ውን ሃብታማት ኣይነበሩን

እቶም ንጐይታ ዝስዕቡ ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቲ'ዉን ሃብታማት ኣይ ነበሩን። ብኣንጻሩ ብጥሜት ብጽምኢ ብዕርቃን ብካልእ ኩሉ ሽግራትን ዝሓለፉ እዮም። ዓለም ንዓታቶም ዘይትበቅዕ ስለ ዝነበረት፡ ኣዝዩ ብዘስካሕክሕ ድኽነትን መከራን እዮም ሐሊፎም። ጥዑም ቃሕ ስለ ዘይበሎም ዘይኮነስ ምእንቲ ወንጌል ኢሎም ከም ኀሓፍን ከም ወጽዓን ስለ ዝቖጸርዎ እዩ። ይትረፍ ንሃብትን ጥሪትን ከም መሰረታዊ ሽቶኦም ጌሮም ክሕዝዎስ፡ ነቲ ድሮ ኣብ ኢዶም ዝነበረ ትሕዝቶ ክንዉግኖ ከነባብሮ ከይበሉ ርሕርሕ ኣቢሎም ዝኸዱ ሰባት እዮም።

ብዝሓለፍዎ ድክነትን መከራን ከም ጎሓፍ ዓለምን ከም ናይ ኩላቶም ጎድፍን፡ ትርኢት መስሓቕን ክሳዕ ምኳን ዝተዋረዱ ሰባት እዮም።

***1ቈረ፡4፡9-13*** ፡- “ኣምላኽ ንዓና ሃዋርያት፡ ድሕሪ ኩላቶም ኳንና፡ ከምቶም ሞት እተፈርዶም ከም ዝገበረና፡ ይመስለኒ። ስለዚ ንዓለምን ንመላእኽትን ንሰብን ትርኢት መስሓቒ ኳንና ኣሎና። ንሕና ስለ ክርስቶስ ዓያሱ ኢና፡ ንስካትኩም ግና ብክርስቶስ ጥበበ ታት ኢኹም፡ ንሕና ሕማቓት፡ ንስካትኩም ግና ሓያላት፡ ንስካትኩም ክቡራት፡ ንሕና ግና ሕሱራት ኢና። ክሳዕ ሕጂ ንጠምን ንጸምእን ንዓርቕን ንጽፋዕን ኣሎና፡ ማሕደር የብልናን፡ ብገዛእ ኣእዳውና እንዳ ዓየና ድማ ንጽዕር ኣሎና። እናጸረፉና ንምርቕ፡ እናሰጎጉና ንዕገስ፡ እናተሓመና ንምዕድ ኣሎና። ክሳዕ ሕጂ ከም ጎሓፍ ዓለምን ከም ናይ ኩላቶም ጎድፍን ኴንና ኣሎና።”

***2ቈረ፡8፡2,3*** ፡- “ከም ዓቕሞምን ሓለፉ ዓቕሞምን ባዕላቶም ፈትዮም ከም ዝሃቡ፡ እምስክረሎም ኣለኹ እሞ፡ ብብዙሕ ጸበባ ተመኪሮም፡ ሓለፉ ሓጎሶምን ጥልቂ ዝኾነ ድኽነቶምን ንምብዛሕ ልግሶም ኣዝዩ ዓዘዘ።”

***ፊሊ፡4፡12,13*** ፡- “ትሕት ምባል እፈልጥ፡ ሕልፍን ትርፍን ድማ እፈልጥ እየ። ጽጋብን ጥሜትን፡ ምስ ትርፉ ምህላውን ስእነትን፡ ኣብ ኩሉን ብኩሉን ልሙድ እየ። በቲ ሓይሊ ዝህበኒ ንኹሉ እኽእሎ እየ።”

***እብ፡11፡36-38*** ፡- “ገሊኣቶም ድማ ብልግጫን ብመግረፍትን፡ ኣብ ልዕሊ እዚውን ብመቑሕ ማእሰርቲ ተፈተኑ። ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ፡ ተመገዙ፡ ተፈተኑ፡ ተሰይፎም ሞቱ፡ ኣጎዛ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተከዲኖም ዞሩ፡ ሰኣኑ፡ ጸበቦም፡ ሓሳረ መከራ ጸገቡ። ዓለም ንኣታቶም ዘይትበቅዕ ኮይናስ፡ ኣብ በረካታትን ኣብ ኣኽራናትን ኣብ በዓትታትን ኣብ ጎዳጉድ ምድሪ ኮለል በሉ።”

ሃዋርያት ጥራይ ዘይኮነስ ካልኦት ብዙሓት ቅዱሳን'ዉን ይትረፍ ንዘይ

ነበሮም ሃብቲ ክብህት ነቲ ዝነበሮም እኳ ዝጸልኣሉ፣ ቀለቦምን ክዳኖምን ጥራይ እንተ ረኺቦም ዝዓግቡሉ ህይወት እዩ ነይርዎም። ልማኖ ናይ ሰለሞን ንእግዚኣ ብሄር ኣዝዩ ዘሐጎሶ <u>ጥበብ ስለ ዝለመነ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ሃብትን ክብረትን ስለ ዘይለመነ</u> ድማ እዩ ኣዝዩ ዝተሐጎሰ። ምኽንያቱ ድማ ናብ ፈተናን መፈንጠራን ናብ ዘብርስ ትምኒትን ናብ ብዙሕ ስቓይን ዘስጥም ስለ ዝኾነ እዩ።

***<u>2ዜና፣1፣7-12</u>*** ፦ "ኣምላኽ ከኣ በታ ለይቲ እቲኣ ንሰሎሞን ተራእዮ፣ <u>እንታይ ከም ዝህበካ ለምን፣</u> ድማ በሎ። ሰሎሞን ከኣ ... ነዚ ዓብዪ ህዝብኻ እዝስ መን ክፈርዶ ይኽእል? እምበኣርሲ ኣብ ቅድሚ እዚ ህዝቢ እዚ ክወጽእን ክኣቱን <u>ጥበብን ፍልጠትን ሃበኒ፣ በለ</u>። ኣምላኽ ድማ ንሰሎሞን፣ እዚ ኣብ ልብኻ ስለ ዝነበረ፣ ነዚ ኣብ ልዕሊኡ ዘንገስኩኻ ህዝበይ ምፍራድ ምእንቲ ክትክእልሲ፣ ጥበብን ፍልጠትን ክወሃበካ ስለ ዝለመንካ እምበር፣ <u>ሃብትን መዛግብትን ክብረትን ወይ ነፍሲ ጸላእትኻ ወይ ነዊሕ ዕድመ ካብ ዘይለመንካስ፣</u> ጥበብን ፍልጠትን ተዋሂቡካ ኣሎ። ድማ ቅድሜኻ ንዝነበረ ዘበለ ን ጉስ ከምኡ ዝበለ ዘይነበሮ፣ ብድሕሬኻ ዝትንስእ ዘበለውን ከምኡ ዝበለ ዘይረክቦ፣ ሃብትን መዛግብትን ክብረትን ክህበካ እየ፣ በሎ።"

***<u>ምሳ፣30፣8,9</u>*** ፦ "ጸጊበስ ከይክሕደካ እሞ፣ እግዚኣብሄር መን እዩ? ከይብል፣ ወይ ደኺየስ ከይሰርቕ እሞ ስም ኣምላኸይ ከየቃልልሲ፣ <u>ድኽ ነትን ሃብትን ኣይትሃበኒ፣</u> ግናኸ <u>በቲ ዘድልየኒ እንጌራ መግበኒ፣ </u>ከንቱ ነትን ሓሶትን ኣርሕቐለይ።"

***<u>2ጢሞ፣3፣1-5</u>*** ፦ "ግናኸ ኣምልኮ ምስ ይኣክለኒ ምባል ዓብይ ረብሓ እዩ። ማለት፣ ናብ ዓለም ሓንቲ እኳ ኣየምጻእናን እሞ ሓንቲ ክንወስድ ኣይከኣለናን እዩ። ቀለብናን ክዳንናን እንተ ኣሎናስ፣ ንሱ ይእከለና። እቶም ክህብትሙ ዝደልዩ ግና ኣብ ፈተናን መፈንጥራን፣ ኣብ ብዙሕ ናብ ሰብ ምብራስን ጥፍኣትን ዘስጥሞ ናይ ዕሽነትን ጉድኣትን ትምኒት እዮም ዝወድቁ። እቲ ፍቕሪ ገንዘብሲ ሱር ኩሉ ክፍኣት እዩ እሞ፣ ገሊኦም ንእኡ እናተማጣጠሩ ካብ እምነት ዘን በሉ፣ ናብ ርእሶምውን ብዙሕ ስቓይ ኣምጽኡ።" (ሓድሽ ትርጉም)

***<u>1ጢሞ፣6፣6-10</u>*** ፦ "ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ግና ክፉእ ዘመን

ከም ዚመጽእ፣ እዚ ፍለጥ። ሽዑ ሰባት ፈተውቲ ርእሶም ክኾኑ እዮም እሞ፣ ፈተውቲ ገንዘብ፣ ተጃሃርቲ፣ ዕቡያት፣ ተጻረፍቲ፣ ንወለዶም ዘይእዘዙ፣ ዘየማስው፣ ርኩሳት፣ ፍቕሪ ንስድራ ቤቶም እኳ ዜብሎም፣ ተቓየምቲ፣ ሓመይቲ፣ ቀለልቲ፣ ጨካናት፣ ሰናይ ኣምላኽ ዘይፈትው፣ ኣሕሊፎም ዚህቡ፣ ህውካት፣ ተፈክነንቲ፣ ካብ ንኣምላኽ ምፍቃርሲ ኣዕዚዞም ተድላ ዚፈትው፣እቶም መልክዕ ኣ ምልኮ ዘለዎም፣ ነቲ ሓይሉ ግና ዝክሕድዎ ... ካብዚኣቶም እዮም እሞ ካብዚኣቶምውን ርሓቕ"

<u>**ህዝ፡28፡4,5**</u> ፡- "ብጥበብካን ብኣእምሮካን <u>ሃብቲ ኣጥሬካ፣</u> ኣብ መዛግብካ ድማ ወርቅን ብሩርን ኣከብካ። በቲ ዓብዪ ጥበብካን ብንግድካን <u>ሃብትካ ኣብዛሕካ።</u> ብምክንያት <u>ሃብትካ ከኣ ልብካ ተዓ በየ።</u>"

እዞም ሰብ ስሕተት፣ ንሃዋርያ ጳውሎስ ንፍትሒ ናይ ዘመኑ ክደፍኑሉ ዝክእል ፋይናንስያዊ ዓቕሚ ነይርዎ ብምባል ዝዛረብዎ ሃተዉተው ናይቲ ብስሰዐ ዝየረ ሕሱር ኣእምሮኦም መለክዒ እዩ። እቲ ሹም ካብኡ ብላዕ (ጉቦ) ስለ ዝደለየ ጥራይ ጳዉሎስ ሃብታም ነይሩ ኢልካ ምድምዳም፣ ናይ ጥዑ ይን ዝተባረከን ኣእምሮ ባህርይ ኣይኮነን። እቲ ጉቦ ዝለመደ ስሱዕ ሹም ዋላ ካብ ድካ ሰብ'ዉን ክጽበ ምኺኑ ርዱእ እዩ። ኣከኣብ ነታ ንእሽቶ መሬት ናይ ናቡተ ዝበሃጋ ናቡተ ሃብታም ስለ ዝነበረ፣ ወይ'ውን እቲ ንጉስ ኣብ ካልእ ቦታ መሬት ስለ ዘይነበሮ ኣይኮነን። ነቲ ስሱዕ ባህሪኡ ከዐግሶ ስለ ዘይከኣለ ጥራሕ እዩ። ሃዋርያ ጳዉሎስ ግን ብገንዘብ ዘይኮነስ ብጻዕርን ብጥሜትን ብጽምእን ብቑርን ብዕርቃንን ጸብለል ዝበለ ሰብ እዩ ነይሩ። ዋላ ሕልፍን ትርፍን ይፈልጥ እንተ ነበረ፣ ሓሊፉ ብዝተርፍ ጥሜትን ዕርቃንን'ዉን ሓሊፉ እዩ። እዚ ድማ ንህይወቱ ከም ክብርቲ ክርእያ ስለ ዘይኮነሉ፣ ብኣንጻሩ ንኩ ሉ ስጋዊ ረብሓታት ከም ወጽዓ ዝቖጽር ብምንባሩ እዩ። ይትረፍ ንሃብቲ ክም ነያስ ነቲ ብወንጌል ካብቶም ዘገልግሎም ክረክቦ ዝግባእ ረብሓ ኣይደልን ኢ ሉ ዝተሓሰመ ቆራጽን ቀባጽን ሃዋርያ እዩ።

ናይ ሬማ ናይ ስሕተት ምንቅስቓስ መራሒ ፓስተር ተስፋጽዮን ሓጎስ ምስ መጽሔት ጠሊ ሄርሞን ከም “መራሕን ጸራግን መንገዲ ምንቕቓሕ” ተሰዩሞም ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት ነቲ ዝዘርእዎ ዘለዉ ናይ ስሰዐ ወንጌል ኣግሂዶምዎ ክበሃል ዝከኣል እዩ።

❖ *“**ጠሊ ሄርሞን**፡- ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሃሮ ወንጌል ብመሰረቱ ኣብ ርእሰካ ምቕባጽ ዘተኮረ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ኣቀራርባ ወንጌል ብፍላይ ኣብ ከምዚ ናትኩም ግን እቲ ኣተኩሮ ኣብ ረብሓ ርእሰካ ዚሕሉን ዘቐድምን ናይ ብልጽግና ወንጌል ይመስል፡ ኣብዚ እንታይ ትብል?*

*__ፓር. ተስፋጽዮን__፡- ኣብ ኤርትራ ዘሰክፈኒ ንገር እንተሎ እዚ'ዩ። ርእሱ ዝውፊ፡ ዝቐብጽ ኣገልጋሊ የለን (ኣይረኤኩን)። ክጽለየሉ ዘለዎ'ዩ፡ ምውፋይ ማለት ምስ ጥቕሚ ወይ ረብሓ ዝተሓሓዝ ኣይኮነን፡ ምውፋይ ብዘይዝኮነ ረብሓ፡ ርእስካ ንእግዚኣብሄር ምሃብ ማለት'ዩ። ብዙሓት ሰባት ናይ ናብራ ሽግር ኣብ ግምት ኣእትዮም ክዛረቡ እሰምዕ'የ፡ ዜንብር ግን እግዚኣብሄር እዩ። ኣነ ንወንጌል ዝወጻኩሉ ጊዜ ንቤተ ክርስትያን ሽዱሽተ ዓመት ገንዘብ ኣይበልክዋን፡ ምስ ሓሙሽተ ብጾተይ (ምሳይ ዘገልግሉ) ንመግቢ፡ ንክዳንን ትራንስፖርትን እግዚኣብሄር ይህበና ነይሩ። ተሸጊርና ኣይንፈልጥን ዘንብር እግዚኣብሄር እዩ። ኣብ ኤርትራ ግን ሓደ ሽግር ኣሎ፡ ቤተ ክርስትያን ንኣገልገልቲ ትህቦም ቦታ ኣብ ትሕቲ እግሪ ምእመን እዩ። ኣገልጋሊ፡ ንቤት ዚኣቱ ሰብ ኩሉ ኣእጋሩ ዚነግፈሉ ቦታ'ዩ ተባሂሉ። እዚ ግን ባዕሎም ዚበልዎ እምበር ኣገልጋሊ ክቡር እዩ። ቤተ ክርስትያን እቲ ዚግብኦም ክትህቦም ኣለዋ። ርእሶም ንኪውፍዩ፡ ኪቐብጹ ብገንዘብ ኣይኮነን ንፍትኖም። ንሰብ ብከብዱ ኣይትፍትኖን ኢካ፡ ብጸግኡ፡ ብኣገልግሎቱ ትፍትኖ። ዕሽር ንሌዊ እዩ ዚብል፡ ዕሽር ኣገልገልቲ እምበር፡ መግዝኢ ወንበር ወይ ኣዳራሽ ኣይኮነን። መግቢ ኪኸውን ናብ ቤተይ ኣምጽእዎ'ዩ ዚብል፡ ኣገልጋሊ እቲ ዝግብኦ ኪወስድ ኣለዎ። እንተ ዘየሎ፡ ካብ ምእመን ዝጽበ እንተ ኮይኑ፡ ውርደት'ዩ። መጽሓፍ ቅዱስ “ኣብ ልሙዕ ሽካ ከውዕሎም'የ” ኪብል ከሎ ነቲ ኣገልጋሊ፡ ምእመናን ኣብ ልሙዕ ሻካ ከውዕልዎ ኪልምን ኣለዎ ማለት ግን ኣይኮነን። ብትብዓት ከይ ሰብክ፡ ከይውፈ ዚገብሮ እምበኣር ገንዘብ ስለ ዘይብሉ እዩ። እንተ ዚወሃቦ ገንዘብ ሰባት ከሕድጉኒ እዮም ስለ ዚብል እቲ ሓቂ ኣይነግርን፡ እቲ ዚግብኦ ኣይ ሰብክን ኢድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣይትሰርሕን።*

*ካብዚ ዝተላዕለ ከኣ ካልኦት እንታይ ገዲሱኒ እናሰራሕኩ ዘየገልግል ደቀይ*

*ዘይኣሊ፥ ቤተይ ብግቡእ ዘየስተናግር ይብሉ። ምኽንያቱ ቅድሚኡም ዘለው ኣገልገልቲ ኪሽገሩ፥ ኪሳቐዩ ስፍራ ኪስእኑ ይርኣዩ ኣለው። ንሕና ነዚ ን ምስባር ዕሽር በይኑ ኣብ ባንክ ከነእትዎ ጀሚርና፥ ኣገልገልትና ድማ እቲ ዝግብኦም ይወስዱ። ኣገልጋሊ ክቡር ስለ ዝኮነ ኪከብር ኣለዎ፥ ህይወት እናሃበ ኣገልግሎት እናሃበ ሳንቲም ኪቕበል ኣይግብኦን።" ኢ ሎም።*

ፓስተር ተስፋጽዮን፥ "ኣብ ኤርትራ ዘሰክፍኒ ነገር እንተሊዩ ርእሱ ዝውፊ ርእሱ ዝቐብጽ ኣገልጋሊ ዘይምህላዉ እዩ" ድሕሪ ምባል፥ ምውፋይ ማለት እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ገሊጾም። እንተ ኮነ ድሕሪ ሒደት ዓረፍተ ነገራት ነቲ ዝቐደመ ከም መጕልበቢ ዝተጠቕሙሉ ቃላት ከፍርስዎ ተራእዮም። መጽሓፍ ቅዱስ "ኣብ ልሙዕ ሽካ ከውዕሎምየ" ኪብል ከሎ ነቲ ኣገልጋሊ፥ ምእመናን ኣብ ልሙዕ ሻካ ከውዕልዎ ኪልምን ኣለዎ ማለት ግን ኣይኮነን። ብትብዓት ከይሰብክ፥ ከይውፊ ዝገብሮ እምበኣር ገንዘብ ስለ ዘይብሉ እዩ። እንተ ዝወሃቦ ገንዘብ ሰባት ከሕድጉኒ እዮም ስለ ዚብል እቲ ሓቂ ኣይነግርን፥ እቲ ዝግብኦ ኣይሰብክን ኢድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣይትሰርሕን። ካብዚ ዝተላዕለ ከኣ ካልኦት እንታይ ገዲሱኒ እናሰራሕኩ ዘየገልግል ደቀይ ዘይኣሊ፥ ቤተይ ብግቡእ ዘየስተናግር ይብሉ። ምኽንያቱ ቅድሚኡም ዘለው ኣገልገልቲ ኪሽገሩ፥ ኪሳቐዩ ስ ፍራ ኪስእኑ ይርኣዩ ኣለው። ብምባል፥ ፓስተር ተስፋጽዮን፥ ኣንጻር እቲ ቀዳማይ ዝሃብዎ መግለጺ (Definition)፥ ርእሶካ ምውፋይ፥ ርእሶካ ምቕባጽ ብዘይ ገንዘብ ከም ዘይከውን ኣብሪሆሙልና። ነዚ ዕንቅፋት ናይ ብልጽግንኦም ዝኮ ነ ሕጽረት ገንዘብ ከመይ ጌሮም ከም ዝሰበርዎ ክገልጹ ከለው ድማ፥ ዕሽር ናይቲ ምሉእ ምእመን፥ ንእኦምን ንመተዓይይቶምን ምእንቲ ክከ ውን ኣብ ባንክ ከም ዘእትውዎ ነጊሮሙና። ምኽንያቱ ኣገልጋሊ ክቡር ስለ ዝኮነ ክከብር ኣለዎ ድማ ኢሎም።

እዚ ግን ካብ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን ዝተነቕለ፥ ሲኦል ዝመሰረቱ ናይ ስሰዐ ወንጌል እዩ። እቶም ንወንጌል ካብ ኢድ ጐይታ ኢየሱስ ዝተቐበሉ ሃዋርያት ግን፥ ምስዚ ብሂል እዚ ፈጺሙ ዘይቀራረብ መኣዛ ህይወት ዘለዎ ሓቂ እዮም ገሊጾሙልና።

**2ቈረ፥11፥23,27** ፥- "ኣገልገልቲ ክርስቶስ ድዮም? ከም ጽሉል እየ ዝዛረብ ዘለኹ፥ ኣነ እበልጾም እየ። ብጻዕሪ ሕልፊ ዘሎኒ፥

ብማእሰርቲ ሕልፊ ዘሎኒ፣ ብመውቃዕቲ ጸብለል ዝበልኩ፣ ብዙሕ ግዜ ኣብ ሞት ዝበጻሕኩ እየ። ... ብዕዮን ብጻዕርን፣ ብዙሕ ግዜ ብምንቃሕ፣ ብጥሜትን ምጽማእን፣ ብዙሕ ግዜ ብጾም፣ ብቑርን ዕርቃንን ነይረ።”

***1ቆረ፥4፥9-13*** ፥- “ኣምላኽ ንዓና ሃዋርያት፣ ድሕሪ ኩላቶም ኳንና፣ ከምቶም ሞት እተፈርዶም ከም ዝገበረና፣ ይመስለኒ። ስለዚ ንዓለምን ንመላእኽትን ንሰብን ትርኢት መስሓቒ ኳንና ኣሎና። ንሕና ስለ ክርስቶስ ዓያሱ ኢና፣ ንስኻትኩም ግና ብክርስቶስ ጥበበታት ኢኹም፣ ንሕና ሕማቓት፣ ንስኻትኩም ግና ሓያላት፣ ንስኻትኩም ክቡራት፣ ንሕና ግና ሕሱራት ኢና። ክሳዕ ሕጂ ንጠምን ንጸምእን ንዓርቓን ንጽፋዕን ኣሎና። ማሕደር የብልናን፣ ብገዛእ ኣእዳውና እንዳ ዓየና ድማ ንጽዕር ኣሎና። እናጸረፉና ንምርቕ፣ እና ሰጐጉና ንዕገስ፣ እናተሓመና ንምዕድ ኣሎና። ክሳዕ ሕጂ ከም ጎሓፍ ዓለምን ከም ናይ ኩላቶም ጎድፍን ኬንና ኣሎና።”

***ፊሊ፥4፥12,13*** ፥- “ትሕት ምባል እፈልጥ፣ ሕልፍን ትርፍን ድማ እፈልጥ እየ። ጽጋብን ጥሜትን፣ ምስ ትርፉ ምህላውን ስእነትን፣ ኣብ ኩሉን ብኩሉን ልሙድ እየ። በቲ ሓይሊ ዝህበኒ ንኹሉ እኽእሎ እየ።”

***ግብ፥20፥24*** ፥- “ጉያይን ብጐይታና ኢየሱስ እተቐበልክዎ መልእኽተይን ክፍጽም፣ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ እናመስከርኩ ህይወተይ'ውን ብኣይሲ ከም ክብርቲ ገረ ኣይርእያን እየ።”

***1ተሰ፥2፥6*** ፥- “ሃዋርያት ክርስቶስ ብምዃንና ከነኽብድ ዝከኣለና እኳ ክነሱ፣ ካባኻትኩም ኰነ ወይስ ካብ ካልኦት፣ ካብ ሰብሲ ክብሪ ኣይደለናን።”

***ግብ፥21፥13*** ፥- “ሽዑ ጳውሎስ፣ ኣቱም እተበኽዩን ንልበይ እተሰብሩን፣ እንታይ ትገብሩ ኣለኹም? ኣነ ምእንቲ ስም ጐይታና ኢየ

ሱስ ኣብ ኢየሩሳሌም ንምሟት ድማ እምበር፡ ንማእሰርቲ ጥራይ ኣይኮንኩን ተዳልየ ዘለኹ፡ ኢሉ መለሰሎም።"

***ፊሊ፥3፥7-9*** ፥- "እዚ ንዓይ ረብሓ ዝነበረ ግን ስለ ክርስቶስ ኢለ ከም ወጽዓ ቆጸርክዎ። ኣየን እሞ ብእምነት ክርስቶስ እቲ ብእምነት ካብ ኣምላኽ ዝርከብ ጽድቂ እምበር እቲ ብሕጊ ዝመጽእ ጽድቀይ ሒዘ ኣይኮንኩን፡ ንክርስቶስ ምእንቲ ክረብሕ፡ ብእኡውን ክርከብ ብሓቂ ስለ እቲ ብሉጽ ፍልጠት ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታይ ኢለ፡ ስሊኡ እዚ ኩሉ እተወጻዕኩ፡ ኩሉ ከም ወጽዓ እቖጽሮ፡ ከም ጐሓፍ እቖጽሮ ኣለኹ።"

***ግብ፥20፥34,35*** ፥- "ንኣይን ነቶም ምሳይ ዚነብሩን እዘን ኣእዳወይ ከም ዘገልገላ ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም። ነቲ ጐይታና ኢየሱስ ባዕሉ፡ ካብ ምቕባልሲ ምሃብ ኣዝዩ ይባርኽ፡ ዝበሎ ቓል እናዘከርካ፡ ከምዚ ጌርካ፡ ምዕያይን ንድኹ ማት ምእላይን ከም ዚግባእ፡ ብኹሉ ኣርኤኹኹም።"

***ግብ፥18፥3***፥- "ዕዮኦም ሓደ ስለ ዝነበረ ከኣ፡ እናዓየየ ምሳታቶም ተቐመጠ፡ እቲ ዕዮኦም ድማ ምስፋይ ድንኳን ነበረ።"

***2ተሰ፥3፥7-10***፥- "ኣብ ሓዴኹም እኳ ከይነክብድሲ፡ ለይትን መዓልትን ብጻዕርን ድካምን እናዓየና እምበር፡ ካብ ሓደ እኳ ብከምኡ እንጌራ ኣይበላዕናን፡ ኣባካትኩም ብዘይ ስርዓት ኣይተመላለስናን እሞ፡ ከመይ ኢልኩም ክትመስሉና ከም ዚግብኣኩም፡ ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም። ምሳካትኩም ከሎናውን፡ ገለ ሰብ ኪዓዪ ዘይፈቱ እንተ ኰይኑስ ኣይብላዕውን፡ ኢልና ኣዘዝናኩም እሞ፡ ንኣና ምእንቲ ክትመስሉ ደኣ፡ ንርእስና ኣርኣያ ጌርና ሃብናኩም እምበር፡ መሰል ስለ ዜብልና ኣይኰንናን።"

**2ቈረ፥7፥2**፥- "ኣብ ልብኹም ስፍራ ኣርሕቡልና፡ ንሕና ንሓደ እኳ ኣይዓመጽናን፡ ንሓደ እኳ ኣይጐዳእናን፡ ንሓደ እኳ ኣ

ይተበለጽናሉን።"

**2ቈረ፥11፥9፡-** "ምሳካትኩም ከሎኹ ከኣ ምስ ሰኣንኩ፡ ካብ መቄዶንያ ዝመጹ ኣሕዋት መሊኦምለይ እሞ፡ ኣብ ሓደ እኳ ኣየክበድኩን። ብኹሉ ድማ ርእሰይ ከየክብደልኩም እጥንቀቕ ኣሎኹ ክጥንቀቐውን እየ።"

**2ቈረ፥12፥14፡-** "እንሆ፡ ናባካትኩም ክመጽእ ካብ ዝዳሎ እዚ ሳልሳየይ እዩ፡ ኣነውን ንኣካትኩም እምበር፡ ንገንዘብኩም ኣይኮንኩን ዝደሊ ዘሎኹ። ወለዲ ደኣ ንውሉዶም እምበር፡ ውሉድ ንወለዶም መዝገብ ኪዘግቡ ግቡእ ኣይኮነን እሞ፡ ኣነ ኣይከክብደልኩምን እየ።"

***1ቈረ፥9፥12-18*** ፡- "ካልኦት ካብዚ መሰል እዚ ኣባካትኩም ተማቕልቲ ካብ ዝኾኑስ፡ ንሕናዶ ግዳ ዝዓዝዝ ኣየሎናን? ንሕና ግና ንወንጌል ክርስቶስ መዕገቲ ምእንቲ ከይንገብርሲ፡ ንኹሉ ንዕገስ እምበር፡ ነዚ መሰል እዚ ኣይወሰድናዮን፡ እቶም ቅዱስ ኣገልግሎት ዘገልግሉ ካብቲ ናይ ቤተ መቕደስ ከም ዝምገቡ፡ እቶም ኣብ መሰውኢ ዘገልግሉ ውን ምስቲ መሰውኢ ከምዝካፈሉዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ከምኡ ድማ ጐይታ ነቶም ወንጌል ዚሰብኩ ብወንጌል ኪምገቡ ሰሪዑሎም ኣሎ። ኣነ ግና ካብ ከምዚ ዘመሰለ ሓንቲ እኳ ኣይወሰድኩን፡ ከምኡ ምእንቲ ኪከውንለይ ኢለውን ኣይኮንኩን እዚ ዝጸሓፍኩ። ነቲ ትምክሕተይ ሓደ ከንቱ ካብ ዚገብሮስ ሙማት ምሐሸኒ ነይሩ። ኣነ ወንጌል እንተ ሰበኽኩ፡ ብግዲ በጺሑኒ እዩ እሞ፡ ዝምክሓሉ የብለይን። ወንጌል እንተ ዘይሰበኽኩ ግና ወይለይ። እዚ ፈትየ እንተ ገበርክዎስ፡ ዓስቢ ኣሎኒ። ከይፈቶኹ እንተ ገበርክዎ ግና፡ እዚ መጋቢነት እዚ ብዝኾነ ይኩን ሕድሪ ተውሂቡኒ እዩ። እምብኣርሲ ዓስበይ ደኣ እንታይ እዩ? ወንጌል እናሰበኽኩስ፡ እቲ ብወንጌል ዘሎኒ መሰል ከይወሰድኩ፡ ወንጌል ብከምኡ እንተ ነገርኩ እዩ።"

***1ተሰ፥2፥9*** ፡- "ኣሕዋተየ፡ ነቲ ዕዮናን ጻዕርናን ትዝክርዎ ኢኹም እሞ፡ ኣብ ሓደ ካባካትኩም ከይነክብድ ኢልና፡ ለይትን መዓልትን፡ እናዓየና ወንጌል ኣምላኽ ሰበኽናልኩም።"

## ኢየሱስ ንርእሱ ምዕራፍ (ሸቶ) እዩ እምበር ናብ ምዕራፍ ዘብጽሕ መንገዲ ጥራሕ ኣይነበረን።

ንሕና እቲ ናይ መወዳእታ ክንበጽሖ እንደሊ ምዕራፍና እግዚኣብሄር ክከዉን፣ ንዝኾነ ይኹን መንፈሳዊ ኮነ ስጋዊ ትሕዝቶና (resources) ድማ ናብቲ ምዕራፍ ህይወትና ዝኾነ እግዚኣብሄር ንምብጻሕ ክንጥቀመሉ ደኣ ኢና ተጸዊዕና እምበር፣ ነቲ ነገር ገልቢጥና፣ ንእግዚኣብሄር ከም መንገዲ (means) ተጠቒምና ናብ ካልእ ጊዝያዊ ምዕራፍ ከነማዕዱ ኣይተጸዋዕናን። ኣሳፍ ነቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣምላኩ ምስ ረከቦ እዩ ነቲ ኣብ ምድሪ ንዘሎ ኩሉ ክሳዕ ዘይደልዮ ክሳዕ ክንድዚ ዝነዓቐ። ጴጥሮስ ብዘይካ ኢየሱስ ካልእ ምዕራፍ ወይ ዕላማ ስለ ዘይ ነበሮ እዩ፣ ዋላ እቲ ዘረባ ኮነ እቲ ናብራ ይምረሮ "ክትከዱዶ ትደልዩ ኢኹም ንዝብል ሕቶ" ካባኻ ሓሊፍናሞ ናበይ ክንከይድ ኢና ኢሉ ክምልስ ዝበቅዐ። ስለዚ ድማ ነቲ ንመስቀል ዝተዓገሰ ነቲ ጀማሪ እምነትና ነቲ መገዲ ናይ እምነትናን ነቲ ደምዳሚ (ምዕራፍ) ናይ እምነትና ዝኾነ ኢየሱስ ጥራይ ክንጥምት እምበር ከምዞም ሰብ ስሕተት ንኢየሱስ ከም ናብ ሃብቲ ዘብጽሕ መጋበርያ (መንገዲ) ጌርና ክንጥቀመሉ ኣይተጸዋዕናን።

> ***<u>መዝ፥73፥25-26</u>*** ፡- "ኣብ ሰማይ ብጀካኻ መን ኣሎኒ? ንኣኻ ካብ ረኸብኩስ፣ <u>ኣብ ምድሪ ዝደልዮ የብለይን።</u> ስጋይን ልበይን እንተ ማህመነ እኳ፣ ኣምላኽ ንዘለኣለም ከውሒ ልበይን ክፍለይን እዩ።"
>
> ***<u>ዮሃ፥6፥68,69</u>*** ፡- "ስምኦን ጴጥሮስ ከኣ፣ ጐይታይ ንስኻ ናይ ዘለኣለም ህይወት ቃል ኣሎካ፣ ናብ መን እሞ ክንከይድ? ንሕናስ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ምኻንካ ኣሚንናን ፈሊጥናን ኣሎና፣ ኢሉ መለሰሉ።"
>
> ***<u>እብ፥12፥2</u>*** ፡- "ናብቲ፣ ሕፍረት ንዒቑ፣ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጎስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማሪ እምነትናን ደምዳሚን ኢየሱስ ንጠምት።"
> ***<u>ዮሃ፥14፥6</u>*** ፡- "ኢየሱስ ከኣ፣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዝመጽእ የልቦን።"
>
> ***<u>ፊሊ፥1፥6</u>*** ፡- "እቲ ኣባኻትኩም ሰናይ ግብሪ ዝጀመረ ከኣ፣ ንሱ

ክሳዕ እታ መዓልቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝፍጽሞ፥ እዚ ተረዲኤ የ ኣለኹ።"

***ራእ፥1፥17,18*** ፦ "ምስ ረአክዎ ድማ፥ ከም ምዉት ኮይነ ኣብ ኣእጋሩ ወደቕኩ። ንሱ የማናይ ኢዱ ኣንበረለይ፥ ከምዚ እናበለ፥ ኣነ እቲ ቀዳማይን እቲ ዳሕረዋይን እቲ ህያውን እየ እሞ፥ ኣይትፍራህ። ሞይተውን ነበርኩ፥ እንሆ ከኣ፥ ንዘለኣለመ ኣለም ህያው እየ፥ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ።"

ጐይታ ናብዚ ምድራዊ ዘይኮነስ ናብቲ ሰማያውን ዘልኣለማዉን ብልጽግና ከነማዕዱ እዩ ዝደሊ ሃዋርያት'ዉን እንተኮነ ነዚ ናይ ዓለም ብልጽግና ከም ጎሓፍ ቆጺርና ነቲ ሃብቲ ርስቲ ክብሩ ክንብህግ ብኩሉ መንፈሳዊ ምልኣት ኣምላክ ክንህብትም ጸልዮምልና ከምኡ ክንብህግ ከኣ ኣርኣያ ሓዲጎሙልና ከ ይዶም እምበር በቲ ኣብ ጁባና ዘሎ ገንዘብ በቲ ኣብ ቤትና ዘሎ ጥሪት ዕ ቤትን መጠንን ናይ እምነትናን መንፈሳውነትናን ክንመዝን ኣየመዓዱናን።

***ሉቃ፥12፥33,34*** ፦ "ኣብቲ መዝገብኩም ዘለዎ ኣብኡ ድማ ልብኩ ም ይከውን እዩ እሞ፥ ጥሪትኩም ሽጡ ምጽዋት'ውን ሃቡ፥ ሰራቒ ኣብ ዘይቀርቦ፥ ነቕዝ ኣብ ዘየጥፍኦ ዘይበሊ ማሕፉዳን ዘይጎድል መዝገብን ኣብ ሰማያት ዕቘሩ።"

***ኤፌ፥1፥17,18*** ፦ "ኣምላኽ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቦ ክብሪ ብፍልጠቱ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ምግላጽን ምእንቲ ክህበኩም፥ እሞ ኣዒንቲ ልብኹም በሪሁ፥ ተስፋ ጽውዓኡ እንታይ ምዃኑ፥ ሃብቲ ርስቲ ክብሩ ኣብ ቅዱሳንውን እንታይ ምዃኑ ክትፈልጡ፥ እጽሊ ኣሎኹ።"

***ኤፌ፥3፥16-19*** ፦ "ብመንፈሱ ኣብቲ ናይ ውሽጢ ሰብ ብሓይሊ ምእንቲ ክትብርትዑ፥ ከምቲ ሃብቲ ክብሩ ክህበኩም እጽሊ ኣሎኹ። ክርስቶስ ኣብ ልብኹም ብእምነት ምእንቲ ክሓድር፥ ኣብ ፍቕሪ ሱር ሰዲድኩምን ተሰሪትኩምን፥ ምስ ኵሎም ቅዱሳን ምግፋሑን ምንዋሑን ምዕማቑን ቍመቱን እንታይ ምዃኑ ምስ ትውዓል ክትክእሉ፥ እሞ ነታ ንፍልጠት ሓለፍ እትብላ ፍቕሪ ክርስቶስ ክትፈልጥዋ፥ ክሳዕ ኵሉ ምልኣት ኣምላኽ ምእንቲ

ክትመልኡ፣ እጽሊ ኣሎኩ።”

## ድክነት ወይ ሃብቲ ናይ መንፈሳውነት ነጸብራቕ ወይ መለክዒ ኣ ይኮነን

እግዚኣብሄር፣ ሃብታም ስለ ዝኮነ ጥራሕ፣ ዝጸልኦ ድካ ስለ ዝኮነ ጥራሕ ከኣ ደንጊጹ ዘፍቅሮ ሰብ የብሉን። እግዚኣብሄር ንወዲ ሰብ ብዓይነት ህይወቱ ደኣ እምበር ብመጠን ናይ ትሕዝቶኡ መዚንዎ ኣይፈልጥን እዩ። ነቲ ኣብ ሉቃ 12፣ 16-21 ተጠቒሱ ዘሎ ሃብታም ዓሻ ኢሉ ዝፈረዶ ግራቱ ስለ ዝቐደወሉ ኣ ይኮነን። ነቲ ግራት ከም ዝቐድወሉ ዝገበረ እኮ እግዚኣብሄር እምበር እቲ ዓሻ ሰብኣይ ባዕሉ ኣይነበረን። እግዚኣብሄር በዚ ሰብኣይ እዚ ዝተቐጥዐ ብዛዕባ ሃብቱ ብዝነበሮ ኣረኣእያን ኣተሓሕዛን፣ ምስቲ ወሃቢኡ እግዚኣብሄር ስለ ዘይተቓደዉ ጥራሕ እዩ።

ዋላ ኣብ ታሪክ ኣልኣዛርን እቲ ሃብታም ሰብኣይን እንተ ረኣና'ዉን ተመሳሳሊ ሓቂ ተንጸባሪቑ ዘሎ (ሊቃ 16፣ 19-31)። እግዚኣብሄር ባዕሉ ትሕዝቶካ ከም ዝቐድወልካ ጌሩስ ንምንታይ ዝሃብተምካ ኢሉ ከም ዝፈርደካ ጌርካ ክሳዕ ክንድዚ ኣትሒትካ ምርኣይ ከቢድ በደል እዩ። እንተ ኮነ እዚ ኩሉ ዘጋይጽ ሃብቲ ሒዙ ነቲ ኣብ ኣፍ ደጊኡ ዘሎ ሰብ ርፍራፍ ከሊእዎ ምርኣይ፣ ይትረፍ ነቲ ዝሃቦ ጐይታ ንሰማዒኡ እኳ ዝከብድ እዩ። ብሰናይ ግብሪ ምእንቲ ክትህብትመሉ ዝተዋህበካ ምድራዊ ሃብቲ ብኣንጻሩ ብጭካነን ሕሰምን ትህብትመሉ እንተሊካ፣ ጽባሕ ንግሆ እቲ ሃብቲ  እቲ ነፍስካ እትነደሉ ረመጽ ከም ዝኮነካ እቲ ታሪክ ኣመስኪሩ እዩ።

እግዚኣብሄር ድካ ስለ ዝኮነ ጥራሕ ዘፍቅሮ ሰብ'ዉን የለን። እግዚኣብሄር ነቶም ሰባት ደኣ እምበር ነቲ ድክነቶም ኣፍቂሩ ኣይፈልጥን ኣዩ። ንኣልኣዛር ድካ ስለ ዝነበረ እዩ ደሓር ናብ ሕቑፊ ኣብርሃም ዝተቐበሎ ዝብል ርድኢት እንተልዩና እግዚኣብሄር ንኣልኣዛር ዘይኮነስ ነቲ ድክነቱ ከም ዘፍቀረ ዘስምዕ ርድኢት ሒዝና ከም ዘሎና ኣይንዘንግዕ። ድካ ምኳን ናብ ሕቑፊ ኣብርሃም ዘእቱ እንተ ዝከዉን እቲ ናብ መንግስቲ ኣምላክ ዘእቱ መንገዲ ኣዝዩ ቀሊል ምኮነ፣ ምክንያቱ ሃብታም ምኳን ደኣ እምበር ድካ ምኳን ኣዝዩ ቀሊል እዩ። ኣልኣዛር፣ ግብሪ ኣብርሃም ስለ ዝገበረ፣ ወዲ ኣብርሃም ንምኳን ዘብቅዕ

ህይወት ስለ ዘጥረየ ደኣ እምበር ድካ ብምኳኑ ጥራሕ ከም ዘይኣቱ ከነስተውዕል ግቡእ እዩ። ብስጋ ደኣ ድካ ይንበር እምበር ብመንፈሳዉነት ድካ ከም ዘይነበረ እቲ ዝበጽሖ ምዕራፍ እኩል መርትዖ እዩ። ካብቲ ድክነቱ ዝዓዝዝ ሓጢኣትን ክፍኣትን ዘለዎ ድካ፡ ናብ ሕቝፊ ሰይጣን እምበር ናብ ሕቝፊ ኣብርሃም ክኣቱ ዝጽበ ሰብ ከም ዘይህሉ ተስፋ እገብር።

## እግዚኣብሄር ብዛዕባ ድካታት'ውን ይግደስ እዩ።

ኣብ ምድሪ ዘሎ ፍጥረት ኩሉ ብሓልዮት እግዚኣብሄር እዩ ዝዛወር ዘሎ። ይትረፍ ነቲ ብኣርኣያኡ ዝተፈጥረ ሰብ ነተን በሃማት እንስሳታት እኳ ዝሓልን ዝምግብን እቲ ኩሉ ዝክእል እግዚኣብሄር እዩ። ስለዚ ንድካታት'ዉን እግዚኣብሄር ይሓልየሎምን ይጣበቐሎምን እዩ። ነቶም ብምኽንያት ድክነቶም ዝጠቕዕዎም ሰባት እግዚኣብሄር ይፈርዶም እዩ።

> ***<u>መዝ፡109፡30,31</u>*** ፦ “ካብቶም ንነፍሱ ዝኩንንዋ ከድሕኖ <u>ኣብ የማን እቲ ድካ ቀይሙ ኣሎ እሞ፡</u> ንእግዚኣብሄር ብኣፈይ ኣዝየ ከመስግኖ፡ ኣብ ማእከል ብዙሓትዉውን ክውድሶ እየ።”

> ***<u>መዝ፡140፡12</u>*** ፦ “እግዚኣብሄርሲ ፍትሒ ንጭኑቓት፡ <u>ቅንዕና ከኣ ንድካታት ከም ዝገበረሎም፡ እፈልጥ እየ።</u>”

> **<u>ምሳ፡22፡22,23</u>** ፦ “እግዚኣብሄር <u>ክማጎተሎም፡ ነቶም ገፈፍቶም ከኣ ህይወቶም ክገፎም እዩ እሞ፡</u> ነቲ ድካስ ድካ ስለ ዝኾነ፡ ኣይትግፈፎ፡ ንሽጉር ድማ ኣብ ደገ ኣይተጥቅዓዮ።”

ኩሉ ድካ ግን ናይ ብሓቂ ድካ ኣይኮነን። ሰሪሕና ስጋዊ ናብራና ክንኣሊ ከም ዝግብኣና መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ እዩ ጥራይ ዘይኮነስ ትእዛዝ'ውን እዩ። ስለዚ ሰብ በቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ኣእምሮን ሞያን ክጽዕርን ንርእሱን ንካልኦትን ንናብርኦም ዝኸውን ገንዘብ ወይ ሃብቲ ክእክብ ይክእል እዩ። እዚ በቲ ቅኑዕ ኣገባብ ብትግሃት እንተ ድኣ ተጌሩ እሞ ምድራዊ ትሕዝቶና እንተ በርኪቱ፡ ብእኡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ጌርና ንርእስና ክንጥቀምን ንካልኦት ብምልጋስ ከኣ ብሰናይ ግብሪ ክንህብትመሉን ይረድኣና እዩ። ኩሉ እቲ ክን

ገብሮ ዝግብኣና ብትግሃት ጌርና ግን ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ብዝኮነ ምክንያት ምድራዊ ትሕዝቶና እንተ ዘይበዝሐን እንተ ደኬናን ነቲ ዝጐደለና ንጐይታ ነጊርና በቲ ዘሎና ንዓግብ ድኣ እምበር ምስ ጽድቅን ሓጢኣትን ክነተሓሕዞ ኣ ይግባእን እዩ። ምክንያቱ ድማ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ብዝኮነ ምክንያት ብዙሕ ግዜ ድክነት ስለ ዘጋጥም እዩ። ብዓመጽ ናይ ሰባት ማለት ብዓመጻ ናይቶም ዘስርሕዎም ሃብታማት ዝደክዩ ሰባት ኣለዉ። ከምቲ ያእቆብ ሃዋርያ ገሊጽዎ ዘሎ ዓስቦም እናከልኡ ንርእሶም ሃብቲ ዝእክብሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ንቐንዱ እቲ ገባሪኡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክሕተተሉ እዩ። ከም ሓረስቶት ዝበሉ ከ ኣ፣ ልዕሊ ሰቦም እናጸዓሩ ክነሶም ክራማት ስለ ዘይሰመረሎም፣ ተፈጥሮ ስለ ዝተጻብኦም ወይ'ውን ግራቶም ስለ ዘይቀደወሎም ወይ'ውን መሬት ስለ ዝነኣሶም ድካታት ኮይኖም ዝነብሩ ኣለዉ።

ብኣንጻሩ ከኣ ኢድካ ኣጣሚርካ፣ "ኣምላክ ባዕሉ ክመልኣለይ እዩ"፣ ኢ ልካ ብናይ ትህኪት መንፈስ ተዋሒጥካ፣ ድክነት ከም ፈጣን መንገደ ፣ ስእነት ድማ ከም ኣጽዋር እተዓጥቀ ሰብኣይ እንተ መጸካ፣ "ፍቓድ ኣምላክ እዩ" ምባል ክልተ ሳዕ ምግጋይ እዩ። ስለዚ በቲ ዝተዋህበና ኣእምሮን ዘሎና ሞያን ዓቕምን ብኣግባብ እናዓየና ንፍቓድ ኣምላክ ኣብዚ ምድራዊ ናብራና ክንፍጽም ይግባእ። ስራሕ ጸሊኡ "ጠምየ፣ ዓሪቐ፣ ስኢነ" ዝብል ሰብ እቲ ጸገም ናቱ ደኣ እምበር ናይ እግዚኣብሄር ኣይኮነን። ከምቲ ኣብ ታሪክ ናይቲ ጥፉእ ወዲ እን ርእዮ፣ ትሕዝቶኦም ኣብ ዕብዳን ዘርዮም ዝደክዩ ሰባት ኣለዉ። እግዚኣብሄር ነዞም ብሓጢኣቶም ንድክነት ዘጥረይዎን፣ ነቶም ብግፍዒ ናይ ሰባት ድክነት ዝጾርዎን ብማዕረ ዓይኒ ይርእዮም ምባል ሚዛናዊ ኣረኣእያ ኣይኮነን፣ እግዚኣ ብሄር ንህይወት እምበር ንትሕዝቶ ኣይመዝንን እዩ።

> ***ያእ፥5፥1-6*** ፥- "ኣቱም ሃብታማት፣ እስኪ ሕጂከ በቲ ዚመጸኩም ዘሎ መግደራ ዋይ ዋይ እናበልኩም ብከዩ። ሃብትኩም መሽሚሹ፣ ንክዳውንትኩምውን ብልዒ በሊዕዎ። ወርቅኩምን ብሩርኩምን መሪቱ፣ እቲ ምምራቱ ከኣ ክምስክረልኩም እዩ። ንስ ጋኩ ምውን ከም ሓዊ ክበልዖ እዩ። ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት መዝገብ ኣኪብኩም ኣለኩም። እንሆ፣ ውዕለት እቶም ግሩህኩ ም ዝዓጸዱ ዓየይቲ፣ ንስካትኩም ከኣ ዝገደብኩምዎም፣ የእዊ ኣሎ።

ኣውያት እቶም ዓጸዱውን ኣብ እዝኒ እግዚኣብሄር ጸባኦት በጺሑ ኣሎ። ኣብ ምድሪ ሓንቘቕኩምን ጥዒሙኩምን፡ ከም ብመዓልቲ ማሕረድቲውን ልብኩም ኣስቢሕኩም። ፈሪድኩም፡ ነቲ ጻድቕ ቀተልክምዎ፡ ንሱ ኣይጻረረኩምን እዩ።"

***ምሳ፡6፡9-11*** :- "ኢታ ሃካይ፡ ክሳብ መዓስ ኢካ በጥ እትብል? መኣዝ ከ ኢካ ካብ ድቃስካ እትትንስእ? ሓንሳእ ምድቃስ፡ ሓንሳእ ምትካስ፡ ሓንሳእ ምእንቲ ክትዓርፍውን ኣእዳውካ ምምስቓል፡ ድሕሪ እዚ ከኣ ድኽነትካ ከም ፈጣን መንገደ ፡ ስእነትካ ድማ ከም ኣጽዋር እተዓጥቀ ሰብኣይ ይመጸካ።"

***ሉቃ፡15፡13-16*** :- "ድሕሪ ሒደት መዓልቲ ከኣ እቲ ንእሽቶ ወዲ ዘለዎ ኩሉ ኣኪቡ፡ ናብ ካልእ ርሑቕ ሃገር ከደ። ኣብኡ ድማ ነቲ ጥሪቱ ብቕለትን ዕብዳንን ዘረዎ። ዘለዎ ዘበለ ምስ ወድአ፡ ኣብታ ሃገር ብርቱዕ ጥሜት ኮነ። ንሱ ከኣ ክስእን ጀመረ። ከይዱ ምስ ሓደ ካብ ደቂ እታ ሃገር እቲኣ ተዋዓለ። ንሱ ከኣ፡ ሓሰማታት ክጓሲ፡ ናብ ምድሩ ሰደዶ። ካብቲ ሓሰማታት ዝቕለባኦ ቋርፍ ከብዱ ክመልእ ከኣ ሃረር ይብል ነበረ፡ ዝህቦ ግና ሓደ እኳ ኣይረከበን።"

## ሃብቲ ምእካብ ዕላማ ወይ ከኣ ጻውዒት ናይ ደቂ ኣምላክ ኮይኑ ኣይፈልጥን እዩ።

ሃብታም ምኳን ጽድቂ ነይሩ እንተ ዝከዉን ኣብ ዓለምና ዘለዉ ኩሎም ዋላ እቶም ብግፍዒ ዝኣከብዎ'ውን ጻድቃን ምኮኑ ነይሮም። ወይ'ውን እቶም ጻድቃን ጥራሕ ኣዝዮም ሃብታማት ምኮኑ ነይሮም። እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ እዩ። ምክንያቱ ሃብቲ መብዛሕትኡ ብግፍዕን ብዓመጽን እምበር ብጽድቂ ስለ ዘይእከብ ዝበዝሐ ጊዜ ሃብቲ ንሓጥኣን እዩ ዝኾነሎም። እቶም ሃብታማት ኮይኖም ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ዝኮኑ በቲ ሓደ ወገን ብፍትሒ ክእክቡ ክብሉ ብዙሕ ኣየካዕብቱን እዮም፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ብሰናይ ግብር'ውን ሃብታማት ስለ ዝኮኑ ናብ ድካታት ድማ ስለ ዝዘርዉዎ ከም ናይቶም ረሲኣን ኣብ ማዕከኖም ብዙሕ ኣይእከብን እዩ።

***እዮ፥21፥7,13*** ፡- “ረሲኣን ብህይወት ዝነብሩ፡ ዝኣርጉ፡ ስልጣኖም ድማ ዝብርትዕሲ፡ ስለምንታይ ኮን እዩ? ... ንዘመኖም ብጣዕሚ ን ብረት የሕልፍዎ፡ ብቕጽበት ዓይኒ ከኣ ናብ ሲኦል ይወርዱ።”

***መዝ፥37፥7,35,36*** ፡- “ንእግዚኣብሄር ሃዲእካ ተጸበዮ፡ በቲ ብመን ገዱ ዝሰልጠሉ፡ በቲ ሕሱም ሃቐና ዝፍጽም ሰብ ኣይትኮሪ። ንረ ሲእ፡ ከም ኣብ ቦታኣ ኣስፋሕፊሓ ዝለምለመት ኦም፡ ብስልጣኑ ርአክዎ። ምልስ እንተ በልኩ ግና ሰኣንክዎ፡ ደሌኩዎ እሞ ኣይረከ ብክዎን።”

***መዝ፥73፥12-20*** ፡- “እንሆ፡ ረሲኣን እዚኣቶም እዮም፡ ኩሉ ግዜ ሃዲኦም፡ ሃብቲ ይውስኩ ኣለዉ። ... ነዚ ከስተውዕል ምስ ሓሰብኩ፡ ናብ መቕደስ ኣምላኽ ክሳዕ ዝኣቱ መወዳእታኦምዉውን ክሳዕ ዘስ ተብህልሲ፡ ኣዝዩ ይሸግረኒ ነበረ። ብርግጽ ኣብ መንደሃጺ ስፍራ ደው ተብሎም፡ ናብ ጥፍኣት ተውድቖም። ከመይ ብድንገት ባደሙ፡ ጸንነቱ፡ ብስንባድውን ተወድኡ። ከም ሕልሚ ድሕሪ ምን ቓሕ፡ ንስካ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ምስ ነቓሕካ ንምስሎም ከምኡ ክትንዕቖ ኢካ።”

***ኤር፥5፥27,28*** ፡- “ከምታ በዕዋፍ ዝመልአት እንዳ ዑፍ፡ ከምኡ ድማ ቤቶም ብምጥባር ምሉእ እዩ። ስለዚ ዓበይትን ሃብታማትን ኮ ኑ። ስቡሓትን ዘባርቑን ኮኑ፡ ንእከዮም ወሰን የብሉን። ፍትሒ ን ዘክታም፡ ነገሩ ዜቕንዓሉ ፍትሒ፡ ኣየውጽኡሉን፡ ንድካውን መሰሉ ኣይብይንሉን።”

***ኤር፥12፥1,2*** ፡- “ዎ ጐይታይ፡ እንተ ተማጎትኩካ እኺ፡ ንስካስ ጻድቕ ኢካ፡ ምስ ናይ እዚውን ብዛዕባ ፍርዲ ክዛረበካ እደሊ ኣለኹ፡ ስለምንታይ እዩ መገዲ ረሲኣን ዝሰልጥ? ስለምንታይከ ኩ ሎም ጠለምትስ ዕድል ዝኮነሎም? ተኸልካዮም እሞ ሱር ሰደዱ፡ ዓ በዩ ፍረውን ፈረዩ። ንስካ ኣብ ኣፎም ቀረባ ኢካ፡ ካብ ኮላሊቶም ግና ርሑቕ ኢካ።”

**ብመሰረቱ ሃብታም ንክትከዉን ኣብ ኢድካ ብዙሕ ዘለካ ክትከዉን ኣየድልየካን እዩ።**

መብዛሕትኡ ግዜ ንደቂ ሰባት ኢዶም ገዝኦም ወይ ማዕከኖም መሊኡ ምስ ዝርእይዎ ጥራይ እዮም ሃብታማት ዝኮኑ ዝመስሎም። ነቲ ኣዕሚቑ ዝርኢ ግን እዚ ሓቂ ኣይኮነን። ሓደ ሰብ ኣብ ኢዱ ዋላ ሓንቲ ዘይብሉ እናመሰለ ኣዝዩ ሃብታም ክከዉን ዝከኣል እዩ። እዚ ኣብቶም ንእግዚኣብሄር ዝፈርሁ ዝርአ ሓቂ እዩ። ሃዋርያ ጳዉሎስ ብዛዕባ ከምዚ ዝዓይነቱ ዘደንቕ ሃብቲ ጽሒፉ እዩ።

> ***2ቈረ፤6፤10*** ፡- “ከም ጉህያት፣ ግናከ ኩሉ ሳዕ ሕጉሳት ኢና፣ <u>ከም ድኻታት ንብዙሓት ግና ነጸጉ ኢና፤</u> ኩሉ ከሎናስ፣ ሓንቲ ከም ዜብሎም ኴንና ንርአ ኣሎና።”

እዚ ሓቂ እዚ ዋላ ኣብ ነብዪ ኤልያስን ኣብታ መበለት ሰራጵታን ተራእዩ እዩ፣ ኤልያስ ዝብላዕ ምግቢ ስኢኑ ክልምን እኳ እንተ ተራእየ ብኣን ጻሩ ነታ መበለት ብዘይዉዳእ በረከት ከጸግዋ ተራእዩ። ኣብ ኢዱ ዝኮነ ይኩን ትሕዝቶ ኣይነበሮን። እንተ ኮነ ንሰለስተ ዓመት ምሉእ ቀዲሒካ ብዘይዉዳእ ዘይትን ሓፊስካ ብዘይዉዳእ ሓርጭን ክባርክ ዝከኣል ናይ ኣምላክ ሰብ እዩ ዝነበረ።

እታ መበለት'ዉን እንተ ኮነት ብዓይኒ ተዓዛቢ ወርትግ ድካ እያ እትመስል ዝነበረት። ትሕዝቶኣ ኩሉ ጊዜ ሒደት ሓርጭ ኣብ ዕትሮ፣ ሒደት ዘይቲ ድማ ኣብ መቐርሰሚቶ ጥራይ እዩ ዝነበረ። እንተ ኮነ ሎሚ ጸንቂቓ ዝተጠቕመትሉ ትሕዝቶ ክንዲ ናይ ትማሊ ዝከዉን ናይ ጽባሕ ትሕዝቶ ድማ ይጸንሓ ነበረ። ኣብዚ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን ዝሃለከ ሓርጭን ዘይትን ብሓደ እንተ ዝእከብ ኣዝዩ ብዙሕ ምኮነ። እንተ ኮነ እግዚኣብሄር ድክነት ዝመስል ሃብታም ናብራ ከንብራ ስለ ዝፈተወ በዚ ረቂቕ (Abstract) በረከት እዚ ጌሩ ክባርካ ተራእዩ። ምርጫ ናይ ኣምላክ ኣዝዩ ዘገርም እዩ።

እቶም ብዙሕ ትሕዝቶ ኣብ ሓደ ጊዜ ዝተቐበሉ ሰባት ንኣነባብርኡ ዝምልከት ብዙሕ ጸገም ፈጢሩሎም እዩ። ጥሪት ኣብርሃምን ሎጥን በዚሐን እቲ መሬት ክጾረን ዘይክእል ምስ ኮነ ባእሲ ፈጢሩሎም። ንይስሃቅ ብጎረባብቱ ቅንኣት ኣስዒብሉ፣ እታ ናይ ኤልሳእ መበለት፣ ጎይቢ ክትእክብ ገጽ ብዙሐት ርእያ። ነቶም ድኻታት እናመሰሉ ዝተባረኹ ግን ከምዚ ዓይነት ጸገም ኣየጓነፎምን።

ብኣንጻሩ ኣብ ኢዶም ብዙሕ ከለዎም ዘይሃብተሙ፣ በሊያም ዘይጸገቡ፣ ሰትዮም ዘይረወዩ ናይ ሃብታማት ድካታትʼዉን ብዙሓት እዮም። በሊዑስ ብምብልዑ ዘይጸግብ፣ ገና ዘይበልዐ ኮይኑ ዝስምዖ፣ እናበልዐ ብዛዕባ ናይ ጽባሕ መግቢ ሎሚ ዝጠሚ ሰብ ብዙሕ ኣዩ። ንእግዚኣብሄር ስለ ዘየሐጎሶ ንሱʼዉን በቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝረከቦ ዉህበት ዘይሕጎስ ብዙሕ እዩ። ክሎካን መሊኡልካ ክሎን ዘይምሕንስ ከቢድ ጸገም እዩ። ምክንያቱ እግዚኣብሄር ሃብቲ ዝሃበና ንዓ ና ክንሕጎሰሉ፣ ንሰብን ንኣምላክን ከኣ ከነሐጉሰሉን እዩ። እቶም ናይ እግዚኣ ብሄር ብሩካት ግን ጥራይ ኢዶም ክነሶም ካብቶም ትሕዝቶ ምስ በዝሓሎም ዝሕጎስዎ ኣብሊጾም ይሕጎሱ እዮም። ምክንያቱ ድማ ካብ ነቲ ዉህበት ነቲ ወሃቢ እግዚኣብሄር ኣዕዚዞም ስለ ዘፍቀሩ እዩ።

***1ጢሞ፥6፥17-19*** ፦ "ነቶም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለዉ ሃብታማት ከ ይዕበዩ፣ በቲ ክንሕጎስ ኢሉ ኩሉ ብልግሲ ዝሃበና ኣምላክ እምበር፣ በዚ ሓላፊ ሃብቲ ከይእመኑ ኣዝዞም፣ ገበርቲ ሰናይ ክኮኑ ብሰናይ ግብሪ ክህብትሙ፣ ለጋሳትን መማቐልትን ክኮኑ፣ ናይ ሓቂ ህይወት ምእንቲ ክረክቡስ፣ ነቲ ዝመጽእ ዘሎ ጊዜ ጽቡቕ መሰረት ንርእሶም ክእክቡ ኣዝዞም።"

***ሃጌ፥1፥6*** ፦ "ንስካትኩም ብዙሕ ዘራእኩም፣ ሒደት ኣእተኹም። በላዕኩም ኣይጸገብኩምን፣ ሰቴኩም ኣይረዌኩምን፣ ተኸደንኩም ኣ ይሞቐኩ ምን፣ እቲ ውዕለቱ ዘእቱ ነቲ ዝወዓሎ ኣብ ነኲል ማሕፉዳ የንብሮ ኣሎ።"

***ሚክ፥6፥14-15*** ፦ "ንስካ ትበልዕ፣ ግናከ ኣይትጸግብን፣ ውርደትካ ኣ ብ ውሽጥካ ክከውን እዩ፣ ትሕዝ፣ ግናከ ኣይተድሕንን፣ እቲ ዘድሓን ካዮ ከኣ ንኣደዳ ሰይፊ ክምጥዎ እየ። ንስካ ትዘርእ፣ ግናከ ኣይትዓ ጽድን፣ ፍረ ኣውሊዕ ትጎድእ፣ ግናከ ዘይቲ ኣይትልከን። ኰልዒ ወይኒ ትጸሙቕ፣ ወይኒ ግና ኣይትሰትን።"

***መዝ፥4፥7*** ፦ "ካብቲ እቶም እክሎምን ወይኖምን ምስ በዝሔ ዝሕጎስዎ ኣብሊጽካ ኣብ ልበይ ሓጎስ ኣንበርካ።"

***ኣንባ፥3፥17,18*** ፦ “እም በለስ ኣይክትዕምብብን፡ ኣብ ኣታክልቲ ወይኒ ፍረ ኣይክህሉን፡ ፍረ ኣውሊዕ ክጠልም፡ ግርሁ ምግቢ ኣ ይክህብን እዩ። ኣባጊዕ ካብ ደምበ ክጠፍኣ፡ ኣሓዉውን ካብ ደምቤታት ክሰኣና እየን። ኣነ ግና ብእግዚኣብሄር ባህ ክብል፡ ብኣ ምላክ ምድሓነይ እልል ክብል እየ።”

## ንትሕዝቶና ንካልኦት ከነካፍለሉ ድማ እምበር ከነጋይጸሉ ጥራይ ኣ ይተዋህበናን።

ንርእሰይ ጥራይ ይጥዓመኒ ኢልካ ምምልላስ መንፈሳዊ ነዉሪ እዩ። እቲ ጕይታ ዘርኣየና ንቡር ህይወት ንርእስካ ዘይኮነስ ንብጻይካ ዘሕሾ ምጥማት እዩ። እቶም ትሕዝቶኦም ዝዘርእዎን ንድኻታት ዘካፍሉን ንዘልኣለም ዝነብር ጽድቂ ከ ም ዘለዎም ቃሉ ነጊሩና እዩ። በቲ ናይ ስጋ ሃብትና ጌርና ዘይስረቕ ዘይነቅዝ ናይ ሰናይ ግብሪ ሃብቲ ከነጥሪ ነቲ ሓለፊ ሃብትና ብልግሲ ናብ ሰማይ ናብቲ ብካዕበት ዝክሕስ ኣምላክ ከነስግሮ ቃሉ ብዘየዳግም መንገዲ ምዒዱና እዩ። እቶም ናይ ብሓቂ ልቦም ናብ ኣምላክ ብንስሓ ዝመለሱ ከም እኒ ዘኬ ዎስ ዝወሰድዎ ጻድቕ ስጉምቲ ድማ ንሱ እዩ።

***ፊሊ፥2፥3,4*** ፦ “<u>ሓንቲ እኳ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ብምባል ወይስ ንውዳሴ ከንቱ ኣይትግበሩ</u>፡ ብትሕትና ግና እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ካብ ርእሱ ኣብሊጹ ይርኣዮ፡ <u>ነፍሲ ወከፍ ንብጸዩ ድማ እምበር፡ ነፍሲ ወከፍ ንርእሱ ዘሕሾ ኣይጠምት።</u>”

***2ቈረ፥9፥፥6-11*** ፦ “ግናከ እዚ እብል ኣለኹ፡ እቲ ቀጢቡ ዝዘርእ ቀጢቡ ይዓጽድ፡ እቲ ብበረኸት ዝዘርእ ግና ብበረኸት እዩ ዝዓ ጽድ። <u>ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዝፈቱ</u> እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ብጓሂ ወይስ ብግዲ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ብልቡ ዝሓለኖ ይሃብ። ከምቲ እቲ ጽሑፍ፡ <u>ዘረወ፡ ንድኻታትውን ሃበ፡ ጽድቁ ንዘልኣለም ይነብር፡</u> ዝበሎ፡ ኣምላኽ ከኣ፡ ምእንቲ <u>ብኹሉ ኩሉ ሳዕ ዝኣክል ኩሉ ሒዝክ ም ንሰናይ ግብሪ ኩሉ ጸብለል ክትብሉ፡</u> ጸጋ ዘበለ ኣባኻትኩም ጸብለል ክብል ይከኣሎ እዩ። ግናከ እቲ ንዘራኢ፡ ዘርእን ምግቢ ዝከውን እንጌራን ዝዕድል፡ ንሱ ዘርእኹም ክዕድለኩምን ክበርክተልከ

-ምን፥ ንፍረ ጽድቅኩምውን ከብቁሎ እዩ። ንስካትኩም ከኣ ብኩሉ በቲ ብኣታትና ገይሩ ንኣምላክ ምስጋና ዝዓዪ ልግሲ ክትህብትሙ ኢኩም።”

***1ጢሞ፥6፥17-19*** ፡- “ነቶም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለው ሃብታማት ከይዕበዩ፥ በቲ ክንሕጎስ ኢሉ ኩሉ ብልግሲ ዝሃበና ኣምላክ እምበር፥ በዚ ሓላፊ ሃብቲ ከይእመኑ ኣዝዞም፥ ገበርቲ ሰናይ ክኮኑ፥ብሰናይ ግብሪ ክህብትሙ፥ ለጋሳትን መማቕልትን ክኮኑ፥ ናይ ሓቂ ህይወት ምእንቲ ክረክቡስ፥ ነቲ ዝመጽእ ዘሎ ጊዜ ጽቡቕ መሰረት ንርእሶም ክእክቡ ኣዝዞም።”

***ማቴ፥25፥34-36*** ፡- “ሽዑ እቲ ንጉስ ኣብ የማኑ ንዘለው ይብሎም፥ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩካት፥ ንዑ እቲ ካብ ምስራት ዓለም እተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ። ጠምየ ነበርኩ እሞ፥ ኣብላዕኩምኒ፥ ጸሚኤ፥ ኣስቴኩምኒ፥ ገይሸ፥ ተቐበልኩምኒ፥ ዓሪቐ፥ ከደንኩምኒ፥ ሓሚመ፥ በጻሕኩምኒ፥ ተኣሲረ፥ መጻእኩምኒ፥ ይብሎም።”

***ሉቃ፥12፥33-34*** ፡- “ኣብቲ መዝገብኩም ዘለዎ ኣብኡ ድማ ልብኩም ይኸውን እዩ'ሞ፥ ጥሪትኩም ሽጡ ምጽዋትውን ሃቡ፥ ሰራቒ ኣብ ዘይቀርቦ፥ ነቐዝ ኣብ ዘየጥፍኦ ዘይበሊ ማሕፉዳን ዘይኃድል መዝገብን ኣብ ሰማያት ዕቘሩ።”

***ሉቃ፥19፥8*** ፡- “ዘኬዎስ ከኣ ተንሲኡ፥ ንጐይታ ጐይታይ፥ እንሆ፥ ፈረቓ ጥሪተይ ንድኻታት እህብ፥ ገለ ዝዓመጽክዎ እንተሎውን ኣርባዕተ ዕጽፊ እፈድዮ፥ በሎ።”

***ሉቃ፥3፥11*** ፡- “ንሱ (ዮሃንስ መጥመቕ) ከኣ፥ ክልተ ቀምሽ ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቀሎ፥ ቀለብ ዘለዎ ድማ ከምኡ ይግበር፥ ኢሉ መለሰሎም።”

***ያእ፥5፥1-5*** ፡- “ኣቱም ሃብታማት እስከ ሕጂ'ከ በቲ ዝመጽኩም

ዘሎ መግደራ ዋይ ዋይ እናበልኩም ብከዩ፣ ሃብትኩም መሽሚሹ፣ ንክዳውንትኩምውን ብልዒ በሊዕዎ፣ ወርቅኩምን ብሩርኩምን መሪቱ፣ እቲ ምምራቱ ከኣ ክምስክረልኩም እዩ፣ ንስጋኩም እውን ከም ሓዊ ክበልዮ እዩ።”

***ሉቃ፥16፥19-31*** ፥- “ቀይሕ ክዳንን ክቡር በፍታን ዝክደን፣ ኩሉ መዓልቲ ከኣ እናጋየጸ ዝሕጎስ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ኣልኣዛር ዝስሙ ድካውን፣ ብቑስሊ ተወሪሱ ኣብ ኣፍ ደገኡ ወዲቑ ነበረ ካብቲ ኣብ መኣዲ እቲ ሃብታም ዝወደቕ ርፍራፍ ክጸግብ ድማ ሃረር ይብል ነበረ ኣክላባት እናመጹ ከኣ ቁስሉ ይልሕሱ ነበሩ። ኮነ ድማ፣ እቲ ድካ ምስ ሞተ፣ መላእክቲ ናብ ሕቝፊ ኣብርሃም ወሰድዎ። እቲ ሃብታም ከኣ ሞተ ተቐብረውን። ኣብ ሲኦል ኣብ ስቓይ ኮይኑ፣ ዓይኑ ቋሕ ኣቢሉ፣ ንኣብርሃም ኣብ ርሑቕ፣ ንኣልኣዛርውን ኣብ ሕቝፉ ረኣዮ። ጸዊዑ ከኣ፣ ዎ ኣቦይ ኣብርሃም፣ በዚ ሃልሃልታ እዚ እስቀይ ኣለኹ እሞ መሓረኒ፣ ኣንፊ ኣጻብዑ ኣብ ማይ ጠሚዑ ልሳነይ ከዝሕለለይ ንኣልኣዛር ስደደለይ፣ በሎ። ኣብርሃም ግና ወደይ ብህይወትካ ከሎካ ተድላካ ከም እተቐበልካ፣ ኣልኣዛር ድማ ከምኡ መከራ ከም ዝጸገበ፣ ዘክር። ሕጂ ግና ንሱ ኣብዚ ይጸናናዕ፣ ንስካ ድማ ትስቀ። ምስ ናይ እዚ ኩሉ ድማ፣ እቶም ካብዚ ናባካትኩም ክሓልፉ ዝደልዩ ምእንቲ ከይክእሉ፣ ኣብኡ ዘለዉውን ናባና ከይሳገሩስ፣ ኣብ መንጎናን መንጎኩምን ዓብይ ጋግ ተገይሩ ኣሎ፣ በሎ። ሽዑ ንሱ፣ ዎ ኣቦይ እምበኣርሲ ሓሙሽተ ኣሕዋት ኣለውኒ እሞ፣ ንሳቶምውን ናብዛ ስፍራ ስቓይ እዚኣ ከይመጹ፣ ክምስክረሎም ንኣልኣዛር ናብ ቤት ኣቦይ ክትሰዶ እልምነካ ኣለኹ፣ በለ። ኣብርሃም ድማ፣ ሙሴን ነብያትን ኣለውዎም፣ ንኣታቶም ይስምዑ፣ በሎ። ንሱ ከኣ፣ ኣይኮነን ኣቦይ ኣብርሃም ካብ ምውታት ሓደ እንተ ከዶምሲ፣ ክንስሑ እዮም፣ በለ። ንሱ ድማ፣ ንሙሴን ነብያትን እንተ ዘይሰምዕዎምሲ፣ ካብ ምውታት ሓደ እንተ ተንስአውን፣ ከቶ ኣይኣምኑን እዮም፣ በሎ።”

***ሉቃ፥12፥16-21*** ፥- “ከምዚ ኢሉ ከኣ ምስላ ነገሮም፣ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ግርሁኡ ቀደወሉ። ብልቡ ከኣ፣ እክለይ ዝእክበላ ስፍራ የብለይን፣ እንታይ ደኣ ክገብር እየ? ኢሉ ሓሰበ። ንሱ ድማ፣ ንማዕከ

ነይ ኣፍሪሰ፡ ኣግፊሐ እሰርሖ፡ ኣብኡ ከኣ ኲሉ እኽለይን ሃብተይን እእክብ፡ ንነፍሰይውን፡ ኣቲ ነፍሰይ ንብዙሕ ዓመታት ዝኣክለኪ እተደለበ ብዙሕ ኣለኪ እሞ ዕረፊ ብልዒ ስተዪ ተሓጎሲ እብላ በለ። ኣምላኽ ግና ኣታ ዓሻ ንነፍስኻ ካባኻ ክወስድዋ በዛ ለይቲ እዚኣ ይደልይዋ ኣለው። እዚ ዝደለብካዮ ደኣ ንመን ክኸውን እዩ? እቲ ንርእሱ መዝገብ ዝእክብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሃብታም ዘይኮነ ከምኡ እዩ።”

እዚ ሎሚ ንሃብቲ ክንብህጎን ክንእክቦን ዝምዕደና ዘሎ ናይ ሰብ ስሕተት ወንጌል ኣንጻር ናይቲ ንዓለምን ፍትወታን ከም ጎሓፍ ክንቆጽር፡ ንሃብቲ ክንእክቦ ዘይኮነስ ክንዘርኦን ክንዝርግሖን ዝምዕድ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ጥዑይ ወንጌል የዝይም ከም ዘሎ ንፍለጥ። ሎሚ “እታ ዝበለጸት መኪና ክንዝውር፡ ዝበለጸ ክዳን፡ ዝበለጸ መግቢ ኩሉ ዝበለጸ ነገር ንሕና ክንዉንኖ ናይ ፋሽን ጀ መርቲ እምበር ተኸተልቲ ክንከዉን የብልናን” ዝብል ወንጌል ናይ ጥዕና ከም ዘይኮነ ብኣግኡ ነቕልበሉ። “ንኹሎም ከኣ፡ ደድሕረይ ኪስዕብ ዚደሊ፡ ነፍሱ ይቕበጽ፡ መስቀሉ ኣብ ጸጽባሕ የልዕል እሞ ይስዐበኒ። ምድሓን ነፍሱ ዚደሊ ከጥፍኣ እዩ እሞ፡ እቲ ንነፍሱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ግና፡ ንሱ ኬድሕና እዩ። ሰብከ ንብዘላ ዓለም ረቢሑስ፡ ንነፍሱ እንተ ጐድኣ ወይስ እንተ ኣጥፍኣ፡ እንታይ ይጠቕሞ? ... እንሆ ከኣ፡ ካብቶም ህዝቢ ሓደ ሰብኣይ፡ ዎ መምህር፡ ሓደ ንሱ እዩ ውሉደይ እሞ፡ ነዚ ወደይ ክትርእየለይ እልምነካ ኣሎኹ፡ እናበለ ጨርሔ።” ዝብል ቃል እናሰማዕና ምትላል መዳርግቲ ዘይብሉ ዕሽነት እዩ (ሉቃ፡9፡23-25,38)።

## ንወንጌል ጉልባብ ናይ ስስዐካ ምግባር ነዉሪ እዩ።

ከም ዝኮነ ይኩን ስጋ-ለበስ ሰብ ስስዐ ክስምዓካ ዝከኣል እዩ። እንተ ተካኢሉካ ምስ ጐይታ ኬንካ ነዚ ዝጠብቀካ ዘሎ ሓጢኣት እዚ ከተርሕቕ ደኣ ተጋደል እምበር፡ ንጎይታን ወንጌሉን ጉልባብ ናይዚ ግብሪ ስጋ እዚ ጌርካ፡ ንስስዐ ፍረ መንፈስ ከተምስሎ ምፍታን ከቢድ ዘይጽወር በደል እዩ። ሃዋርያት ይትረፍ ብከምዚ ዝዓይነቱ ስስዐ ክመላለሱ ነቲ ዝግብኦምን መሰሎም

ዝኮነ ዓስቦም ገዲፎም እዮም ንወንጌል ብከምኡ ዝሰበክዋ። እንተ ኮነ ነፍስና ቀቢጽና ኣሰሮም ንስዓብ፡ እንተ ዘይከኣልና ግን እንተ ወሓደ ነቲ ቅዱስ ኣሰሮም ካብ ምብካል ክንቁጠብ ይግብኣና። ነዚ ናይ ነብያት ሓሶት ናይ ጥበራን ምሕባልን ስስዐን ወንጌል ከም ሕሱም ክንጽየፎ የድሊ።

***2ተሰ፡2፡3-10*** ፡- "ቅድም ክሕደት ከይኮነ፡ እቲ ርእሱ ኣምላኽ ምዃኑ እናርኣየ፡ ኣብ መቕደስ ኣምላኽ ክሳዕ ዝቕመጥ፡ ኣምላኽን ቅዱስን ኣብ ዝበሃል ዘበለ ዝትንስእን ዝዕበን ሰብኣይ ዓመጻ፡ እቲ ወዲ ጥፍኣት፡ ከይተገልጸ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣይትመጽእን እያ እሞ፡ ብዝኾነ እንተ ኮነ ሓደ እኳ ኣየስሕትኩም። ኣነ ገና ምሳኻትኩም ከለኹ፡ እዚ ከም ዝነገርኩኩምከ፡ ኣይትዝክርዎን ዲኸም? ንሱ በቲ ግዚያቱ ምእንቲ ክግለጽሲ፡ እቲ ሕጂ ዝኽልክሎ ዘሎ ትፈልጥዎ ኣለኹም። ምስጢር ምፍራስ ሕግስ እቲ ሕጂ ዝኽልክሎ ዘሎ ጥራይ ካብ ማእከል ክሳዕ ዝጽረግ ድሮ እኳ ይዓዪ ኣሎ። እቲ መፍረስ ሕጊ ድማ ሽዑ ክግለጽ እዩ። ንእኡ ጐይታና ኢየሱስ ብመንፈስ ኣፉ ገይሩ ከጥፍኦ፡ ብምግላጽ ምጽኣቱውን ከንቱ ክገብሮ እዩ። እቶም ዝጠፍኡስ ንምድሓኖም ዝኸዉን ፍቕሪ ሓቂ ስለ ዘይተቐበሉ፡ ንኣታቶም ናይ እዚ ኣመጻጽኣ ብኹሉ ጥበራ ዓመጻ፡ ብኹሉ ሓይልን ትእምርትን ተኣምራት ሓሶትን ብሓይሊ ሰይጣን እዩ ዝኸውን።"

***1ቈረ፡9፡12-18*** ፡- "ካልኦት ካብዚ መሰል እዚ ኣባኻትኩም ተማቐልቲ ካብ ዝኾኑስ፡ ንሕናዶ ግዳ ዝዓዝዝ ኣየሎናን? ንሕና ግና ንወንጌል ክርስቶስ መዕገቲ ምእንቲ ከይንገብርሲ፡ ንኹሉ ንዕገስ እምበር፡ እዚ መሰል እዚ ኣይወሰድናዮን፡ እቶም ቅዱስ ኣገልግሎት ዘገልግሉ ካብቲ ናይ ቤት መቕደስ ከም ዝምገቡ፡ እቶም ኣብ መሰውኢ ዘገልግሉውን ምስቲ መሰውኢ ከም ዝካፈሉዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ከምኡ ድማ ጐይታ ነቶም ወንጌል ዝሰብኩ ብወንጌል ክምገቡ ሰሪዑሎም ኣሎ። ኣነ ግና ካብ ከምዚ ዘመሰለ ሓንቲ እኳ ኣይወሰድኩን፡ ከምኡ ምእንቲ ክኮነለይ ኢለውን ኣይኮንኩን እዚ ዝጸሓፍኩ። ነቲ ትምክሕተይ ሓደ ከንቱ ካብ ዝገብሮስ ምሟት ምሓሸኒ ነይሩ። ኣነ ወንጌል እንተ ሰበኽኩ፡ ብግዲ በጺሑኒ እዩ እሞ፡ ዝምክሓሉ የብለይን። ወንጌል እንተ

ዘይሰበክኩ ግና ወይለይ። እዚ ፈትየ እንተ ገበርክዎ፡ ዓስቢ ኣሎ ኒ። ከይፈተኩ እንተ ገበርክዎ ግና፡ እዚ መጋቢነት እዚ ብዝኮ ነ ይኩን ሕድሪ ተዋሂቡኒ እዩ። እምበኣርሲ ዓስበይ ደኣ እንታይ እዩ? <u>ወንጌል እናሰበክኩስ፡ እቲ ብወንጌል ዘሎኒ መሰል ከ ይወሰድኩ፡ ወንጌል ብከምኡ እንተ ነገርኩ እዩ።</u>"

***<u>2ቈረ፡11፡7-15</u>*** ፡- "ወይስ ንስካትኩም ምእንቲ ልዕል ክትብሉ ኢለ ርእሰይ ኣትሒተ ወንጌል ኣምላኽ ብከምኡ እንተ ሰበኽኩልኩ ም ዶ ሓጢኣት ገይረ እየ? ንዓካትኩም ምእንቲ ከ ገልግል ኢለ እየ፡ ካባታተን ዓስቢ እናተቐበልኩ፡ ነተን ካልኣት ማሕበራት ዝበዝበዝክወን። ምሳካትኩም ከሎኹ ከኣ ምስ ሰኣንኩ፡ ካብ መቄዶንያ ዝመጹ ኣሕዋት መሊኦምለይ እሞ፡ ኣብ ሓደ እኳ ኣ የክበድኩን። ብዅሉ ድማ ርእሰይ ከየክብደልኩም እጥንቀቕ ኣሎኹ ክጥንቀቐውን እየ። <u>ከምቲ ናይ ክርስቶስ ሓቂ ኣባይ ዘሎ፡</u> እዚ ትምክሕቲ እዚ ኣብ ሃገር ኣካይያ ዘሕድግኒ የልቦን። ስለምን ታይ? ኣነ ስለ ዘየፍቅረኩም ድዩ? ኣምላኽ ይፈልጥ። ግናከ በቲ ዚምክሑሉ ከማና ኰይኖም ምእንቲ ክርከቡ፡ ነቶም ምክንያት ዚደልዩ ምክንያት ምእንቲ ክከልኦም ኢለ፡ እቲ ዝገብሮ ክገብሮ እየ። ከምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ከኣ ሃዋርያት ሓሶት፡ ዚጥብሩ ዓየ ይቲ፡ ርእሶም ንሃዋርያት ክርስቶስ ዘምስሉ እዮም። ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል እዩ እሞ፡ እዚ ኣየገርምን እዩ። ስለዚ ከኣ እቶም <u>ኣገልገልቱ ንርእሶም ነገልገልቲ ጽድቂ እንተ ኣምሰሉ፡</u> ዓብዪ ነገር ኣይኰነን፡ መወዳእታኦም ግና ከም ግብሮም ኪኸውን እዩ።"

***<u>2ጴጥ፡2፡1-3</u>*** ፡- "ግናከ ነብያት ሓሶት ድማ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተንሲኦም ነበሩ፡ ከምኡ ከኣ ኣብ ማእከልኩም መምህራን ሓሶት ኪትንስኡ እዮም፡ ናብ ርእሶም ቅልጡፍ ጥፍኣት እናምጽኡ ድማ፡ ክሳዕ ነቲ እተሸየጦም ጐይታ እኳ ክክሕድዎ እዮም፡ ንሳቶም ናይ ጥፍኣት ምፍልላይ ኣስሊኾም ከእትዉ እዮም። ብዙሓት ድማ ብርክሰቶም ኪስዕብዎም እዮም፡ ብ ሰሮምውን እታ መገዲ ሓቂ ክትጽረፍ እያ። ብስስዐ ብዘረባ ጥበራ

ገይሮም፣ መናገዲ ክገብሩኩም እዮም፣ ፍርዶም ካብ ቀደም ኣይዓርፍን ጥፍኣቶምውን ኣይድቅስን እዩ።"

***2ጴጥ፣2፣13-19*** ፦ "ዓስቢ ዓመጻኦምውን ክቐበሉ እዮም። ነቲ ናይ ዕለት ሕንቃቕ ከም ጥዑም ንብረት ገይሮም ይርእይዎ። ርከሳትን ነውራማትን እዮም፣ ብምጥባሮም እናተቐለቡ ምሳካትኩም ኣብ መኣዲ ይበልዑ ኣለዉ። ዝሙት ዝመልኣ ካብ ሓጢኣት ከኣ ዘየቛርጻ ኣዒንቲ ኣለዋኦም፣ ነተን ዘይጸንዓ ነፍሳት ይሓብልወን፣ ስስዐ ዝለመደ ልቢ ኣለዎም፣ ደቂ መርገም እዮም። ነታ ቅንዕቲ መገዲ ሓዲጎም ተጋገዩ፣ መገዲ እቲ ዓስቢ ዓመጻ ዝፈተወ በልዓም ወዲ ቦሶር ሰዓቡ። ስለ ኣበሳኡ ግና መግናሕቲ ተቐበለ፣ በሃም ኣድጊ ጽዕነት ብድምጺ ሰብ ተዛረበት፣ ንጽላለ እቲ ነብዩ ከኣ ዓገተት። ንሳቶም ማይ ዘይብሉ ዔላታትን ህቦብላ ዝኽብኽቦ ግመን እዮም፣ ንኣታቶም ግብ ዝበለ ጸልማት ንዘለኣለም ተኣኪብሎም ኣሎ። ከንቱ ዝኾነ ዘረባ ትዕቢት እናተዛረቡ ብፍትወት ስጋን ብርኽሰትን ነቶም ካብቶም ብስሕተት ዚነብሩ ሕጂ ቁሩብ ዘምለጡ ይሓባብሉ፣ እተሳዕረ ሰብ ነቲ ዝሰዓሮስ ባርያኡ ይኾኖ እዩ እሞ፣ ንሳቶም ንርእሶም ባሮት ጥፍኣት ክነሶም፣ ሓራ ክትወጹ ኢኹም እናበሉ፣ የተስፍውዎም ኣለዉ።"

***ኤር፣5፣27,28*** ፦ "ከምታ በዕዋፍ ዝመልአት እንዳ ዑፍ፣ ከምኡ ድማ ቤቶም ብምጥባር ምሉእ እዩ። ስለዚ ዓበይትን ሃብታማትን ኮኑ። ስቡሓትን ዝባርቑን ኮኑ፣ ንእከዮም ወሰን የብሉን። ፍትሒ ንዘኽታም፣ ነገሩ ዘቕንዓሉ ፍትሒ፣ ኣየውጽኡሉን፣ ንድካውን መሰሉ ኣይብይኑሉን።"

***2ጢሞ፣3፣10-13*** ፦ "ንስካ ግና ንትምህርተይ፣ ንንብረተይ፣ ንፍቓደይ፣ ንእምነተይ፣ ንዓቕለይ፣ ንፍቕረይ፣ ንትዕግስተይ ኣጸቢቕካ ሰዓብካ። ኣብ ኣንጾክያን ኢቆንዩምን ልስጥራን ዝበጽሓኒ ስደተይ፣ መከራይ፣ ከምዚ ዝበለ ስደት ጾርኩ፣ ጐይታ ግና ካብ ኩሉ ኣድሓነኒ። ግናከ እቶም ብክርስቶስ ኢየሱስ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ክነብሩ ዝደልዩ ኩሎም ክስጎጉ እዮም። እቶም እኩያት ሰባትን ጠበርትን ግና እናኣስሓቱን እናስሓቱን ናብ ዝገደደ ክበጽሑ እዮም።"

ምዕራፍ 8

# ሕማምን መከራን

# 1. ሕማምን ምልክታቱን

ኣብዚ ትምህርቶም እዚ ሰብ ፈጺሙ ክሓምም ከም ዘይክእል እዮም ዝዛረቡ። ክሓምመሉ ዘይግባእ ምክንያት ድማ ክርስቶስ ንስጋዊ ሕማምና ኣብ መስቀል ጸይርዎስ ብስምብራቱ፣ ብቑስሉ ስለ ዝሓወና እዩ ይብሉ። ስለዚ ዋላ ናይ ሕማም ምልክታት እንተ ሓዙካ ነቲ ናይ ሕማም ምልክታት ህልውናኡ ክትክሕድን ምቕባሉ ክትኣብን ይምዕዱ። መድሃኒት ወይ ካልእ ድጋፍ እንተ ወሲድካ፣ እቲ ሕማም ኣብ ልዕሌካ ክገዝእ ብግብራዊ ስጉምቲ ትድግፍ ኣለካ ማለት እዩ ይብሉ። ዋላ እኳ እቶም ነዚ ክሕደት እዚ ብዓውታ ዝዛረቡ ሰባት ንርእሶም ብሕማም ይጥቅዑ እንተ ኰኑ ክሰብኩ ከለዉ ግን ሓሚሞም ከም ዘይፈልጡ ብምሕሳው ነቲ ጉባኤታት ከታልሉ ይፍትኑ። ካብቲ ዝብልዎ ዘሕዝን ብሂላት፣ እቲ ኣብዚ ዝጥቀስ ብዙሕ እኳ እንተ መሰለ፣ እዚ ግን ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ዝዓይነቱ ኣቀራርባ ከም ዝኮነ ከዘካክር እደሊ።

- *"ኣብ ገዛና ሕማም ክህሉ ኣይነፍቅድን ኢና" ኢሉ ፍረደሪክ ፕራይስ ክዛረብ ከሎ፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ ሰበይቱ ካንሰር ሓሚማ* radiotherapy + Chemotherapy *ትወስድ ኔራ።*[17,18]

  *ፍረደሪክ ፕራይስ* (Frederick K.C. Price,

- *"ኣብ 60 ዓመታት ዋላ ሓንቲ ጊዜ ሕማም ርእሲ ወይ ጉንፋዕ ዝሓመምኩላ መዓልቲ የላን።" እኳ እንተ በለ ሃገን ኣብ 1939,1942 1949 1973 ብርቱዕ ናይ ልቢ ሕማም ከም ዝሓመመ ኣብ ናይ ሆስፒታላት መዛግብትን፣ ኣብ ገለ ገለ ካልእ ጽሑፋት ባዕሉ ዝጸሓፎን ተረጋጊጹ ኣሎ።*[19,20]

  *ኬነት ሃገን* (Kenneth Hagin)

- *እቲ መሰረታዊ ሓቂ ናይ ክርስትና፣ እግዚኣብሄር ኣቦ ንሓጢኣትና ን ሕማምና፣ ንምረትና፣ ንጓሂና፣ ንድክነትና ኩሉ ኣብ ቀራንዮ ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ከም ዘንበሮ ምፍላጥ እዩ። ስለዚ እግዚኣብሄር ገለ ካብዚኣቶም ኣብ ልዕሌና እንተ ኣውሪዱ ፍትሒ ኣጕዲሉ ኣሎ ማለት እዩ። ንሕና በረከት ኣብርሃም ምእንቲ ክንረክብ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና መርገም ኮይኑ እዩ።*[111]

  *ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

# ሕማም

እዚ ናይ ስሕተት ወንጌል ካብ ዘተኩረሎም ኣርእስታት ሓደ ንሕማምን መከራን ዝምልከት እዩ። ንሓደ ኣማኒ ክሓምም ፈጺሙ ከም ዘይግብኦ፡ እንተ ተፈጺሙ ድማ ንሱ ንእምነቱ ምእማን ደኺሙ ብኣሉታዊ ቃላት ብገዛእ ኣፉ ሕማም ኣምጺኡ ኣሎ ወይ ድማ እግዚኣብሄር ኣብዚ ሰብዚ ማሕበራዊ ዘይፍትሒ ይፍጽም ኣሎ ዝብል ናብ ክልተ መኣዝኑ ዝሰሓተ ትምህርቲ ዝህበሉ ኣርእስቲ እዩ። እቲ ንሳቶም ዝብልዎ መወዳእታ ዘይብሉ ብሂላት ጸኒሕና በብሓደ ክንርእዮ እኳ እንተ ኮንና፡ ነዚ ኣርእስቲ ዝመረጹሉ ምክንያት ኣ ቐዲምና እንተረኣና ጽቡቕ እዩ።

ሕማም ንዝተፈጥረ ዘበለ ስጋ-ለበስ ፍጥረት ኩሉ ዝበጽሕ ማሕበራዊ ፍጻሜ እዩ። ብመሰረቱ ብምኽንያት ሓጢኣት ኣዳምን ሄዋንን ዝጀመረ ፍጻሜ እኳ እን ተ ኮነ፡ ሕጂ ግን ሓጢኣት ስለ ዝገበርካ ጥራይ ዝመጽእ ኣይኮነን። ዋላ ነቶም ሓጢኣት ዘይብሎም ቅዱሳን ከይተረፈ'ውን ዝምልከቶም ስለ ዝኮነ ሕማም ናይ ሓጢኣት ውጽኢት እዩ ክበሃል ኣይከኣልን እዩ። እግዚኣብሄር ከም ኣብ ኩሉ ነገር ኣብ ልዕሊ ሕማምውን ልኡላዊ ምልኪ ኣለዎ። ንሳቶም ግን ሰብን ሰይጣንን ጥራይ ኣብ ልዕሊ ሕማም ምልኪ ከም ዘለዎም እዮም ዝዛረቡ። ስለዚ መደምደምታ ናይ ሓሳቦም፡

1. ሰብ ኣብ ልዕሊኡ ክኽሰት ኣብ ዝኽእል ነገር ምሉእ ስልጣን ኣለዎ
2. ሰይጣን ደራሲ ናይ ሓጢኣትን ሕማምን እዩ።
3. እግዚኣብሔር ንሕና እንተ ዘይፈቐድናሉ ብፍቓዱ ጥራይ ኣብ ልዕሌና ክገብሮ ዝኽእል ነገር የብሉን።

ስለዚ ነዚ ክሕደት ዝመልእ መደምደምታ ክገብሩ ከለዉ ኣቐዲሞም ብዛዕባ ሕማምን መከራን ዝብልዎ ብዙሕ ብሂላት ኣሎ። ነቲ ብሂላቶምን ንዕኡ ዝኸውን መልስን በዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ንኡሳን ኣርእስትታት ተጠርኒፉ ቀሪቡ ኣሎ።

1. ሕማምን ምልክታቱን
2. ሰይጣንን ሕማምን
3. ሓጢኣትን ሕማምን
4. ሕማምን ልኡላውነት እግዚኣብሄርን

- ንስካትኩም ምስቲ ልዑል ኣምላኽ ኪዳን ኣለኩም። ሓደ ካብቲ ናይ ኪዳንኩም መሰላት፡ ጥዑይ ኣካል ናይ ምውናን መሰል እዩ። [112]

  ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

- ኣብ መንፈሳዊ ብስለት እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘሎካ ቦታ (Position) ምፍላጥ እዩ። ንስካ ውሉድ ኣምላኽን ንኢየሱስ መዋርስቱን ኢካ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ነቶም ኩሎም መሰላትን ሓለፋታትን ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ክትወስድ ተመዚዝካ ኢካ። ካብዞም መሰላት እዚኣቶም ሓደ ድማ ጥዕናን ፈውስን (Health and Healing) እዩ። ብዘይ ዝኾነ ይኹን ምውልዋል፡ እግዚኣብሄር ጥዑይ ክትከውን ከም ዝደሊ እንተ ዘይኣሚንካ፡ ንፈውሲ ምሉእ ብምሉእ ከተስተውዕሎ ፈጺምካ ኣይከኣልን እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ምቕባልን ዘይምቕባልን፡ ነዚ ሓቂ እዚ ዕላማ ገርካ ምጉዓዝን ንስካ ክትወስዶ ዝግብኣካ ውሳኔ እዩ።[113]

  ኬነት ኮፕላንድ (Kenneth Copeland)

- መጽሓፍ ቅዱስ ስራሕ ኣምላኽ ቅድሚ 2000 ዓ.ም ከም ዝተፈጸመ ይነግር። እግዚኣብሄር ሕጂ ኣይኮነን ዘሕውየኩም፡ ቅድሚ 2000 ዓመት እዩ ኣሕውዩኩም፡ ሎሚ ክትገብርዎ ዘድልየኩም ንፈውስኩም ብእምነት ምቕባል ጥራይ እዩ።[114]

  ቤኒ ሂን (Benny Hinn)

- ሙሴ 120 ዓመታት ዓይኑ ኮነ ጉልበቱ ከይደከመ ጸኒሑ፡ ንሕና'ውን ከምኡ ክንከውን የድሊ። ሕማም ንኣካትኩም ኣይግባእን እዩ። ኣብ ስጋ (ኣካላት) ክርስቶስ ዝኾነ ይኹን ግደ የብሉን። ሕማም ንዋላ ሓደ ካባና ኣይግብኦን እዩ። ቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ እንተ ሃልዩ መለኮታዊ ጥዕናን መለኮታዊ ፈውስን ኣብ ህይወትካ ከም ዝሀሉ መጽሓፍ ቅዱስ የረጋግጽ እዩ። ንቅዱስ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ሕማም ዝበሃል የለን። ሙሴ ከምዚ ዝበለ ጥዕና ዝመልኦ ህይወት እንተ ኣሕሊፉ ንስካውን ከተሕልፍ ትኽእል ኢካ።[115]

  ቤኒ ሂን (Benny Hinn)

- *"እግዚኣብሄር ካብ ኩሉ ሕማም፣ ዝኾነ ይኩን ዓይነት ሕማም ክፍውሰና መብጽዓ ኣትዩ እዩ። እዚ ማለት ድማ ሕማም ርእሲ፣ ናይ ሶርኖ (Sinus)፣ ቃንዛ ስኒ ከይተረፈ ማለት እዩ። ኣብ መገድካ ዝኾነ ይኩን ሕማም ከንንፈካ የብሉን።[116] እግዚኣብሄር ኣቦ ነታ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን ዘለዎ ዝለዓለ ባህጊ፣ ንሕና ምሉእን ፍጹምን ጥዕና ንክህልወና እዩ።[117]*

  *ቤኒ ሂን* (Benny Hinn)

- *መለኮታዊ ጥዕና ድሮ ኣብ ኢድና ዘሎ እንውንኖ ነገር እዩ። ገለ ናይ ሕማም ምልክታት እንተ መጺኦም፣ እቲ ሰራቒ ነቲ ድሮ ናትና ዝኾነ ጥዕና ንምስራቕ ይፍትን ከም ዘሎ ካብ ምግላጽ ሓሊፉ ካልእ ዝህቦ መልእክቲ የብሉን። ብካልእ ኣዘራርባ መለኮታዊ ጥዕና፣ ሕጂ ካብ እግዚኣብሄር ክንረክቦ ኢልና እንፍትኖ ነገር ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ሰይጣን ካባና ክወስዶ ኢሉ ዝፍትኖ ዘሎ ነገር እዩ።[118]*

  *ጀሪ ሳቨለ* (Jerry Savelle)

- *ሰይጣን ገለ ገለ ናይ ሕማም ምልክታት ኣብ ኣካላተይ ከቐምጥ ምስ ዝፍትን፣ ንዘይምቕባሉ ፈጺሙ እየ ዝነጽጎ። ቅድሚ ሒደት መዓልታት ናይ ጉንፋዕ ምልክታት ኣባይ ከንብር ፈተነ። ዓይነይን ኣፍንጫይን ዘርባዕባዕ ክብል ጀመረ። ከህንጥሰንን ክቐራጥመንን ጀመረ። ካብ 1969 ጀሚሩ ክሳዕ ሕጂ ጉንፋዕ ሓሚመ ኣይፈልጥን እየ፣ ሕጂ'ውን ክህልወኒ ኣይኮነን። ኣነ ካብ ጉንፋዕ ድሒነ እየ። ብኡንብኡ ብስምብራት ናይ ኢየሱስ ከም ዝሓወኩ ክእመን ጀመርኩ። ንሰይጣን ገሲጸ፣ ነቲ ናይ ሓሶት ምልክታቱ ድማ ነጻግክዎ፣ ዘይነበረኒ ነገር ከምጽእ ኣይኮንኩን ፈቲነ፣ ነቲ ድሮ ዝነበረኒ ነገር ክዕቅብ እየ ፈቲነ። ኣነ ዝተፈወስኩ ሰብ እየ።[119]*

  *ጀሪ ሳቨለ* (Jerry Savelle)

- *እዚ ሕማም ክቐትለኒ'ዩ ኢለ ብምሕሳብ ሰይጣን ከፈራርሃኒ ደለየ። ጽቡቕ! ነቲ ቃንዛ ይምጻእ ሓዲገዮ። ሰበይተይ ክትነግረኩም ትኽእል እያ፣ ኣብቲ ምድሪ-ቤት ናይ ዘለኒ እናእወኩ የንገርግር ነበርኩ። እቲ ቃንዛ ብርቱዕ ካብ ምንባሩ ዝተላዕለ ብእግረይ ደው ክብል ኣይከኣልኩ*

*-ን። ክሳዕ ክንድዚ'የ ኣብ ትሕቲ መጥቃዕቲ ኣትየ። ንእኡ ኢደይ ከ ይህብ ግን ነጺገዮ* (Refuse) *እምነተይ ንዓይ ክትሰርሓለይ ደልየ። ንዓ ካትኩም ክጽውዕ'ሞ ክትጽልዩለይ ኣይደለኩን።*[120]

*ፍደሪክ ፕራይስ* (Fredrick K.C. Price)

❖ *ንበል፡ ሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ናብ ክሽነካ ኣትዩ ንፍሪጅካ ኣብ ዓረብያ ጽዒኑ፡ ካብ ገዛካ ከውጽኣ ጀመረ። እንታይ ምገበርካ? ርግጸ እየ ደው መበልካዮ። ዝኾነ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ፡ ማዕጸኡ ንሰራቒ ከፊቱ ፍሪጅ እናተወሰደት ከላ ደው ኢሉ ዝርኢ የለን። ኣብ ቅድሚ'ቲ ሰራቒ ደው ኢሉ "ንፍሪጀይ ናበይ ትወስዳ ኣለካ፡ ኢድካ ካብ ንብረተይ ኣልዕ ልሞ ካብዚ ገዛ ውጻእ፡" ይብሎ። ካልእ ፍሪጅ ከምጽእ ኣይኮነን ዝፍትን፡ እታ ዘላቶ ፍሪጅ ክዕቅብ'ዩ ዝፍትን። ኣብ ፈውሲ ድማ ከ ምኡ እዩ። ኣነ ተፈዊሰ እየ። ምልክታት ሕማም ምስ መጹ፡ ኣብ ቅድሚ ሰይጣን ደው ኢለ፡ "ኣቐምጦ ኣብቲ ዘለዎ፡ ዓሻ!" ኢለ ን ሰይጣን እዛረቦ።*[121]

*ጀሪ ሳቨለ* (Jerry Savelle)

❖ *"ሰብነተይ ንዝብሎ ነገራት እነጽጎ፡ በቲ ዝርእዮን ዝሰመዓንን ነገር ምምራሕ እነጽጎ፡ ኣነ ነቲ ኣካላተይ ዝዛረቦ ዘሎ ዘይኮነስ ንቓል እግዚኣ ብሄር ዝዛረቦ እየ ዝመርጽ። ክሞቱ ናብ ዝቐረቡ ሰባት ከይደ፡ "እግዚኣ ብሄር ይባርኽካ ኣይትመውትን ኢካ" ምስ በልኩዎም ኣይሞቱን፡ ናብኡ ምካደይ ድማ የሐጉሰኒ። ብከምዚ ቆይመ ዘይሓለፈ ወይ ዘይተሳዕረ ነገር ኣይነበረን፡ ነዚ ድማ እምነተይ እዩ ረዲኡኒ።*[122]

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

❖ *ሓቀ ን ናይ ልብን እምነት ኣብ እግዚኣብሄር እንተ ሃልዩካ፡ ዝደለዩ ኣ ካላዊ መርትዖታት* (Physical evidences) *ይሃልው ኣብ ቃል እግዚኣ ብሄር ኢካ እትኣምን። ፈውሲ ዝደሊ ሰብ ኣብ ምልክታት ሕማሙ ዘይኮነስ ኣብ ቃል እግዚኣብሄር'ዩ ዝጥምት። "ኣነ ከም ዝተፈወስኩ እፈልጥ እየ፡ ምክንያቱ ቃሉ ብስምብራቱ (ብቁስሉ) ሓዊኩም እዩ ዝብል።" ክትብል ይግብኣካ።*[123]

*ኬነት ሃገን* (Kenneth E. Hagin)

- *"ኣብ ሓደ ጉባኤ እናኣገልገልኩ ከለኹ፣ ኣብ ከባቢ ልበይ ብርቱዕ ውግአት ክስመዓኒ ጀመረ፣ ልበይ ተደራቢሻ ጠጠው ትብል ኮይኑ ተሰማዓኒ፣ ትንፋስ ይሓጽረኒ ከም ዝነበረ ተረዳኣኒ።[21.15] ብድሕሪኡ ሰይጣን መጺኡ "ዘይጽለየልካ" ኢሉኒ። ንምንታይ ኣንታ ክፉእ ድያብሎስ፣ እንታይ ድዩ ወሪዱካ? ንምንታይ እዩ'ሞ ንዓይ ዝጽለየለይ? ብእግዚኣብሄር ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት ተፈዊሰ እየ። ሕጂ'ውን ፍውስ እየ። ብድንገት፣ ዘየለው ምልክታት ከም ዘለው ኣምሲሉ (Camouflage) ከም ዝሓመምኩ ከእምነኒ ጽዒሩ። እቲ ክገብሮ ዝፈተነ ኩሉ እንተልዩ፣ ኣብ ህልውና ናይቲ ምልክታት ክኣምን እሞ፣ ብናይ ስምዒት ህዋሳተይ ክምራሕ ጥራሕ እዩ። ይኩን ደኣ እምበር፣ ኣብ መትከለይ ደው ኢለ፣ ጐይታ ከም ዝፈወሰኒ ኣብ ምእማን ቀጸልኩ። ካልእ ዝኮነ ነገር ኣይቅበልን ኢለ፣ ኣብ ኣእምሮይ ዝኮነት ትኩን ናይ ጥርጥር ሓሳባት ኣየእተኩን፣ እቲ ምልክታት ከኣ ገዲፉኒ።[125]*

  **ኬነት ሃገን** (Kenneth E. Hagin)

- *ሓደ ሰብ ዝሓስቦ ሓሳብ ኣብ ክውንነት ዓብይ ለውጢ እዩ ዘምጽእ። ስለዚ ከኣ እዮም ብዙሓት ሰባት ዝሓምሙ ኢለ እኣምን። ዘይፍወሱሉ ምክንያት ጌጋ ኣተሓሳስባ ስለ ዝሓሰቡ እዩ። ሱቕ ኢሎም ጌጋ ኣብ ምሕሳብን፣ ጌጋ ኣብ ምእማንን፣ ጌጋ ኣብ ምዝራብን ይቕጽሉ። ንሓደ ኣማኒ ጥዑይ ዝገብሮ፣ ቅኑዕ ምሕሳብን፣ ቅኑዕ ምእማንን፣ ቅኑዕ ምዝራብን (ምእማንን፣ Confession) እዩ።[126]*

  **ኬነት ሃገን** (Kenneth E. Hagin)

- *"ኣብዚ ከተማ ጉንፋዕ ክትኣቱ ከላ፣ ኩሉ ጊዜ ትሕዘኒ እያ እንተ ኢልካ፣ ንመላእኽቲ ኣምላክ ዘይኮነስ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን ኢካ ፍቓድ (Licencing) ትህብ ዘለካ። ብድሕሪኡ ተግባርካ ድማ ነቲ ዝተዛረብካዮ ዘረባ ስለ ዝድግፎ፣ ሰይጣን ኣብ ጉዳይካ ቀጻሊ ምትእትታው ዝረክበሉ ዕድል ትህቦ ማለት እዩ። እቲ ናይ ጉንፋዕ ወቕቲ ምስ መጸ፣ ናብ ፋርማቻ ኬድካ 9 ባኮ ክኒና ዓዲግካ ትመጽእ። ብድሕሪኡ ተግባርካ ነቲ ቃላትካ ድጋፍ ይህቦ እሞ ትሓምም።[127]*

  **ኬነት ኮፕላንድ** (Kenneth Copeland)

- *ንክትጐዓዝ ዝረድኣካ ምርኩስ ዘድልየካ እንተ ኮይኑ፥ ንኣምላኽ ኣመስግን፥ እምነትካ ብዘይ ምርኩስ ንምካድ ክሳዕ እተክእለካ ብእኡ ሰለይበል። እምነትካ ኣብ መብጽዓታት ኣምላኽ ተመርኲሳ ደው ኣብ ምባልምስ በጽሐት ሽዑ መድሃኒት (ምርኩስ) ኣይትደልን ኢካ። ስለዚ ክኣእየ ኣነ መድሃኒት ዘይወስድ።*[128]

*ፍረደሪክ ፕራይስ* (*Frederick K.C.Price*)

- *ዋላ ሓደ ካባና ንክይሓምም ናይቲ ኣቦና ዝኾነ እግዚኣብሄር መደብምኺኑ እኣምን። ኣረጋጊጸ እየ ዝዛረብ ዘለኹ፥ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብካንሰርን ብካልእ ሕማማትን ክሳቐን ክቕንዞን ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣቦይ ኣይኮነን። ኣይኮነን! ክንፍወስ ክንጥዒ ፍቓድ እግዚኣብሄር እዩ።*[129]

*ኬነት ሃገን* (*Kenneth Hagin*)

- *መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኤፌ፥5፥22,23 ክርስቶስ ምድሓን ስግኡ ክም ዝኾነ ጽሒፉ ኣሎ። ክርስቶስ ምድሓን ስግኡ እንተ ኮይኑ፥ ንስኻትኩም ስግኡ ስለ ዝኾንኩም፥ ሲጋኩም ምሉእ ክኸውን ኣለዎ። ንስካ መድሓኒ ናይ ሰጋይ ኢካ፥ ንስካ መድሓኒ ናይ ነፍሰይ ኢካ፥ በሉ።*[130]

*ቤኒ ሂን* (*Benny Hinn*)

- *ነዚ ትምህርቲ እዚ ዘይቅበሉ ሰባት፥ በቲ ካብ መዓሙቕ ሲኦል ዝወጸ ሓሶት ዝወደቑ እዮም። ኢየሱስ ስሌካ ድሕሪ ምሕማሙ፥ ሕማም ኣብ ልዕሌካ እንተ ወሪዱ፥ ፍትሒ ተጋሂሱ ክበሃል ይኽእል። ዝኾነ ኣሚኒ ፈውሲ ኣብ ምርካብ ጸገም እንተ ኣጋጢምዎ፥ ብዋሕዲ* (*Ignorance*) *ቃል እግዚኣብሄር ይሳቐ ኣሎ ማለት እዩ።*[130]

*ኬነት ኮፕላንድ* (*Kenneth Copland*)

ቃል እግዚኣብሄር ከም ዝነግረና ሕማምን መከራን ዝወረዶ ሰብ ኣብ ህይወቱ ክልተ ነገራት ክክሰት ይኽእል። እቲ ቀዳማይ ክስተት፥ ብምኽንያት እቲ ሕማም ብዝያዳ ገጽ ኣምላኽ ክደሊ፥ ኣብኡ ክውከል፥ ናብ ንስሓ ክድረኽ ይኽእል። እቲ ካልኣይ ድማ ካብ ኣምላኽ ምርሓቕ፥ ንምሕረት ካብ ኣምላኽ ወጻኢ ብዝኾነ መንገዲ ምድላይ፥ ንኣምላኽ ምኽሓድ ክኸውን ይኽእል። ነዚ ሓቂ እዚ ኣብቲ እዮብን ሰበይቱን ዝገበርዎ ምጉት ጎሊሑ ተራእዩ እዩ።

***እዮ፡2፡9*** ፦ "ሽዑ ኢታ ሰበይቱ፡ ገና ዶ ፍጹም ኴንካስ ጸኒዕካ ትነብር ኣሎካ? ንኣምላኽ ግዳ ክሓዶ እሞ ሙት በለቶ።"

***እዮ፡13፡15*** ፦ "ሓንትስ ኣካይዳይ ኣብ ቅድሚኡ እቕንዕ እምበር፡ ንሱ ይቕተለኒ፡ ኣነስ ካልእ ትጽቢት የብለይን።"

ዋላኳ ሰበይቱ ብምኽንያት ሕማሙን መከራኡን ንኣምላኹ ክኽሕድ እንተ ተኾተኮቶ ናቱ መርገጺ ግን ኣዝዩ ዘገርም እዩ ዝነበረ። እዞም ደቂ ስሕተት እምበኣር ካብዚ ብኣምላኽ ዝተመስከረሉ ናይ እዮብ ኣካይዳ ወጺእና ምስ ሓመምና እግዚኣብሔር ፍትሒ ኣጕዲሉልና ኢልና ክንበኣስን ክንከሓሓድን ዘጻወዱልና ዘለዉ ውዲት እዩ።

እዚ ትምህርቲ እዚ ንምምሃር ዝጥቀሙሉ ጥቕስታት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

***ኤፌ፡5፡22,23*** ፦ "ከምቲ ክርስቶስ ርእሲ ማሕበሩ ዝኾነ፡ ንሱ <u>ምድሓን ስጋኡ</u> ከኣ እዩ፡ ሰብኣይ ከኣ ርእሲ ሰበይቱ እዩ እሞ፡ ኣ ትን ኣንስቲ፡ ከም ንጐይታ ጌርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዛእም።"

***ኢሳ፡53፡5*** ፦ "ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን <u>ብስምብራቱ ሓዊና</u>።"

***ገላ፡3፡14*** ፦ "ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብኢየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ክኸውንሲ፡ ኣብ ዕንጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጻሒፉ ኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ <u>ምእንታና መርገም ኮይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና</u>።"

ብመሰረቱ እቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝሞቶ ሞት፡ ካብቲ መንፈሳዊ ሕማም፡ ካብ ሓጢኣት ደኣ እምበር ካብ ተራ ስጋዊ ሕማም ምእንቲ ክድሕነና ኣይኮነን። ከምቲ ብዛዕባ ስሑት ትምህርቲ መስቀል ክንገልጽ

ከሎና ዝገለጽናዮ፥ ንሞት ክርስቶስ ዝኣክል ዓብይ ምስጢር፥ እቲ ቐንድን መ ሰረታውን ዕላምኡ ናይ ስጋ ሓጢኣት ንከይንሓምም ጌርካ ምግላጹ ዓብይ ጸርፊ እዩ። ዋላኳ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ይመላለሰሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ንብዙሓት ሕሙማት ይፍውስ እንተ ነበረ፥ ከም መሰረታዊ ተልእኮኡ ጌሩ ሰሪሑሉ ግን ኣ ይፈልጥን እዩ። ንሱ ዘማዕድዎ ዝነበረ ነቲ ንሕልናን ንነፍስን መንፈስን ዘንጽህ ናይ መስቀል ፈውሲ እዩ።

እዚ ንሳቶም ዝጠቕስዎ ናይ ኢሳይያስ ትንቢት መሰረታዊ ትርጉሙ እንታይ ምኳኑ ሃዋርያ ጴጥሮስ ከምዚ ክብል ገሊጽዎ እዩ፥

> ***1ጴጥ፥2፥24-25*** ፡- "*ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ክን ነብር፥* ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕንጨይቲ ጾሮ፥ ብቑስሉ ኢኹም ዝሓዊኹም፥ ከም እተባረራ ኣባጊዕ ኔርኩም ኢኹም እሞ፥ ሕጂ ግና ናብቲ ጓሳኹምን ሓላው ነፍሳትኩምን ተመሊስኩም ኣሎኹም።"

ኣብዚ ጥቕሲ'ዚ ክርስቶስ ምእንታና ኣብ መስቀል ቁስልን ስምብራትን ዝተቐበለ ነዘን ዝስዕባ ክልተ ዕላማታት ክብል እዩ፥

1. **ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ክንነብርን**

2. **ከም ዝተባረራ ኣባጊዕ ኳንና ጸኒሕና ናብቲ ጓሳናን ሓላዊ ነፍሳትናን ምእንቲ ክንምለስን እዩ።**

ክርስቶስ ብስጋ ፈጺምና ምእንቲ ከይንሓምም ኣይኮነን ዝቖሰለን ዝሰምበረን። እዚ ክበሃል ከሎ ግን ክርስቶስ ንምሕዋይ ስጋና ሽለል ይብል ነይሩ ንምባል ኣይኮነን። ወንጌላዊ ማቴዎስ ነዚ ትንቢት ናይ ኢሳይያስ ምስቲ ናይ ጎይታ ናይ ፈዉሲ ኣገልግሎት ኣተሓሒዙ ጠቒስዎ ኣሎ።

> ***ማቴ፥8፥16,17*** ፡- "ምሸት ምስ ኰነ፥ ኣጋንንቲ ዝሓደርዎም ብዙሓት ናብኡ ኣምጽኡ። እቲ ብነብዩ ኢሳይያስ፥ ንሱ ድካምና ወሰደ፥ ሕማምናውን ጾረ፥ እተባህለ ምእንቲ ክፍጸም፥ ብቓሉ መናፍስቲ ኣውጽኤ፥ ሕማም ንዘለዎም ኩሎም ድማ ኣሕወዮም።"

እቲ ክበሃል ተደልዩ ዘሎ፡ ክርስቶስ ምእንቲ ከይንሓምም ኣይተሰወአን። ግን ኣብቲ ንነፍስና ምድሓን ንምሃብ ዝነበሮ ተልእኮ እግረ መንገዱን ከም ካልኣዉን ዕላማ ንብዙሓት ብፈውሲ ናይ ስጋ እናኣገልገለ ይኸይድ ከም ዝነበረ ርጉጽ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ከምዚ እዞም ሰባት ዝብልዎ ዘለዉ ብስጋ ምእንቲ ከይንሓምም ኢሉ ተሰዊኡ እንተ ዝነብር፡ ካብ ጳውሎስ ጀሚርካ እዞም ኩሎም ብሕማምን መከራን ዝጽገሙ ዝነበሩ ኣመንቲ ሞት ክርስቶስ ኣይ ሰርሓሎምን ንብል ኣለና ማለት እዩ።

እቲ ኣብ ገላ፡3፡13,14 ዝርከብ "ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና" ዝብል ቃል፡ ሕማም እቲ ቀንዲ ናይ መርገም ሕጊ ከም ዝኾነ ኣምሲሎም ንምግላጽ ዝጥቀሙሉ ጥቕሲ እዩ። እንተ ኮነ ሃዋርያ ጳውሎስ ልዕል ኢሉ ከምዚ ብምባል ኣብሪህዎ እዩ።

> ***<u>ገላ፡3፡10-14</u>*** ፦ "ነፍሲ ወከፍ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ተጻሒፉ ዘሎ ኩሉ ኪገብሮ ዘይጸንዕ ርጉም ይኩን፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ እሞ፡ <u>እቶም ካብ ግብሪ ሕጊ ዘበሉ ኩሎም ኣብ ትሕቲ መርገም እዮም።</u> ግናኸ እቲ ጻድቕ ብእምነት ህያው ኮይኑ ክነብር እዩ እሞ፡ ብሕጊ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ እኳ ከም ዘይጸድቕ ግሁድ እዩ። ሕጊ ካብ እምነት ኣይኮነን፡ ግናኸ እቲ ዝገብሮ ብህይወት ክነብር እዩ። ንሕና <u>ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብኢየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ክኸውን ሲ፡</u> ኣብ ዕጸይቲ ዝስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጽሒፉ ኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና።"

እዚ ጥቕሲ እዚ ብዛዕባ እቶም ንጽድቅስ ብግብሪ ሕጊ ክረኽብዎ ዝደልዩ ኣብ ትሕቲ መርገም ምዃኖም እዩ ዝገልጽ ዘሎ እምበር ምስዚ ምሕማምን ምሕዋይን ዝተተሓሓዘ ዝኾነ ይኩን ትሕዝቶ የብሉን። ዝሓምም ኩሉ ካብቲ ናይ መርገም ሕጊ ነጻ ስለ ዘይወጸ ኣይኮነን። ካብ መርገም ሕጊ ናይ ሓጢኣት ነጻ ንዝወጹ፡ ካብ ኩነኔ ንዝደሓኑ ኩሎም ቅዱሳን፡ እግዚኣብሄር "ካብ ሕማም ስጋ ነጻ ኢኩም" ዝብል ዉሕስነት ኣይሃቦምን፡ ክርስቶስ ካብ ኣካላዊ ዘይኮነስ ካብ ስነ ምግባራዊ መርገም እዩ ኣድሒኑና።

ክርስቶስ ንምድሓን ስጋና ክብል ከም ዝተሰዉአ ንከእምኑ ንኤፌ፡5፡23 ክጠማዝዝዎ ይፍትኑ እዮም። እቲ ኣብዚ ጥቕሲ እዚ “ክርስቶስ ምድሓን ስግኡ ከኣ እዩ” ዝብል ቃል ትርጉሙ ኣዝዩ ንጹር ክነሱ ዘይማኣዝኑ ኣትሒዞምዎ ኣ ለዉ። ምድሓን ስግኡ ማለት ምድሓን ስጋ ክርስቶስ ማለት እዩ። ስጋ ክርስቶስ ተባሂላ ዘላ ድማ ንቤተ ክርስትያን (ንማሕበሩ) ደኣ እምበር ነዚ ናይ ማንም ስ ጋ ኣይኮነን።

ምድሓን ስግኡ ዘይኮነስ ምድሓን ስጋና ብሕጂ እንናፍቖ ድሕሪ ትንሳኤ ዝምለስ ሕቶ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ በዚ ዝስዕብ ዘየዳግም ሓቕታት ጌሩ ገሊጽዎ እዩ።

***ሮሜ፡8፡21-23*** ፡- “እቲ ፍጥረት ንርእሱ ድማ ካብ ባርነት ጥፍኣት ናብ ሓርነት ክብሪ ደቂ ኣምላክ ሓራ ክወጽእ እዩ። ብዘሎ እቲ ፍጥረት ክሳዕ ሕጂ ምሳና ኮይኑ ከም ዜስቆርቁርን ቅልውላው ከም ዝሓዘን፡ ንፈልጥ ኣሎና እሞ፡ ንሱ ጥራይ ከኣ ኣይኮነን፡ ንሕና ብኩርነት መንፈስ ዘሎናውን፡ መሰል ውልድነትና፡ ማለት ምድሓን ስጋና፡ እናተጸቤና ብውሽጥና ነስቈርቊር ኣሎና።”

***1ቈረ፡15፡42-44*** ፡- “ትንሳኤ ምዉታትውን ከምኡ እዩ፡ ብዝሓልፍ ይዝራእ፡ ብዘይሓልፍ ከኣ ይትንስእ። ብውርደት ይዝራእ፡ ብኽብሪ ይትንስእ። ብድካም ይዝራእ፡ ብሓይሊ ይትንስእ። ነፍሳዊ ስጋ ይዝራእ፡ መንፈሳዊ ስጋ ይትንስእ። ነፍሳዊ ስጋ ካብ ዝህሉ፡ መን ፈሳዊ ስጋውን ኣሎ።”

**1ቈረ፡15፡54** ፡- “እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ምስ ለበሰ፡ እዚ መዋቲውን ዘይመውት ምስ ለበሰ፡ ሽዑ እቲ ጽሑፍ፡ ሞት ብዓወት ተዋሕጠ፡ ዝበሎ ቃል ክፍጸም እዩ።”

## ቅዱሳን ሰባት ይሓምሙ ነይሮም እዮም

እቲ ምሕማሞም ድማ ብፍቓድ ኣምላክ እምበር ኣሉታዊ ቃል ስለ

ዝተዛረቡ ወይ'ውን ሰይጣን ኣብ ልዕሊኦም ክፍጸም ስለ ዝደለየ ጥራሕ ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ኣብ ዝፈቐደሉ እዋን ግን እንተ ደለየ ብገዛእ ኢዱ፡ እንተ ደለየ'ውን ብኢድ ዝኮነ ካልእ ኣካል ዋላ ሰይጣን'ውን እንተ ኮነ ክፍጽሞ ይክእል እዩ። ነዚ ሓቒ እዚ ናይ እዮብ ታሪክ ንጹር መርትየ እዩ ዝኮነና (እዮ፡1፡6-12፣ እዮ፡2፡1-7)።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ብዙሓት ምርኡያት ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ምስ ሕማሞም ኮይኖም የገልግሉ ከም ዝነበሩ ነንብብ ኢና። ሃዋርያ ጳዉሎስ ን ብዙሓት ሰባት ብዘደንኽ ሓይሊ ኣምላክ ፈዊሱ ከብቅዕ፡ ንርእሱ ግን ብናይ ስ ግኡ ግራጭ (ሕማም) ይሳቐ ከም ዝነበረ፡ ዋላኳ እዚ ግራጭ እዚ ክለዓለሉ ብዙሕ ግዜ እንተ ጸለየ እቲ ሕማም (ግራጭ) ኣብኡ ክጸንሕ ፍቓድ ኣምላክ ከ ም ዝኮነ መልሲ ረኪቡስ፡ በቲ ፍቓድ ኣምላክ ዓጊቡ፡ በቲ ዝነበሮ ድካም (ሕማም) ሕጉስ ምንባሩ ባዕሉ ገሊጹ እዩ። ነቲ ብመንፈስ ወዱ ጢሞቴዎስ ሕማም ይመላለሶ ከም ዝነበረ እናፈለጠ፡ ንብዙሓት ብጽላሎቱን ብመኣረምያኡን ከም ዘየሕወየ ንዕኡ ግን መድሃኒት ክወስድ እዩ ምዒድዎ። ንምንታይ ጸልዩ ብስም ጐይታ ዘየሕወዮ፡ ነዞም ሰባት እዚኣቶምከ ጐይታ ካብቲ መርገም ሕጊ ኣይተሻየጠምን ነይሩ፡ ወይ'ዉን ጐይታ ብቑስሉን ስምብራቱን ከሕውዮም ኣይከኣለን ማለት ድዩ? እዚ ጽውጽዋያት ናይዞም መስሓትቲ ኣብ ቅድሚ እዚ ከም ሓዊ ዝበርህ ሓቒ እዚ ፈጺሙ ደዉ ክብል ኣይከእልን እዩ።

***2ቈረ፡12፡7-10፡-*** “ብምኽንያት እቲ ኣዝዩ ብሉጽ ራእይ እምብዛ ምእንቲ ከይዕበ ክኣ፡ <u>ኣብ ስጋይ ግራጭ ተዋህበኒ፡</u> እምብዛ ምእንቲ ከይዕበ፡ መልኣክ ሰይጣን ከሳሕየኒ ተዋህበኒ። እዚ ካባይ ኪርሕቕ፡ ብዛዕብኡ ንጐይታ ሰለስተ ሳዕ ለመንክዎ። ንሱ ክኣ፡ ሓይለይ ብድካም እዩ ዝፍጸም እሞ፡ ጸጋይ ይኣክለካ፡ በለኒ። ስለዚ ሓይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ኪሓድር፡ ብብዙሕ ታሕጓስ ብድካመይ ክምካሕ እየ። እምበኣርከ ምስ ዝደክም፡ ሽዑ እየ ዝብርትዕ እሞ፡ ምእንቲ ክርስቶስ ኢለ ብድካም፡ ብጸርፊ፡ ብሓሳር፡ ብምስጓጕ፡ ብጸበባ እሕጉስ እየ።”

***1ጢሞ፡5፡23*** ፡- “ደጊም ስለ ከብድካን <u>ስለቲ ዚመላለሰካ ዘሎ ሕማምንሲ፡</u> ሒደት ወይኒ ደኣ እምበር፡ ማይ ጥራይ ኣይትስተ።”

***2ጢሞ፧4፧20*** ፦ “ኤራስጦስ ኣብ ቈረንቶስ ተሪፉ፧ ንጥሮፊሞስ ግና ሓሚሙ ኣብ መሊጦስ ሓዲገዮ ኣሎኹ።”

***ፊሊ፧2፧25-30*** ፦ “ንኤጳፍሮዲጦስ፧ ሓወይን መዓይይተይን መተዓቕይተይን ልኡኽኩምን፧ ኣነ ብዝደልዮ ኣገልጋልን ግና፧ ንኩላትኩም ስለ ዝናፈቐን ምሕማሙ ብምስማዕኩም ስለ ዝጕሃየን፧ ናባካትኩም ክሰዶ ብግዲ ኰነኒ። ሓሚሙስ ብሓቂ ንሞት ቀሪቡ ነይሩ፧ ግናከ፧ ኣምላኽ ምሒርዎ፧ ሓዘን ኣብ ልዕሊ ሓዘን ምእንቲ ከይውሰከኒ፧ ንኣይ ድማ እዩ እምበር፧ ንእኡ ጥራይ ኣይኰነን። ስለዚ፧ ምስርኤኩምዎ ከም ብሓድሽ ምእንቲ ክትሕጐሱ፧ ኣነውን፧ እቲ ሓዘነይ ምእንቲ ኪቐልል፧ ቀልጢፈ ሰደድክዎ። ደጊም ንሱ እቲ ካባካትኩም ዝጐደለኒ ኣገልግሎት ምእንቲ ክምልእ፧ ነፍሱ ቐቢጹ ምእንቲ ዕዮ ክርስቶስ ክሳዕ ሞት ቀሪቡ ነይሩ እዩ እሞ፧ ብኹሉ ሓጐስ ብጐይታ ተቐበልዎ፧ ነዞም ከምዚኣቶም ዘመሰሉ ኣኽብርዎም።”

***2ነገ፧13፧14*** ፦ “ኤልሳእ ከኣ እታ ዝሞተላ ሕማም ሓመመ። ዮኣስ ንጉስ እስራኤል ድማ ናብኡ ወሪዱ፧ ኣብ ቅድሚኡ ኮይኑ፧ ኣቦየ፧ ኣቦየ፧ ናይ እስራኤል ሰረገላን ፈረሰ ታቱን፧ ኢሉ በከየ።”

***2ነገ፧20፧1*** ፦ “በቲ ጊዜ እቲ ህዝቅያስ ንሞት ሓመመ። ነብዩ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ድማ ናብኡ መጺኡ በሎ፧ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፧ ንስኻ ትመውት እምበር፧ ኣይትሓውን ኢኻ እሞ፧ ቤትካ ኣስተናብር።”

# 2. ሰይጣንን ሕማምን

ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ መልሓስካ (ቃላትካ) እቲ ቀንዲ መቆጻጸሪ ሓይሊ ምዃኑ እዮም ዝኣምኑ። ስለዚ ንሰይጣን ብሓይሊ ቃላትና ብምቁጽጻር ብተዘዋዋሪ መንገዲ ንሕማም ምቁጽጻር ከም ዝከኣል እዮም ዝገልጹ። ምኽንያቱ ብናታቶም እምነት እቲ እንኮ ደራሲ (ጠንቂ) ናይ ሕማም ሰይጣን ከም ዝኮነ እዮም ዝኣምኑ። ስለዚ ድሕሪ ኩሉ ሕማም ሰይጣን ከም ዘሎ ኩሎም እቶም ሕማም ዘምጽኡ ጀርምታት ኣጽዋር ናይ ሰይጣን ከም ዝኮኑ ይኣምኑ። ስለዚ ድማ ሰብ ብኣዎንታዊ ቃላት ጥራይ ደኣ እምበር ብመድሃኒት ክሓዊ ከም ዘይብሉ ደጋጊሞም ይዛረብሉ። እግዚኣብሄር ከሕዊ ኮነ ከሕምም ዘለዎ ሉኣላዊ ስልጣን ብምግሃስ፣ እግዚኣብሄር ብሕሙም ወይ ስንኩል ሰብ ክሰርሕ ወይ ኣብኡ ክሓድር ከም ዘይክእል ብድፍረት ይዛረቡ። ሕሉፍ ሓሊፍዎም ድማ በዒንትና ክርኢ እንተ ዘይክኢሉ፣ እግዚኣብሄር ብተግባሩ ክዉሰን ምዃኑ ይዛረቡ።

እዚ ከምዚ ዝበለ ጽውጽዋያት ኣሽንኳይ ብኣፍካ ክትብሎ፣ ብገዛእ ኣእዛንካ ክትሰምዖስ፣ ተባሂሉ ክትሰምዖን ተጸሒፉ ከተንብቦን እኳ ክንደይ ዘሰቅቕ እዩ። ቅንኣት ኣምላክ ዘለዎ ልቢ፣ ደም ዝነብዓሉ ክሕደት እዩ። እቲ ዝብልዎ ቃላት ብቐጥታ እሞ ነንብቦ መጠን ክሕደቶም ነስተውዕሎ።

- *ኣብ ህይወት ወሳኒ ተራ ዝጻወት መልሓስካ እዩ።[22.1] ንመልሓስካ ብምቁጽጻር ንሰይጣን ክትቈጻጸሮ ትኽእል ኢካ።[22.2] ካብ ዝተወለድካሉ ጊዜ ጀሚርካ ኣሉታውን ምስ ሞት ዝተዛመዱ ቃላት ምዝራብ ለሚድካ ኢካ። ብዘይ ምስትውዓል፣ ኣብ መዓልታዊ ዝርርብካ ናይ ሞትን ናይ ሕማምን፣ ናይ ጥርጥርን ቃላት ትጥቀም ኢካ። "ክሳዕ ክመውት ዝደሊ እየ ፈሪሀ፣ ብሰሓቕ ሞይተ ነይረ፣ ክመውት ደልየ ኣለኹ። ንሱ'ሞ ኣብ ዘይሕማመይ'ዩ ዘብጻሓኒ፣ ጉንፋዕ ክትሕዘኒ'ያ ይመስለኒ፣ ክንከፍሎ ኣይንኽእልን ኢና፣ ኣይኣምንን እየ"። ነዞም ቃላት እዚኣቶም ዋላ ከም ዝበልካዮም እኳ ኣይተስተውዕሎን ኢካ፣ ከምዚ ምስ ተዛረብካ ነቶም ኣሉታውያን ሓይልታት ተንቀሳቕሶም ኣለካ፣ ሽዑ እቲ ሓዊ ይጅምር። ቃላትካ ንሓይልታት ሰይጣን ከም ዝፍትሑ ገርዎም።[134]*

*ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- *ናይ ሕማም ጀርምታት፡ ምስ ስራሕ ናይ ኣጋንንቲ ኣዝዮም ዝተዛመዱ እዮም። ጀርምታት፡ ሰይጣን ኣብ ኣካላት ግዳያቱ ብልሽውና ንክፍጽም ከም መጋበርያ ይጥቀመሎም። ብዘይካ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ካልእ ንሕማም ዘሕዊ ነገር ኣብ ዓለም ኣይተረኽበን። ዝኾነ ይኩን መድሃኒት ንዝኾነ ይኩን ሕማም ከሕዊ ኣይክእልን እዩ። ዝኾነ ይኩን ቅኑዕ ሓኪም፡ መድሃኒት ንዝኾነ ይኩን ሕማም ናይ ምሕዋይ ሓይሊ ከም ዘይብሉ ይኣምን እዩ።*[135]

  *ፊኒስ ዴይክ* (Finis J.Dake)

- *መድሃኒት እቲ ናይ እግዚኣብሄር ዝበለጸ /ዝለዓለ ነገር ኣይኮነን። ንእም ነትኩም ተጠቐሙሉ፡ ሽዑ መድሃኒት ኣየድልየኩምን እዩ።*[22.5] *ሓካይም ነዚ ንሕና እንዋግኦ ዘለና ጸላኢ እዮም ዝዋግኡ ዘለው። እቲ ፍልልዩ ንሳቶም ስቴኪኒ* (tooth picks) *ክጥቀሙ ከለው ንሕና ግን ኣቶሚክ ቦምብ ኢና እንጥቀም።*[136]

  *ፍረደሪክ ፕራይስ* (Frederick K.C. Price)

- *ኣብ ምፍዋስ ኣገልግሎት ከለኹ፡ ብሃንደበት፡ መንፈስ ኣምላክ ከም ደበና ኣጐልበበኒ፡ ሓንቲ ንእሽቶ ጓልን ኣነን ኣብ ማእከል እቲ ጻዕዳ ደበና ቈምና ነበርና። ኣብ ልዕሌኣ ኣብ ልዕሊ ጸጋማይ ሳምቡኣ ክፉእ መንፈስ ረኣኹ፡ ልክዕ ንሓንቲ ንእሽቶ ህበይ ይመስል ነበረ። ነቲ ክፉእ መንፈስ ምስ ገሰጽክዎ ናብቲ መሬት ወዲቑ ሃዲሙ ብማዕጾ ወጸ።* [137]

  *ኬነት ሃገን* (Kenneth E.Hagin)

- *ሰይጣን፡ ናይ ኤይድስ መናፍስቲ፡ ይኣስረኩም ኣለኹ፡ ናይ ካንሰር፡ ናይ ሪህ* (arthritis)*፡ ናይ ረክሲ መናፍስቲ፡ ናይ መርዘን መናፍስቲ፡ ካብዚ ሰብዚ ወይ ካብዚ ህጻንዚ ውጹ። ኣንቱም ርኩሳት መናፍስቲ ናይ ሕማም ይኣስረኩም ኣለኹ። ኣብ እዝንን ኣብ ሳንቡእን ኣብ ዓንዲ ሕቖን ኣብ ጨጐራን ዘለኹም ክፉኣት መናፍስቲ ውጹ። ሰይጣን ይኣስረካ ኣለኹ። ንስካትኩም ናይ ሓሸሽ መናፍስቲ ብስም ኢየሱስ እኣስረኩም ኣለኹ።*[138]

  *ሮበርት ቲልተን* (Robert Tilton)

- *ኣብቲ ካንሰር ኣይጥምትንየ፥ ኣብቲ ሕበጥ ኣይጥምትን። ኣብቲ ተፈጥራዊ ነገር ጠሚተ “ሓሚመ ኣለኹ” ኣይብልንየ። ምኽንያቱ ኣነ ከ ምኡ ምስ በልኩ፥ ነቲ ውዕል ፈሪመሉ ኣለኹ ማለት እዩ። ንእኡ ዝ ከውን ስልጣን ተቐቢለ እየ፥ ብሕጊ ንዓይ'ዩ ዝግብኣኒ። ሰይጣን ብተጽዕ ኖ ኣብ ልዕለይ ከንብሮን ብእኡ ጌሩ ክቕትለንን ይደሊ።*[139]

  *ፍረደሪክ ፕራይስ* (Frederick K.C. Price)

- *ክርስቶስ፥ ሕማም ካብ ሰይጣን ምዃኑ ብንጹር ተዛሪቡ እዩ። ካብ እግዚኣብሄር ኣይኮነን። ሰይጣን መበቆል/ደራሲ ናይ ሕማም ስለ ዝኮነ፥ ካብ ሕማም ነጻ ኮይነ ክመላለስ'የ ዝደሊ። መለኮታዊ ጥዕና ኪዳናዊ መሰለይ እዩ፥ ኩሉ እቲ ኣብ ትሕቲ ኣገልግሎተይ ዝተፈወሰ ኩሉ፥ ብ ሰይጣን ዝተጨቆነ እዩ ነይሩ። ድሕሪ ኩሉ ሕማም ሰይጣን ኣሎ፥ ኣብ መንገኦ ሰይጣንን ሕማምን ዝኮነ ይኩን ክርኣ ዝክእል ፍልልይ የ ለን።*[140]

  *ኬነት ሃገን* (Kenneth E.Hagin)

- *ሰጋካ ጥዑይ ዘይሰርሕ ከሎ፥ ከመይ ጌርካ ንኣምላክ ከተገልግሎ ከ ተኽብሮ ይከኣለካ? ከመይ ጌርካ ከተኽብሮ? ብዓይኑ ክርእየሉ፥ ብእዝኑ ክሰምዓሉ ኣብ ዘይክእል ሰብነት መንፈስ ቅዱስ ክሓድር ይክእል'ዩ ኢ ልካ ክትሓስብ ዝገብረካ እንታይ እዩ? መሓውሩን ብልዕትታቱን (Organs) ዋህዮታቱን ብጥዑይ ክሰርሕ ኣብ ዘይክእለሉ ሰብ መንፈስ ቅዱስ ክሓድር ይክእል'ዩ ኢልካ ክትሓስብ ዝገበረካ እንታይ እዩ? በዒን ቱ ክርእየሉ በእጋሩ ክከደሉ በእዳዉ ክዓይየሉ ኣብ ዘይክእል መቕደስ ክነብር ይደሊ እዩ ኢልካ ክትሓስብ ዝገብረካ እንታይ እዩ? እተን ኣ ብዚ ምድሪ ዘለውኦ እንኮ ኣዒንቲ እተን ኣብ ኣካላትና ዘለዋ ኣዒንቲ እየን። ብኣዒንትና ጌሩ ክርኢ እንተ ዘይክኢሉ፥ እግዚኣብሄር ብተግባሩ ውሱን ክኸውን ማለት እዩ።*[134]

  *ፍረደሪክ ፕራይስ* (Frederick K.C. Price)

ሰብ ኣብ ልዕሊ ሕማም ኮነ ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ስልጣን ከም ዘለዎ ን ምርግጋጽ ዝጥቀሙሉ መኃልበቢ ጥቕሲ እዚ ዝስዕብ እዩ። ንሳቶም ንሓንቲ ጥቕ ሲ ቁ. 18 ጥራይ እኳ ዝጥቀሙ እንተ ኮኑ ካብ ሓደ ዓንቀጽ ምሉእ

ዘንጢሎም ዘዉጽእዎ ስለ ዝኾነ ነቲ ድኩም ሓሳቦም ዘገልግል ክመስል ዝከኣል እዩ። ምስ ዓዉደ ንባቡ ብምትሕሓዝ እቲ ዝግባእ ርድኢትን ትርጉምን ምእንቲ ክንረክብ ነቲ ዓንቀጽ ብምሉኡ እንተ ረኣናዮ ይሓይሽ። እታ ንሳቶም ዝጥቀሙላ ጥቕሲ ድማ ተሰሚሩላ ኣሎ።

> <u>**ማቴ፣18፣15-20**</u> ፡- "ሓውካ እንተ በደለካ፡ ኪድ፡ ንስኻን ንሱን ኣብ በይንኹም ግንሓዮ። እንተ ሰምዓካ፡ ንሓውካ ረባሕካዮ። እንተ ዘይሰምዓካ ግና፡ ብኣፍ ክልተ ወይስ ሰለስተ ምስክር ኩሉ ነገር ኪጸንዕ፡ ሓደ ወይ ክልተ ምሳኻ ውሰድ። ንኣታቶም እንተ ዘይ ሰምየም ከኣ፡ ንማሕበር ንገራ። ነታ ማሕበር እንተ ዘይሰምዓ ግና፡ ከም ኣረምን ከም ተጋውን ርኣዮ። <u>ኣብ ምድሪ ዝኣሰርክምዎ ኩሉ ኣብ ሰማይ እሱር ክኸውን እዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕኩምዎ ኩሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ከም ዝኸውን፡ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።</u> ክልተ ወይ ሰለስተ ኮይኖም ብስመይ ኣብ እተኣከብሉ ኣነ ከኣ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም እየ እሞ፡ ክልተ ካባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዝልምንዎ ነገር ኩሉ እንተ ተሰማምዑ፡ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክውሃቦም እዩ፡ ኢለ ከም ብሓድሽ እብለኩም ኣለኹ።"

ካብዚ ጥቕሲ እዚ ከም እንርድኦ ኣብ ምድሪ ምእሳር ወይ ምፍታሕ ዝምልከት ስልጣን ንናይ ቤተ ክርስትያን ዲሲፕሊን (ስነ-ስርዓት) ዝምልከት ደኣ እምበር ንሰይጣንን ንሕማምን ዝምልከት ከም ዘይኮነ ክንርዳእ ንክእል ኢና። ብሓደ ሰብ ካብኡ ሓሊፉ ብክልተ ወይ ስለስተ ምስክር፡ ብድሕሪኡዉን በታ ስጋ ክርስቶስ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ተማዒዱ ካብ ጌግኡ ምምላስ ዝኣበየ ሰብ፡ ከም ኣረሜን ርኣዮ። ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ንማሕበር ኣምላኽ ብዘይ ምእዛዙ ዝተወገዘ ወይ ዝተኣስረ ሰብ ብንስሓ እንተ ዘይተመልሰ ብዝኾነ ተኣምር ኣብ ሰማያት ምሕረት ክረክብ ካብ ማእሰርቱ ክፍታሕ ኣይክእልን እዩ።

## ናይ ሕማም ደራሲ ሰይጣን ኣይኮነን፡ እግዚኣብሄር እዩ ከሕዊ ኮነ ከሕምም ምሉእ ስልጣን ዘለዎ

ዋላ እኳ ሰይጣን ኣብ ሕማም ብቐጥታ ክዋሳእ እንተ ተራእየ፡ ብዘይ ፍቓድ እግዚኣብሄር ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይክእልን እዩ። እግዚኣብሄር

ከምኡ ንክገብር ኣሕሊፉ እንተ ዘይሂቡካ፡ ሰይጣን ዋላ ሓንቲ ግደ የብሉን። ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ሰባት ድላዩ ክገብር ምሉእ ስልጣን ዝህልዎ፡ እግዚኣብሄር ነቶም ሰባት ኣብ ጽንዓት ልቦም ምስ ዝሓድጎም ንሕሱር ኣእምሮ ኣሕሊፉ ምስ ዝህቦም፡ ብንስሓ ክሕደሱ ዕድል ምስ ዘይህልዎም እዩ። (መዝ፡81፡12፣ ሮሜ፡1፡28፣ እብ፡6፡4-6፣ እብ፡10፡26-29)። ካብኡ ዝተረፈ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ ከ ሕዊ ኮነ ከሕምም ምሉእን ሉኣላውን ስልጣን ዘለዎ።

***1ሳሙ፡2፡6-7*** ፡- “<u>እግዚኣብሄር ይቐትል፡ የሕዊ ከኣ፡</u> ናብ ሲኦል የውርድ፡ የውጽእ ድማ። እግዚኣብሄር የድኺ፡ የሀብትም ከኣ፡ ትሕት የብል፡ ክብ ድማ የብል።”

***ዘጸ፡4፡11*** ፡- “እግዚኣብሄር ድማ፡ ንሰብ ኣፍ ዝገበረሉ መን እዩ? ወይ <u>ዓባስ ወይ ጽማም ወይ ዝርኢ ወይ ዕውር ዝገበሮከ መን እዩ?</u> ኣነ እግዚኣብሄርዶ ኣይኮንኩን?”

***2ነገ፡15፡5*** ፡- “<u>እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ንጉስ ወቕዖ፡</u> ክሳዕ መዓልቲ ሞቱ ከኣ ለምጻም ኰነ፡ ኣብ ፍልይቲ ቤትውን ይቕመጥ ነበረ። ዮታም ወዲ ንጉስ ድማ ዋና እታ ቤት ኰይኑ ንህዝቢ እታ ሃገር ይፈርድ ነበረ።”

***ሉቃ፡1፡19,20*** ፡- “እቲ መልኣክ ከኣ መሊሱ በሎ፡ ኣነ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝቐውም ገብርኤል እየ፡ ክዛረበካን እዚ ድማ ከበስ ረካን እየ ናባካ እተላኣኽኩ። እንሆ ከኣ፡ <u>ነቲ ብጊዜኡ ዚፍጸም ዘረባይ ስለ ዘይኣመንካ፡ ክሳዕ እታ እዚ ነገርዚ ዚኾነላ መዓልቲ ዓ ባስ ክትከውን ምዝራብውን ክትስእን ኢኻ።</u>”

# 3. ሓጢኣትን ሕማምን

እግዚኣብሄር ንሰብ ሓጢኣት ስለ ዝገበረ ብንስሓ ምእንቲ ክመልሶ ወይውን ናብ ሓጢኣት ምእንቲ ከይወድቕ ክዕቅቦ ኢሉ ብሕማም ክወቕዖ ከም ዝክእል ቅዱሳት ጽሑፋት ይነግሩና እዮም። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ከም ናይ እዮብ፡ ብፈተና ሓሊፍካ ጽድቅካ ዝያዳ ምእንቲ ክበርህ፡ ንሰይጣን ድማ ምእንቲ ከተሕፍር ኢሉ'ውን ብእኡ ክትሓልፍ የፍቅድ እዩ።

ስለዚ እቲ ሕማም ብምንታይ ምክንያት ከም ዝተከሰተ ንምፍላጥ ምስ ትዉዓል ይሓትት እዩ። ኣዕሩክ እዮብ፡ ብጻዮም ብሓጢኣት ምክንያት ከም ዝሓመመ ጌሮም ተረዲኦም ብዙሕ ክነቕፍዎን ንሕልንኡ ክጎድእዎን ተራእዮም። እዚ በደል እዚ ድማ ንእግዚኣብሄር ስለ ዘጕሃዩ፡ ብናይቲ ንሳቶም ሓጥእ ጌሮም ዝቘጸርዎ እዮብ ጸሎት እንተ ዘይኮይኑ ሕድገት ከም ዘይገብረሎም ተ ነግሮም። ስለዚ ምንጩን ምክንያቱን ናይ ዘይትፈልጦ ነገር ደፊርካ ምዝራብ ከ ቢድ ሓጢኣት እዩ።

እዞም ናይ ስሕተት ሃዋርያት፡ ነዚ ሓቂ እዚ ክግንዘቡ ስለ ዘይከኣሉ፡ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ድፍረት ብሂላት ክብሉ ክኢሎም ኣለዉ።

- ❖ *መዓስ ኢና ኩላትና እንነቅሕ እሞ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ እዮብ ንክለዓል ንሰይጣን ከም ዘይፈቐደሉ እነስተውዕል። እዮብ ባዕሉ'ዩ ንሰይጣን ኣብ ልዕሊኡ ክለዓል ዝፈቐደሉ። እግዚኣብሄር ዝገበሮ ነገር እንተ ኔሩ፡ ኣብ ልዕሊ እዮብ ዝነበሮ ኣዎንታዊ ቃል ጥራይ'ዩ ዝዕቅብ ኔሩ። "ኣብ ምድሪ ከም እዮብ ፍጹምን ቅኑዕን ከም ዘየሎ ኣስተብሂልካዮዶ" ኢልዎ። እዮብ ባዕሉ ግን ቅኑዕ ከም ዘይኮነ ተዛሪቡ እዩ፡ "ኣነ ዘይሕጉስ (ጉሁይ እየ)፡ መልሓሰይ ዘይእዙዝ እዩ? ኢሉ።*[142]

  *ኬነት ኮፕላንድ* (Kenneth Copeland)

- ❖ *ጳውሎስ እዚ ክብል ከሎ፡ ነቲ ሕማም ከም ክፉል ናይ ሰይጣን መደብ፡ ጌሩ እዩ ተርጒምዎ፡ ከትሕቶ ከም ዝመደበ ጌሩ ርእይዎ። ጽሑፋቱ እንተ ኣንቢብኩምዎ ብዛዕብኡ ገለ ፍሉይነት ክትርእዩ ትክእሉ ኢኹም። ንሱ ንትዕቢት ኣዝዩ ዝተቓልዐ ሰብ እዩ ነይሩ። ....*

*እቲ ዝተዛረቦ ዘረባ ድማ ናቱ ርእይቶ ጥራይ እዩ።*[143]

*ፍረደሪክ ፕራይስ* (Frederick K.C. Price)

- *ኣካላትካ ናይ እግዚኣብሄር እንተ ኮይኑ፡ ንሕማም ክከውን ኣይክእል እዩ።* [144]

*ቤኒ ሂን* (Benny Hinn)

- *"እቲ እግዚኣብሄር ነቶም ናቱ ብሕማምን ድኽነትን ይቐጽዕ እዩ" ዝብል ሃይማኖታዊ ሓሳብ፡ ንቤተ ክርስትያን ን 1500 ዓመታት ዝኣክል ብዘይ ፍልጠት ናይ መንፈስ ቅዱስ ክትክይድ ዝገበረ ሓሳብ እዩ።*[145]

*ኬነት ሃገን* (Kenneth Hagin)

- *ዝኮነ ይኩን ኩነታት፡ ብምሉኡ መስርሕ ናይ ተፈጥሮ ብመልሓሰ'ዩ ዝጀምር።*[150] *እግዚኣብሄር ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ካብ ዝኮነ ይኩን ሕማም ምሉእ ብምሉእ ነጻ ኮይኑ ክነብር እዩ ዕላምኡ። ከምኡ ክትነብሩ ወይ ዘይክትነብሩ ናታትኩም ውሳኔ እዩ።*[146]

*ኬነት ሃገን* (Kenneth Hagin)

እቲ ብዛዕባ እዮብ ኢሎምዎ ዘለዉ ነገር ነቲ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ምዕራፍ ናይ መጽሓፍ እዮብ ብምንባብ ጥራሕ ስለ ዝምለስ መግለጺ'ዉን ኣየድልዮን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ግን ከምቲ ንሳቶም ዝብልዎ ንትዕቢት ዝተቓልዐ ሰብ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ርእሱ ክሳዕ ሞት ዘትሓተ ርእሱ ዝቐበጸ፡ ከም ጎሓፍ ዓለም ክሳዕ ዝቑጸር ርእሱ ዘዋረደ ሰብ፡ ንትዕቢት ዝተቓልዐ ሰብ እዩ ነይሩ ምባል ንቅዱሳኑ ብእኡ ኣቢልካ ድማ ንእግዚኣብሄር ምንዓቕ እዩ ዘስምዕ። "ንኣካትኩም ዝሰምዕ ንኣይ ይሰምዕ፡ ንኣካትኩም ዝንዕቕ ድማ ንኣይ ይንዕቕ፡ እቲ ንዓይ ዝንዕቕ ከኣ ነቲ ዝለኣከኒ እዩ ዚንዕቖ።" ዝብል ቃል ተጻሒፉ እናረኤካን ንእግዚኣብሄርን ንቅዱሳኑን ምንዓቕ ከቢድ ሓጢኣት እዩ (ሉቃ፡10፡16)።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣዝዩ ብሉጽ ራእዩ ስለ ዝረኣየ፡ ክሳዕ ሳልሳይ ሰማይ ተነጢቑ ኣዝዩ ዓብይ ራእይ ስለ ዝረኣየ፡ ሰይጣን ብትዕቢት ክፈታተኖ ዝኽኣል እዩ። ጳውሎስ ቅዱስ ሰብ ደኣ ይኩን እምበር፡ ስጋ ለበስ ሰብ ምኳኑ ኣ

ይተርፎን እዩ። ስለዚ ቅድሚኡ ዝኮነ ይኩን ሰብ ዘይረኣዮ ራእይ ብምርኣዩ ሰይጣን ብትዕቢት ንክነፍሖ ከም ዕላማ ጌሩ ከም ዝሰርሓሉ ግሉጽ እዩ። እቲ ምእንቲ ባሮቱ ዝቐውም፣ ነቶም ከም ምክሩ ዝተጸውዑ ንሰናዮም ዝድግፍ ጐይታ ድማ ንሰይጣንን ንውዲቱን ስለ ዝፈልጦ ድኹም ሰብ ምኳኑ ወርትግ ዘዘክሮ ግራጭ ብሰይጣን ጌሩ ኣብ ስጋኡ ገበረሉ። ዋላኳ ሰይጣን ብትዕቢት ከውድቖ እንተ ደለየ፣ እቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ምልኪ ዘለዎ ኣምላኽ፣ ንሰይጣን፣ ካብ ትዕቢት ዝሕሉ ንረብሓ ጳውሎስ ዝዓዪ ባርያ ከም ዝኸዉን ገበሮ።

> ***2ቈረ፥12፥7-10*** ፦ "ብምኽንያት እቲ ኣዝዩ ብሉጽ ራእይ እምብዛ <u>ምእንቲ ከይዕበ</u> ከኣ፣ ኣብ ስጋይ ግራጭ ተዋህበኒ፣ እምብዛ ምእንቲ ከይዕበ፣ <u>መልኣኽ ሰይጣን ከሳቅየኒ ተዋህበኒ</u>። እዚ ካባይ ክርሕቕ፣ ብዛዕባኡ ንጐይታ ሰለስተ ሳዕ ለመንክዎ። ንሱ ከ ኣ፣ ሓይለይ ብድካም እዩ ዝፍጸም እሞ፣ <u>ጸጋይ ይኣክለካ</u>፣ በለ ኒ። ስለዚ ሓይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ክሓድር፣ ብብዙሕ ታሕጓስ ብድካመይ ክምካሕ እየ። እምበኣርከ ምስ ዝደክም፣ ሽዑ እየ ዝብርትዕ እሞ፣ ምእንቲ ክርስቶስ ኢለ ብድካም፣ ብጸርፊ፣ ብሓሳር፣ ብምስጓጕ፣ ብጸበባ እሕጐስ እየ።"
>
> ***እዮ፥33፥16-21*** ፦ "ንሰብ ካብ ግብሩ ምእንቲ <u>ክመልሶ፣</u> ካብ ትዕ ቢትውን <u>ክስውሮ፣</u> ንነፍሱ ካብ ዓሚቝ ምእንቲ <u>ክባልሃ፣</u> ን ህይወቱውን ካብ ሴፍ <u>ክናግፋስ፣</u> ሽዑ ንእዝኒ ሰብ ክፈቱ፣ ን ተግሳጹ ይሓትሞ። <u>ሰብ ኣብታ ምድቃሱ ብስቓያት፣ ኣብ</u> ዓጽሙ ኩ ሉ ግዜ <u>ብቓንዛ ይቕጻዕ፣</u> ሽዑ ህይወቱ ንእንጌራ፣ ነፍሱውን ን ጥዑ ም ምግቢ ትፍንፍኖ። ዘይርአ ክሳዕ ዝኸውን ስጋኡ ይማስን። እቲ ቕድም ዘይተራእየ ኣዕጽምቱ ይቕላዕ።"

እግዚኣብሄር ንነቡካድነጻር ክሳብ ናብ ደረጃ እንስሳ ዝወርድ ብሕማም ናይ ኣእምሮ ዝወቕዮ ካብቲ ሓዲርዎ ዝነበረ ከቢድ ትዕቢት ምእንቲ ክመልሶ እዩ (ዳን፥4፥28-37)።

## ሕማም ንክብሪ ኣምላኽ ክከውን ይኽእል'ዩ

እግዚኣብሄር ብሓቂ ከዋርድ ከም ዝኽእል፡ በቲ ውርደት እቲ'ዉን ሰናይ ክገብረልካ ከም ዝኽእል መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። እግዚኣብሄር ብሕማምን መከራን ጌሩ ኣብ ህይወት ኣመንቲ ሰናይ ነገር ክገብረሎም ዝኽእል ክኢላ ጐይታ እዩ። ነቲ ካብ በላዒ ብልዒ፡ ካብ ናዝሬት ሰናይ ነገር ከውጽእ ዝኽእል ኣምላኽ፡ ካብ ሕማም ሰናይ ነገር ከውጽእ ኣይክእልን እዩ ዝብል ሰብ ንእግዚኣብሄርን ነቲ ዝዛረቦ ዘሎ ዘረባን ዘይፈልጥ ሰብ ጥራይ እዩ። "ካብ ሰብሲ ዕሽነት ኣምላኽ ይጠብብ፡ ካብ ሰብ ከኣ ድካም ኣምላኽ ይብርትዕ" ዝብል፡ ቃል ተጻሒፉልና ከ ብቕዕ በቲ ንዓና ዕሽነትን ድካምን ዝመስለና ነገር እግዚኣብሄር ጥበቡን ሓይሉን ክብሩን ክገልጽ ኣይክእልን እዩ ዝብል ሰብ መንፈሳዊ ጥዕናኡ ጥራይ ዘይኮነስ ስ ነ ኣእምሮኣዊ ጥዕናኡ'ዉን ክፍተሽ ከድልዮ እዩ።

> ***2ሳሙ፡22፡36*** ፦ *"ዋልታ ምድሓንካ ድማ ሃብካኒ፡ ምውራድካውን ኣዕበየኒ።"*
>
> ***ኢሳ፡38፡15-17*** ፦ *"እንታይ እሞ ክብል? ንሱ ተዛሪቡኒ ኣሎ፡ ንሱ ከኣ ገበሮ። ብዛዕባ ምረት ነፍሰይ ብኹለን ዓመታተይ ብህድኣት ክመላለስ እየ። ዎ እግዚኣብሄር፡ ሰብ በዚ ከምዚ እዩ ብህይወት ዚ ነብር፡ ህይወት መንፈሰይ ከኣ በዚ ኹሉ እዩ። እምበኣርሲ ኣሕውየኒ ህይወትውን ምለሰለይ። እንሆ፡ እዚ ዓብዪ ምረት ንሰላመይ ኮነ፡ ንስ ካ ንኹሉ ሓጢኣተይ ናብ ድሕሪ ዝባንካ ደርቢኻዮ ኢኻ እሞ፡ ንነፍሰይ ኣፍቂርካ ካብ ጐድጓድ ጥፍኣት ኣናገፍካያ።"*
>
> ***መዝ፡119፡71,75*** ፦ "ስርዓታትካ ምእንቲ ክምሃር፡ ውርደተይ ሰናይ ኰነለይ። ጐይታየ፡ ፍርድኻ ጽድቂ ምዃኑ ብሓቅካውን ከም ዘዋረድካኒ እፈልጥ ኣሎኹ።"

ታሪክ ናይቲ ብዕዉሩ ዝተወልደ ሰብኣይን ታሪክ ኣልኣዛርን ምርኣይ ጥራይ እኺ ነዚ ክንብሎ ዝጸናሕና ሓቕታት ብዘየዳግም መንገዲ እዩ ዘነጽሮ።

***ዮሃ፥9፥2,3*** ፥- ደቀ መዛሙርቱ ድማ፥ መምህር፥ ዕዉር ኰይኑ ዚውለድሲ መን እዩ ዝበደለ? ንሱዶ ወይስ ወለዱ? ኢሎም ሓተትዎ። ኢየሱስ ከኣ፥ <u>ግብሪ ኣምላኽ ኣብኡ ምእንቲ ክገሃድ</u> ደኣ እዩ እምበር፥ ንሱ ኣይበደለ፥ ወለዱ ኣይበደሉ።"

***ዮሃ፥11፥4*** ፥- "ኢየሱስ እዚ ሰሚዑ፥ <u>እዚ ሕማም እዚ ወዲ ኣ ምላኽ ብእኡ ምእንቲ ክኸብር፥ ንክብሪ ኣምላኽ እዩ እምበር፥</u> ንሞት ኣይኮነን፥ በለ።"

ይትረፍ ኣብቶም ረሲእ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ኣብ ኣእምሮ እቶም ዝተባረኹ ደቀ መዛሙርቲ እኳ ሰብ ብሓጢኣት ምኽንያት ጥራይ እዩ፥ ናብ ሕማም ዝወድቕ ዝብል ርድኢት ነይሩ እዩ። እንተ ኰነ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ናይቲ ዝዓበይሉ ሓሳብ ሓቅነት ንምርግጋጽ እዮም ሕቶ ኣቕሪቦሙሉ፥ ጐይታ ድማ ነቲ ዘይመንፈሳዊ ባህላዊ ሓሳቦም ጽቡቕ ጌሩ ኣዐርዩሎም። እቲ ኣዝዩ ዘገሪ ግን ነዚ ጐይታ ግቡእ መልሲ ዝሃበሉ ሕቶ ኣልዒ ሎም ብእኡ ጌሮም ን ኣምላኽ ክምጉትሉ ዝህቅኑ ሰባት ኣብ ዘመንናን ኣብ ሃገርናን ምትንስኦም እዩ። እግዚኣብሄር ግብሩ ምእንቲ ክግህድ ኣብ ዝደለዮ ሰብ ዝደለዮ ነገር ክገብር ሉኡላዊ እዩ።

***እዮ፥42፥2*** ፥- "ኩሉ ከም እትክእልን፥ <u>ነቲ ዝመደብካዮ ከኣ ዝኽልክለካ ከም ዘየልቦን፥</u> እፈልጥ ኣለኹ።"

***መዝ፥115፥3*** ፥- "ኣምላኽናስ ኣብ ሰማያት ኣሎ፥ <u>ዝደለዮ ኩሉ ይገብር እዩ።</u>"

***መዝ፥135፥6*** ፥- "እግዚኣብሄር ኣብ ሰማይን ምድርን፥ ኣብ ባሕርን መዓሙቕን <u>ዝደለዮ ዘበለ ይገብር እዩ።</u>"

***ኢሳ፥43፥13*** ፥- "ካብ ጥንቲ ኣነ እየ፥ ካብ ኢደይ ዘድሕን ከኣ የ

ልቦን፣ ኣነ እገብር፣ ክክልክል ዝከኣሎከ መን እዩ?"

***ኤር፣18፣6*** ፦ "ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ኣነከ ንኣካትኩምዶ ከምቲ ሰራሕ መሬት ዝገብሮ ክገብረኩም ኣይከኣለንን እዩ? ኣቱም ቤት እስራኤል፣ እንሆ፣ ከምቲ መሬት ኣብ ኢድ እቲ ሰራሕ መሬት ዘሎ፣ ከምኡ ድማ ንስካትኩም ኣብ ኢደይ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣ ብሄር።"

***ሮሜ፣9፣14-21*** ፦ "እምብኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና? ኣብ ኣ ምላክዶ ዓመጻ ኣሎ? ያእ የልቦን። ንሙሴ፣ ንዝምሕሮ ክምሕሮ፣ ንዝድንግጸሉውን ክድንግጸሉ እየ፣ ኢልዎ እዩ እሞ፣ ስለዚ ናይቲ ዝምሕር ኣምላኽ እዩ እምበር፣ ናይቲ ዝደልን ዝጐይን ኣይኮ ነን። እቲ ጽሑፍ ንፈርኦን፣ ሓይለይ ኣባኻ ከርኢ፣ ስመይውን ኣብ ኩሉ ምድሪ ክውረ፣ ነዚ እየ ዘተንሳእኩኻ፣ ይብሎ እዩ እሞ፣ እምበኣርስከ ንዝደለዮ ይምሕሮ፣ ንዝደለዮውን የትርሮ እዩ። ደጊም ንምንታይ ደኣ ሕጂከ ዝገንሕ? ነቲ ፍቓዱ መን ይቃወሞ? ክትብለኒ ኢኻ። ወይ ጋዶ፣ ኣታ ሰብ፣ ንኣምላኽ ትማጐቶከ ንስካ መን ኢኻ? ግቡርዶ ነቲ ገባሪኡ፣ ንምንታይ ከምዚ ጌርካ ሰራሕካኒ? ይብሎ እዩ? ወይስ ሰራሕ መሬትዶ ካብቲ ሓደ ጽቡር መሬት ገሊኡ ንክብረት ገሊኡውን ንሓሳር ዝከውን ኣቓሑ ክሰርሕ፣ ኣብቲ መሬት ስልጣን የብሉን እዩ?"

ስለዚ እግዚኣብሄር ግብሩን ክብሩን ምእንቲ ክገልጽ ንኣልኣዛር እንተ ኣ ሕመመ ንሓደ ካልእ'ውን ብዕውሩ ከም ዝውለድ እንተ ገበረ ፍትሒ ኣጕዲሉ ኢልና፣ ሓለፋ ኣምላኽ ንፍትሒ ደው ዝበልና ከነምስል ምፍታን ዘይጽወር ብድዐ እዩ።

## ሕማም ከም ሳዕቤን ናይ ሓጢኣት'ዉን ይወርድ እዩ።

ሓጢኣት ዝገበሩ ሰባት ብንስሓ ምእንቲ ክምለሱ ወይ'ውን ምእንቲ ክቕጽዑ ተባሂሉ ሕማም ይወሃቦም እዩ። ንኣብነት እቶም ከይተገብኦም ምስ በደሎም ከለዉ ካብ ስጋ ጐይታ (ቅዱስ ቁርባን) ዝበልዑ ሰባት ንህይወት ዘይኮ

ነስ ንፍርድን ንሕማምን ከም ዝኮኖም እዩ ዝገልጸልና። ነቲ ብድፍረት ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዝኣተወ ንጉስ'ውን እግዚኣብሄር ብለምጺ ከም ዝወቕዖ ተጻሒፉ ኣሎ። ካልእ ብዙሕ ኣብነታት'ውን ምጥቃስ ይከኣል እዩ።

***1ቈረ፣11፣29-30*** ፡- "እቲ ዝበልዕን ዝሰትን ንስጋ ጐይታ እንተ ዘየለለየ፣ ንርእሱ እዩ ፍርዲ ዝበልዕን ዝሰትን። በዚ ምክንያት እዚ እዩም ኣብ ማእከልኩም <u>ብዙሓት ድኩማትን ሕሙማትን ዘለው፣ ዝደቀሱውን ብዙሓት እዮም።"</u>

***ዘሌ፣26፣15,16*** ፡- "ሕጋጋተይ ድማ እንተ ነዓቕኩም እሞ ኩሉ ትእዛዛተይ ከይትገብሩ፣ ነፍስኩም ፍርድታተይ እንተ ፈንፈነት፣ ኪዳ ነይ ከኣ እንተ ኣፍረስኩም፣ ኣነ ድማ እዚ ክገብረኩም እየ፣ ኣ ነ <u>መሽበርን ሕዱር ሰዓልን ኣዒንቲ ዘሕምቕ ነፍሲ ከኣ ዘድክም ዓ ሶን ክሰደልኩም እየ።</u> ጸላእትኩም ክበልዕዎ እዮም እሞ፣ ዘርእኩ ም ንከንቱ ትዘርኡ።"

***ዘዳ፣28፣61*** ፡- <u>"ክሳዕ እትጠፍእ፣</u> እግዚኣብሄር ኣብ መጽሓፍ እዚ ሕጊ እዚ ዘይተጻሕፈ <u>ኩሉ ሕማምን ኩሉ መቕዘፍን ከምጽኣልካ እዩ።"</u>

***ዘጸ፣9፣10*** ፡- "ሽዑ ሓመኹሽቲ እቶን ወሲዶም ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ደው በሉ። ሙሴ ከኣ ናብ ሰማይ ኣቢሉ ፋሕ ኣበሎ። ኣ ብ ሰብን ኣብ ማልን ድማ <u>ፎቕፎቕ ዝበለ ሕበጥ ኮነ።"</u>

***1ሳሙ፣5፣6*** ፡- "ኢድ እግዚኣብሄር ድማ ንኣሽዶዳውያን ከ በደቶም፣ ንኣሽዶድን ንዶባታን <u>ብሕበጥ ወቒዑ ኣጥፍኦም።"</u>

***2ነገ፣5፣27*** ፡- "እምበኣርሲ እቲ <u>ለምጺ ንእማን ንዘለኣለም ኣባካን ኣብ ዘርእካን ይልገብ፣ በሎ።</u> ሽዑ ለምጻም ኮይኑ <u>ከም በረድ ጻዕ ድዩ ካብ ቅድሚኡ ወጸ።"</u>

***2ነገ፣15፣3-5*** ፡- "ከምቲ ኣቦኡ ኣማስያ ዝገበሮ ኩሉ፣ ንሱ ድማ

ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ። ግናከ ነቲ በረኽቲ ኣየግለሰ ምን ነበሩ፣ እቲ ህዝቢ ገና ኣብ በረኽቲ ይሰውእን ይዓጥንን ነበረ። <u>እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ንጉስ ወቕዖ፣ ክሳዕ መዓልቲ ሞቱ ከኣ ለምጻም ኮነ፣</u> ኣብ ፍልይቲ ቤትውን ይቕመጥ ነበረ። ዮታም ወዲ ንጉስ ድማ ዋና እታ ቤት ኮይኑ ንህዝቢ እታ ሃገር ይፈርድ ነበረ።"

***<u>2ዜና፥13፥20</u>*** ፦ "የሮብዓም፣ ኣብያ ክሳዕ ዘሎ፣ መሊሱ ሓይሊ ኣ ይነበሮን። <u>እግዚኣብሄር ድማ ቀዘፎ፣ ሞተ ከኣ።</u>"

***<u>2ዜና፥21፥18</u>*** ፦ "ድሕሪ እዚ ኩሉ ድማ <u>እግዚኣብሄር ኣብ ኣምዑቱ ብዘይፍወስ ሕማም ወቕዖ።</u>"

***<u>2ዜና፥26፥19</u>*** ፦ "ሽዑ ዑዝያ ኮረየ፣ ነታ ዝዓጥነላ ጽንሃህ ከኣ ሒዝዋ ነበረ። ነቶም ካህናት ክኩርየሎም ከሎ፣ ኣብ ውሽጢ እታ ቤት እግዚኣብሄር፣ ኣብ ጥቓ መሰውኢ ዕጣን፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ካህናት <u>ኣብ ግምባሩ ለምጺ ወጸቶ።</u>"

***<u>ግብ፥12፥23</u>*** ፦ "ክብሪ ንኣምላኽ ስለ ዘይሃበ ድማ ብኡብኡ መልኣክ እግዚኣብሄር ቀዘፎ፣ ሓሲኩውን ሞተ።"

## ምሕማምና ዘይኮነስ ምስ ሓመምና እንወስዶ ስጉምቲ እዩ ወሳኒ።

ሕማም ምስ ሓዘና ኣእምሮና ክሓቶ ዘለዎ ቀዳማይ ሕቶ፣ ንምንታይ እዚ ሕማም ኣብ ልዕሌና ወረደ? ዕላማ እግዚኣብሄር በዚ ፍጻሜ እዚ እንታይ እዩ? ዝብል ክከዉን ይግባእ። ስለ ዝሓጣእና ዝወረደና እንተ ኮይኑ ብንስሓ ን ምለስ፣ ንክይንሓጥእ ዝተዋህበና እንተ ኮይኑ ነፍስና ንሓሉ፣ ክብሩን ግብሩን ክግለጽ ስለ ዝደለየ እንተ ኮይኑ ብምስጋና እናተዓገስና፣ ኣብታ ናይ ስቓይ ቦታና ኬንና ንኣምላኽ ከም እዮብ ነክብሮ።

***<u>መዝ፥41፥1-3</u>*** ፦ "ንድካ ዝሓልየሉ ብጹእ እዩ፣ እግዚኣብሄር ብመዓልቲ መከራ የናግፎ። እግዚኣብሄር ይሕልዎ፣ ብህይወትውን የንብሮ። ንሱ ኣብ ምድሪ ብጹእ ይኸውን። ናብ ፍቓድ ጸላእቱ ኣ

> ይተሕልፎን ኢካ። ኣብ መደቀሲ ድናሴኡ ከሎ፡ እግዚኣብሄር ይድግፎ። ንስካ ብሕማሙ ንብዘላ ዓራቱ ተንጽፈሉ።”

እግዚኣብሄር ኣብ መደቀሲና ኬንና ኣብታ ሕማምና ከንክብሮ እንተ ደልዩ ኣብ መደቀሲ ድናሴና ከለና ይድግፈና የጸናንዓና። ዓራቱ የንጽፈሉ ዝብል ቃል ትርጉም ርዱእ እዩ። <u>ዓራት ምስ ተነጽፈ ዝስመዓና፡ ስምዒት ንዓራት ንቕበሎ፡</u> ኣብኡ ምድቃስ'ዉን ኣይሓስመናን እዩ። ስለዚ ዓራቱ የንጽፈሉ ማለት ነቲ ሕማሙ ከም ዝቕበሎን ከም ዝጸናንዓሉን ይገብሮ ማለት እዩ። ስ ለዚ ኣብቲ ንክብሩ ኢሉ ዝገበሮ ከምዚ ዝበለ ርድኢት ክህልወና የድሊ።

## ንሕማምና ረድኤት ካበይ ኢና ክንደሊ?

ናይ ኩሉ ነገርና ረድኤት ካብ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ። ካብ ካልእ ረድኤት ንጽበ እንተሊና ኣይንረክቦን ኢና። እቲ ዘይምርካብና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ክረድእ ዝክእል ኣምላኽ'ዉን ሸለል ስለ ዝበልናዮ ንርእሱ ሓጢኣት እዩ።

> ***<u>ዘዳ፡33፡29</u>*** ፡- “ዎ እስራኤል፡ ብጹእ ኢኻ፡ ብእግዚኣብሄር ዝደሓነ ህዝቢ መን እዩ ከማኻ? ዋልታ ሓገዝካ፡ ንሱ ድማ ሴፍ ሓበንካ እዩ። ጸላእትካ ክግዝኡ እዮም፡ ንስካ ድማ ኣብ ልዕሊ በረኽቶም ክትረግጽ ኢኻ።”

> ***<u>2ዜና፡25፡8</u>*** ፡- “ክትከይድ እንተ ደሌኻ ግና፡ ኪድ፡ ኣብ ውግእ በርትዕ። ግናከ ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ጸላእቲ ከውድቐካ እዩ። ከመይ ሲ <u>ኣምላኽ ንምርዳእ ኮነ ወይ ንምጥፋእ ስልጣን ኣለዎ።”</u>

> ***<u>መዝ፡27፡9</u>*** ፡- “ገጽካ ኣይትሕባኣለይ፡ ንባርያኻ ብቑጥዓ ኣ ይትደርብዮ፡ <u>ንስኻ ረዲኤተይ ኢኻ እሞ፡</u> ዎ ኣምላኽ ድሕነተይ፡ ኣ ይትጠንጥነኒ፡ ኣይትሕደገኒ።”

> ***<u>መዝ፡28፡7</u>*** ፡- “እግዚኣብሄርሲ ሓይለይን ዋልታይን እዩ፡ ልበይ ብእኡ ተወኪሉ፡ ኣነውን ተረዲኤ፡ ስለዚ ልበይ ይፍሳህ ኣሎ፡ ብመዝሙረይ ድማ ክውድሶ እየ።”

***መዝ፥40፥17*** ፡- "ኣነስ ሽጉርን መስኪንን እየ፡ እግዚኣብሄር ግና ይሓልየለይ ኣሎ። ረዳእየይን መናገፍየይን ንስካ ኢኻ፡ ኣምላኸየ ኣ ይትደንጒ።"

***ኢሳ፥41፥10*** ፡- "ምሳካ እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ኣነ ኣምላኽካ እየ እሞ፡ ኣይትሸበር፡ ከበርትዓካ፡ ክረድኣካ፡ ብየማነይቲ ኢድ ጽድቀይውን ክድግፈካ እየ።"

***ኢሳ፥50፥9*** ፡-"እንሆ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ይረድኣኒ፡ ዝኹንነኒ ደኣ መን እዩ? እንሆ፡ ኵላቶም ከም ዓለባ ክበልዩ፡ ብልዒውን ክበልዖም እዩ።"

***እብ፥13፥6*** ፡-"ስለዚ ተቢዕና፡ እግዚኣብሄር ረዳእየይ እዩ እሞ፡ ኣይክፈርህን እየ፡ ሰብከ እንታይ ክይገብረኒ? ንበል።"

ከምቲ ዘማራይ ዳዊት "ጻዕሪ እቶም ናብ ካልኦት ዝጎዩ ክበዝሕ እዩ" ዝበለ ንእግዚኣብሄር ገዲፍካ ናብ ካልኦት ጥራይ ምጒያይ ጻዕሪ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ረብሓ የብሉን፡ (መዝ፥16፥4)። እቶም ንረዲኤት ካብ ካልኦት ኣማልክቲ ዝደለይዋ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ከም ዝተቐጥዖም ታሪክ መጽሓፍ ቅዱስ ጽቡቕ ጌሩ እዩ ዝገልጸልና።

***2ነገ፥1፥2-4,17*** ፡- "ኣሓዝያ ከኣ ካብታ ኣብ ሰማርያ ዘላ ደርቢ ቤቱ ብዓይነ ርግቢ ጸደፈ እሞ ሓመመ። ሽዑ ልኡኻት ሰደደ፡ ኪ ዱ እሞ ካብዚ ሕማመይ ዝሓዊ እንተ ኮይነ፡ ንበዓል-ዜቡብ ኣ ምላኽ ዔቅሮን ሕተቱለይ፡ በሎም። ግናኸ መልኣኽ እግዚኣ ብሄር ንኤልያስ ቲስቢታዊ፡ ተንስእ፡ ነቶም ልኡኻት ንጉስ ሰማርያ ክትቀባበሎም ደይብ እሞ፡ እቲ ንበዓል-ዜቡብ ኣምላኽ ዔቅሮን ክትሓቱ ዝከድኩምሲ፡ ኣብ እስራኤልዶ ኣምላኽ የልቦን እዩ? ስ ለዚ ከኣ ርግጽ ትመውት እምበር፡ ካብቲ ደይብካዮ ዘሎኻ ዓራት ኣይትወርድን ኢኻ፡ ይብል ኣሎ እግዚኣብሄር በሎም ኢሉ፡

> ተዛረቦ። ኤልያስ ከኣ ከደ። ... ከምቲ ኤልያስ እተዛረቦ ቃል እግዚኣብሄር ድማ ሞተ። ወዲ ኣይነበሮን እሞ፣ ኣብ ክንዳኡ ዮራም ነገሰ። እዚ ከኣ ኣብ ካልኣይቲ ዓመቱ ንዮራም ወዲ ዮሳፍጥ ንጉስ ይሁዳ ኮነ።"

ሎሚ'ዉን ንጥዕና ካብ ጠንቆልትን ካብ ኣስማተ ታትን ዝደልይዋ ሰባት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ንጥዕና ካብ ሰይጣንን መዓይይቱን ዝደልይዋ ኩላቶም መምለክቲ ጣኦት እዮም። ዋላኳ ንግዚኡ ዝሓወዩ መሲልዎም እንተ ተጠበሩ፣ ብኣንጻሩ ብዝከፍአ ናይ ነፍሲ ሕማም ተለኪፎም ከም ዘለዉ ክዝንግዑ ኣ ይግባእን። ካብ ጥዕና ስጋ ሒዝካ ምስ ሰይጣን፣ ሕማም ስጋ ሒዝካ ምስ ኣ ምላክ ከም ዝሓይሽ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ።

## ሕክምናን መድሃኒታቱን

ሕክምናን መድሃኒታቱን ኣብ ዝኮነ ይኩን ካልእ ኣምልኮ ዘይተሰረተ፣ ብሳይንሳዊ ምርምር ካብቲ እግዚኣብሄር ዝፈጠሮ ፍጥረት ንወዲ ሰብ ዝኸዉን መድሃኒት ብምምሃዝ ዝሰርሕ ስነ-ፍልጠት እዩ። ሎሚ እዚ ጥበብ እዚ እግዚኣ ብሄር ንወዲ ሰብ እንተ ዘይገልጸሉ መዓልታዊ ክጠፍእ ዝክእል ህይወት ሰብ ከ ም ዘሎ መዛግብቲ ትካላት ጥዕና ብምርኣይ ጥራይ ክብጻሕ ዝክእል ሓቂ እዩ።

ኩሉ መድሃኒት ዝወሰደ ሰብ ኣይሓውን እዩ። እግዚኣብሄር ዘይፈቕደ ክነሱ መድሃኒት ዘሕወዮ ወይ ካብ ሞት ዝመለሶ ሰብ ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ኣ ይከኣልን። ብስጋ ለበስ ሰብ ዝተማህዘ መድሃኒት ንፍቓድ እግዚኣብሄር ግዚሱ ን ኣሰራርሓ እግዚኣብሄር ክልውጥ ኣይክእልን እዩ። እቶም ንእግዚኣብሄር ገዲፎም ንምሕረት ካብ ሓካይም ጥራይ ዝደለይዋ ሰባት እግዚኣብሄር ኣይተሓጎ ሰሎምን።

> <u>***2ዜና፣16፣12,13***</u> ፡- "ኣሳ ከኣ ኣብ መበል ሰላሳን ትሽዓተን ዓ መት መንግስቱ ኣእጋሩ ሓመመ፣ እቲ ሕማሙ ኣዝዩ ብርቱዕ ኮነ። <u>በቲ ሕማሙ ግና ንሓኪማት እምበር፣ ንእግዚኣብሄር ኣይደለዮን።</u> ኣሳ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ እሞ፣ ኣብ መበል ኣርብዓን ሓደን ዓ መት መንግስቱ ሞተ።"

<u>***ማር፣5፣25-29***</u> ፡- "ካብ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ሒዙ ደም

ዛሕዛሕ ዝብላ ሰበይቲ ነበረት። ንሳ ብብዙሓት ሓኪማት ብዙሕ ተሳቐየት፡ ኩሉ ገንዘባውን ወድኣት፡ ግናከ ገደዳ እምበር፡ ኣ ይጠቐማን፡ ብዛዕባ ኢየሱስ ምስ ሰምዐት፡ ክዳኑ ጥራይ እንተ ተን ኬኩ፡ ክሓዊ እየ፡ ኢላ ኣላ እሞ፡ ብማእከል እቶም ህዝቢ ብድሕሪኡ መጺኣ ክዳኑ ተንከየት። ብኡ ብኡ ዓይኒ ደማ ነቐጸ፡ ካብ ሕማማ ከም ዝሓወየት ከኣ ብነፍሳ ተፈለጣ።”

እዞም ሰባት እዚኣቶም ናብ ሓኪም ስለ ዝከዱ ኣይበደሉን። ኣብቲ ናይ ሓኪም ስራሕ፡ ናይ እግዚኣብሄር ረድኤት ስለ ዘይደለዩ ጥራሕ እዮም በዲሎም። ቀደሙዉን እንተ ኮነ እግዚኣብሄር ንግብሩ ብሰባት ገይሩ እዩ ዝፍጽሞ። ስለዚ ኣብቲ ብስጋ ዝለበሱ ሰባት ዝዓዩ ኣምላክ ገዲፍና፡ ኣብቲ ስጋ ዝለበሰ ሰብ ምስ እንውከል እዩ ሐጢኣት ዝኮነና።

***መዝ፡54፡4*** ፡- “እንሆ፡ ኣምላክ ረዳእየይ እዩ፡ ጐይታይሲ ኣብ ማእከል እቶም ንነፍሰይ ዝድግፍዋ እዩ።”

***ኤር፡17፡5-8*** ፡- “እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ሰብ ዝውከል፡ ቅልጽሙ ከኣ ኣብ ስጋ ዝገብር፡ ብልቡውን ካብ እግዚኣ ብሄር ዝርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ። ንሱ ከም ንቑጽ ቖጥቋጥ ኣብ በረካ እዩ፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ፡ ኣብ ምድረ በዳ፡ ኣብቲ ሓደ እኳ ዘይነብሮ ምድሪ ጨው ይነብር እምበር፡ ጥዑም ምስ መጸስ፡ ኣ ይርእዮን። ኣብ እግዚኣብሄር ዝውከል፡ ትጽቢቱ ከኣ ኣብ እግዚኣ ብሄር ዝገብር ሰብ ብሩክ እዩ። ንሱ ከምታ ኣብ ጥቓ ማይ እተተክለት፡ ሱራ ኣብ ርባ ኣቢሉ ዜሳፍሕ ኦም እዩ፡ ዋዒ እንተ መጸ፡ ኣይትፈርህን፡ ቆጽላ ከኣ ለሚዑ ይነብር። ብዓመት ደርቂ ኣ ይተንክርን፡ ካብ ምፍራይውን ኣይተቋርጽን።”

***መዝ፡118፡9*** ፡- “ካብ ኣብ መሳፍንቲ ምውካልሲ ኣብ እግዚኣብሄር ምዕቋብ ይሓይሽ።”

***መዝ፡146፡3*** ፡- “ብመሳፍንቲ፡ በቲ ክረድእ ዘይከኣሎ ወዲ ሰብ ኣይትወከሉ።”

**ኢሳ፥30፥2,3** ፦ "ብሓይሊ ፈርኦን ክትሕይሉ፥ ኣብ ጽላል ግብጺ ከኣ ክትጽግዑ ኢልኩምሲ፥ ናብ ግብጺ ትወርዱ ኣለኹም፥ ግናከ ን ኣፈይ ኣይሓተትኩምን። ስለዚ እቲ ሓይሊ ፈርኦን መነወሪኹም እቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ግብጺ ምጽጋዕኩም ድማ መሕፈሪኹም ክከውን እዩ።"

**ኢሳ፥31፥1,3** ፦ "እቶም ረድኤት ደልዮም ናብ ግብጺ ዝወርዱ፥ እሙንቶኦም በፍራስ ዝገብሩ፥ ኣብ ዓረብያታት፥ ብዙሓት ስለ ዝኾና፥ ኣብ ፈረሰ ታት ድማ ብርቱዓት ስለ ዝኾኑ፥ ዝውከሉ ወይልኦም። ናብቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ግና ኣይጥምቱን፥ ን እግዚኣብሄር ከኣ ኣይደልይዎን። ... እምበኣርከ ግብጻውያንሲ ሰብ እዮም፥ ኣምላኽ ኣይኮኑን፥ ኣፍራሶም ከኣ ስጋ እዮም፥ መንፈስ ኣ ይኮኑን። እግዚኣብሄር ኢዱ ምስ ዝዝርግሕ ከኣ፥ እቲ ረዳኢ ይዕን ቀፍ፥ እቲ ተራዳኢውን ይወድቕ እሞ ኩላቶም ሓቢሮም ይጠፍኡ።"

**ኢሳ፥36፥6** ፦ "እንሆ፥ በቲ ስቡር ምርኩስ ሻምብቆ፥ ብግብጺ፥ ትውከል ኣሎኻ፥ ሰብ እንተ ተመርኰሶ፥ ኣብ ኢዱ ይኣቱ እሞ የንኵሎ። ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ከኣ ነቶም ዝውከልዎ ኩሎም ከ ምኡ እዩ።"

## 4. ሕማምን ሉኣላዉነት እግዚኣብሄርን

ዝኾነ ይኩን ናይ ስሕተት ምንቅስቓስ ቀዳማይ ሸቶኡ ንእግዚኣብሄርን ክብሩን ምውቃዕ እዩ። ጉዳይ ሕማም ንእኡ መጋበርያ ደኣ እምበር ዕላማ ኣይኮ ነን። ብናይ ሕማም ኣምሲሉ ንስልጣንን ሉኣላውነትን ናይ እግዚኣብሄር ክግህስ፥ ትውክልቲ ሰባት ኣብ ኣምላኽ ክዕንቅፍ፥ ሰባት ንሰይጣን ምልኪ ክህቡን ክምብርከኩን ምግባር እዩ ዕላምኡ። ስለዚ በዚ ብሂላት'ዚ ጌሩ ናበይ ከብጽሓካ ይደሊ ከም ዘሎ ከይፈለጥካ ደድሕሪኡ ምስዓብ፥ ጸኒሕካ ክትምለሰሉ ናብ ዘይትክእል ደልሃመት እዩ ዘእትወካ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ድማ ናብ ምክሓድ ሉኣላውነት እግዚኣብሄር ከብጽሓና ኢሉ ዝተበገሰ መንገዲ ሞት እዩ። ብፍቓድ እግዚኣብሄር ጌሮም ክረትዕዎም ንዝደለዩ ሰባት መዕበሲ ኣፍ ክከውን ዝተዘርበ ዘግናኒ ብሂላት እዚ ዝስዕብ እዩ።

- *ፈጺምኩም፥ ፈጺምኩም፥ ፈጺምኩም ናብ እግዚኣብሄር ኬድኩም "ፍቓድካ እንተ ድኣ ኮይኑ" ክይትብሉ። ከምዚ ዝበለ እምነትካ ዘዕኑ ቃላት ካብ ኣፍኩም ክወጽእ ኣይተፍቕዱ። "ፍቓድካ እንተ ድኣ ኮይኑ" ኢልኩም እንተ ጸሊኩም፥ እምነትኩም ክትዓኑ ኢያ። ጥርጥር መጺኡ ን ህይወትኩም ከዕለቕልቖ እዩ፥ ካብ ከምዚኣቶም ዝበሉ እምነትካ ዝዘርፉ፥ ናብ ታሕቲ ዝጐቱ ቃላት ነፍስካ ክትሕሉ ይግብኣካ።*[147]

  *ቤኒ ሂን* (Benny Hinn)

- *"ፍቓድ እግዚኣብሄር ክፍጸም ኢልካ ምጽላይ ናይ ብሓቂ ዕሽነት* (Stupidity) *እዩ። መስሓቒ ድራማን፥ ኣብ ልዕሊ ናይ እግዚኣብሄር ፍህመት* (Intelligence) *ድማ ጸርፊ እዩ። ንእግዚኣብሄር "ፍቓድካ ይ ኩን፥ ወይ ፍቓድካ እንተ ድኣ ኮይኑ፥ ኢልካ ክትጽሊ ናይ ግድን እንተ ኮይኑካ፥ ንእግዚኣብሄር "ዓሻ" ኢልካ ትጽውዖ ኣለካ ማለት እዩ።*[148]

  *ፍረደሪክ ፕራይስ* (Frederick K.C. Price)

ካብዚ ዝከፍእ ጥረ ክሕደት ክዝረብ ይከኣል እዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣ ይመስለንን። "ንእግዚኣብሄር ፍቓድካ እንተ ድኣ ኮይኑ እንተ ኢልካዮስ ትጸርፎ ኣለካ" ዝብል ብሂል፥ መበቆል ናይዚ ክሕደት ካበይ ከም ዝኮነ ዘግህድ፥ ነቲ ዝተከድኖ ቆርበት ገሊሁ ተኾላነቱ ዘቃልዕ፥ ናይ መወዳእታ ክሕደት እዩ። ብኣንጻሩ፥ ቃል እግዚኣብሄር ንፍቓዱ ንምፍላጥ ክንብህግ፥ ኣነጺርና ክንፈልጦ፥ ኣብ መወዳእታውን ብመሰረት ፍቓዱ ጥራይ ክንነብርን ክንመላለስን እዩ ዝምዕ ደና።

## ፍቓድ እግዚኣብሄር

ሕመረት ናይ ኩሉ ፍጻሜታት ፍቓድ እግዚኣብሄር እዩ። ኣሸንኲይ ሰብን ተግባራቱን ኣዕዋፍ እኳ ብዘይ ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣይወድቃን እየን። ምእታውና ምውጻእና ኩሉ ብኣናን ኣብ ዙርያናን ዝተከስቱን ዝከሰቱን ነገራት እግዚኣብሄር ክፍጸሙ እንተ ዘይፈቒዱ ብዝኮነ ይኩን ተኣምራት ክፍጸሙ ኣ ይክእሉን እዮም። ስለዚ ከኣ እዮም ሃዋርያትን ኩሎም ካልኦት ቅዱሳንን ንምን ቅስቓሶም ዝኮነ ኩሉ ምስ ፍቓድ እግዚኣብሄር እናተሓሓዙ ዝገልጽዎ ዝነበሩ።

<u>***ያዕ፡4፡15***</u> ፡- "<u>ጐይታ እንተ ፈቒዱ፥</u> ንሕናውን እንተ ኣሊና፥ እዚ

ወይስ እቲ ክንገብር ኢና..."

***<u>ሮሜ፤1፤9-12</u>*** ፡- "... በታ ኣብ ንሓድሕድና ዘላ እምነት ናትኩምን ናተይን፡ ኣባኩምን ምሳኩምን፡ ምእንቲ ክንጸናናዕሲ፡ ብዘይ ምቁራጽ ከም ዝሓስበኩም፡ <u>ብፍቓድ ኣምላኽ</u> እንተ ሰለጠንሲ፡ ብገለ መገዲ ኣ ብ መወዳእታ ናባኻትኩም ክመጽእ፡ ብጸሎተይ ኩሉ ሳዕ ከም ዝልምን፡ እቲ ብወንጌል ወዱ ብመንፈሰይ ዘገልግሎ ኣምላኽ ይምስክረለይ እዩ።"

***<u>ሮሜ፤15፤30-32</u>*** ፡- "ኣሕዋተየ፡ ካብቶም ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ዘይኣምኑ ክድሕን፡ ኣገልግሎተይ ንየሩሳሌምውን ኣብቶም ቅዱሳን ስሙር ምእንቲ ክኸውን፡ ምሳኻትኩም ምእንቲ ክዓርፍሲ፡ <u>ብፍቓድ ኣምላኽ</u> ብሓጎስ ናባኻትኩም ክመጽእ፡ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ብፍቕሪ መንፈስን ብጸሎትኩም ምእንታይ ምሳይ ናብ ኣምላኽ ክትጋደሉ፡ እምዕደኩም ኣለኹ።"

***<u>ማቴ፤10፤29</u>*** ፡- "ክልተ ዑፍደ ብኣሳርዮን ይሽየጣ ኣይኮናን? ሓንቲ ካባታተን <u>ብዘይ ፍቓድ ኣቦኹም</u> ኣብ ምድሪ ኣይትወድቕን።"

***<u>ግብ፤18፤21</u>*** ፡- "በዚ ዚመጽእ በዓል ብዘበልኩ ኣቢለ ኣብ የሩሳሌም ክውዕል ይግብኣኒ እዩ፡ <u>ኣምላኽ እንተ ፈቒዱ ከኣ</u>፡ ናባታትኩም ክምለስ እየ፡ ኢሉ ተሳናበቶም። ካብ ኤፌሶን ከኣ ብመርከብ ከደ።"

***<u>1ቈረ፤4፤19</u>*** ፡- "መንግስቲ ኣምላኽ ብሓይሊ እምበር፡ ብዘረባ ኣይኮነትን ዘላ እሞ፡ <u>ጐይታ እንተ ፈቒዱስ፡</u> ቀልጢፈ ናባኻትኩም ክመጽእ እየ፡ ሽዑ ሓይሊ እቶም ንፉሓት ክፈልጥ እየ እምበር፡ ቃሎም ኣይኮነን።"

***<u>እብ፤2፤3-4</u>*** ፡- "ምስናይዚ ድማ፡ ኣምላኽ <u>ከም ፍቓዱ</u> ብትእምርትን ብተኣምራትን በበይኑ ብዝኾነ ሓይልታትን ብምዕዳል መንፈስ ቅዱስን እናመስከረ፡ ንሱ ከኣ ብጐይታ ኪንገር ዝጀመረ፡ ካብቶም ዝሰምዕዎ ከኣ ኣባና ዝጸንዔስ፡ ንሕና ግዳ ክንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል፡ ከመይ ጌርና ክንመልቕ ይከኣለና?"

ፍቓድ እግዚኣብሄር ወርትግ ጽቡቕ እዩ። ኣምላኽ ንዓና ዘለዎ ሓሳብን ፍቓድን ሰናይን መፈጸምታ ዘለዎን እዩ። ስለዚ ፍቓድና ሓዲግና ነፍስና ናብ ፍቓዱ ኣሕሊፍና እንተ ሂብናዮ ብዘሐጉስ መፈጸምታ ደኣ ንባረኽ እምበር እን ጠዓሰሉ ታሪኽ ከም ዘይህልወና ርጉጽ እዩ።

***__ፊሊ፡2፡12-13__***፡- ደጊም፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ እቲ __ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኢሉ፡__ ኣባካትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ከየሎኹ ግዳ እቲ ዝበዝሕ እምበር፡ ከለኹ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከ ምቲ ኩሉ ሳዕ እተኣዘዝኩም፡ ብፍርሃትን ራዕድን ንምድሓንኩም ፈጽሙ።"

***__ኢሳ፡55፡8__***፡- "ሓሳባተይ ሓሳባትኩም ኣይኮነን፡ መገድታትኩም ከኣ መገድታተይ ኣይኮነን፡ ይብል እግዚኣብሄር።"

***__ኤር፡29፡11__*** ፡- "ኣነ ዝሓስበልኩም ዘለኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ ሓሳብ ድሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣ ይኮነን፡ ይብል እግዚኣብሄር።"

***__ኤር፡32፡41__*** ፡- "ሓጐሰይሲ ሰናይ ክገብረሎም እዩ። ብኹሉ ልበይን ብኹሉ ነፍሰይን ብሓቂ ኣብዛ ሃገር እዚኣ ክተክሎም እየ።"

እቲ ኣዝዩ ግሩም ኣርኣያ ዝሓደገልና ጐይታናን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ብፍቓዱ ምስ ኣቦ ሓደ ክነሱ፡ ካብ ናይ ኣቦ ዝንእስ ዝኮነ ይኩን ፍቓድ ዘይብሉ ክነሱ፡ ንዓና ትምህርቲ ምእንቲ ክህብ፡ ፍቓድ እቲ ዝለኣኮ ኣቦ እምበር ፍቓዱ ከም ዘይደሊ ደጋጊሙ ኣረጋጊጹ እዩ። እቲ ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ዝኮነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቓድ ኣቦኡ ንምፍጻም ክሳዕ ክንድዚ ዝተወፈየ፡ ንሕና እቶም ስጋን ደምን ጥራሕ ዝኮንና፡ ኣብ ስጋና ድማ ሓንቲ ሰናይ እኳ ዘይብልና ሰባት ማዕረ ክንደይ ንፍቓድ እግዚኣብሄር ክንጸምኦን ክን ገብሮን ዘይግባእ!!

***__ዮሃ፡5፡30__***፡- "ካብ ርእሰይ ገለ ክገብር ኣይክእልን። __ፍቓድ እቲ__

ዝለኣከኒ እምበር፥ ፍቓደይ ኣይደልንየ እሞ፥ ኣነ ከምቲ ዝሰማዕክዎ እየ ዝፈርድ፥ ፍርደይ ከኣ ቅኑዕ እዩ።"

***ዮሃ፥6፥38-40***፡- "ኣነ ፍቓድ እቲ ዝለኣከኒ እምበር፥ ፍቓደይ ምእንቲ ክገብር ኣይኮንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘሎኹ። ንወዲ ርእዩ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረክብ፥ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከተንስኦ፥ እዚ ፍቓድ ኣቦይ እዩ እሞ፥ ካብቲ ንሱ ዝሃበኒ ዘበለ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከተንስኦ እምበር፥ ሓደ እኳ ከየጥፍእ፥ እዚውን ፍቓድ እቲ ዝለኣከኒ እዩ።

***ማቴ፥26፥39***፡- "ቅሩብ ርሒቕ ኢሉ ብገጹ ተደፊኡ ጸለየ በለውን፥ ኣቦይ፥ ዝከኣል እንተ ኮይኑስ፥ እዛ ጽዋእ እዚኣ ካባይ ትሕለፍ። ግናከ ንስካ ከም እትደልዮ እምበር፥ ኣነ ከም ዝደልዮ ኣይኩን።"

***ሉቃ፥22፥42*** ፡- "ኣቦይ፥ ፍቓድካ እንተ ኮይኑስ፥ ነዛ ጽዋእ እዚኣ ካባይ ኣሕልፋ። ግናከ ፍቓድካ እምበር፥ ፍቓደይሲ ኣይኩን፥ እናበለ ጸለየ።"

ስለዚ ከኣ እዩ ቃል እግዚኣብሄርን ኣርኣያ ናይ ቅዱሳን ኣቦታትን ን ፍቓዱ ክንስዕብ ወርትግ ዘተሓሳስበና። ኣቦና ዳዊት ፍቓድ እግዚኣብሄር ን ምግባር ብርቱዕ ባህጊ ኣሕዲሩ፥ ፍቓዱ ንምግባር ምእንቲ ክመሃር ጸልዩ፥ ኣብ መወዳእታ ድማ ንፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ዘመኑ ኣገልጊሉ ከም ኩሉ ሰብ ዓሪፉ። በዚ ህይወት እዚ ቅዱስ ቅንኣት ቀኒእና ፍቓዱ ንምፍላጥን ንምግባርን ብርቱዕ ባህጊ ከነሕድር ሕጂውን ፍቓዱ እዩ።

***መዝ፥40፥7,8***፡- "ሽው፥ እኔኹ መጻእኹ፥ ኣብቲ ጥቕሉል መጽሓፍ ስለይ ተጻሒፉ ኣሎ። ኣምላከየ፥ ፍቓድካ ንምግባር ባህጊ ኣሎኒ፥ ሕግካውን ኣብ ውሽጢ ልበይ እዩ፥ በልኩ።"

***መዝ፥143፥10፥-*** "ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ እሞ፥ ምግባር ፍቓድካ መሃረኒ፥ ሰናይ መንፈስካ ብቕኑዕ መንገዲ ይምርሓኒ።"

***ግብ፥13፥36***፡- "ዳዊት ብዘመኑ ንፍቓድ ኣምላኽ ምስ ኣገልገለ ዓ

ረፌ፥ ናብ ኣቦታቱውን ተጸምበረ፥ ጥፍኣት ከኣ ረኣየ።"

***ማቴ፥6፥10***፡- "መንግስትካ ትምጻእ፥ ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ፥ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኩን።"

***1ጴጥ፥4፥1,2***፡- "ደጊም ክርስቶስ ምእንታና ሓሳረ መከራ ካብ ጸገበስ፥ ብስጋኡ መከራ ዝጸግብ፥ ንሱ ንሓጢኣት ሓዲግዎ እዩ እሞ፥ እቲ ብስጋ ዝተረፈ ዘመን ንፍቓድ ኣምላክ እምበር፥ ንፍትወት ሰብ ምእንቲ ከይትነብሩ፥ ንስካትኩምውን ነዚ ሓሳብ እዚ ከም ኣጽዋር ጌርኩም ሓዝዎ።"

ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምኳኑ ዘይፈለጠ ሰብ ንምድሓን ክልብም ኣ ይክእልን እዩ። ንህይወት ብሃሰስ (trial and error) ስለ ዝከዳ ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ይጉዳእ። ካብ ኣምላክ ዘይኮነስ ካብ ጌግኡ (ጉድኣቱ) እናተማህረ እዩ ዝከይድ። ፍቓድ እግዚኣብሄር ግን ብተራን ዓለማውን ኣእምሮ ኣይፍለጥን እዩ። መንገድታትናን ሓሳባትናን ካብ ናይ እግዚኣብሄር ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ዝርሕቕ ስለ ዝርሕቕ ናብቲ ሰማያዊ ኣምላክ ዘይቀረበ ዘይተለወጠ ኣእምሮ ሒዝካ ንፍቓድ ኣምላክ ክትፈልጦ ማለት ዘበት እዩ። እግዚኣብሄር ነቲ ክቡር ፍቓዱ ኣብ ዘይተለወጠ ምድራዊ ሓሳብ ዝሓስብ ሰብ፥ ኣብ ሕሱር ኣእምሮ ከ ቐምጦ ፍቓደ ኣይኮነን። "ቅዱስ ነክላባት ኣይትሃቡ፥ ዕንቁኩም ድማ ኣብ ቅድሚ መፋልስ ኣይትደርብዩ" ዝበለ ጐይታ ነቲ ቅዱስ ፍቓዱ፥ ናብቶም ናብ ትፍኦም ዝምለሱ፥ በቲ ክቡር ነገርካ ጌሮም ተመሊሶም ክትርቱርካ ናብ ዝደልዩ ብሓሰማን ብኣክላባትን ዝምሰሉ ሰባት ኣሕሊፉ ክህብ ኣይደልን እዩ (ማቴ፥7፥6፣ 2ጴጥ፥2፥22)።

***ኤፌ፥5፥17***፡- "ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምኳኑ ኣስተውዕሉ እምበር፥ ዓያሱ ኣይትኹኑ።"

***ሮሜ፥12፥1,2***፡- "እምበኣርሲ ኣሕዋተየ፥ ንስጋኩም ህያውን ቅዱስን ንኣምላክ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፥ ብምሕረት ኣምላክ እምዕደኩም ኣለኹ። እዚ ማለት እቲ ናይ ኣ

እምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ። እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ክትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።"

ንፍቓድ ኣምላኽ ዝፈልጥን ዝገብርን ሰብ ዝረክቦ ጥቕሚ ቆጺርካ ዘይውዳእ እኳ እንተ ኮነ፡ ንኣብነት ክኸውን ዝኽእል ሓደ ኸኣ እቲ ዝበልዖ ዝስተዮን ንርአ

1. ፍቓድ እግዚኣብሄር ዝደልን ዝገብርን ሰብ ጸሎቱ ይስማዕ ዝገብሮ ድማ ይሰልጦ።

    **1ዮሃ፡5፡14**፦ "ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ፡ ይሰምዓና እዩ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ።"
    **ዮሃ፡9፡31**፦ "ንኣምላኽ ዝፈርህ ፍቓዱ'ውን ዝገብር እንተሎ፡ ንእኡ ይሰምዖ እምበር፡ ኣምላኽ ንሓጥኣን ከም ዘይሰምዖም፡ ንፈልጥ ኢና።"

2. ፍቓድ እግዚኣብሄር ዝደልን ዝገብርን ሰብ ናይ ምልላይ ዓቕሙ ይዓቢ። ኣብ መንጎ ክቡርን ሕሱርን፡ ቅዱስን ርኩስን ንኣምላኽ ዝእዘዝን ዘይእዘዝን ዘሎ ፍልልይ ኣነጺርካ ክትፈልጥ ይረድእ እዩ።

    **ዮሃ፡7፡17**፦ "ፍቓዱ ክገብር ዚደሊ እንተሎ፡ ንሱ ብዛዕባ ትምህርተይ ካብ ኣምላኽ እንተ ኰይኑ፡ ወይስ ካብ ርእሰይ እንተ ኰይነ ዝዛረቦ ዘለኹ፡ ክፈልጥ እዩ።"

    **ኤር፡15፡19**፦ "ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንተ ተመለስካስ ክመልሰካ እየ፡ ኣብ ቅድመይ ከኣ ደው ክትብል ኢኻ። ነቲ ክቡር ካብቲ ሕሱር እንተ ፈሊኻዮ፡ ከም ኣፈይ ክትከውን ኢኻ። ንሳቶም ይምለሱኻ እምበር፡ ንስኻስ ኣይትመለሶም።"
    **ሚል፡3፡18**፦ "ንስኻትኩም ድማ ከም ብሓድሽ ነቲ ኣብ መንጎ ጻድቕን ረሲእን፡ ኣብ መንጎ እቲ ንኣምላኽ ዝግዝኦን ዘይግዝኦን ዘሎ ምፍልላይ ክትርእዩ ኢኹም"።

3. ፍቓድ እግዚኣብሄር ዝደልን ዝገብርን ሰብ ምስ እግዚኣብሄር ዘለዎ ዝምድና እናሓየለን እናዓሞቐን ይከይድ። ንክርስቶስ ሓውን ሓብቱን ይኸዉን።

> ***ማቴ፣12፣47-50*** ፡- "ሓደ ከኣ፣ እንሆ፣ ኣዴኻን ኣሕዋትካን ክዛረቡካ ደልዮም፣ ኣብ ወጻኢ ደው ኢሎም ኣለው፣ በሎ። ንሱ ግና ነቲ ዝነገሮ፣ ኣደይ መን እያ? ኣሕዋተይሲ እንመን እዮም? ኢሉ መለሰሉ። <u>ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዝገብር</u> ዘበለ ኩሉ፣ ንሱ ሓወይን ሓብተይን ኣደይን እዩ፣ ኢሉ ኢዱ ናብ ደቀ መዛሙርቱ ዘርጊሑ፣ ኣደይን ኣሕዋተይንሲ እነው፣ በለ።"

4. ልዕሊ ኩሉ ከኣ ፍቓድ እግዚኣብሄር ዝደልን ዝገብርን ሰብ ናብ መንግስቲ ኣምላክ ይኣቱ።

> ***ማቴ፣7፣21***፡- "<u>ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዝገብር</u> ደኣ እምበር፣ ጐይታይ፣ ጐይታይ፣ ዝብለኒ ኩሉ፣ መንግስተ ሰማያት ዝኣቱ ኣይኮነን።"

እግዚኣብሄር ነቶም ካብ መንገዲ ዝወጹ ሰባት ንንስሓ ዝከውን ዕድል ምእንቲ፣ ክህቦም ብህድኣት እናገንሐ ፍቓዱ ንምግባር የዉጽኦም፣ ፍቓድ ኣ ምላክ ቅድስናና እዩ ብዘይ ቅድስና ገጽ እግዚኣብሄር ክንርኢ ኣይከኣልናን እዩ።

> ***2ጢሞ፣2፣25-26*** ፡- "ምናልባሽ እግዚኣብሄር ንሓቂ ምእንቲ ክፈልጥዋ ኢሉ፣ ንስሓ እንተ ሃቦም፣ ንሱ ነቶም ተጻረርቲ ብህድኣ ት እናገንሖም፣ <u>ፍቓድ ኣምላክ ኪገብሩ ኢሉ ምስ ኣውጽኦም</u>፣ ን ሳቶም ካብ መፈንጠራ ድያብሎስ ኣምሊጦም ናብ ልቦም ይምለሱ እዮም።"

> ***1ተሰ፣4፣3*** ፡- "<u>ፍቓድ ኣምላክ እዚ እዩ፣</u> ቅድስናኹም። ካብ ምንዝርና ክትርሕቁ ..."

> ***እብ፣12፣14*** ፡- "ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይክ ርእዮን እዩ እሞ፣ ንቅድስናን ንሰላም ምስ ኩሉ ሰብን ሰዓብወን"

ንሕና ብገዛእ ዓቕምና ጥራይ ፍቓድ ኣምላኽ ክንገብር ኣይንክእልን ኢና። እቲ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትክእሉን ኢኹም ዝበለ ጐይታ እንተ ዘይረዲኡና ፍቓዱ ኣብ ልዕሌናን ብኣናን ተፈጺሙ ክንርእዮ ዘለና ዕድል ኣዝዩ ዝጸበበ እዩ። ምስቲ ኩሉ ዝክእል ክኢላ ጐይታ ኬንና ዘይንክእሎ ነገር ድማ ኣይክህሉን እዩ።

> ***እብ፤13፤21***፡- "ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዘብሎ ኣባካትኩም እናገበረ <u>ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ኩሉ ፍቓዱ ክትገብሩ የብቅዕኩም።</u> ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንእኡ ክብሪ ይኩኖ። ኣሜን።"
>
> ***2ቈረ፤3፤4-6***፡- "ብክርስቶስ ግና ኣብ ኣምላኽ ከምዚ ዝበለ እምንቶ ኣላትና፤ <u>ክእለትና ካብ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ካብ ርእስና ገለ ከም ዘምጻእና፡ ሓንቲ እኳ ክንሓስብ ኣይከኣለናን እዩ።</u> ፊደል ይቐትል፡ መንፈስ ግና ህያው ይገብር እዩ እሞ፡ ንሱ ከኣ ንናይ መንፈስ እምበር፡ ንናይ ፊደል ዘይኮነ ኣገልገልቲ ሓድሽ ኪዳን ክንከውን ከኣለቲ ገበረና።"

# መከራ፣ መምዘኒ ብቕዓት እዩ

እዞም ናይ ስሕተት ሃዋርያት ካብቲ ቀንዲ ዝጸልእዎ ነገራት ሓደ፣ ምእንቲ ወንጌል ክርስቶስ ኢልካ መከራን ሰማእትነትን ምቕባል እዩ። ምክንያቱ ድማ እቲ ሓቀ ወንጌል ዘይብሎም ክነሶም፣ ነቲ ብእኡ ምክንያት ዝመጸ መከራ ምቕባል ክወሓጠሎም ኣይሕሰብን እዩ። ንሳቶም ንእኡ ዝመስል ካልእ ወንጌል ሰኒያም ብእኡ ክሕንቅቑ ክብልጽጉ፣ ንክብዶም ከምልኩ፣ ንርእሶም ከዕ ብዩ እዮም ዝደልዩ። ኣብ ሕሉፍ ህይወቶም ገና ናብቲ ስሕተት እቲ ከይወደቑ ከለው ብዛዕባ ዘጋጠሞም መከራታት ሎሚ ንድሕሪት ተመሊሶም ብዙሕ ከም ዝጠዓሱሉ እዮም ዝዛረቡ። ብዛዕባ ኣገዳስነት መከራን ሰማእትነትን ምስ ተሓተቱ ዝበልዎ ምንባብ ኣካሊ እዩ። መከራ ምቕባል ፈጺሙ ዘይኮነሎም ምኳኑ እኳ ክሓብኡ እንተ ዘይከኣሉ፣ ኣተሃድማ ዕቡያት ዝዓይነቱ መግለጺታት ብምብዛሕ፣ ነቲ ተኾላነት ብናይ በጊዕ ቆርበት ንምክዳኑ ፈቲኖም እዮም። ያእቆብ፣ እቲ ብድምጹ ነገስታት ዘርዕድ ዝበልዎ ሃዋርያ፣ ንጐይታ እታ ንስካ እትሰትያ ጽዋእ ክሰቲ እየ” ስለ ዝበለ እዩ፣ ቅድሚ ኩሎም ሃዋርያት ዝተሰውአ ይብሉ ኣለው። እስኪ እቲ ምስ መጽሄት ጠሊ ሄርሞን ዝገበርዎ ቃለ መሕትት ነንብቦ።

- **ጠሊ ሄርሞን**፡- *ኣብ ሓደ ካብ ትምህርታትካ መከራ ወይስ ሞት ብሰንኪ ናትና ምእማን (Confession) እዩ ዚመጽእ ኢልካ ኔርካ (እብ፡11)። እዚ ምስ ትምህርቲ ክርስትናን ኣማውታ ሃዋርያትን ከመይ ኢሉ ይሳነ?*

**ፓስ. ተስፋጽዮን**፡- *ኣብ ግብ፡8፡1 “እስጢፋኖስ ተቐጥቂጡ ምስ ሞተ፣ ሳውል ድማ ንምቕታሉ ሰሚሩ ነበረ። በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ማሕበር ብርቱዕ ምስጓግ ኰነ። ብዘይካ ሃዋርያት ከኣ.... ኩ ሎም ..... ተበተኑ”። ምስጓግ ኰይኑ ሃዋርያት ተሪፎም፣ ንምንታይ ተሪፎም? ስደት ዝጻወር ኣሎ ስደት ዘይጸወር ከኣ ኣሎ። ቤተ ክርስትያን ደቂሳ ነይራ ክትትንስእ ከላ ስደት ይመጽእ እዩ። ኣብ ምዕራፍ 5 ቤተ ክርስትያን ክሳዕ ኣደባባይ ወጺኣ ነይራ፣ ኢድ እግዚኣብሄር ኣብ ማእከሎም ትሰርሕ ነይራ። ነቲ ኣብ ምዕራፍ 4 ዝነበረ ሰደት ከኣ ክትጥሕሶ ከላ ከኣ ንርኢ። ነቲ ሓይሊ እግዚኣብሄር ምስ ኣጥፍእዎ እሞ ብዓል እስጢፋኖስ ክነቓቕሑ ምስ ጀመሩ ቀጥዓ ተላዒሉ ሰደት መጺኡ። ሃዋርያት*

ግን መሰረቶም ክለቁ ስለ ዘይፈተው፣ ካብ የሩሳሌም እንተ ከይዶም መሰረት ክርስትና ከይበታተን ኣብ ዘለውዎ ጸኒዖም።..... ስደት ተቐበል እንተ ኢልኩምኒ ኣይቕበልን'የ እየ ዝብለኩም፣ እንተ መጸ ግን እጥሕሶ፣ እሓልፎ፣ እዚ ግን ዶክትሪን ዘይኮነስ ናተይ መምርሒ እዩ። እንተ መጸ በኞካ ኣይትምጻእ ኢለ ዝፈርሃሉ ነገር የብለይን።

ጠሊ ሄርሞን፡- ኣማኒ ብሰማእትነት እንተ ሓለፈ፣ ምናልባት ኩሉ ከይከውን ይክእል፣ "ፍቓድ እግዚኣብሄር'ዩ" ዲና ክንብል ወይስ "ል-ኡላውነቱ ከርኢ ዝገበሮ፣ ንዕኡ ከኣ ዝሃቦ" ኢና ክንብል?

ፓር.ተስፋጽዮን፡- እግዚኣብሄር ዝገበሮ ኣይኮነን ሰይጣን ዝገበሮ'ዩ። እግዚኣብሄር እሞ ስራሕና ክንፍጽም እምበር ክንመውት ኣይደልየናን'ዩ። ያእቆብን ዮሃንስን እንተ ርኢና፣ ብፍላይ ያእቆብ፣ ድምጹ ከም ነጐዳጓድ እዩ ነይሩ፣ ዘርዕድ፣ ነገስታት ከይተረፈ ዚርዕድ ስለ ዝነበረ ክንቀትሎ ኢሎም። ያእቆብ ተሰየፈ፣ ኣይሁድ ከኣ ተሓጐሶም፣ ያእቆብ ግን እንታይ ኢሉ ነይሩ? ንሰካ ክትወስዶ እትክእል ጽዋእ ክወስዶ እክእል እየ ኢሉ ነይሩ። ስለዚ ካብ ናይቲ ገንሸል ሃዋርያት ኑታ ጽዋእ መጀመርታ ዝወሰደ ንሱ ነይሩ።

ጠሊ ሄርሞን፡- ግንከ ካልኦትውን ብሰማእትነት እዮም ሓሊፎም?

ፓር.ተስፋጽዮን፡- እወ! ኩሎም ሃዋርያት ብሰማእትነት እዮም ሓሊፎም። ጳውሎስ "ጕያይ ወዲአ እምነተይ ከኣ ፈጺመ'የ" ኢሉ። ኣብ ሕብረት ኣብያተ ክርስትያን፣ "እስቲፋኖስ ዝሞተስ ነፍሰይ ተቐበል ስለ ዝበለ'ዩ" ኢልካ ኢሎሙኒ። እወ ነፍሰይ ተቐበል እንድዩ ዝበለ እሞ። ስለዚ ሓደ ምግላጽ ቆንጺልና ከም ዶክትሪን ክንወስዶ ኣይንክእልን ኢና።

ጠሊ ሄርሞን፡- እቲ ጊዜ ወይ ኪነውሕ ይክእል፣ ምናልባሽውን ሰይጣን ኣብ ዘይግዜካ ይቐትለካ ይከውን። ግን ኣብ መወዳእታስ ኣምላክ ዝመደቦ ምሕላፍዶ ኣይከውንን?

ፓ.ር.ተስፋጽዮን፡- ... ተገምሲስካ ካብ ምሕላፍ ብሰማእትነት ምሕላፍ ይሕሸኒ፡ ግን ምዱብ ጊዜ ኣለዎ። ሰይጣን ኣብ ዘይጊዜካ ኪወስደካ ዕድል ኣይትሃቦ። እግዚኣብሄር እንተ ደልዩካ ደኣ ትሓልፍ እወ፡ ናይ ግድን እዩ።

ጠሊ ሄርሞን፡- ስለዚ እቶም ኣብ እብራውያን 11 ዘለው ኣብ ዘይግዚኦም ብምኳኑ ድዩ ከም ክሳራ ተራእዩ ወይስ ....?

ፓ.ር.ተስፋጽዮን፡- ኣብኡ ብግቡእ እንተ ርኢናዮ “ገሊኣቶም ጠሓሱ” እዩ ዝብል፡ “ገሊኦም ከኣ ተመገዙ ተሰየፉ” ይብል። ኣብዚ ብግዚኦም ብዘይ ግዚኦም ክከውን ይክእል እዩ። ኩሉ ሰማእትነት ብግዚኡ ድዩ ብዘይ ግዚኡ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ ዝፈልጦ...

ጠሊ ሄርሞን፡- እቲ ጐይታ ኣብ ራእይ ዮሃንስ ኢልዎ ዘሎ “ክሳዕ ሞት እሙን ኩን ..” እንተ ወሲድና፡ ኩሉ ኪመውት ማለት ኣይኮነን፡ ብልብካ ግን ክሳዕ ሞት ተዳሎ ማለት እዩ። ብካልእ ሸነክ ከኣ “ኣይንመውትን ኢና” ይብሃል ኣሎ፡ ነቲ ቃል ብከመይ ንዓርቆ?

ፓ.ር.ተስፋጽዮን፡- ሕጂ ክመውት ዝደሊ ኣሎዶ? የለን! ኣነ ሕጂ ክመውት ኣይደልን'የ፡ ዝሰርሖ ስራሕ ኣሎኒ፡ ስርሐይ ምስ ወዳእኩ ምናልባት፡ እንተ መጺኡ'ከ ኣይፈርሆን'የ ጐይታ ግን ክሳዕ ሕጂ ከም ዝመውት ኣይነገረንን። ንዓይ ከይነገረ ከኣ ኣይወስደንን'ዩ። መከራ፡ ስደት ጽቡቕ ኣይኮነን። ፈተና ይምጽኣኒ ኢሉ ዚጽሊ እንተሎ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ኣይኮነን። ምክንያቱ ቃል ኣምላክ ፈተና ከይመጸ ኩም ንቕሑን ጸልዩን እዩ ዝብለና። እንተ ጸሊና እቲ ፈተና ኣ ይመጸናን'ዩ ዜስምዕ። መከራ ይምጽኣኒ ኢልካ ምጽባይ ግን እንታይ ኣ ድለየ ምንቕቓሕ ይምጽኣኒ ዘይብል። ፈተና በየን ይመጽእ እናበለ ካብ ዘውሪ እግዚኣብሄር በየን ይሰርሕ ዘይብል፡ ፈተና ባዕሉ'ዩ ዚምህረካ።.... ብዛዕባ መከራ ስደት ብዙሕ ክንዛረብ ንክእል ኢና፡ ጽቡቕ ግን ኣይኮነን ኣየዕብየካን እዩ። ወንጌል ክንሰብከሉ ዝግብኣና ኣብ ቤት ማእሰርቲ ጸ ኒሕና (ኣሕሊፍናዮ)፡ ኣብ ብዙሕ ቦታ ክንበጽሕ ዝግብኣና ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣቲና። ኣነ ብሰንሰለት ኣብ ዝተኣሰርኩሉ ጊዜ የማናይ ኢደይ

> *ክሳዕ ዝቀጥን እዩ ኰይኑ። ሰለስተ ወርሒ ምሉእ ኢደይን እግረይን ተኣሲረ፡ መሪቱ ምፍታሕ ኣብዩ ተቓሊሶም እዮም ፈቲሖሙኒ። ኣሎ ዝብሃል መግረፍቲ ተገሪፈ፡ ብክርቢት የዒንተይ ወጢሮም ገሪፎሙኒ፡ ካብኡ ንላዕሊ እንታይ እየ ክጽበ፡ ሰይፊ ድዩ? እመን ወይ ከሓድ ተባሂለ ኣብ ክሳደይ ሰይፊ ተነቢርለይ እዩ። ሕጂ እዚ ንሰብ ክበጽሖ ክሓስብ ከለኹ እንታይ እየ ዝሓስብ ዘለኹ? ንርእሰይ እኮ እየ ዝፈርድ ዘለኹ። ሰናይ ንፈርድ ዘሎና ኣይምሰለና። <u>መከራ ጽቡቕ ኣይኮነን ሕማቕ እዩ</u>። ዘይሓለፍናዮ እንተ ንከውንሲ ፈሪሆም ምስተባህለ። ግን ዝሓለፍናዮ እዩ እንተ መጸ ከኣ ኣይዓጅበናን እዩ።....*[160]

"ደቂ ነጐዳ" ዝብል ቅጽል ስም ስለ ዝተዋህቦ፡ "ድምጹ ከም ነጐዳ ብርቱዕ ኮይኑ፡ ንነገስታት ብድምጹ የርዕድ ነይሩ።" ዝብል ትርጉም ገና ኣብ ልዕሊ ወንጌል ዝበሃል ጽውጽዋዮም ከም ዘየብቅዐ የረድእ። ስለዚ ዮሃንስ'ውን፡ ከም ያእቆብ፡ "ወዲ ነጐዳ" ስለ ዝተባህለ ድምጹ ከምኡ ነይሩ ማለት እዩ። ምናልባት ሎሚ ባዕሎም ብመጕልሒ ድምጺ ከበሮ እዝኒ ክሳዕ ዝቕደድ ዝጭርሑ ዘለው ንናይ ዘመንና ነገስታት ንምርዓድዶ ይከውን ወይስ ነተን ዝተዘንግዓ የዋሃት ኣባጊዕ ንምድሃል ይከውን? ንሱ'ውን ከም ሓው "እወ እሰቲ" ኢ ሉ ስለ ዝነበረስ እንታይ ኮይኑ ደኣ ምስ ሓው ዘይተሰየፈ፡ እቲ መከራ ን ዘይምቕባል ዘምጽእዎ ብሂላት ናብ ዝገደደ ሓሸውየን መወዳእታ ናብ ዘይብሉ ጥፍኣት ይመርሖም ከም ዘሎ እዩ ዘርእየና።

ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን፡ ባሲለደስ ዝተባህለ ናይ ስሕተት መራሒ፡ "ሰማእትነት ከንቱ (ዘይተደላዪ) እዩ።"[169] (Martyrdon is Futile.) ይብል ነበረ። ስለዚ ከምዚ ዝዓይነቱ ክሕደት ገና ወንጌል ክሰፍሕ ኣብ ዝጀመረሉ ጊዜ ዝነቐለ ምኳኑ ክንርዳእ ንክእል።

እንተ ኮነ መከራ ንክርስትያን ከጋጥሞ ይክእል እዩ ጥራይ ዘይኮነስ ከጋጥሞ ናይ ግድን እዩ። ጐይታ ንደቀ መዛሙርቱ መከራ እንተ ኣጋጢምዎም ከይስንብዱ ኣጠንቂቕዎም ዘይኮነስ መከራ ክጽበይዎን ክብህግዎን ዝግባእ ተስፋ ምኳኑ እዩ ነጊርዎም። እዚ ኣበሃህላ እዚ ከገርመና ዝከኣል እዩ፡ እንተኮነ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ እሞ ክንቅበሎ ደኣ እምበር ክንሕሰሞ ኣይከኣልን እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኮነ እቶም ምርኡያት ሃዋርያቱ ነዚ ሓቂ እዚ ደጋጊሞም ገሊጾምልና እዮም። <u>ነዚ ሓቂ'ዚ ክንክሕዶ እንተ ኬንና፡ መከ</u>

ራ ንክርስትያን ከም ዘይምልከቶ ጌርና እንተ ኣመንና፡ ክርስትያን ዘይምኳንና ካብ ምርግጋጽ ሓሊፍና ከነስዕቦ እንክእል ካልእ ዝከፍአ ሳዕቤን የለን።

ጐይታ ኣብታ ቀዳመይቲ ናይ ከረን ስብከቱ ብዛዕባ ብጽእና ክሰብክ ከ ሎ፡ እታ ናይ መወዳእታን መዛዘሚትን ብጽእና ብመከራ እትርከብ ምኳና ኣ ብሪሁ እዩ።

> ***ማቴ፡5፡10-12*** ፡- “ምእንቲ ጽድቂ ዝስደዱ፡ መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፡ ብጹኣን እዮም። እንተ ጸረፉኩምን እንተ ሰጐጉኩምን ምእን ታይ ድማ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩምን፡ ብጹኣን ኢኹ ም። ከምኡ ከኣ ቅድሚኹ ም ንዝነበሩ ነብያት ሰጕጒምዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ሰማያት ዓስብኩም ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ተሓጐሱ ባህ'ውን ይበልኩም።”

> ***1ጴጥ፡4፡13-16*** ፡- “ብምግላጽ ግርምኡ ድማ ክትሕጐሱን ባህ ክትብሉን ኢኹም እሞ፡ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ እትኾኑስ፡ ተሓጐሱ ደኣ። ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንተ ተጸረፍኩም፡ እቲ ናይ ክብርን ናይ ኣምላኽን መንፈስ ኣባካትኩም ይሓድር እዩ እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም። ሓደ ካባካትኩም ከም ቀታሊ፡ ወይስ ከም ሰራቒ፡ ወይስ ከም ገባር እከይ፡ ወይስ ኣብ ነገር ካልኦት ከም ዝጽንበር ኮይኑ መከራ ኣ ይጽገብ። ከም ክርስትያን መከራ እንተ ጸገበ ግና፡ ስለ እዚ ስም'ዚ ን ኣምላኽ የመስግኖ እምበር፡ ኣይሕፈር።” ብምባል ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ከተባብዖም ከሎ ተራእዩ

ሃዋርያ ጴጥሮስ ቅድሚ ከምዚ ኢሉ ምጽሓፉ ነዚ ክውንነት እዚ መጀ መርታ ኣብ ህይወቱ ጥዒሙ ሓቅነቱ ኣረጋጊጹ እዩ። ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ን ሃዋርያት ሒዞም ድሕሪ ምግራፎም፡ ድሕሪ ሕጂ ብስም ኢየሱስ ከይዛረቡ፡ ኣጽ ኒዖም ብምእዛዝ ኣፋነውዎም። ንኣርብዓ ሓደ ጐደል ተገሪፎም ከብቅዑ፡ "ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ክሓስሩ ብቑዓት ኰይኖም ስለ እተቘጽሩ፡ ካብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ እናተሓጐሱ ከዱ።" (ግብ፡5፡41)። ንሃዋርያት ዘሐጐሰ እቲ ሕስ ራን ንበይኑ ዘይኮነስ፡ እቲ ምእንቲ ስም ክርስቶስ ምኳኑ እዩ። ምስ ኢየሱስ ዝተዛመደ ኩሉ መሪር ተመክሮ፡ ሓጐስን ባህታን ዝወልድ ፍሉይ ተመክሮን፡ መምዘኒ ብቕዓት ኮይኑ ዘገልግል ፍሉይ ረቛሕን እዩ።

እዚ መከራ'ዚ ናይ ሓጐስ ምክንያት ዝኮነሉ ከኣ፣ ከምቲ ተማቕልቲ መከርኡ ከምኡ'ውን ተካፈልቲ ክብሩ ስለ እንከ ውን እዩ። ስለዚ ከኣ'ዩ ሃዋርያ ጳውሎስ "...ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተ ጸገብናስ፣ ምስኡ'ውን ክንከብር ኢና" ዝበለ (ሮሜ፣8፣17)። ደጊሙ ከኣ ንሰብ ቈረንቶስ "ከምቲ ተማቕልቲ ስቓይ፣ ከምኡ ከኣ ተማቕልቲ ምጽንናዕ ከም ዝኮንኩም ፈሊጥና፣ ተስፋና ኣባኻትኩም ጽንዕቲ እያ" በሎም (2ቈረ፣1፣7)። ስለዚ ብመከራ ክንሕጐስ ብቑዕ ምክንያት ኣሎና ማለት እዩ። ምክንያቱ መከራ ብገዛእ ርእሱ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ኣይኮነን። ናይቲ መወዳእታ ዘይብሉ ክብሪ መክፈቲ ምዕራፍ እዩ። "እቲ ሽዓ ዝሓልፍን ቀሊልን ጸበባና ማእለያ ዘይብሉ ብሉጽ ናይ ዘለኣለም ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ'ሞ፣ እቲ ናይ ወጻኢ ሰብና እንተ በሰበሰ እኳ፣ እቲ ውሽጥና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ ኣሎ፣ ስለዚ ኣይንሕለልን ኢና። እቲ ዝርአ (እቲ መከራ) ንጊዚኡ እዩ፣ እቲ ዘይርአ ግና (እቲ ክብሪ) ንዘለኣለም እዩ'ሞ፣ ንሕና ነቲ ዘይርአ (ክብሪ) እምበር፣ ነቲ ዝርአ (መከራ) ኣይንጥምትን ኢና።" ብምባል ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ኣረጋገጸልና (2ቈረ፣4፣16-18)።

መከራ ኣብቲ ሓቀ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ኣዎንታዊ ውጽኢት ጥራይ እዩ ዘለዎ። ስለዚ ከኣ እዮም እቶም እግዚኣብሄር ዝኣምኖም ኣመንቲ ወርትግ ብሓጐስ ዝቕበልዎ። ብዘይካ'ቲ ኣብ መወዳእታ እንረክቦ ናይ ዘለኣለም ክብሪ፣ ኣብዚ ምድሪ እዚ ዝህልዎ መንፈሳዊ ግደ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣጸቢቑ ንክፈልጦ ካብ ዝበሃጐ ፍልጠታት ሓደ ምስ ክርስቶስ ዝህልወና ናይ መከራ ሕብረት እንታይ ከም ዝመስል ብዕምቈት ምፍላጥ እዩ። "ብዝኮነ ኮይኑ ናብ ትንሳኤ ምውታት እንተ ኣርከብኩ ኢለ፣ ብሞቱ እናመሰልክዎ ንእኡን ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከራኡን ምእንቲ ክፈልጥ፣ ንኩሉ ከም ወጽዓ እቖጽሮ ኣለኹ።" ብምባል ኣብ መከራ ክርስቶስ ምሕባር ዝህቦ ረብሓ ንምፍላጥ ብዙሕ በሃገ። ካብዚ ረብሓ እዚ ዝተላዕለ ድማ ንካልእ ኩሉ ከም ወጽዓ ክቖጽሮ ተራእዩ (ፊሊ፣3፣10,11)። "ሕጂ በቲ ምእንታኹም ዝኮነ ጸበባይ እሕጐስ ኣለኹ፣ ምእንቲ ስጋኡ (ንሳ ድማ እታ ማሕበር እያ)፣ ብስጋይ ነቲ ጐደሎ መከራ ክርስቶስ እምልእ ኣለኹ።" ብምባል ንሰብ ቈሎሴ ኣብቲ ዝበሃጐ መከራ ክርስቶስ ከም ዝሓበረ ነገሮም (ቈሎ፣1፣24)።

ከም ኣገልጋሊ ክርስቶስ መጠን ሕሩይ ኣቕሓ ኮይኑ ንካልኦት ኣ

ገልገልቲ ክርስቶስ ዝበለጸሉ ሓደ ዓብይ ነጥቢ ሕልፊ ካልኦት ብዝበጽሖ መከራ እዩ። ነዚ ክገልጽ ከሎ “ኣገልገልቲ ክርስቶስ ድዮም... ኣነ እበልጾም እየ። ብጻዕሪ ሕልፊ ዘሎኒ፡ ብማእሰርቲ ሕልፊ ዘሎኒ፡ ብመውቃዕቲ ጸብለል ዝበልኩ፡ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ሞት ዝበጻሕኩ እየ። ብኣይሁድ ሓሙሽተ ጊዜ ነርብዓስ ሓደ ጐደል ተገሪፈ። ሰለስተ ሳዕ ብሽመል ተዘቢጠ፡ ሓደ ሳዕ በእማን ቀጥቀጡኒ፡ ሰለስተ ሳዕ እታ ዝነበርክዋ መርከብ ተሰብረት፡ ለይትን መዓልትን ኣብቲ መዓሙቕ ባሕሪ ሓዲረ ወዓልኩ።” ብምባል ገሊጽዎ (2ቈረ፡11፡23-27)። ጳውሎስ ነዚ ኩሉ መከራ ብሓጐስ ክጻወሮ ዝከኣለ ካብ ገዛእ ርእሱ ዘይኮነስ፡ እግዚኣብሄር ነዚ ኩሉ መከራ'ዚ ከም ዝጸግቦ ኣርእይዎ ስለ ዝነበረ እዩ። ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ብተኣምራዊ ለውጢ ናይ ሳውል ምእማን ስኢኑ ዝተማጐቶ ሃናንያ ክምልሰሉ ከሎ፡ “... እዚ ሰብኣይ እዚ ኣብ ቅድሚ ኣህዛብን ኣብ ቅድሚ ነገስታትን ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤልን ስመይ ክጸውር፡ ንዓይ ሕሩይ ኣቕሓ እዩ'ሞ፡ ምእንቲ ስመይ ክንደይ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ክጸግብ ከም ዝግብኦ ከርእዮ እየ፡ ስለዚ ኪድ ደኣ በሎ።” ብምባል ገለጸሉ (ግብ፡9፡15-16)። ስለዚ ንመከራ ክንጥዕሞ ዘይኮነስ ክንጸግቦ ምኽንና ከይተረፈ'ዩ ጐይታ ገሊጹልና።

## ረብሓታት መከራ

1. ቃል እግዚኣብሄር ከም ዝገልጾ፡ መከራ ናብ እግዚኣብሄር ንክትቀርብ፡ ኣብኡ ንክትውከል ደኣ ይሕግዝ እምበር፡ ካብኡን ካብ ፍቕሩን ንክፈልየካ ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ጳውሎስ ብዛዕባ'ዚ ክጽሕፍ ከሎ፡ "ካብታ ፍቕሪ ክርስቶስ ዝፈልየና መን እዩ? ከመዮ ምእንታካ ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኣሎና፡ ከም ኣባጊዕ ማሕረዲ'ውን ተቈጸርና፡ ዝብል ጽሑፍ ዘሎ፡ ጭንቀትዶ፡ ጸበባዶ፡ ስደትዶ ጥሜትዶ፡ ዕርቃንዶ፡ ፍርሂዶ ወይስ ሰይፊ? ... ካብታ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ዘላ ፍቕሪ ኣምላክ ከቶ ክፈልየና ከም ዘይኮነሉ፡ ኣርጊጸ ኣለኩ እሞ፡ በዚ ኩሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና።” ብምባል ዝኮነ ይኩን ዓይነት መከራ ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ክፈልዮ ከም ዘይክእል ኣረጋገጸ (ሮሜ፡8፡35-39)። ብኣንጻሩ ግን እቲ መከራ ኣብ ኣምላኽ እምበር ኣብ ገዛእ ርእሶም ንከይውከሉ ይሕግዞም ከም ዝነበረ ንከረድእ "ኣሕዋተየ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኤስያ ዝረከበና ጸበባ፡ ህይወትና እኳ ክሳዕ እንቐብጽ፡ ሓለፉ ዓቕምና እምብዛ ከም ዝከበደና ክንሓብኣልኩም ኣይንፈቱን ኢና። ኣብቲ ንምውታት

<u>ዘተንስእ ኣምላኽ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ምእንቲ ከይንውከልሲ፡</u> ሞት ከም እተፈረደና ኣብ ውሽጥና ይስምዓና ነይሩ።" ብምባል ገለጸ (2ቈረ፡1፡8,9)። ኣብ ካልእ ብዙሕ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስና'ውን እዚ ሓቂ'ዚ ተደጋጊሙ ዝርአ እዩ።

2. እቲ ካልእ፡ መከራ ኣብ ልዕሊ ህይወት ቅዱሳን ዘለዎ ግደ ድማ <u>ን ሓጢኣት ክትሓድግ ዝድርኽካን ዝረድኣካን</u> ምኳኑ እዩ። ሓጢኣት እናገበርካ ክነስካስ መሊስካ ድማ ከም ክርስትያን መከራ ክትጸግብ ክልተ ወጽዓ እዩ። ምኽንያቱ እቲ መከራ ኣብ መወዳእትኡ ብክብሪ ዘይኮነስ፡ ካብ ኣምላክ ብዝኮነ ካልእ መከራ ስለ ዝዛዘም እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ "ደጊም ክርስቶስ ምእንታና ሓሳረ መከራ ካብ ጸገበስ፡ <u>ብስግኡ መከራ ዝጸግብ፡ ንሱ ንሓጢኣት ሓዲግዎ እዩ</u> እሞ፡ እቲ ብስጋ ዝተረፈ ዘመን ንፍቓድ ኣምላክ እምበር፡ ንፍትወት ሰብ ምእንቲ ከይትነብሩ፡ ንስካትኩም እውን፡ ነዚ ሓሳብ እዚ ከም ኣጽዋር ጌርኩም ሓዝዎ።" ብምባል መከራ፡ ካብ ሓጢኣትን ፍትወት ስጋን ሃዲምካ ከም ፍቓድ ኣምላክ ክትነብር ዝሕግዝ ኣጽዋር ምኳኑ ይገልጸልና (1ጴጥ፡4፡1,2)። ስለዚ ኣብ መከራ ዘሎ ዝኾነ ይኹን ኣማኒ ከረጋግጾ ዘለዎ ኣገዳሲት ጉዳይ እንተ ሃልያ ኣብ ህይወቱ ሓጢኣት ከም ዘየለ ጥራይ እዩ። "...<u>ሓጢኣት እናገበርኩም መውቃዕቲ እንተ ተዓገስኩምከ፡ እንታይ ትምክሕቲ ኣለዎ? ሰናይ እናገበርኩም መከራ እንተ ተዓገስኩም ግና፡ እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ቅቡል እዩ።</u>" ድሕሪ ምባሉ ነቲ ክርስቶስ ብዘይ ሓጢኣት ዝተቐበሎ መከራ ከም መርኣያ ብምጥቃስ፡ "ነዚ ኢኹም እተጸዋዕኩም እሞ፡ ክርስቶስ ከኣ፡ ምእንቲ ኣሰኣሰሩ ክትስዕቡ፡ ኣርኣያ ሓዲጉልኩም ምእንታኹም መከራ ጸገበ። ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ፡ ተንኰል'ውን ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ፡ ምስ ጸረፍዎ መሊሱ ዘይጸረፈ፡ መከራ ምስ ኣጽገብዎ ከኣ፡ ነቲ ብቕንዕና ዝፈርድ ድኣ ነገሩ ኣሕሊፉ ሃበ እምበር ኣየፈራረሀን።" ብምባል ነቲ ኣበር ዘይርከቦ ኣሰሩ ኣጕሊሑ ኣርኣየና (1ጴጥ፡2፡19-23)። "ፍቓድ ኣምላክ ከምዚ እንተ ደለዮስ፡ ካብ እከይ እናገበርኩምሲ፡ ሰናይ እናገበርኩም ሓሳረ መከራ ክትጸግቡ ይሕሸኩም እዩ'ሞ፡ እቶም ነቲ ብክርስቶስ ዝከውን ሰናይ ኣካይዳኹም ዝጸርፉ፡ በቲ ዝሓምዩኹም ምእንቲ ክሓፍሩ፡ ሰናይ ሕልና ይሃሉኹም።" (1ጴጥ፡3፡16-17)። "ሓደ ካባካትኩም ከም ቀታሊ፡ ወይስ ከም ሰራቒ፤ ወይስ ከም ገባር እከይ፡ ወይስ ኣብ ነገር ካልኦት ከም ዝጽምበር ኮይኑ መከራ ኣይጽገብ። ከም ክርስትያን መከራ እንተ ጸገበ ግና፡ ስለ እዚ ስም'ዚ ንኣምላክ የመስግኖ እምበር ኣይሕፈር።" (1ጴጥ፡4፡15,16)።

3. እቲ መከራ ንኣመንቲ ዝህቦም ካልእ ረብሓ ድማ ኣብቲ መዋቲ ስግኦም ህይወት ኢየሱስ ንክትገሃድ ዝረድእ ስለዝኮነ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ምስ ኣስተውዓለ፡ "ህይወት ኢየሱስ ኣብ ስጋና ምእንቲ ክትገሃድውን፡ ኩሉ ሳዕ ሞት ኢየሱስ ኣብ ስጋና ንጸውር ኣሎና። ማለት፡ እታ ህይወት ኢየሱስ ኣብቲ መዋቲ ስጋና ምእንቲ ክትገሃድሲ፡ ንሕና ብህይወት ዘሎና ምእንቲ ኢየሱስ ኢልና ኩሉ ሳዕ ናብ ሞት የሕልፉና ኣለው።" ብምባል ጸሓፈ (2ቈረ፡4፡10,11)። እዚ ሓቂ እዚ ኣብ ህይወት እስጢፋኖስን፡ ህይወት ሰብ ደማስቆን ተገሊጹ እዩ። እስጢፋኖስ ብእምኒ እናተቐጥቀጠ እንከሎ፡ ንኢየሱስ ብህይወቱ ኣብ የማን ኣቦ ተቐሚጡ ከሎ በዒንቱ ረኣዮ እሞ፡ እታ ኣብ መስቀል ዝነበረት ህይወት ኢየሱስ ከም ዘላታ ኣብ ህይወት እስቲፋኖስ ተጋህደት። ስለዚ ከም ጐይትኡ፡ ሰባት እናጨፍጨፍዎ ከለው "ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ሕደገሎም" ብምባል ጸለየ። (ግብ፡7፡54-60) ካብዚ ንላዕሊ ምግሃድ እሞ ኣበይ ክርአ እዩ? እቲ ካልኣይ ኣብነት ድማ ሳውል ንሰብ ደማስቆ ከሳድድ ይከይድ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝተጋህደ እዩ። ጐይታ ንሳውል ኣብ መንገዲ ምስ ዓገቶ፡ "ንምንታይ ትሰጐኒ ኣለካ" እምበር "ንምንታይ ትሰጐም ኣለካ?" ኣይበሎን (ግብ፡9፡4)። ስለዚ እቲ ሳውል ኣብቶም ኣመንቲ ዝገብሮ ዘሎ መከራ ኣብ ክርስቶስ ይወርድ እንተልዩ፡ ህይወት ክርስቶስ ኣብ ህይወቶም ተጋሂዳ ኣላ ማለት እዩ። ጳውሎስ፡ "ኣነስ ንኣምላክ ብህይወት ምእንቲ ክነብር፡ ካብ ሕግስ ብሕጊ ሞትኩ። ምስ ክርስቶስ ተሰቐልኩ። ግናከ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዝነብር ዘሎ እምበር፡ ደጊም ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘለኹ። እዚ ሕጂ ብስጋ ዝነብሮ ዘለኹ ድማ፡ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይ'ውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ፡ ወዲ ኣምላክ እየ ዝነብር ዘለኹ።" ኢሉ ክዛረብ ዝከኣለ ድማ ነዚ ዝዓይነቱ ምግሃድ ኢየሱስ ኣብ ህይወቱ ስለ ዝጠዓመ እዩ (ገላ፡2፡19,20)። ነዚ ክውንነት እዚ ከስተውዕሉ ዝከኣሉ ቅዱሳን ከኣ ወትሩ ብዛዕባ ዝወርዶም ዘበለ መከራ ሕጉሳትን ምኩሓትን ነበሩ። "እምበኣርከ ምስ ዝደክም፡ ሽዑ እየ ዝብርትዕ እሞ፡ ምእንቲ ክርስቶስ ኢለ ብድካም፡ ብጸርፊ፡ ብሓሳር፡ ብምስጓጕ፡ ብጸበባ እሕጐስ እየ።" (2ቈረ፡12፡10)።

4. ኣብ ጊዜ መከራ፡ ኣመንቲ ነቲ መከራ ንበይኖም ኮይኖም ክጻወርዎ ስለ ዘይክእሉ፡ እቲ ዘጸናንዕ መንፈስ ብምልኣት ኣብኣቶም ሓዲሩ ይድግፎም እዩ። እቲ ኣብ ጊዜ መከራ ዝርኣይ ሓጐስ ቅዱሳን ድማ፡ ካብ ምጽንናዕ ናይቲ ኣብኣቶም ዝሓደረ መንፈስ ቅዱስ ዝተላዕለ እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ነዚ ክገልጽ ከሎ፡ "ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንተ ተጸረፍኩም እቲ ናይ ክብርን ናይ ኣምላክን መንፈስ ኣባካትኩም ይሓድር እዩ እሞ፡ ብጹኣን ኢኹ

ም።” ብምባል ነቲ መከራ ብሓጐስ ንክቅበልዎ ኣተባብዖም (1ጴጥ፡4፡14)። እቶም ተኣሲሮም ዝነበሩ ሃዋርያት ተፈቲሖም፡ ምስ ኣሕዋቶም ምስ ተጸንበሩ ሓቢሮም ጸለዩ። እቲ ንጸሎቶም ዝሰምዕ ኣምላኽ ከኣ፡ ነታ ተኣኪቦሙላ ዘለው ስፍራ ኣናዊጹ፡ ንኣታቶም ግን መንፈስ ቅዱስ ብምምላእ ኣጽንዖም። ነቲ ንክይዛረብዎ ዘፈራርህዎም ቃል፡ ብትብዓት ክዛረብዎ ድማ ረድኦም (ግብ፡4፡23-31)። እዚ ናይ ክብርን ናይ ምጽንናዕን መንፈስ ኣብ ልዕሊኦም ወሪዱ እንተ ዘየጽንዖም፡ ብገዛእ ርእሶም ተጻዊሮምዎስ፡ ነቲ ቃል ወንጌል ናይ ምስፋሕ ተልእኮኦም ዝቕጽሉሉ ተስፋ ፍጹም ዝማህመነ እዩ ነይሩ።

ጐይታ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ስንብታ መልእኽቱ ተዛሪብዎ ካብ ዝኸደ ቃላት ሓደ ንመከራ ዝምልከት እዩ ነይሩ። እቲ መከራ ምስ መጸ ሰምቢዶም ምእንቲ ከይዕንቀፉ፡ ኣቐዲሙ መከራ ከም ዝመጽም ነገሮም። “ምእንቲ ከይትዕንቀፉ ኢለ እየ እዚ ዝነገርኩኹም። ካብ ቤት ጸሎቶም ከውጽኡኹም እዮም፡ ኣረ ዝቐተለኩም ዘበለስ ንኣምላኽ ኣገልግሎት የቕርበሉ ከም ዘሎ ዝመስሎ ጊዜ ክትመጽእ እያ። ነቦይን ንዓይን ስለ ዘይፈለጡ፡ እዚ ክገብሩኹም እዮም። ጊዚኦም ምስ በጽሐት፡ ኣነ ከም ዝበልኩኹም ምእንቲ ክትዝክርዎ ግና፡ እዚ ነገርኩኹም።” ብምባል ነገሮም (ዮሃ፡16፡1-4)። ስለዚ እቲ ከም ክርስትያን መጠን፡ መከራ ዝምልከቶ ምኽኑ ከይፈለጠን ከይኣመነሉን ዝጸንሐ፡ ዘይተጸበዮ መከራ ምስ መጸ፡ ክዕንቀፍ እዩ። እቲ ጐይታ ንከይንዕንቀፍ ዝሓለየልና ሓልዮት ኣባና ምእንቲ ክዓርፍ መከራ ንምቕባል ፍቓደ ን ዝተዳለወን ልቢ ከ ነጥሪ ግቡእ መንፈሳዊ ልቦና እዩ። ኣብ ዮሃ፡16፡33 ደጊሙ “ኣባይ ሰላም ምእን ቲ ክትረክቡ፡ እዚ ነገርኩኹም። ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም። ግናከ ኣጆኹም፡ ኣ ነ ንዓለም ስዒረያ እየ፡ ኢሉ መለሰሎም።” በሎም። ከም ኣገላልጻ ናይ ጐይታ፡ ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኩም ዝብል ቃል ንከሻቕለና ወይ ሰላምና ንክገፍፍ ዘይኮ ነስ፡ ሰላምና ንከዕዝዝ ተባሂሉ ዝተዋህበና ቃል እዩ። ምእንቲ ጐይታ ኢልካ መከራ ምቕባል ንቕዱሳን ባህታን ሓጐስን ሰላምን ዝህቦም ከም ዝነበረ፡ ስለዚ ከ ኣ ሕብረት መከርኡ ብዕምቈት ንክፈልጡ ኣብ ስግኦም ንዝጐደለ መከራ ክርስ ቶስ ክጾሩ ከም ዝፈቕዱ ኣቐዲምና ርኢና ኢና። እቲ ካልኣይ ሰላም ዝህብ ነጥቢ ድማ ነቲ ምእንቲ'ቲ ሰዓሪ ክርስቶስ ኢልካ እትቕበሎ ጸበባ፡ ከምቲ ክርስ ቶስ ጌሩ ዝሓለፎ ጌርና እንተ ሓሊፍናዮ፡ ከምኡ ከም እንዕወተሉ ምትብባዑ እዩ።

ኣብ እዋን ፈተና፡ ክልተ ምርጫታት ጥራይ እየን ዝህልዋና። እታ ሓን

ቲ ሓጢኣት ክትከውን ከላ እታ ሓንቲ ከኣ እታ መከራ እያ። ነታ መከራ እን
ተ ፈሪህካያ ወይ እንተ ተሓሲምካያ ናይ ግድን ነታ ናይ ሓጢኣት ምርጫ ከ
ተልዕላ ኢካ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ነታ ተዳልያ ዝነበረት ናይ መከራ ጽዋእ ምስ
ፈርሃ፡ ነታ ንጐይታ ናይ ምክሓድ ጽዋእ ግን ሓንሳእ ዘይኮነስ ደጋጊሙ
ጨሊጥዋ እዩ። ሙሴ ግን “ካብ ንጊዚኡ ብሓጢኣት ባህ ዝብሎስ ምስ ህዝቢ
ኣምላክ ደኣ መከራ ክጸግብ ሓረየ፡ ናብቲ ዓስቢ ጠመተ እሞ፡ ካብ መዝገብ
ግብጽስ ነቲ ጸርፊ ክርስቶስ ኣዝዩ ብዙሕ ሃብቲ ጌሩ ቆጸሮ። ነቲ ዘይርኣስ ከም
ዝርእዮ ኮይኑ ተዓጊሱ ጸንዐ እሞ፡ ነቲ ኩራ ንጉስ ከይፈርሀ፡ ብእምነት ንግብጺ
ሓደጋ።” (እብ፡11፡25-27)። ኤሊሁ ብምስትውዓል እኺ እንተ ዘይኮነ፡ ንእዮብ
ግን ኣዝዩ ግሩም ዝኮነ ቃል ሂብዎ እዩ። “ካብ መከራ ንሓጢኣት መሪጽካ ኢካ
እሞ፡ ናብኡ ከይትምለስ ተጠንቀቕ ደኣ።” ብምባል መዓዶ (እዮ፡36፡21)። ስለዚ
ኪኖ እቲ ሽዓ ኢሉ ዝሓልፍ ጸበባ ዘሎ ዓስቢ ጠሚትና ነቲ ቅኑዕን ቅዱስን
ምርጫ እንተ ዘይመሪጽና፡ ከነድሕና ኢልና ንዝሓሰብናያ ነፍሲ ብዝገደደ ከ
ነጥፍኣ ምኳንና ኣይንዘንግዕ። ጐይታ “... ንህይወቱ ከድሕና ዝደሊ ከጥፍኣ
እዩ። እቲ ንህይወቱ ምእንታይ ዘጥፍኣ ከኣ ክረክባ እዩ'ሞ፡ ክስዕበኒ ዝፈቱ እን
ተሎ፡ ህይወቱ ቀቢጹ፡ መስቀሉ ኣልዒሉ ይስዓበኒ።” ዘበሎ ምክንያት ከኣ እዚ
እዩ (ማቴ፡16፡24,25)።

ንህይወትና ምቕባጽ ስኢንና፡ ካብቲ ጊዝያዊ መከራ ንክንድሕን ሓ
ሲብና፡ ናብቲ ጊዝያዊ ሓጐስ ዘለዎ ሓጢኣት እንተ መጢናያ ደሓር ንዘለኣለም
ኣብ ሲኦል (ገሃነም) ከነጥፍኣ ኢና። ስለዚ ምርጫና ነጸብቕ። እዚ ኣብ ዘመንና
ዝርአ ዘሎ ኣተሃድማ ዕቡያት ዝዓይነቱ፡ ነቲ ነናይ ዕለቱ ሕንቃቐ ከም መን
ፈሳውነት እናኣምሰለ፡ ካብ ንመከራ ንሓጢኣት ክንመርጽ ዝድርኽ
ትምህርትታት ንነፍስና ክንሕሉ እላቦ። እቶም ንክርስትና ከም ናይ መስቀል
ዘይኮነስ ከም ናይ ሕንቃቐ ናብራ ጌሮም ክስእሉልና ዝፍትኑ ዘለው ደቂ ስ
ሕተት፡ ንዝሓለፈ መከራና ክንጠዓሰሉ፡ ንናይ መጻኢ መከራ ክንሕሰም
ዘጻውዱልና ዘለው ውዲትን፡ ዘድምጽዎ ዘለው ቃላት ተኺሉን ከነለልዮን ክን
ነጽጐን ክንቃለሶን ዘለና መንፈሳዊ ሓላፍነት ኣይንዘንግዕ። “ኣቱም ኣሕዋተይ፡
ነቶም ብስም እግዚኣብሄር ዝተዛረቡ ነብያት፡ ኣርኣያ ሓሳረ መከራን ትዕግስትን
ግበርዎም።” (ያእ፡5፡10)

# ብሉይ ኪዳን


**ዘፍጥረት** — **ገጽ**

ዘፍ፡1፡26-27 ⇨ 169
ዘፍ፡2፡17 ⇨ 232
ዘፍ፡3፡15 ⇨ 227
ዘፍ፡3፡19 ⇨ 207
ዘፍ፡6፡3 ⇨ 208
ዘፍ፡9፡6 ⇨ 234
ዘፍ፡18፡25 ⇨ 235
ዘፍ፡15፡10-16 ⇨ 308
ዘፍ፡12፡2-3 ⇨ 309
ዘፍ፡15፡13,14 ⇨ 318
ዘፍ፡12፡2-3 ⇨ 317
ዘፍ፡15፡4-6 ⇨ 317
ዘፍ፡15፡6 ⇨ 161
ዘፍ፡22፡16-18 ⇨ 318

**ዘጸኣት** — **ገጽ**

ዘጸ፡3፡10-12 ⇨ 113
ዘጸ፡4፡11 ⇨ 374
ዘጸ፡4፡13-14 ⇨ 320
ዘጸ፡4፡16 ⇨ 170
ዘጸ፡4፡24-26 ⇨ 321
ዘጸ፡3፡14 ⇨ 243
ዘጸ፡7፡1-2 ⇨ 170
ዘጸ፡7፡11,22 ⇨ 35
ዘጸ፡8፡7 ⇨ 35
ዘጸ፡9፡10 ⇨ 381
ዘጸ፡9፡14 ⇨ 188
ዘጸ፡9፡29 ⇨ 231
ዘጸ፡15፡11 ⇨ 188
ዘጸ፡19፡5 ⇨ 231
ዘጸ፡32፡15-19 ⇨ 59
ዘጸ፡32፡17-19 ⇨ 72
ዘጸ፡33፡20 ⇨ 206

**ዘሌዋውያን** — **ገጽ**

ዘሌ፡4፡3,28 ⇨ 263
ዘሌ፡6፡25-29 ⇨ 263
ዜሌ፡8፡14,15 ⇨ 263
ዘሌ፡9፡3 ⇨ 264
ዘሌ፡10፡12-13 ⇨ 264
ዘሌ፡12፡4-8 ⇨ 327
ዘሌ፡20፡21 ⇨ 120
ዘሌ፡26፡15,16 ⇨ 381

**ዘሁልቍ** — **ገጽ**

ዘሁ፡11፡23 ⇨ 197
ዘሁ፡11፡14 ⇨ 198
ዘሁ፡21፡8,9 ⇨ 267
ዘሁ፡22፡25 ⇨ 115
ዘሁ፡23፡19 ⇨ 219,224

**ዘዳግም** — **ገጽ**

ዘዳ፡4፡4 ⇨ 195
ዘዳ፡4፡12 ⇨ 206
ዘዳ፡4፡39 ⇨ 203
ዘዳ፡6፡4 ⇨ 186
ዘዳ፡10፡14 ⇨ 231
ዘዳ፡15፡21 ⇨ 264
ዘዳ፡13፡1-3 ⇨ 26,104
ዘዳ፡13፡5 ⇨ 69
ዘዳ፡18፡20-22 ⇨ 84
ዘዳ፡18፡22 ⇨ 69
ዘዳ፡28፡61 ⇨ 381
ዘዳ፡30፡19-20 ⇨ 194,195
ዘዳ፡32፡40 ⇨ 190
ዘዳ፡33፡27 ⇨ 190
ዘዳ፡33፡29 ⇨ 383

**እያሱ** — **ገጽ**

ኢ.ያ፡1፡8 ⇨ 101

**1ይ ሳሙኤል** — **ገጽ**

1ሳሙ፡2፡2 ⇨ 188
1ሳሙ፡2፡6-7 ⇨ 374
1ሳሙ፡2፡6-8 ⇨ 322
1ሳሙ፡5፡6 ⇨ 381
1ሳሙ፡12፡3,4 ⇨ 60
1ሳሙ፡15፡29 ⇨ 224
1ሳሙ፡24፡6,10 ⇨ 60
1ሳሙ፡26፡9-23 ⇨ 60

**2ይ ሳሙኤል** — **ገጽ**

2ሳሙ፡1፡14-16 ⇨ 60
2ሳሙ፡7፡22 ⇨ 188
2ሳሙ፡14፡14 ⇨ 192
2ሳሙ፡22፡36 ⇨ 378

**1ይ ነገስት** — **ገጽ**

1ነገ፡16፡33 ⇨ 80
1ነገ፡18፡39,40 ⇨ 59
1ነገ፡19፡11-13 ⇨ 74
1ነገ፡21፡25 ⇨ 80
1ነገ፡22፡19-23 ⇨ 80
1ነገ፡22፡24 ⇨ 86

**2ይ ነገስት** — **ገጽ**

2ነገ፡15፡3-5 ⇨ 381
2ነገ፡1፡2-4,17 ⇨ 384
2ነገ፡4፡1-7 ⇨ 324
2ነገ፡5፡27 ⇨ 381
2ነገ፡13-14 ⇨ 369
2ነገ፡15፡5 ⇨ 374
2ነገ፡20፡1 ⇨ 369

**1ይ ዜና መዋእል** — **ገጽ**

1ዜና፡16፡16-22 ⇨

59

**2ይ ዜና መዋእል**
**ገጽ**
2ዜና፡1፡7፡10-12 ⇨ 330
2ዜና፡13፡20 ⇨ 382
2ዜና፡15፡3 ⇨ 41
2ዜና፡16፡12,13 ⇨ 385
1ዜና፡16፡15-22 ⇨ 174
2ዜና፡19፡4-11 ⇨ 174
2ዜና፡20፡12 ⇨ 198
2ዜና፡21፡18 ⇨ 382
2ዜና፡26፡19 ⇨ 382
2ዜና፡25፡8 ⇨ 383

**እዝራ**
**ገጽ**
እዝ፡7፡10 ⇨ 101
እዝ፡9፡15 ⇨ 235

**እዮብ**
**ገጽ**
እዮ፡1፡8 ⇨ 150
እዮ፡1፡9-12 ⇨ 228
እዮ፡1፡8-11 ⇨ 151
እዮ፡1፡12 ⇨ 150
እዮ፡2፡4-5 ⇨ 151
እዮ፡2፡4-7 ⇨ 229
እዮ፡2፡6,7 ⇨ 150
እዮ፡2፡9 ⇨ 364
እዮ፡3፡25 ⇨ 150
እዮ፡4፡15-19 ⇨ 207
እዮ፡8፡9 ⇨ 202
እዮ፡9፡11 ⇨ 206
እዮ፡12፡10 ⇨ 195
እዮ፡13፡15 ⇨ 364
እዮ፡21፡7፡13 ⇨ 343
እዮ፡23፡8,9 ⇨ 206
እዮ፡26፡6 ⇨ 200
እዮ፡30፡23 ⇨ 192
እዮ፡33፡16-21 ⇨ 377
እዮ፡36፡26 ⇨ 190
እዮ፡38፡4,21 ⇨ 192
እዮ፡42፡2 ⇨ 196,379

**መዝሙር ዳዊት**
**ገጽ**
መዝ፡1፡1,2 ⇨ 101
መዝ፡1፡3 ⇨ 27
መዝ፡4፡7 ⇨ 346
መዝ፡9፡7 ⇨ 190
መዝ፡16፡4 ⇨ 384
መዝ፡19፡14 ⇨ 323
መዝ፡22፡6-8,16 ⇨ 260
መዝ፡23፡1-6 ⇨ 31
መዝ፡24፡1,2 ⇨ 231
መዝ፡24፡1 ⇨ 322
መዝ፡24፡14 ⇨ 118
መዝ፡27፡9 ⇨ 383
መዝ፡27፡12 ⇨ 260
መዝ፡28፡7 ⇨ 383
መዝ፡33፡11 ⇨ 219
መዝ፡34፡20 ⇨ 260
መዝ፡37፡7,35,36 ⇨ 343
መዝ፡34፡13 ⇨ 145
መዝ፡35፡10 ⇨ 188
መዝ፡36፡9 ⇨ 194
መዝ፡37፡23 ⇨ 78
መዝ፡37፡37 ⇨ 118
መዝ፡40፡7,8 ⇨ 391
መዝ፡40፡17 ⇨ 384
መዝ፡41፡1-3 ⇨ 382
መዝ፡41፡9 ⇨ 260
መዝ፡46፡10 ⇨ 73
መዝ፡49፡1-4፡16-20 ⇨ 326
መዝ፡49፡10 ⇨ 192
መዝ፡50፡10-12 ⇨ 231
መዝ፡51፡6 ⇨ 123
መዝ፡54፡4 ⇨ 386
መዝ፡69፡4 ⇨ 260
መዝ፡69፡21 ⇨ 260
መዝ፡71፡19 ⇨ 188
መዝ፡73፡12,16,22 ⇨ 343
መዝ፡73፡22 ⇨ 202
መዝ፡73፡25-26 ⇨ 337
መዝ፡75፡6,7 ⇨ 322
መዝ፡78፡39 ⇨ 209
መዝ፡81፡12 ⇨ 78,374
መዝ፡82፡1-7 ⇨ 174
መዝ፡81፡12 ⇨ 78
መዝ፡86፡8 ⇨ 189
መዝ፡89፡6 ⇨ 189
መዝ፡89፡38,51 ⇨ 60
መዝ፡89፡47,48 ⇨ 192
መዝ፡90፡2 ⇨ 191
መዝ፡90፡5,6 ⇨ 210
መዝ፡95፡3-5 ⇨ 322
መዝ፡96፡13 ⇨ 235
መዝ፡99፡1,2 ⇨ 322
መዝ፡103፡14 ⇨ 208
መዝ፡103፡15,16 ⇨

210
መዝ፥103፥20-22 ⇨ 229
መዝ፥109፥4 ⇨ 260
መዝ፥105፥8-15 ⇨ 59
መዝ፥109፥7,8 ⇨ 260
መዝ፥109፥30,31 ⇨ 340
መዝ፥118፥9 ⇨ 386
መዝ፥115፥3 ⇨ 196,322, 379
መዝ፥119፥36,92 ⇨ 102
መዝ፥119፥113 ⇨ 322
መዝ፥119፥137 ⇨ 235
መዝ፥119፥71,75 ⇨ 378
መዝ፥135፥6 ⇨ 196,322
መዝ፥135፥13 ⇨ 191,379
መዝ፥139፥1,2,4,6 ⇨ 198
መዝ፥139፥7,8 ⇨ 282
መዝ፥139፥8 ⇨ 203
መዝ፥139፥8-12 ⇨ 204
መዝ፥140፥12 ⇨ 340
መዝ፥143፥10 ⇨ 391
መዝ፥145፥13 ⇨ 191
መዝ፥145፥17 ⇨ 235
መዝ፥146፥3 ⇨ 386
መዝ፥148፥2,5 ⇨ 225
መዝ፥147፥5 ⇨ 200

***ምሳሌ***

**ገጽ**

ምሳ፥3፥6,7 ⇨ 78
ምሳ፥6፥2 ⇨ 143
ምሳ፥6፥1,2,3 ⇨ 143
ምሳ፥6፥9-11 ⇨ 342
ምሳ፥13፥3 ⇨ 144
ምሳ፥14፥12 ⇨ 78
ምሳ፥15፥3 ⇨ 203
ምሳ፥15፥11 ⇨ 201
ምሳ፥16፥2 ⇨ 78
ምሳ፥16፥7 ⇨ 118
ምሳ፥18፥21 ⇨ 143
ምሳ፥19፥21 ⇨ 219
ምሳ፥20፥24 ⇨ 78
ምሳ፥21፥2 ⇨ 78
ምሳ፥21፥23 ⇨ 144
ምሳ፥22፥3 ⇨ 23
ምሳ፥27፥12 ⇨ 23
ምሳ፥27፥23-24 ⇨ 33
ምሳ፥30፥8፥9 ⇨ 330
ምሳ፥52፥22፥23 ⇨ 340

***መክብብ***

**ገጽ**

መክ፥3፥14 ⇨ 322
መክ፥3፥17 ⇨ 236
መክ፥3፥19 ⇨ 193
መክ፥8፥7 ⇨ 202
መክ፥8፥8 ⇨ 193
መክ፥9፥1 ⇨ 322
መክ፥9፥12 ⇨ 202
መክ፥11፥5 ⇨ 202

***ኢሳይያስ***

**ገጽ**

ኢሳ፥2፥2 ⇨ 69
ኢሳ፥7፥5-9 ⇨ 220
ኢሳ፥8፥10 ⇨ 220
ኢሳ፥9፥6 ⇨ 242,247
ኢሳ፥9፥15 ⇨ 69
ኢሳ፥14፥12-15 ⇨ 226
ኢሳ፥14፥24,27 ⇨ 219
ኢሳ፥29፥16 ⇨ 208,227
ኢሳ፥30፥2,3 ⇨ 387
ኢሳ፥30፥19-20 ⇨ 41
ኢሳ፥30፥23-26 ⇨ 41
ኢሳ፥31፥3 ⇨ 186
ኢሳ፥31፥1,3 ⇨ 387
ኢሳ፥36፥6 ⇨ 387
ኢሳ፥37፥26 ⇨ 219
ኢሳ፥37፥27 ⇨ 210
ኢሳ፥38፥1 ⇨ 150
ኢሳ፥38፥15-17 ⇨ 378
ኢሳ፥40፥6,7 ⇨ 210
ኢሳ፥40፥13,14 ⇨ 200
ኢሳ፥40፥15,17 ⇨ 30
ኢሳ፥41፥10 ⇨ 384
ኢሳ፥43፥13 ⇨ 196,244, 379
ኢሳ፥44፥6 ⇨ 186
ኢሳ፥45፥9 ⇨ 208,227, 322
ኢሳ፥46፥9 ⇨ 189
ኢሳ፥46፥10,11 ⇨ 219,322
ኢሳ፥50፥2 ⇨ 197
ኢሳ፥50፥6 ⇨ 260
ኢሳ፥50፥9 ⇨ 384
ኢሳ፥51፥12 ⇨ 211
ኢሳ፥53፥4,5,12 ⇨ 260
ኢሳ፥53፥5 ⇨ 277,364
ኢሳ፥53፥7-9 ⇨ 260
ኢሳ፥53፥7,8,12 ⇨ 260
ኢሳ፥53፥9 ⇨

265
ኢሳ፡55፡8 ⇨ 390
ኢሳ፡55፡9 ⇨ 323
ኢሳ፡55፡11 ⇨ 220,267
ኢሳ፡57፡15 ⇨ 191
ኢሳ፡66፡1 ⇨ 204
ኢሳ፡64,6 ⇨ 211
ኢሳ፡64፡8 ⇨ 208,227
ኢሳ፡66፡1,2 ⇨ 101

**ኤርምያስ**
ገጽ
ኤር፡2፡8 ⇨ 69
ኤር፡5፡27,28 ⇨ 343,352
ኤር፡5፡31 ⇨ 69
ኤር፡6፡10 ⇨ 97
ኤር፡6፡16-21 ⇨ 40
ኤር፡8፡9 ⇨ 97
ኤር፡9፡24 ⇨ 235
ኤር፡10፡6,7 ⇨ 189
ኤር፡10፡23 ⇨ 164,197
ኤር፡12፡1,2 ⇨ 235,343
ኤር፡14፡14 ⇨ 69
ኤር፡15፡16 ⇨ 101
ኤር፡15፡19 ⇨ 393
ኤር፡17፡5-8 ⇨ 386
ኤር፡18፡5-10 ⇨ 321
ኤር፡18፡6 ⇨ 208,228, 322
ኤር፡20፡12 ⇨ 204
ኤር፡23፡1-4 ⇨ 33
ኤር፡23፡16 ⇨ 69
ኤር፡23፡21-23 ⇨ 122
ኤር፡23፡23,24 ⇨ 204
ኤር፡23፡25-32 ⇨ 83
ኤር፡29፡11 ⇨ 390
ኤር፡32፡41 ⇨ 390
ኤር፡32፡26-27 ⇨ 196

**ደጉዓ ኤርምያስ**
ገጽ
ደጉ፡3፡37 ⇨ 220
ደጉ፡5፡19 ⇨ 191

**ህዝቅኤል**
ገጽ
ህዝ፡3፡16-21 ⇨ 65
ህዝ፡12፡25 ⇨ 220
ህዝ፡13፡2-7 ⇨ 83
ህዝ፡13፡17-19 ⇨ 83,57
ህዝ፡22፡28 ⇨ 70
ህዝ፡28፡2 ⇨ 186
ህዝ፡28፡1-2 ⇨ 226
ህዝ፡28፡4፡5 ⇨ 331
ህዝ፡33፡7-9 ⇨ 65
ህዝ፡34፡1-10 ⇨ 33

**ዳንኤል**
ገጽ
ዳን፡4፡35 ⇨ 322
ዳን፡4፡28-37 ⇨ 114,377
ዳን፡5፡23 ⇨ 195
ዳን፡9፡14 ⇨ 235
ዳን፡9፡22-23 ⇨ 107
ዳን፡10፡10-12,18,19 ⇨ 108

**ሆሴእ**
ገጽ
ሆሴ፡9፡7 ⇨ 70
ሆሴ፡11፡9 ⇨ 224

**ሚክያስ**
ገጽ
ሚክ፡4፡12 ⇨ 203
ሚክ፡5፡2 ⇨ 247
ሚክ፡6፡14-15 ⇨ 345
ሚክ፡7፡18 ⇨ 189

**ኣንባቆም**
ገጽ
ኣንባ፡3፡17,18 ⇨ 346

**ጸፎንያስ**
ገጽ
ጾፎ፡3፡4 ⇨ 70

**ሃጌ**
ገጽ
ሃጌ፡1፡6 ⇨ 345

**ዘካርያስ**
ገጽ
ዘካ፡11፡4,5,8 ⇨ 46
ዘካ፡11፡1-17 ⇨ 33
ዘካ፡11፡17 ⇨ 34
ዘካ፡11፡12,13 ⇨ 260
ዘካ፡12፡10 ⇨ 260

**ሚልክያስ**
ገጽ
ሚክ፡3፡5 ⇨ 70
ሚል፡3፡18 ⇨ 289,394
ሚክ፡4፡1 ⇨ 69

## ሓድሽ ኪዳን

**ማቴዎስ**
ገጽ
ማቴ፡1፡1 ⇨ 318
ማቴ፡4፡1-11 ⇨ 52
ማቴ፡4፡8-11 ⇨ 231
ማቴ፡4፡10,11 ⇨ 271
ማቴ፡5፡10-12 ⇨ 400
ማቴ፡5፡18 ⇨ 220

ማቴ፡5፡36 ⇨ 164,198
ማቴ፡5፡48 ⇨ 122
ማቴ፡6፡10 ⇨ 392
ማቴ፡6፡27 ⇨ 165,198
ማቴ፡7፡6 ⇨ 392
ማቴ፡7፡1-6 ⇨ 62
ማቴ፡7፡1-5 ⇨ 61
ማቴ፡7፡13-14 ⇨ 30
ማቴ፡7፡15 ⇨ 34
ማቴ፡7፡15,17 ⇨ 34,69
ማቴ፡7፡17 ⇨ 51
ማቴ፡7፡16-18 ⇨ 311
ማቴ፡7፡20-23 ⇨ 70
ማቴ፡7፡21 ⇨ 394
ማቴ፡7፡22 ⇨ 35
ማቴ፡8፡13 ⇨ 155,161
ማቴ፡8፡16,17 ⇨ 366
ማቴ፡8፡23-27 ⇨ 74
ማቴ፡8፡31፡32 ⇨ 229,271
ማቴ፡9፡6 ⇨ 246
ማቴ፡9፡22-29 ⇨ 155
ማቴ፡9፡22 ⇨ 163
ማቴ፡9፡28 ⇨ 162
ማቴ፡10፡29 ⇨ 389
ማቴ፡12፡33 ⇨ 311
ማቴ፡12፡34-37 ⇨ 144
ማቴ፡12፡47-50 ⇨ 394
ማቴ፡14፡22-33 ⇨ 74
ማቴ፡15፡1-7 ⇨ 80
ማቴ፡15፡7,8 ⇨ 126
ማቴ፡15፡9 ⇨ 69
ማቴ፡16፡15-19 ⇨ 46
ማቴ፡16፡17 ⇨ 209
ማቴ፡16፡21 ⇨ 260
ማቴ፡16፡21-23 ⇨ 62
ማቴ፡16፡24,25 ⇨ 405
ማቴ፡17፡20 ⇨ 302
ማቴ፡17፡22,23 ⇨ 260
ማቴ፡18፡6 ⇨ 162
ማቴ፡18፡15-20 ⇨ 373
ማቴ፡19፡5,6 ⇨ 209
ማቴ፡19፡21-24 ⇨ 325
ማቴ፡19፡26 ⇨ 197
ማቴ፡20፡20-23 ⇨ 152
ማቴ፡22፡18 ⇨ 201
ማቴ፡22፡29 ⇨ 100
ማቴ፡22፡37 ⇨ 107
ማቴ፡24፡35 ⇨ 97
ማቴ፡23፡16-22 ⇨ 80
ማቴ፡23፡28 ⇨ 126
ማቴ፡24፡51 ⇨ 126
ማቴ፡24፡1-28 ⇨ 69
ማቴ፡24፡4 ⇨ 69
ማቴ፡24፡11,23,26 ⇨ 69
ማቴ፡25፡16-18 ⇨ 312
ማቴ፡25፡31,32 ⇨ 237
ማቴ፡25፡34-36 ⇨ 347
ማቴ፡25፡41 ⇨ 283
ማቴ፡26፡28 ⇨ 278
ማቴ፡26፡39 ⇨ 391
ማቴ፡26፡40-41 ⇨ 198
ማቴ፡26፡41 ⇨ 213
ማቴ፡26፡53 ⇨ 269
ማቴ፡28፡18 ⇨ 247
ማቴ፡28፡20 ⇨ 246

**ማርቆስ**

**ገጽ**

ማር፡1፡14-15 ⇨ 160
ማር፡1፡24 ⇨ 125
ማር፡1፡23-26,34 ⇨ 229,271
ማር፡1፡34 ⇨ 125
ማር፡2፡8 ⇨ 201
ማር፡5፡25-29 ⇨ 385
ማር፡5፡36 ⇨ 161
ማር፡9፡19-24 ⇨ 162
ማር፡9፡21-24 ⇨ 157
ማር፡9፡31 ⇨ 260
ማር፡10፡28-30 ⇨ 305
ማር፡10፡28-31 ⇨ 314
ማር፡10፡52 ⇨ 155
ማር፡11፡22,23 ⇨ 143
ማር፡11፡22-24 ⇨ 158
ማር፡12፡29 ⇨ 186
ማር፡15፡38 ⇨ 286
ማር፡13፡1-6,22,23 ⇨ 34,53

**ሉቃስ**

**ገጽ**

ሉቃ፡1፡19,20 ⇨ 374
ሉቃ፡1፡37 ⇨ 197
ሉቃ፡2፡7 ⇨ 327
ሉቃ፡2፡22-24 ⇨ 328
ሉቃ፡3፡11 ⇨ 348
ሉቃ፡4፡41 ⇨ 125
ሉቃ፡6፡8 ⇨ 201
ሉቃ፡6፡37 ⇨ 61
ሉቃ፡6፡42 ⇨

126
ሉ.ቃ፡7፡50 ⇨ 155
ሉ.ቃ፡8፡25 ስ 247
ሉ.ቃ፡9፡22 ⇨ 260
ሉ.ቃ፡9፡23 ⇨ 30,96
ሉ.ቃ፡9፡23-25,38 ⇨ 349
ሉ.ቃ፡9፡57-58 ⇨ 30,328
ሉ.ቃ፡10፡16 ⇨ 376
ሉ.ቃ፡11፡35,36 ⇨ 215
ሉ.ቃ፡12፡1 ⇨ 126
ሉ.ቃ፡12፡5 ⇨ 325
ሉ.ቃ፡12፡16-21 ⇨ 339,349
ሉ.ቃ፡12፡18 ⇨ 325
ሉ.ቃ፡12፡16-21,33,34 ⇨ 325
ሉ.ቃ፡12፡33,34 ⇨ 338,347
ሉ.ቃ፡14፡27 ⇨ 96
ሉ.ቃ፡15፡13-16 ⇨ 342
ሉ.ቃ፡16፡17 ⇨ 97
ሉ.ቃ፡16፡19-31 ⇨ 339,348
ሉ.ቃ፡17፡5 ⇨ 162,157
ሉ.ቃ፡17፡19 ⇨ 155
ሉ.ቃ፡18፡42 ⇨ 155
ሉ.ቃ፡18፡9-14 ⇨ 123
ሉ.ቃ፡18፡31-33 ⇨ 260
ሉ.ቃ፡19፡8 ⇨ 347
ሉ.ቃ፡19፡22 ⇨ 144
ሉ.ቃ፡21፡33 ⇨ 220
ሉ.ቃ፡22፡19,20 ⇨ 277
ሉ.ቃ፡22፡42 ⇨ 391
ሉ.ቃ፡23፡34 ⇨ 202
ሉ.ቃ፡23፡39-43 ⇨ 271
ሉ.ቃ፡23፡41 ⇨ 265
ሉ.ቃ፡23፡42,43 ⇨ 282
ሉ.ቃ፡23፡46 ⇨ 146,271, 283
ሉ.ቃ፡24፡19 ⇨ 247
ሉ.ቃ፡24፡6,7 ⇨ 260
ሉ.ቃ፡24፡31 ⇨ 205

**ዮሃንስ** **ገጽ**

ዮ.ሃ፡1፡1,2 ⇨ 294
ዮ.ሃ፡1፡1-3 ⇨ 137,249
ዮ.ሃ፡1፡4 ⇨ 193,288
ዮ.ሃ፡1፡1-3,14 ⇨ 242
ዮ.ሃ፡1፡12 ⇨ 160
ዮ.ሃ፡1፡13 ⇨ 254
ዮ.ሃ፡1፡14 ⇨ 289,291, 292
ዮ.ሃ፡1፡18 ⇨ 206,250, 289
ዮ.ሃ፡1፡18 ⇨ 292
ዮ.ሃ፡1፡19-28 ⇨ 113
ዮ.ሃ፡1፡29 ⇨ 268
ዮ.ሃ፡1፡47-49 ⇨ 245
ዮ.ሃ፡2፡11 ⇨ 162
ዮ.ሃ፡2፡23 ⇨ 160
ዮ.ሃ፡2፡24-25 ⇨ 200,246
ዮ.ሃ፡3፡5,7 ⇨ 251
ዮ.ሃ፡3፡13 ⇨ 245
ዮ.ሃ፡3፡13 ⇨ 204,282
ዮ.ሃ፡3፡14,15 ⇨ 256,261, 267
ዮ.ሃ፡3፡15 ⇨ 195
ዮ.ሃ፡3፡15,16,36 ⇨ 160
ዮ.ሃ፡3፡16 ⇨ 250,258, 289
ዮ.ሃ፡3፡18 ⇨ 250,289
ዮ.ሃ፡3፡27 ⇨ 164,198
ዮ.ሃ፡3፡28-30 ⇨ 113
ዮ.ሃ፡3፡36 ⇨ 195
ዮ.ሃ፡4፡1 ⇨ 26
ዮ.ሃ፡4፡24 ⇨ 205
ዮ.ሃ፡4፡48 ⇨ 162
ዮ.ሃ፡5፡18 ⇨ 243
ዮ.ሃ፡5፡24 ⇨ 160
ዮ.ሃ፡5፡26 ⇨ 194,248, 288
ዮ.ሃ፡5፡28,29 ⇨ 130
ዮ.ሃ፡5፡30 ⇨ 391
ዮ.ሃ፡5፡38,39 ⇨ 98
ዮ.ሃ፡6፡35 ⇨ 244
ዮ.ሃ፡6፡36,37 ⇨ 156
ዮ.ሃ፡6፡38-40 ⇨ 391
ዮ.ሃ፡6፡44,45 ⇨ 156
ዮ.ሃ፡6፡44 ⇨ 198
ዮ.ሃ፡6፡56 ⇨ 278
ዮ.ሃ፡6፡57 ⇨ 193
ዮ.ሃ፡6፡60-71 ⇨ 30
ዮ.ሃ፡6፡63 ⇨ 99,214
ዮ.ሃ፡6፡65 ⇨ 156
ዮ.ሃ፡6፡68,69 ⇨ 337
ዮ.ሃ፡7፡17 ⇨ 393
ዮ.ሃ፡7፡38 ⇨ 160
ዮ.ሃ፡8፡23 ⇨ 244
ዮ.ሃ፡8፡29 ⇨ 269
ዮ.ሃ፡8፡46 ⇨ 265
ዮ.ሃ፡8፡58 ⇨ 243,244, 247,291

ዮሃ፡9፡2,3 ⇨ 379
ዮሃ፡9፡5 ⇨ 244
ዮሃ፡9፡31 ⇨ 393
ዮሃ፡10፡7 ⇨ 244,295
ዮሃ፡10፡1-15 ⇨ 31
ዮሃ፡10፡10 ⇨ 288
ዮሃ፡10፡11-13 ⇨ 256
ዮሃ፡10፡17,18 ⇨ 248
ዮሃ፡10፡18 ⇨ 147,259
ዮሃ፡10፡28-30 ⇨ 292
ዮሃ፡10፡30,33 ⇨ 293
ዮሃ፡10፡31-39 ⇨ 169
ዮሃ፡10፡36 ⇨ 244
ዮሃ፡11፡4 ⇨ 379
ዮሃ፡11፡25 ⇨ 194,245
ዮሃ፡11፡39-40 162
ዮሃ፡12፡23-24 ⇨ 147
ዮሃ፡12፡31 ⇨ 221,227
ዮሃ፡12፡47-50 ⇨ 100
ዮሃ፡13፡13 ⇨ 245
ዮሃ፡14፡6 ⇨ 194,28
ዮሃ፡14፡9-10 ⇨ 292
ዮሃ፡14፡30 ⇨ 221
ዮሃ፡15፡1 ⇨ 244
ዮሃ፡15፡5 ⇨ 164,198
ዮሃ፡15፡22 ⇨ 158
ዮሃ፡16፡1-4 ⇨ 405
ዮሃ፡16፡11 ⇨ 221,227
ዮሃ፡16፡12 ⇨ 198
ዮሃ፡16፡30 ⇨ 200,246
ዮሃ፡16፡32 ⇨ 269
ዮሃ፡16፡33 ⇨ 93,96
ዮሃ፡17፡2 ⇨ 209
ዮሃ፡17፡5,24 ⇨ 290
ዮሃ፡17፡19 ⇨ 120
ዮሃ፡20፡26 ⇨ 205
ዮሃ፡20፡28 ⇨ 242
ዮሃ፡21፡15-17 ⇨ 45
ዮሃ፡21፡17 ⇨ 200
ዮሃ፡25፡18-22 ⇨ 149

***<u>ግብረ ሃዋርያት</u>***

***<u>ገጽ</u>***

ግብ፡1፡24-25 ⇨ 201,246
ግብ፡2፡17 ⇨ 69,209
ግብ፡3፡1-11 ⇨ 111
ግብ፡3፡12,13,16 ⇨ 112
ግብ፡4፡23-31 ⇨ 405
ግብ፡5፡1-11 ⇨ 324
ግብ፡5፡41 ⇨ 400
ግብ፡7፡54-60 ⇨ 270,404
ግብ፡8፡20-24 ⇨ 316
ግብ፡9፡4 ⇨ 404
ግብ፡9፡5 ⇨ 321
ግብ፡9፡15,16 ⇨ 402
ግብ፡10፡38 ⇨ 247
ግብ፡10፡43 ⇨ 160
ግብ፡12፡1-3 ⇨ 152
ግብ፡12፡20-23 ⇨ 114
ግብ፡12፡23 ⇨ 382
ግብ፡13፡36 ⇨ 392
ግብ፡14፡8-18 ⇨ 111
ግብ፡14፡19-20 ⇨ 148
ግብ፡14፡19-20 ⇨ 148
ግብ፡16፡16,18 ⇨ 125,272
ግብ፡16፡31 ⇨ 160
ግብ፡17፡10,11 ⇨ 25
ግብ፡17፡25 ⇨ 196
ግብ፡17፡26-28 ⇨ 195,204
ግብ፡18፡3 ⇨ 152
ግብ፡18፡21 ⇨ 389
ግብ፡19፡4 ⇨ 163
ግብ፡19፡11,12 ⇨ 316
ግብ፡20፡34-35 ⇨ 335
ግብ፡21፡13 ⇨ 335
ግብ፡20፡24 ⇨ 116,334
ግብ፡20፡28 ⇨ 278
ግብ፡20፡28-32 ⇨ 46

***<u>ሮሜ</u>***

***<u>ገጽ</u>***

ሮሜ፡1፡9-12 ⇨ 389
ሮሜ፡1፡20 ⇨ 206
ሮሜ፡1፡28 ⇨ 374
ሮሜ፡1፡21,28 ⇨ 78
ሮሜ፡1፡32 ⇨ 231
ሮሜ፡3፡22 ⇨ 160
ሮሜ፡3፡24 ⇨ 124
ሮሜ፡3፡25 ⇨ 259
ሮሜ፡3፡26 ⇨ 129
ሮሜ፡4፡2-5 ⇨ 129
ሮሜ፡4፡9-16 ⇨ 319
ሮሜ፡14፡4,10,13 ⇨ 61
ሮሜ፡4፡18-20 ⇨ 158
ሮሜ፡5፡6 ⇨ 148,198
ሮሜ፡5፡8 ⇨ 148,259
ሮሜ፡5፡9 ⇨ 278
ሮሜ፡5፡12 ⇨

193,233
ሮሜ፡6፡16,21 ⇨
232
ሮሜ፡6፡22,23 ⇨
122,232
ሮሜ፡7፡4 ⇨
276
ሮሜ፡7፡5,13 ⇨
233
ሮሜ፡7፡10-16 ⇨
99
ሮሜ፡7፡18-19 ⇨
164,198
ሮሜ፡7፡18-19,25 ⇨
209
ሮሜ፡8፡4-13 ⇨
213
ሮሜ፡8፡6,7,1213 ⇨
233
ሮሜ፡8፡17 ⇨
400
ሮሜ፡8፡21-23 ⇨
367
ሮሜ፡8፡28 ⇨
80
ሮሜ፡8፡35-39 ⇨
402
ሮሜ፡9፡ ⇨
242
ሮሜ 9፡14-21 ⇨
380
ሮሜ፡9፡21 ⇨
208
ሮሜ፡10፡1-2 ⇨
27
ሮሜ፡10፡9-11 ⇨
160
ሮሜ፡11፡13-32 ⇨
63
ሮሜ፡11፡19,20,25 ⇨
63
ሮሜ፡11፡36 ⇨
157
ሮሜ፡12፡1-2 ⇨
79107,

214,392
ሮሜ፡14፡1-23 ⇨
64
ሮሜ፡15፡30-32 ⇨
389
ሮሜ፡16፡17-20 ⇨
55
ሮሜ፡16፡17-19 ⇨
23
ሮሜ፡16፡20 ⇨
227

***1ይ ቈረንቶስ***

***ገጽ***

1ቈረ፡1፡18,19 ⇨
92
1ቈረ፡1፡20 ⇨
202
1ቈረ፡1፡22,23 ⇨
93
1ቈረ፡1፡25 ⇨
198
1ቈረ፡1፡28-29 ⇨
210
1ቈረ፡2፡1,2 ⇨
94,158
1ቈረ፡2፡8 ⇨
202
1ቈረ፡3፡2 ⇨
198
1ቈረ፡4፡5 ⇨
61
1ቈረ፡4፡9-13 ⇨
116,328,
334
1ቈረ፡4፡19 ⇨
389
1ቈረ፡5፡12 ⇨
61
1ቈረ፡6፡13,15 ⇨
214
1ቈረ፡6፡19,20 ⇨
214
1ቈረ፡6፡12-13 ⇨
56
1ቈረ፡8፡1 ⇨
88,98
1ቈረ፡8፡6 ⇨
157
1ቈረ፡9፡12-18 ⇨
336,350
1ቈረ፡11፡7-8 ⇨
234
1ቈረ፡11፡11-12 ⇨
157
1ቈረ፡11፡24-26 ⇨
277
1ቈረ፡፡11፡29-30 ⇨
381
1ቈረ፡12፡9 ⇨
163
1ቈረ፡14፡29 ⇨
26
1ቈረ፡15፡3 ⇨
148
1ቈረ፡15፡7-11 ⇨
116
1ቈረ፡15፡26,54-56 ⇨
233
1ቈረ፡15፡42-44 ⇨
367
1ቈረ፡15፡54 ⇨
367
1ቈረ፡10፡26 ⇨
231

***2ይ ቈረንቶስ***

***ገጽ***

2ቈረ፡1፡7 ⇨
401
2ቈረ፡1፡8,9 ⇨
403
2ቈረ፡2፡11 ⇨
52,158
2ቈረ፡3፡4-6 ⇨
395
2ቈረ፡3፡5 ⇨
164,198
2ቈረ፡3፡6 ⇨
88,98
2ቈረ፡3፡17 ⇨
206
2ቈረ፡3፡14-16 ⇨
280
2ቈረ፡3፡18 ⇨
178
2ቈረ፡4፡1-4 ⇨
158
2ቈረ፡4፡4 ⇨
221
2ቈረ፡4፡5,7 ⇨
115
2ቈረ፡4፡10,11 ⇨
404
2ቈረ፡4፡16-18 ⇨
400
2ቈረ፡5፡9,10 ⇨
237
2ቈረ፡5፡15 ⇨
116,148
2ቈረ፡5፡17 ⇨
118
2ቈረ፡5፡19 ⇨
269
2ቈረ፡5፡20-21 ⇨
261
2ቈረ፡6፡10 ⇨
344
2ቈረ፡7፡2 ⇨
335
2ቈረ፡8፡2,3 ⇨
329
2ቈረ፡8፡9 ⇨
328
2ቈረ፡9፡፡6-11 ⇨
303
2ቈረ፡9፡6-11 ⇨
313,346
2ቈረ፡9፡፡6-11 ⇨
312
2ቈረ፡10፡2-5 ⇨
215
2ቈረ፡10፡17-18 ⇨
123
2ቈረ፡11፡4 ⇨
29
2ቈረ፡11፡2-3 ⇨
24
2ቈረ፡11፡7 ⇨
116
2ቈረ፡11፡9 ⇨
336
2ቈረ፡11፡7-15 ⇨

351
2ቈረ፡11፡13-15 ⇨ 36,52
2ቈረ፡11፡23-27 ⇨ 334,402
2ቈረ፡12፡6,7 ⇨ 124
2ቈረ፡12፡2-4 ⇨ 282
2ቈረ፡12፡7-10 ⇨ 368,377
2ቈረ፡12፡10 ⇨ 404
2ቈረ፡12፡14 ⇨ 336

**ገላትያ**
**ገጽ**
ገላ፡1፡6 ⇨ 94
ገላ፡1፡6-8,9 ⇨ 28,57
ገላ፡1፡10 ⇨ 57
ገላ፡1፡16,17 ⇨ 210
ገላ፡2፡1-3,6-9 ⇨ 103
ገላ፡2፡16 ⇨ 130,163
ገላ፡2፡19,20 ⇨ 404
ገላ፡2፡20 ⇨ 108
ገላ፡3፡1 ⇨ 94
ገላ፡3፡5-9 309,319
ገላ፡3፡10-14 ⇨ 366
ገላ፡3፡11 ⇨ 130
ገላ፡3፡13 ⇨ 256
ገላ፡3፡13,14 ⇨ 261,364
ገላ፡3፡15,16 ⇨ 318
ገላ፡4፡4 ⇨ 259
ገላ፡4፡19 ⇨ 94
ገላ፡5፡22 ⇨ 104
ገላ፡6፡3-5 ⇨ 123
ገላ፡6፡7 ⇨ 303
ገላ፡6፡7,8 ⇨ 233
ገላ፡6፡8 ⇨ 213
ገላ፡6፡6-10 ⇨ 312
ገላ፡6፡14,15 ⇨ 93,116
ገላ፡5፡16,17,25 ⇨ 213

**ኤፌሶን**
**ገጽ**
ኤፌ፡1፡11,12 ⇨ 322
ኤፌ፡1፡17,18 ⇨ 338
ኤፌ፡2፡2 ⇨ 221
ኤፌ፡2፡1-5 ⇨ 130
ኤፌ፡2፡8-9 ⇨ 163
ኤፌ፡2፡8-10 ⇨ 118
ኤፌ፡3፡9 ⇨ 249
ኤፌ፡3፡16-19 ⇨ 338
ኤፌ፡4፡6 ⇨ 322
ኤፌ፡4፡9,10 ⇨ 281
ኤፌ፡4፡11-15 ⇨ 37
ኤፌ፡4፡17-24 ⇨ 107
ኤፌ፡4፡24 ⇨ 176
ኤፌ፡4፡21-24 ⇨ 170
ኤፌ፡5፡2 ⇨ 266
ኤፌ፡5፡8-10,15-17 ⇨ 105
ኤፌ፡5፡17 ⇨ 392
ኤፌ፡5፡22-23 ⇨ 364

**ፊልጲ**
**ገጽ**
ፊሊ፡1፡6 ⇨ 338
ፊሊ፡1፡29-30 ⇨ 163
ፊሊ፡2፡6 ⇨ 242,291
ፊሊ፡2፡12-13 ⇨ 390
ፊሊ፡2፡25-30 ⇨ 369
ፊሊ፡2፡34 ⇨ 346
ፊሊ፡3፡7-9 ⇨ 335
ፊሊ፡3፡8-11 ⇨ 94
ፊሊ፡3፡10-11 ⇨ 401
ፊሊ፡3፡18,19 ⇨ 55,94, 146
ፊሊ፡3፡15 ⇨ 202,323
ፊሊ፡4፡7 ⇨ 79,323
ፊሊ፡4፡12፡13 ⇨ 329,334

**ቈሎሴ**
**ገጽ**
ቈሎ፡1፡15 ⇨ 206
ቈሎ፡1፡17 ⇨ 270
ቈሎ፡1፡16 ⇨ 158,226, 249
ቈሎ፡1፡20 ⇨ 278
ቈሎ፡1፡22-23 ⇨ 276
ቈሎ፡1፡24 ⇨ 401
ቈሎ፡2፡8-10 ⇨ 243
ቈሎ፡2፡14,15 ⇨ 96,268, 281
ቈሎ፡3፡16 ⇨ 101

**1ይ ተሰሎንቄ**
**ገጽ**
1ተሰ፡2፡9 ⇨ 334,337
1ተሰ፡4፡3 ⇨ 121,395
1ተሰ፡5፡19,20 ⇨ 104
1ተሰ፡5፡19-22 ⇨ 25

**2ይ ተሰሎንቲ**
**ገጽ**
2ተሰ፡2፡1-10 ⇨ 69
2ተሰ፡2፡3-10 ⇨ 36,350
2ተሰ፡2፡9-10 ⇨ 52
2ተሰ፡3፡7-10 ⇨ 335

**1ይ ጢሞቴዎስ**
**ገጽ**
1ጢሞ፡1፡7 ⇨ 69
1ጢሞ፡1፡17 ⇨

1. Marilyn Hickey, "*Claim Your Miracles*", audiotape # 186, side 2[P.2.1]
2. Kenneth Copeland, *"The Force of Faith"*, 1989 page 10[5.1]
3. Kenneth Copeland, *"The Law of Prosperity"*, 1974 page 19[5.2]
4. Kenneth Copeland, *Forces of the Recreated Human Sprit*, 1982 page 8[5.3]
5. Kenneth Copeland, *"Sprit, Soul and Body I*", 1985, audiotape # 01-0601, side 1[5.4]
6. Kenneth Copeland, *"Freedom from Fear",* 1980, page 11-12[5.5]
7. Kenneth Copeland, *"The Force of Faith",* 1989 page 11[5.6]
8. Charles Capps, *"The Tongue- A creative Force"*, 1976 page 92[5.7]
9. Kenneth Copeland, *Forces of the Recreated Human Spirit*, 1982 page 15; cf .14[5.8]
10. Kenneth Copeland, *"The Power of the Tongue"*, 1980 page 4 [5.9]
11. Kenneth Copeland, *"The Power of the Tongue"*, 1980 page 5[5.10]
12. E.W. Kenyon, *"Two Kinds of Faith"*, 14 th ed., 1969 page. 20[5.11]
13. Jerry Savelle, "*Framing Your World with the Word of God, part 2"*, audiotape # SS-36, side 1[5.14]
14. Charles Capps, *"Authority in Three Words"* 1982 page 24[5.16]
15. Charles Robert Tilton, *"Success-N-life"* program (18 October 1990).[5.17]
16. Kenneth Copeland*, "The Laws of Prosperity",* 1974 page 18-29[6.1]
17. E.W. Kenyon, *"The Two Kinds of Faith: Faith's Secret Revealed"*, 1942 page 67[6.2]
18. Kenneth E. Hagin, *"Having Faith in Your Faith"*, 1988 page 4[6.3]
19. Kenneth E. Hagin, *"Having Faith in Your Faith"*, 1988 page 5[6.4]
20. Kenneth E. Hagin, *"Having Faith in Your Faith"*, 1988 page 4-5[6.5]
21. Kenneth E. Hagin, *"How to Write Your Own Ticket with God",* page 5[6.9]
22. Kenneth E. Hagin, *"How to Write Your Own Ticket with God"*, page 20[6.17]
23. Charles Capps, *"The Tongue- A Creative Force",* 1976 page 91[6.21]
24. Kenneth Copeland *"Inner Image of the Covenant"* 1985, audiotape # 01-4406, side 2[6.25]
25. Kenneth Copeland *"Inner Image of the Covenant*" 1985, audiotape # 01-4406, side 2 [6.29]
26. Kenneth Copeland, "*Inner Image of the Covenant*" 1985, audiotape # 01-4406, side 2 [6.32]
27. Kenneth Copeland, "*Believer's Voice of Victory"* program on TBN (28 March 1991). [6.33]
28. Benny Hinn, "*Praise the Lord*"" Program on TBN (June1989) [6.48]
29. Charles Capps, *"The Tongue- A Creative Force"*, 1976 page 67 [6.51]
30. Frederick K.C. Price, *"Prayer: Do You Know What Prayer is… and How to pray?" The Word Study Bible*. 1990 page 1178 [6.52]
31. M. Scott Peck, *"The Road Less Traveled"*, 1978 page 270 [9.1]
32. Margot Adler, *"Drawing Down the Moon",* rev. ed., 1986 page 25 [9.2]
33. Bhagwan Shree Rajneesh, Quoted in *"Fear is the Master"*, (Hemet, CA: Jeremiah Films, 1987) [9.3]
34. Maharishi Mahesh Yogi, *"Meditations of Maharish Mahesh Yogi"*, 1968 page 178 [9.4]
35. Jim Jones, quoted in James Reston, Jr., and Noah Adams, *"Father Cares: The Last of Jonestown"* Program on National Public Radio (23 April 1981) [9.5]

36. Kenneth E. Hagin, *"Zoe: The God-Kind of Life"*, 1989 page 35-36, 41 [9.6]
37. Kenneth Copeland, *"Following the Faith of Abraham I"* 1989 tape # 01-3001, side 1 [9.7]
38. John Avanzini with Morris Cerullo, "*The End time Manifestation of the Sons of God*", audiotape 1, side 2 [9.8]
39. Morris Cerullo, "*The End time Manifestation of the Sons"* audiotape1, sides 1 &2 [9.9]
40. Charles Capps, *"Authority in three Worlds"*, 1982 page 16 [9.10]
41. Hebert W. Armstrong, *"Mystery of the Ages"*, 1985 page 37,85 [9.11]
42. Earl Paulk, *"Satan Unmasked"* ,1984 page 96 [9.19]
43. Paul Crouch and Benny Hinn, *"Praise-a-Thon"* program on TBN (11, 1990) [9.21]
44. Benny Hinn, *"Praise the Lord"* program on TBN (26 December 1991). [9.34]
45. Kenneth Copeland, "*Spirit, soul and Body I"*, 1985. Audiotape # 01-0601, side 1 [10.1]
46. Jerry Savelle, "*Framing Your World with the Word of God, part-2"*, audiotape # SS-36, side 1. [10.2]
47. Morris Cerullo, *"The Miracle Book"*, 1984, page x-xi [10.3]
48. Benny Hinn and Jan Crouch, *"Praise the Lord*" Program on TBN (3/10/1991) [10.4]
49. Benny Hinny, *"Benny Hinn"* program on TBN (3 October 1990) [10.5]
50. Kenneth Copeland, *"Our Covenant with God"*, 1987 page 8-11 [10.12]
51. Benny Hinn, "*Our Position in Christ # 2- The Word Made Flesh*" 1991, Video tape # 255, See also Hinn's claim that believers are "*Little Messiahs"* or " *little gods"* on the "*Praise- a –Thon*" Program on TBN (November 1990) [11.3]
52. Kenneth Copeland, *"Image of God in You"* III 1989, audiotape # 01-1403, side 1[11.6]
53. Charles Capps, *"Authority in Three Words",* 1982, page 50-51 [11.7]
54. Kenneth Copeland, *"What Happened from the Cross to the Throne*" 1990. Audio-tape # 02-0017.[11.8]
55. Kenneth Copeland. "*Authority of the Believer IV*" 1987. audiotape # 01- 0304, side 1[12.1]
56. Kenneth Copeland, "*Take Time to Pray*." *Believer's Voice of Victory* 15, 2 (February 1987): page 9 [12.2]
57. Kenneth Copeland. *"The Incarnation*". 1985. audiotape # 01-0402, side 1 [12.4]
58. Benny Hinn, *"Good Morning, Holy Sprit"*, 1990 page 135-36. [12.6]
59. Kenneth Copeland, *"Substitution and Identification"*, audiotape # 00-0202. [12.8]
60. Charles Capps, *"Dynamics of Faith and Confession"*, 1987 page 86 [12.10]
61. Kenneth Copeland, "*The Image of God in You III* " 1989. audiotape # 01-1403, side 2 [12.11]
62. Kenneth Copeland, "*The Image of God in You III* " 1989. audiotape # 01-1403, side 2 [12.12]
63. Kenneth Copeland, " *What Happened from the Cross to the Throne*." [12.13]
64. Kenneth Copeland, "*What Happened from the Cross to the Throne"*, 1990 tape # 02-0017, side 1 [P.4.1]
65. Millard J.Erickson, *"Christian Theology"*, 1988 page 792-96,821-22 [P.4.2]
66. Benny Hinn, "*Benny Hinn"* Program on TBN (15 December 1990) [13.2]

67. Kenneth E. Hagin, *"The Name of Jesus"*, 1981 page 31 [13.3]
68. Frederick K.C.Price, *"Identification #3"* 1980, tape # FP545, side 1 [13.6]
69. Kenneth Copeland. "*What Happened from the Cross to the Throne*", 1990 audio-tape # 02-0017, side 2 [13.10]
70. Frederic K.C.Price, "*Identification # 9"* (1980, tape # FP551, side 1) [14.3]
71. Kenneth E.Hagin, *"How Jesus Obtained His Name"* tape # 44H01, side 1 [14.5]
72. Kenneth Copeland, "*Jesus- Our Lord of Glory*", *Believer's Voice of Victory* 10, 4 (April 1982 page 3) [14.5]
73. Paul; E. Billheimer, *"Destined for the Throne",* special edition for TBN (1988 page 83-84 [14.7]
74. Kenneth Copeland, "*What Happened from the Cross to the Throne*" 1990 audio-tape # 02-0017, side 2 [15.2]
75. Kenneth Copeland, "*Believer's Voice Victory"* program (21 April 1991) [15.3]
76. Kenneth Copeland, "*The Price of it All",* Believer's Voice of Victory 19, 9 (September 1991) page 4-6 [15.4]
77. Kenneth E. Hagin, *"The Name of Jesus"* 1981 page 29 [15.6]
78. Paul E. Billheimer, *"Destined for the Throne",* special edition for TBN 1988 page 86, quoted at length by Jan Crouch during the "*Praise the Lord"* program on TBN (20 August 1987) [15.11]
79. Kenneth Copeland, "*Substitution and Identification*" 1989 tape # 00-0202, side 2 [15.13]
80. Benny Hinn, "*Our Position In Christ; part 1*" 1991 Videotape # TV- 254 [15.14]
81. Paul Crouch, "*Praise-a-Thon"* program on TBN on (6 November 1990) [16.1]
82. Kenneth E. Hagin, "*The Incarnation*," The Word of Faith 13,12 (December 1980): 14 [16.2]
83. John Avanzini, *"Was Jesus Poor*?'' Videotape [17.4]
84. Frederick K.C Price, *"Ever Increasing Faith*" program on TBN (9 December 1990) [17.5]
85. John Avanzini, *"Was Jesus poor*?*"* Videotape [17.6]
86. John Avanzini, "*Praise the Lord"* program on TBN (1 August 1989). [17.7]
87. John Avanzini," *Believer's Voice of Victory*" program on TBN (20 January 1991) [17.9]
88. Fredrick K.C.Price, "*Ever Increasing Faith*" program on TBN (29 March 1992) [17.14]
89. Patti Roberts with Sherry Andrews, "*Ashes to Gold* " 1983 page 110-111 [17.15]
90. Oral Roberts, "*A Daily Guide to Miracles*" , 1975 page 63 [18.9]
91. David Lane, quoted in Associated press (14 January 1987), A19 and A11 [18.11]
92. Oral Roberts letter (ca.1 March 1987), 2 [18.13]
93. Richard Roberts, direct- mails letter, undated (ca. 1 January 1987), 1-3 passim. Oral Roberts' 69th birthday was on January 24, 1987 [18.15]
94. Oral Roberts, direct-email letter, undated (ca. 1 January 1985?), 2 [18.22]
95. Oral Roberts, presentation at the World Charismatic Conference, Melody land Christian Center, Anaheim, CA (7 August 1992) [18.23]
96. Gloira Copeland, "*God's Will Is Prosperity*", 1978 page 54 [18.27]
97. Paul Crouch, "*Praise the Lord* " program on TBN (21 July 1992) [18.34]

98. Robert Tilton, direct-email letter with enclosures (1990), page 6 [18.37]
99. Robert Tilton, direct-email letter with enclosures (1990), page 2, 3 [18.39]
100. Kenneth Copeland," *Our Covenant with God* ", 1987 page 10 [19.1]
101. Benny Hinn, sermon at the World Charismatic Conference, (August 1992), audiotape excerpt on file at Christian Research Institute. [19.2]
102. Kenneth Copeland, "*The Laws of Prosperity*", 1974 page 51 [19.9]
103. Frederick K.C. Price, "*Prosperity on God's Terms*", 1990 page 36-37 [19.10]
104. Kenneth Copeland, "*The Laws of Prosperity*," 50- 51 [19.11]
105. Robert Tilton, "*Success-N-Life"* program (27 December, 1990) [19.12]
106. Frederick K.C. Price, "*Is Healing for All*?" 1976 page 20 [P.6.2]
107. Betty Price, "*A Praise Report*", Ever Increasing Faith Messenger, 12:3 (Summer 1991) [P.6.3]
108. Kenneth Hagin: "I've been able to live for nearly sixty years without having a headache. (Classic Sermons, Word of Faith 25th Anniversary 1968-1992 Commemorative Edition (Tulsa, Ok: Kenneth Hagin Ministries, 1992) page 159 [P.6.4]
109. Hagin suffered heart-crisis episodes in 1939, 1942, 1949, and 1973: [P.6.5]
(1). Hagin, *"Right and Wrong Thinking"*, page 20-21)
(2). Kenneth E. Hagin, *"Authority of the Believer"*, 1967 page 9
(3). Kenneth E. Hagin, *"Faith Food for Spring"*, 1978 page 29
(4). Kenneth E. Hagin, *"The Real Faith"*, 1982 page 27
(5). Kenneth E. Hagin, *"God's Best",* Word of Faith (December 1992) page 5c
(6). Kenneth E. Hagin, *"Must Christians Suffer?"*, 1982 page 38
(7). Kenneth E. *"The Human Spirit",* 1974 page 24-25
(8). Kenneth E. Hagin, *"Knowing What Belong to Us"*, 1989 page 13-14
(9). Kenneth E. *"Three Big Words"* , 1983 page 24
10). Kenneth E. Hagin *"The Key to Scriptural Healing"* , 1977 page 27-28 (1984 rev. page 25-26)
110. Kenneth Hagin, " *God's Best*," 5c [P.6.6]
111. Kenneth Copeland, *"The Troublemaker"*, 1970 page 6 [21.1]
112. Kenneth Copeland, *"Healed. To Be or Not to Be"*, 1979 page 25 [21.2]
113. Kenneth Copeland, *"Healed. To Be or Not to Be*, 1979 page 31-32 [21.3]
114. Benny Hinn, "*Rise and Be Healed!"* 1991 page 44 [21.4]
115. Benny Hinn, "*Rise and Be Healed!*" 1991 page 14 [21.5]
116. Benny Hinn, "*Rise and Be Healed!*" 1991 page32 [21.6]
117. Benny Hinn, "*Rise and Be Healed!*" 1991 page 65 [21.7]
118. Jerry Savelle, *"If Satan Can't Steal Your Joy "*1982 page 9 [21.8]
119. Jerry Savelle, *"If Satan Can't Steal Your Joy "*1982 page 9-10 [21.9]
120. Fredrick K.C. Price, *"Faith, Foolishness, or Presumption?"* 1979 page 76-77 [21.11]
121. Jerry Savelle, If Satan, page 10-11 [21.12]
122. Kenneth Copeland, "*West Coast Believer's Convention*," recorded in Anaheim, CA, on June 13,1991. [21.13]
123. Kenneth E. Hagin , *"Right and Wrong Thinking ",*1966 page 20-21. [21.14]
124. Kenneth E. Hagin, *"Right and Wrong Thinking"* 1966 page 21. [21.15]
125. Paul Brand and Philip Yancey, *"Healing: What Does God Promise*?*"* 1984 page 7 [21.16]

126. Kenneth Hagin, *“Right and Wrong Thinking”*, 19,24 [21.21]

127. Kenneth Copeland, *“Walking in the Realm of the Miraculous”*, 1979 page 37 [21.22]

128. Fredrick K.C. Price*, “Faith, Foolishness”*, 88 [21.24]

129. Kenneth Hagin, “*Healing: The Father’s Provision*”, Word of Faith (August 1977) page 9: quoted in McConnell, A Different Gospel. 157, 168, note 41, [21.25]

130. Benny Hinn, “Rise & Healed!” 64 [21.26]

131. Kenneth Copland, *“Healed…to Be or Not to Be”,* 1979 page 12-13 [21.29]

132. Kenneth Copeland, *“The Power of the Tongue”,* 1980 page 20 [22.1]

133. Kenneth Copeland, *“The Power of the Tongue ”,*1980 page 30 [22.2]

134. Kenneth Copeland, *“The Power of the Tongue ”,*1980 page 23-24 [22.3]

135. Finis J. Dake, *“God’s Plan for Man ”,*1977 orig. 1949 page 241 [22.4]

136. Frederick K.C. Price*, “Is Healing for All?”,* 1976 page 113 [22.6]

137. Kenneth E. Hagin, *“I Believe in Visions ”,*1972 page 65 [22.7]

138. Robert Tilton, “*success –N –Life ”,* program (ca. 1991) [22.9]

139. Frederick K.C. Price*, “How Faith Works”,* 1976 page 23 [22.11]

140. Kenneth E. Hagin, *“Faith Food for spring ”,*1978 page 72, 73, and 79 [22.12]

141. Frederick K.C. Price, “*Is God Glorified Through Sickness*?” audiotape # FP605, [22.14]

142. Kenneth Copeland, presentation at Melody land Christian Center, Anaheim, CA (30 March, 1983) [23.4]

143. Frederick K.C. Price*, “Paul’s Thorn# ”*1980, audiotape # FP606, side 2 (Is Healing for All? Tulsa, OK: Harrison House, 1976 page 12 [23.6]

144. Benny Hinn, “*Rise & Be Healed!”* 1991 page 62 [23.9]

145. Kenneth Copeland*, “The Troublemaker ”,* page 12 [23.11]

146. Kenneth Copeland, *“Welcome to the Family”,* 1979 page 25 [23.18]

147. Benny Hinn, *“ Rise & Be Healed!”* 1991 page 47-48 [24.1]

148. Frederick K.C. Price,” *Ever Increasing Faith”,* Program on TBN (16 November 1990) [24.2]

149. Charles Capps, *“Authority in Three Worlds”*, 1982 page 212-213 [15.5]

150. Kenneth Copeland*, “The Power of the Tongue”,* 1980 page 22 [23.17]

**151. ፍቓዱ ኣስጎዶም፡ *“ናይ ኣንደበት ሓይሊ”፥* ጋዜጣ ዕረፍቲ 2ይ ዓመት ቁ.10 ሕዳር 2000 ዓ.ም.**

**152. ኣማኑኤል ቀለታ፡ *“እቲ ዝብሎ ከምዝከውን ዝኣምን”፡* ጋዜጣ ዕረፍቲ 2ይ ዓመት ቁ.10 ሕዳር 2000 ዓ.ም.**

**153. ፓስተር ተስፋጽዮን ሓጎስ፡ “*ቃለ መሕትት ምስ ፓስተር ተስፋጽዮን*” ጋዜጣ ሰቲት 4ይ ዓመት ቁ.23 ዓርቢ ለካቲት 2001**

**154. ኣማኑኤል ግርማይ ሃይለ፡ *“ዘመን ምግላጽ ደቂ ኣምላክ”፥* ሓምለ 2000 ገጽ፡38-40**

**155. ኣማኑኤል ግርማይ ሃይለ፡ *“ሰማይን ምድርን ከነቓንቕ እየ”፡* መጋቢት 2002 ገጽ 88**

**156. ፓስተር ተስፋጽዮን ሓጎስ፡ “*ቃለ መሕትት ምስ ፓስተር ተስፋጽዮን*” ጋዜጣ ሰቲት 4ይ ዓመት ቁ.23 ዓርቢ ለካቲት 2001**

**157. ኣማኑኤል ግርማይ ሃይለ፡ “*ሰማይን ምድርን ከነቓንቕ እየ*”፡ መጋቢት 2002 ገጽ 86-87**

158. ኣማኑኤል ግርማይ ሃይለ፣ "ዘመን ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ"፣ ሓምለ 2000 ገጽ፣ 44-45
159. ፓስተር ተስፋጽዮን ሓጎስ፣ "ቃለ መሕትት ምስ ፓስተር ተስፋጽዮን" ጋዜጣ ሰቲት 4ይ ዓመት ቁ.23 ዓርቢ ለካቲት 2001
160. ፓስተር ተስፋጽዮን ሓጎስ፣ "ጸራጊ-መራሒ መንገዲ ምንቕቓቕ" ካብ ምስ መጽሄት ጠሊ ሄርሞን ቁ.10 መጋቢት 2002 ዝተገበረ ቃለ መሕትት ዝተወሰደ (ገጽ 26-32)።
161. School of Alexandria, Book One, Page 145
162. እመቦ ዘይብል በእንተ ዘተሰቅለ ከመ ውእቱ ብእሲ ዕሩቅ ለባሲ ኣምላክ ወኣምላክ ፈለሰ ለከዊነ ሰብእ እስመ ኢይትከሃሎ ከመ ይርከብ መድኃኒተ ዘእም እግዚኣብሔር በብእሲ ዕሩቅ ውጉዘ ለይኩን። (ዮልዮስ፣ ርእሰ ኤጲስ ቆጾሳት ዘሮሜ፣ ሃይ.ኣ. ገጽ 540)
163. እመቦ ዘይብል ከመ ቅድስት ድንግል ማርያም ኢወለደቶ ለእግዚኣብሔር ቃል በሥጋ ወዘወለደቶ ውፁእ ውእቱ እመለኮት ውጉዘ ለይኩን። (ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት፣ ሃይ.ኣ. ገጽ 542)
164. School of Alexandria, Book One, Page 145
165. እመቦ ዘኢይሰግድ ለዘተሰቅለ ውጉዘ ለይኩን። ወይትኌለቍ ምስለ ሰቃልያነ ኣምላክ። (ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት፣ ሃይ.ኣ. ገጽ 543)

166. እመቦ ዘይብል ከመ ክርስቶስ ይድኅን ወኢያኣምን ከመ ወእቱ መድኅነ ዓለም ውእቱ በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን። (ጎርጎርዮስ ነባቤ መንክራት፣ ሃይ.ኣ. ገጽ 536)
167. እመቦ ዘይብል በእንተ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ይትመየጥ ወይትዌለጥ ወኢይትኣመን ከመ ለሊሁ ርሑቅ እምተውላጥ ወተምያጥ በመንፈሱ ወሥጋሁ ኒ ኢማሳኒ ውእቱ በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን። (ጎርጎርዮስ ነባቤ መንክራት፣ ሃይ.ኣ. ገጽ 535)
168. እመቦ ዘይቤ በእንተ ሥጋ ኣማኑኤል ርእየ ሙስና በውስተ መቃብር ኢይርኣይ ዝንቱ ዘይቤ ከመዝ ስብሓተ እግዚኣብሔር ወዘሰ ይኣምን ከመ ቃለ እግዚኣብሔር ኣብ በፈቃደ ርእሱ ባሕቲቱ ሓመ ወሞተ በእንቲኣነ በፍቃደ ኣቡሁ በሥጋ ፍቱሕ ውእቱ። (ቴዎድስዮስ፣ ርእሰ ኤጲስ ቆጾሳት ዘእለ እስክንድርያ፣ ሃይ.ኣ. ገጽ 560)
169. School of Alexandria, Book One, Page 144
170. ተኀፈር ኣንተሂ ዘትቤ ከመ መለኮት ሓመ ወሞተ ሰሚኣከ ቃለነ ንሕነሰ ንኣምን ከመ ክርስቶስ እግዚኣብሔር ሓመ በሥጋ ከመ ሰብእ ወኢሓመ በመለኮቱ ጥዕመ ሞተ በሥጋ ወኢሞተ በመለኮቱ። (ኣግናጥዮስ፣ ሳልሳይ ሊቀ ጳጳስ ዘኣንጾኪያ፣ ሃይ.ኣ. ገጽ 18)

## ሃይማኖተ ኣበው

1. ካብ ዘመነ ሓዋርያት ክሳብ ምክፍፋል ቤተ ክርስትያን ማለት ክሳብ ጉባኤ ኬልቄዶን (451 ዓ.ም) ዝነበሩ ኣቦታት ቤተ ክርስትያን

2. ካብ ጉባኤ ኬልቄዶን ክሳብ ፓትርያርክ ክርስቶዶሎስ ናይ ኣሌክሳንድርያ መበል 66 ፓትርያርክ (1047-1078 ዓ.ም) ዝነበሩ ኣቦታት ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ዝጸሓፍዎም መጻሕፍቲ ዘጠቓልል ዓብዪ ናይ ቤተ ክርስትያን መጽሓፍ እዩ።

እዚ መጽሓፍ እዚ ከምቲ ኣብ መቕድሙ ተጻሒፉ ዘሎ ካብ ኮፓቲክ (ቋንቋ ግብጺ) ናብ ዓረብ፣ ካብ ዓረብ ከኣ ብመብዓ ጽዮን/ ዐሥራተ-ጽዮን ዝተባህሉ ኣቦ ናብ ግእዝ ተተርጕመ።

ትሕዝቶ ናይ ሃይማኖተ ኣበው፣ ኣብዞም ዝስዕቡ ናይ እንግሊዝ መጻሕፍቲ ይርከብ።


1. Dictionary of Christian Biography: 1st Edition, January 1994.
2. St Issac of Nineveh on Ascetical life.
3. Jacob of Serug on The Mother of God.
4. St Ephrem The Syrian Hymns on Paradise.
5. St Cyril of Jerusalem; Lectures on The Christian Sacraments.
6. St John Chrysoston, Book 1-6, on The Priesthood.
7. St Cyril of Alexandria on The Unity of Christ.
8. St Gregory of Nyssa, The soul And The Resurrection.
9. St Athnatius on The Incarnation.
10. The Paradise of The Holy Fathers, Volume 1-11.